
ኣሰረ ቅዱሳን



ምክስተ ኣርእስት

ምዕራፍ ፩ ሰማዕታት

1.1 ዘመነ ሰማዕታት (ዘመነ ስደት)
1.2 ናይ ሰማዕታት ወይ ሰማዕትነት ትርጉም
1.3 ታሪክ ሰማዕታት
1.3.1 ***ታሪክ ሰማዕታት ብመሰዋዕቲ (ብደም)***
ሀ. ሰማዕት ቅዱስ እስጢፋኖስ ሊቀ ዲያቆናት ወቀዳሜ ሰማዕት
ለ. ሰማዕት ቅዱስ ጊዮርጊስ ሊቀ ሰማዕት
ሐ. ሰማዕት ቅዱስ ቂርቆስ ምስለ እሙ ኢየሉጣ (ምስ ኣዲኡ ኢየሉጣ)
መ. ሰማዕት ቅዱስ አበ ኖብ (ኣባ ኖብ)
ሠ. ሰማዕት ቅዱስ ጊጋር
ረ. ሰማዕት ቅዱስ ኣቢብ ዘተሰምየ ቡላ (ካልኣይ ስሙ ቡላ)
ሰ. ሰማዕት ቅዱስ ፊቅጦር
ሸ. ሰማዕት ቅዱስ ገላውዴዎስ
ቀ. ሰማዕት ቅዱስ ቴዎድሮስ
በ. ሰማዕት ቅዱስ ኣቦሊ
ተ. ሰማዕት ቅዱስ ፋሲለደስ
ቸ. ሰማዕት ቅዱስ ሚናስ
ኀ. ሰማዕት ቅዱስ መርቆሬዎስ
ነ. ሰማዕት ቅዱስ ቶማስ ዘመርኣስ
ተ. ሰማዕት ቅዱስ ቆጵርያኖስ
ኣ. ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ወልደ ፀራቢ
ከ. ሰማዕት ቅዱስ ሰማዕት ቅዱስ ኣርብዓ ሓራ (ኣርብዓ ወተሃደራት)
*1.3.2. **ሰማዕታት ዘእንበለ ደም (ብዘይ ምፍሳሰ ደም) ሰማዕታት ዝተቖበሉ***
ሀ. ሰማዕት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ሰማዕት ዘእንበለ ደም (ብዘይ ደም)
ለ. ሰማዕት ቅዱስ በኣሚን ሰማዕት ዘእንበለ ደም (ብዘይ ደም)

ምዕራፍ ፪ ሊቃውንቲ

2.1 ዘመነ ሊቃውንቲ
2.2 ሊቅ ዝብል ቃል ትርጉሙ
2.3 ታሪክ ሊቃውንቲ
ሀ. ቅዱስ ኣግናጥዮስ ሊቀ ጳጳሳት
ለ. ቅዱስ ጴጥሮስ ተፍጻሜ ሰማዕት ሊቀ ጳጳሳት
ሐ. ቅዱስ እለእስክንድሮስ ሊቀ ጳጳሳት
መ. ቅዱስ ኣትናቴዎስ " "
ሠ. ቅዱስ ባስልዮስ " "
ረ. ቅዱስ ኤጲፋንዮስ " "
ሰ. ቅዱስ ጎርጎርዮስ እኀው ባስልዮስ ሊቀጳጳሳት
ሸ. ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ሊቀ ጳጳሳት
ቀ. ቅዱስ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት
በ. ቅዱስ ያዕቆብ ዘስሩግ ሊቀ ጳጳሳት
ተ. ቅዱስ ኣባ ሕርያቆስ ሊቀ ጳጳሳት
ቸ. ቅዱስ ኤፍሬም ሶርያዊ ሊቀ ጳጳሳት
ነ. ቅዱስ ኣባ ሰላማ ኮኀቴ ብርሃን ጳጳስ ዘሃገረ ኣግዓዚ
ኣ. ዲሜጥሮስ ተካሌ ወይን ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ምዕራፍ ፫ ምንኵስና

3.1. ትርጉም ምንኵስና
3.2. ምንኵስና ካብ ቀደም
3.3. ምንኵስና ኣብ ዘመነ ሊቃውንቲ
3.4. ታሪክ መነኮሳት

ሀ. ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ርእሰ መነኮሳት (ርእሲ መነኮሳት)
ለ. ቅዱስ ኣቡነ ጳውሊ ርእሰ ባሕታውያን (ርእሲ ባሕተውቲ)
ሐ. ቅዱስ ኣቡነ ጳኩሚስ ሠራዒ ማኅበር (ሥርዓተ ማኅበር ዝመሥረተ)
መ. ቅዱስ ኣቡነ መቃርስ (መቃሪ) መቃርዮስ
ሠ. ቅዱስ ኣቡነ በብኑዳ
ረ. ቅዱስ ኣቡነ ኪሮስ
ሰ. ቅዱስ ኣቡነ ዘሲማስ
ሸ. ቅዱስ ኣቡነ ኣርሳንዮስ
ቀ. ቅዱስ ኣቡነ ኣሞን
በ. ቅዱስ ኣቡነ ኣቡናፍር
ተ. ቅዱስ ኣቡነ ኣባ ዮሓንስ ከማ (ገዳም ደብረሲና ኤርትራ ዝመሥረተ)
ቸ. ቅዱስ ኣቡነ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር
ነ. ቅዱስ ኣቡነ ሊባኖስ
. ቅዱስ ኣቡነ ኣረጋዊ
አ. ቅዱስ ኣቡነ ተክለሃይማኖት ዘወገራቆ ሊባን (ዞባ ማእከል)
ከ. ቅዱስ ኣቡነ ገብረመንፈስቅዱስ
ወ. ቅዱስ ኣቡነ ሳሙኤል ዘዋልድባ (በዓል ዋልድባ)
ዐ. ቅዱስ ኣቡነ ሳሙኤል ዘወገግ (በዓል ወገግ)
ዘ. ቅዱስ ኣቡነ ሳሙኤል ዘቀልሞን (በዓል ቀልሞን)
የ. ቅዱስ ኣቡነ አንበስ
ደ. ቅዱስ ኣቡነ ዓቢየ እግዚእ
ገ. ቅዱስ ኣቡነ መቃርዮስ ዘይሴሰይ ቆቅሀ
ጠ. ቅዱስ ኣቡነ ገሪማ (ይስሓቅ)
ጨ. ቅዱስ ኣቡነ ጴንጠሌዎን
ጸ. ቅዱስ ኣቡነ አሌፍ
ጸ. ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ዘደብረ ጽጌ ዞባ ደቡብ
ፀ. ቅዱስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ
ፈ. ቅዱስ ኣቡነ መርቆሬዎስ ዘደብረ ድማኅ ዞባ ደቡብ
ፐ ቅዱስ ኣቡነ ኣብሳዲ ዘደብረ ክሣሄ " "
ቅዱስ ኣቡነ ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ
ቅዱስ ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ዘመራጕዝ " "
ቅዱስ ኣቡነ ቡሩክ ኣምላክ " "
ቅዱስ ኣቡነ አናንያ ዘማይ ለሓም መራጕዝ " "
ቅዱስ ኣቡነ ኣብራንዮስ ዘደብረ ጥሉል " "
ቅዱስ ኣቡነ ፊልጶስ ዘደብረ ቢዘን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ
ቅዱስ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ዘደብረ ምእዋን ወዘኮደዱ ዞባ ደቡብ
ቅዱስ ኣቡነ ዮናስ ዘደብረ ድጐኃን ወደብረ ጽጌ " "
ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ዕፉን " "
ቅዱስ ኣቡነ ሙሴ ዘማይ ጎርዞ ዞባ ደቡብ
ቅዱስ ኣቡነ ሴት ዓዲ ቂታ ዘደብረ ሓዋርያት ዞባ ደቡብ
ቅዱስ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ዘጻዕዳ እምባ ቅድስት ሥላሴ ዞባ ደቡብ
ቅዱስ ኣቡነ ማርያም ዓይላ ዞባ ደቡብ

ቅዱስ ኣቡነ ዮሓንስ መጥምቅ ቴድረር ዞባ ደቡብ
ቅዱስ ኣቡነ ደብረ ቀኾስቋም ዘድባርዋ ዞባ ደቡብ
ቅዱስ ኣቡነ ቅዱስ መርቂ በዓለ ምጽዋት (12)

ምዕራፍ ፬ ቅዱሳት ኣንስቲ ሰማዕት ወጻድቃን (ሰማዕታትን ጻድቃንን)

4.1 ቅዱሳት ኣንስት
4.2. ኣገልግሎት ቅዱሳት ኣንስት
ሀ. ሰማዕት ቅድስት ፈበን ምስለ ወልዳ ዳግማይ ጳውሎስ
ለ. ሰማዕት ሶፍያ ሮማዊት (በዓልቲ ሮማ)
ሐ. ሰማዕት ቅዱሳት ደናግል ጲስጢስ፣ ኣላጲስ፣ ኣጋጲስ
መ. ሰማዕት መሪና
ሠ. ሰማዕት ኣውዶክስያ
ረ. ጲላግያ ዘኣንጾኪያ (በዓልቲ ኣንጾኪያ)
ሰ. ዘጠርሴስ
ሸ. ሰማዕት ቅድስት ኢየሉጣ
ቀ. ሰማዕት ቅድስት ክርስቲና
በ. ሰማዕት ቅድስት ኣትናስያ
ተ. ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ዘጠርሴስ (በዓልቲ ጠርሴስ)
ቸ. ሰማዕት ቅድስት ማክሪና ዘቂሳርያ (በዓልቲ ቄሳርያ)

4.2 ጻድቃን ቅዱሳት ኣንስት
ሀ. ጻድቅት ቅድስት እምባ መሪና
ለ. ጻድቅት ቅድስት ማርያም ግብጻዊት
ሐ. ጻድቅት ቅድስት ሳራ
መ. ጻድቅት ቅድስት ማርታ
ሠ. ጻድቅት ቅድስት ኢላርያ
ረ. ጻድቅት ቅድስት ተነሳሒት ጓል ንጉሥ ሮማዊት (በዓልቲ ሮማ)
ሰ. ጻድቅት ቅድስት ኣርሴማ
ሸ. ጻድቅት ቅድስት ጤቅላ

ምዕራፍ ፭ ሰንጠረዥ ናይ 24ን ነብያትን 120 ቤተሰብ ክርስቶስን ካልኦትን

ሀ. ፶፬ ነቢያት
ለ. ፲፪ ሐዋርያት
ሐ. ፷፪ ኣርድእት
መ. ፴፯ ቅዱሳት ኣንስት
ሠ. ብሥጋ ክሳብ ሕጂ ዘይሞቱ
ረ. ብሥጋ ሞይቶም ግን ወዲ ሰብ ዘይቀበሮም

መቅድም

ብዘይ ኣሠረ ቅዱሳን ነገረ እግዚኣብሔር ምንጋር፣ ብዘይ ቅዱሳን ከኣ ንእግዚኣብሔር ብትክክል ምፍላጥ ኣይከኣልን እዩ። ፍጡር ብዘይ ዝኾነ ተወሳኪ መንገዲ፣ ናይ እግዚኣብሔር ባሕርይ ጥራይ ካብኡ ካብቲ ሓደ እግዚኣብሔር ክፈልጦ ኣይክእልን እዩ።

ቅዱስ ጳውሎስ ከም ዝበሎ " ንሱ በይኑ ዘይመውት፣ ሓደ ሰብ እኳ ከቶ ዘይረኣዮ፣ ክርእዮ ውን ዘይክእል ኣብ ዘይቅረብ ብርሃን ዝነብር እዩ። ንዕኡ ንዘለዓለም ክብርን ሥልጣንን ይኹኖ ኣሜን። (1ይጢሞ 6፣16) (መዝ. 16፣11)

ስለ እግዚኣብሔር ክዝረብ ዝኽኣል ካብ ሥነ-ፍጥረት - ሚሩ ዘሎ ሥርሑ ምምርማር እዩ ሥነ-ፍጥረት ናይ መ- መርታ ናይ ባሕርዩ (ኩሉ ዝክእል ኣምላክ ምስጉን) መግለጺ እዩ። ድሕሪኡ ከኣ በብእዋኑ ንዝትንሥእ ትውልዲ እግዚኣብሔር ኣምላክ ዝግለጽ ኣብ ፈተውቲ እናሓደረ እዩ።

ድሕሪ ፍጥረት ስለ እግዚኣብሔር እንፈልጦ ብምንጽጻር እዩ። እቶም ናይ እግዚኣብሔር ሰባት ዝኾኑ ቅዱሳን ዝገብርዎ ተኣምርን ዝሰርሕዎ ኣደናቒ ስራሕን፣ ዝረከብዎ ናይ ጥበብ ኃይልን ብምርኣይ እቶም ኣገልገልቲ እኳ ከምዚ ዝኾኑስ እቲ ወሃቢ ዝኾነ ኣምላክና ድኣ ከመይ ክከውን እዩ ብምባል ነድንቕ።

እግዚኣብሔር ክቡር፣ ቅድስንኡ፣ ኃይሉ ብፍጥረታት ክፍለጥ እንተ ዘይደሊ ነይሩ። ስለዚ ቅዱሳን ናይ እግዚኣብሔር መግለጺ እዮም። ናይ ቅድስናኡም ምንጪ (ነቅዕ) ንሱ እዩ። ናታቶም ብምርኣይ ስሊኡ ክንምስክር ክንነግር ንክእል። ንሱ እንኳን ንዓና ነቶም ጸግኡ ዝዓደሎም ክርእይዎ እንከለዉ ኣብ ማንም ዘይቀርቦ ብርሃን ምንባሩ ጥራይ እዩ ዝገለጸሎም። (1ይጢሞ 6፣16)

ስለዚ ኣሠረ ቅዱሳን ንናይ ነገረ እግዚኣብሔር ትምህርቲ ሓደ ክፋል እዩ። ናይ ህልውና እግዚኣብሔር ምስክር ድኣ እምበር ካብቲ ዝቕድስ፣ ዘክብር፣ ዝመርጽ፣ ዝሸይም ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ናይ ባህርይ ኣቡኡ ኣብ፣ ካብ ናይ ባህርይ ሕይወቱ መንፈስቅዱስ ወጻኢ ናብ መንግሥተ ሰማያት እንከደሉ ካልእ መንገዲ የለን።

ብዘይ ኣሠረ ቅዱሳን ነገረ እግዚኣብሔር ዘፍልጥ፣ ናብ እግዚኣብሔር ዝወስድ መንገዲ የለን። ስለዚ ኣሠረ ቅዱሳን ብኣእምሮ ምርዳእ፣ ምምሃር፣ ምክትታል፣ ምጽናዕ ምፍላጥ ምስ እግዚኣብሔር ምዝራብ ምኳኑ ምፍላጥ ይግባእ።

ብዘይ ኣሠረ ቅዱሳን ነገረ እግዚኣብሔር ምንጋር ኣይከኣልን እዩ ዝተባህለ ነዚ እዩ ስለዚ እዛ ኣሠረ ቅዱሳን ተባሂላ ተሰይማ ዘላ መጽሐፍ ነዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኣፍልጦ ዝሓዘት ብምኳና ኣንበብቲ ኣንቢቦም። ነቲ ናይ ቅዱሳን ታሪክ

ብምርኣይ ክቕድሱ ኣሠረ ቅዱሳን ዘይፈለጡ ሕፃናት ፈሊጦም ከገልግሉ፣ ኣብ ኣገልግሎት ዝርከቡ ዓበይቲ ከኣ ብቓል ኪዳን ናይቶም ቅዱሳን ሰማዕታት፣ ሊቃውንቲ፣ መነኮሳት፣ ጻድቃን ቅዱሳት ኣንስቲ ዘንበበን፣ ዝሰምዐን ብዝበሎ ቃልኪዳን መሠረት ተካፈልቲ መንግሥተ ሰማያት ክኾኑ ኣሠረ ቅዱሳን ምስዓብ የድልዮም።

ቅዱስ

፩. ፩. ፩ ቅዱስ ዝብል ትርጉሙ

ቅዱስ ዝብል ቃል “ ብዕብራይስጥ ቀዳሲ፣ ብሱርሰት፣ ቃዲህ፣ ብዓረብን ብግዕዝን ቅዱስ” ይብሃል። ትርጉሙ ክቡር፣ ንጹሕ፣ ፍሉይ ማለት እዩ። ብቐዳምነት ቅድስና ናይ ባሕርዩ ንዝኾነ እግዚኣብሔር የገልግል፣ ናይ ባሕርዩ መግለጺ ዝኾነ መጸውዒኡ ቅዱስ እዩ። ገለ ካብ መጽሐፍ ቅዱስ መሰነይታ ብምግባር ትሕት ኢልና ንመልከት፡-

- ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ኢሳ. 6÷1-3
- ነቲ ቅዱስ ኣምላክ ድኣ ምስ መን ከተመሳሪርይዎ ኢኹም። ኢሳ. 40÷25
- እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ግና ጽድቂ ብምግባር ዕቤቱ የርኢ። ንሕዝቡ ብምፍራድ ከኣ ቅድስናኡ ይገልጽ። (ኢሳ. 5÷16)
- ለይትን መዓልትን ከየቋረጹ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ኩሉ ዝክእል እግዚኣብሔር ኣምላክ ዝነበረን ዘሎን ዝመጽእን ይብሉ። ራዕ. 4÷8
- ዓው ብዝበለ ድምጺ ከኣ ኦ ቅዱስን ሓቀ ን ዝኾንካ ጐይታ ክሳዕ መዓስ ኢካ ዘይትፈርድ
  (ራዕ. 6÷10)
- እቲ ኩሉ ዝክእል ዓበይቲ ነገራት ገይሩለይ እዩ እሞ ስሙ ቅዱስ እዩ። ሉቃ 1÷49
- ኣብ ቅዱስ ስሙ ስለዝተኣመና ብእኡ ንሕጐስ ኣሎና። (መዝ. 33÷21)።
- ኣነ ንእግዚኣብሔር ኮሉ ግዜ ከመስግኖ እየ። ኮሉ ፍጡር ከኣ ንቅዱስ ስሙ ንዘለዓለም ዓለም የመስግን። (መዝ. 145÷21)

፩. ፩. ፪ ቅዱሳን ሰባት

ብባሕርዩ ቅዱስ ዝኾነ እግዚኣብሔር ብረድኤት ዝሓደሮም፣ ብጸጋ ዝተወሃህዶም ናይ ሃይማኖት ሰባት ቅዱሳን ይበሃሉ። እዚ ከኣ ሃይማኖት ንምትሓዝ፣ ሠናይ ተግባራት ንምስራሕ፣ ናይ ሥጋ ድሌታቶም ናብ ናይ ነፍሲ

ድሌት ብምግዛእ፡ ካብ ክሕደት፡ ካብ ጥርጥር፡ ካብ ክፍኣት ብምፍላዮም ቅዱሳን ይበሃሉ።

ብሃይማኖት ተከተሉኒ ኢሉ ንዝጸውየም እግዚኣብሔር ፍሉይ ከምዝኾነ እነሆ ንሳቶም ውን ነፍሶም ካብ ዓለም ተፈልዮም ብገድሊ፡ ብጾም፡ ጸሎት . . . በቲ “ ኣነ ቅዱስ እየ'ሞ ንስካትኩም'ውን ቅዱሳን ኩኑ” ብምባል ቃል ብቓል ይናገር። (ዘሌ. ፲፩፥፪) ነዚ እዩ ከኣ ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ “ ስለዚ ሓጂቕኑ ልብኩም ተዓጠቕ፡ ከምኡ'ውን ተጠንቐቁ፡ ተስፋኩም ከኣ ብምሉእ ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ተገልጸ እትረክብዎ ጸጋ ይኹን ከም እዙዛት ውሉድ እምበር ከምቲ ቀደም ደናቁር እንከለኩም እትገብርዎ ዝነበርኩም ክፉእ ኣይትመላእ፡ ኣነ ቅዱስ እየ'ሞ ቅዱሳን ኩኑ ዝብል ጽሑፍ ስለ ዘሎ ከምቲ እቲ ዝጸውዓኩም ቅዱስ ዝኾነ ንስካትኩም'ውን ብኩሉ ንብረትኩም ቅዱሳን ኩኑ (1ይጴጥ. 4፥13-16)

ቅዱሳን ሰባት ንዝተፈላለየ ተግባር ግን ከኣ ንሓደ ዕላማ ብእግዚኣብሔር ዝተጸውዑ እዮም። ምጽዋዕ ጥራይ ዘይኮነ ካብቶም ዝተጸውዑ እውን ዝተመርጹ እዮም። “ ብዙኃን ጽውዓን ወንዳጣን ጎሩያን” ዝተጸውዑ ብዙሓት ዝተሓርዩ ወይ ዝተመርጹ ግን ውሑዳት እዮም። (ማቴ. ፳፪፥፲፬) ስለዝኾነ ካብ ብዙሓት ፈልዩ ዝሓረዮም ቅዱሳን ምስቶም ብዙሓት ዘይቅዱሳት ሰባት ብሓደ ዘይኮነስ፡ ብፍልይ ዝበለ ኣጸዋውዓ ቅዱሳን ተባሂሎም ይጽውዑ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ብከምዚ ዝስዕብ ይገልጾ። “ እምበኣርከስ ንስካትኩም ሰብነት ክርስቶስ ኢኩም፡ ነፍስ ወከፍኩም ከኣ ኣካላቱ ኢኩም። ኣምላክ ከኣ ኣብታ ቤተክርስቲያን <u>ብመ- መርታ ሐዋርያት</u>፡ ካልኣይ <u>ነቢያት</u>፡ ሳልሳይ <u>መምህራን</u>፡ ደሓር <u>ተኣምራት ዝገብሩ</u>፡ ናይ <u>ምፍዋስ ውህበት ዘለዎም</u>፡ <u>ዝሕግዙ</u>፡ <u>ዘመሃድሩ</u>፡ <u>በብዓይነቱ ቋንቋ ዚዛረቡ ሠርዐ</u> (1ይቆሮ. 12፥27) ብምኳኑ እግዚኣብሔር ናይ ወዱ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ መልክዕ ሒዞም ፈልዩ ዝጸውየም፡ ዝመረጾም፡ ዘጽድቖም፡ ዘክበሮም፡ ነቢያት፡ ሓዋርያት ጻድቃን ሰማዕታት ነገሥታት፡ ካህናት ኣበው፡ ኣርድእት፡ ጳጳሳት፡ ሊቃውንት፡ ደናግል፡ ምእመናን ቅዱሳን እዮም።

<u>ቅዱሳን ነቢያት</u>

ካብ እግዚኣብሔር ኣምላክ ሃብተ ትንቢት ተዋሂቦም ንመጻኢ ዝፍጸም ፍጻሜታት ኩሉ ብርጉጽነት ዝናገሩ እዮም። “ እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል እናበሉ ይንበዩ። (1ይሳሙ. 9፥6, ኣሞጽ 1፥3, ሚክ. 3፥8) እቲ ዝግለጸሎም ብራዕይ፡

ብሕልሚ እዩ። (ዘኍ. 12፥6, ዳን 10፥11) ኣብ ርእሲ እቲ ዝንበይዎ ትንቢት፥ ንሕዝቢ ይመክርዎ ይምዕድዎ፥ ይግስጽዎ ነበሩ። ንሕዝቡ ከገልግልሉ ከኣ እግዚኣብሔር ካብ ማኅጸን ኣዴታቶም ኣትሒዙ መረጾም (ኤር. 1፥4-10)

ነዚ ኣመልኪቱ ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ “ ከመይ ትንቢት ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑም፥ ካብ ኣምላክ ዝተዛረብዎ እምበር ከቶ ብፍቓድ ሰብ መጺኡ ኣይፈልጥን” (1ይጴጥ. 1፥21) “ነቢይ ብስም ነቢይ ዝቕበል ዓስቢ ነቢይ ይረክብ። እቲ ንጻድቕ ብስም ጻድቕ ዝቕበል ዓስቢ ጻድቕ ይቕበል። (ማቴ. 10፥41)

ብነቢያት ንዝተነግረ ቃል ትንቢት ከምዝተፈጸመ ንዓለም ክምህሩ ጐይታ ባዕሉ “ ንዑ ተኣተልኒ ኢሉ ዝጸውየምን ዝመረጾምን እዮም። “ንዓካትኩም ምሥጢር መንግሥተ ሰማያት ክትፈልጡ ተዋሂብኩም ኣሎ ኢልዎም (ማቴ 13፥10) ኣጋንንቲ ከውጽኡ፥ ሕሙማት ክፍውሱ፥ ሥልጣን ሃቦም (ማቴ 10፥1) ምስኡ ንቅዱስ ጴጥሮስ ምክንያት ብምግባር ናይ መንግሥተ ሰማያት መፍትሕ ድሕሪ ምርካቡ “ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርኩሞ ኣብ ሰማይ እሱር፥ ኣብ ምድሪ ዝፈታሕኩሞ፥ ኣብ ሰማያት ፍቱሕ ብምባል ካብ ክሳብ ሰማይ ዝኣስርን ዝፈትሕን ሥልጣን ሃቦም። (ማቴ 16፥19, 18፥18, ዮሓ. 20፥23, 21፥15)።

እነሆ ኣነ ክሳብ መፈጸምታ ዓለም ኩሉ ግዜ ምሳካትኩም እየ ዝብል ተስፋ ኣጨበጠም (ማቴ 28፥20, ማር. 16፥15)

ቅዱሳን ሰማዕታት

ቅዱሳን ሰማዕትት ዝበሃሉ “ ንእግዚኣብሔር ከሓዱ፥ ናብ ጣያት ስገዱ፥ ምስ ዝበሃሉ ንእግዚኣብሔር ኣይንክሕድን ንጣያት ኣይንሰግድን” ብምባል ኣብ ቅድሚ ከሓድቲ ነገሥታት ቀሪቦም ከይሓፈሩን ከይፈርሑን ስለ ኣምላክነት ፈጣሪኦም ዝመስከሩ እዮም። በዚ ምክንያት እዚ ተዘርዚሩ ክውዳእ ዘይክእል ዓይነት መከራታት ተቐቢሎም፥ ደሞም ኣፍሲሶም፥ ኣጽሞም ከስኪሶም ሕይወቶም ዝወፈዩ ቅዱሳን ሰማዕታት ይበሃሉ። “ ኣንስቲ ምውታተን ካብ ሞት ተንሢኦም፥ ከምብሓድሽ ተቐበለኦም፥ ካልኦት ግና ዝበለጸ ትንሣኤ ምእንቲ ክረክቡ ምሕረት ኣይንደልን ኢሎም ተሣቐዮም ሞቱ፥ ገሊኣቶም ድማ ብላግጽን፥ ብመግረፍትን ኣብ ልዕሊ እዚ'ውን ብሞቕሖን ብማእሰርትን ተሳቐዩ። ብዳርባ እምኒ ተቐትሉ፥ ብመጋዝ ተቈርጹ፥ ተሰይፎም ሞቱ፥ ኣጐዛ ኣባጊዕን ዲኖ ኣጣልን ተከዲኖም ዞሩ፥ ሰኣኑ፥ ጸበቦም፥ ሓሳረ መከራ ጸገቡ ዓለም ንዕኣቶም ዘይትበቕዕ ስለዝኸነት ኣብ ምድረ በዳን ኣብ እምባታትን ኣብ በዓትታትን ኣብ ጕዳጕዲ ምድርን ኰለል በሉ። (ዕብ. 11፥35-38)

“ ከም ጽሉል ድኣ እየ ዝዛረብ ዘሎኩ እምበር ኣነ እበልጾም፣ ሕልፊኡም ዝጸዓርኩ፣ ብዙሕ ግዜ ዝተኣሰርኩ፣ ዝተገረፍኩ፣ ብዙሕ ግዜ ኣብ ኣፍ ሞት ዝበጻሕኩ እየ። ኃሙሽተ ግዜ ነርብዓ ጭጉራፍ ሓደ ጐደል ብኣይሁድ ተገረፍኩ፣ ሠለስተ ሳዕ እታ ዝነበርክዋ መንበር ተሰብረትኒ፣ ሓደ ለይትን ሓደ መዓልትን ኣብ ባሕሪ ገበርኩ፣ ብዙሕ ግዜ መንገደ ኮይነ ነበርኩ፣ ብውሕጅን ብኩተርትን ከኣ ተጨነቕኩ፣ ብኣይሁድን ብኣሕዛብን ተጨነቕኩ፣ ኣብ ከተማን ኣብ በረካን ኣብ ባሕርን ተጨነቕኩ፣ ብዕዮ ብጻዕሪ ድቃስ ለይቲ ብምስኣን፣ ብጥሜት ብጽምኢ ብስእነት መግቢ፣ ኣብ ጥራይ ዝባነይ ቁሪ ብምቕባል ነበርኩ። (2ይ ቆሮ. 11፥23-28)

ቅዱስ ሊቃውንቲ

ቅዱሳን ሊቃውንቲ ንቅዱሳት መጻሕፍቲ ካብ ኣምላክ ብዝተዋህቦም ናይ መንፈስ ቅዱስ ገላጽነት ብምትርጓም ልቢ ምእመናን ኣብ ሃይማኖት ዘጽንዑ እዮም። ከምኡ ውን መናፍቓን ዝተሰሓሓተ ትምህርቲ ሒዞም ክትንስኡ እንከለዉ መጽሐፍ ዓሊቦም ኃይለ ቃል ሓሲቦም ተከራኺሮም ዝረትዑ ቅዱሳን ሊቃውንቲ ይበሃሉ። ሃይማኖት ከይጠፍእ፣ ትምህርቲ ከይፋለስ ለይትን መዓልትን ብምስትምሃር ብዙሓት ደቀ መዛሙርት ምሂሮም ዘፍረዩ፣ ብዙሓት መጻሕፍቲ ዝጸኣፉ እዮም።

ነዚ ኩሉ ከበርክቱ እንከለዉ ከኣ ኮፍ ኢሎም ጥዒምዎም ዘይኮነስ ከምቲ ናይ ሰማዕታት ዝተፈላለዩ መከራታት እናተቐበሉ እዮም። ማለት ከም ማእሰርቲ፣ መግረፍቲ፣ ብሓዊ ምንዳድ፣ ብሴፍ ምስያፍ ነዚ ኩሉ ሰጊሮም እዮም።

ንኣብነት፦ ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ፣ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፣ ቅዱስ ቄርሎስ . . ዝኣመሰሉ እዮም።

ቅዱሳን ጻድቃን

ቅዱሳን ጻድቓን ዝበሃሉ ምሉእ ዕድሚኦም ካብ ጣዕሚ ዓለምን ካብ ፍትወቱን ተፈልዮም፣ ቤት ክንሰርሕ፣ ዘርኢ ክንዘርእ፣ ከይበሉ ፍቓድ ሥግኡም ንፍቓድ ነፍሶም ኣግዚኦም ብጾም፣ ጸሎት፣ ብስግደት፣ ብምናኔ ጸኒዖም ዝነብሩ እዮም። ኣነባብርኦም፦ ድምጺ ኣራዊት፣ ጸብኣ ኣጋንንት፣ ግርማ ሌሊት፣ ዋዕየ ፀሐይ . . . ከይፈርሑ በረካ ጥሒሶም፣ እምኒ ተተርኢሶም፣ ዛዕዛዕታ ልሒሶም፣ እዮም። ስለ ቅዱሳን ጻድቃን፣ ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ መልእክቱ “ ደቀየ ሓደ እኳ ኣየስሕትኩም፣ ከምቲ ክርስቶስ ጻድቕ ዝኾነ እቲ ጽድቂ ዝገብር ከኣ ጻድቕ እዩ።” (1ይ ዮሓ. 3፥7)

እቲ ንዓካትኩም ዝቕበል ንዓይ ይቕበል፣ እቲ ንዓይ ዝቕበል ድማ ነቲ ዝለኣከኒ ይቕበሎ . . . እቲ ንጻድቕ ብስም ጻድቕ ዝቕበል ዓስቢ ጻድቕ ይረክብ” (ማቴ 10÷41)

✠ ✠ ✠

ምዕራፍ ፩

ዘመነ ሰማዕታት (ናይ ስደት ዘመን)

ስፍሕ ብዝበለ ኣቐራርባ እዚ ዘመን'ዚ ካብ 64-313 ዓም. ዘሎ ካብ 250 ዘይወሓደ ዘመናት ሒዙ ይርከብ፣ ይኹን እምበር ከምቲ ብዝሒ ስምዕትናን ዝተፈጸመሉ ገድልን ኣብ ክልተ ይክፈል።

<u>፩ይ ካብ 64-250 ዓ.ም</u>. ዘሎ ዓመታት፣ ክርስቲያን ዝኾኑ ብጠቕላላ ኣጥፍእ ዝብል ስለ ዘይተኣወ- ፣ ኣብ ሓደ ሃገር ዘለዉ ኣመንቲ ክሳቐዩ እንከለዉ፣ ኣብ ካልእ ሃገር ዘለዉ ኣመንቲ ከኣ ብሰላም ይነብሩ ነበሩ።

ኣብዚ ዘመናት'ዚ ኣብ ሮማ ዝነገሡ ዋናታት ቁሳራት፡- ኔሮን ካብ 54-68 ድምጥያኖስ ካብ 81-96 ትራጃን ካብ 98-117 ማርቆስ ኣብሪሊዮስ ወይ ኣውሬሊያኖስ ካብ 161-180 ሴፕቲሚዩስ - ሴቪሩስ ካብ 91- 211 ማክሲሙስ ካብ 235-238 እዮም።

<u>፪ይ ካብ 250-313 ዓ.ም.</u> ዝነበረ ግዜ ምንምኻ ሓደ ሓደ ግዜ ብምቕራጹ ምክንያት ዕረፍቲ እንተረከቡ ክርስቲያን ክጠፍኡ ጠቕላላ ኣዋጅ ስለ ዝተኣወ- ብዘይ ርኅራኄ ብጭካኔ ተውድኡ። እዚ ዘመን'ዚ ካብ ናይ ሮማ ቁሳራት ዳክዮስ ካብ 249-251 ቫሌሪያን 253-259 ኣውሬልያኖስ ወይ ኣሌሪያን 270-275፣ ዲዮቅልጥያኖስ 284-305 ዘሎ ግዜ ሒዙ ይርከብ።

ቤተክርስቲያን ብዙሕ ቅርስታታ ዝሰኣነትሉ ኣብዚ ዘመን'ዚ እዩ። ብኣንጻሩ ዘመነ ሰማዕታት ቤተክርስቲያን ካብ ቤተ ኣይሁድ ወጺኣ ናብ ኣሕዛብ ዝኣተወትሉ፣ ጸኒዓ ዘስፋሕፍሓትሉ ዘመን እዩ።

“ሑሩ መመሐሩ ኵሎ ኣሕዛበ” ብዝብል ናይ ጐይታ ትእዛዝ መሠረት ንናይ ኣረሚን እዝኒ ጋሻ ኰይኑ ዝነበረ ብሓደ ኣምላክ ምእማንን ናይ ድኅነት መልእክታን ክትእውጅ - መረት።

ኣሕዛብ ናይ ወንጌል መልእክቲ ተቐቢሎም ክርስቲያን ኮኑ። ካብቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበረ ቁጽሪ ክርስቲያን ኣብቲ ናይ ኣሕዛብ ሃገር ዘሎ ሕድሽ ኣማኒ እናበዝሐ ከደ።

እቲ ኣብ ክርስቲያን ዝነበረ ነንሓድሕድካ ምፍቕቓር ነቶም ኣሕዛብ ዘይኣመኑ ኣቕንኣም። እናተደነቑ “ረኣይዎም እዞም ክርስቲያን ነንሓድሕዶም ክፋቐሩ” ይብሉ ነበሩ። ብብዝሒ ፍቕሮም ከኣ ናይ ክርስቶስ ደቀ መዛሙርት ምኳኖም ኣመስከሩ፣ ጐይታ ኣቐዲሙ ብዛዕባ ፍቕሪ ኣስተምሂርዎም ነበረ። (ግብ. ሐዋ. 4፥34-37, ሮሜ 15፥26-27)

ኣብ ሃገረ ኣሕዛብ ናይ ምእመናን ቁጽሪ እናበዝሐ ምስ ከደ ጸላእቲ ከኣ ከም ፍልሐ ፈሊሖም ተላዕሉ። ካብቶም ካብ ኣሕዛብ ዝተላዕሉ ጸላእታ እቶም ካብ ቤተ ኣይሁድ ዝተላዕሉ ቀናኣት ኣይሁድ፡- ክርስቶስ ብዘይ ሙሴ፣ ጥምቀት ብዘይ ግዝረት፣ ኦሪት ብዘይ ወንጌል ኣየጽድቑን እዮም ብምባል ካብቶም ምርድዳእ ዘይፈትዉ ቢጽ ሓሳውያን ዝከፍኡ ስለ ዝነበሩ እቲ ዝተቐበለቶ መከራ በዚ መጠን እዩ።

ኣይሁድ ምንምኳ ንቤተክርስቲያን እንተተቓወምዋ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣመንቲ ብምንባሮም ተቓውምኦም መጽሓፍ ብመጽሓፍ እዩ ነይሩ። ብኣፍ ብመጽሓፍ ኢልካ ንምሕፋሮም ቀሊል ነበረ። ኣሕዛብ ግን ሓደ ዝተወሰነ ሃይማኖት ወይ ናይ ሃይማኖት መምርሒ መጽሓፍ ስለዘይነበሮም ኣብ ግዜ ክርክር ሜዳ ንዝኾነ ኣተሓሳስብኦም ሰቢርካ ንምእታው ኣዝዩ ኣጸጋሚ ነበረ።

ነቲ ዝንገሮም ክርስቲያናዊ መልእክቲ ከም ሓደ ልቢ ወለድ፣ ወይ ሕንቅልሕንቅሊተይ ኣይቐጽርዎን ነበሩ።

እቶም ካህናተ ጣያት'ውን ብስም ኣገልግሎት ጣያት ዝረክብዎ ዝነበሩ ኣታዊ ስለ ዝተቐረጸም ክርስትና ንምጥፋእ ተዓጢቐም ተንሥኡ። “ ዑፍ ብዝበረሮ፣ ዘንጊ ብዝተወርወሮ” ከምዝበሃል ንክርስቲያናት ናይ ፈጣሪ ጸላእቲ ብምምሳል፣ ናይ ሓዊ ምንዳድ፣ ናይ ኣየር ኵነታት ለውጢ፣ ዓባር፣ ድርቂ፣ ሕማም . . . ወዘተ ኣብ ሃገሮም እንተመጺኡ እዞም ርጉማት ክርስቲያን ንኣማልክትና ስለዘቐየምዎም እኮ እዩ ብምባል ከም በደልቲ የሓስብዎም ነበሩ።

እቲ ዝሓስብዎ ምስማር ምስ ዝኣብዮም በዚ ምክንያት'ዚ እቲ ናይ መ- መርታ ስቓይን ስደትን ኣብ ልዕሊ ቤተክርስቲያን ዝኣወ-ን ብዙሓት ናይ ወንጌል ልኡካት ክርስቲያን ዝቐተለን ዝወድአን ኔሮን ቄሳር ካብ 54-68 እዩ።

ነዚ ነገር'ዚ መለዓዓሊ ዝገበሮ ናይ ከተማ ሮማ ምቕጻል እዩ። ርግጽ ኣብ መፋርቕ ዘመነ መንግሥቱ ከተማ ሮማ ብሓዊ ተቓጺላ እያ። ዘቓጸላ መን ከምዝኾነ ግን ኣይተፈልጠን።

ምእንቲ ንክርስቲያን ከጥፍኦም ቄሳር ኔሮን ባዕሉ እዩ ኣቃጺልዋ ዝብሉ እውን ኣለዉ። እቲ ኾነ እቲ ከተማ ሮማ ምቕጻላ ኣይተረፈን።

ንሕዝቢ ሮማ ክርስቲያን እዮም ኣቓጺሎሙልኩም ኢሉ ኣብ ልዕሊ ክርስቲያን ዓቢ ግፍኢ ንክገብሩ ቅስቀሳ (ጐስጓስ) ገበረ። ሕዝቢ ከኣ እንታይ ኣለዎ ከምዘረዳእካዮ ስለዝኾነ እዚ ናይ ሃገረ ሮማ ዋና መቃጸሊ ኮይኑ ዘሎ ምክንያት ኣብ ውሽጢ ከተማ ንኣማልክትና ዘይእዘዙ ክርስቲያን ብምህላዎም ጥራይ እዩ።

እዚ ሓደጋ'ዚ ናይ ኣማልክቲ ቍጥዓ እዩ እምበር ናይ ሰብ ኣይኮነን ዝብል ኣተሓሳስባ ሒዞም ክጭድሩ - መሩ። እቶም ጥቕሞም ዝጐደሎም ካህናተ ጣያት እውን ክርስቲያን ኮነ ኢሎም ዝገበርዎ ተንኰል እዩ እናበሉ ናይ ሓሶት ወሬኦም ክነዝሑ - መሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኔሮን ንክርስቲያን ንከጥፍኦም ምሹእ ባይታ ረከበ። ብዙሓት ክርስቲያን ብዘይፍርዲ ብጭካኔ ተጨፍጨፉ።

እቶም ቤተክርስቲያን ኣጸቢቕ ትዝክሮም ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስን፡ ጳውሎስን ብሰማዕትነት ዝተቐተሉ ብኔሮን ቄሳር እዩ። እዚ ኣሰቃቕን መደንገጽን ህልቂት ዝተፈጸመ ኣብ ከተማ ሮማ ጥራይ ስለዘይነበረ ኣብ ካልኣ ክፍለ ሃገራት ዘለዉ ክርስቲያናት ነዚ ምስ ሰምዑ ምስ ኣጎዋቶም ናይ ሰማዕትነት ጽዋዕ ንምቕባል ከካብ ዘለውዎ ተኣከቡ።

ኣብ ሃይማኖቶም ዘለዎም ፍቕሪ ብሰማዕትነቶም ኣርኣዩ። እቶም ካብ ሞት ዝተረፉ'ውን ንዓኣቶም ዝረከበ ከይረክበና ከይበሉ ብግፍኢ ንዝሃለቑ ናይ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ዓጽሚ ኣኪቦም ኣብ ስውር ውሽጢ ግበበ ምድር (ካታኮምብ) ኣቐመጡ።

“ ልቡ ለዳድቅ ውኩል ከመ ኣንበሳ ” ከም ዝብል። እዚ ናይ መከራ ዘመን ክሳብ ዝፍጸም ከም ቤተክርስቲያን ጌሮም ክግልገሉሉ ዝጸንሑ ግበበ ምድር (ካታኮምብ) ኣብ ናይ ሰማዕታት መቓብር እዩ ነይሩ።

ድሕሪ ሞት ኔሮን ቄሳር ፷፰ (68) ዓ.ም. ንሓንቲ ዓመት ክልተ ቄሳራት ብተኸታታሊ ነገሡ። እቲ ኣብ ልዕሊ ክርስቲያን ዝፍጸም ዝነበረ ግፍኢ ግን ከም ቀደሙ እዩ።

ብ ፸ (70) ዓ.ም. ዝነገሠ ቬስፓስያን ክርስቲያን ብምጽላእ እኳ ካብ ኔሮን ዘይሓይሸ እንተኾነ ከምቲ ኔሮን ዝፈጸሞ ህልቂት ኣይፈጸመን። ካብ ምስጓጎም፡

ንብረቶም ካብ ምዝማት፡ ውሽጢ ውሽጢ ጸላእቲ ካብ ምስፍሕፋሕ ግን ኣይተከልከለን።

ካብ ፷፰-፸ (68-70 ዓ.ም.) ሃገሮም ፍልስጥኤም ነጻ ንምውጻእ እሥራኤል ነቲ ዝነበሮም መግዛእቲ ናጻ ንምውጻእ ዝገበርዎ ምንቅስቓስ ዝተላዕለ ቅድም ቬስፓስያኖስ፡ ድሓር ወዱ ቲቶ (ጥጦስ) ወሪሩ ብ 70 ዓ.ም. ንናይ እስራኤል ምንቅስቓስ ደምሰሶ። ከተማ ኢየሩሳሌምን እቲ ዓቢ ናይ ኣይሁድ ቤተመቕደስን ኣቓጸለ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበሩ ክርስቲያን ኩሎም ሃዲሞም ኣብ ፒላ ዝተባህለት ናይ ዮርዳኖስ ማዕዶ ሰፈሩ።

ካብዚ ንንየው ናይ ክርስቲያን መናሃሪያ ኢየሩሳሌም ምኳን ተሪፉ ሮማ፡ እስክንድርያ፡ ኣንጾኪያ ኮና። ናይ ሮማ ግዝኣት ብሰሜናዊ ምብራቕ ወገን ኣፍሪቃ፡ ግብጺ፡ ማእከላይ ምብራቓዊ እስያን ግሪክን፡ ብምዕራብ ወገን ፈረንሳ (ጎል) ክሳብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝበጽሕ ነበረ።

ናይ ክርስትና ሃይማኖት "ብሉይ ኪዳን" ንመረድኢ ስለ ዝጥቀሙሉ በቶም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ናይ ሮማ ገዛእቲ ዝነበሩ ሰበ ሥልጣን ኩሉ ናይ ክርስትና ሃይማኖት፡ ኣይሁድ ናይ ሮማ ግዝኣት ንምፍራስ ዝፈጠርዎ " ሃይማኖት ለበስ ፖለቲካ" መሲልዎም ነበረ።

ናይ ክርስትና ሃይማኖት ግን ብርግጽ ንሳቶም ከም ዝሓሰብዎ "ሃይማኖት ለበስ ፖለቲካ" ኣይነበረን። ይኩን እምበር ናይ ሮማ መንግሥቲ " ናይ ምስፍሕፋሕ መንፈስ ዝቃወም መንገዲ ኩሉ ናብ ሮማ የእትዎ" ዝብል ናይ ትዕ ቢት ውርሻ ዝቃወም ነበረ። ናይ ሮማ ነገሥታት ብግብዝነት ዝፍጽምዎ ናይ ምምላክ ጠባይ ናይ ክርስትና ትምህርቲ ብምሉእ ተቓወመ። ቤተክርስቲያን ብመምርሒኣ መሠረት "ኣምላክ ሓደ እዩ" ንሱ ከኣ "ዝቕትል፡ ዝምሕር እዩ። ንዕኡ ክትሰግዱ፡ ንዕኡ ከተምልኩ ይግባእ። እዚ ንስካትኩም እትገብርዎ ዘሎኩም ንዕ ንጨይቲ፡ ንዕምኒ፡ ንእንስሳ ምስጋድ ንነገሥታት ከኣ ኣምላካዊ ክብርን ስግደትን፡ ምሃብ ኣምልኮ ባእድ እዩ" በለት። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሞንጎ ቤተክርስቲያንን ነገሥታትን ህልክ ዘእቱ ክርክር ተፈጥረ።

ናይ ሮማ ነገሥታት ብሕይወት እንከለዉ ክምለኩን ክስገደሎምን ጸኒሖም ምስ ሞቱ ከኣ ሥዕሎም፡ ሐውልቶም ይምለክ ስለዝነበረ ነቲ ሁኽት ምክንያት ዝኾኖ ንሱ እዩ።

ቤተክርስቲያን "እግዚኣብሔር ክርስቶስ እዩ" ክትብል፡ ናይ ሮማ ቄሳራት ከኣ ከምቲ ዝለመድዎ ክንገብር ኢና ክብሉ ሓደ ቄሳር ሓሊፉ ካልእ ክትካእ ናይ'ቲ

መከራ ዓይነትን ብዝሕን እናወሰከ ከደ። ዝገደደ'ውን እቲ ናይ ክርስቲያን ህልቂትን ስቓይን ናይ ሮማ ቄሳራት ኣብ ግዜ ዕረፍቶም ከም መዘናግዒ ይርእይዎ ነበሩ።

ብመጠን እቲ ዝነበረ መከራ ግን ናይ ክርስትና ሃይማኖት ጸንዐ። ድሕሪ ኔሮን ቄሳር ኣብ ልዕሊ ክርስቲያን ብዙሕ ስቓይ ብምፍጻም ዝተፈልጠ ሓዉ <u>ድምጥያኖስ</u> ካብ 81-96 እዩ።

ንሱ እውን ገና ብሕይወቱ እንከሎ ምስሉ ኣዳልዩ ክስገደሉ ክብል እንከሎ ናይ ንእሽቶ እስያ ክፍሊ ናብ ዝኾነት ኤፌሶን ለኣኮ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ዮሓንስ ወንጌላዊ ኣብ ኤፌሶን ብሓዋርያነት ስርሑ ይፍጽም ስለዝነበረ፣ ነዚ ምስሊ'ዚ ርእዩ ብጣዕሚ ተቓወመ። ናይ ኤፌሶን ክርስቲያን ምስ ወንጌላዊ ዮሓንስ ኮይኖም ንናይ ድምጥያኖስ ናይ ግብዝና ስራሕ ተቓወሙ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዮሓንስ ተታሒዙ ናብ ሮማ ክውሰድን ናይ'ቲ ዝተቓወሞ ፍርዲ ከኣ ክቐበልን ናይ ሮማ ቤት ምክሪ ወሰነ።

ሓዋርያዊ ግዴትኡ ስለዝኾነ ፍርዱ ክቐበል ብፍታዉ ከደ። ኣብኡ ምስ በጽሐ ናይ ሮማ ፈራዶ ኣብ ደሴተ ፍጥሞ ክእሰር ወሰኑ። ኣብ ደሴተ ፍጥሞ እንከሎ እቲ ናይ ሐዲሽ ኪዳን መወዳእታ ዝኾነ መጽሐፍ ራእይ ተገሊጽሉ ጸሓፈ።

እዚ መጽሐፍ'ዚ “ ራእየ ዮሓንስ ኣፖካሊፕሲስ” ይብሃል። ሓደ ሓደ ሰባት ከኣ እዚ ጥራይ ዘይኮነስ ንወንጌል እውን ኣብኡ እዩ ጽሒፍዎ ይብሉ። ካብ 98-117 ዓ.ም. ዝነበረ ኃያል ቄሳር ትራጃን ዝተባህለ እዩ። ብኃይሊ ጥራይ ዘይኮነ እንኮላይ ብሜላን ብምፍርራህን ንክርስቲያን ናብ ኣምልኮተ ጣያት ክመልስ ዝፈተነ እዩ።

ትራጃን ኣብ ዘመነ መንግሥቱ ሓሊፉ ሓሊፉ ብሕጋዊ መንገዲ ክከይድ ዝደሊ ይመስል። ናይ ቢታንያን ከባቢኣን ገዛኢ እዩ ገሩ። ዝሸሞ ፖሊኒ ዝተባህለ ገዛኢ ብ 111-113 ተሸይሙ ናብ ቢታንያ ምስ ከደ ኣብ ውሽጢ ግዝኣቱ ብዙሓት ክርስቲያን ረከበ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ንክርስቲያን ዋላ መከራ እንተጸገቡን እንተሞቱን ተገዳሲ ዘየብሎም ምኳኖም ምስ ፈለጠ ተሃዊኹ ኣይቀተሎምን። ግን ኣብ ውሽጢ ግዝኣቱ ብዙሓት ክርስቲያን ምርካቡን እንታይ ክገብር ከም ዝግብኦን ናብ ልዕሊኡ መምርሒ ስለዘድልዮ ጉዳዩ ኣብሪሁ ንጐይትኡ ትራጃን ጸሓፈ።

ትራጃን ብናይ ፖሊኒ ምስትውዓል ተሐጕሱ ክብሪ ከኣ ስለ ዝሃቦ ብምድናቕ እዚ ዝስዕብ መልሲ ጸሓፈሉ። “ፈታውየይ ፖሊኒ ኣብ ውሽጢ ግዝኣትካ ስለ ዝረከብካዮም ክርስቲያን ጉዳዩ ትክክልን ምስትውዓል ዘለዎን ሕቶካ ተመልኪተዮ፣ ክርስቲያን ከም ኣራዊት ክህደኑ የብሎምን። ጥፍኣት እኳ እንተ ተረክቦም ከም

ማንም ዜጋ ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ብሕጊ ይቀጽዑ። ብዝበለጸ እውን ክርስቲያን ዝብል ስም ንክሓድጉ ምእማኖም። ክርስቲያን ዝብል ስም እንተ ሓዲጎም፣ ንኣማልክትና ከኣ እንተ ሰጊዶም፣ ምንም ዓይነት በደል ዋላ እንተ ሰርሑ ንዝመጽእ ምጥንቃቕ ድኣ እምበር ብዝሓለፈ ዘይቅጽዑ ምኳኖም ቀስ ብቐስ ምርዳእ ብጣዕሚ ዝሓሸ እዩ " ኢሉ ጸሓፈሉ።

እዚ ኣጸሓሕፉ'ዚ ብሓደ ወገኑ ናይ ትራጃን ክፍኣት ከርኢ እንከሎ፣ ብካልእ ወገኑ ከኣ ብዘይ ሕጊ ሥልጣን ተጠቒምካ ሰብ ካብ ምቕታል ዝተኣረመ ናይ ኣመራርሓ ሜላ ዘለዎ ይመስል።

ትራጃን ክርስቲያን ካብ ምጽልኡ ዝተላዕለ ንናይ ኣሕዛብ ሃይማኖትን ንናይ ሮማ ነገሥታትን ጸላእቶም እዮም ይብሎም ነበረ።

ብዙሓት ቁሳራት ንቤተክርስቲያን ብዓይኒ ጸላኢ ይጥምትዋ ነበሩ። ካብ 161-180 ዓ.ም. ዝነገሠ ፈላስፋ ንጉሥ ማርቆስ ኣብሪሊዮስ "ክርስቲያን ሞገዳውያን ወፈፌታት እዮም" ይብል ነበረ።

ካብ 180-192 ዓ.ም. ዝነገሠ ቄሳር ከሞዶስ ቀስ ብቐስ ብሜላ እናገበረ ንቤተክርስቲያን ናይ ምጥፋእ እቅድ (ዕላማ) ነበሮ።

ካልኦት ውን ከም በዓል እስክንድሮ-ሳዊሮስ ካብ 222-231 ዓ.ም. ከም በዓል ፊልጶስ ዓረባዊ ካብ 244-249 ዓ.ም. ዝነበሩ ብምንዓቕን ብምጽያፍን ንክርስቲያን ከም ማንም ኣይቈጽርዎምን ነበሩ።

ኣብ ልዕሊ ቤተክርስቲያን ናይ ምስናፍ ዕድል ንምርካብ ብዙሓት ቄሳራት ብዘለዎም ኃይልን ሜላን ብምሉእ ኃይሎም ተጠቒሞም ናይ መወዳእታን ዘየዳግምን ሜላ ግን ብዳክዮስ (ዳኬዎስ) ዘመነ መንግሥት ካብ 249-251 ዓ.ም. ዝወጽኣ ኣዋጅ እዩ።

ዳኬዎስ ብቐጥታ ምስ ነገሠ ናይ ክርስቲያን መምርሒ ኣጽኒዑ ንክርስቲያን ብጣዕሚ ዘጨንቕሉ ነገራት ምስ ናይ ዓለም ሊቃውንቲ እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውጽኣ። "ኣብ ግዝኣት ሮማ፣ ኣብ ሮማዊ ዜግነት ንዝነብሩ ክርስቲያን ኩሎም ብናይ ሮማ ባህሊ መሠረት ናይ ሮማ መንግሥት ሕጋዊ እዩ ኢሉ ዝተቐበሎን ነገሥታት'ውን ከምልክዎም ዝጸንሑ ጣዖታት ብግዲ ከም ዘምልኩን ሞባእ ከም ዘቕርቡን" ዝብል ኣዋጅ ነበረ። ነዚ ኣብ ግብሪ ዘየውዓለ ማንም ዜጋ ብሞት ይቀጻዕ። እዚ መንግሥታዊ ኣዋጅ እዚ ሮማ ንብዙሕ ግዜ ክትክተሎ ዝጸንት ናይ ሃይማኖት ነጻነት ሕጊ ዘፍርስ ስለዝኾነ ብቤተክርስቲያን ጥራይ ዘይኮነ ብዝተፈላለዩ ናይ ሮማ ግዝኣታት ዝነብሩ ኣይሁድን ኣረማውያንን ኣብ ኩሎም ሁከት ፈጠረ።

ክርስቲያን ግን ብእምነት ጸኒያም ንናይ ዳኬዎስ ጣየታት ኣይሰገዱን፡ መባእ'ውን ኣየቕረቡን። ስለዚ ከኣ ሰብኣይ፡ ሰበይቲ፡ ንእሽቶ ዓቢ ከይበለ ኣብ ግዝኣት ሮማ ንዝነብሩ ክርስቲያን ኣሰቓቂ ዝኾነ ናይ ሞት ቅጽዓት ተኣዘዘ። ሕጻናት ኣብ ሕቑፎ ኣዲኦም ከለዉ ተሓረዱ። ኣዴታቶም'ውን ድሕሪ ናይ ደቀን ሞት ምርኣየን ሓደ እግረን ኣብ ጉንዲ ተኣሲሩ፡ ካልእ ኣካላተን ከኣ ንታሕቲ ቁልቁል ኣፈን እናተንጠልጠለ ብኣሰቃቒ ኣማውታ ናይ ሰማዕትነት ጽዋዐን ሰተያ።

ግዚኡ ምስ ኣከለ ዳክዮስ ሞተ። ቤተክርስቲያን ግን ኣይሞተትን፡ ዳክዮስ ምስ ሞተ ወረስቱ በዚ ዝተኣወ- ኣዋጅ መሠረት ብዙሓት ክርስቲያን ቀተሉ።

ካብ ዳክዮስ ኣከታቲሎም ኣብ ልዕሊ ቤተክርስቲያን ብዙሕ ስቓይ ዘውረዱ ቄሳራት፡- ጋሊዮስ፡ ቄሳር፡ ካብ 251-253 ዓ.ም. ቫሌሪያ ካብ 253-259 ኣሌሪያን፡ ካብ 270-275 እዮም። ድሕሪ እዚኣቶም ብዓይነት ይኹን ብብዝሒ ተማሳሳልን ተወዳዳሪ ዘይብሉን ናይ ክርስቲያን ህልቂት ብናይ ዲዮቅልጥያኖስ ዘመነ መንግሥት 284-305 ዓ.ም. ዲዮቅልጥያኖስ ካብ ታራ ሰብ ዝተወልደ ወዲ ድልማጥያ እዩ።

ድልማጥያ ኣብ መንነ ኢጣልያን ይነዝላቪያን ዘላ ሃገር እያ። ኣብ ግዝኣት ይነዝላቪያ ከኣ ትርከብ። ብ285 “ኣውግስጦስ (ክቡር) ቄሣር ተባህለ።

ብ286 ዓ.ም. ናይ ሮማ ግዝኣት ብጣዕሚ ሰፊሕ ካብ ምኪኑ ዝተላዕለ ናይታ ሃገር ጸጥታ ንምሕላው ምእንቲ ክጥዕምን ናይ ምሕደራ ጉድለት'ውን ምእንቲ ከይፍጠር ንሱ ብወገን ምብራቕ፡ ሒዙ ወገን ምዕራብ ከኣ ንዓርኩ መክስምያኖስ ሃቦ። መክስምያኖስ እንተኾነ እውን ብወገን ምዕራብ ሮማ “ኣውግስጦስ ንጉሠ ነገሥት” ተባህለ። ክልቲኡም ብመንግሥትነት ማዕረ ኮይኖም ንግዝኣቶም ዝኸንዎም ሓለፍቲ መሪጸም ሸሙ።

ብወገን ምብራቕ ንዲዮቅልጥያኖስ ዘምኡ ጋሌሪዮስ ቄሳር ተባሂሉ ናይ ዲዮቅልጥያኖስ ምክትል ካብ 291-311 ዓ.ም. ኮነ። ብወገን ምዕራብ ናይ ዓቢ ቆስጠንጢኖስ ኣቦ ኮንስታንዲዮስ ክሎሪን ካብ 293-306 ዓ.ም. ቄሳር ተባሂሉ ናይ መክስምያኖስ ምክትል ኮነ። ሥልጣን መንግሥቱ ምስ ተረጋግአ ነቶም ዓበይቲ ሹመ ታት ዝነበሩ እናኣውጽአ ፈተውቱ ኣብ ታሕቲ ዝነበሩ ሸመ። እዚ ሜላ እዚ ከኣ ተቓዋሚ ንከይለዓሎ ሓገዞ።

ዲዮቅልጥያኖስ ካብ ኮላቶም ነገሥታት ፍልይ ዘብሎ ሓደ ሓደ ሓደሽቲ ነገራት ኣለውዎ። ወዲ ድካ ብምኪኑ ንግሥነት ርእዩ ስለ ዘይፈልጥ ብጣዕሚ ዝማላካዕ ዝፈቱ ፈታዊ ጌጓጌጽ፡ ክብሪ ዘይጸግብ ነበረ፡ ኣብ ዘፈር ካብኡ፡ ኣብ

ናይ ክዳኑ እጅግ ኣብ ወሰነ ወሰን ጫማኡ ዝነበረ ናይ ወርቅን ዕንቁን ዘፈርፈር ቅድሚኡ ዝነበሩ ነገሥቱ ሮም ጌሮሞ ዘይፈልጡ ነበረ።

ናይ ቤተክርስቲያን ታሪክ ብሰፊሕ ዘጽንዑ ሊቃውንቲ " ናይ ሮማ መራሕቲ ጠባይን ናይ ፖለቲካ ኣተሓሕዛኡን ክዛረቡ እንከለዉ እዚ ዲዮቅልጥያኖስ ናይ ፖለቲካ መሪሕነቱ እኳ እንተ ወሰኖ ናይ ደቂ ሰባት እምነት ንምውህሃድ ዝጽዕር ኣብ ውሽጢ ታሪክ ሮማ ናይ መ-መርታ ኣረማዊ ንጉሥ ነበረ። ክርስቲያን ንምድምሳስን ንምጥፋእን ከምኡ ዝኣመሰለ ኃያል ናይ ክርስቲያን ጸላኢ ኣብ ሮማ ነጊሡ ኣይፈልጥን ነይሩ" ይብሉ።

ዲዮቅልጥያኖስ ኣጸቢቑ ንክርስቲያን ከጽልኦ ዝከኣለ ምክንያት ሓደ ብ 296 ዓ.ም. ናይ ፋርስ መንግሥቲ ንናይ ሮማ ግዝኣት ዶብ ምስ ጠሓሰ ጋሌሪዮስ ናይ ሮማ ሠራዊት ሓላፊ ኮይኑ ንፋርስ ክወግእ ከደ። ኣብቲ ውግእ ፋርሳውያን ሓይሎም ንሮማውያን ሰዓርዎም። ጋሌሪዮስ ተማሪኩ ናብ ፋርስ ምስ ተወስደ መሊቑ ኣንጸክያ ኣተወ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ዲዮቅልጥያኖስ ነቲ ኣብ ፋርስ ዝተገብረ ኵነታት ክሓትት ናብ ካህናተ ጣያቱ ከጠንቀኦል ከደ። ኸዉ ነቲ ዓቢ ጣያቱ ኣጵሎን (ኣምላከ ፀሐይ) ዝብሎ ነቲ ልሙድ ዝኾነ ገፈራ ድሕሪ ምቕራቡ ካብቶም ካህናት መልሲ ክረክብ እየ ኢሉ እንተ ተጸበየ ከይነገርዎ ሰቐ በሉ።

እንታይ ኢዩ ምክንያቱ ኢሉ እንተ ሓተተ " ካብቶም ተከተልትካ ብትእምርተ መስቀል ዘማዕትቡ ክርስቲያን ስለ ዘለዉ እዩ" በልዎ። በዚ ሓሪቑ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ክርስቲያን ናይ ሞት መቕጻዕቲ ንክፍጸም ኣዘዘ።

ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ጋሌሪዮስ ናብ ግዝኣቱ ተመልሰ። ምስ ተመልሰ እቶም ካህናተ ጣያት ተኣኪቦም ከይዶም " ክትሰዓር ዝከኣልካ እኮ ኣብ ውሽጢ ሠራዊትካ ክርስቲያን ስለ ዝነበሩ እዩ" ኢሎም ነገርዎ።

ዲዮቅልጥያኖስ ክርስቲያን ዘቡኡ ኣብ ውሽጢ ሠራዊት ከይርከብ ኣዘዘ። ብእኡ ዝምራሕ ክርስቲያን እናሃደነ ዘጥፍእ ጸረ-ክርስቲያን ዝብል ትካል (ድርጅት) ኣቑመ። ብዙሓት ክርስቲያን ቅርስታቶም ከምዘይነበሩ ኮኑ።

ዲዮቅልጥያኖስ ካልኣይ ንክርስቲያን ዝጸልኣሉ ምክንያቱ ከምቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ነገሥታት ምስሉ (ባምቡላ) ኣስሪሑ ኩሉ ናይ ሮማ ዜጋ ነቲ ምስሉ ክሰግዱን ከምልኩን ክብሪ ክህቡን ምስ ኣዘዘ ቤተክርስቲያን ነዚ ትእዛዝ እዚ ኣይተቐበለቶን። ብናይ ቤተክርስቲያን መምርሒ "ፈጣሪ ድኣ እምበር ፍጡር ኣይምለክን" እዩ። ስለዚ ተደፊርኩ፣ ተነዓቕኩ ኢሉ ኣብዚ ግዜ'ዚ እቶም ናይ ኣጵሎን ካህናቱ ክርስቲያን ዘበለ ንከጥፍእ ኣማከርዎ። በዚ ምክሪ'ዚ መሠረት ካብ

ወርሒ መጋቢት 303 ዓ.ም ኣትሒዙ ንዘይተወሰነ ግዜ ክርስቲያን ኩሉ ኣብ ዘዘለውዎ ንክርሸኑ ኣዘዘ። ተመሳሳሊ ዘይብሉ ህልቂት ከኣ ኣብ ቤተክርስቲያን ተፈጸመ።

ናይ ዲዮቅልጥያኖስ ምቕታሉ ጥራይ ዘይኮነ ክፉእ፣ እቲ ዓይነት ኣቀታትልኡ ኣዝዩ ጽዩፍ እዩ ነይሩ። ከይቀተለ ህዋሳቶም በብንእሽቶ እናቆራረጸ የሳቕዮም ነበረ። ነቲ ዝቕረጽዎ ሥጋ ከኣ ወሲዶም ነቶም ጣዖታቱ የዓጥነሉ ነበረ። ክርስቲያን ግን ብዝበለጸ ኣብ እምነቶም ጸንዑ፣ ገሊኦም ከኣ ናብ ጸድፊ፣ ናብ በረካ እናተሰደዱ ብሕቡእ ሕቡእ ሃይማኖቶም ምምሃር ቀጸሉ።

ዲዮቅልጥያኖስ ኣብ ከተማ ኒቆዲሞስ ኣብ ዝርከብ ቤተ-መንግሥት በሪክ ቦታ ከይኑ ክርስቲያን ክሕረዱ እንከለዉ፣ ኣብያተ ክርስቲያን ብሓዊ ክቃጸሉ ከለዉ፣ ኣማዕድዩ ክርኢ ይፈቱ ነበረ። እዚ ኩሉ ናይ ጭካኔ ህልቂት እኳ ኣብ ርእሲ-ኦም እንተወረደ ክርስቲያን ግን ከም ንሓደ ዓቢ ገረብ እንተቕረጽካዮ፣ መሊሱ ጨብጪቡ ዝበዝሕን ዝበልጽን እናበዝሑ ከዱ።

<u>ዲዮቅልጥያኖስ ዝኣወጆ ትእዛዛት፡-</u>

ሀ. ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብያተ ክርስቲያናት ይተዓጸዉ ኣብያተ ጣዖታት ይርሓዉ።

ለ. ክርስቲያን ነንሓድሕዶም ከይራከቡ።

ሐ. ስለ ክርስትና ሃይማኖት ዝናገሩ መጻሕፍቲ ኩሎም ክቓጸሉ

መ. ናይ ቤተክርስቲያን ንብረት ዘበለ ኩሉ ክውረስ።

ሠ. ማንም ሮማዊ ክርስቲያን እንተኮይኑ ካብ ናይ መንግሥቲ ስራሕ ክእለ፡ መሰሉ ከምዘይሕለወሉን

ከሳቕይዎን፡

ረ. ባራዩ (ኣገልገልቲ) ክርስትና እንተ ተቐቢሎም ናይ ነጻነት ዕድል ከይረክቡ።

ሰ. ክርስቲያን ዋላ ሕጋዊ ክረትዑሉ ዝክእሉ ምክንያት እንተ ሃለዎም ምስ ዝከሱ ስለ መሰሎም

ክከራከሩ ኣይክእሉን ዝብል ኣዋጅ ኣወ- ።

ቤተክርስቲያን ቁሩብ ከተዕርፍ ዝከኣለት ድሕሪ 300 ናይ መከራ ግዜ ብዘመነ ቈስጠንጢኖስ ዓቢ እዩ።

ናይ ቤተክርስቲያን ሕይወት ኩሉ ግዜ ናብ መስቀል ምጥማት እዩ። ድሕሪ ብዙሕ ምግዳል ግን ብዙሓት ማሪካ እያ። ተጋድሎ ማለት ምእንቲ ሃይማኖት

ከስተምህሩ እንከለዉ ብዓላውያን መከራ ምጽጋብ፣ ብሓሰውቲ ምስቓይ፣ ብኢድ ከሓድያን ምሟት እዩ።

ኣጋንንት፣ ንነፍስ ዝወግኡ እኩያን ፍትወታት ምቅዋም፣ ኃጢኣት ንምቅዋም ወሲንካ ብጽንዓት ምቅላስ ውን ተጋድሎ እዩ። ብሰይፍ ዝተመትሩ፣ ብመጋዝ ዝተመገዙ፣ ብሓዊ ዝነደዱ ናብ ኣናብስት ዝተደርበዩ፣ ብጠቐላላ ብብዙሕ ስቓያት ዝተፈተኑ ቅዱሳን ሰማዕታት ይብሃሉ።። ሰማዕትነት ብኣፍ፣ ብመጽሐፍ ብቓል፣ ብተግባር ብምእማንን ምትእምማንን እዩ ሮሜ 10፥9-11, 2ይ ቆሮ4፥13 ያዕ. 2፥8-26።

ናይ ተጋድሎ መንገዱ ብዙሕ እዩ። ቀዳማይ ጸም፣ ጸሎት፣ ስግደት፣ ምጽዋት ዝኣመሰሉ እዮም። እዚኣቶም ብናትካ ፍቓድ ዝፍጸሙ ትሩፋት እዮም።
ካልኣይ ከኣ፡- “ፈጣሪኩም ክሓዱ ንጣያት ስገዱ” ዝብል ክመጽእ እንከለ፣ ሃይማኖት ዘክሕዱ መናፍቓን ክትንሥኡ ከለዉ፣ “ፈጣሪና ኣይንክሕድን ኢና፣ ንጣያት ኣይንሰግድን ናይ መናፍቕነት ትምህርቲ ኣይንቕበልን ኢሎም ከይፈርሁን ከይሓፈሩን ኣብ ኣደባባይ ቆይሞም ብምምስካር ዝቕበልዎ ጸዋትወ መከራ እዩ። መስቀል ሞቱ ተሰኪሞም ዝክተልዎ ማለት እዩ (ማቴ 10፥8-9) ቅዱሳን ሰማዕታት በዚ መንገዲ'ዚ ተጓዒዞም እዮም ናይ ክብሪ ኣክሊል ክደፍኡ ዝከኣሉ።

ሰማዕት ዝብል ትርጉሙ

ሰማዕት ዝብል መጸውዒ ሰዋስዋውን ሃይማኖታውን ትርጉማት ኣለውዎ። ብሰዋስዋዊ ትርጉሙ “ሰምዐ” ካብ ዝበለ ግዕዛዊ ግስ ዝተረክበ ክከውን ከሎ ምምስካር፣ ምስክር ምኳን ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ምንጋር፣ ርእየ፣ ሰሚዐ ማለት ሰማዒ ዝሰምዕ ዝቕበል፣ ሰማዒ መስካሪ፣ ምስክር፣ ሰማዕት ዝምስክሩ፣ መስከርቲ ማለት እዩ።

ሰማዒ፣ ንሓደ ክከውን እንከሎ፣ ሰማዕት ንብዙሓት፣ ሰማዕታት ንናይ ብዙሕ ብዙሕ እዩ።

ሰማዕት ብጥንተ ትርጉሙ ብዙሓት ኣብ ዝተኣከቡሉ ኣደባባይ ብግልጺ ዝወሃብ ምስክርነት *“ኣማን ኣማን እብለክ በዘነአምር ንነግር፣ መበዘርኢነ ሰማዕተ ንክውን፣ መሰምዓነሰ ተኣብዩነ ኦሚኦ”* ትርጉሙ ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኩ፣ እንፈልጦ ንዛረብ ዝረኣናዮ'ውን ንምስክር ኣሎና። ነዚ ምስክርና ግና ኣይትቕበልዎን ኢኩም። (ዮሓ. 3፥11-12)

ምንጪ፡-

1. ነገረ ቅዱሳን ብ1997 ዓ.ም. ማኅበረ ቅዱሳን ካብ ገጽ 33-41

2. የቤተክርስቲያን ታሪክ 3ይ ሕታም

ሰማዕትን ሰማዕትነትን ዝብል ትርጉሙ

“ ንዚንወክሙ በእንተ ውእቱ ዘሀሎ እምቅድም ውእቱ፣ ዘሰማዕናሁ በእዘኒነ ወዘርኢናሁ በአእይንቲነ፣ ወዘጠየቅናሁ። ወዘገሠሣሁ እደዊነ። በእንተ ነገረ ሕይወት እሰመ ሕይወት ተዓውቀት ለነ ወርኢናሃ፣ ወሰምዓ ኮነ ወንዚንወክሙ ለክሙኒ ሕይወተ እንተ ለዓለም እንተ ሀለወት ኀበ፣ አብ ወተዓውቀት ለነ ወርኢናሃ ወሰማዕናሃ ወንዚንወክሙ ለክሙኒ ከመ አንትሙኒ ትኩኑ ሱታፌ ምስሌነ” ትርጉሙ “ ብዛዕባ እቲ ካብ መ-መርታ ዝነበረ ንሕና ዝሰማዕናዮ፣ በዕ ይንትና ዝረአናዮ፣ ዝጠመትናዮ፣ በእዳውና ዝዳህሰስናዮ ቃል ሕይወት ንነግረክሙ ኣሎና። ሕይወት ተገሊጻ እያ። ንሕና ከኣ ርኢና ኢና። ንምስክር ውን ኣሎና። እታ ንዓና ዝተገልጸት ምስ ኣቦ ዝነበረት ዘለዓለማዊት ሕይወት ድማ ንነግረኩም ኣሎና። (1ይዮሓ ፩፥፩-፲)

በዚ መሠረት “ሰማዕት” ዝብል መጸውዒ ቀደም ንሓዋርያት ጥራይ እዩ ዝምልከት ዝነበረ። ምክንያቱ፡-

- ሥግው ቃል ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዓይኖም ርእዮም፣ ብእዝኖም ሰሚያም፣ ብኢዶም ዳህሲሶም መስከሩ (1ይ ዮሓ. 1፥1-2)
- ብእኡ ተላኢኮም ማቴ 10፥1-4
- ድሕሪ ምትንሥኡ ርእዮሞ (ዮሓ. 21፥1)
- ብስሙ ሓዋርያዊ ተኣምራት ይሰርሑ ነይሮም (ማር 16፥17-18, 2ይቆሮ 12፥12) ንሱ ውን ባዕሉ ምስክራተይ ኢልዎም እዩ።

“ ኣላ ሶበ ይወርድ ላዕሌክሙ መንፈስቅዱስ ትነሥኡ ኃይለ፣ ወትከውኑኒ ሰማዕትየ፣ በኢየሩሳሌም ወበኩሉ ይሁዳ፣ ወሰማርያ ወእስከ አጽናፈ ምድር” ትርጉሙ ድማ መንፈስ ቅዱስ ናባካትኩም ምስ ዝወርድ ግና ኃይሊ ክትቅበሉ ኢኩም። ኣብ ኢየሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳብ ወሰን ምድሪ ከኣ መሰካኽረይ ክትኮኑ ኢኩም” በሎም። (ግብ. 1፥3) ከምዝብል ብካልኣ ወገን ኣብ ደሓር ዘመን “ ሰማዕ ት” ዝብል ቃል ሃይማኖታዊ ትርጉሙ ምእንቲ እግዚኣብሔር ምእንቲ ቅድስት ቤተክርስቲያን፣ ብጠቕላላ ስለ ሃይማኖት ብሓቕን ብእምነትን ብምምስካሩ ዝባኑ ንመግረፍቲ፣ ሰውነቱ ንሓዊ፣ እግሩ ንሰንሰለት፣ ክሳዱ ንሴፍ ኣሕሊፉ ዝሃበ። ብዳርባ እምኒ ተቕጥቂጡ፣ ብመንኰራኵር ተጣሒኑ ብኵናት ተወጊኡ፣ ብስደትን ማእሰርትን፣ ኣብ በረካ ኣብ በዓቲ ተንከራቲቱ ዝዓረፈ ቅዱስ ኣቦ ይኩን ቅድስቲ ኣደ ዝወሃብ እዩ።

“ አማን መሃኑ ሰማዕት ጣዕማ ለዛ ዓለም ወከወዉ ደሞሙ በእንተ እግዚአብሔር ወተዐገሡ ሞተ መሪረ በእንተ መንግሥተ ሰማያት” ትርጉሙ ሰማዕታት ንናይ እዚ ዓለም'ዚ ጣዕሚ ብሓቂ ነዓቑ። ደሞም ከኣ ስለ እግዚአብሔር ኢሎም ኣፍሰሱ። ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት መሪር ዝኾነ ሞት ተዓገሱ” (ዘሐሙስ ውዳሴ ማርያም) ከም ዝብል።

ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሕቑፊ ኣዲኡ ኮይኑ ናብ ምድረ ግብፅ ምስዳዱ “ ንሰማዕታት ስደት ክባርከሎም እዩ” ተባሂሉ ተተርጕሙ ኣሎ ማቴ 2፥15 እዚ ከኣ ሰሪሑ ሥርሑ ንክብል እዩ።

ኣብ ትምህርቲ'ውን *“ ኣንሰ በእንተ ዝንቱ ተወለድኩ፣ ወእንበይነ ዝንቱ መጻእኩ ውስተ ዓለም ከመ እሱን ሰማዕተ በእንተ ጻድቅ”* ትርጉሙ ድማ ኣነ ንሓቂ ክምስክር እየ ዝተወለድኩ፣ ምእንቲ እዚ'ውን እየ ናብ ዓለም ዝመጻእኩ ዮሓ. 18፥37

ንቅዱሳን ሰማዕታት መምርሒ ዝኾኖም “ነቲ ነፍስን ሥጋን ኣብ ገሃነም ከእቱ ዝከኣሎ ድኣ ፍርህዎ እምበር፣ ነቶም ንሥጋ ክቐትሉ፣ ንነፍሲ ግና ክቐትልዋ ዘይከኣሎም ኣይትፍርህዎም። (ማቴ 10፥18, 1ይ ጢሞ 2፥6) እቲ ነዚ ኩሉ መከራ ዘክኣሎም'ውን ብእኡ ብዝፍጸም ኃይሊ መንፈስቅዱስ እዩ።

“ እዚ ቀልጢፉ ዝሓልፍን ፈኵሽ ዝኾነ ጸበባናን ከኣ ካብ ኩሉ ዝበልጽን መዘና ዘይብሉን ዘለዓለማዊ ክብርን የጥርየልና ኣሎ።” (2ይ ቆሮ 4፥17)

“ እዚ ሰብነት'ዚ ለቢስና ኩልሳዕ ትብዓት ኣሎና፣ . . . 2ይ ቆሮ 5፥6-9, 2ይ ቆሮ 4፥8-9, ዮሓ. 15፥18-20 *“ወዘልፈ ንጸውር ሞቶ ለክርስቶስ በሥጋነ ከመ ይትዐወቅ ሕይወቱ ለክርስቶስ በላዕለ ዝንቱ ነፍስነ መዋቲ እስመ ንሕነ ዘነሐዩ ወትረ ንትሜጠ ለሞት በእንተ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ሕይወትኒ ለኢየሱስ ይትዐወቅ በላዕለ ነፍስነ መዋቲ”* ይብል። 2ይ ቆሮ 4፥10-11, ሮሜ 8፥35-39) “ ካብ ፍቐሪ ክርስቶስ ዝፈልየና መን እዩ: “ምእንታካ ምሉእ መዓልቲ ንቐተል ኣሎና፣ ከም ኣባጊዕ ማሕረዲ'ውን ተቈጸርና” ዝብል መጽሐፍ ዘሎ መከራ ዶ: ጸበባ ዶ: ስደት ዶ: ጥሜት ዶ: ዕርቃን ዶ: ድንገት ዶ: ወይስ ሞት: (2ይ ቆሮ. 8፥35-36)

ምንጪ:- 1. ነገረ ቅዱሳን ብ1997 ዓ.ም. ማ.ቅ.ኣ.ኣ. ካብ ገጽ 26-29
2. የቤተክርስቲያን ታሪክ 3ይ ሕታም

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ እስጢፋኖስ ሊቀ ዲያቆናት ወቀዳሜ ሰማዕት

ቅዱስ እስጢፋኖስ ኣቡኡ ስምዖን ኣዲኡ ማርያም ስና ይበሃሉ። እስጢፋኖስ ማለት ብናይ ግሪክ ቋንቋ “ፀጥታ” “ወደብ” “ኣክሊል” ማለት እዩ። ነገደ ትውልዱ ብንያማዊ እዩ። ጥሪ ዕለት ፩ ተወልደ። ወለዱ ፈራህቲ

እግዚአብሔርን ኣመንትን ነበሩ። እተወልደሉን ዝሞተሉን ሓደ መዓልቲ እዩ። ዝተወለደላ ቦታ “ሐኖስ” “ከለዳዊ” እያ፣ እትብሃል።

ኣብ ዘመነ ሐዋርያት ዝነበሩ ማኅበረ ምእመናን ኣብ ሞንጎ ናይ ኣረማውያንን ኣይሁድን ኣንስቲ ክርክር ተላዒሉ ምንቕቓፍ ምስ ኮነ፣ ንምእመናን ብግቡእ ዘመሓድሩ ሽውዓተ ዲያቆናት ተሾሙ። ካብዞም 7 ሓደ ቅዱስ እስጢፋኖስ እዩ። ቅዱስ እስጢፋኖስ ናይቶም 6 ዲያቆናት ሓለቓ (ሊቀ ዲያቆናት) ኮይኑ ንምእመናን ብግቡእ እናስተምሃረ፣ ተኣምራት እናገበረ ብርቱዕ ሊቀ ዲያቆናት ኮነ።

ካብ ዝገበሮ ተኣምራት

ኣብ መጽሓፈ ገድሉ ከምዝተጻሕፈ “ናየድ” ዝተባህለ ጠንቂሊ ናብ ሓደ ብዕራይ ከይዱ ኣብ እዝኑ ሕሹክ እንተበሎ ብምትሃት ናብ ክልተ ተከፍለ። ቅዱስ እስጢፋኖስ ካብ መንፈስ ቅዱስ ብዝተዋህቦ ጸጋ ነቲ ዝተመቕለ ኣጋጢሙ ነቲ ዝሞተ ብዕራይ ኣተንሥኣ፣ ነቲ ብዕራይ “ ንናየስ ንዓ ኢልካ ጸዊዕካ ኣምጽኣዮ” በሎ። እቲ ብዕራይ ከም ኣድጊ በልኣም ከም ሰብ ኣፍ ኣውጺኡ ንናየስ “ ቅዱስ እስጢፋኖስ ይደልየካ ኣሎ ኢሉ ጸውዖ”። ኣቐዲሞም በዚ ጠንቂሊ ዝታለሉ ዝነበሩ ሕዝቢ ዝተገብረ ተኣምራት ብምርኣይ ኣሚኖም ተጠመቐ። በዚ ምክንያት ኣብ ኣይሁድ ቅንኣት ሓደረ፣ ኣብ ልዕሊ ቅዱስ እስጢፋኖስ ክፉእ ንክፍጽሙ ከኣ ኣበጋገሶም።

ኣብ ዘመነ ሐዋርያት ኣብ ኢየሩሳሌም ጥራይ 480 ምኩራባት ነበራ። እዘን ምኩራባት እዚኣተን ብናይ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣይሁድ መዕረፊኦም ኢሎም ዘስርሕወን ንደቆም ትምህርቲ ዘምህሩሉ እውን ኣብኡ ብሓደ ነበረ። ካብዚኣተን ከኣ እተን 5 ምኩራባት ንቅዱስ እስጢፋኖስ ክቕትላኡ ተሰማምዓ። ንሳተን ድማ፡-

1. ኣብሮም ዝነበሩን ደሓር ካብ ባርነት ነጻ ዝወጽኡ ኣይሁድን ዘስርሕዎ፣
2. ናይ ቀሬን ኣይሁድ
3. ናይ ኪልቂያ ኣይሁድ
4. ናይ ንእሽቶይ እስያ ኣይሁድ
5. ናይ እስክንድርያ ኣይሁድ እየን።

እዞም ኣይሁድ እዚኣቶም ናብ ቅዱስ እስጢፋኖስ መጺኦም ይከራከርዎ ነበሩ” (ግብ. 6፥8) መጽሐፍ ቅዱስ እኳ እንታይ ብዝብል ክርክር ከምዝተከራከርዎ ኣይነግርን እዩ። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ግን ብከምዚ ዝስዕብ ይገልጾ።

“ኣንታ መንእሰይ እስከ ንገረና ነዚ የዋህ ሕዝቢ ዘይከውን ነገር እናኣስተምሃርካ ማራኪ ዝኾነ ተኣምር እናገበርካ፣ ስለምንታይ ተስሕቶ ኣሎካ፡ እዚ ኣምላክ እዩ እናበልካ እትሰብኾ እስከ ንገረና ካብ ማርያም ዝተወልደ ወዲ ጸራቢ፣ ዓለም ክፈጥር ዝክእል ኮይኑ ይመስለካ፡ ምስተወልደ ካብ ብዝሒ ድክነቱ ዝተላዕለ ዝጽግዓሉ ስኢኑ፣ ብጨርቂ ተጠቕሊሉ፣ ካብ ንጉሥ ሄሮድስ ፈሪሁ ዝሃደመ ካብ ኃጢኣቱ ክጸሪ (ክነጽሕ) ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝተጠምቀ፣ ዝጠሚ፣ ዝጸምእ፣ ደኺሙ ዝድቅስ፣ ክተሓዝ እንከሎ ከምልጥ ዘይክእል፣ ተከሲሱ ንዝተዋህቦ ሕቶ ምምላስ ዝስእን፣ ክሰቕልዎ እንከለዉ ካብ መስቀል ንምውራድ ዘይክእል፣ ከምቲ ርጉም ዝኾነ ብመስቀል ተሰቒሉ ዝመውት ዝተሰቕለ፣ ኣብ መቓብር ዝቐበርናዮ” *“ኣቡነ ዘበሰማያት ኢልና ክንኣምነልካ”* እስከ ሕሰቦ እግዚኣብሔር እንተ ዝከውን ከምዚ ጌሩ ኣይምተሳቐየን፣ ነይሩ በልዎ።

ቅዱስ እስጢፋኖስ ንኩሉ ዘቕረቡሉ ሕቶታት ግቡእ መልሲ እናሃበ ስለ ዘሕፈሮም ብቑጥዐ ተላዒሎም ብዘይ ሓንቲ ፍርዲ ካብታ ከተማ ንወገን ሰሜን ዘሎ ናብ ቄዳር ዝወስድ መንገዲ ብእምኒ ቀጥቂጦም (ጨፍሊቆም) ቀተልዎ።

ክዳውንቶም ዝሕልወሎም ዝነበረ ሳውል (ጳውሎስ) እዩ። ንሱ'ውን ምስቶም ናይ ኪልቂያ ኣይሁድ ተሓባባሪ እዩ ነይሩ።

ቅዱስ እስጢፋኖስ ንሰማይ ቅንዕ ኢሉ እንተረአየ ምሥጢረ ሥላሴ ዝተገልጸሉ ቀዳማይ ሰማዕት ነቶም ብእምኒ ዝቕትልዎ ዝነበሩ ከምቲ ናይ ጐይታ ይቕረ በለሎም ኢሉ ጸለየ፣ ብእምኒ ክቕትልዎ ከለዉ ኦ ጐይታ ነፍሰይ ተቐበል፣ በደለይ ሕደገለይ ክብል እንከሎ እዩ ሰማይ ተከፊቱ ዝረኣየ (ግብ. 6፣7)

ዕረፍቱ

ቅዱስ እስጢፋኖስ መስከረም ዕለት ፲፩ ፍልሰተ ሥግኡ ክከውን እንከሎ ጥቅምት ፱ ከኣ ቅዳሴ ቤቱ እዩ። ጥቅምት ፲፯ ሊቀ ዲያቆናት ተሾመ፣ ጥር ዕለት ፩ ከኣ ቅድስት ነፍሱ ንእግዚኣብሔር ዝሃበላ ዕለት እያ።

ናይ ፲፩ መስከረም ስንክሳር ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡- “ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ኣብ ዝነገሠ ናይ ቅዱስ እስጢፋኖስ ሥጋ ኣብ ዝነበረሉ ከባቢ ናይ ገማልያል ትብሃል ቦታ ሉክያኖስ ዝተባህለ ሰብ ነበረ። ነዚ ሰብ'ዚ ቅዱስ እስጢፋኖስ ብሕልሚ እናተገልጸ “ኣነ እስጢፋኖስ እየ፣ ሥጋይ ኣብዚ ቦታ'ዚ ተቐቢሩ ኣሎ” ይብል ነበረ።

እዚ ሰብ'ዚ ንናይ ኢየሩሳሌም ኤጲስቆጶስ ኩሉ ዝረኣዮ ነገሮ። ንሱ ከኣ ብክብርን ብምስጋናን ንመቓብሩ ኮሚቱ ኣውጺዑ ናብ ጽርሃ ጽዮን ወሰዶ።

ድኅሪኡ ኣብ ቀኍጠንጥንያ ዝነብር እለስክንድሮስ ዝተባህለ ጽብቕቲ ቤተክርስቲያን ሰሪሕሉ ሥግኡ ናብኡ ኣግዓዝዎ። ንሱ ሞይቱ ድኅሪ ፷ ዓመት ኣብ ጐድኒ ናይ እስጢፋኖስ ቀበርዎ። ሽዕኡ ሰበይቱ ናይ ሰብኣያ ሬሳ ኮሚታ ናብ ቀኍጥንጥንያ ክትወስድ ክትብል ተጋግያ ንናይ ቅዱስ እስጢፋኖስ ኣስከሬን ካብ ዝመውት ድሕሪ 300 ዓመት ኣብ መርከብ ጽዒና እናተጓዕዘት ካብቲ ሳጹን ጥዑም ሽታን ምስጋና መላእክትን ትሰምዕ ነበረት። ሽዑ ናይ ቅዱስ እስጢፋኖስ ኣስከሬን ምኳኑ ፈለጠት፣ እዚ ከኣ ፍቓድ ኣምላክ ከም ዝኾነ ተረዲኣ ንኢየሩሳሌም ክትመልሶ ኣይደለየትን። ከይዳ ከኣ ንንጉሥ ነገረቶ። ንሱ ምስ ጳጳስ መጺኡ ብክብሪ ተቐቢሎም ናብ ቤተ-መንግሥቲ ኣእተውዎ። ብዙሕ ተኣምራት ከኣ ኣርኣየ። እቶም ተጻዒንዎም ዝነበሩ ኣፍራስ ቀኍጥንጥንያ ምስ በጽሑ ምካድ ኣብዮም ቆሙ፣ ዋላ እንተከትከትዎም ኣበዩ። ሽዕኡ “ ናይ ቅዱስ እስጢፋኖስ ሥጋ ኣብዚ ኣንብርዎ” ዝብል ድምጺ ካብቶም ኣፍራስ ሓደ ተሰምዐ። ነዚ ዝሰምዑ ኮላቶም ተገረሙ፣ ንኣምላክ ኣመስገኑ፣ ጸጋ ኣምላኩ ንቅዱስ እስጢፋኖስ ምስ ኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለእስጢፋኖስ ኣፍልሶ ሥጋሁ ዘተበሃሉ።
- በዲበ ኣብቅልት ክልኤቱ እንዘ ያሌዕሉ።
- ኣመ ነድእዎሙ ሶበ ለኣርእዮ ዓቢይ ኃይሉ።
- ነበበ እንዘ ይብል ኣሐዱ እምእሉ።
- መካነ ሥጋሁ ዝንቱ ለቅዱስ ዘይደሉ።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ጊዮርጊስ ሊቀ ሰማዕት

ሊቀ ሰማዕታት ቅዱስ ጊዮርጊስ ሃገሩ ፍልስጥኤም ብፍላይ ከኣ ልዳ ትብሃል። ኣቡኡ ዘሮንቶስ (ኣንስጣስዮስ) ኣዲኡ ቴዎብስታ (ኣቅሌስያ) ይብሃሉ።

ጊዮርጊስ ማለት መስተገብረ ሃይማኖት ማለት እዩ። ጥር ዕለት ፪ (2) ብ፪፻፸፯ / 277 ዓ.ም. ኣብ ፍልስጥኤም ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዳ ተወልደ። እዛ ልዳ ተባሂላ ዘላ ቅድም ሊቀ ሓዋርያት ቅዱስ ጴጥሮስ ተኣምራት ዝፈጸመላ ቦታ ክትከውን እንከላ ኣቡኡ ዘሮንቶስ ናይዛ ሃገር እዚኣ ገዛኢ ነበረ።

ቅዱስ ጊዮርጊስ ክልተ ኣዋልድ ኣኃት ነበራኡ። እታ ሓንቲ እስያ፣ እታ ካልኣይቲ ከኣ ማርታ ይብሃላ። ወዲ ፯ ዓመት ምስ ኾነ፣ ኣቡኡ ዘሮንቶስ የካቲት ዕለት ፳፫ ሞተ። ናይ ኣዲኡ ዓዲ ከኣ ኣብ ውሽጢ ፍልስጥኤም ናይ ሮማ

ግዝኣት ኣብ ዝኾነት ብፍላይ ከኣ ድያስ ዝተባህለት ቦታ ነበረት። ከምኡ'ውን ናይ ቀጸዶቅያ ግዝኣት ነበረት።

ኣብዚ ዘመን'ዚ ሓደ ንጉሥ ኣብ ሮማ፣ ሓደ ንጉሥ ከኣ ኣብ ኣንጾኽያ ነጊሦም ነበሩ። ጋላሶን ጋሪሶን ከኣ ይብሃሉ። ንዘሮንቶስ ኣብ ቂሳርያ መስፍን ገሮም ሽይሞሞ ነበሩ። ቅዱስ ጊዮርጊስ ምምካት፣ ፈረስ ምግላብ፣ ተማህረ።

ኣብዚ ወዲ ዕስራ ዓመት ዝኾነሉ ኩሉ ምሥጢራተ መጻሕፍቲ ኣዳላዲሉ ተማህረ። ፈረሱ ጻዕዳ ኮይኑ ፈጣን ፍትው መንፈሳዊ ኮይኑ ክዓቢ እንከሎ ምስኡ ይዓቢ ነበረ።

ናይ ቤሩት ሰባት ደቂ ኣንስትዮ ደቆም ንድራጎን ግብሪ ዝህቡ ኣረማውያን ሕዝቢ ነበሩ።

ቅዱስ ጊዮርጊስ ናይ ኣቡኡ ዘሮንቶስ ሽመት ክቕበል ናብዛ ሎሚ ኢራን ፋርስ፣ ባቢሎን ትበሃል ዘላ ፬ (4) መሰነይታ ሒዙ ከደ።

ዝከዱ ከኣ ናብ ንጉሥ ዱድያኖስ እዩ። ገጸ በረከት'ውን ተማልኣ። ክከይድ እንከሎ ናይ ቤሩት እመቤት ኣብ ዓባይ ሊባኖስ እትርከብ ቤሩት ተቐማጠ ናይ'ዛ ሃገር እዚኣ ብገበል የምልኩ ስለዝነበሩ ኩሉ ተወዲኡ፣ ታራ ናብቲ ንጉሥ ስለዝበጽሐ ጓሉ ወሲዱ ነቲ ዝምልክዎ ዝነበሩ ገበል ድራጉ ክትኮኖ ኣብ ዓቢ ገረብ ኣሲርዋ ናብ ቤቱ ከደ።

ቅዱስ ጊዮርጊስ ክከይድ ከሎ ተኣሲራ ክትበኪ ጸንሓቶ። “ ኣንቲ ጓል እንታይ ኴንኪ ኢኪ ትበክዩ ዘሎኪ፡” በላ። “ንሳ ኣነ በቲ ናይ ሃገርና (ቤሩት) ሕጊ ዘውጽኡ መሠረት ነቲ እነምልኮ ገበል (ደራጎን) ድራር ተዋሂበ እየ”። “ኣነስ ዕድለይ ኮይኑ ተዋሂበ ኣሎኩ በጃካ ንዓካ ከይበልዓካ ቀልጢፍካ ህደም ውን” በለቶ።

ቅዱስ ጊዮርጊስ ልቡ ተተንከፈ። “ሽዑ ነቶም መሰነይታኡ ፬ (4) ሰባት ኣነ ተሸይመ ክመጽእ እየ። ንስካትኩም ግን ተመለሱ” በሎም። ከምዚ ኢሉ ነቲ ገበል ከም ናይ ሓርገጽ ስኒ ዘለዎ ከም ኣሞራ ክንፊ ዘለዎ ቁመቱ ፴ (30) ሜትሮ ወይ ከኣ ፷ (60) እመት ነበረ። እቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ድራጎን ኣምላኩም ክከይድ እንከሎ ዶሮና ዑብ እዩ ዝብል። ቅድሚ ምብላዑ ኣቐዲሙ ክበልዕ ክብል እንከሎ መርዚ ብእስትንፋሱ ኡፍ ኢሉ ይሰድድ እሞ ሰብ እንተሎ ከኣ ይውሕጦ። ቅዱስ ጊዮርጊስ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፣ እቲ ኣራዊት ካብ ርሑቕ ክመጽእ እንከሎ እታ ጓል ኣማዕድያ ረኣየቶ እሞ መጺኡ በለቶ። ንሱ ኣቐዲሙ ብትምእርተ መስቀል ኣማዕተበሉ። በቲ ናይ ወርቂ ኵናት ወርዊሩ ክወግኦ እንከሎ ተጠምጠሞ እሞ ቀልጢፉ ከኣ ሞተ። ሽዑ ነታ ድራጉ ክትከውን ዝተሓሰበት ጓል ጓትትዮ በላ። ንሳ እናጓተተት ናብቲ ከተማ ኣእተወቶ። ሰብ እታ ከተማ ኩሉ ጫቕኡ ጫቕኡ

በለ። ቅዱስ ጊዮርጊስ *“ እመኑ በእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ”* በሎም። ኣሚንና ምስ በሉ ጐቲትኩም ደርብይዎ በሎም። ፵ (40) ሰባት ኮይኖም ክንትትዎ እንተበሉ ምክኣል ሰኣንዎ። ነታ ጓል ጓትትዮ በላ ንሳ ግና ጐቲታ በቲ ጸድፊ ደርበየቶ ግን ኣይኣመኑን። ቅዱስ ጊዮርጊስ ስብኩቱ ቀጸለ። ኣብ ቅድሚ እቶም ፍ ነገሥታት ከኣ መስከረ።

ምስክርነት ቅዱስ ጊዮርጊስ

ቅዱስ ጊዮርጊስ ሊቀ ሰማዕት “ነቲ ሓመድ ሰብ ጌሩ ዘተንሥእ ኣምላክ ኣሎኒ” ኢሉ ተናገረ። ሰማዕት ማለት ምስክር ማለት ክከውን እንከሎ ቅዱስ ጊዮርጊስ ከኣ ናይ ኮላቶም ምእንቲ ስም ክርስቶስ ዝመስከሩ ሰማዕታት ሐለቓ ተባህለ (መክብብ ሰማዕት) ነዚ ክብሪ'ዚ ክረክቦ ዝከኣለ ከኣ ካብ ብዝሒ ገድሉን ስቓዩን ዝተላዕለ እዩ። (ማቴ ፲፥፳፰)

ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣምላክ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ድኣሉ ኣምላክ እምበር ኣጽሎን ኣይኮነን። ብማለቱ ምስቶም ፍ ነገሥታት ተከራከረ። ንሳቶም በል ነዞም ናይ ኮላትና መናብር እስከ ኣለምልሞም በልዎ። ንሱ ብጸሎቱ ኣለምለሞም፡ ግን ኣይኣመኑን።

ኣይኮነሎምን እምበር ንሳቶም ሲ ብገንዘብ፡ ብሥልጣን፡ ብሰበይቲ ብወርቂ፡ ብፍቕሪ ዓለም፡ ክሓባብ ልዎ ፍቲኖም እዮም። ንሱ ግን ብጽንዓቱ ብዙሓት ሕዝቢ ናብ እምነት ክርስትና መለሰ። ንኩሎም ዘእመኖም ከኣ ይስይፍዎም ነበሩ። ቅዱስ ጊዮርጊስ ከይፈርሐ፡ ከይሓፈረ ኣብ ምስክርነቱ ኣዝዩ ድኣ በርትዐ። ካብ ውሽጢ ቤተ-መንግሥቲ፡ ንሰይቲ ንጉሥ ዱድያኖስ ከይተረፈ ምሂሩ ኣእመና። ርጉም ሰብኣያ ከኣ ብገዛእ ሰበይቱ ብሰማዕትነት ከምትሓልፍ ገበራ። ናይ መንግሥተ ሰማያት ንግሥት ከኣ ኮነት።

እዚ ኣረማዊ ንጉሥ ንቅዱስ ጊዮርጊስ ብምቕታል ከጥፍኦ ከምዘይክእል ምስ ተረድኣ ሓደ ኣትናስያ ዝተባህለ፡ ጠንቂሊ ኣምጺኡ መርዚ ኣስትዩ ክቕትሎ እንተሓሰበ ሕጂ'ውን እቲ ዝቕትል መርዚ እኳ እንተኣስተዮ ኣይሞተን፡ ተመሊሱ ድኣ ነቲ ጠንቂሊ ኣእመኖ። ምስኡ'ውን ሠለስተ እልፍን ፮፻ (ሽውዓተ ሚእቲን) ሰባት ኣመኑ። ዱድያኖስ ክሓባብሎ እንተፈተነ ቅዱስ ጊዮርጊስ *“መቅዱስኒ ተሣለቀ ላዕ ሌሁ ከመ ውእቱ ይወግር ዕጣነ ለኣማልክት”*

“ወተፈሥሐ ዱድያኖስ እስመ መሰሎ ከመ እሙን ወሠረረ ከመ ይሰአም ርእሶ ወአብኦ ውስተ ጽርሐ መንግሥት ወተንሥአ ቅዱስ ወአንበበ መዝሙረ ዳዊት ወሰምአቶ ንግሥት ብእሲቱ ለንጉሥ ወሰአለቶ ከመ ይክሰት ላቲ ኩሎ ዘአንበበ” ሓቂ መሲልዎ ተሐጐሰ። ንሱ ግን ከምቲ ኣብ ዳታንን፡ ኣቤሮንን ዝተፈጸመ ነቲ ጣዖት ሐሸምሸም ኣበሎ። ቅዱስ

ጊዮርጊስ ብጥበቡ ነቲ ጣያት በቲ ወዲ መበለት ጌሩ ጸዊዑ ዓጠምጠም ኣበሎ። ነታ ንግሥቲ እውን ኣብዚ እዋንዚ እዩ ካብ ፍጥረት ዓለም ኣትሒዙ ክሳብ ግዜ ምጽኣት ዘሎ ኣረዲኡ ዘእመና። እቲ ንጉሥ ግን ብገዛእ ሰበይቱ ሰቒሉ ቀተላ። ምውት ኣተንሥአልና ክንኣምነካ ኢሎም ኣተንሚእሎም፡ ብዙሓት እውን ኣሚኖም። ከምኡውን ከምቲ ናይ ነቢይ ኤልያስ ካብ ሰማይ ሓዊ ኣውሪዱ ነቶም ልቦም ከም ፈርኦን ዘትረሩ ፸(70) ነገሥታት ኣቓጸሎም። ሠለስተ ግዜ ሞይቱ ሠለስተ ግዜ ተንሥአ። ወዲ ፳(20) ዓመት ከሎ እዩ እዚ ኩሉ ቃልሲ ዝ- መረ።

፩. ንሸውዓተ ዓመት ዝኣክል ከኣ ተሳቐዩ። ይድራስ ኣብ ዝተባህለ ጎቦ ኣዕጽምቱ ኣጥሒኖም በተንዎ።

ንሱ ግና ከተማ ኣትዩ ከስተምህር ጸንሐም።

፪. ኣዕጽምቱ ኣጥሒኖም ንእንስሳ ኣብልዕዎ። ብምሕኮልቶም ወጺኡ እውን ከስተምህር - መረ።

፫. ብሓዊ ማሕረሻ ኣርሲኖም ኣሳቐይዎ። ንዕኡ ግና ምንም ኣይተሰምየን። ብዝተፈላለዩ ዓይነት መከራ

ኣሳቐይዎ።

፬. ጥሪ ዕለት ፲፰ (18) ኣዕጽምቱ ኣጥሒኖም ዝበተኑሉ ዕለት እዩ። ጎዳር ዕለት 7 (፯) ቅዳሴ ቤተክርስቲያኑ ንመ- መርታ ግዜ ተከበረ። ናይቶም 70 (፸) ነገሥታት መናብር ኣለምለመ ግን ኣይኣመኑን፡ ናይ ዱድያኖስ ሳእኒ እውን ኡፍ እንተበለሉ ብዕራይ ኮይኑ ተንሥአ ግን ኣይኣመኑን። ኣብ እንዳ ሓንቲ ድካ መበለት ኣሲሮሞ፡ ነቲ ዝተኣስረሉ ዓንዲ ኣለምሊሙ ቤታ ከኣ ብብርሃን ተመልኣ። ንሳ " ሎሚ ኣብ ገዛይ ኣምላክ ኣተወ" በለት። ንሱ " ኣነ ናይ ኣምላክ ባርያ ድኣ እምበር ኣምላክሲ ኣይኮንኩን" በላ። ነቲ ዓቢ ናይ ዱድያኖስ ጣያት ዓ ጠምጠም ኣበሎ። እታ መበለት ኣዝያ ተሐጐሰት። ሕሙም ዝነበረ ወዳ ከኣ ኣሕወየላ። ጸማማት፡ ልሙሳት፡ ዝተፈላለዩ ሕሙማት ኣሕወየ።

ቅዱስ ጊዮርጊስ ንክቐትልዎ ክወስድዎ እንከለዉ "ነፍሰይ ፭ (5) ነገራት ትጸልእ" በለ። ንሳቶም ከኣ፡-

1. ንጉሥ ኮይኑ ፍትሒ ዘዳሉ፡
2. መምህር ኮይኑ ዘየስተምህር፡
3. ሃብታም ከሎ ነፋግ፡
4. ሽማግለ ከሎ ዘማዊ
5. ድካ ከሎ ኩሩዕ

ሸውዓተ ዓመት 7 (፯) ምስ ተጋደለ ካብታ ዝተወለደላ ዕለት ድሕሪ ፸፯ (27) ዓመቱ ሚያዝያ ፳፫ (23) ብ፫፻፬ (304) ዓ.ም. ዓርቢ ሰዓት ፱ (9) ክከውን እንከሎ ክሳዱ ብሰይፍ ቆሪጾም ቀተልዎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ፯ (7) ኣክሊል ካብ ሰማይ ወረደሉ። ካብ ክሳዱ ከኣ ደም፣ ጸባ፣ ማይ፣ ፈልፈለ እዚ ሸውዓተ ኣክሊላት ዝተቐበለ፣ ናይቲ ንሸውዓተ ዓመት ዝተጋደሎ ዝምልከት እዩ። ብካልኢ መልክዑ ከኣ ብዕብራውያን ቁጽሪ ፯ (7) ፍጹም ስለዝኾነ ናይ ገድሉን ክብሩን ፍጹምነት እዩ ዘመልክት።

ቅዱስ ጊዮርጊስ ቅዱስ ዝተባህለሉ ብ1200 ዓ.ም. እዩ። 1060 ይድራስ ኣብ ዝተባህለ ቦታ (600) ፮፻ ኦርቶዶክሳውያን ሊቃውንት፣ ብ1060 ዓ.ም. ኣብ ኣንጾኪያ ኦርቶዶክሳውያን ሊቃውንቲ ብዝሒ 450 ሊቃውንቲ ብ1222 ዓ.ም. 335 ሊቃውንቲ ተኣኪቦም በዓሉ ኣብ እስክንድርያ ከምዝክበር ተገብረ። ብ1300 ዓ.ም. 3ይ ኤድዋርድ ሥእሉ ከምዝሰኣል ተገይሩ። ሊቅ ኣውሳብዮስ ብኣዋጅ ከምዝክበር ገበረ። ድሕሪኡ ውን ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበረ ኣባ ልዑለ ቃል ዝተባህለ ጻድቕ ክሳብ ሶርያ ከይዱ ጽላት ናይ ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣቕረጸ። ናይ ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣብያት ክርስቲያናት ኣብ ሶርያን ግብጽን ኤርትራን ብብዝሒ ይርከቡ።

ቃልኪዳን

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መጺኡ ዝሃቦ ኪዳናት፡- "ንኩሉ መዘኸርታካ ዝገብር ኣነ ኃጢኣቱ ክድምስሰሉ እየ" በሎ። ኩሉ ሰብ ኣብ ግዜ ሽግሩ ብስምካ ንዝለመነኒ ኣነ ሽግሩ ክፈትሓሉ እየ በሎ። ነዚ ሂቡ ናብ ሰማያት ዓረገ።

በረከት ኣምላክ ቅዱስ ጊዮርጊስ ንኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና ኣሜን።

- ሰላም ለከ ሠርዌ ሰማዕታት አእላፍ
- ዘሞገሰ ስምከ በጽሐ መንገለ ኵሉ አጽናፍ
- በቅድመ ፀሐይ ብሩኅ ዘኢየአርብ ዘዘልፍ
- ሕማምየ ዝሩ ነሚአከ በአፍ።
- ጊዮርጊስ ቀሊለ ክንፍ ከራድዮን ያፍ።

ምንጪ፡ 1. ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 182

2. ስንክሳር ሚያዝያ ዕለት ፳፫
3. ነገረ ቅዱሳን ገጽ —
4.ገድለ ቅዱስ ጊዮርጊስ

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ቂርቆስን ኣዲኡ ሰማዕት ቅድስት ኢየሉጣን

ቅዱስ ቂርቆስ ኣቡኡ ቆዝሞስ (ስምዖን) ኣዲኡ ኢየሉጣ ይብሃሉ። ሃገሩ ኣብ ታሕታይ እስያ፣ ብፍላይ ከኣ " ኣንጌቤን" ትብሃል። ኣንጌቤን ማለት ናይ ወይዘራዝር ሃገር ማለት እዩ። ጎዳር ዕለት 15 (፲፭) ተወልደ። እቲ ዘመን'ቲ ዘመነ ሰማዕታት ነበረ።

ቅድስት ኢየሉጣ ካብ ንእስነታ ኣትሒዛ ንእድቲ ሰበይቲ ነበረት፣ ስደት ምስ ኮነ ሕጻና ሒዛ ናብ ናይ ሮማ ኩተማ ዞባ (ኣውራጃ) ኪልቂያ ብፍላይ ከኣ ናብ ጠርሴስ ተሰደት። ኣብዚ እዋን'ዚ እለእስክንድሮስ ዝተባህለ ኩሓዲ ንጉሥ፣ ክርስቲያን ዝኮነ ሒዝኩም ናባይ ኣምጽኡለይ ኢሉ ኣዚዙ ነበረ። ቅድስት ኢየሉጣ ተታሒዛ ቀረበት። ዓዳ ምስ ሓተታ "ንል ኣንጌቤን ዝኮንኩ ቤተሰበይ ንናይ ኢቆንዮን ሰባት ሓለፍቶም ዝኮኑ ኤሳውሮሳውያን እዮም። ኣነ እውን ብናትካ ትእዛዝ ምክንያት ሃዲመ ነይረ፣ እነሆ ሎሚ ብኢድካ ተታሒዘ " በለቶ። ንሱ ኣብ ኢደይ ከም ዝኣቶኪ ዶ ፈሊጥኪ ሕጂ እውን እቲ ዝሕሸኪ ምረጺ፣ ሽምኪ ውን ንገርኒ "ኣነ ከኣ ጥራይ ሕራይ ኢልኪ ንኣማልክተይ ስገዲ እምበር ከክብረኪ እየ" በላ። ንሳ " ኣነ ነዞም ርኩሳት ኣማልክትካ ኣይስውዕን" በለቶ። ስምኪ ምስ በላ፣ ስመይ ክርስቲያን እዩ ዝበሃል በለቶ።

እለእስክንድሮስ "እዝስ ጌጋ እዩ፣ ዝጠቕመኪ ኣይኮነን በላ። ከይትሞቲ ቀልጢፍኪ ሽምኪ ሃቢ" በላ። ቅድስት ኢየሉጣ "ናተይ ስም ክርስቲያን ከምዝኮነ ነጊረካ እንድ'የ " በለቶ። እቲ ሞት ዝስዕሮ ስመይ እንተኮይኑ "ኢየሉጣ" እዩ በለቶ። "ንሱ ብርቱዕ ስቓይ ከይወረደኪ እንከሎ ተንሺእኪ ንኣማልክቲ መስዋዕቲ ኣቕርቢ" በላ። ንሳ ሓቂ ትፈቱ እንተኴንካ ዕድሚኡ ወዲ 3 (፫) ዓመት ዝኮነ ሕፃን ደልዮም ከምጽኡ ለኣከ ናባካ ከኣ ይምጻእ እሞ እነምልኮን እነገልግሎን ኣምላክ ክነግረካ እዩ" በለቶ።

ሽዕኡ ነዚ ወዲ ፫ ዓመት ሕፃን ክደልይዎ ወተሃደራት ለኣከ። እቶም ደቂ እቲ ሃገር ኩሎም ደቆም ስለ ዝሓብኡ ኣይረከቡን። ሽዑ ናብ ወገን ምብራቕ ፀሐይ እንተከዱ ንቅዱስ ቂርቆስ ረከብዎ። "እዚ ሕፃን ወዲ ክንደይ ዓመት እዩ ኢሎም ስሊኡ ሓተቱ። ወዲ ሠለስተ ዓመት ኮይኑ ወዲ ሓንቲ ክርስቲያናዊት መበለት እዩ" በልዎም።

“ነቲ ሕፃን ሒዞም ናብቲ ንጉሥ ኣምጽእዎ” እቲ ንጉሥ “ኣንታ ሕጉስ ቆልዓ ሰላምታ ይግብኣካ እዩ” በሎ። እቲ ሕፃን “ንዓይ ሕጉስ ምባልካ ጽቡቕ ተዛሪብካ ንስካ ግን ሐጕስ የብልካን” እግዚኣብሔር ንዝንጉዓት ሓጕስ የብሎምን ኢልዎም እዩ ኢሉ” መለሰሉ። እቲ ንጉሥ ነቲ ሕፃን “ከይሓተትኩካ ክንድ'ዚ ዝኣክል ትምልሰለይ በሎ። እቲ ሕፃን “ጌና ካብዚ ዝበዝሀ ነገር ክምልሰልካ እየ” በሎ። እቲ መኰንን “ስምካ መን እዩ” ንገረኒ ” በሎ “ካብ ንጹሕ ኣዘቕቲ ካብቲ ዘይልወጥን ዘይጠፍእን ዝተረክበ ሽመይ ክርስቲያን እዩ ዝበሃል” ኢሉ መለሰሉ። እቲ ንጉሥ ካልኣይ ከይትመውት ስምካ ብቕልጡፍ ንገረኒ፡” በሎ። ቅዱስ ቂርቆስ “ስመይ ክርስቲያን ከም ዝበሃል ነጊረካ፡ ካልኣይ ሞክሰይ ስም ክነግረካ እንተኾይነ ቂርቆስ እዩ” በሎ። እቲ መኰንን “ሕራይ ኢልካ ንኣማልክቲ መስዋዕቲ ኣቕርብ ምስ ዓበካ ከኣ ክሸመካ እየ። ብብዙሕ ወርቅን ብሩርን ከኣ ከክብረካ እየ” በሎ። እቲ ሕፃን “ኣንታ ናይ ሰይጣን ልኡክ ጸላኢ ሓቂ ዝኾንካ ካባይ ርሓቕ” በሎ። ንሱ ሰሚዑ ተቈጥዐ (ሐረቐ) ደሙ ከም ማይ ክሳብ ዝፈስስ 100 (፻) ኩርማጅ ክቐጽዕዎ ኣዘዘ። ቅድስት ኢየሉጣ ከኣ ጽንዓት ናይ ወዳ ርእያ ንፈጣሪኣ ኣመስገነቶ።

ድሕሪኡ እቲ መኰንን ጨውን ሰናፍጭን ኣምጺኡም ብኣፍንጫኡም ከእትዉሎም ኣዘዘ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ሕፃን *“ጥዑም ለጕርዔየ ኣቢክሰ እመሓር ወሰኮር ጥእመኒ ለአፉየ”* “ትእዛዝካ ንጕሮረይ ጥዑም ኮነ ካብ መዓርን ሽኮርን ንኣፈይ መቀረኒ (ጠዓመኒ)” ኢሉ ጨደረ። እንደገና እቲ መኰንን ነዋሕቲ ዝተሳሕሉ ከም ጓህሪ ብሓዊ ዝረሰኑ 14 (፲፬) ናይ ሓጺን ሽንካራት ኣብ ናይ ኢየሉጣ ኣካላት 7(፯) ኣብቲ ሕፃን 7(፯) ክወግኡ ኣዘዘ። በዚ መሠረት'ዚ ከክልተ ኣብ ኣፎም፡ ከክልተ ኣብ ኣፍንጫኡም፡ ከክልተ ኣብ ኣዕይንቶም፡ ሓደ ሓደ ኣብ ኣፍ ልቦም ክወግእዎም ኣዘዘ። ይኹን እምበር ጐይታ ነቲ ውዑይ ሓጺን ናብ በረድ ቀየረሎም። ጥዑያት ከኣ ኮኑ፡ ንቂርቆስ ሰይጣውንቲ እውን ከስሕትዎ ኢሎም መጽኡ ብትዕምርተ መስቀል ምስ ኣማዕተበሎም ጠፍኡ።

እቲ መኰንን ሓሪቑ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎም። እንደገና ናይ ስቓይ መሳርሒታት ዝሰርሕ ሰብ ኣምጽኡ። ሰይጣን ከምኡ ጌሩ እንተ ቕቲልዎም ሰማያዊ ኣክሊል ከምዝደፍኡ ስለዝፈለጠ፡ ሰይጣን ነቲ መኰንን ኣፉ ኣጸዎ። ናይ ሰይጣን ተንኰል (ክፍኣት) ዝተረድኦ ቅዱስ ቂርቆስ ነቲ ሰራሒ ሓጺን ባዕሉ ኣጸዊዑ ክልተ በላሕቲ መላጸ፡ ስፍሓቱ 4 (፬) እመት ዝኾኑ ንዓይን ነደይን ሰራሕ። ካልኣይ ኣጨናቕን ርእሲ ዝሰብርን፡ ክሳድ ዝኣስርን ዝባላዕ ፋርኬታ ዓይኒ ዘውጽእ፡ ኣካል ዝመታትር፡ ኣፍንጫ ዝጥምዝዝን፡ ዝሰብርን እዝኒ ዝልሕጽ፡ ህዋሳት

ዝፈላሊ ከም ልጓም ኮይኑ መልሓስ ዝቐራርጽ፣ ኣብ ውሽጢ ኣካላት ኣትዩ ዝንቀሳቐስ ቆላፍ ጉጤት፣ ንጐንታት ዝከፋፍል ዝጠዋዊ ኣጨናቒ ዝኾነ፣ ጅማውቲ ዝቐራርጽ፣ ሰራውር መዚዙ ዘውጽእ ስራሕ በሎ።

እንደገና ብናይ ላም ምሳሌ ዓቢ መንበር ካብ ናሕሲ ስራሕ፣ 3 (፫) ነኪላት ኣብቲ መቐመጢኡ ኣውጽእ። ልክዕ ብናተይ ቁመት ሠለስተ ሽንካራት ስራሕ። ናይቲ ሽንካራት ርእሲ ከኣ ካብ ናሕሲ ግበር፣ ኣብ ማእከሉ " ካብቶም ዝጽውዕዎ ዘይፍለ ፍሉይ ሠለስተ ሥላሴ ኢልካ ጸሓፍ።" ካልእ ጠምዚዙን ንላዕሊ ስሒቡን ዘውጽእ መሳርሒ 2 (፪) መጋዛት ካብ ሓጺን ሞቐሎ ስራሕ። ሕጂ'ውን ሓደ ዓቢ ገንኢ ሰሪሕካ ኣብ ውሽጡ ክሳድ ዝጠማዝዝን ዝስንጥቕን ተሽከርካሪ መሳርሒ ግበር። ኣብ ማእከሉ ዝተከወለ ናውቲ ከብዲ ዝምርምር ኢድ ብሓጺን ስራሕ፣ ኣነ ናይ ጻዕሪ ስቕይ ዝሳቐየሉ እዚ እዩ" በሎ።

እቲ ሰራሒ ሰሚዑ ብጣዕሚ ተደነቐ። 100 (፻) ሠራሕተ ታት ዝተሓጋገዝዎ ጌሩ ኣብ 40 (፵) መዓልቲ ሰሪሑ ፈጸመ። ድሕሪኡ እለእስክንድሮስ ኣፉ ተከፊቱ፣ ንቅዱስ ቂርቆስን ቅድስት ኢየሉጣን ናብ ኣደባባይ ከምጽኡሉ ኣዚዙ ንክልቲኦም ርእሶም ምስ ቆርበቱ ላጽዮም ጓህሪ ክንስንሱሎም 4 (፬) ሽንካራት ከኣ ኣብ ሞንኩቦም ክሳብ ዓካር ዓካሪቶም ክተክሉሎም ኣዘዘ። እዚ ኩሉ ተፈጸመ፣ ግን ብእግዚኣብሔር ዝተላእከ መልኣክ ቅዱስ ገብርኤል መጺኡ ነዚ ኩሉ ስቕይ ኣርሓቐሎም። እንደገና ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት ኣብቲ ናይ ስቕይ መሳርሒ ከሳቐይዎም ወዓሉ። ሓሙክሽቲ ክሳብ ዝኾኑ ብጨውን ብቐብኣዊ ፈሳስን ኣብ ሞቐሎ ቀለውዎም። ሽዑኡ'ውን ጐይታ ካብ ሞት ኣተንሥኦም። ናብቲ መኰንን ከኣ ኩዱ። እቲ መኰንን "ብሓቂ ካብ ሞት ተንሢእኩም እንተ ኴንኩም ነዚ ካብ ቆርበት ዝተሰርሐ ሳእነይ ናብ ብዕራይ እስኪ ቀይርዎ" በሎም።

ቅዱስ ቂርቆስ ጸልዩ እቲ ሳእኒ ዓቢ ብዕራይ፣ ኣብ ክሳዱ ከኣ ጤል ወጽኣ። ድሕሪኡ እቲ መኰንን ፲፩ (1000) ሰባት ኣኪቡ "እቲ ዓቢ ብዕራይ ክሳዱ ጤል ዝኾነ ተሓራዱ ነዞም ኩሎም ኣኪልዎም በሊያም ምስ ጸገቡ ነገራቶም ኮሉ ሓቂ ከምዝኾነ ኣሚነ ኣሎኩ" በለ። ንግዚኡ ከምቲ ትእዛዝ ንጉሥ ተገይሩ ኮላቶም በሊያም ጸጊቦም ካብቲ ናይ ጤል ሥጋ 6 (፮) መኣዲ፣ ካብቲ ብዕራይ 4 (፬) መኣዲ፣ ተሪፉ ተላዕለ። እለ እስክንድሮስ ኑቲ ዝተረፈ ሥጋ ርእዩ ናብ ባሕሪ ክስንድውዎ ኣዘዘ።

እለ እስክንድሮስ በቲ ሕፃን ዝገበሮ ሓፊሩ መልሓሱ እኳ እንተ ቐረጸ ጐይታ ከምታ ቀዳመይቲ ጽብቕቲ መልሓስ ተክኣሉ። ኣብ ሓደ ዓቢ 40 (፵) ገንኢ ዝሕዝ ዓቢ ገንኢ ንክልቲኦም ኣብኡ ከእትውዎም ኣዘዘ። ቅንጭብ፣ ዘይቲ ዘለዎ

ማይ 40 (፵) መዓልቲ ኣፍሊሖም ካብ ብዝሒ ፍልሓቱ 150 (፩፻፶) ሜትሮ ንላዕ ሊ ከም መብረቕ ሸክሸክ ዝብል ኮነ።

ቅድስት ኢየሉጣ ንግዚኡ ፈሪሃ ብናይ ወዳ ጸሎት ኣምላካዊ ኃይሊ ተዋሂብዋ ናብቲ ገንኢ ኣተዉ። ምስኣተዉ እቲ ከም ናይ ክረምቲ ነጐዳ እናኣንጐድጐደ ን40 (፵) መዓልቲ ዝፈልሐ ማይ ከም ናይ ንግሆ ኣሳሒታ ዝሑል ኮነሎም።

ንቅዱስ ቂርቆስ እንደገና ኣብቲ ውሽጡ ብዘሎ መንኩራኩር ናይ ሓጺን ሞቕሎ ምስ ቀለውዎም መልኣክ እግዚኣብሔር ቅዱስ ገብርኤል በሪሩ መጺኡ ኣውጽኦም።

ቃልኪዳን

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሰማይ ወሪዱ “ዝደለካዮ ዘበለ ኩሉ ለምነኒ ክህበካ” በሎ። ቅዱስ ቂርቆስ “ሥጋይ ኣብ ምድሪ ኣይቀበር፣ ስመይ ንዝጽውዕ፣ መዘኸርታይ ንዝገብር፣ ቤተክርስቲያነይ ንዝሰርሕ፣ ናይ ገድለይ መጽሐፍ ዝጽሕፍን ዘጽሕፍን፣ ንዘንብብ፣ መባእ ዝህብ፣ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያነይ ዝጸለየ፣ ኃጢኣቱ ሕደገሉ (ግደፈሉ) ስመይ ኣብ ዝጽውዓሉ ቦታ ሕማም ከብቲ (ጉልሓይ) ኣይምጸእ፣ ኣብ ሰባትነውን ዓባር፣ ደርቂ፣ ሕማም፣ ኣብ እክሊ ዋሕዲ፣ ማይ ነቕጺ ኣይኩን በለ። ጐይታ “ ዝለመንካኒ ኩሉ ሂበካ ኣሎኩ። ብየማነይ ክትነብር ኢካ፣ ሥጋካ ከኣ ኣብቲ ነቢይ ኤልያስ ዝዓረገሉ ሠረገላ ከቕምጠ እየ” በሎ። ቅዱስ ቂርቆስ ብጣዕሚ ተሐጉሱ ፈጣሪኡ ኣመስገነ። ድሕሪኡ ኣብታ ለይቲ እቲኣ ፍርቂ ለይቲ ክሳዱ ብሴፍ ተሰይፉ ብሰማዕትነት ዓረፉ

ዕለት ፲፭ ጥሪ ሰንበት ሰዓት 6(፮) ኣብ 3ይ ዓመቱ 1 (፩) ወርሕን 3(፫) መዓልትን 3(፫) ኣክሊላት ወረደሉ(ተዋህቦ)። ከም ብዝሒ ዕድሚኡ 3(፫) ኣክሊላት ተዋህቦ።

1. ናይ ሕጻንነቱ፣
2. ናይ ገድሉ፣
3. ናይ ሃይማኖቱ ጽንዓት ኣብነታት እዮም።

ካብ ክሳዱ ደም፣ ማይ፣ ጸባ፣ ወጽኣ። ንጽባሒቱ ንግሆ ዕለት 16 (፲፮) ከኣ ኣዲኡ ቅድስት ኢየሉጣ ክሳዳ ተሰይፋ ሞተት። ንዕኣ እውን ጐይታ ምሉእ ቃልኪዳን ሃባ። ኣብ ሃገርና ኤርትራ ብስም ቅዱስ ቂርቆስ ዝተሓንጹ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት ኣለዉ። ንኣብነት፡- ደብረ መንክራት ቅዱስ ቂርቆስ ኣስመራ፣ ሸካ እያ'ሞ ቅዱስ ቂርቆስ ዞባ ደቡብ።

ናይ ሰማዕት ቅዱስ ቂርቆስን ኣዲኡ ቅድስት ኢየሉጣን በረከቶም ይሕደረና። ኣሜን።

- እግዚኣብሔር ሚመ ረድኤቶ ለናእስናከ ዓቃቤ
- ወስምየ መጥበቤ
- ፍትወ ምግባር ቂርቆስ ወምዑዘ ገድል እምነ ከርቤ።
- ዘተጽዕረ በምንዳቤ ወዘሐመ በጥብጣቤ።
- ለኣባልከ ሰላም እቤ።

<u>ምንጪ</u>፡-

- ገድለ ቅዱስ ቂርቆስ

- ሰንክሳር ዕለት ፲፮ ጥር

- ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፻፵

- ታሪክ ቅዱሳን ገጽ –

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ አበ ኖብ (ኣባ ኖብ)

ንቅዱስ ኣበ ኖብ (ኣባ ኖብ) ወለዱ ቅዱሳን፣ ንጹሓን፣ ርኅሩኀን ምእመናን ነበሩ። ንወዶም ኣበ ኖብ ወዲ 12 (፲፪) ዓመት ምስ ኮነ ፈሪሓ እግዚኣብሔር እናስተምሃሩ ስለዘዕበይዎ ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ቃልን ምሥጢርን ክመሃር ዝፈቱ ኮነ። ኣብ ዘመኑ ዲዮቅልጥያኖስ ዝተባህለ ከሓዲ ንጉሥ ነጊሡ ነበረ።

ንሱ ሰማዕትነት ክቐበል ይጽበ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ናብ ቤተክርስቲያን ኣትዩ ትምህርቲ ክሰምዕ እንከሎ፡- ከምዝ ዝስዕብ እናበለ ሓደ ሰባኻይ ከስተምህር ሰምየ፣ “ ሰብኣትኩም ንሞት ኣሕሊፍኩም ምስ እትህቡ ንዓካትኩም ጽቡቕ እዩ” ዝብል ትምህርቲ ነበረ። ቀልጢፉ ናብ ቤቱ ተመሊሱ ወለዱ ዝገደፉሉ ወርቅን ብሩርን ንድካታት መጽዊቱ ወዲኡ ተላዒሉ ናብ ሃገረ ገምኑዲ ስምዕትና ክቐበል ተበገሰ። ኣብ መንገዲ ኣብ ጫፍ ባሕሪ ሉስዮስ ዝተባህለ መኰንን ረኪቡ

ብመርከብ ክወስዶ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ለመኖ። እቲ መኰንን ግን ኣሳቐዮ ድኣ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ መልኣክ እግዚኣብሔር ተገሊጹ ኣጸናንየ። እቲ መኰንን'ውን ናብ ሃገረ ሰሜን ክጓዓዝ እንከሎ ንቅዱስ ኣበ ኖብ ምስኡ ወሰዶ። ኣብቲ ናይ'ታ መርከብ ዓንዲ ቁልቁል ኣፉ ሰቐሎ። እቲ መኰንን ንክበልዕን ክሰትን ኮፍ ምስበለ እቲ ዝሰትዮ መስተ ከም እምኒ ረግአ። እቶም ወተሃደራት ኮላቶም ዓይኖም ዓወሩ። ዝተላእከ መልኣክ መጺኡ ንቅዱስ ኣበ ኖብ ካብ ዝተሰቐሎ መስቀል ኣውረዶ፣ ብኣፉን ብኣፍንጫኡን ንዝወረደ ደም ደረዘሉ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ እታ መርከቦም ብኃይሊ ንፋስ ተገፊዓ ኩተማ ኣትሪብ በጽሑ፣ እቶም ወተሃደራት'ውን በቲ ዝረኣይዎ ተኣምር ተማሪኾም ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣመኑ። እቲ መኰንን ሓሪቑ ርእሶም ቆሪጹ ቀተሉም።

ንቅዱስ ኣበ ኖብ ኣብ ናይ ሓጺን ዓራት ኣደቂሶም ኣብ ትሕቲኡ ብርቱዕ ሓዊ ኣንደዱ። ንሱ ግን ብጸለዑቱ ደሓነ።

ንካልኣይ ግዜ ኣካላቱ ብመጋዝ ምስ ቆራረጽዎ መልኣክ እግዚኣብሔር ኣድሓኖ።

ድሕሪኡ ናብ ናይ እስክንድርያ ኩተማ ወሰድዎ፣ ምትሃታውያንን መማረትን ኣትማን ሰደዱሉ። ክትንክፍዎ ግን ኣይተካእሉምን። ካብቶም ኣትማን ሓደ ናብ ርእሲ እቲ መኰንን ስለ ዝተጠምጠመ ንቅዱስ ኣበ ኖብ ንከድሕኖ ኡይ እናበለ ለመኖ። ቅዱስ ኣበ ኖብ ነቲ ተመን ካብ ክሳዱ ከም ዝወርድ ገበረ።

እቶም ጠንቆልቲ ግን ከድሕንዎ ኣይከኣሉን፣ እቲ መኰንን ምስቕዩ ምስ ሰልቸዎ፣ ክሳዱ ብሴፍ ክቐርጽዎ ኣዘዘ።

ቃል-ኪዳን

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወሪዱ ኣብቲ ሥጋካ ዝዓርፈሉ ቦታ ዓቢ ፈውሲ ክከውን እዩ፣ ከምኡ ውን ኣብ ግዜ ሽግሩ ስምካ ብምጽዋዕ ካባይ ረድኤት ዝለመነ ኩሉ ድሕነት ክገብረሉ እየ፣ ዝክርካ ዝገበረ፣ ንጥሙይ ዘብልዐ፣ ጽሙእ ዘስተየ፣ ሞባእ ዝሃበ፣ መጽሓፍካ ዘጽሓፈን፣ ዝጸሓፈን ኃጢኣቱ ይቕረ ኢለ መንግሥተ ሰማያት ከውርሶ እየ ዝብል ዓቢ ቃልኪዳን ሂብዎ ንሰማይ ኣረገ።

ዕረፍቱ

ቅዱስ ኣበ ኖብ ሐምሌ 24 (፳፬) ብሰማዕትነት ዓረፈ። ንሥግኡ ቅዱስ ዮልዮስ ምስ ክልተ ኣገልገልቱ ኣብ ደቡብ ግብጺ ንሒሳ ናብ ዝብሃል ሃገሩ ለኣኩ። ገድሉ

ዝጸሓፈ'ውን ቅዱስ ዮልዮስ እዩ፡ ናይ ኣቦና ኣበ ኖብ በረከት ምስኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን። ኣሜን።

- ሰላም ለአበኖብ እንተሠረፀ እምከርሣ፡
- ለታሕተ ምድር ንሒሳ
- መኰንን ዕልው ጽጉብ ኃጢኣት ወአበሳ፡
- እንዘ ያውሂ ሥጋሁ ብፍልሐተ ተይ ወፒሳ፡
- እምፍቅረ ክርስቶስ ኢክሕለ ለነፍሱ ያግሕሣ።

✠ ✠ ✠

ሰማዕት ቅዱስ ጊጋር

ቅዱስ ጊጋር ሃገሩ ደቡባዊ ሶርያ ኮይኑ ናይ ሶርያ መስፍን እዩ ነይሩ። እዚ ቅዱስ ሰማዕት'ዚ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ቅድስት ድንግል ማርያም፡ ዮሴፍ፡ ሰሎሜ ኣብ ግዜ ስደቶም ሸፋቱ ስለዘርከብዎም ቅዱስ ጊጋር ንዕኣቶም ኣብ ቤቱ ኣእትዩ ኣሕዲሩ ካብ ኢድ እቶም ሸፋቱ ኣድሓኖም። ወተሃደራቱ ልኢኩ መንገዲ ሓቢሩ ኣብ ዝደልይዎ ቦታ ኣብጽሖም። ነዚ ነገር'ዚ ዝሰምዐ ንጉሥ ሄሮድስ ንቅዱስ ጊጋር ልኢኩ ኣምጺኡ ብሓጺን ን40 (፵) መዓልቲ ኣሲሩ ከሳቐዮ ድሕሪ ምጽናሕ ክሳዱ ብሴፍ ኣቒሪጹ ኣካላቱ ኣብ 3 (፫) ቦታ በቲኑ ቀተሎ።

ጐይታ ተገሊጹ ንቅዱስ ጊጋር ኣብ ግዜ ሞቱ ሠለስተ ኣክሊል ኣውረደሉ። እዚ ሰማዕት እዚ ካብቶም ቀዳሞት ሰማዕታት ሓደ እዩ። ካብ ቅዱስ እስጢፋኖስ ንሱ ይቕድም። ኣማኒ፡ ጋሻ ተቐባሊ፡ ንድካታት ዝፈቱ ዝነበረ ዓቢ ሰማዕት እዩ። ዕረፍቱ ነሐሴ ዕለት 16 (፲፮) ካብቶም 7 (፯) ሰማዕት ቁጽሪ መበል ሸዱሸተ 6 (፮) እዩ።

ቃልኪዳን

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ምሉእ ቃልኪዳን ከምዝሃቦ መጽሐፈ ስንክሳር ተመልከት።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን ኣሜን።

- ሰላም ለከ መስፍነ ሶርያ ጊጋር
- እንተ ኣምተረከ ሄሮድስ ለጎበ ብዙኅ ምታር
- እስከ ተካየደከ እግዚኣብሔር
- ከመ ያድኅን ብእሴ በዕለተ ምንዳቤ ወጻዕር
- ተዝካረ ዚኣከ ዘገብረ በምድር

✠ ✠ ✠

ሰማዕት ቅዱስ አቢብ ዘተሰምየ ቡላ

ቅዱስ አቢብ ኣቡኡ ኣብርሃም ኣዲኡ ሃሪክ ይብሃሉ። ጥቅምቲ ዕለት 25 (፳፭) ተወልደ፣ ዕለት 25 (፳፭) ጥቅምቲ ከኣ ኣዕረፈ። ቅዱሳን በዓላቶም ዝውለዱሉን ተኣምራት ዝፍጽሙሉን ሓደ ክከውን እንከለሙ ናይዚ ጻድቕዚ ታሪክ ከኣ ኣብ መጽሐፈ ስንክሳር ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ።

ኣባ ቡላ ኣቦ ብዙሓት ኢሉ እግዚኣብሔር ባዕሉ አቢብ ኢሉ ዝጸውዖ ምኳኑ ኣብ ላዕሊ ታሪኩ ከምዝተገልጸ፣ ዕለተ ልደቱን ዕረፍቱን ብ25 (፳፭) ጥቅምቲ እዩ ሃገሩ ሮሜ ከባቢ ሉፊ ዝበሃል እዩ።

ወለዱ ዝነበሩሉ ብግዜ፣ መክስምያኖስ ንጉሥ ኮይኑ ዓቢ ስደት ስለዝነበረ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይሃድሙ ነበሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ውላድ ስለዘይነበሮም እግዚኣብሔር ውላድ ንክህቦም ብጾምን ጸሎትን ይልምንዎ ነበሩ። እግዚኣብሔር ድማ ጸሎቶም ሰሚዑ ብሕልሚ መልኣኩ ልኢኩ ምሉእ ዘለላ ወይኒ ይህቦም።

እዚ ቅዱስ ውላድ'ዚ ምስ ተፀንሰ ኣብ ኣፍ ደጊኦም ዓቢይ ኦም በቐለ፣ ኣብቲ ቆጽሊ ገረብ ድማ ብቕንቂ እብራይስጥ ተጻሒፉ ተረክበ። እቲ ጽሑፍ ከምዚ ይብል ነበረ። "ኣባ ቡላ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ቅዱስ ንኣምላክ ያዕቆብ ኣብ ውሽጢ ጽዮን ዝነብር"።

እዚ ቅዱስ ውላድ ምስ ተወልደ ወለዱ ጥምቀት ክርስትና ከይሃብዎ ሓደ ዓመት ገበረ፣ ድሕሪ'ዚ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ንኣልብሲትርዮስ ሊቀ ጳጳሳት ናይ ሮሜ ናብ ቤት ኣብርሃም ከይዱ ነዚ ቅዱስ ህፃን ብስም ኣባ ቡላ ጥምቀት ክርስትና ክህቦ ኣዘዞቶ። ወለዱ ድማ ቡላ ኢሉ ከጠምቕዎ ምስ ሰምዑ ኣዝዮም ተደነቑ። ምክንያቱ ብመንፈስቅዱስ ድኣ እምበር ንሳቶም ሲ ኣይነገርዎን። ኣብዚ እዋን እዚ ቅዳሴ ክጅምር ጸሎት ምስ ገበረ ጎብስተ ቀ'ርባንን ጽዋዓ ወይንን ካብ ሰማይ ወረደ ንኩሎም ድማ ኣቑበሎም።

ድሕሪ ዓመት እዚ ቅዱስ ህፃን'ዚ " ሓደ ኣብ ቅዱስ፣ ሓደ ወልድ ቅዱስ፣ ሓደ መንፈስ ቅዱስ" ኢሉ ኣመስገነ። ድሕሪ ነዊሕ መዋእል ወለዱ ብዕለት 17 (፲፯) ጎዳር ካብ'ዚ ዓለም'ዚ ተፈልዩ፣ ጸሎቶም በረኸቶምን ምስ ኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

ህፃን ቡላ ወዲ 10 (፲) ዓመት ምስ ኮነ ከሐዲ ንጉሥ ንጣያት ስገዱ ዝብል ምስ ነገሠ ነዚ ሰሚዑ ኣባ ቡላ ናብቲ መኰንን ከይዱ ንዕኡን ንጣያቱን ጸረፎም። ነዚ ምስ ሰምዐ ወየ ከሐዲ መኰንን ንእሽቶይ ብምኳኑ ክሳብ ክንደይ ከምዚ ኢሉ

ከይፈርሀ ደፊሩ ኣብ ቅድመይን ኣብ ቅድሚ ኣማልክተይን ዝጻረፍ ኢሉ ኣዝዩ ገረሞ። እንተኾነ ግን ኣዝዩ ስለዝተቐጥዐ ብሐጺን ክሽንክርዎ፣ ሥግኡ ክጨድዎ፣ ቆርበቱ ክቐልጥዎ አእዳዉን አእጋሩን ብመጋዝ ክቐርጽዎ፣ ዝባኑ ክቐጽዕዎ፣ ናብ መንኰርኮር ከእትውዎ፣ አእትዮም ድማ ኣብ ማእከል ኮናትን ሰይፍን ጌሮም ኣብቲ ሃገር ከዝርዎ ኣዘዘ። እዚ ምስ ተፈጸመ ድማ ቅዱስ ሚካኤል መጺኡ ኣድሓኖ።

ድሕሪ'ዚ ዓወት እዚ'ውን ከም እንደገና ካልእ ዓላዊ መኰንን ምስ መጸ ናብኡ'ውን ከይፈርሐ ንዕኡን ኣማልክቱን ጸረፈ። እቲ መኰንን ተቐጢኡ ብዕለት 18 (፲፰) ሚያዝያ ርእሱ ብሰይፊ ቆረጸ።

ከም እንደገና'ውን ቅዱስ ሚካኤል ካብዚ ሞት'ዚ ኣተንሢኡ ሓድሽ ምዕራፍ ማለት እግዚኣብሔር ኣዚዝካ እዩ ኢሉ ልብሲ ምንኵስና ኣልቢሱ ቆብዕ (ኣስኬማ) ብምልክት መስቀል ሂቡ ተሳታፊ ናይ ቅዱሳን'ውን ክትከውን ኢካ ኢሉ ናብ ገዳም ወሰዶ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣቡነ ኣቢብ ኣብ ገረብ ተሰቒሉ ጠልጠል እናበለ ዓቢ ገድሊ እናፈጸመ ሕማምን ስቓይን ናይ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ክዝክር ከሎ ድማ ካብቲ ገረብ ኩሉ ግዜ ይወድቕ ነበረ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ካብቲ ገረብ ምስ ጸደፈ ሰይጣን ኣዝዩ ስለዝቐንኣ ንግዚኡ ቀተሎ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ንግዚኡ ከም ቅጽበት ዓይኒ መጺኡ ካብቲ ሞት ኣተንሥኦ። ከምዚ ድማ በሎ ስምካ ኣባ ቡላ ጥራይ ኣይኮነን ኣቦ ብዙሓት ክትከውን ስለዝኮንካ ኣቢብ ኢለካ ኣሎኩ ኢሉ ጐይታ ባዕሉ ሸም ኣውጽኣሉ።

ኣባ ቡላ ነዚ ሓድሽ ስም ማለት ኣቢብ ዝብል ምስ ተቐበለ ካብ ታጎንጎሥ ዝተላዕለ፣ ገጹ ይጸፍዕ፣ ኣካላቱ ይቆራርጽ ዝባኑ 200 (፪፻) ግዜ ይቐጽዕ ነበረ። በዚ ስራሕ'ዚ ሠለስተ ግዜ ሞይቱ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ኣተንሥኦ።

ባዕሉ ጐይታና'ውን ካብ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ብድንግልና ምውላዱ ብኣይሁድ ከመይ ኢሉ ከምዝተታሕዘ ሕማሙን ስቅለቱን ምስ ኣርኣዮ ከይበልዔን ከይሰተየን 42 (፵፪) መዓልቲ ገበረ። ብጐድኑ ከይደቀሰ ድማ 67 (፷፯) ዓመት ገበረ፣ ከምኡ'ውን 12 (፲፪) ዓመትን 7(፯ተ) ወርኀን ክሳብ ሓንጐሉ ዝፈስስ ቁልቁል ኣፉ ተደፊኡ ይነብር ነበረ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ስቓይ ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ተዘክሮ፣ ሰይፊ ተኪሉ ኣብ ቅድሚኡ ኣቕሙ ኣብ ርእሲኡ ወደቐ እሞ ሞተ። ድሕሪኡ'ውን ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ መላእክቲ መጺኣ ነቲ በድኑ ሰላም ለከ ኦ ፍቁረይ በለቶ እሞ እቲ በድኒ ድማ ከም ቃል

ሰብ ሰላምታ ንዓኪ ኦ ንግሥቲ ኩሉ ዓለም ክብል ተዛረበ። ድሕሪኡ በእዳዋ ምስ ተንከየቶ ንግዚኡ ካብ ሞት ተንሥአ።

ቃል-ኪዳን

ግዜ ዕረፍቱ ምስ ቀረበ ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣእዳዉ ኣክሊላት ብዕንቐጹ ዝተሰርሐ፣ ፍሉይ ናይ ብርሃን ኣልባሳት ሒዙ ተራእዮ፣ ከምዚ ድማ በሎ ነጻ ኣንታ ፍቁር ወደይ ኣቢብ ንዓ ከሕጉሰካ እየ፣ ኣብቲ ናይ ዘለኣለም ዘይውዳእ ሐጐስ እናበለ ብርእሰይ ምሒለልካ ኣሎኩ፣ ኩሉ ስምካ ዝጽውዕ ኃጢኣቱ ክገድፈሉ፣ ኩሉ ተዝካርካ ዝገብር ወይ ንድካ ዝረድእ ወይ ንዕሩቕ ክዳን ዝምጽውት፣ ወይ ንጥሙይ ዘብልዕ ወይ ንጽሙእ ዘስቲ ወይ ቤተክርስቲያንካ ዝሓንጽ ወይ ገድልካ ዝጽሕፍ ወይ ዘንብቦ ወይ ዝሰምየ ኣነ ክሳብ 10 (፲) ወለዶ ኃጢኣቱ ክሰርየሉ እየ ኢሉ ኣፉ ስዒሙ ብእንግድዑኡ ድማ ጸሮ ናብ ኣየር ኣዕረጎ፣ ነፍሱ ምስጋና መላእክቲ ምስ ስምዒት ካብ ሥጋኣ ተፈልየት ናብ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ድማ ኣተወት።

ጸሎቱን በረከቱን ናይ ኣቦና ኣቡነ ኣቢብ ምስ ኵሳትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ተዘከረከ ክርስቶስ ስቃያተ ኣቢብ ብዙኃ
- ወርህጸተ ነፍሱ ፍሉሐ
- ኢታጽንዕ ብየ ልበከ ርኅሩኅ
- እስከ እትመየጥ መንገሌከ ጽንሐኒ ጸኒሐ
- እስመ እምኀረ ሞቱ ለሰብእ ኣልቦቱ ንሥሐ።

ምንጪ፡-

1. ስንክሳር ጥቅምቲ ዕለት ፳፭
2. ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፻፯ ኅታም ፲፱፻፻፯ ዓ.ም.ግ. ኣ.ኣ.ኢ.

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ፊቅጦር

ፊቅጦር ማለት ዘይጥርጠር ማለት እዩ። እዚ ሰማዕት'ዚ ዕለት 4 (፬) ሚያዝያ ተወልደ። ናይ'ዚ ቅዱስ ኣቦ ጎርማኖስ ይብሃል። ንሱ ከኣ ናይ ዲዮቅልጥያኖስ ኣማካርን ሓለቓ ሠራዊቱን እዩ። ናይ ኣዲኡ ስም ማርታ ይብሃል ኣብ ክርስትና ዝጸንዓት ብፅዕት ኣደ እያ ዝነበረት። ቅዱስ ፊቅጦር ምስ ጐበዘ ኣቡኡ ንክሸየም ናብ ንጉሥ ኣቕረቦ። እቲ ንጉሥ'ውን ኣብ ውሽጢ መንግሥቱ መበል ሳልሳይ ጌሩ ሸሞ። ዕድሚኡ ወዲ 20 (፳) ዓመት ነበረ። ንሱ ግን ንዓለም ንዒቹ ብጾም፡

ብጸሎት፡ ተወሰነ። ክርስቲያን ብምኳኖም ንዝተኣሰሩ ክርስቲያን ይበጽሑም ነበረ። ንድካታትን መሳኪንን ይምጽውት ነበረ።

ንኣደ በዓል ቅዱስ ቆዝሞስን ቅዱስ ድምያኖስን ቅድስት ቴዎዳዳ ምስ ሞተት፡ ካብ ፍርሒ ዝተላዕለ ማንም ሰብ ክቐብራ ኣይደፈረን። ቅዱስ ፊቅጦር ግን ከይፈርሀ ቀበራ። ነቡኡ'ውን ካብቲ ዝነበሮ ኣምልኮ ጣያት ንክምለስ ዘወትር ይመክሮ ነበረ። ስለዚ ናብ ንጉሥ ከሰሶ። ተከሲሱ ምስ ቀረበ "ንንጉሠይ ንኢየሱስ ክርስቶስ ድኣ እምበር ንዲዮቅልጥያኖስ ኣይግዛእን እየ" በለ። ኣቡኡ ጎርማኖስ ፊቅጦር ወዱ ናብ እስክንድርያ ከይዱ ብመኰንን ጎርሜኔዎስ ክቐጸዕ ንዲዮቅልጥያኖስ ኣማከሮ። ከምኡ'ውን ፋሲለደስ፡ ቴዎድሮስ፡ በናድሌዎስ፡ ቴዎድሮስ ምስራቃዊ፡ ኣውሳብዮስ፡ መቃርዮስ እዞም ኩሎም ደቂ ነገሥታት ብሓደ ነይሮም ኣብ ሓደ ግዜ ከኣ ተሰውኡ። ነዚ ናይ ወዳ መከራ ዝሰምዐት ኣዲኡ ቅድስቲ ማርታ ንብዓታ ከም ውሕጅ ኣፍሰሰት። ከምዚ ኢሉ ከኣ ተላበዋ፡ ብገንዘባ ንደቂ ምውታት፡ ዘክታማት፡ ድካታት ክትረድእን ክትሕግዝን ከምዘለዋ መኪሩ ኣፋነዋ።

ንቅዱስ ፊቅጦር ከም ፈረስ ኣፉ ለጕሞም ናብ እስክንድርያ ወሰድዎ። ብዝተፈላለየ ስቓያት ከኣ ኣሳቐይዎ። መልኣክ እግዚኣብሔር ናብ ሰማይ ወሲዱ ስለ ክብርታቶም ናይ ብርሃን ማኅበራት ኣርእዩ ናብቲ ዝነበሮ መለሶ። እቲ መኰንን ግን ካብ ምስቓዩ ኣይዓረፈን። ማለት ዝፍትን ዲንን ኣብ ሓዊ እናፍልሑ ኣሳቐይዎ። ኣብ ዓራት ሓጺን ኣደቂሶም ኣብ ትሕቲኡ ሓዊ ኣንደዱ። መቃጸሊ ውሽጢ እውን ወሰከሉ። ጐይታ ከኣ መጺኡ የጸናንየ ነበረ። ካብ ስቓይ እውን የዐግሶ ነበረ፡ መልኣኩ ልኢኩ ከኣ ቁስሉ ይፍውሶ ነበረ።

ጎርሜኔዎስ ከኣ ናብ ከተማ እንዲናው ሰደዶ። ኣብዚ ከኣ መልሓሱ ቆሪጾም ዓይኑ ኣውጺኦም፡ ኣንቆርዎ፡ ጐድኑ ከኣ ሽንካር ኣርሲኖም ኣሳቐይዎ። ኣብዚ ብጥሜት ምእንቲ ክመውት ኣብ ሓደ በረካ ዝርከብ ቤት ውሽጢ ኣሰርዎ። ንሱ ግን ዕንጨይቲ ጸሪቡ ንምግቡ፡ ዝተረፈ ከኣ ንድካታት ይምጽውት ነበረ። ብብዙሕ ምሕባል ካብ ዕላምኡ ከስሕትዎ ስለዘይከኣሉ ጅማውቱ እናመዘዙ፡ ኣፉ እናወቕዑ፡ ቁልቁል ኣፉ ሰቒሎም ኣብ ኣእዳዉ ከቢድ እምኒ ኣንጠልጠሉ፡ ካብቲ ዝነድድ ሓዊ እውን ወሰኩ <u>ዕንዲዳን</u>፡ መዓርን፡ ዘይትን ኣፍሊሑም ኣብ ልዕሊኡ ደፍኡሉ። ኣፉ ብሓሞትን ዕረን ኣምረሩ። ኣእይንቱ'ውን ኣውጽእዎ፡ ድጊሞም ቁልቁል ሰቒልዎ፡ ጐይታ ጅማውቱን ሕዋሳቱን ኣብ ቦትኡም መሊሱ ኣድሓኖ።

ሓንቲ ጓል 15 (፲፭) ዓመት ብመስኮት ኮይና ቅዱሳን መላእኽቲ ንቅዱስ ፊቅጦር ኣክሊላት ኣብ ርእሱ ከንብሩሉ ርእያ ብምምስካራ ብዙሓት ናብ እምነት

ተመሊሶም ብሰማዕትነት ዓረፉ። ንሳ'ውን ብሰይፊ ተሰይፋ ጓል መንግሥቲ ሰማያት ኮነት።

ብድሕሪ'ዚ ኩሉ ክብርቲ ክሳዱ ብሰይፊ ተሰይፉ፣ ናይ ሕይወትን ዓወትን ኣክሊል ብዕለት 27 (ሸውዓ) ሚያዝያ ተቐበለ።

ዝፈትውዎ ምእመናን ሥግኡ ወሲዶም ብክቡራት ኣልባሳት ገኒዞም ኣዲኡ ማርታ ካብ ኣንጾኪያ ክሳብ እትመጽእ ኣብ ጽሩይ ቦታ ኣቐመጥዎ። ምስ መጽአት ወሲዳ ቤተክርስቲያን ብስሙ ሓኒጻ ኣብ ውሽጢ ኣቐመጠቶ።

እዚ ቅዱስ ሰማዕት'ዚ ብዛዕባ ሻሙናይ ሽሕ ዝምልከት ብዙሕ ዝጸሓፈ ኣቦ እዩ፣ ሓደ ዓቢ መጽሐፈ ታሪክ ዝጸሓፎ ኣሎ። ንሱ ከኣ ኣብ 8ይ ሽሕ ስለ ግብጺ፣ ከምኡ'ውን ስለ ሮማ ዝፍጸም ዝበለ ኩሉ ራዕይ ዝረኣየ ዓቢ ኣቦ ክከውን እንከሎ፣ ስም ናይቲ መጽሐፍ ከኣ ስለ ሃይማኖት ቅዱስ ፊቅጦር ዝረኣዮ እዩ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

እዚ መጽሐፍ'ዚ ኣብ ጐኃምን፣ ኣብ ደብረ ጽሙናን ይርከብ። ዓቢ መጽሐፍ ኮይኑ ዘመነ ሰማዕታት ኣብ ዘመነ ድዮቅልጥያኖስ ዝፍጸም ዝነበረ ብሰፊሑ ዝገልጽ እዩ።

ሓደ ከም ኣሞራ ዝነፍር ፈረስ ነበሮ፣ ብዝላ ባሕሪ ዝሳገር ነበረ፣ ፊቅጦር፣ ኣውሳብዮስ ቴዎድሮስ፣ ፋሲለደስ ካብ ሓደ ዓሌት ዝውለዱ ቤተ ዘመድ እዮም።

ኣምላክ ቅዱስ ፊቅጦር ንሃገርናን ሕዝብናን ብሰላም ይሓልወልና ኣሜን።

- ሰላም ለፊቅጦር ተኣምራቲሁ ዘኣርኣየ።
- ድጎረ በሰይፍ ተወቅየ።
- ልብሱ ዘወርቅ እመ ተሃድገ በዝየ።
- ያሠርጉ ጣየታቲሁ እመ ልበ ንጉሥ ሐለየ።
- ጎበ ህላዌሁ ዘትካት ተመስጠ ሰማየ።

ምንጪ፦ ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፹፪

- ሰንክሳር ፭፯ ሚያዝያ

- ታሪክ ቅዱሳን ገጽ ፻፹፰ ዓ.ም.ግ.

ኦ.ኦ.ኢ.

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ገላውዴዎስ

ገላውዴዎስ ማለት ዕንቁ ጻዝዮን ፍትወ ስን ይብሎ

ነዚ ቅዱስ ኣቦ'ዚ ስም ኣቡኡ ኣብጥልዎስ ዝተባህለ ኮይኑ ታጎግሥ ዕለት 11(፲፩) ተወልደ። ካብቶም 7 (፯) ከዋክብቲ ብርሃን ሰማዕታት ሓደ ንሱ እዩ። ናይ ንጉሥ ኑማርያኖስ ሮማዊ ንእሽቶይ ሓዉ እዩ። መልክዑ ከም ዮሴፍ ብጣዕሚ ጽቡቕ እዩ ነይሩ፡ ናይ ኣንጾኪያ ተወላዲ ኮይኑ ኣብ ኮናት ኣዝዩ ብርቱዕ ነበረ። ብፍቕሪ ናቱ ዝኣክል ንጸላእቶም ኣሰነፍዎም። ናቱ ሥእሊ ኣዝዮም ስለዝፈትውዎ ሥኢሎም ኣብ ኣፍ ደገ መእተዊ ከተማ ይዝርግሕዎ ነበሩ፡ ማለት ሰብ ምእንቲ ክርእዮ።

ቅዱስ ገላውዴዎስ ዘወትር ናይ ቤተክርስቲያን መጻሕፍቲ ምንባብ ይፈቱ እዩ። ናይ ሮማ ንጉሥ ኑማርያኖስ ወሪኡ ስለዝሰምዐ ናብ ኣቡኡ ልኢኩ ኣምጽኡ። ክመጽእ እንከሎ ምስ ሠራዊቱ ብዓ- ባ ተቐበሎ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ምስ ሰብ ቁዝን ኣርማንያን ዓቢ ጸብኢ ተላዕለ ቅዱስ ገላውዴዎስ ብስም ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተኣሚኑ ኣሸነፎም። ጣዖቶም ሰቢሩ ንንጉሦም ማሪኩ ሒዝዎ ናብ ኣንጾኪያ ተመልሰ። ይኩን እምበር ዲዮቅልጥያኖስ ጣዖት ኣቕሙ ክሒዱ ስለ ዝጸንሑ ንሱ ከኣ ኣማኒ ኢየሱስ ክርስቶስ ብምኳኑ ኣዝዩ ሓዘነ። ድሕሪኡ ምስ ፌቅጦር ወዲ ጎርማኖስ መንፈሳዊ ዓርኩ ኮይኑ ኣንጻር ዲዮቅልጥያኖስ ብሃይማኖቶም መስኪሮም ክሞቱ ተሰማምዑ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሰይጣን ብኣምሳል ሽማግለ ሰብኣይ ተመሲሉ ተራእዮም። ዝሓለየሎም መሲሉ "እዞም ደቀይ ጽቡቓት መንእሰያት ኢኹም፡ ደቂ ነገሥታት ኢኹም፡ ኣነ ብኣካትኩም እፈርህ ኣሎኩ። ከይቀትለኩም እንተ ኣዚዝኩም ስቕ ኢልኩም ንጣዖቱ ክትዓጥኑ ኣማክረኩም ኣሎኩ፡ እንተ ኣዚዝኩም ካብ ትእዛዙ ኣይትውጽኡ። ንስካትኩም ንክርስቶስ ብግልኩም ኣብ ገዛኩም ኣምልኩ፡ እዚ ንጉሥ'ዚ ኃያልን ርኁራኄ ዘይብሉን ጨካንን እዩ" በሎም። ነዚ ኮሉ ናይ ሰይጣን ተንኮል ጐይታ ቀልጢፉ ስለ ዝገለጸሎም "ኮሉ ክፍኣት ዘበለ ዝተመላእካ ናይ ሓሰት ምንጪ፡ ካባና ረሓቕ ንስካ ኩሉ ግዜ ሕጊ እግዚኣብሔር ክትቃወም ኢካ እትነብር" በልዎ።

ሽዕኡ መልክዑ ተለዊጡ ገጹ ጸሊም ኮነ። ደሞም ንምፍሳስ ፈኺሩሎም ከደ፡ ናብ ዲዮቅልጥያኖስ ከይዱ "ንፌቅጦርን ገላውዴዎስን እንተ ዘይቀቲልካዮም ክቕድሙካ እዮም። ንዓካ ቀቲሎም መንግሥትካ ክወርሱ እዮም፡ ምክንያቱ ንሳቶም ደቂ ነገሥታት እዮም" በሎ።

ዲዮቅልጥያኖስ ንቅዱስ ገላውዴዎስ ልኢኩ ንጣያት መስዋዕቲ ከቕርብ ለመኖ። ነታ ናይ ኣቡኡ ሽመት ንክህቦ ቃል ኣተወሉ። ቅዱስ ገላውዴዎስ ግን ከይፈርሀ ብድፍረት ነቲ ንጉሥን ነቶም ርኩሳት ኣማልክቱን ረገሞም። ጎርማኖስ ከኣ ንወዱ ፈቅጦር የሕሊፉ ከምዝሃቦ ቅዱስ ገላውዴዎስ እውን ናብ ግብጺ ተላኢኩ ንክቕተል ንንጉሥ ከም ቀደሙ ኣማከሮ። እቲ ንጉሥ እውን ናብ ናይ እንዴናው ገዛኢ፣ ገላውዴዎስ ናታትና ትእዛዝ ኣይተቐበለን፣ ንቓላትና'ውን ኣይሰምየን። ንስካ ናብቲ ናትና ትእዛዝ ዝምለስ እንተኮይኑ ብብዙሕ ጻዕሪ ኣታልሎ፣ እንተዘይኮይኑ ክሳዱ ብሰይፊ ቁረጾ ኢሉ ጸሓፈ።

ቅዱስ ገላውዴዎስ ንሰብኣይ ኃፍቱ ሲድራኮስ ኣብ እምነቱ ጸኒዑ ክነብርን ንወገናቱ'ውን ክጸናንየምን ሓደራ ኢሉ ተሰናበተ። ሃገር እንዴናው ምስ በጽሐ ገዛኢ ኣርያኖስ ርእይ ምስ ኣበሎ ደንገጸ። ተንሚኡ እውን ኢዱ እናሰዓመ *“ጐይታይ ገላውዴዎስ”* ከምዚ ዝበለ ስራሕ ኣይትስራሕ ንትእዛዛቱ ከኣ ኣይትእበ፣ እናበለ ለመኖ።

ቅዱስ ገላውዴዎስ ግን “ንጉሥ ኣብ ልዕሌይ ክትገብሮ ዝኣዘዘካ ክትፍጽም እምበር ኩተስሕተኒ ኣይተላኣክኩን” በሎ። እቲ መኰንን ክሳብ ዝቁጣዕ ንሓድሕዶም ከምዚ እናበሉ ይማላለሱ ነበሩ። እቲ ኣርያኖስ መኰንን ከኣ ኣብ ኢዱ ኮናት ሒዙ ነበረ። ንቅዱስ ገላውዴዎስ ወርዊሩ ወግየ። ነፍሱ ናብ ፈጣሪኡ ኣሕሊፉ ሃበ። ናይ ምስክርነቱ ኣክሊል ተቐበለ። ዕረፍቱ ከኣ ዕለት 11 (፲፩) ሰኔ እዩ። ምስ ሞተ ኣመንቲ መጺኦም ንሥግኡ ወሲዶም ብጽቡቕ ኣገናንዛ ገኒዞም ምስ ናይ ቅዱስ ፈቅጦር ዓርኩ ኣብ ሳጹን ውሽጢ ኣቐመጥዎ። ዘመነ ስደት ክሳብ ዝሐልፍ ይሕልውዎ ነበሩ።

ድሕሪኡ ኣደ ቅዱስ ፈቅጦር ናብ ሃገረ እንዴናው መጺኣ፣ ናይ ቅዱስ ገላውዴዎስን ፈቅጦርን ሥጋ ወሲዳ ናብ ኣንጾኪያ ኣብጽሓቶ።

ናይ ቅዱስ ገላውዴዎስ ሥጋ ኣብ ኣስዩጥ እዩ ዘሎ ዝብል ሓሳባት ውን ኣሎ። በረከት ኣምላኩ ንቅዱስ ገላውዴዎስ ንሃገርና ኤርትራ ይሓልዋ። ኣሜን።

- ሰላም ለገላውዴዎስ ሃይማኖተ ክርስቶስ ተዓሪዞ።
- ኣልባሰ መንግሥት ዘኢሓወዞ።
- ለመኰንን ዓላዊ እንዘ ይትገአዞ።
- እም ይሰማዕ ቃሎ ወእምይሠጠው ትእዛዞ።
- በኮናተ እዱ በሊሕ ኣብደረ ተረግዞ። *ምንጪ፦ - ሰንክሳር ዕለት ፲፩ ሰኔ/ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፹፪ ብ ፲፱፻፺፰ ዓ.ም.ግ. ኣ.ኣ.ኢ.*

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ቴዎድሮስ

ቅዱስ ቴዎድሮስ ስም ኣቡኡ ዮሓንስ ይብሃል። ኣብ ላዕላይ ግብጺ ሰጥብ ኣብ ዝተባህለት ዓዲ ብዕለት ---------- ተወልደ። ኣቡኡ ምስ ሠራዊቱ ናብ ከተማ ኣንጾኪያ ወሲድዎ ኣብኡ ከኣ ይነብር ነበረ። ካብ ደቂ መኪንንቲ ሓንቲ ተመርዓወ ንሳ ኣምላኪት ጥያት ነበረት። ሰብኣያ ዮሓንስ እንታይ ከም ዘምልክ ኣይትፈልጥን ነበረት።

ቅዱስ ቴዎድሮስ ምስ ተወልደ ኣዲኡ ናብቲ ጣያት ኣቕሪባ ኣምልኮታ ከተስተምህሮ ደለየት። ኣቡኡ ግን ከልኣ። በዚ ተቖጢዓ ንሰብኣያ ዮሓንስ ፈትሐቶ። እቲ ሕፃን ግን ምስ ኣዲኡ ተረፈ። ዮሓንስ ኣቡኡ ምእንቲ ወዱ ንእግዚኣብሔር ይልምኖ ነበረ።

ቅዱስ ቴዎድሮስ ምስ ዓበየ ጐይታ ብሩህ ልቢ ስለዝገበሮ ጥበበ ኮነ። ናብ ኣውላኪስ ዝተባህለ ኤጲስ ቆጶስ ከይዱ ብእኡ ተጠመቐ፣ በዚ ምክንያት ኣዲኡ ሓዘነት።

ቴዎድሮስ ናይ ኣቡኡ ናብራ ሕይወት ብስውር ምስቶም ኣገልገልቱ ይፈልጥ ነበረ፣ ምስ ዓበየ ሓለቓ ሠራዊቱ ኮይኑ ተሸመ። ንሃገር ፋርስ ዘሚቱ ንወዲ ንጉሥ ፋርስ ማረኹ። ነቶም ሠራዊት ከኣ ሰጐጎም፣ ምስራቃዊ ቴዎድሮስ ከኣ ምስኡ ነበረ።

ድሕሪ ሒደት ኣዋርኅ ናይ ፋርስን ናይ በርበርን ሰባት ኣብ ልዕሊ ሮማውያን ተላዒሎም ብዙሓት ከተማታት ኣጥፍኡ። ዲዮቅልጥያኖስ ብጣዕሚ ፈርሀ። “ ንቅዱስ ቴዎድሮስ ጸዊው እንታይ ንግበር” ኢሉ ኣማከሮ።

ቅዱስ ቴዎድሮስ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ “ንስካ ናይ ኮኖት መሳርሒታትካ ወሲድካ ንዓኽከራትካ ሃቦም። ኣነ ብናይ ፈጣሪየይ ኢየሱስ ክርስቶስ ረድኤት እተኣማመን እየ፣ ናይ ኮኖት መሳርሒ ኣይደልን፣ ካብ ወተሃደራት እውን ሓደ እኳ ምሳይ ኣይደልን እየ። እዚ ሒዘዮ ዘሎኩ ኮኖትን እዚ ፈረሰይን ይኣክለኒ ፈጣርየይ ክረድኣኒ እዩ” እቲ ንጉሥ ከኣ በል “እነሆ ጸላእትና ናባና ቀሪቦም ኣለዉ እሞ ዝደለካዮ ግበር” በሎ።

ንጉሥ ተጠራጢሩ “ንናይ በርበር ሰባት ክትወግኦም እንታይ ኃይሊ ኣሎካ ንሳቶም ብዙሓት ዓይነት እዮም” በሎ። ቅዱስ ቴዎድሮስ ግን “ንስካ ምስ ሠራዊትካ በዚ ቁም” ኣነ ግን ንበይነይ ክከይድ እየ፡ ዝገብሮ ከኣ ክትርእየኒ ኢካ። ኣነ ብኃይሊ እግዚኣብሔር ከምዘጥፍኦም እፈልጥ እየ። ብናቶም ብዝሒ እቲ ንጉሥ ኣደነቐ። ነቶም ምስኡ ዘለዉ እውን ኣደነቕም።

ቅዱስ ቴዎድሮስ ንበይኑ ከይዱ ነቲ ንጉሥን ነቶም ሰብ በርበርን “ትዋግኡ ዲኩም ወይሲ ብሰላም ንሃገርኩም ትምለሱ” በሎም። ንሳቶም ብ- ካካ ናብ ሰልፊ ዝመጽአ ሰብ ስለ ዘይረኣና ድኣ ምስ መን ክንዋጋእ” በልዎ። ንሱ “ ኣነ ንበይነይ ብኃይሊ ፈጣሪየይ ከጥፍኣኩም እየ” በሎም። ንሳቶም “ ምናልባት ከልቢ ኩተባርር መጺእካ ትከውን። እንተፈቂድካ ግን ካባና ሓደ ናባካ ክመጽእ ምረጽ እሞ ክልቴኩም ተጋጠሙ” በልዎ። ቅዱስ ቴዎድሮስ ገጹ ናብ ምሥራቅ ጠሚቱ ጸለየ።

ጸሎቱ ወዲኡ ኣብቲ ኮናት ብምልክት መስቀል ምስ ኣማዕተበ ንበይኑ ገጠመሎም።

“ ኣነ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ባርያ ” እየ እናበለ ኣሰነፎም። ክምለስ እንከሎ ንጉሥ ብክብሪ ተቐበሎ። እቶም ሠራዊት'ውን ሰገዱሉ። ንሰብ ኣንጾኪያን ንሰብ በርበርን ማረክዎም።

ኣውኪስጦስ ኣብ ዝተባህለ ሃገር ዝነበሩ ሰባት ዘምልክዎ ዓቢ ገበል ነበረ። በብመዓልቱ ክልተ ክልተ ሰባት ይህብዎ ነበሩ። ናይ ሓንቲ ክርስቲያናዊት ሰበይቲ ክልተ ደቃ ብዘይፍቓዳ ነቲ ገበል ኣቕረብዎም። ኣብዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ ቴዎድሮስ ናብኡ መጺኡ ስለዝነበረ ዝኾነ ኩሉ ምስ ናይ ንብዓታ ነገረቶ። ክርስቲያን ምኳና ምስ ፈለጠ ብልቡ “ እዛ ሰበይቲ በዲሎማ እዮም። እግዚኣብሔር ከኣ ክፈድየላ እዩ” በለ። ገጹ ንምሥራቅ መሊሱ ምስ ጸለየ ነቲ ገበል ብኩናት ወቒዑ ቀተሎ። ቁመቱ 12 (፲፪) ሜትሮ ወይ ከኣ 24 (፳፬) እመት ነበረ። ነቶም ደቃ ከኣ ኣድሓኖም።

ድሕሪኡ ነቡኡ ደልዩ ኣብ ላዕላይ ግብጺ ረከቦ። ኣቡኡ ወዱ ከም ዝኾነ ብመልክዑ ኣላለዮ። ቅዱስ ቴዎድሮስ ኣቡኡ ክሳብ ዝዓርፍ ኣብኡ ተቐሚጡ ናብ ኣንጾክያ ተመልሰ። ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ከኣ ካብ ክሕደቱ ከይተመልሰ ጸንሐ።

ቅዱስ ቴዎድሮስ ነቲ ገበል ስለ ዝቐተሎ እቶም ሰብ ሃገር ኣውኪስጦስ ከሲሶምዎ ነበሩ። ንጉሥ ልኢኩ ኣቕረቦ። ቅዱስ ቴዎድሮስ ግን ከይፈርሀን ከይሓፈረን ስለእቶም ርኩሳት ጣዖታት ነቲ ንጉሥ ገንሖ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንጉሥ ተቈጢዑ ደሙ ከም ማይ ክሳብ ዝፈስስ ኣከትከቶ። ኣእጋሩን ኣእዳዉን ኣብ ሓደ ዓቢ ጉንዲ ሸንከሮ።

ቃልኪዳን

ኣብ ውሽጢ ብዙሕ ስቓይ እንከሎ ቅዱስ ሚካኤል መጺኡ “ጽናዕ እነሆ ናይ ገድልካ መፈጸምታ ቀሪቡ፣ ኣብቲ ሥጋካ ዝዓርፈሉ ቦታ ተኣምራት ክግለጽ እዩ፣” “ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናትካ መዘከርታ ዝገብር ዘበለ ኩሉ ብስምካ ንጥሙይ ዘብልዐ፣ ንጽሙእ ዘስተየ፣ ንቤተክርስቲያንካ ሞባእ መጻሕፍቲ ንዝህብ ኣነ ኃጢኣቱ ኩሉ ክድምስሰሉ እየ፣ ገድልካ ዝጽሕፍን ወይ ዘንብብን ዝሰምዕን ኣነ ሽሙ ኣብ ናይ ሕይወት መጽሐፍ ክጽሕፎ እየ” ሠራዊትን ሕዝብን ተኣኪቦም “ኣንታ ከሓዲ እግዚኣብሔር የጥፍእካ፣ ካብ ኢድ ጸላእትና ዘድሓንና፣ ኃያልን ጽኑዕን ዝኾነ ክቡር ቴዎድሮስ ተሳቐዮ” ኢሎም ጨደሩ። ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም ብሰማዕትነት ሞቱ።

እንደገና ንቅዱስ ቴዎድሮስ ኣብ ዓራት ሓጺን ኣደቂሶም ሓዊ እንተኣቃጸልሉ ብጸሎቱ ማይ ገበሮ። ካብ ሰማይ “ኃይሊ ዝተዋህበካ ጽኑዕ፣ በርትዕ” ዝብል ድምጺ መጽአ። ኣብ ቅድሚ ንጉሥ ቆይሙ” ጐይታይ ኣድሒኑኒ “ኣንታ ከሓዲ ሕፈር” በሎ። ንጉሥ ኮነ ናይቶም ጭፍራ ኃላፊ ነዚ ምስ ረኣዮ “ክቡር ቴዎድሮስ ዘምልኮ ጐይታ ጥራይ ድኣ እምበር ካልእ ኣምላክ የለን” ኢሉ ጨደረ። ርእሱ ኣቑረጸ እሞ ብሰማዕትነት ሞተ።

ኣብ መወዳእታ ንቅዱስ ቴዎድሮስ ኣብቲ ኣዲኡ ዘላቶ ቤት ወሲዶም ክሳዱ ቆረጽዎ። ካብ ክሳዱ ደም፣ ጸባ ፈልፈለ (ፈሰሰ)። ዕረፍቱ ሐምሌ ዕለት 20(፳) ኮነ ንሬሳኡ ብሓዊ ከቃጽልዎ ፈቲኖም ነይሮም ብተኣምራት ከይተቓጸለ ወጺኡ። ኣዲኡ ነቶም ወተሃደራት ብዙሕ ገንዘብ ሂባ ሥግኡ ወሰደት። ብክቡራት ኣልባስ ገነዘቶ። ዘመነ ስደት ክሳብ ዝፍጸም ከኣ ኣብ ቤታ ኣንበረቶ። ድሕሪኡ ሰጥብ ኣብ ዝተባህለ ኣብ ዝተሠርሐት ገዳም ሥግኡ ኣቑመጡ። ኣብቲ ሥጋኡ ከኣ ቀጽሪ ዘይብሎም ተኣምራት ተራእዩ። ዓቢ ፈውሲ ኮነ።

በረከት ኣምላኩ ንቅዱስ ቴዎድሮስ ንኾልና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና ኣሜን።

- ሰላም ለከ ቴዎድሮስ ክቡር
- ገባሬ ተኣምር
- በስመ ኢየሱስ ክርስቶስ ገባሬ ሰማያት ወምድር
- እንዘ ታሰምዕ ጽድቀ ዓውደ ኣላውያን ማኅበር
- ትዕይንተ በርበር ተኃጕሉ ወንጉሥ ኀሱር

ምንጪ፡- ስንክሳር ዕለት ፭ ሐምሌ

ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፹፭

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ኣቦሊ

ቅዱስ ኣቦሊ ካብቶም ደቂ ነገሥታት ውሽጢ ሓደ እዩ። ኣቡኡ ዮስጦስ ኣዲኡ ታውክልያ ይብሃሉ። ዓላውያን ወጊኡ ክምለስ እንከሎ፣ ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ንክርስቶስ ክሒድዎ ጸንሐ። ቅዱስ ኣቦሊን ኣቡኡ ዮስጦስን ካልኦት ደቂ ነገሥታት እውን ንዲዮቅልጥያኖስ ኣጥፊኦም ምድራዊት መንግሥቲ ክሕዙ እናከኣሉ እንከለዉ ዘይትሓልፍ መንግሥተ ሰማያት ብምሕሳብ ተዓገሱ።

ድሕሪኡ ቅዱስ ኣቦሊ ናብ ቅድሚ ንጉሥ ቀሪቡ ብጐይታ ሰማይን ምድርን ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝኣምን ገለጸ። ዲዮቅልጥያኖስ ከኣ ንዕኡን ነዲኡን ኣቡኡ እንተላይ ክሓባብሎምን ከስሕቶምን መከረ። ንሳቶም ግና ክሰምዕዎ ኣይከኣሉን። ቅዱስ ኣቦሊ ንዲዮቅልጥያኖስ ዘምኡ እዩ ማለት ሰይቲ ዲዮቅልጥያኖስን ኣቦ ኣቦሊ ቅዱስ ዮስጦስ ኣሕዋት እዮም።

ንጉሥ ደቂ ነገሥታት ብምኳኖም ከይኩንኖም ስለ ዝፈርሀ፣ ብመልእክቲ መልክዕ ጌርሜኔዎስ ናብ ዝተባህለ ናይ እስክንድርያ ገዛኢ ለኣኮም። ኣብቲ መልእክቲ “ዮስጦስን ሰበይቱ ታውክልያን ኣቦሊ ወዶምን ናባካ ኣብ ዝበጽሑሉ ግዜ ሓባብሎም እንተዘይኮነ ነንበይኖም ፍለዮም” በሎ። በዛ ለይቲ እዚኣ ጐይታ ተገሊጹ ኣጸናንዮም። ጽኑዕ ቃል ኪዳን ውን ሃቦም። ናብ ጌርሜኔዎስ ምስ በጽሑ ምድራዊ ሥልጣን ዝነዓቹ ሰባት ብምኳኖም ስሊኦም ብጣዕሚ ኣደነቐ። ክፉእ ነገር ክዛረቦም'ውን ኣይደፈረን። ብምሕባል ዕላማኦም ንምትዕንቓፍ ፈቲኑ ምኳን ኣበዮ።

ድሕሪኡ ከምቲ ዝተመክሮ ናብ ዝተፈላለየ ሃገራት ፈላልዩ ፋሕ ኣበሎም። ንቅዱስ ዮስጦስ ናብ ከተማ እንዲናው፣ ንቅድስት ታውክልያ ፃ፣ ናብ ዝተባህለ ሃገር ንኣቦሊ ድማ ብስጣ ናብ ዝተባህለ ሃገር ሰደዶም። ሓደ ሓደ ኣገልጋሊ (ተለኣኪ) ከኣ ሃቦም። ቅዱስ ኣቦሊ ብስጣ ምስ በጽሐ ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ምእማኑ ኣብ ቅድሚ መኰንን ገለጸ። በዚ ግዜ'ዚ ብሓዊ ምቅጻልን፣ ብመንኰራኰርን ኣሣቐዮ፣ ሕዋሳቱ ቆራረጹ ናብ ኣናብስት ደርበዮ፣ ጐይታ ከኣ ካብዚ ኩሉ ኣድሓኖ። ነዚ ተኣምር'ዚ ዝረኣዩ ብዙሓት ሰባት ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም ብሰማዕትነት ዓረፉ።

እቲ መኰንን ግና ኣዝዩ ተቐጢዑ ንቅዱስ ኣቦሊ ቆርበቱ ገፊፎም ነቲ ቐኑስሉ ከኣ ብጨው ክሓስይዎ ኣዘዘ። ነዚ ኩሉ ኣብ ልዕሊኡ ፈጸሙ ቆርበቱ ኣሰኪሞም ኣብ ውሽጢ ከተማ ኣዞርዎ። ንሱ ግን “ ወዲ ህያው እግዚኣብሔር ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ርድኣኒ፣ ካብዚ ስቓይ እዚ ውን ኣውጽኣኒ” ኢሉ ጸለየ። ሽዑ ቅዱስ ሚካኤል ናብኡ መጺኡ ኮለንትናኡ ዳህሲሱ ኣሕወዮ። እቲ

መኰንን ከኣ ዝኮነ ኩሉ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ኰይንዎ እንደገና ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎ።

ቅዱስ ኣቦሊ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኰይኑ ክጽሊ እንከለሙ ጐይታ ተገሊጹ “ዝመረጽኩካ ኣቦሊ ሰላምታ ንዓካ ይኩን፡ ኣነ'ውን ምሳካ ኣሎኩ” በሎ። ንሱ ተሐጉሱ ሰገደሉ።

ገለ ካብ ዝፈጸሞ ተኣምራት

ሓደ ኣበስከሮን ዝተባህለ ሃብታም ናይ ገዝኡ ግድጊዳ ኣፍሪሱ ከስርሕ እንተፈተነ እቲ ግድጊዳ ፈሪሱ 16 (፲፮) ዓበይቲ፡ 2 (፪) ሕጻናትን ጸቒጥዎም ሞይቶም። እዚ ሃብታም ሰብኣይ ብኃዘን ተጨቢጡ ናብ ቅዱስ ኣቦሊ ከይዱ እናሰገደ “ራኅርኃለይ ነዞም ዝሞቱ ብተኣምር እንተ ኣተንሢእካለይ ብኢየሱስ ክርስቶስ ክኣምን እየ” በሎ። ቅዱስ ኣቦሊ ጸልዩ እቲ ዝተገፈፈ ቆርበቱ ኣልበሶም “ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ተንሥኡ” እንተበሎም ኮላቶም ተንሥኡ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ እቶም ሕዝቢ ብጠቕላላ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣመኑ። እቲ ሃብታም ውን ምስ ኮላቶም ቤተሰቡ ኣመነ።

ቃልኪዳን

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ጐይታ ንቅዱስ ኣቦሊ ተገሊጹ “ኣብ መከራ ዘሎ ሰብ ብስምካ እንተ ለሚኑኒ ኣነ ክሰምዖ እየ። ልማኖኡን ድሌቱን ክፍጽመሉ እየ። “ብስምካ ቤተክርስቲያን ንዝሠርሕ ኣነ ኣብ ሰማያት ብርሃናዊ መሕደሪ ቤት ክሰርሓሉ እየ፡ ንገድልካ ዝጸሓፈ ወይ ከኣ ዘንበበ፡ ዝሰምዐ፡ ኣነ ኣብ ክንፈ ኪሩቤል ስሙ ክጽሕፈሉ እየ። ኣብ ሕቑፈ ኣብርሃም፡ ይስሐቅ፡ ያዕቆብ ከዕርፎ እየ። ብዙሕ ኃጢኣት ሰሪሑ ብንሥሓ ብስምካ ናባይ እንተለሚኑ ብዘሎ ኃጢኣቱ ክሓድገሉ እየ። ሰላመይ ምሳካ ይኩን”። ቃልኪዳን ምስ ሃቦ ናብ ሰማይ ዓረገ።

ኣብ መወዳእታ ቅዱስ ኣቦሊ ክሳዱ ብሰይፍ ተሰይፉ ብሰማዕትነት ዓረፈ፡ ኣስከሬኑ ካብ ከተማ ምስሪ ወጻኢ ህንቅ ኣብ ዝተባህለ ገዳም ይቕመጥ ኣሎ። በብግዚኡ ዓበይቲ ተኣምራት የርኢ።

ናይ ኣቦና ቅዱስ አቡነ አቦሊ በረከት ይሕደረና። ኣሜን።

- በብሂለ ሰላም ለከ ለፍልሰተ ሥጋከ ኣኃሊ፡
- ወልደ ዮስጦስ ኣቦሊ፡
- እስመ ኣጽንዓከ ለከ እግዚኣብሔር ከሀሊ፡
- ኢደንገፅከ ወኢፈራህከ እምትግርምተ ዕልው ቀታሊ፡
- እንዘ በመጥባህት ማዕሰከ ይሌሊ።

ምንጪ፦ - ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፹፰ ብ፲፱፻፶፯ ዓ.ም.ግ. ኦ.ኦ.ኢ.

- ሰንክሳር ዕለት ፳፯ መስከረም

- ታሪክ ቅዱሳን ፭ዩ ክፋል ፲፱፻፶፯ ዓ.ም.ግ. ኦ.ኦ.ኢ.

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ፋሲለደስ

ቅዱስ ፋሲለደስ ናይ ሮማ ንጉሥ ኃላፊ ሠራዊት ነበረ። እታ መንግሥቲ'ውን ብናቱ ምክሪ እያ ጸኒዓ ትነብር። ብዙሓት ተባዕትዮን ኣንስትዮን ኣገልገልቲ ነበርዎ። ናይ ሮማ ንጉሥ ኑማርያኖስ ኃፍቲ ቅዱስ ፋሲለደስ ኣእትዩ (ተመርእዩ) ንዮስጦስን ገላውዴዎስን፡ ኣባዲርን ወለደ።

ሰይቲ ቅዱስ ፋሲለደስ ንኣደ ቅዱስ ፊቅጦር ኃፍታ እያ። ካብኣ ከኣ ኣውሳብዮስ፡ መቃርስ፡ ዝተባህሉ ኣወዳት ወሊዱ። ኣብዚ ወርሓት'ዚ ናይ ቀኘ፡ ናይ ፋርስ፡ ሰባት ንሰብ ሮማ ክወግእዎም ናብ ልዕሊኦም ተንሥኡ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንወዲ ንጉሥ ዮስጦስን ፋሲለደስን ኣውሳብዮስን መምስ ሠራዊቶም ንውግእ ለኣክዎም። ንጉሥ ኑማርያኖስ ናብ ካልእ ዓውደ ውግእ ከይዱ ሞተ። ሮም ብዘይ መራሒ ተረፈት።

ሰብ ሮማ ካብ ምሉእ ሃገር ሓርበ ኣኪቦም ካብ ማእከሎም ማለት ካብ ላዕላይ ግብጺ ዝመጽኡ ኣግራጻዳ ዝተባህለ ሓላዊ ኣጣል ኣብቶም ናይ ቤተ መንግሥቲ ኣፍራስ ዝገበሮ ርእዮም ብስርሑ ኩሉ ኃያልን ብርቱዕን ነበረ። ንል ንጉሥ ኑማርያኖስ'ውን ርእያ ስለዝፈተወቶ ተመርዓወቶ። ስመ መንግሥቱ ከኣ ዲዮቅልጥያኖስ ተባህለ። ድሕሪ ሓጺር ግዜ ንእግዚኣብሔር ገዲፉ ንጣያት ኣምለከ፡ ቅዱስ ፋሲለደስ ሰሚዑ ብጣዕሚ ጉህዩ ንመንግሥቲ ዝህቦ ዝነበረ ኣገልግሎቱ ገደፎ።

ዮስጦስን ኣውሳብዮስን ጸላእቶም ስዒሮም ብሐጐስ እንተ ተመልሱ ዲዮቅልጥያኖስ ጣያት ኣቑሙ ጸንሑም። ብጣዕሚ ኃዘን ተሰሚዕዎም ንዲዮቅልጥያኖስ ቀቲሎም ንዮስጦስ ከንግሡ ፈተዉ። ቅዱስ ፋሲለደስ ግን ካብዚ ነገር እዚ ከልከሎም።

ድሕሪኡ ቅዱስ ፋሲለደስ ንቤተሰቡን ኣዝማዱን፡ ሠራዊቱን ኣገልገልቱን ኩሎም ምእንቲ ስም ክርስቶስ ሰማዕትነት ክቕበል ምኳኑ ኣረድኦም። ንሳቶም'ውን “

ንሕና'ውን ካባካ ፈጺምና ኣይንተርፍን ኢና፡ ምሳካ ክንመውት ኢና " በልዎ። ንግዚኡ ኣብ ቅድሚ ዲዮቅልጥያኖስ ቆይሞም ብክርስቶስ ምእማኖም ገለጹ። ካብዚ ዝተላዕለ ንጉሥ ፈርሀ፡ ምክንያቱ ንሳቶም ደቂ ነገሥታት ምኳኖም ስለ ዝፈልጥ።

ሽዑ ብምክሪ ናይ ቅዱስ ፊቅጦር ኣቦ ጎርማኖስ ቅዱስ ኣባዲርን ኃፍቱ ኢራኒን ናብ ሓንቲ ሃገር፡ ኣውሳብዮስን ሓዉ መቃርስን ናብ ካልእ ቦታ፡ ገላውዴዎስ ድማ ናብ ካልእ ሃገር ማለት 5 (፭) ከተማታት ናብ ዝርከብዋ ናብ ምድሪ ኣፍሪቃ ናብ መኰንን መድሩስ ተላእከ።

መድሩስ ምስ ረኣዮ ሥልጣነ መንግሥት ብምንዓቹ ብጣዕሚ ኣደነቐ። ጐይታ መልኣኩ ልኢኩ ንቅዱስ ፋሲለደስ ብመንፈስ ናብ ሰማይ ኣውጺኡ ብብርሃን ዘጌጸ መንፈሳዊ ማኅደር ኣርእዩ ናብ ዝነበሮ መለሶ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ነቶም ኩሎም ባሮቱ ነጻ ኣውጽኦም። ምስኡ ከኣ ሸውዓተ ሽሕን ሠላሳን ሠለስተን (7033) ዝኾኑ ሰባት ሰማዕትነት ተቐበሉ።

ቅዱስ ፋሲለደስ መከራ በርቲዕዎ ብመንኰራኵርን ብዝተሳሕሉ ናይ ሓጺን ዘንግታትን ሥግኡ ተበጣጢሱ ሞተ። ጐይታ ግን ካብ ሞት ኣተንሥኦ። ነዚ ምትንሣእ'ዚ ዝረኣዩ ኣሕዛብ ብጐይታ ኣመኑ። ቅዱስ ፋሲለደስ ንንጉሥን ጣዖታቱን ረገሞም። ብቁጽሪ ዓሠርተው ኣርባዕተ ሽሕን ሸውዓተ ሚእትን (14700) ተባዕትዮ ሠላሳን ሸውዓተን (37) ደቂ ኣንስትዮን ብሰማዕትነት ዓረፉ።

ድሕሪኡ ንቅዱስ ፋሲለደስ ሥግኡ መኪኩስ ከም ማይ ክሳብ ዝከውን ኣብ ሞቕሎ ውሽጢ ኣብሰልዎ። ኣብ ጉድጓድ ከኣ ቀበርዎ። ጐይታ ከኣ ኣተንሥኦ። ከይዱ ነቲ መኰንን "ሕፈር፡ ጐይታይ ኣተንሢኡኒ" በሎ። ሕጂ ከኣ ክልተ ሽሕን ሠለስተ ሚእትን (2300) ሰባት ኣሚኖም ብስምዕትና ዓረፉ።

ሕጂ'ውን ንቅዱስ ፋሲለደስ ኣብ ውሽጣ መጋዝ ብዘለዋ መንኰራኩር ኣሳቐይዎ። ኣብ ዓራት ሓጺን ኣደቂሶም ብትሕቲኡ ሓዊ ኣጐዱሉ። ኣብ መወዳእታ ብሰይፊ ተሰይፉ ዓረፈ።

ቃል-ኪዳን

ኣብዚ ግዜ'ዚ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ "ፋሲለደስ ፍለጥ መዘከርታካ ንዝገብር ኩሉ ንድካታት ብስምካ ምጽዋት ዝህብ፡ ንዝዓረቐ ክዳን ዝኸድን፡ ኣብቲ መዘከርታካ መዓልቲ ንቤተክርስቲያን ሞባእ ዝህብ፡ ብብዙሕ ይኹን ብሒደት፡ ዝክርካ ዝገብሩ ኩሎም ኣነ በደሎም ኩሉ ክገድፈሎም እየ። ቦትኦም ከኣ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ምሳካ ክገብሮም እየ" ኢልዎ ንሰማይ ዓረገ። ቅዱስ ፋሲለደስ

ብፍጹም ሐጐስ ተሰነየ። ግዚኡ ምስ ኣከለ ክሳዱ ብሰይፊ ተቐሪጹ ብሰማዕትነት ዓረፈ።

ናይ ቅዱስ ፋሲለደስ ናይ ሰማዕትነት በረከት ኣብ ልዕሊ ኩልና ይሕደር ኣሜን።

ምንጪ፦ ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፯ ብ ፲፱፻፺፯ ዓ.ም.ግ. ኣ.ኣ.ኢ
- ሰንክሳር ወርኀ መስከረም ዕለት ፲፩

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ሚናስ

ቅዱስ ሚናስ ኣቡኡ ኣውዲክዮስ ይብሃል፡ ናቅዮስ ካብ ዝተባህለ ሃገር እዩ። ሚናስ ማለት ቡሩክ ምእመን ማለት እዩ። ገዛኢ ሃገር ተሸይሙ ከሎ፡ ሓዉ መዋልዱ ንኣውዲክዮስ ቀኒኡ ናብ ንጉሥ ኣትዩ ነገር ፈጠረሉ። እቲ ንጉሥ ከኣ ናብ ሃገረ ኣፍራቅያ ሰዲዱ፡ ኣብኡ ገዛኢ ሃገር ገሩ ሸሞ። ንእግዚኣብሔር ዝፈርህ ንሰብ ዝርኀርኀ ስለዝኾነ ደቂ እቲ ሃገር ኣዝዮም ፈተውዎ። ኣዲኡ ቅድሚኡ ውላድ ኣይነበራን። ሓደ መዓልቲ በዓል ንምብዓል ናብ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ስለ ውላድ ክትልምና ኣብ ቅድሚ ሥእላ ወዲቓ በከየት። ካብታ ሥእሊ "ኣሜን" ዝብል ቃል ሰምዐት። ገዝኣ ኣትያ ንሰብኣያ እንተነገረቶ "ፍቓድ እግዚኣብሔር ይኩን" በላ። ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ውላድ ሃባ። ከምቲ ካብታ ሥእሊ ዝሰምዓቶ ስሙ "ሚናስ" ኢሎም ሰመይዎ። ምስ ዓበየ ናይ ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ ኣምሃርዎ (ተምሃረ)።

ቅዱስ ሚናስ ወዲ 12 (፲፪) ዓመት ምስ ኮነ ኣቡኡ ብጽቡቕ እርጋን ዓረፈ። ድሕሪኡ ኣብ መበል 3 (፫) ዓመቱ ኣዲኡ ዓረፈት። ቅዱስ ሚናስ ንበይኑ ተረፈ። እቶም መኳንንቲ ነቡኡ ኣጸቢቕም ስለ ዝፈትውዎ ንሚናስ ኣምሳያ ኣቡኡ መስፍንና ሸምዎ። ንሱ ውን ናይ ክርስቶስ ኣምልኮት ኣይገደፈን።

ኣብ ዘመኑ ናይ ዲዮቅልጥያኖስ ጣያት ኣይነምልክን ዝበሉ ሰማዕታት ሞቱ። ሽዑ ቅዱስ ሚናስ ሽመቱ ገዲፉ ኣብ ገዳም ኣትዩ ብብሕትውና ይነብር ነበረ። ሰማይ እናተከፍተ ሰማዕታት ኣክሊል ዓወት ክወሃቡ ይርኢ ነበረ። "ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ መከራ ዝቕበል ከምዚ ገሩ ኣክሊል ዓወት ኣለዎ(ይረክብ)" ዝብል ድምጺ ውን ሰምዐ፡ ሽዑ ንሽዑ ናብ ከተማ ተመሊሱ ስለ እምነቱ መስከረ። ወገናቱ ንክገድፎ እኳ እንተሓባበልዎ ክሰምየም ኣይከኣለን።

እቲ ገዛኢ'ውን ብብዙሕ ቃል ኪዳን ሓባቢሉ ስለ ዘይሰምየ ድሕሪ ብዙሕ ስቓይ ክሳዱ ብሰይፊ ቆሪጹ ከምዝመውት ገበረ። ምስኡ ከኣ ብዙሓት ሰማዕታት ዓ ረፉ። ሥጋ ናይ ቅዱስ ሚናስ ናብ ሓዊ እንተደርበይዎ እቲ እሳት ዘይትንክፎ ኮነ። ምእመናን ብጽቡቓት ኣልባሳት ምስ ገነዝዎ፡ ዘመነ ስደት ክሳብ ዝሓልፍ ኣብ ውሽጢ ጽቡቕ ቦታ ኣቐመጥዎ።

ኣብዚ ወርኃት'ዚ ናይ ሃገር መርዩጥ ሰባት ካብ 5 (፭) ሃገራት ሠራዊት ኣኪቦም ብደሓር ክረድኡምን ክሕልዎምን ናይ ቅዱስ ሚናስ ሥጋ ምሳታቶም ወሰድዎ። ኣብ ውሽጢ መርከብ እንከለዉ ገጾም ከም ከይሲ፡ ክሳውዶም ከም ገመል ክሳድ ዝበሉ ኣራዊት ካብ ባሕሪ ወጺኦም ናይ ቅዱስ ሚናስ ሥጋ ክልሕሱ ክሳውዶም ኣቕንዑ ካብ ናይ ቅዱስ ሚናስ ሥጋ እሳት (ሓዊ) ወጺኣ ነቶም ኣራዊት ኣቃጸለቶም። እስክንድርያ በጺሖም ስርሖም ፈጺሞም ናይ ሚናስ ሥጋ ኣብ ገመል ጸዓኑ። ንሱ ምትንሣእ ኣበየ፡ ኣብዚሖም እንተ ከትከትዎ'ውን ዘይንቕሳቀስ ኮነ።

ንሳቶም እግዚኣብሔር ዝፈቐደሉ ቦታ ምኳኑ ተረዲኦም ኣብኡ ቀበርዎ። ናይ ቅዱስ ሚናስ ሥጋ ንብዙሕ ዘመናት ኣብኡ ነበረ።

ካብ ዝገበሮ ተኣምር

ኣብ ጥቓ እዛ ጎቦ እዚኣ ኣባጊዕ ዘፋሪ ሐደ ሰብ ነበረ። ሕማም ዘለዎ ሓደ በጊዕ ከባቢ እታ ጎቦ ዘሎ ናይ ዒላ ማይ ተሐጺቡ ንዕለቱ ሐወየ። እቲ ሓላዊ ተደኒቑ፡ ነተን ካልኦት ሕማም ዘለውወን እናኣምጽኦ ሐጸበን እሞ ካብ ዝነበረን ሕማም ሓወያ። በዚ ምክንያት'ዚ እቲ ቦታ ፍሉጥ ኮይኑ ሕማም ዘለዎም ሰባት ኮላቶም ነቲ ሐመድ ብማይ በጽቢጾም ብምቕባእ ይሓውዩ ነበሩ።

ናይ ሮማ ንጉሥ ነዚ ወረ'ዚ ሰሚዑ ብቑስሊ ትሳቐ ዝነበረት ጓሉ እንተ ሰደዳ፡ ንሳ'ውን ሐወየት። እዚ ተኣምር'ዚ ዝግበረሉ ዘሎ ምክንያት ዋላ ኣይፈልጥን ነበረ። እታ ጓል ንጉሥ ምክንያቱ ክትፈልጥ ትደሊ ነበረት። "ሽዑ ቅዱስ ሚናስ ብሕልሚ ተገሊጹ ናተይ ሥጋ ኣብዚ ቦታ'ዚ ተቐቢሩ ስለ ዘሎ እነሆ ኣኮዓ ፈትኪ ከተውጽእዮ እግዚኣብሔር ኣዚዙኪ ኣሎ" በላ። ንሳ ካብ ድቃስ ተባራቢራ ከምቲ ዝኣዘዛ ገበረት። ክቡር ሥግኡ ኣውጺኣ ጽብቕቲ ቤተክርስቲያን ሰርሓትሉ። እቲ ኣቡኣ ንጉሥ'ውን ኣብቲ ቦታ ከተማ ክሰርሑ ንመኪንንትን ሽዮማትን ኣዘዞም። ዓቢ ከተማ ከኣ ተሰርሐት፡ ስማ'ውን <u>መርዩጥ</u> ተባህለት። እቲ ሊቀ ጳጳሳት'ውን ምስ ኤጲስ ቆጶሳት መጺኡ ሰነ ዕለት 15 (፲፭) ነታ ቤተክርስቲያን ኣክበራ።

ዕረፍቲ ናይ ቅዱስ ሚናስ

ናይ ቅዱስ ሚናስ ዕረፍቲ ዕለት 15 (፲፭) ጎዳር እዩ።

ናይ ሰማዕት ቅዱስ ሚናስ በረከት ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለከ ሐራዊ መስፍን
- ሰማዕተ መድኅን
- ሰመየተከ ሚናስ ዘያረተከ ማኅፀን፡
- ኣመ ጸለየት ጸሎተ እንዘ ይእቲ መካን፡
- እምሥእለ ማርያም ሰሚዓ ዘይቤ ኣሜን።

ምንጪ፦ ሰንክሳር ዕለት ፲፭ ጎዳር

ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፶፩ ብ፲፱፻፶፯ ዓ.ም.ግ. ኦ.ኦ.ኢ.

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ መርቆሬዎስ

መርቆሬዎስ ማለት ናይ ኣብ ፈታዊ ማለት እዩ። ብካልኣይ ትርጉሙ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣገልጋሊ ማለት እዩ። ናይ ኣቡኡ ኖኅን ኣቦ ሓጉኡን ሃገር ኣሰሊጥ ክከውን እንከሎ፡ ተወሊዱ ዝዓበየሉ ሃገረ ግን ሮማ እዩ። ኣቦኡ ኖኅን ኣቦሓጉኡን ሃዳኖ እዮም ነይሮም። ከም ልማዶም ንሃድን እንተወጽኡ ካብ ወገን ገጸ ከለባት 2 (፪) ተባዕትዮ ተራከብዎም ንኣባ ሓጎ መርቆሬዎስ በሊያም ንኣቡኡ ኖኅ'ውን ክበልዕዎ ምስ ሓሰቡ ካብ እግዚኣብሔር ዝተኣዘዘ መልኣክ "ካብኡ ዝወጽእ ምሩጽ ፍረ ስለዘሎ ኣይትተንክፍዎ" በሎም። ድሕሪኡ መልኣክ እግዚኣብሔር ዙሪያኦም ብእሳት ከበቦም። ምስ ተሸገሩ ንኣቦ መርቆሬዎስ መጺኦም ሰገዱሉ። ፍጥረቶም ናብ ለውሃት ተቐይሩ ከም ኣባጊዕ የዋሃት ኮኑ። ሓቢሮም ከኣ ናብ ዓዲ ኣተዉ።

ድሕሪኡ ቅዱስ መርቆሬዎስ (ፒሉፓዴር) ተወልደ። ስሙ ከኣ ፒሉፓዴር በልዎ። እዞም መልክዕ ከልቢ ዘለዎም ምሳታቶም ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሑ ድሕሪኡ ክርስቲያን ኮኑ። ኣቦ ቅዱስ መርቆሬዎስ ናይ ክርስትና ስሙ ኖኅ ይብሃል። ስም ኣዲኡ ከኣ ታቦት ትብሃል። ቀደም ኣረማውያን እዮም ነይሮም።

እቶም ገጸ ከለባት የገልግልዎ፡ ይእዘዝዎ ነበሩ። ንጉሥ ነዚ ዜና'ዚ ምስ ሰምዐ ናብኡ ከምዚመጽኡ ገበረ። ሽዑ እግዚኣብሔር እቲ ናይ ቀደም ፍጥረቶም፡ ኃይሎም፡ መሊሱሎም ነቶም ናይ ንጉሥ ኣራዊት ኣጥፍእዎም። ንጉሥ ነዚ ፈሪሁ፡ ግርምኦምን ሓይሎምን ክምለስ ንኖኅ ለመኖ። ብናቱ ጸሎት ተመሊሱሎም ግሩማት ኮኑ። እቲ ንጉሥ ንኖኅ ገዛኢን ሓለቓ ሠራዊትን ገሩ ሸሞ። ገጸ ከለባት

ይእዘዝዎ ስለዝነበሩ ኩሉ ይፈርሆ ነበረ። ኣብ ዘመኑ ኮናት ስለ ዝተላዕለ ብናይ ንጉሥ ትእዛዝ ኖኅ ዘሚቱ። እቲ ከሓዲ ዝነበረ ንጉሥ ነቶም ገጸ ከለባት ሓባቢሉ ክወስዶም፣ ሃይማኖቶም ከለውጦም ደለየ፣ ግን ከኣ ኣበይዎ። በዚ ምክንያት ኣሳቐዮም፣ ሓደ ካባታቶም ኣምሊጡ ናብ ጐይትኡ ክምለስ ከሎ እቲ ካልኣይ ከኣ ብሰማዕትነት ሞተ።

ኖኅ ካብ ኮናት ክምለስ እንከሎ ሰበይቱን ወዱን ኣይጸንሕዎን። ንጉሥ እቶም ናቱ ወገናት ከምዝተላዕሩ ምስ ሰምዐ ኖኅ ዝሞተ መሲልዎ ንሰበይቱ ማለት ንኣደ ቅዱስ መርቆሬዎስ ቅድስቲ ታቦት ንዕኡ ክወስዳ ደለየ። ካብ ወተሃደራት ሓደ መጺኡ ነዚ ናይ ንጉሥ ሓሳብ እዚ ንታቦት ይነግራ እሞ ንገለ ወተሃደራት ብምልማን ብሕቡእ ምስ ወዳ ካብቲ ሃገር ወጸት።

እቲ ንጉሥ'ዚ ምሥጢር እዚ ንኖኅ ከይነግርዎ ኣዘዘ። ምክንያቱ ካብቶም ገጸ ከለባት ዝተላዕለ ኣጸቢቑ ስለዝፈርሖ። እንደገና ካልኣይ ኮናት ተላዒሉ ኖኅ ናብቲ ኮናት ከደ። ኣብቲ ኮናት ተማሪኩ ናብ ንጉሥ ሮማ ተወስደ። እቲ ንጉሥ ሮማ ክርስቲያን ስለ ዝነበረ፣ ናይ ኖኅ ክርስትና ርእዩ ኣይተቐተሎን ብጣዕሚ ስለዝፈተዎ ኣብ ሃገራት መርዶሳውያን ገዛኢ ጌሩ ሸሞ። በዚ ምክንያት እዚ ሰበይቱ ታቦትን መርቆሬዎስ ወዱን ናብ ዘለዉዎ ሃገር በጽሐ። ሰበይቱ ኣብ ቤተክርስቲያን ምስ ረኣየቶ ኣላለየቶ። ንሱ ግና ከለልያ ኣይከኣለን።

ሓደ መዓልቲ ንወዳ መርቆሬዎስ ጽቡቕት ክዳውንቲ (ኣልቢሳ) ከዲና ኣብቲ ናይ መኰንን ፈረስ ከምዝቐመጥ ኣዘዙቶ። ማለት ኣብ ናይ ኣቡኡ ፈረስ ክስቀል ኣዘዙቶ። እቶም ጭፍራ ወዲ መኰንን ምኳኑ ስለዘይፈለጡ ሒዞም ብክሲ ናብ ቅድሚ መኰንን ኣቕረብዎ። እቲ መኰንን ከኣ ወዱ ምኳኑ ስለዝፈለጠ ተቐጥዐ። ኣዲኡ ቐሪባ " ኦ ጐይታይ ንሕና ስደተ ታት ኢና ንስካ'ውን ካብ ካልእ ሃገር ዝመጻእካ ምኳንካ ምስ ፈለጥኩ ወድካ ኮይኑ ወደይ ምሳካ ክከውን ሐሰብኩ" በለቶ። ንሱ ከመይ ኢላ ከምዝመጸት እንተ መርመራ ሰበይቱ ከምዝኾነት ኣረጋገጸ።

ሽዑ ንዕኡን ንመርቆሬዎስ ወዳን ኣላለዮም። ብጣዕሚ ተሐጉሶም ከኣ ብሓባር ንእግዚኣብሔር ኣመስገኑ። እቲ መቐበሊ ኣጋይሽ ዝነበረ ቤት ቤተክርስቲያን ጌሮም ፈጣሪኦም እናኣመስገኑ ብሓደ ተቐመጡ።

ድሓር ግን ኣቡኡን ኣዲኡን ስለ ዝሞቱ ቅዱስ መርቆሬዎስ ኣብቲ ናይ ኣቡኡ ዝነበረ ሃገር ግዝኣት ተሸመ። እቲ ገጸ ከልብ ከኣ ካብኡ ዘይፍለ ናብ ኮናት ምስኡ ዝከይድ ኮነ። ኮናት ክከውን እንከሎ እቲ ናይ ቀደም ባሕርዩ ኣምላክ ይምልሰሉ ስለዝነበረ ማንም ሰብ ክቃወሞ ኣይክእልን ነበረ። ንቅዱስ መርቆሬዎስ ከኣ ናይ ምሽናፍ ኃይሊ ተዋህቦ። ዝናኡ ከኣ ኣብ ኩሉ ተሰምዐ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ሮማ ዳኬዎስ ዝተባህለ ንጉሥ መምለኪ ጣዖት ነበረ። ናይ በርበር ሰባት ተላዒሎም ክዋጋእ ሠራዊቱ ኣኪቡ መጽአ። ንሱ ግን ከም ሕፃ ባሕሪ ብዙሓት ስለዝነበሩ ብጣዕሚ ፈርሐ።

ቅዱስ መርቆሬዎስ "ኣጆካ እግዚኣብሔር ከጥፍኦም ስለዝኮነ ኣይትፍራህ" በሎ። ከምቲ ዝበሎ ኣብ ውሽጢ እቲ ኮናት መልኣክ እግዚኣብሔር ከጥፍኦም ረኣየ። እቲ መልኣክ ንቅዱስ መርቆሬዎስ ሰይፊ ሃቦ እሞ "ንጸላእትካ ምስ ሰዓርካ ንእግዚኣብሔር ኣምላክካ ዘክሮ" በሎ። ጸላእቱ ስዒሩ ክምለስ እንከሎ እቲ መልኣክ ካልኣይ ተገሊጹ " ስለምንታይ ምጽዋዕ ስም ፈጣሪካ ትርስዕ" በሎ።

ንጉሥ ዳኬዎስ ንጣዖት ዕጣን ብምዕራግ በዓል ክገብር ደለየ። ቅዱስ መርቆሬዎስ ግን ናብ ገዝኡ ከደ። እዚ ነገር'ዚ ከኣ ንዳኬዎስ ነገርዎ። ዳኬዎስ ንቅዱስ መርቆሬዎስ ልኡካት ልኢኩ ኣጸዊው " ንኣማልክቲ፣ ጣዖታት፣ ዕጣን ከተዕርግ ምሳይ ዘይመጻእካ እንታይ ኸንካ ኢካ፡" በሎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ መርቆሬዎስ ዕጥቁን እቲ ወተሃደራዊ ክዳኑን ሰንደወሉ። " ኣነ ንጉይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣይክሕዶን እየ። ነዞም ርኩሳት ጣዖታት ከኣ ኣይሰግድን እየ" በሎ።

ዳኬዎስ ተቐጢዑ ጥሉላት ብዝኮኑ ኣባትር ኣከትከቶ። ብቐርበት ዝተሰርሐ ኩርማጅ ገረፎ። ብናይ ቅዱስ መርቆሬዎስ ምክንያት እቶም ሕዝቢ ከይትንሥእዎ ስለዝፈርሀ ናይ ቀጸዶቅያን ናይ እስያን ክፍሊ ናብ ዝኮነት ቂሳርያ ብሰንሰለት ኣሲሩ ለኣኮ። ኣብኡ ንጉሥ ዳኬዎስ ብዝኣዘዞ መሠረት ክሳዱ ብሰይፊ ተሰይፉ ገድሉ ፈጸመ።

ዕረፍቱ

ናይ ቅዱስ መርቆሬዎስ ዕለተ ዕረፍቱ ዕለት ፷፩ ጎዳር እዩ።

ቅዱስ መርቆሬዎስ ካብ ዝገበሮ ተኣምራት ብከፊል፡-

ዑልያኖስ መንግሥቲ ተቐቢሉ ንጉይታ ክሓዱ ጣዖት ኣምለከ። ኣብ ዘመኑ ናይ ቂሳርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ባስልዮስ ነበረ። ዑልያኖስ በቲ ንምእመናን ዘሳቐየሉ መከራታት መኪሩ ኣስተምሂሩ ቅዱስ ባስልዮስ ካብ ክሕደቱ ንዑልያኖስ ክመልሶ ኢሉ ናብኡ መጽአ።

ዑልያኖስ ንቅዱስ ባስልዮስ ምስ ረኣዮ ንጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተጻረፎ። ንዕኡ ውን ኣሠሮ። ቅዱስ ባስልዮስ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ናይ ቅዱስ መርቆሬዎስ ሰማዕት ሥእሊ ርእዩ ጸሎት ገበረ። እቲ ሥእሊ ካብቲ ቦታ ከይዱ ነቲ ከሓዲ ዑልያኖስ ብኮናት ወጊኡ ምስ ቀተሎ ናብ ቦትኡ ተመልሰ። ካብቲ ኣፍ ኮናት

ከኣ ደም ጥብ ጥብ ይብል ነበረ። ቅዱስ ባስልዮስ እቲ ዝኾነ ፈሊጡ " ኦ ናይ ክርስቶስ ምስክር ቅዱስ መርቆሬዎስ ኑቲ ክፉእ ጸላኢ ዝኾነ ዑልያኖስ ዶ ቀቲልካዮ መጺእካ" እንተበሎ እወ ንክብል እቲ ሥእሊ ርእሱ ቅንዕ በለ። ቅዱስ ባስልዮስ ደስ ኢልዎ ንእግዚኣብሔር ኣመስገኖ።

ጸሎቱን በረከቱን ናይ ቅዱስ መርቆሬዎስ ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለከ መርቆሬዎስ ዘሮም
- መስተፅዕነ ፈረስ ጸሊም
- ኣመ ኣንደዱ ታሕቴከ ውሉደ መርገም
- እምቅሱፍ ኣባልከ እንተ ውህዘ ደም
- ኦርኣያ ዝናም ብዙኅ ኣጥፍኦ ለፍሕም።

ምንጪ፦ 1. ነገረ ቅዱሳን ፮፬

- ሰንክሳር ዕለት ፳፰ ጎዳር

✠ ✠ ✠

ሰማዕት ቅዱስ ኣቡነ ሲኖዳ

ጻድቕ ኣቡነ ሲኖዳ ሃገሩ ኣብ ውሽጢ ግብጺ ብህንሳ ይብሃል። መጽሓፍ ነዚ ጻድቕ እዚ ሰማዕትን ጻድቕን ይብሎ። ካብቶም ቀዳሞት ኣቦታት ውሩይ እዩ። መጋቢት ዕለት ፲፬ (14) ተወልደ። ንኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ወዲ ኣሙኡ ወይ ወዲ ሓትንኡ እዩ። ምሉእ ዕድሚኡ ኣብ ገዳም እዩ ዝነብር ነይሩ። ሚያዝያ ዕለት 27 መንኩሰ። ኣብቲ ዝመንኰሰሉ ዕለት ከኣ ተሸይሙ ኣብ መንበረ ማርቆስ ተቐመጠ። ኣብዚ ዘመን'ዚ ንጉሥ መክስምያኖስ ከሓዲ ነጊሡ ስለ ዝነበረ ነዚ ጻድቕ'ዚ ኣጸዊዑ፣ ወሲዱ ንመን ኢካ እተምልክ ኢሉ ሓተቶ። ቅዱስ ኣቡነ ሲኖዳ ከኣ ከይሓፈረን ከይፈርሀን " ዓለም ንዝፈጠረ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንታይ ናይ እሾክ ኣክሊል ኣብ ርእሱ ዝተሸከመ፣ ጎኑ ብናይ ለንጊኖስ ኮናት ዝተዋግኣ፣ ኣብ መስቀል ዝተሰቕለ፣ ካብ ምውታት ተፈልዩ ዝተንሥኣ፣ እየ ዘምልክ" በሎ። እቲ ከሓዲ ንጉሥ ንዕለቱ ኣብ መሬት ኣውዲቑ ኣዕጽምቱ ክሳብ ዝስንጠቕ ብናይ ሓጺን ሰንሰለት ገሪፉ ናብ ቤት ማእሰርቲ ከእትውዎ ኣዘዘ። ድሕሪኡ ናብ ክፉእ ሽታን ጨናን ዘለዎ ቦታ ወሲዶም ደርበይዎ። ቅዱስ ሚካኤል ብፍጥነት መጺኡ ናይ ክብር ኣክሊል ተዳልዩልካ ኣሎ፣ ተዳሎ ኢልዎ ተሠወረ።

ንካልኣይ ግዜ ውን ተገሊጹ "ኦ ሲኖዳ ካብዚ ዝገደደ ስቓይ ክበጽሓካ እዩ ግን እግዚኣብሔር ኣምላክ ምሳካ ስለ ዝኾነ ኣይትፍራህ" በሎ ከምዚ ኢሉ ተሠወረ።

ድሕሪኡ ካብቲ ዝነበሮ ጨናዊ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺኡ ንሥግኡ ኣክላባት ክበልዕዎ ናብቶም ጸጽቡቑ ምግቢ ዝቐለቡ ጸሞም ኣቑንዩ ናብኡም ኣእተዎ። ማለት ኩሉ ግዜ ሥጋ ዝምገቡ ዝነበሩ። ግን ኣብ ክንዲ ምብላው ኣብ ከባቢኡ ጠጠው ኢሎም ጸበል እግሩ ክልሕሱ - መሩ። ድሕሪ ብዙሕ ስቓይ ጐይታ ባዕሉ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺኡ "እናተዘዋወርካ ኣብ ከተማ ስበክ መሃር ኢሉ ኣውጽኡ። ንሱ ኣብ ከተማ እናኣስተምሃረ እንከሎ ካብ ንጉሥ ዝተኣዘዙ ወተሃደራት መጋቢት ዕለት 14 ክሳዱ ብሴፍ ኣቑረጸ።

ስለዚ ጻድቕን ሰማዕትን ይብሎ። "ኣብ መጽሓፈ ሲኖዳ" እዚ መጽሓፍ እዚ ኣብ ግብጺ ይርከብ። ቅዱስ ኣቡነ ሲኖዳ ኣብታ ዝተወልደላ መጋቢት ዕለት 14 ብሰማዕ ትነት ዓረፈ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ዕብል ለሲኖዳ ሙቁሑ፤
- ውስተ ቤተ ሞቅሕ ጽዩዕ ወክፉዕ ጼናሁ፤
- ወተሰቅለ ዓዲ ለክርስቶስ በእንቲኣሁ፤
- ልዑለ እገሪሁ ወቀ-ልቀ-ሊተ ድማሁ
- እንዘ ነበልባል ይነድድ ታሕቲሁ፤

ምንጭ፡- ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 64፤ ስንክሳር መጋቢት ዕለት 14

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ቶማስ ዘመርኣስ

ቅዱስ ቶማስ ዘመርኣስ ኣብ ማእከል ዘመነ ሰማዕታት ናይ ብዙሓት ምእመናን ደም ከም ናይ ክረምቲ ውሕጅ ኣብ ዝፈሰሉ ዝነበረ፣ ናይ ዲዮቅልጥያኖስን መክስምያኖስን ዘመነ መንግሥቲ መምለክቲ ጣዖት ዝነበረ ቅዱስ ኣቦ እዩ። ናይዚ ኣቦዚ ገድሊ ልሳን ደቂ ሰባት ኣንቢቡ፣ ኢድ እውን ጽሒፉ ዘይፍጽሞ ታሪክ እዩ ዘለዎ።

ካብ ኩሉ ዝፈጸሞ ስቓይ ብከፊል ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ቅዱስ ቶማስ ዘመርኣስ ካብ ሕፃንነቱ - ሚሩ ኣማንን ተከታሊ ክርስቶስን እዩ ነይሩ። ሕሩይ ንዋይ ኮይኑ ስለዝተረክበ ናይ ሃገረ መርኣስ ኤጲስ ቆጶስ ኮይኑ ተሸመ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓደ ሰይጣናዊ ዝኾነ ናይ ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ተለኣኪ ንቅዱስ ቶማስ ክሰብክን ክምህርን፣ ንሕዝቡ ብግቡእ ክኩስኩስን ኣብ ዝረኣዮ ኢዱ ኣሲሩ ብወተሃደራት እናከትከተ ናብቲ ርኩስ ጣዖቱ ብግዲ ስገድ፣ ንክርስቶስ ከኣ ክሓድ፣ በሎ። ቅዱስ ቶማስ "ንሓደ ኣምላክ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ሰማይን ምድርን እንተዘይኮይኑ ንሰብ ዝሰርሖ ጣዖት ፈጺመ ኣይሰግድን እየ" በሎ።

ሽዑኡ ዲዮቅልጥያኖስ ኣዝዩ ሓረቐ፣ ብጽኑዕ ኩነኔ ክትሓዝ ከኣ ኣዘዘ። ኩሉ ግዜ ንግሆ ንግሆ ብበትሪ ክክትክትዎ ኣዘዘ። ከምኡ'ውን ዘይታዊ ነገር እናኣውዓዩ ኣብ ኣካላቱ ንከፍስሱሉ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ፈጺሙ ንክመውት ዘይኮነስ ንክሳቐ ጥራይ ይደልይዎ ነበሩ። ምክንያቱ ኮላቶም ክርስቲያን ሰኪሖም ምእንቲ ብፍርሒ ንክርስቶስ ምምላክ ገዲፎም ንጣዖት ከምልኩ። ውዑይ ማይ ሸክሸክ ኣቢሎም ኣብ ኣፉን ኣፍንጫኡን ዓይኑን እዝኑን ይክዕዉሉ ነበሩ።

እዚ ኩሉ ፈተናዎም ምእማን ከምዝኣበዮም ምስ ረኣዩ ን22 (ኀፀ) ዓ መታት ዝኣክል ንኣካላቱ (ሰብነቱ) በቢንእሽቶይ እናመተሩ ኣሳቐይዎ።

እቶም ዝምህሮም ዝነበረ ምእመናን ከኣ ዝሞተ መሲልዎም ናይ መዘከርታኡ በዓል ክገብሩ - መሩ። እንተኮነ ንሱስ ይሳቐን ይጋደልን ድኣ ነበረ። ሕሉፍ ሓሊፉ ንኩላቶም ከሳቐይዎ ዝመጽኡ ብጣዕሚ ስብከቱን ጸሎቱን ተመሲጠም የእምኖም ነበረ። በዚ ውን ቀኒኡም ምእንቲ ሰባት ክጸልእዎን ብእኡ ከይስበኩን ብምባል ከናፍሩን ኣፍንጫኡን ጎማሚዶም ኣብ ዝገደፍዎ ደቂ መዛሙርቱ ሒዙ በቢእብረ ኣብ ክልተ ኣእዱግ እናተጻዕነ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እናከደ ስብከቱ ቀጸለ።

ሕጂ ውን ጸላኢ ሠናያት ሰይጣን ስለዝቐንአ፣ ለይቲ ምስ ደቀሱ ነተን ክልተ ኣእዱግ ብኣርዮሳውያን ዝኾኑ ሰባት ክሳውደን ኣቐረጸ። ቅዱስ ቶማስ ከም ዝተቐርጸ እኳ ብመንፈስ እንተፈለጠ ነቶም ደቂ መዛሙርቱ ዝኾኑ ሰባት በሉ ነዛ ዓዲ እዚኣ ምሂርናያ ኢና እሞ ናብ ዘይባጻሕናዮ ክንበጽሕ ኣእዱግኩም ጸዓኑ በሎም።

ክጽዕኑ እንተከዱ ክልቲኣን ኣእዱግ ከክሳደን ተቐሪጸን ጸንሓኦም። ሕብሪ መልክዕ ናይዘን ኣእዱግ ከኣ ሓንቲ ፃዕዳ፣ ሓንቲ ጸላም እየን ነይረን። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ሞት ናይ ኣእዱግ ነገርዎ። ግዚኡ ከኣ ጸልማት እዩ ነይሩ። ቅዱስ ቶማስ ዝረኣዮ ራእይ ስለ ዝነበሮ ኣጆኩም ኣምላክ ከተንሥኣን እዩ። ንሕና ከኣ ስራሕና ክንቅጽል ኢና እሞ ነቲ ክሳደን ናብቲ ኣካላተን ኣላግብዎ በሎም። ጸልማት ብምንባሩ ስለ ዘየላለይወን ናይታ ፃዕዳ ናብታ ጸላም፣ ናይታ ጸላም ናብታ ፃዕዳ ኣድጊ ኣጣበቐዎ፣ (ኣላገብዎ)።፣ ሞይተን ዝነበራ ኣእዱግ ተንሢኣን ስራሐም ካብቲ ናይ ቀደም ብዝበለጸ ቀጸሉ።

እቲ ሕዝቢ'ውን በቲ ናይተን ክልተ አእዳግ ተኣምራት ብምርኣይ፡ ዝያዳ ኣመነ። እዚ ቅዱስ ኣቦ እዚ ብንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ን22 (፳፪) ዓመታት ዝኣክል ምስ ተሳቐየ ርቱዓን ሃይማኖት ዝኾነ ንጉሥ ቆስጠንጢኖስ ወልደ ዕሌኒ "ኣብያተ ጣየታት ይተዓጸዉ፡ ኣብያተ ክርስቲያናት ይረሓዉ" ዝበለላ ግዜ በጺሑ። ማለት እቲ ከሓዲ ዲዮቅልጥያኖስ ተሳዒሩ፡ ብሰላም ልደት ናይ ሃይማኖት ርእዩ ሞተ።

ንጉሥ ቆስጠንጢኖስ ግን ብክብሪ ሒዙ ንምእመናን ክዝክርዎን ታሪኹ ክፈልጡን ኣዉ- ።

እዚ ቅዱስ ኣቦዚ ካብቶም ኣብ ጉባኤ ኒቅያ ዝወዓሉ ዓበይቲ ኣቦታት ሓደ እዩ። ድሕሪ ጉባኤ ኒቅያ ግን ብዙሕ ኣይጸንሐን ብዕለት 24 (፳፬) ነሐሰ ብክብሪ ዓሪፉ ተቐብረ።

ምንጪ፡- ሰንክሳር ዕለት ፳፬ ነሐሰ

ናይ ኣቦና ቅዱስ ቶማስ ዘመርኣስ ረድኤቱን በረከቱን ምስኮልና ይኹን። ኣሜን።

- ሰላም ለቶማስ ዘአባላቲሁ ግሙድ፡
- እስከ አስተርአየ ጎቡረ አምሳለ ውዑይ ጕንድ፡
- ለዝ መዋኢ በነፅሮ ገድሉ ፍድፋድ፡
- ወሰላም ለእለ ምስሌሁ ምቁሐነ ዕድ፡
- አእላፈ ክርስቶስ ተስአቱ ዕልፍ በፍቅድ።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ቆጵርያኖስ

እዚ ቅዱስ'ዚ መ- መርታ ጠንቂሊ፡ ከሓዲ (ዘይኣማኒ) ሐለቓ ኮሎም ጠቢባን ኣብታ ሃገር ዝነበረ እዩ። በቲ ናይ ግብሪ ጥንቆላ (ስራይ) ትምህርቱ ኣዝዩ ምኩሕ ስለ ዝነበረ ናብ ኣንጾኪያ ክከይድ ሓሰበ። እቲ ናብ ኣንጾኪያ ከኪዶ ዝደለየ ምክምያት ድማ ካብ ናቱ ንላዕሊ ክፋእ ትምህርቲ ዘለዎ ሰብ እንተሃልዩ ትሕቲኡ ኮይኑ ዝተረፎ ትምህርቲ ክምልእ፡ እንተ ዘየለ ድማ ኣብኡ ክምክሓሎምን ኣብ ልዕሊኦም ከቢሩ ክነብርን ብዝብል ሓሳባት እዩ።

ኣብታ ሃገር ምስ በጽሐ ድማ ወሬኡ (ዝናኡ) ኣብ ኮሉ ተሰምዐ። ሓደ መንእሰይ ወዲ ካብቶም ዓበይቲ ናይታ ሃገር ነበረ፡ እዚ መንእሰይዚ ንሓንቲ ጽቡቕ መልክዕ ዝነበራ ድንግል ጓል ፈተዋ። ንቤተክርስቲያን ክትከይድ ከላ ክርእያ ከሎ ልቡ ብፍቕራ ይቃጸል ነበረ። ገንዘብ ብምሃብ፡ ብምፍርራሕ፡ ናብ ጠንቈልቲ ፈውሲ (መስተፋቕር) ብምምጻእ ብካልእ ነገራትን ክረክባ (ክስድዓ) እኳ

እንተፈተነ ፈጺሙ ግን ክረክባ ኣይከኣለን። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣዕርክቱ መጺኡም ብዛዕባ ቆጽርያኖስ ዝበሃል ብርቱዕ ሰራዩ መጺኡ ከምዘሎን ናብኡ ክከይድ ነገርዎ። እዚ መንእሰይ'ዚ ብዛዕባ ቆጽርያኖስ ካብቶም ኣብታ ሃገር ዘለዉ ጠንቂልቲ እቲ ዝበርትዐን ዝሓየለን ምኳኑ ምስ ሰምዐ ናብኡ ከይዱ ኮሉ ድሌት ልቡ ማለት ንዮስቴና ዝተባህለት ጓል ከም ዘፍቀረ ግን ክረክባ ከም ዘይከኣለ፡ ዝከኣሎ ንክሕግዞ፡ ንሱ ድማ ዓስቡ ኣብዚሑ ክህቦ ምኳኑ ነገሮ። ቆጽርያኖስ ድማ ኣጆካ ኣይትሕዘን (ኣይትሸገር) ኮሉ ናይ ልብካ ድሌት ክፍጽመልካ እየ ኢሉ ቈጸራ ሂቡ ኣፋነዎ።

ብድሕሪ'ዚ ቆጽርያኖስ ናብኡ ንከምጽእዋ ብሓይሊ ሥራይ ኣጋንንቲ ናብ ዮስቲና ሰደደ። እቶም ኣጋንንቲ ግን ንከምጽእዋ'ኳ እንተ ከዱ ብዙሕ ግዜ እኳ እንተ ከዱ ብጸሎታ ትከላከል ስለ ዝነበረት ኣብ ጥቕኣ ከይቀረቡ እናተቓጸሉ ይምለሱ ነበሩ። ብዙሕ ግዜ እንተ ሰደዶም ከምጽእሉ ኣይከኣሉን። ብድሕር'ዚ ቆጽርያኖስ እቲ ዝነበሮ ክብረት ከም ዝፈኩሰን እቲ ብእኡ ዝረክቦ ረብሓ ከም ዝጐድልን ስለ ዝተራእዮ ኣዝዩ ተቈጥዐ። ንኮሎም ኣጋንንቲ ጸዊዑ ድማ "ንዮስቴና እንተዘይኣምጺኢኩምዋ ንዓኩም ሓዲገ ክርስቲያን ክከውን እየ" በሎም።

እቲ ሓለቓ ሰይጣውንቲ ከኣ ሓደ ሓሳብ መጸ። ንቆጽርያኖስ ከይከስር ምእንቲ ሓደ ሰይጣን ከም ዮስቴና ተመሲሉ ናብኡ ክከይድ ኣዘዘ። እቲ ዝተላእከ ሰይጣን ከምቲ ዝተኣዘዞ ጌሩ ናብ ቆጽርያኖስ ከም ዮስቴና ኮይኑ ክከይድ ከለ፡ ባዕሉ እቲ ሓለቓ ሰይጣውንቲ ድማ ንቆጽርያኖስ ዮስቴና ትመጽእ ኣላ ኢሉ ነገሮ። ንሱ ድማ ሓቂ ኮይኑ ስለ ዝተሰምየ ኣዝዩ ተሓጐሰ። ኑቲ ብኣምሳል ዝመጸ መስሓቲ ምስ ረኣዮ፡ እንቈፅ ደሓን መጻእኪ ንግሥቲ ኣዋልድ ዮስቴና ኢሉ ቅርብ ክብል ከሎ ወዮ ሰይጣን ስማ ክጽዋዕ ምስ ሰምዐ ከም ትኪ በኒኑ ጠፍኣ። እዚ ምስ ኮነ ቆጽርያኖስ ከታልልዎ ከም ዝፈተኑ ፈለጠ፡ ብልቡ ድማ ስማ ክጽዋዕ እኳ ከምዚ ኢሎም ከም ትኪ ዝበነኑስ፡ ኣብ ቅድሚኣ ቆይሞም ከስሕትዋ ደኣ ከመይ ኢሉ ክከኣሎም እዩ፡ ብምባል እቲ ንሥራይ ዝጥቀመሉ መጻሕፍቲ ኩሉ ኣቃጸሎ። እቲ ዝነብሮ ዝነበረ ሕይወት ከንቱ ምኳኑ፡ ናይ ዮስቴና ኣምላክ ልዕሊ ኮሉ፡ እምነታ ድማ ዝለዓለ ምኳኑ ተረዲኡ ብልቡ ተጣዕሰ። ብድሕር'ዚ ናብ ሊቀ ጳጳሳት ናይ ኣንጾኪያ ከይዱ ተጠሚቹ ክርስቲያን ኮነ። ገዳም ከይዱ ድማ መንኮሰ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ዲቁና ቀጺሉ'ውን ክህነት ተዋህቦ፡ ብሥነ ምግባርን ብትምህርቲ ሃይማኖትን ምስ ዓበየ፡ ኣብ ቅርጣግና እትበሃል ኣብ ምዕራብ ኣንጻኪያ ትርከብ ሃገር ኤጲስ ቆጶስ ሸምዎ። ንቅድስቲ ዮስቴና ወሲዱ ድማ ኣብ ሓንቲ ናይ ደናግል ደብሪ ኣደ እተን መነኮሳት ሓላፊት (እመምኔት) ሸማ።

ካብዚ ጊዜ እዚ ቆጵርያኖስ ኣብ ብዙሕ ጉባኤታት ይሳተፍ ነበረ። ብፍላይ ኣብ ቅርጣግና ዝግበር ኣኬባ ንሱ ዘይብሉ ኣይካየድን ነበረ። ብድሕሪ ብዙሕ መዋዕል ዳኬዎስ ዝተባህለ ከሓዲ ንጉሥ ብዛዕብኡም ምስ ሰምዐ ልኡኪቱ ሊኢኩ ናብኡ ኣምጽኦ። ነቲ ንጉሥ ናይ ሰላም ዝኾነ ክርስቶስ ክክሕዱ ናብቲ ጣየቶም ክሰግዱን ኣዘዞም። ትእዛዛቱ ምስማዕ ምስ ኣበዩ ግን ብዙሕ ስቓይ (መከራ) ኣሳቐዮም። ድሕሪ ብዙሕ ስቓይ ድማ ንቆጵርያኖስን ንዮስቴናን ሽዑ ንዝኣመኑ ሰባትን ርእሶም ብሰይፊ መተሮም። ዓስቢ ናይ እምነቶም ድማ ኣክሊል ሕይወት መንግሥተ ሰማያት ወረሱ። በረከቶም ኣይፈለየና ኣሜን።

M}…:–]}□.:.Ξ□Δθ⇓∏K]□ΣM

መ- መርታ ቆጵርያኖስ ውዕለት ኣምላክ ረሲዑ፣ ፍቃድ ሰይጣን ዝፍጽም፣ ብትዕቢት ዝተዋጠረ ስብ እዩ ኔሩ። ደሓር ግን ነቲ መልእክቲ ብተዛዋዋሪ መንገዲ ንክምለስ ዝመዓዶ ሰሚዑ ብንስሓ ተመሊሱ። ኣብ ክብርን ምዓርግን መወዳእትኡ ድማ መንግሥተ ሰማያት ንምውራስ ዝበቕዐ ሰብ እዩ። ምንም እኳ ከም ናቱ ብሥራይ ኣይንንበር፣ ብስርቅን ጓይላን ሓሶትን ሓሜትን መናፍቕነት ካልእ ግብሪ ሰይጣንን እናገበርና ንኣምላክ እነሕዝን ዘለና ሰባት። (ሕዝ 18፥23) እንተርኢና ጐይታ ባህ ዝብሎ ኃጥእ ብንስሓ ተመሊሱ ሕይወት ክረክብ እምበር ብኃጢኣቱ ክመውት ስለዘይኾነ፣ ብዝሓለፈ ተጣዒስና ብንስሓ ናብ ኣቦ ምሕረት ንመለስ። ንሱ ንጾርና ኣራጊፉ ዕረፍቲ ክህበና ይጽዋዓና እዩ ዘሎ። (ማቴ 11፥28-30) ቆጵርያኖስ ኃጢኣቱ ምስ ፈለጠ፣ እቲ ዝነብሮ ዝነበረ ሕይወት ከንቱ ምኳኑ ምስ ኣላለየ ኃጥእ እንድየ ከመይ ኢለ ክምለስ ብምባል ልቡ ኣየትረረን። ንሕና ግን ሕጂ ብዙሓት ኃጥእ እንድየ ከመይ ኢለ ናብ ቤተ ክርስቲያን ክከይድ፣ ናብ ኣምላክ ክቐርብ ንብል ብዙሓት ኢና። እቲ ለዋህ ፈጣሪና ኣብ (ማቴ 9፥12-13) “ንሓኪም ሕሙማት እምበር ጥዑያት ኣየድልይዎን እዮም። ምሕረት ድኣ እምበር መስዋዕቲ ዝደሊ ዝብል እንታይ ምኳኑ ኪዱ ተማሃሩ። ከመይ ኣነ ንኃጥኣን ናብ ንስሓ እምበር ንጻድቃን ናብ ንስሓ ክጽውዕ ኣይመጻእኩን”። ስለዚ ከምቲ ዝሓመመ ሰብ ናብ ሓኪም ናብ ሕክምና ከይዱ ሓኪም ረኪቡ ካብ ሕማሙ ሓውዩ (ተፈዊሱ) ናብ ንቡር ዕዮኡ ዝምለስ፣ ንሕና'ውን ኃጢኣትና ኣሚንና ከም ቅዱስ ቆጵርያኖስ ኣብ ምድሪ በረከት፣ ረድኤት ካብ ኣምላክ፣ ኣብ ሰማይ ድማ ዘልዓለማዊ ሕይወት ንረክብ።

በረከት ኣምላኩ ንቅዱስ ቆጵርያኖስ ንኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና ኣሜን።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ወዲ ጸራቢ ጣየት (ወልደ ፀራቢ)

ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ሃገሩ ነነዌ ኮይኑ ኣቡኡ ኣምላኪ ጣየትን ጣየት ጸሪቡ ዝሸይጥን ነበረ። ስሙ “በርጣሌ” ይብሃል። ከምዚ እናበለ ማለት ጣየት ጸጸሪቡ እናሸጠ ንዓሠርተ (10) ፲ዓመት ዝኣክል ጸንሐ።

ኣዲኡ ግን ብናይ ሓዋርያ ታዴዎስ ስብከት ኣሚና፣ ንሰብኣያ ከይነገረት ንኃሙሽተ 5 (፭) ዓመት ዝከውን ክትነብር እንከላ ውላድ ኣይረከበትን። ውላድ ንክህባ ከኣ ለይትን መዓልትን ንእግዚኣብሔር ትልምን ነበረት። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ከኣ ሓደ ቅዱስ ውላድ ናይ እግዚኣብሔር ሰማዕት ወይ ምስክር ዝከውን ከም እትወልድ ብራዕይ ተገልጸላ።

በቲ ዝረኣየቶ ራዕይ መልክዕ ከኣ ቅዱስ ዝኾነ ወዲ ወለደት። ስሙ “ ሕቡእ ዮሓንስ” ኢላ ኣውጽኣትሉ። ኣቡኡ በርጣሌ ከኣ ብወገኑ “ ወዲ ኣማልክቲ” ብዝብል ትርጉም ዘለዎ ስም ኣውጽኣሉ። ክሳብ ወዲ ሸሞንተ ዓመት ዝከውን ብጽቡቐ ኣተዓባብያ ኣዕበየቶ።

ድሕሪኡ ኣቡኡ በርጣሌ ነቲ ዝጸረቦ ጣየት ክሸጠሉ ናብ ዕዳጋ ይልእኮ ነበረ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ከምቲ ልማዱ ጣየት ክሸይጥ ኣብ መንገዲ ክከይድ እንከሎ መልኣክ እግዚኣብሔር ተገሊጹ ናበይ ይከይድ ከምዘሎ ድሕሪ ምሕታቱ፣ ኣምላክ ሓደ እግዚኣብሔር ንበይኑ ጥራይ ከምዝኾነ ጣየት ግን ናይ ሰይጣን መሕደሪ ምኳኑ ነገሮ። ንግዚኡ ከኣ ነቲ ሒዝዎ ዝነበረ ጣየት ወርዊሩ ሰንደዎ (ደርበዮ)።

ናብ ገዛ ምስ ኣተወ ኣቡኡ ሽያጥ ናይቲ ጣኦት ገንዘብ ሃበኒ እንተበሎ “ ንኩሉ ዝፈጠረ ሓደ እግዚኣብሔር እንተዘይኮይኑ ካልኣ ኣምላክ የለን” በሎ። ኣቡኡ “ እዞም ርጉማት ክርስቲያን ብሥራዮም (ብጥንቁልናኦም) ከየታልሉካ ተጠንቀቐ” በሎ። ቅዱስ ዮሓንስ ግን “ ናትካ ጣየት ናይ ኣጋንንቲ መሕደሪ እዩ። ስለዚ ኣነ ናብ ጣየት ኣይሰግድን እየ” ኢሉ ብምምላስ ኣቡኡ ባዕሉ ንወዱ ኣሰሮ።

ኣዲኡ ናይ ወዳ ጽንዓት፣ እምነት ሰሚዓ ብጣዕሚ ተሐጎሰት። ናብቲ ተኣሲሩሉ ዘሎ ቦታ ከይዳ “ እዚ ወደይ” በዛ ዘለካያ ጽናዕ፣ በርትዕ፣ ኣይትፍራህ እቲ እንኣምኖን እነምልኮን ኢየሱስ ክርስቶስ እውን እኮ ኣብ ኣደባባይ ተገሪፉ፣ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ሞት ጥዒሙ እዩ።

ስለዚ እቶም ብመከራ ንዕኡ ዝመስሉ ብዑዓን እዮም ብምባል ብጠቕላላ ናይ ቀራንዮ ውዕለት እናዘርዘረት ብዝበለጸ ኣጸናንዓቶ። ዮሓንስ “ ኦ ኣደ” ኣቦና ኣብርሃም ይስሐቅ ወዱ፡ መስፍን ዮፍታሄ ጓሉ ንመስዋዕቲ ከምዘቕረቡ ኣነ ከኣ ከም ዮፍታሄ ስደተ እየ ” በላ።

ኣብዚ እዋንዚ ክሳዱ ሒዛ ድሕሪ ምስዓም ካብኡ ተፈልያ ከደት። ንጽባሒቱ ኣቡኡ መጺኡ ካብቲ ዝተኣስረሉ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺኡ ኣብ ኣደባባይ፡ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ሕዝቢ ደው ኣቢሉ ንክርስትና ከም ሓደ ዓቢ በደል ወይ ጌጋ ቈጺሩ ከሰሶ። እቶም ካልኦት እውን ደጋጊሞም እንተሓተትዎ “ ነዞም ስፍራ ኣጋንንቲ ዝኾኑ ጣየታትኩም ኣይሰግድን እየ ብምባል ገሊጹ ” መለሰሎም። ሽዕኡ ኣቡኡ ብሕርቃን ቦቲ ሒዝዎ ዝነበረ መጻረቢ ምሳር ክሳዱ ዘበጦ። ካብ ክሳዱ ደም ውሒዙ ንኩሉ ኣካላቱ ሓጸቦ። ኣዲኡ ውን ቅርብ ኢላ ቦቲ ናይ ወዳ ደም ተሐጽበት። ፈጣሪኣ ከኣ ኣመስገነት።

ዮሓንስ ወዲ ጸራቢ ወዲ ዓሠርተው ኃሙሽተ ዓመት ከሎ ብሰማዕትነት ዓረፈ። ኣዲኡ ካህናትን ምእመናንን ኣኪባ ኣብታ ብሰማዕትነት ዝዓረፈላ ቦታ ቐበረቶ። ኣቡኡ ወዱ ድሕሪ ምቕታሉ ሰላም ስለ ዝሰኣነ እቲ ዝፈጸሞ ክሕደት ክስምየ - መረ። ካብዚ ዝተላዕለ ዘውድቕ ሕማም ሓዞ። ቀጺሉ'ውን ናይ መወዳእታ ስለ ዝዓበደ ኢደ እግሩ ተኣሲሩ ዝነብር ኮነ።

ኣደ ሰማዕት ዮሓንስ ግን ነቲ ዝዓበደ በዓል ቤታ ሒዛ ኣብቲ ደም ወዱ ዝፈሰሰን ዝተቐብሮን ቦታ ወሰደቶ። ኣብኡ ደው ኢላ “ ወደይ መዓረይ ነቦካ ከም ማንም ጌርካ ኣይትሕሰቦ። ዋላ እኳ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝረሓቐ እንተኮነ ሸለል ኣይትበሎ።

“ነቲ ብስሙ ሰማዕትነት ዝተቐበልካሉ ኣምላክ ኢየሱስ ክርስቶስ ናብኡ ንክስሕቦ ለምነሉ” ኢላ ጸለየት።

ንሳ “ ኦ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጡርካ ክድሕን ደኣ እምበር ከይጠፍእ ኣብ ልዕሊ መስቀል ተሰቒልካ ኢካ። ስለዚ በዚ ዝፈሰሰ ደም ወደይ እምሕጻነካ ኣሎኩ። በዓል ቤተይ ናባካ ከይተመልሰ ከይሞተኒ” በለት። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ኣብኡ ሓዲሩ ዝነበረ ሰይጣን “ ኣነ ኣብ ልዕሊ ጣየት ሓዲረ ኩሎም ሰባት ከም ዝሰግዱለይ እገብር ነበርኩ። ኣብ ሰብኣይኪ'ውን ሓዲረ ንዮሓንስ ወድኪ ኣቕተልክዎ። ሕጂ ግና ብዮሓንስ ወድኪን ብናትኪ ጸሎትን ካብኡ ወጻእኩ። መዕ ለቢ ከኣ ሰኣንኩ ብምባል ጨዲሩ ለቐቐ።

ሽዑ ካብዚ ግዜ'ዚ ኣትሒዙ ጽሩይ ኣማኒ ኮነ ጽንዓት ክብርቲ በዓልቲ ቤቱ ከኣ ኣዘዩ ኣደነቐ። ንድሕነቱ ምክንያት ስለ ዝኮነቶ'ውን ኣመስገና። ንእግዚኣብሔር ከኣ ብዝገበረሉ ምሕረት ኣመስገኖ።

ናይ ነነዌን ኣሶርን ንጉሥ ሰናክሬም ምስ ሞተ ብናቱ መተካእታ ኔሮን ዝተባህለ ከሓዲ ተተክአ። ዋና ከተምኡ ከኣ ንጽቢን ኣብ ዝተባህለት ሃገር መሥረተ። ንጽቢን ንምብራቕን ምዕራብን ሃገራት ማእከል እያ።

ንጉሥ ኔሮን ሠለስተ ናይ ቀረባ ፈተውቲ ነበርዎ። ንሳቶም ከኣ ኩሉ ምሥጢሩ ዘካፍሎም ዘጸናንዕዎ፣ ዘማክርዎ፣ ምስኡ ሓቢሮም ዝምገቡ፣ ናብ ዝከዶ ዝከዱ እዮም። ሃይማኖቶም ግን ዝተፈላለየ እዩ ነይሩ። እቲ ሓደ ክርስቲያን፣ እቲ ካልኣይ ኣይሁዳዊ፣ እቲ ሣልሳይ ድማ ኣረማዊ ነበሩ። እቲ ንጉሥ ኩሉግዜ ንግሆ ንግሆ ኣብ ፈረስ ተወጢሑ ክሳብ ሰዓት ሠለስተ ከተማ ተዛዊሩ ምስ እዞም ሠለስተ መግቡ ይምገብ ነበረ። ክሳብ ክልተ ዓመት ብከምዚ መልክዕ ጸንሐ።

ድሕሪኡ እቲ ኣይሁዳዊ ኣብ ልዕሊ እቲ ክርስቲያናዊ ብቕንዓት ተላዒሉ “ ኣብቲ እንበልያን እንሰትዮን እናኣማዕተበ እዚ ክርስቲያናዊ ሥራይ (ፈውሲ) እናገበረልና እዩ” ኢሉ ከሰሶ። እቲ ንጉሥ ከኣ ንከየማዕትብ ከልከሎ። እቲ ክርስቲያናዊ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ምምዕታብ ኣቋረጸ። ሽዑ ድሕሪ ሓደ ዓመት “ማራራ” እትብሃል ሃገር ዝገዝእ ዝነበረ ንጉሥ፣ ንናይ ንጉሥ ኔሮን ግዝኣት ንጽቢን'ውን ምስኣ ሓዊሱ ክገዝኣ ስለዝደለየ ነቲ ናይ መግቢ ኃላፊ ንንጉሥ ኔሮን ብመርዚ ንክቕትለሉ ዓሠርተ ሽሕ ዲናር ለኣከሉ። እቲ ናይ መግቢ ኃላፊ ከኣ ገንዘብ ስለ ዝተቐበለ ንንጉሥን ነቶም ምስኡ ዝምገቡን መርዚ ዝኣተዎ መግቢ ከቕርበሎም እንከሎ መልኣክ ነቲ ክርስቲያን ተገሊጹ “ ሎሚ መዓልቲ ከይፈራሕካ ኣብ ልዕሊ እቲ መግቢ ብትእምርተ መስቀል ከም ቀደምካ ንከተማዕ ትብ ካብ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ተኣዚዝካ ኢካ” በሎ።

እቲ ክርስቲያናዊ የማናይ ኢዱ ዘርጊሑ ኣብ ልዕሊ'ቲ መግቢ ኣማዕተበ ብልቡ ከኣ *“ በሰመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምላክ ”* ይብል ነበረ። ከማዕ ትብ እንከሎ ግን ዝረኣዮ ሰብ ኣይነበረን። እቲ መግቢ ከኣ ሕብሩ ቀይሩ ከም እምኒ ረግአ።

እቲ ንጉሥ ንክበልዕ ኢዱ ናብቲ መግቢ እንተዘርግሐ እቲ ክርስቲያናዊ ንክይበልዕ ከልከሎ። እቲ ክርስቲያናዊ ንጉሥ እናረኣዮ ነቲ መግቢ ንከልቢ ሃቦ። እቲ ከልቢ ንዕለቱ ከረው ኢሉ ሞተ። እቲ ንጉሥ ደንጊጹ እንታይ እዩ ኮይኑ ኢሉ እንተሓተቶ። “ ሎሚ መዓልቲ ንዓካን ንዓናን ንምቕታል ኣብዚ መግቢ መርዚ ተሓዊሱ እዩ ቀሪቡልና ነይሩ” በሎ። እቲ ንጉሥ ደጊሙ “ ከመይ ጌርካ

ፈሊጥካ " በሎ። እቲ ክርስቲያናዊ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ንስካን ንሕናን ምእንቲ ከይንመውት ኢሉ ገሊጹለይ" በሎ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ንጉሥ ነቲ ኣቐዲሙ ንከየማዕትብ ኣከልኪልዎ ዝነበረ ኣይሁዳዊ " እቲ ክሲ ሓሶት እዩ። ብትእምርተ መስቀል ምምዕታቡ ንዓና ድሕነት ድኣ እምበር ንጥፍኣትና ኣይኮነን" ኢሉ ካብ ሥልጣኑ ሰዓሮ። ነዚ ዝተገብረሉ ተኣምራት ርእዩ ብክርስቶስ ኣሚኑ ክርስቲያን ኮነ። ስለ'ቲ ዝተገብረ መርዚ ነቲ ኃላፊ መግቢ ኣጸዊው ሓተቶ። ንሱ ከኣ ቃል እተወለይ እሞ ክነግረካ በሎ። እቲ ንጉሥ ከኣ ቃል ኣተወሉ። " ዓሠርተ ሽሕ ጉቦ በሊው ነዚ ነገር'ዚ ዝገበሮ ንሱ እዩ ኢሉ ነገሮ።

እቲ ንጉሥ ነቲ ክርስቲያናዊ ናይ ድኅነት ምክንያት ስለዝኾኖ፡ ካብኡ ትምህርተ ክርስትና ተማሂሩ፡ ካህናት ጸዊው ኣጠመቐ። ስሙ ከኣ ኣብርሃም በሎ እቲ ፈውሲ ዝገበረሉ ንጉሥ "ማራራ" ተንኮሉ ስለ ዝተገልጸ፡ ብጣዕሚ ፈርሀ። ከይቐትሎ ፈሪሁ ክቡር ዝዋጋታቶም ውህበታት፡ ሓደ ሚእቲ ኣፍራስን ሳላሳ ኣባቐልን ለኣከሉ። ንጉሥ ኣብርሃም (ኔሮን) ግን ቂም ናይ ክርስቲያን ተግባር ስለዘይኮነ ገሊጹ ይቐረ በለሉ። እዚ ንጉሥ'ዚ ንመዘከርታ ናይ ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ወዲ ጸራቢ ቤተክርስቲያን ሰርሐ።

ኣብ መቓብሩ ዝተራእየ ተኣምር

ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ ዝተቐብረሉ ከባቢ ሓደ ነጋዳይ ኣይሁዳዊ ምስ ወዱ ጋሻ ኮይኑ ምስ ሓደረ ለይቲ ተመን ነኪሰዎ ሞተ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣቡኡ "ወደይ ወደይ" ኢሉ በከየ። ብክያቱ ሰሚያም ብዙሓት ሰባት ዝተኣከቡ እቶም ሰባት ናብቲ ናይ ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ቤተክርስቲያንን መቓብርን ከይዱ ንክምሕጸን መከርዎ። ከምታ ዝመከርዎ ናብቲ መቓብር ከይዱ እንተ ተማጎፀነ መልኣክ እግዚኣብሔር ተገሊጹ ናይ ወዱ ኣስከሬን ንክምጽእ ነገሮ። መልክዑ ግን ኣይተራእዮን እቲ ሰብኣይ ነቲ ሬሳ ወዱ ኣምጺኡ ናብ እግዚኣብሔር ተማሕጸነ።

ሽዑ መልኣክ እግዚኣብሔር ናይ ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ጸሎት ረዲኡካ ወድካ ኣተንሢኡልካ በሎ። እቲ ሕፃን ከኣ ደሓነ (ሓወየ)።

ንጽባሒቱ " ናይ ክርስቲያን ኣምላክ ወደይ ኣድሓነለይ " ብምባል እቲ ኣይሁዳዊ ጨደረ። ምስ ወዱ ክርስትና ተቐቢሉ ተጠመቐ። ንብዘለዉ ቤተሰቡ፡ ሰበይቱ፡ ደቁ፡ ኣዝማዱ፡ ኣምጺኡ ከምዝጥመቑ ገበረ።

ጸሎቱን በረከቱን ናይ ቅዱስ ዮሓንስ ንኮሳትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና!!!

- ሰላም ለዮሓንስ በብሔረ ነነዌ ዘሠረቀ፡
- ከመ ማኅቶት ዘይሰድድ ጽልመተ ኃጢኣት ጽፉቀ፡

- በምሳር አቡሁ አመ ክሳዱ ነፈቀ፡
- ቀዊሞ ተርእየ በእገሪሁ እስከ በደሙ ተጠምቀ፡
- ወበድነ ሥጋሁ ውስተ ምድር ኢወድቀ።

ምንጪ፦ ነገረ ቅዱሳን ካብ ገጽ 107-110
ሰንክሳር ዕለት ፭፪ ሚያዝያ

ሰማዕታት ቅዱሳን አርብዓ ሐራ (አርብዓ ወተሃደራት)

እዞም አርብዓ ወተሃደራት “ኣብ ሃገረ ሰብጥያ ብዘመን አልፍያኖስ ንጉሥ ዝነበሩ ወተሃደራት እዮም። እዚ ናይ'ዚኦም ጐይታ ዝኾነ ንጉሥ አልፍያኖስ ኣብ ትሕቲ ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ዓቢ ወዲ ንግሥቲ ዕሌኒ ካብቶም ሓለፍቲ ሓደ ኮይኑ ኣብ ዝነበሮ ቦታ ኣምላኪ ጣዖት ስለ ዝነበረ ነቶም ክርስቲያን ይኣስሮምን የሳቕዮምን ይቕትሎምን ነበረ። ካብቶም ወተሃደራት ውሽጢ ከኣ 40 (፵) ዝቀጽሮም ወተሃደራት በታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ጸኒያም ኣንጻር ጣዖት ክምክቱ ተሰማምዑ።

ሽዑ ናብቲ ንጉሥ ኣትዮም “ ንሕና ንሓደ ሰማይን ምድርን ኣብኡ ዘለዉን ንዝፈጠረ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እንተ ዘይኮይኑ ነዚ ርኩስ ብኢድ ሰብ ዝተሰርሐ ጣዖት ዓይኒ ከለዎ ዘይርኢ፣ እዝኒ ከለዎ ዘይሰምዕ፣ ኣፍንጫ ከለዎ ዘየሽትት፣ ኣፍ ከለዎ ዘይዛረብ እምቢ ኣይንሰግደሉን ኢና” ኣብ ዝበሉላ ለይቲ ካብ ሰማይ ናይ ነፍስ ወከፎም ኣክሊላት (ዘውዲታት) ተራእዮም። እዚ ራዕ ይ'ዚ ከኣ ኣጸቢቑ ጽንዓትን ትብዓትን ኮኖም።

ሽዑ እቲ ከሓዲ ንጉሥ ብዳርባ እምኒ ክጭፍጭፍዎም ኣዘዘም። ከምቲ ዝኣዘዞ ከኣ ወተሃደራቱ ተንሚኦም ብእምኒ ክጭፍልቕዎም ኣእማን ኣብ ዝደርበዩሎም እንደገና እቲ እምኒ ተመሊሱ ንዓኣቶም ይፈግኦምን ይወቕየምን ነበረ። ኣብቲ ከባቢ ከኣ ሓንቲ በረዳዊትን ቈራራትን ዝኾነት ቀላይ ብዛሕላ ብዙሕ ሰብ ዝሰክሐላ ብብዝሒ ዛሕላ ሰብ እትቕትል ነበረት እሞ ነዞም ፵ (40) ወተሃደራት ኣካላቶም ካብ ብዝሒ ኣሳሒታን ቍርን ተበታቲኩ ክሞቱ ምእንቲ ናብኣ ከእትውዎም ንስሉባቱ ኣዘዘ። ስሉባት ከኣ ትእዛዝ ንጉሥ ስለ ዝኾነ ናይ ግድን ክፍጽሙ ተገደዱ። ኣኣተውዎም ከኣ።

ስለዚ እቲ ዛሕሊ ኣዝዩ ብርቱዕን ቀዛፍን ብምንባሩ ካብቶም ፵ (40) ወተሃደራት ሓደ መበል ፵ ኣነስ ካብዚ ቀዝሒ እዚ ጣዖተይ ኣምሊከ ብሰላም ምንባር ይሕሸኒ ብምባል ሓዲግዎም ካብታ ቀላይ ወጽአ፣ ብሕማቕ ሞት ከኣ ሞተ። ማለት ሞቱ ዘይተርፎ ብክሕደት ናብ ሲኦል ዘምርሕ ሞት ሞተ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ካብቶም ዝሕልውዎም ዝነበሩ ወተሃደራት ሓደ ነቶም 39 (፴፱) ወተሃደራት 39 (፴፱) ኣክሊላት ተዳልየናሎም ረኣየ። ሓንቲ ኣክሊል ግን

ጠልጠል ኢላ ዝወሰዳ ስኢና ረኣየ'ሞ እዚኣስ ኣነ ክቕበላ እየ ብምባል ኣነ እውን ብኣምላክ እዞም 39 (ሳዕይ) ሰባት እየ ዝኣምን እምበር ብጣዖት ኣይኣምንን እየ በለ እሞ ናብቲ ናይ ሞት ፍርዲ ክዳኑ ብምውጻእ ኣተወ።

ነታ ዝረኣያ ናይ ሰማዕትና ኣክሊል ከኣ ተቐበላ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ናይ ኩሎም ወለዲ ኣዴታቶም ከምቲ ፈሪሁ ዝወጻ ፈሪሆም ምእንቲ ከይወጹ ገድሎም ብትብዓ ትን እምነትን ክፍጽሙ ኣክሊል ዓወቶም ክጭብጡ ኣጆኩም ኣይትፍርሁ እናበላ የተባብዓኦምን የጸናንዓኦምን ነበራ። ንነዊሕ ግዜ ኣብታ ቀላይ ጸኒሑም፣ ምሚት ምስ ኣበዩ እቲ ጨካን ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘይብሉ ንጉሥ ሰባቢሮም ክቐትልዎም ኣዘዘ፣ ሞቶም ብጅግንነት ፈጺሞም ምስ ሰማዕታት ተሐወሱ። እንደገና ሞይቶም ከለዉ ነቲ ሬሳኦም ብሓዊ ኣቃጺሎም ናብ ቀላይ ከጥሕልዎም ኣዘዘ። ሽዑ ብራእይ ነቲ ናይ "ሰብስጥያ" ኤጲስ ቆጶስ ንሬሳኦም ኣምጺእካ ቅበሮ ዝብል ድምጺ መጽኦ። እቲ ኤጲስ ቆጶስ ሊቃውንትን ካህናትን፣ ጳጳሳትን፣ ዲያቆናትን ኣዴታትን፣ ኣቦታት ምእመናንን ሒዙ እንተኸደ ዋላ ሓደ ከይጐደለ በርብዓኦም ሬሳኦም ልክዕ ከም ፀሓይ ኮይኑ ከብርህ ጸንሖም። ሓደ ግን ብክሕደቱን ፍርሃቱን ጠፍኦ። ኣብ ጽቡቕ ቦታ ዝዕጠንን ዝቐደስን ኣምጺኡ ከኣ ብክብርን ማኅሌትን መዝሙርን ምስጋናን ቐበሮም። ብስሞም ከኣ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት ተሃንፃሎም (ተሰርሓሎም) ንኣብነት፡- ኣብ ኢትዮጵያ። ስለዚ ካብዚ ንዓና ትምህርትን ማዕዳን ኣብነትን ዝከውን ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ፣ ማለት እቶም 39 (ሳዕይ) ኣክሊል ዓወት ክጭብጡ ከለዉ እቲ ሓደ ግን ንሓጻር ግዜ ሰኣን ምጽዋር ወዲ ገሃነመ እሳት ኮነ፣ ንዓለም ጣዖት ከኣ ኣምለከ። በዚ ምክንያት ንዝኮነ ፈተና ፈሪሀና ካብ እምነትናን ኣምላክናን ሃይማኖትናን ምንቕ ክንብል ከምዘይብልና ንርዳእ።

ምጅማር ዘይኮነስ ምፍጻም ኣሎና፣ ጸሎቶምን በረከቶምን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለኣባልክሙ በአስሐትያ ዘነቅዐ፣
- ወለደምክሙ ዓዲ በከርሠ ቀላይ ዘረግአ፣
- ሓራ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰማዕታት አርብዓ፣
- እመ ኮነ ብእሲ እምኑልቀኑክሙ ውዑዓ፣
- ሥምረተ አምላክ ፀውዓ አሐደ እምአፍአ።

ካብ ሰንክሳር ፅለት ፲፫ መጋቢት

◆ ◆ ◆

ሰማዕት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘኣርማንያ ወዘእንዚናዙ ሰማዕት ዘእንበለ ክዕወተ ደም

(ነባቤ መለኮት'ውን ይብሎ)

ጎርጎርዮስ ማለት ንቁሕ ማለት እዩ። ስም ኣዲኡ ማርያም ትብሃል። ሃገሩ ቂሳርያ እዩ። ብ325 (፫፻፳፭ ዓ.ም.) ክርስትና ተቐበለ። እዚ ቅዱስ ኣቦ'ዚ "ንጣያት ኣይስውዕን" ብምባሉ ናይ ኣርማንያ ንጉሥ ድርጣድስ ብዙሕ ኣሳቐዮ። ናብ ዓ ሚቕኡ ዝኾነ ጉድጓድ ኮዒቱ ውን ሰንደዎ። (ደርበዮ) ኣምላክ ምስኡ ስለዝነበረ ሓንቲ ዓባይ ኣደ ዕለታዊ መግቡ ከምእተምጽኣሉ ገበረ።

ብሕይወት ምህላዉ ከይተፈልጠ ኣብታ ውሽጢ ዝኾነት ጉድጓድ 15 (፲፭) ዓመት ጸንሐ። ንጉሥ ድርጣድስ ንቅድስቲ ኣርሴማ ሰበይቱ ክትኮኖ ደልዩ ብናታ ምክንያት ነተን ደናግል ቐቲሉ ኣብ ሓደ እምባ ደርበየን። ንጉሥ ስለ እተን ዝቐተለን ደናግል ብመልክዐንን ሥነ-ጽባቐኣንን እናሓሰበ ብፍላይ ስለ ቅድስት ኣርሴማ ብጣዕሚ ሓዘነን ተጣዕሰን።

ቤተሰቡ ካብ ዝኾኑ "ኣራዊት ክትሃድን ኣብ ፈረስ ተወጣሕ እሞ ናብ ዱር ዝኾነ በረካ ንኪድ እቲ ናይ ልብካ ሓዘን ከኣ ክጠፍኣልካ እዩ" በልዎ። ናብ ዱር ሃድን ወፈረ። ንዕለቱ ሰይጣን ሓዲርዎ ዝናከስ ኮነ። ነቶም ወገናቱ እውን ነከሶም። እግዚኣብሔር መልክዑ ቀይሩ ከም ሓሰማ ገበሮ። ዝረከቦ ዘበለ ኩሉ ክነክስ - መረ። ኣብ ቤተ መንግሥቲ ንዝርከቡ ሰባት ብብዝሒ ሰይጣን ሓደሮም። ዓቢ ፍርሓት ከኣ ኮነ። እዚ ኩሉ ዝኾነ ከኣ ስለ እተን ቅዱሳት ደናግል በዓል እኒ ቅድስት ኣርሴማ እዩ።

እታ ሓብቲ ንጉሥ "ንቅዱስ ጎርጎርዮስ ካብቲ ዘለዎ ጉድጓድ እንተዘይኣውጺእኩምዎ ድሕነት ዝብሃል የብልኩምን" ዝብላ ሰብ ብራዕይ ርእያ ንከባቢኣ ነገረት። ንሱ ኣቐዲሙ ኣብቲ ጉድጓድ ዝሞተ መሲልዎም ደንገጹ (ሰንበዱ)። ሽዑ ናብቲ ጉድጓድ ከይዶም ገመድ እንተ ወርወሩሉ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ነቲ ገመድ ብኢዱ ሒዙ ወጸ። ሓጺቦም ጽሩይ ክዳን ከዲኖም ብበቐሊ ናብ ቤተ መንግሥቲ ኣብጽሕዎ። ሽዑ ብሰማዕትነት ዝሞቱ ደናግል ሐተተ። ንሳቶም ኣብ ናይ ደናግል ሥጋ ዘለዎ ቦታ ኣብጽሕዎም። ናይ ዱር ኣራዊትን ኣዕዋፍን ከይበልዎም ብደሓን ረከቦም። ብናቱ ትእዛዝ ጽቡቕ ቦታ ኣዳልዮም ኣብ ውሽጢ ኣንበርዎም። ነቲ ንጉሥ ውን ክፍውሰሎም ስለዝለመንዎ ናብቲ ዘለዎ ዱር ከይዱ

" ካብ ክፉእ ሓሳባትካ ተመሊስካ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትኣምን ዲካ:"

እንተበሎ፡ ኣብ ክንዲ እወ ማለቱ ርእሱ ነቕነቕ ኣበለ። (ማለት ኣፉ ስለዝተዓጽወ)

ጸሎት ጌሩ ካብቲ ንጉሥ ሓሰማ ዝመስል ሰይጣን ኣውጽኦ። ኣእምሩኡን መልክዑን ከኣ ተመልሰሉ። ንምልክት ክከውን ናይ ሓሰማ ጽፍሪ ኣብ እግሩ ተረፈ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ ንካልኦት ኣብ ቤተ-መንግሥቲ ዝነበሩ ሕሙማት'ውን ፈወሶም።

ሕዝቢ ኣኪቡ ሥርዓት ሠሪዑ 60 (፷) መዓልቲ ክጾሙ ኣዘዞም። ብግቡእ ስለ ዘስተምሃሮም ናይ ክርስትና እምነት ተኸተልቲ ኮኑ። ጥምቀተ ክርስትና ከጠምቕ'ውን ለመንዎ። ንሱ ኣነ ካህን ስለዘይኮንኩ ኣይግብኣንን እዩ። ግዳ ካህን ክሰደልኩም ናብ ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ልኡካት ለኣኩ በሎም። ሽዕኡ እቶም ሕዝቢ ናብ ንጉሥ ኣኖሬዎስን ሊቀ ጳጳሳትን ልኡካት ለኣኩ። እቶም ሕዝቢ ኣርማንያ ናብ እግዚኣብሔር ከም ዝተመልሱ ኣረድእዎም። ንሳቶም ሰሚየም ተሐጐሱ።

እቲ ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ንቅዱስ ጎርጎርዮስ ጸዊዑ ሊቀ ጳጳሳት ሾይሙ ናብ ንጉሥ ድርጣድስ ናይ ኣርማንያ ንጉሥ ብክብሪ ለኣኾ። ንሱ ንሕዝቢ ኣርማንያ ኵላቶም ኣጠመቐም። ብስም ቅድስት ድንግል ማርያም ከኣ ጽብቕቲ ቤተክርስቲያን ሰርሓሎም። ብሃይማኖት ምስ ኣጽንያም ጽቡቕ ጌሩ ይኣልዮም ነበረ።

“ነባቤ መለኮት ዘእንዚናዙ ወዘተሰይመ ሊቀ ጳጳሳት በሃገረ ቍስጥንጥንያ” ይብሎ። መጻሕፍቲ ብምድራሱ ካብቶም (፷፬) ምድራውያን መላእክቲ ተባሂሎም ዝጽውዑ ቅዱሳን ኣቦታት ሓደ እዩ።

ኣብ ቀዳማይ ዕድሚኡ በዓል ሕጊ እዩ ነይሩ። እቲ ከሐዲ መቅደንዮስ ብውግዘት ምስ ተሰንዮ ዕለት 1 (፩) የካቲት ሊቀ ጳጳሳት ተሾመ። ኣብ ሃይማኖተ ኣበው ኣብ ምዕራፍ 8 (፰) ገጽ 210 (፪፻፲) ስለ ናይ ጐይታ ሓድነትን፡ ሠለስትነት ምድሓንን ጠቅላላ ስለ ነገረ መለኮት ዝምልከት ብግቡእ ዝመሃረ ኣቦ እዩ። ነገረ መለኮት ብብዝሒ ብምምሃሩን ምድራሱን *“ዳግማዊ ዮሓንስ ነባቤ መለኮት”* ተባሂሉ ይስመ።

ከምኡ'ውን ኣብ ሃይማኖተ ኣበው ገጽ 422 (፬፻፳፪) ስለ መለኮትን ሥጋን ኣስፊሑ ጽሒፉ ይርከብ።

ኣብ መዋዕለ ሲመቱ 33 (፴፫) ዓመት ጸንሐ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ ንናይ ኣርማንያ ኦርቶዶክስ ዘቕንዐ ዓቢ ኣቦ እዩ። መንበረ ጵጵስናኡ ኣብታ ናይ ኖኅ

መርከብ ዝዓረፈትላ እምባ ዓራራት (ሉባር) ሰሪሑ ዝነበረ ኣቦ እዩ። ጉዕዝኡ ምስ ፈጸመ ብሰላም ዓረፈ። ናይ ቅዱስ ጎርጎርዮስ በረከቱ ይብጽሓና።

ምንጪ፦ 1. ሰንክሳር ዕለት ፴ ጥር

2. ታሪክ ቅዱሳን ፲፱፻፶፯ ዓ.ም.ግ. ኣ.ኣ.ኢ

3. ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፻

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ በኣሚን ሰማዕት ዘእንበለ ደም (ብዘይ ምፍሳስ ደም)

እዚ ቅዱስ ኣቦዚ ኣብ ደቡብ ግብፂ እስሙናይን ዝተባህለ ዞባ (ኣውራጃ) ብፍላይ ከኣ ኣብ ከባቢ ሃገረ ቴርስ ካብ ዝኾኑ ካብ ዓሌት ሐጺብ ዝውለዱ ዓሌት እዩ። ናይ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ መጋቢ ኮይኑ ክነብር እንከሎ ብንጽሕናኡ ይኩን ብኩሉ ስርሑ ፍትዊ ኮይኑ ተረክበ። እታ ሰይቲ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ትኣምኖን ትፈትዎን ነበረት። ንሱ ግን ናይ ዓለም ከንቱነት ሐሲቡ ኣብ ሓደ ገዳም ከይዱ መንኵሰ። እቲ ሃብታም ምስ ሰበይቱ ጉህዩ ኣባ በኣሚን ናብ ዘለዎ ቦታ ከይዶም ንክምለስ ለመንዎ። ካብ ብዝሒ ፍቕሩ ዝተላዕለ ከኣ ግዲ በልዎ።

ኣባ በኣሚን "ኣነ ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር መብጽዓ ሂበያ ኣሎኩ" በሎም። ነዚ ሰሚያም ብጓሂ ገዲፎምዎ ናብ ዓዶም ተመልሱ። ድሕሪኡ ብገድሊ እናተንቐጥቀጠ ብዙሕ ዓመታት ጸንሐ። ስለ ሃይማኖቱ መስኪሩ ንክመውት ሐሲቡ ናብ ከተማ ኣንዴናው ክከይድ እንከሎ ንብዙሓት ምእመናን ከሳቕይዎም ረኣየ። ንሱ'ውን ሃይማኖቱ መስኪሩ ኣብቲ መከራ ተካፋላይ ኮነ። ሥግኡ ብሓዊ ለብሊቦም ኣካላቱ ሰንጢቆም ኣብ ውሽጢ መንኰራኩር ኣእተውዎ። ብናይ ሓጺን በላሕቲ ዘንግታት ኣርሲኖም ተኰስዎ። ጐይታ ግን ብዘይ ጉድኣት የተንሥኦ ነበረ።

ኣባ በኣሚን ኣብ ቤት ማእሠርቲ እንከሎ ርቱዓ ሃይማኖት ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ነገሠ። ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ዝኣሰሮም እሡራት ከኣ ፈትሑም። ጐይታ ተገሊጹ ንኣባ በኣሚን ቁጽሩ ምስ ሰማዕታት ምኳኑ ነገሮ። ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ በረከቶም ምእንቲ ክካፈል ካብቶም ዲዮቅልጥያኖስ ኣሲርዎም ዝነበረ ፸፪ (72) ሰባት ናብኡ ከምጽኡሉ ኣዘዘ። ካብዚኣቶም ሓደ ኣባ ኖብ ክከውን እንከሎ፡ ካልኣይ ከኣ ኣባ በኣሚን እዩ።

ድሕሪኡ ካብ እስሙናይን ወጺኡ ኣብ ከባቢኣ ዘላ ገዳም ተቐመጠ። ብዝተዓ ደሎ ጸጋ ሕሙማት ዘሕዊ ብምኳኑ ወሪኡ ኣብ ኩሉ ተሰምዐ። ሓንቲ ኩሉ ግዜ ራዕየ ዮሓንስ እተንብብ ናይ ሮማ ንግሥቲ ነበረት። ዘንብበላ ከኣ ሓደ ፍርሃት

እግዚአብሔር ዝመልአ ንጹሕ ዲያቆን ነበረ። ነዚ ቅኑዕ ዲያቆን ዝቐንኣሉ ሓደ ናይ ንጉሥ ተፈታዊ ናብ ንጉሥ ከይዱ " እዚ ዲያቆን እዚ ብምንባብ ራዕየ ዮሓንስ እናኣመክነየ ምስ ንግሥቲ ይድቅስ ኣሎ" ኢሉ ብሓሶት ከሰሶ። ምክንያቱ ምስታ ንግሥቲ ጽቡቕ ሃይማኖታዊ ፍቕሪ ዝገበረ እሞ ንዕኡ ከየውጽኦ ፈሪሁ እዩ።

እቲ ንጉሥ ብቑጥዐ፣ ንግሥቲ ናብ ዘላቶ ኣትዩ ነቲ ራዕየ ዮሓንስ ዘንብብ ዲያቆን ምስ መጽሓፉ ናብ ባሕሪ ከስጥምዎ ኣዘዘ። ክልተ ሰባት ኣብ ሓንቲ ንእሽቶይ ጃልባ ጽዒኖም ወሲዶም ናብ ማእከል ባሕሪ ወርወርዎ። ንግዚኡ ብርሃን ዝተከድነ ሰብኣይ ካብ ሰማይ ወሪዱ ነቲ ዲያቆን ምስ መጽሓፉ ጌሩ መንጢሉ ወሲዱ ኣብ ሓንቲ ደሴት ኣንበሮ። እቶም ዝደርበይዎ ሰባት እቲ ዝኾነ ነገር ርእዮም ብኣድናቐት ተመልሱ። እቲ ዝረኣይዎ ግን ንንጉሥ ኣይነገርዎን። እታ ንግሥቲ በዚ ነገር'ዚ ጉህያ ሐመመት። ከብዳ ቀኖለ ን፲፭ (15) ዓመት ጸንሐት። ብዙሓት ፈወሰትን ሐካይምን ካብ ሕማማ ከድሕንዋ ኣይከኣሉን። ሓደ ፈላጥ ሰብ "ኣብ ሃገር ግብጺ ናብ ዝርከቡ ቅዱሳን እንተ ትከዲ ካብ ሕማምኪ ምሓወኪ ኔርኪ" ስለዝበላ ብዙሓት ሠራዊት ኣኪቲላ ከደት። ገዳማትን ኣብያተ ክርስቲያናትን እኳ እንተ ኮለለት ክትሓዊ ኣይከኣለትን።

ናብ ከተማ እንዴናው ምስ ከደት እቶም መኳንንቲ ተደነቑ። ንሳ ኩሉ ሸግራ ነገረቶም። ንሳቶም ናብ ኣባ በኣሚን ክትከይድ ከምዘለዋ ሐበርዋ። ንዕለቱ መርከብ ተሰቒላ ኣብቲ ኣባ በኣሚን ዝርከበሉ ገዳም በጽሐት። " ኣባ በኣሚን በረከት ደልያ ንግሥት መጺኣ ኣላ " እንተበልዎ " ምስ ናይ ምድሪ ንግሥቲ ንዓይ እንታይ ኣሎኒ" ኢሉ ምውጻእ ኣበየ። ድሓር በቶም መነኮስ ጽኑዕ ዝኾነ ልማኖ ምስ ቀረበሉ ወጽኣ። ምስ ረኣየቶ ኣብ እግሩ ወዲቓ ሰገደትሉ። ንሱ ብዘይቲ ጸልዩ እንተቐብኣ ንዕለቱ ሐወየት። ድሕሪኡ " ብምክንያት እቲ ዲያቆን እዚ ኩሉ ከም ዝበጽሐ ከኣ ፈለጠ። ንሱ ግን ኣብ ሓንቲ ደሴት ብሕይወት ይነብር ኣሎ። እቲ ዘንብበልኪ ዝነበረ መጽሐፍ ራዕየ ዮሓንስ እውን ክሳብ ሕጂ ምስኡ ኣሎ" በላ። ንግሥቲ ሰሚዓ ብጣዕሚ ተደነቐት መንፈሳዊ ሐጕስ ከኣ ተሰምዓ።

ስለ እቲ ዲያቆን ይኹን ስለ እቲ ካብ ሕማማ ዘሕወያ ኣምላክን ኢላ ብዙሕ ኣምጻ ኣቕረበት። ንሱ ግን ንዋያተ ቅድሳት እንተዘይኮይኑ ዋላ ሓንቲ ገንዘብ ኣይተቐበላን። ድሕሪኡ ንእግዚአብሔር እናኣመስገነት ናብ ሮማ ሃገራ ተመልሰት። ዝኾነ ኩሉ ንንጉሥ ነገረቶ።

እቲ ንጉሥ ብጣዕሚ ተደኒቑ፣ ነቲ ዲያቆን ዝደልዩ ልኡካት ብምልኣክ ኣብ ውሽጢ ደሴት ብሕይወቱ ረከብዎ። እቲ መጽሐፍ'ውን ምስኡ ጸንሐ። ተመሊሶም

ንንጉሥ ነገርዎ። ንካልኣይ ግዜ ናብኡ ክመጽእ ብብዙሕ ልመና ልኡካት ሰደደሉ። እቲ ዲያቆን ፈቐደ ኮይኑ ምስ መጽአ፣ ዓቢ ሐጐስ ገበረ። ኣብ ትሕቲ እግሩ ወዲቹ “ኣባካ ስለ ዝፈጸምክዎ ጌጋይ ይቕረ በለለይ” በሎ። እቲ ዲያቆን “ ብሓደ ንኡላትና እግዚኣብሔር ይቕረ ይበለልና” በሎ። ድሕሪኡ እቲ ዲያቆን ኣብ ሮማ ሊቀ ጳጳስና ተሸመ። ነታ ምስኡ ዝነበረት መጽሐፍ ራዕየ ዮሓንስ ከኣ ተርጐመሎም።

ቅዱስ ኣባ በኣሚን ለይትን መዓልትን ብዘይ ዕረፍቲ ተጋደለ። ኣብ ከባቢኡ ከኣ ሓደ ቅኑዕ ኤጲስ ቆጶስ ነበረ፣ ኣብ ሓንቲ ናይ ሰማዕታት ገዳም ምስ ማኅበረ ምእመናን በዓል ክገብር እንከሎ ኣርዮሳውያን ንርእሶም ሓደ ሓሳዊ ኤጲስ ቆጶስ ሒዞም ነቲ ሕዝቢ ከስሕትዎ - መሩ። እዚ ኤጲስ ቆጶስ እዚ ናብ ኣባ በኣሚን መጺኡ ምክሪ ሐተተ። ኣባ በኣሚን ምስቲ ሕዝቢ ኮይኑ ድሕሪ ምጽላይ ሓንቲ ነዋሕ በትሪ ብኢዱ ሓዘ። ኣባትሮም ሒዞም ናብዞም ከሓድቲ ከዱ። እቶም ከሐድያን ምስ ረኣይዎም ሃዲሞም ተበተኑ። ድሕሪኡ ንካልኣይ ጊዜ ናብቲ ቦታ ኣይተመልሱን። ምክንያቱ ፈጣሪ ምክሮምን ሓሳባቶምን ስለ ዝበተነሎም።

ኣባ በኣሚን ኣጸቢቹ ምስ ዓረገ ንሞት ዘብጽሕ ሕማም ተታሕዘ። ነቶም መነኮሳት ኣኪቡ ዝሞተሉ ግዜ ከም ዝቐረበ ነገሮም። ኣጸናንየም ከኣ ነፍሱ ንፈጣሪኡ ሃበ። እቶም መነኮሳት ብግቡእ ጊዞም ብክብሪ ቐበርዎ። ብእምነት ናብ መቓብሩ ዝከደ ኩሉ ይድሕንን ሓሳብ ልቡ ይሠምረሉን ነበረ።

ናይ ቅዱስ ኣባ በኣሚን በረኽቱ ይሕደረና ኣሜን።

ዕለተ ዕረፍቱ

ቅዱስ ኣባ በኣሚን ዕለት 9 (፱) ታኅሣሥ እዩ ስንክሳር ተመልከት።

- ሰላም ለከ በኣሚን ስኩብ፣
- በዓራተ ሐፂን ልሁብ፣
- ለእጓለ ማውታ ቀዋሚ ወለመዓስብ፣
- ወሰላም ካዕበ ለእለ ምስሌከ በመከራ ወጻሕብ፣
- በእንተ ክርስቶስ ሙቁሐን ሕዝብ።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅዱስ ኤዎስጣቴዎስ (ቂዶስ)

እዚ ቅዱስ'ዚ ካብቶም ናይ መንግሥቲ ሮም ኃለፍቲ ሓደ ኮይኑ ብዛዕባ እግዚአብሔር ኣፍልጦ ኣይነበሮን። ይኩን እምበር ልክዕ ከምቲ ናይ ቆርኔሌዎስ ንድካታትን፣ ንነዳያትን ምጽዋት ምሃብ ይፈቱ ነበረ። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ኣብ በረካ ሃድን እናሃደነ እንከሎ እግዚአብሔር ዓስቢ ፃማኡ ከንቱ ክተርፍ ስለ ዘይፈቐደ " *ወአሐተ ዕለተ አስተርአዮ አምሳለ መስቀል ማእከለ አቅርንቲሁ ለጎየል ወመስቀልሰ ይበጽሕ እስከ ደመና ወሰደዶ ውስተ አድባር ከመ ይቅትሎ ወይንዐዎ*" ኣብ ሞንጎ ክልተ ኣቅርንቲ ጤለበዱ ክሳብ ደበና ዝበጽሕ ቁመት ትእምርተ መስቀል ኮይኑ ኣርኣዮ እቲ ጤለበዱ ንክቐትሎ ጐየዮ ኣብ ሞንጎ እቲ ክልተ ኣቅርንቲ ኮይኑ ስምካ መን እዩ፡ ኢሉ ሓተቶ፣ ከምዚ ኢሉ'ውን ኣዘዞ። ብምሉእ ስድራ ቤቱ ናብቲ ናይቲ ሃገር ኤጲስቆጶስ ወሲዱ ጥምቀተ ክርስትና ክቐበልን መከራ መስቀል ከምዘጋጥሞን ኣረድኦ።

እዚ ነገር'ዚ ምስ ሰምዐ ካብቲ ዝነበሮ ሃድን ብቐልጡፍ ናብ'ቲ ኤጲስቆጶስ ከይዱ ንሱን ስድርኡን ጥምቀተ ክርስትና ተቐበለ። ቂዶስ ዝብል ዝነበረ ስሙ ***ኤዎስጣቴዎስ*** ብዝብል ስም ተተክኦ። ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ብዘሎ ንብረቱ፣ ኣገልገልቱ፣ ጥሪቱ ተወዲኡ ንስድራ ቤቱ ሒዙ ብስደት ናብ ሃገረ ሮሜ ክከይድ ኣብ መርከብ ተጻዕነ ንመስቀሊ መርከብ ዝከውን ገንዘብ ኣይነበሮን። ኣብቲ መርከብ እትዓርፈሉ ደሴት ምስ በጽሐ ገንዘብ ስለዘይከፈለ ኣምሳያ ገንዘብ ንሰበይቱ ሐዝዎ። ብድሕሪ'ዚ ነቶም ክልተ ደቁ ሒዙ ብካልኣ መንገዲ ኑቲ ሓደ ወዱ ኣሳጊርዎ ናብቲ ካልኣይ ምስ ተመልሰ ተኩላ ስለ ዝበልዖ ክረክቦ ኣይከኣለን። ኑቲ ዘሳገሮ'ውን ኣንበሳ ወሓጦ እሞ ዓቢ ሓዘን ኃዘነ። መንክር እግዚአብሔር ግን ንሠለስቲኣም በብዘለዉዎ ብዘይ ሓደ ጕድለት ዓቀቦም።

ብድሕሪ'ዚ ናብ ሓንቲ ሃገር ከይዱ ኃላፊ ናይ ሓደ ዞባ ኮይኑ ንነዊሕ ግዜ ኣገልገለ። እቲ ኣብቲ ሃገር ዝነበረ ንጉሥ ሞተ እሞ ንኤዎስጣቴዎስ ፈታዊኡ ዝኾነ ንጉሥ ነገሠ። ብወተሃደራት ደልዩ ኣምጺኡ ናብቲ ናይ ቀደም ክብሩ መለሶ። እቲ ንጉሥ ክልተ ክልተ ሰባት ጌሮም ከምጽኡሉ፣ ኣብ ቅድሚኡ ከኣ ኃይሎም ብዛዕባ ኵናት ክፍትኖም ኣዘዘ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እቶም ክልተ ደቂ ኤዎስጣቴዎስ ማለት እቲ ተኮላ ዝበልያን እቲ ኣንበሳ ዝወሓጦን፣ ኣብ ክልተ ነንበይነን ዝኾና ዓድታት ዓብዮም እቲ ኑቲ ሓደ ከይፈለጦ ብፍቓድ እግዚአብሔር ተጋጠሙ።

ሕቶ እንተ ተሓተቱ ከኣ ኣሕዋት ኮይኖም ተረክቡ ንክልቲኦም ከኣ ኣብቲ ናይ ኣቡኦም ስራሕ መዘዝዎም። ኣቡኦም ግን ኣይፈልጥን ነበረ። ኣዲኦም'ውን እቲ ሓላፊ መርከብ ትሕኛ ገይሩ እንተሓዛኺ እግዚኣብሔር ካብ ኩሉ ክፉእ ነገር ስለዝዓቐባ ሓላዊት ኣታክልቲ ወይኒ ናይ ሃገረ ሮሜ ኮይና ጸንሐት።

እቶም ክልተ ደቃ ብናይ ንእስነቶም እናተዘራረቡ በቲ ኣትክልቲ እትሕልዎ ዝነበረት ክሓልፉ ከለዉ ሰምዓቶም እሞ ኣዲኦም ምኪና ነገረቶም። ሠለስቲኦም ተሐጉሶም ከኣ ንእግዚኣብሔር ኣምላክ ኣመስገኑ። ሠለስቲኦም ንኤዎስጣቴዎስ ሓላፊ ስርሖም ዘጋጠሞም ነገርዎ እሞ ንሱ ከኣ ሰበይቲን ደቁን ምኪኖም ፈሊጡ ብሐጉሰ ንእግዚኣብሔር ኣመስገነ።

ኣብ ሓደ ቦታ ኩሎም ተኣኪቦም ከምቲ እግዚኣብሔር ቃል ዝኣተወሎም በቲ ዝተገብረሎም ነገራት ንእግዚኣብሔር የመስግኑ ነበሩ።

እቲ ንኤዎስጣቴዎስ ዝፈትዎ ዝነበረ ንጉሥ ሞተ እሞ ሓደ መምለኪ ጣያት ንጉሥ ነገሠ። ነዞም ስድራቤት እዚኣቶም ከኣ ንጣያት ክሰግዱን ክስውኡን ኣዘዞም።

ንሳቶም ግን ንሓደ እግዚኣብሔር እንተ ዘይኮይኑ ንጣያት ኣይንሰግድን ኢሎም ኣበይዎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ተቐጢዑ ብዝተፈላለየ ስቓያት እኳ እንተ ኣሳቐዮም እግዚኣብሔር ካብ ኩሉ ስቓያት ጥዑያት ገሩ የተንሥኦም ነበረ።

ኣብ መወዳእታ ብሓፂን ዝተሰርሐ ሓደ ዓቢ ገንኢ ብትሕቲኡ ሓዊ ኣጕዱ ብምጥጣቕ ኣብኡ የእትዩ ቐተሎም። ናይ ሰማዕትነት ኣክሊል ዓወቶም ካብ ጐይታ ተቐበሉ።

ጸሎቶምን በረከቶምን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለስቃይከ ለለኣሐዱ ኣሐዱ፡
- እምሴተ ጋሙስ ዘኮነ እስከ ምሴተ ዓርብ የዐዱ፡
- ኢየሱስ ክርስቶስ ተስፋ ኤዎስጣቴዎስ ወውሉዱ፡
- ዘበእንቲኣከ ሶበ ውስቴቱ ወረዱ፡
- ለእሳተ ጤገን ዘብርት ኣብሰሎሙ ነዱ።

ምንጪ፡- ሰንክሳር ኣመ ፩፮ ለመስከረም

ምዕራፍ ፪

ዘመነ ሊቃውንት

ካብ መፋርቐ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን (ዘመነ መንግሥቲ ኔሮን ቄሳር) ክሳብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን መ-መርታ፣ ማለት ናይ ከሓዲ ዲዮቅልጥያኖስ ግዝኣት መፈጸምታ፣ ናይ ቤተክርስቲያን ዘመነ ስደት ምስ ሓለፈ፣ ናይ ቤተክርስቲያን ህልውና፣ ናይ ክርስቲያን ምእመናን ሓድነት፣ ሰላምን ፍቕርን ዝሓዙ ኣመንቲ ዘይኮነ መሲሎም ዝኣተዉ ብናይ ውሽጢ ጸላእቲ ተንኰል እዩ።

ናይ ቤተክርስቲያን ናይ ውሽጢ ጸላእቲ “ ጸራዊ” “ቢጽ ሓሳውያን” “መናፍቓን” ይብሃሉ። እዚኣቶም ካብቲ ምሉእ ናይ ቤተክርስቲያን ትምህርቲ ፍርቂ ፍርቂ ሒዞም፣ ነቲ ፍርቁ እውን ዘይሓዝዎ ጎደሎታት እዮም።

እዞም ሰባት እዚኣቶም ከምቲ ክርዳድ ሥርናይ መሲሉ ተሓዊሱ ዝዓቢ ኣብ ናይ ጐይታ ዓጸደ ወይን ውሽጢ ቤተክርስቲያን ዝበቐሉ መስሓትያን እዮም። ስለዚ ናይ ውሽጢ ጸላእቲ ተባህሉ።

ይኩን እምበር ቤተክርስቲያን ካብ ትምሥረት ን 300 ዓመታት ዝኣክል ዝተቓለሰቶ ምስ ቄሳራትን ነገሥታትን ጥራይ ዘይኮነስ፣ እንኮላይ ምስቶም ኣብ ውሽጣ ዝነበሩ ጸላእታ እዩ ነይሩ።

ቤተክርስቲያን ናይ ምሥጢረ ሥላሴን፣ ምሥጢረ ሥጋዌን ትምህርታ ኣብተን ሠለስተ ጉባኤታት ማለት፡-

1. ጉባኤ ኒቅያ ብ325 ዓ.ም. ስለ ወልድ ናይ ባህርይ ኣምላክነት፣
2. ኣብ ጉባኤ ቀስጥንጥንያ ብ381 ዓ.ም. ስለ ናይ መንፈስ ቅዱስ ናይ ባህርይ ኣምላክነት፣
3. ኣብ ጉባኤ ኤፌሶን ብ 431 ዓ.ም. ስለ ምሥጢረ ተዋሕዶ፣ ስለ ሓደ ባህርይን ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምላክ ምኳናን ዶግማኣ ክሳብ እትገልጽ ኩተስተምህሮ ዝጸንሐት ትምህርቲ ካብ ጐይታ፣ ካብ ሓዋርያት ብእዝና ሰሚዓ ብዓይና ርእያ፣ ብኢዳ ዳህሲሳ ዝፈለጠቶን ዝተረድኣቶን እያ።

ኣብቶም ሠለስተ ጉባኤታት ኣንቀጽ ብኣንቀጽ ዝወሰነቶ ነቲ ናይ ጐይታን ናይ ሓዋርያትን ትምህርቲ እምበር ካብኡ ወጻኢ ኣይነበረን። ከም ጸህያይ ኣብ ውሽጣ ዝበቐሉ ቢጽ ሓሳውያን ግን ናይ ክርስትና ስም ለቢሶም፣ ብክርስትና ዝብል ስም ተጸቢቖም ንቤተ ክርስቲያን ካብ መስቀል ኣውሪድካ ብፍልስፍና ምግናዝ፣ ገኒዝካ ከኣ ንምቕባር፣ ንናይ ቤተክርስቲያን ትምህርቲ ንምጥምዛዝ ወይ

ንምጥማም፡ ናይ ቤተክርስቲያን ንዘይኮነ ንናይ ፍልስፍና ኣተሓሳስባ ናብ ቤተክርስቲያን ንምእታው ብዙሕ ፈተነታት ፈቲኖም ከይቀንየም (ከይሰለጦም) ተረፈ።

ብራብዓይ ሚእቲ ክፍለ ዘመን ዝተንሥኡ ዓበይቲ መናፍቓን ብቁጽሪ ዓሠርተ ገጾም ዝኾኑ፡ ካብዚኣቶም እቶም ታሙሽተ ኣብ ምሥጢረ ሥላሴን፡ ምሥጢረ ሥጋዌን ዝተላዕሉ እዮም። ዝርዝር ኣስማቶም፡-

1. ኣርዮሳውያን
2. መቅዶንዮሳውያን
3. ሰባልዮሳውያን (ሞዴሊስቲክ ሞናርኪኒዝም)
4. ኣቡሊናርዮሳውያን
5. ንስጥሮሳውያን ይበሃሉ።

እቶም ዝተረፉ ፭ (5) ከኣ፡-

1. ኣርጌንሳውያን
2. መነናውያን
3. ጸናንያውያን
4. ጴላግያውያን
5. ጵርስቅላውያን ይብሃሉ።

መናፍቓን ቅድም ብናይ ቤተክርስቲያን ኣቦታት ብንጽል ይኹን፡ ብእኩብ፡ ተወጊዞም እዮም። ነዚኣቶም መሠረት ዝኾንዎም ናይ ግኖስቲዝም፡ ናይ ሲሞናዝም፡ ናይ ምንታዌ ትምህርቲ እኒ ጳውሎስ ሳምሳጢ፡ እኒ ቴዎዶሪጦስ ዘንቅሕዎ ናይ ዳይናሚክ፡ ሞናርኪያኒዝም ናይ ሞንዳን ኑፋቄታት ከም ዝነበሩን ድሕሪኦም'ውን ናይ ሞኖፊዝም ተቐናቐንቲ ዝኾኑ ኣውጣኪያውያን ከም ዝተከስቱ ዝስሓት ኣይኮነን።

ብመሠረቱ ናይ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ጸላእቲ ኣይሁድ ናይ ጵርእን ናይ ኣንጾክያን ካልኦትን፡ ፈላስፋታትን ናይ ፍልስፍና ኣተሓሳስባን እዮም። ናብ ቤተክርስቲያን ሰሊኮም ብምእታው ንቤተክርስቲያን ንቡር ኣስኢኖማ፡ ዕረፍቲ'ውን ከሊኦምዋ ነይሮም።

እግዚኣብሔር ግን በዚ ሚላን ኮነታትን መጽሓፍ ዓሊቦም፡ ኃይለ ቃል ሓሲቦም ተከራኪሮም ዝረትዑ፡ ናይ እምነት ሥርዓት ንከይፋለስ ትጉሃት ዝኾኑ ቅዱሳን ጳጳሳትን ሊቃውንትን ኣተንሥኡ።

ብፍሉጥ ዝኾነ መልዓሊ ካብ ፫፻ (300) ክሳብ ፬፻፶(450) ዓ.ም. ዘሎ ግዜ ዘመነ ሊቃውንቲ ይብሃል።

እዚ ዘመን እዚ ሊቃውንተ ቤተክርስቲያን ርትዕት ዝኾነት ሃይማኖት ንምግላጽ ነቶም ኣንጻር ቤተክርስቲያን ዝኾኑ ከኣ ንምግላጽን ንምግሳጽን ብግቡእ ጽሑፋት ዝተዳለወሉ ብምኳኑ " ናይ ቤተክርስቲያን ኣቦታት ወርቃዊ ናይ ሥነ-ጽሑፍ ዘመን" ይበሃል።

መበገሲኡ ከኣ ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገልጸ ብቑጽሪ ብዙሓት ዝኾኑ መናፍቓን ዝተንሥኡሉን ዓበይቲ ናይ መላእ ዓለም ሲኖዶሳውያን ኣኬባታት ዝተገብረሉን ዘመን ስለ ዝኾነ እዩ።

ነዚኣም ኩላቶም ምቹእ ባይታ ክፈጥረሎም ዝከኣለ ከኣ ካብ ፫፻ (300) ዓ መታት ንላዕሊ ክትስደድ ዝጸንሐት ቤተክርስቲያን ናይ ምክኣል ውዕል ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ ሚላኖ ነጻነት ውዕል እዩ።

እዚ ውዕል እዚ ዝተኣወ- ብንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ብ ፫፻፲፫ (313) ዓ.ም እዩ ነይሩ ብ 330 ዓ.ም. ናይ ንጉሠ ነገሥት መንበሪ መንግሥቱ ካብ ሮማ ናብ ቀስጥንጥንያ (ሓዳስ ሮማ) ዝተዘዋወረሉ እዩ።

እዚ ከኣ ነቲ ኣብ ሮማ ገኒኑ ዝነበረ ጣዖት ናይ ምድካሙን ምውዳቑን ምልክት እዩ። ምስኡ ተተሓሒዙ ግዚኡ ብጣዕሚ ምሁራት ዝኾኑ (ጠበብተ ዓለም) ናይ ዓለም ሊቃውንት (ጠበብተ ጽርዕ) ጠበብተ ግብጽ ናብ ናይ ክርስትና ዓለም ዝተሳሕቡሉ ዘመን ብምኳኑ ቤተክርስቲያን ፍሉይ ሊቅነት ዘለዎም ምሁራን ርቱዓነ ልሳን ረከበት።

መብዛሕቱኡም ብናይ ዓለም ሕግን ብፍልስፍናን ጥበብን ዝበለጹ ነበሩ። እዞም ቅዱሳን ሊቃውንት እዚኣቶም ከምቶም ናይ ኣረማውያንን ፈላስፋታትን ንፍልስፍና ሃይማኖት ኣይገበሩን። ክርስትና ንምርቓቕ " እሾክ ብእሾክ ይወጽእ" ከምዝበሃል። ነቶም ኣረማውያን ፈላስፋታት በቲ ዝፈትውዎ ፍልስፍና ኣቐሪብካ መርትዒ ዝከውን መሳርሒ ድኣ ገበሩ።

ነዚ ከኣ ምሥጢራቶም ረቂቕ ዝኾነ ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣፈታትሓ ንምርዳእ ናይ ኣንድምታ (ትርጓሜ) ሜላ ትክተል ዝነበረት ናይ እስክንድርያ ቤት ትምህርትን ናይ ነጸላ ትርጉም ሜላ ትክተል ዝነበረት ናይ ኣንጾኪያ ቤት ትምህርትን ጽቡቕ ኣስተዋጽኦ ኣበርክታ። ብፍላይ ከኣ ናይ እስክንድርያ ቤት ትምህርቲ ብተወሳኪ ከም ሎጂክስ፣ ፊሎዞፊ፣ ሪቶሪክ፣ ታሪክ፣ ሳይንስ፣ ኣስትሮኖሚ፣ ሕሳብ ዝኣመሰሉ ዓለማዊ ትምህርቲ ውን ጐኒ ጐኒ ትህብ (ተስተምህር) ነበረት።

ሉሌ መልኣኩ . . . ናይ ቤተክርስቲያን ታሪክ 3ይ ሕታም ገጽ 80 ኣጸቢቑ ከም ዝገልጾ እዘን ክልተ ኣብያተ ትምህርቲ ብናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ንቤተክርስቲያን

ኣዕኑድ ማእከል ዝኾኑ ብዙሓት ሊቃውንቲ፣ ጳጳሳት፣ መማህራን ኣረኪበን እየን። በብከባቢኡ ንዝነበረ ናይ ፍልስፍና ተጽዕኖ ከኣ ብዙሓት ደቀ መዛሙርት ኢ-ክርስቲያናዊ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ተመሪዞም ንዝክተልዎ ዝተፈላለየ ናይ ትርጓሜ ሜላ ነንሓድሕዶም ክነቓቕፉ ይነብሩ ነበሩ።

ናይ ሊቅ፣ ጳጳስ ዝብል ትርጉም

ሀ. **ሊቅ** ዝብል ቃል ብቐሙ ሓለቓ፣ ዓቢ፣ ጐይታ፣ መምህር ሹመ ማለት እዩ።

ለ. **ጳጳስ** ማለት ከኣ ናይ ምእመናን ኣቦ ሓላዊ፣ መራሒ፣ ንካህናት፣ ዝቐብዕ፣ ማለት እዩ። ስለዝኾነ ቅዱሳን ጳጳሳትን ሊቃውንትን በታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ጸኒያም።

- ናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ድርሳናት፣ ሥርዓተ እምነት፣ መድበላት ዝጸሓፉ፣
- ብሓዋርያዊነቶም ተዘዋዊሮም ዘስተምህሩ፣ ናይ ምጽሐፍ ቅዱስ ትርጉም ዘብርሁ።
- ብሥልጣነ ክህነቶም ቀዲሶም ንምእመናን ዘቖረቡ፣
- ጉባኤ ሰሪየም ንመናፍቓን ተከራኪሮም ዝረትዑ እዮም።

በዚ መዓርግዚ ካብ ዝጽውዑ ኣርባዕተ ዓበይቲ ሊቃውንተ ቤተክርስቲያን ንኣርዮሳውን፣ ኣቡሊናርዮሳውን መቅዶንዮሳውን ኑፋቄታት ዝረትዑ ብኩሉ ገድልታቶም ኣዝዮም ዓበይቲ ሊቃውንቲ ይበሃሉ።

ንሳቶም ከኣ፡-

1. ቅዱስ ኣትናቴዎስ (ሓዋርያዊ) ሊቀ ጳጳሳት (ዘእስክንድርያ)
2. ቅዱስ ባስልዮስ ዓቢ ሊቀ ጳጳሳት ዘቂሳርያ (ማኅቶተ ቤተክርስቲያን)
3. ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ሊቀ ጳጳሳት ዘቁስጥንጥንያ
4. ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ ሊቀ ጳጳሳት እዮም።

ካብዚ ብምቕጻል ናይዞም ኣበው ሊቃውንት ዝርዝር ታሪክ ይቕጽል ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሐዋርያዊ

ምንጪ፡- ነገረ ቅዱሳን ገጽ 46 ብ 1997 ዓ.ም. ማኅበረ ቅዱሳን
የቤተክርስቲያን ታሪክ ገጽ 49 ኣ.ኣ.ኢ.

✠ ✠ ✠

ታሪክ ቅዱስ ኣግናጥዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ

እዚ ጳድቐ'ዚ ጐይታ ኣብ ወንጌል ተጻሒፉ ከም ዘሎ ኣቦታትና ሓዋርያት ብክብሪ ካባታትና እቲ ዝዓበየ መን እዩ ኣብ ዝበለሉ ግዜ ጐይታ ካብ ማእከሎም ሓደ ሕፃን ኣቕሙ ከምዚ ሕፃን'ዚ እንተዘይኴንኩም መንግሥተ ሰማያት ክትኣትዉ ኣይትክእሉን ኢኩም። ማቴ 8፣1-5 ብምባል ትሕትና ኣስተምሃረ። ነዚ ናይ ትሕትና ትምህርቲ መምህር ዝኾነ ቅዱስ ኣግናጥዮስ እዩ። ቅዱስ ኣግናጥዮስ ምስ ዓበየ ናይ ዮሐንስ ወንጌላዊ ደቀ መዝሙር ብምኳን ናይ ነገረ መለኮት ትምህርቲ ብዝግባእ ተማህረ። በዚ ከኣ ናይ ቅዱስ ዮሐንስ ኣሰር ዝክተል ኮነ። በዚ እያ ከኣ ቤተክርስቲያን ድሕሪ ኢዮዲስ 3ይ ጌራ ኣብ መንበር ጴጥሮስ ሊቀ ሓዋርያት ሊቀ ጳጳስ ዝሸመቶ። ንሱ ተሸይሙ ክሳብ ብስምዕትና ዝዓርፍ ዕለት ከም ኣቦታት ሓዋርያት ስለ ናይ ፈጣሪ ባሕርይ ሓድነትን ሠለስትነትን ብቓል ይኹን ብጽሑፍ ኣበርቲዑ ዝመሃረ ኣቦ እዩ።

ዝመሃሮ ትምህርቲ

ኩሉ ፍጥረት ዝፈጠረ ናይ ፍጥረታት ሽመትን መዓርግን ክህብ ዝክእል እግዚኣብሔር ብመልክዕ፣ ብገጽ፣ ፍጹም ዝኾነ ብሠለስተ ኣካላት ኣብ ናይ ጐይትነት ዙፋኑ ተቐሚጡ ኩሉ ዝገዝእ እዩ ኢሉ። በዚ ከኣ ናይ ምሥጢረ ሥላሴ ትምህርቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ቤተ ኣብርሃም ዘፍ 18፣1-15 ካብ ሓዲሽ ኪዳን ከኣ ናይ ፈለገ ዮርዳኖስ የመልክት ማቴ 3፣16-17። ቅዱስ ኣግናጥዮስ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ሓዋርያዊ ሊቅ ከም ምኳኑ ብመለኮታዊ ትምህርቱ ብሠለስተ ኣካላት ሓደ መለኮት፣ ብሓደ መለኮት ሠለስተ ኣካላት ምንባሮም ብዘይ ምትሕውዋስ ብትክክል (ዕሪና) ኣቕሚጡ ይርከብ። ኣካላት ዝተባህሉ “ ኣብ፣ ወልድ፣ መንፈስ ቅዱስ” ምኳኖም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተመዝጊቡ ኣሎ። ሥላሴ ዝተባህሉ እዚኣቶም እዮም።

ስለ እግዚኣብሔር ወልድ'ውን ብፍሉይ ኣካሉ ሰብ ናይ ምኳኑ ነገር ክናገር ከሎ ምስ ናይ ባሕርይ ኣቡኡ ኣብ፣ ምስ ናይ ባሕርይ ሕይወቱ መንፈስ ቅዱስ፣ በመለኮትን ብባሕርይን ሓደ እንተኾነ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ክውለድ እንከሎ ብፍሉይ ኣካሉ ደኣ ተወልደ እምበር ሠለስቲኦም ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ተወሊዶም ኢልና ኣይንናገርን ኢና። ወይ ኣይንብልን ኢና። ኣብን መንፈስ ቅዱስን ምውላድ ኣይምልከቶምን እዩ። ማለት ንእግዚኣብሔር ወልድ ጥራይ እዩ ምውላድ ዝምልከቶ ኢሉ ምሂሩ።

ሓደ ኣካል ሓደ ባሕርይ በሃልቲ ኣይሁድን ሰዓብቶምን እኳ እንተዘይኣመኑ ንሕና ግን ኣብ በከዊነ ልብ፣ ኣብ ወልድን ኣብ መንፈስ ቅዱስን ህልው ምኳኑ፣ ወልድ እውን በከዊነ ቃል ኣብ ኣብን ኣብ መንፈስ ቅዱስን ህልው ምኳኑ፣ መንፈስ ቅዱስ እውን በከዊነ እስትንፋስ ኣብ ኣብን ኣብ ወልድን ህልው ምኳኑ ኣሚንና

እንተ ተናገርና እውን አብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ናብ ምኪን ወልድ እውን አብን መንፈስ ቅዱስን ምኪን መንፈስ ቅድስ እውን አብን ወልድን ናብ ምኪን ኣይልወጡን እዮም። ናይ ባሕርይ ሓድነት ኣብ ሠለስተ ከይተከፍለ ናይ ኣካላት ሠለስትነት ብናይ ባሕርይ ሓድነት ከይተጠቕለለ ንኣምን ይብል።

ቅዱስ ኣግናጥዮስ ዝነበረሉ ዘመን ኩሉ ክርስቲያን እናተሳሕበ ምስ ኣንበሳታት ዝቃለሰሉ ከም ሓደ ጎሓፍ ናብ እሳት ዝድርበየሉ ከም ዝዓበደ ከልቢ ኣብ ዝተረክቦ እናተከትከተ ዝከደሉ ዝነበረ ግዜ ብጣዕሚ ኣሕዛኒ ከም ዝኾነ ኣብ ታሪክ ቤተክርስቲያን ተመዝጊቡ ኣሎ። ንቅዱስ ኣግናጥዮስ እውን እዚ ፈተናዝ በጺሕዎ እዩ።

ቅዱስ ኣግናጥዮስ ዝተነበዮ ትንቢትን ፍጻሜን

እዚ ቅዱስ ኣቦዚ ኣቐዲሙ ከም ዝተገልጸ ካብቶም ፸፪ (72) ኣርድእት ሓደ ኮይኑ ኣብ ናይ ኣንጾኪያ ዞባታት ክርስቶስ ወረደ፣ ተወልደ፣ ተጠምቀ፣ ኣስተምሃረ፣ ሓመመ፣ ሞተ፣ ተንሥኣ፣ ዓረገ ኢሉ ከስተምህር እንከሎ ኣቦ ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ኑማርዮስ ይብሃል።

እዚ ኑማርዮስ ዝተባህለ ሰብኣይ ናይ ቅዱስ ኣግናጥዮስ ትምህርቲ ምእንቲ ከይሰምዕ ኢሉ ብንዕቀት ገዝኡ (ቤቱ) ዓጽዩ ደቀሰ።

ቅዱስ ኣግናጥዮስ ብጸጋ ዝበሎን ዝሓሰቦን ፈለጠ “እዚ ኣፍ ደገ ዓጽዩ ዝደቀሰ ሰብኣይ ሰበይቱ ሎሚ ለይቲ ክትጸንስ እያ። እቲ እትወልዶ ውላድ ከኣ ከም ይሁዳ ፈጣሪኡ ዝክሕድ፣ ንምእመናን ብሓዊ ዜንድድ፣ ብሰይፊ ዝሓርድ፣ ንዝተረፈ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዘሳድድ ክከውን እዩ” ኢሉ ተነበየ።

ስለዚ እቲ ትንቢት ምእንቲ ክፍጸም ኣብታ ለይቲ እቲኣ ተጠንሰ። ኣብ ትሸዓ ተ ወርሕን ኃሙሽተ መዓልትን ኣዲኡ ንዕኡ ክትወልድ ብጻዕሪ ሞተት። እቶም ሕዝቢ ገሊኦም ንቐበራ ክብሉ እንከለዉ ገሊኦም ከኣ እቲ ሕፃንከ በሉ በዚ ምክንያት ከኣ ከይቀበርዋ ሓደረት። ንግሆ መጺኦም እንተረኣዩ ከብዲ ኣዲኡ ቀዲዱ፣ ብከብዳ ወጺኡ ናይ መዋቲት ኣዲኡ ጡብ ሒዙ ጸባ ጡብ ክጠቡ ጸንሖም። ቤተሰቡ “ወልደ ምውት” በልዎ። ትርጉሙ ካብ መዋቲት ኣደ ዝተረክበ ማለት እዩ።

ምዕባዩ ኣይተረፈን ኣብ ዓዱ ምስ ኣቡኡ ኑማርዮስ ዓበየ። ደቂ እቲ ከባቢ ኑቲ ናይ ቅዱስ ኣግናጥዮስ ትንቢት ዝሰምዑን ዝፈለጡን “ሕማቕ ትንቢት ተነጊሩሉ ነይሩ እዩ እሞ ንዑ ንቕተሎ” ክብሉ እንከለዉ ኣቡኡ ኑማርዮስ ሰምዐ። ምእንቲ ከይቕትሉሉ ኢሉ ከኣ ናብ ታሕታይ ግብጺ ሰደዶ። ኣብ ግብጺ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ውላድ ዘይነበሮ (መካን) ሰብ ተቐቢሉ ብመ- መርታ ሓላዊ እክሊ

ገበሮ። ደሓር እናዓበየ ምስ ከደ ከኣ ተጽዕኖ ፈረሰ፣ ውርወራ ኮናት፣ ነገረ መሰንቆ ማለት መሰንቆ ምስንቃው ኣስተምሃሮ። እዚ ዲዮቅልጥያኖስ ተባሂሉ ዘሎ ስመ መንግሥቱ ክከውን እንከሎ እቲ ቀዳማይ ስሙ ከኣ ኣግሪጳ ይብሃል ነበረ።

ኣብ ሃገረ ቍዝ ኑማርያኖስ ዝተባህለ ንጉሥ ብ-ካ ክልተ ኣዋልድ ወዲ ከይወለደ ሞተ። እቲ መንግሥቲ <u>ብፍንጥርጥያ</u> ማለት በታ ዝዓበየት ጓሉ እናተመርሐ ይነብር ኣብ ዝነበረ እዋን ኣግሪጳ ወቓሚ መሰንቆ ብምኳኑ ስልቲ፣ ፈልዩ ነቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ኣፍራስ መሰንቆ ወቕዓሎም።
ከምኡ'ውን ናይ ቶቤል ሰይጣን ሓዲርዎ ስለ ዝነበረ እዚ ሰይጣን'ዚ ናብቶም ኣፍራስ ኣተወ። ነቶም ኣፍራስ ከኣ ውቃዕ ኣግሪጳ (ወልደ ምውት) ሰሚያም ብተመስጦ ከም ዝስዕስዉ ገበረ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እታ ንእሽቶ ጓል ኑማርያስ <u>ሃንጥልብያ</u> ዝተባህለት ኣግሪጳ መሰንቆ ክወቕዕ ኣፍራስ ከኣ ክስዕስዉ እንከለዉ ነታ ዓባይ ሓብታ ፍንጥርጥያ ረኣዩ በለታ። ፍንጥርጥያ ብመስኮት ኮይና እንተኣማዕደወት እቲ ኣብቶም ኣፍራስ ሓዲሩ ዝነበረ ሰይጣን ናብኣ ኣተወሞ ከምዚ ዝስዕብ ከም እትብል ከኣ ገበረ።

“ኣነ ነዚ ሰብ'ዚ ተመርዕየ ኣብ መንግሥተይ ከንግሥ እየ ንገርዎ ” በለት። ንሱ ሕራይ በለ። ተመርዕያ ከኣ ኣብ መበል ሠለስተ መዓልቲ ናይ ኣቡኣ ዘውዲ ደፊኣ ኣንገሠቶ። ስሙ ኣግሪጳ ዝበሃል ዝነበረ ዲዮቅልጥያኖስ ብዝብል ለወጠቶ። “ ዝሞትና ንሕና ዝነገሥና ንሕና” ከኣ በለት።

ሓብቲ ቅዱስ ቴዎድሮስ እስፍንድያ ነዚ ነገር'ዚ ሰሚዓ “ እንሆ ወዲ ኑማርዮስ ኣብ ግብጺ ሓላዊ ከብቲ (እንስሳ) ጓሳ ኣባቕል ዝበልካዮ <u>ንፍንጥርጥያ</u> እታ ዓባይ ጓል ኑማርያኖስ ተመርዕያ ኣንገሠቶ” ኢላ ንቴዎድሮስ ሓዋ ለኣከትሉ።

ንሱ ንገላውዴዎስ “ ሠራዊትካ ሒዝካ ኪድ ሃገረ ቍልዝም፣ ጽንሓኒ” በሎ። ገላውዴዎስ ገስጊሱ ከይዱ ኣብቲ ዲዮቅልጥያኖስ ዘለዎ ቦታ በጽሐ።

ኸዉ ዲዮቅልጥያኖስ ፈሪሁ ሰበይቱ ሒዙ ተሓብአ። ቴዎድሮስ “ ዝነገሠ እንታዋይ እዩ ዘንገሠ ከ መን እዩ፡” ኢሉ ሓተተ። ብዝረከቦም ወተሃደራት ከኣ ኃሙሽተ ሚእቲ (500) ብሴፍ ቀተለ።

ዲዮቅልጥያኖስ ስለ ዝፈርሀ ነታ ኣብ ርእሱ ዝነበረት ዘውዲ ኣብ ላዕላዋይ ደርቢ ተሐቢኡ ስለ ዝነበረ ብሻሽ ጠቕሊሉ ንታሕቲ ኣውረደሉ።

ቴዎድሮስ ክቕትሎ ምስ ደለየ መልኣክ እግዚኣብሔር ወሪዱ ሕደጎ ይንገሥ፣ ብናቱ ኢድ ዝከስቡን ዝጥቀሙን ብዙሓት ኣመንቲ ኣለዉ። ከምኡ'ውን እቲ ናይ ቅዱስ ኣግናጥዮስ ትንቢት ምእንቲ ክፍጸም እዩ ኢሉ ነገሮ።

ንሱ ፍቕድ እግዚኣብሔር ካብ ኮነስ ይንገሥ ኢሉ ከይቀተለ ሕደጎ።

ዕረፍቲ ቅዱስ ኣግናጥዮስ

ናይ ኣንጾክያ መራሒ መምለኪ ጣዖትን መዝገበ ኃጢኣትን ዝኾነ ጠራብዮስ ንቅዱስ ኣግናጥዮስ ንፈጣሪኡ ክሒዱ ጣዖት ከምልክ ኣብ ዝሓተቶ እምቢ ብምባሉ ናብ ሮማ ተላኢኩ ብናይ ትራጃን ፍቓድ ጠምዮም ንዝቐነዩ ኣናብስቲ ተዋሂቡ ብስምዕትና ዓረፈ። ምእንትኣ ኢሉ ዝሞተላ ቤተክርስቲያን "ምጥው ለኣንበሳ" "ለባሴ እግዚኣብሔር" (ቴዎፎሮስ) እናበለት ብምዝካር ስሙ ትጽውዕ ካብቶም ፸፪ (72) ኣርድእቲ ሓደ እዩ።

ዕለት ዕረፍቱ ፭፬ ታሕሳስ እዩ ክንክሳር ተመልከት

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

ስንክሳር ፭፬ ታኅሣሥ ስንክሳር ፭ ሐምሌ

ሰላም ለኣግናጥዮስ ለእግዚኣብሔር ጎሩዩ። - ሰላም ለኣግናጥዮስ ለመንበረ ጴጥሮስ ዘወረሳ፡

ዘሰበከ ጽድቀ ለእለ ጌገዩ። - እምነ መናብርት ኩሉ ዘተለዓለ ሞገሳ

ኣረማውያን ላዕሌሁ እንዘ ይትዋነዩ - ለመስዋዕተ ጣዖት ምንንት እንዘ ያረኵሳ

በፍልሃተ ቅብዕ ወተይ መለያልያቲሁ ኣውዓዩ - በፍጻሜ ሰምዑ ቀተሎ ኣንበሳ፡

ወኣፍሐመ እሳት ካዕበ በእዴሁ ወደዩ። - ወእምድኅረዝ ኢቀርበ ለሥጋሁ ይግሥሣ።

ምንጭ

1 ፭፬ ታሕሳስ ስንክሳር ሐምሌ ፭

2. ነገር ቅዱሳን ገጽ 14 1997 ዓ.ምም ኣ.ኣ.ኢ

✠ ✠ ✠

ታሪክ ቅዱስ ጴጥሮስ ተፍጻሜ ሰማዕት ሊቀ-ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ቅዱስ ጴጥሮስ ተፍጻሜት ሰማዕት ኣቡኡ ቴዎድሮስ ሊቀ ካህናት ዘእስክንድርያ፡ ኣዲኡ ሶፍያ ይብሃሉ። ውላድ ብምስኣኖም ይሓዝኑን ንኣምላክ ይልምኑን ነበሩ። ሓደ መዓልቲ ብበዓል ናይ ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስን ጳውሎስን 5 (፭) ሐምሌ ቅድስቲ ሶፍያ ናብ ቤተክርስቲያን ከይዳ ክትምሕፀን ከላ ቅዱሳን ሓዋርያት ኣብ ስእልታቶም ኮይኖም ወዲ ክትወልዲ ኢኺ ንሱ ከኣ ቅዱስን ጎሩይን ስለ ዝኾነ ጴጥሮስ ኢልኪ ስም ኣውጽእሉ በልዋ። ተወሊዱ ስሙ ጴጥሮስ ኣውጽኣትሉ። ብመንፈሳዊ ትምህርቲ ምእንቲ ክዓቢ ከምኡ እውን ንእግዚኣብሔር የገልግል ኢሎም፡ ንሊቀ ጳጳሳት ኣባ ቴዎናስ ሃብዎ። እዚ ሊቀ

ጳጳሳት እዚ ኣስተምሂሩ ካብ መዓርገ ዲቁና ክሳብ መዓርገ ክህነት ኣብጽሐ። ክመውት እንከለሎ እውን ብድሕሪይ ዝሽየም ጴጥሮስ እዩ ኢሉ ነገረሉ።

ልክዕ ከምታ ዝበላ ምስ ሞተ ከኣ ቅዱስ ጴጥሮስ ተፍጻሜ ሰማዕት ኣብ ግብጺ እስክንድርያ መበል ፲፰ (18) ሊቀ ጳጳሳት ተሸመ። ነዚ ቅዱስ ኣቦ'ዚ ሠለስተ ተመሃሮ ነበርዎ። ንሳቶም ድማ እለእስክንድሮስ፣ ኣኪላስ፣ ኣርዮስ ይበሃሉ። እዚኣቶም ጥራይ ተጠቒሶም እምበር ተመሃሮኡስ እዚኣቶም ጥራይ ኣይኮኑን ግን ንታሪክ ስለ ዝመጽኡ ሠለስተ ተጠቒሶም። ኣርዮስ ሃገሩ ልብያ እዩ። ሓደ መዓልቲ ኣብ ቤተ መዛግብቲ (ናይ መጽሓፍቲ መዝገብ) ኣትዩ ካብ ጥበበ ሰሎሞን ክንብብ እንከለሎ *(ትቤ ጥበብ ፈጠረኒ ኣብ ከመ እኩን መቅድመ ኩሉ ተግባሩ)* ምሳ 8፡22/ ፳፪፥፳፱ ዝብል ንባብ ረከበ። ንሱ ናይ እግዚኣብሔር ወልድ ኣምላክነት ይጠራጠር ነበረ'ሞ፣ ጥበብ ተባሂሉ ዘሎ እግዚኣብሔር ወልድ እዩ። ፈጠረኒ ማለት ከኣ ብባሕርዩ ፍጡር ስለ ዝኾነ እዩ እምበር ኢሉ ክከራከርን ክስተምህርን - መረ።

እዚ ነገር'ዚ ናብ ተፍጻሜ ሰማዕት ቅዱስ ጴጥሮስ በጽሐ'ሞ፣ ጸዊዑ እዚ ወደይ ከምዚ ዝበለ ትምህርቲ ካባይ ኣይሰማዕካን፣ ካብ መጽሓፍ እውን ኣይረከብካን፣ ንካልኣይ ግዜ ከምዚ ኢልካ ኣይትሕሰብ፣ ኣይትናገር እውን በሎ። ኣርዮስ (እሺ ሕራይ) ኢሉ ከደ። ምክርካር ግን ኣየቐረጸን።

ቅዱስ ጴጥሮስ ንኣርዮስ ካብ ሽመቱ ስዓሮ ካብ መዓርጉ ኣውራዱ ኣባረሮ። ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ እዞም ክርስቲያን ክውድኡን ክጠፍኡን ኢለ መዓልታዊ ብሴፍ እውድኦም ኣሎኩ። ግን እንደገና ከኣ ይበዝሑ ኣለዉ። ዋላ እውን ኣይቀነሱን። እንታይ እዩ ነገሩ ኢሉ ሓተተ። ንስካ ሽሕ ክልተ ሽሕ ቀቲልካ እንተውዒልካ ሽሕ ክልተ ሽሕ የእሚኑ ኣጠሚቹ ዝውዕል መምህር ኣለዎም ኢሎም ነገርዎ። መን እዩ ንሱ፡ በሎም፣ እቲ ናይ እስክንድርያ ሊቀ-ጳጳሳት ጴጥሮስ እዩ በልዎ። ቅተልዎ ኢሉ ጋላት ዝተባህሉ ጭፍራ ለኣከ።

ኣርዮስ ነዚ ነገር'ዚ ሰሚዑ ንኣኪላስን ንእለእስክንድሮስን " ተመሊሰ ኣሎኩ እሞ ምስ መምህረይ ኣተዓርቒኒ " በሎም። ከይዶም ኣቦና ተዓረቕልና በልዎ። ቅዱስ ጴጥሮስ ተመሊሱ ድዩ፡ በሎም እወ ተመሊሰ ኣሎኩ ኢሉ በልዎ። እንተተመሊሱ ድኣ ጽቡቕ ኢሉ መዓልቲ ቆጺሩ ኣፋነዎም። በዛ ለይቲ እዚኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብኣምሳለ ሕፃን ኮይኑ ዝተቐደደ ክዳን ተከዲኑ ርእሱ ሒዙ ክሓዝን ክጉሂ ተራእዮ። ጐይታ ምኳኑ ፈሊጡ "*ኦ እግዚእየ መኑ ሠጠጣ ለልብስኪ*" ጐይታይ ክዳንካ ደኣ መን እዩ ቀዲድልካ፡ በሎ። "*ኣርዮስ ሠጠጣ ለልብስየ*" ኣርዮስ እዩ ቀዲድዎ በሎ። ካብቲ ናይ ባሕርይ ኣቦይ ኣብ፣ ካብቲ ናይ ባሕርይ ሕይወተይ መንፈስ ቅዱስ ፈልዩኒ፣ "*ወእምኔሁ ተዓቀብ*" ክምለስ ስለ ዘይክእል እቲ

ተወጊዝዎ ዘሎ ውግዘት ከይትፈትሕ ተጠንቀቐ በሎ። ጐይታ ኣብዚ ጊዜዚ ኣተሓሒዙ ንቅዱስ ጴጥሮስ ክሳብ ግዜ ምጽኣት ዘሎ ነገራት ኩሉ ነገሮ።

እቶም ክልተ መማህርቱ ኣኪላስን እለእስክንድሮስን ከም ቆጸርኦም ንኣርዮስ ሒዞሞ ናብ ቅዱስ ጴጥሮስ መጹ ኣርዮስ ሓደ እግሩ ናብ ውሽጢ ቤት ሓደ እግሩ ኣብ ደገ ከሎ *"ውጉዝ ኣርዮስ በሰማይ ወበምድር"* ኢሉ ወገዞ። ኣርዮስ ሃዲሙ ከይዱ ጠፍኣ፣ በዓል ኣኪላስ ደንጊጾም ጠጠው በሉ። እዞም ደቀይ ሰለምንታይ ትድንግጹ በሎም። "ከነታዓርቐ ኢልና እንደገና ከም ዝገድድ ኮይኑ ደኣ እንታይ ከ ዘየደንግጽ ኣለና በልዎ"። ኣነ ናይ ጐይታይ ፍቓድ ክጥሕስ ኣይክእልን እየ ዕለተ ሞተይ ቀሪቡ እዩ። ብድሕሪይ ኣኪላስ ወደይ ክሽየም እዩ። ብውዳሴ ከንቱ ጠሊፉ፣ ብናይ መሰታነት (ብሓደ ምዕባይ) ፍቐሪ ተገዲዱ። ናብቲ ዝነበሮ ሽመት ክመልሶ እዩ። ንሱ እውን ኣይጥቀምን ኣብ መንፈቐ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ክቐዘፍ እዩ። ካብኡ ቀጺሉ ወደይ እለእንስክድሮስ ክሽየም እዩ። ኣብ ዘመኑ ዓቢ ጉባኤ ክግበር እዩ። ናይ ኣርዮስ ሕፍረት ከኣ ኣብ ጉባኤ ክገልጾ እዩ ኢሉ ጐይታ ዝገለጸሉ ነገሮም። ነዚ ሰሚየም ናብ ቦትኦም ተመልሱ። ድሕሪኡ እቶም ድዮቅልጥያኖስ ዝለኣኾም ጭፍራ (ጋላት) መጹ። ንቅዱስ ጴጥሮስ ምእመናን ኣዝዮም ይፈትውዎ ስለ ዝነበሩ ለይትን መዓልትን በብእብረ ክሕልዉዎ - መሩ። ቅዱስ ጴጥሮስ ግን ኣዝዩ ንሕዝቡ ሓላዪ ብምኳኑ ብኣይ ምክንያት ናይ ምእመናን ደም ብከንቱ ዶ ክፈስስ ኣይኮነን ብምባል ኣብ ናይ ቅዱስ ማርቆስ ቤት መቓብር ኣትዩ *"ኦ እግዚኦ ረሰያ ለዛቲ ደምየ ተፍጸሜተ ደመ ኩሎሙ ሰማዕተ ኣንጸክያ"* ንደመይ ናይ መወዳእታ ስምዕትና ግበራ ኢሉ ክጽሊ - መረ። በዚ ምክንያትነዚ ከኣ*"ጴጥሮስ ተፍጸሜ ሰማዕት"* እናተባህለ ክጽዋዕ ክኢሉ። ከምዚ ማለቱ ግን ብድሕሪኡ ስለ ክብሪ ወንጌል መከራ ንዝቐበሉ ምእመናን ሰማዕት ከይኮኑ ወይ ሰማዕት ከይበሃሉ ተመቐንዩ ዘይኮነስ መከራ ምስ በርትዖም ከይክሕዱ እሞ ከይኩነኑ ኢሉ እዩ።

ከምዚ ኢሉ ምስ ጸለየ ንናይ ጸሎቱ መልሲ *"ኣሜን ይኩን በከመ ቃልከ"* ዝብል ድምጺ ካብ ሰማይ ተሰሚዑ።

ቅዱስ ጴጥሮስ ምእንቲ እቶም ሕዝቢ ምስኡ ከይሞቱ ኢሉ ምስቶም ሰየፍቲ ከምዚ ኢሉ ተማከረ ኣብ ፍሉይ ሰዓት ብለይቲ ሰብ ከይረኣዮም ክመጽኡ ንሱ ከኣ በታ መስኮት ተቐሪቡ ክጸንሖም እሞ ብጽምዋ ክስይፍዎ፣ ከምታ ዝበሎም ብመስኮት ሴፍ ብምሕላፍ ሰየፍዎ። ካብ ክሳዱ ጸባን መዓርን ወጸአ እቲ በድኑ ከኣ ንክልተ ሰዓት ዝኣክል ከይወደቐ ጠጠው ኢሉ ጸንሐ። *"ኣሰሓወ ሎሙ ፈቃሮ ቅድስተ መመጠዎሙ ክሳዶ ክብርተ ሊጋላት"* ከም ዝብል።

ኩሉ ግዜ ጸሎቱ ምስ ፈጸመ ብኢዱ ጠቓዕ ጠቓዕ የብለሎም እሞ እቶም ምእመናን ኣትዮም እቲ ዝመሃር ክመሃር፡ እቲ ብሕጊ ዝመጽእ ከኣ ብሕጉ ይዘራረብ ነበረ። ኣብዛ ዕለት እዚኣ ግን ፈጺሞም ድምጹ ክረክቡ ኣይከኣሉን።

ከፊቶም እንተ ኣተዉ ክሳዱ ተቐሪጹ ጸንሖም። እንተኣጋጠምዎ *"መኢተረክበ አሰረ ምትረት"* ይብሎ። ሰይፍ ዘይተንከየ ኮይኑ ጸንሖም።

ኣብ መንበሩ ከኣ እንትርፎ ሓንቲ መዓልቲ ተቐሚጡ ኣይፈልጥን ነበረ። ምክንያቱ ሓደ መዓልቲ እናስተምሃረ እንከሎ ጐይታ ተቐሚጥዋ ስለ ዝረኣዮ ኣነ ምስ ጐይታይ ተጻቓቒጠ ኣይቅመጥን ብምባል ነበረ። እንታይ ድኣ ኣብቲ ጎኑ ምንጻፍ ኣንጺፉ ኣብ ታራ መንበር ይቕመጥ ነበረ። ሽዑ እቶም ምእመናን ኣብዚ መንበር'ዚ ጌሮም ብመዝሙር ብማኅሌት ብክብሪ ቀበርዎ።

ናይ ቅዱስ ጴጥሮስ ተፍጻሜ ሰማዕት በረከት ምስ ኵሳትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።

- ሰላም ለከ ሰባኬ ሃይማኖት በጥያቄ
- ኣምሳለ ጳውሎስ በሰሎንቄ፡
- ዕፀ ወይን ጴጥሮስ ወዕፀ ሐዲስ ኤሎቄ
- ኣርጋበ ዘሞርሞንቄ እንተ ጸለልከ እም ኣንቄ
- እፎኑመ ጊዜ ሠርክ ኣውዓየከ መርቄ።

ምንጪ፡- ሰንክሳር ዕለት ፭፱ ጎዳር

✠ ✠ ✠

ታሪክ ቅዱስ እለ እስክንድሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ድሕሪ ሞት ቅዱስ ጴጥሮስ እቲ መንበር ማርቆስ ብዘይ ሊቀጳጳሳት ስለ ዘይሓድር ከምታ ዝተነግረት ትንቢት ንኣኪላስ ሸምዎ። ኣርዮስ ካብ ውግዘተይ ክፈትሓኒ እዩ ብምባል። "ሎሚ ግብረ ገብነት ዝተማህረ ሊቅ" ተሸይሙ እናበለ ብውዳሴ ከንቱ ጠለፎ። ካብቲ ተወጊዝዎ ዝነበረ ፈቲሑ ኣብ ቦትኡን መዓርጉን መለሶ። ንሱ እውን ኣይተጠቕመን ኣብ 6 (፮) ወርሑ ተቐዝፈ ድሕሪኡ እለእስክንድሮስ ተሸመ። ከምታ ናይ ኣቡኡ ከኣ ንካልኣይ ግዜ ውግዘት ኣብ ርእሲ ውግዘት ጌሩ ወገዞ (ፈለዮ) ኣርዮስ ኣተዓርቒኒ ኢሉ ኣተዓረቕቲ ሰባት ለኣከ። መምህረይ "ዘይምለስ ክሓድን መናፍቕን እዩ ኢሉ ነጊሩኒ እዩ" ኢሉ ኣብ ርእሲ ውግዘት ውግዘት ወሰከ።

እለእስክንድሮስ ናብ ቆስጠንጢኖስ እንተከደ ኣርዮስ ብዘይፈጸምክዎ ወጊዙኒ ኢሉካ በሎ። ንሱ ከኣ በል ኣራከበኒ በሎ። ከራክቦ እንተበለ ኣርዮስ ተሳኢኑ ደሓር ግን ከም ሓደ ወደል ባርያ ገዛ ገዛ ክዘውር ተረክበ እሞ ኣጋጠሞ። ንጉሥ ቆስጠንጢኖስ ንቅዱስ እለእስክንድሮስ ሓቀ ምካኑ ስለ ዝኣመኖ ንኣርዮስ ጉባኤ ከቐመልካ በሎ። እለእስክንድሮስ ከኣ መምህሩ ብጉባኤ ከም ዝረትየ ነጊርዎ ስለ ዝነበረ ተሓጐሰ። ካብ ዕለት 21 (፳፩) ሚያዝያ ክሳብ 21 (፳፩) መስከረም ኣብ ኒቅያ ተኣከቡ ኢሉ ኣው- ። ዝሓመመ ሓውዩ፣ ዝደከመ ቀስ ኢሉ ብምምጻእ 21 (፳፩) መስከረም ፪፻፫፻፵(2340) ሊቃውንቲ ተኣከቡ። ስምኩም፣ ሃገርኩም፣ ሃይማኖትኩም ጽሒፍኩም ሃቡኒ በሎም። ጽሒፎም ከኣ ሃብዎ፣ እቶም ፫፻፲፯ (317) ልክዕ ንእለእስክንድሮስ መሲሎም ተረክቡ። ካብዚኣቶም መከራ ዘይተቐበለ ኢዱ ወይ እግሩ ዘይተቐርጸ፣ ዓይኑ ዘይነቐረ ኣይነበረን። ን22 (፳፪) ዓመታት ኣካላቱ በብንእሽቶይ ቆራሪጹ ንጣያቱ ክዓጥነሉ ዝጸንሐ ዲዮቅልጥያኖስ ቅዱስ ቶማስ ዘመርአስ ኤጲስ ቆጶስ ሓደ ካብኣቶም እዩ።

እቶም ፬ ዓበይቲ ሊቃነ ጳጳሳት እውን ምሳታቶም እዮም። ድሕሪኡ እዞም ፫፻፲፰(318) ሊቃውንቲ ብሱባኤ ብሓደ ኮይኖም ክምርምሩ - መሩ። ጐይታ እውን ከም ሓደ ካባታቶም መሲሉ ኣብ ማእከሎም እናተረከበ ዝጎደለ እናኣቃንዓሎም ይውዕል ነበረ። ንጉሥ ቆስጠንጢኖስ እናረኣዮ ንፉዕ ኤጲስ ቆጶስ እናበለ የድንቕ ነበረ። ድራጮም ክሰደሎም እንከሎ እቶም ፫፻፲፰(318) ተቐቢሎም ሓንቲ ግን ተመሊሳ ናብ ንጉሥ ትኣቱ ነበረት። ጐይታ ምኳኑ በዚ ፈለጠ። ትሽዓተ ሱባዔ ምስ ፈጸሙ ኣብዚ ዕለት'ዚ ኣፈ ጉባኤነት ብቅዱስ እለእስክንድሮስ ቆመ። እንታይ ሒዝካ ኢካ "ወልድ ፍጡረ ዝበልካ በሎ"። *"ትቤ ጥበብ ፈጠረኒ ኣብ መቅድመ ኵሉ ተግባሩ"* ቅዱስ እለእስክንድሮስ *"እምቅድመ ኣድባር ወአውግር ወለደኒ"* እምባታትን ኩርባታትን ቅድሚ ምፍጣሮም ወሊዱኒ። ዝብል ከድኣ በሎ ኣርዮስ እወ ይወልድ እዩ፣ ይፈጥር እዩ በሎ።

ምውላድ ምፍጣር ዝከውን እንተኮይኑስ ስለምንታይ ንስካ ንዝወለድካዮ ውላድ ዘይትፈጥሮ ኢሉ ረትየ። ኤጲስቆጶስ ብውግዘት ንጉሥ ብኣዋጅ ምስ ፈለይዎ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ብዙሓት ድርሳናት ደሪሱ ብዙሓት ተግሳጻት ጽሒፉ *"ጸሎተ ሃይማኖት ክሳብ ወአልቦ ማኅለቅት ለመንግሥቱ"* ዝብል ንምእመናን ሕንጻ መኽሳት ዝብል ንመኽሳት ጽሒፉ ኣብ ሃይማኖት ኣበው ስሙ ብብዝሒ ተጠቒሱ ይርከብ።

ናይ ኣርዮስ ፍጻሜ ኣመዋውታ

ናይ ኣርዮስ ፍጻሜ ሊቃውንት ብውግዘት ንጉሥ ብኣዋጅ ምስ ፈለይዎ ተፈልዩ ኣብ ማእሰርቲ እንከሎ "ኣሚነ እየ ተመሊሰ እየ" በለ። እንተ ኣሚንካ

እንተተመሊስካ ተነሢሕካ ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ተቐበል እሞ ክንርእየካ በልዎ። ኣብ ቤተክርስቲያን ኣትዩ ከሎ እቲ ቀዳሳይ ካህን "ኣሐዱ ኣብ ቅዱስ" ምስ በለ ኣርዮስ *"በአማን አብ ቅዱስ"* በለ *"በአማን ወልድ ቅዱስ"* ክብል ከሎ ከኣ "ያእ እዝስ ብዘይፍልጠት ኑቲ ፍጡር ምስ ፈጣሪ ምትክካል" እዩ በለ። ሽዑ ውጽኣት ተሰሚዕዎ ከም ጤል ቀልባዕባዕ እናበለ ክሸይን ወጺኡ። *"ንዋየ ውሰጡ"* መዓንጣኡ ተዘልዚሉ ሞተ። እዚ ዝከውን ዘሎ ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣብ ዘመነ ሽመቱ እዩ። ማለት ብጸሎት ቅዱስ ኣትናቴዎስ እዩ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵሳትና ኣንበብቲ ገድሉን ሰማዕቱን ይኹን።

ምንጭ፡- መዝገበ ታሪክ 1ይ ክፋል መጋቢት 1997 ዓ.ም ኢ.ኦ.ኢ ገጽ 63፣ ገጽ 64

ብመምህር ጎሩይ ኤርሚያስ

✠ ✠ ✠

ታሪክ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሊቀ ጳጳስ ዘእስክንድርያ

ቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣብ እስክንድርያ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከባቢ ጡፍ ዝተባህለት ቁሸት ካብ ሓኪም ኣቡኡን ካብ ማርያም ኣዲኡን ብዕለት ፳ (20) መስከረም ፪፻፺፱ (299) ዓ.ም.ግ ተወልደ። ኣትናቴዎስ ማለት ዓቢ፣ ሕይወት፣ ዘኢይመውት፣ ጽሩይ ማይ፣ ብርሃነ ዓለም ማለት ኢዩ። ሓዋርያዊ ክበሃል ዝክኣለ፣ ሓደ መዓልቲ ኣብ መቃብረ ቅዱሳን ጴጥሮስ ወጳውሎስ ከይዱ *"ሰላም ለክሙ ብፁዓን ሓዋርያት"* እናበለ ክጽሊ እንከሎ፣ "ለከሂ ይቤሉከ ሓዋርያ" ዝብል ቃል ሰሚዑ *"ወኮኑ ኣበዊሁ ኣረማውያን"* ይብል ኣቡኡን ኣዲኡን ኣረማውያን እዮም።

እቲ ዓቢ መሓመድ ንሓምበሊ፣ ሓነፊ፣ ሸነፊ፣ መለኪ ይወልድ ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ከኣ "ዘእምነገደ ሐነፊ" እዩ ዝብሎ ንመሓመድ ወዲ ወዱ እዩ። እዚ ንመሓመድ ወዲ ወዱ ኢልዎ ዘሎ፣ ቀዳማይ ካልኣ መሓመድ ድኣ እምበር እቲ ንምስልምና ዝመሥረተ መሐመድ ኣይኮነን። ምክንያቱ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዝነበሮ ዓመተ ምሕረት ብ 299 ተወሊዱ፣ ብ 374 ከኣ ሞይቱ።

መሥራቲ ምስልምና መሓመድ ዝነበሮ ዓመተ ምሕረት ከኣ ብ620 ከባቢ እዩ። ስለዚ ንኣንበብቲ ምእንቲ ከየሸግር ዓመተ ምሕረት ዝነበርዎ ፈሊካ ምፍላጥ ይግባእ። ንኣብነት፡- መሓመድ ጻዕዳ ኤርትራዊ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ንሱ ኣብ ከባቢ ---------- ዓመተ ምሕረት ከም ዝነበረ ኣብ ገጽ 246-249 ታሪክ ዮሓንስ መጥምቕ ብሰፊሑ ተጻሒፉ ኣሎ። እዚ ስም እዚ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ናይ ንእሽቶ እስያ ስም እዩ። ስለዚ ዘጠራጥር ነገር ኣይኮነን። መሓመድ ጻዕዳ

ኣብ ታሪክ ገዳም ኣቡነ ሊባኖስ ዝተገልጸ ንኣቡነ ሊባኖስ ዝቐበረ ድሓር ስሙ ብ---------- ዝብል ዝተጠምቀ እዩ። ስለዚ ከኣ እዚ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ መሐመድ እቲ መስራቲ ምስልምና ዘይኮነስ ካልእ ናቱ ሞክሲ እዩ። *“ወሙእቱ ረድኡ ለእለእስክንድሮስ”* ይብሎ።

ቅዱስ እለእስክንድሮስ ኣርድእቱ ኣኪቲሉ መንገዲ እናከደ እንከሎ፣ ደቂ እቲ ከባቢ ህፃናት ገዛ ገዛ ብዛዕባ ቤተክርስቲያንን ኣገልገልታን ይጸውቱ ነበሩ። ማለት ጳጳስ፣ ሊቀጳጳስ፣ ዲያቆን፣ ካህን. . . ወዘተ እናበሉ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ነቶም ህፃናት ምሳካትኩም እባ ክጸወት ፍቐዱለይ ይብሎም። ንሳቶም ከኣ ኣይከውንን እዩ፣ ምክንያቱ ንስካ ኣረማዊ ኢካ በልዎ። ኣሚነ ኣለኩ ኣጥምቐኒ በሎም፣ ናይ ጸውቲ እምነት ኣእሚኖም ናይ ጸወታ ጥምቀት ኣጥሚቖም፣ ሊቀ ጳጳስ ሸምናካ ኢሎም ኣብ መንበር ኮፍ ኣቢሎም እናሰገዱሉ፣ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ቀው ኢሉ ክሳብ መወዳእታ ይዕዘብ እሞ እቶም ምስ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ዝነበሩ ተመሃሮ ኣንታ ዘይ ናይ ህፃናት ነገር እዩ፣ ካብ ቆልዑት'ዶ ቁም ነገር ኣሎ'ዩ ክንድዚ ተገዲስካ ትዕዘቦም በልዎ።

ንሱ ኣይፋልኩምን እዚ ዝገብርዎ ዘለዉ ንመጻኢ ትንቢት እዩ። ማለት እዚ ህፃን እዚ ኣቡኡ ክመውት እዩ። ሽዑ ኣዲኡ ንዓይ መሃሮን የዕብዮን ኢላ ክትህበኒ እያ። ብድሕሪይ ቀጺሉ ሊቀ ጳጳሳት ክሸየም እዩ በሎም። ግዚኡ ምስ በጽሐ፣ ኣቡኡ ሞይቱ፣ ኣዲኡ ነዚ ህፃን'ዚ የዕብዮን መሃሮን ኢላ ሃበቶ'ሞ፣ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ከኣ ኣብ ትሕቲኡ ሸሞ። ንሱ ምስ ሞተ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሊቀ ጳጳሳት ተሸመ። ኣቐድም ኣቢሉ እውን ኣብ ጉባኤ ኒቅያ ፫፳፩(ብ325) ዓ.ም.ግ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ኣብ መንበር፣ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ተካራካራይ ናይ ኣርዮስ ኮይኖም ንኣርዮስ ረቲያም ወጊዞም ሰጐጉዎ።

ታሪክ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሊቀጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ድሕሪ ሞት ቄስጠንጢኖስ ዓቢ ቄስጠንጢኖስ ንእሽቶ ነገሠ። ዓርኪ ኣርዮስ ዝኾነ ኣውሳብዮስ፣ ንንጉሥ ቄስጠንጢኖስ ንእሽቶ፣ መናፍቕ፣ “ዓሚጸም ድኣ እምበር ነገሩስ ከም ናይ ኣርዮስ እዩ ሓቂ” በሎ። ንርእሱ ኣርዮሳዊ ስለ ዝኾነ ቀጥታ ተቐበሎ።

ቄስጠንጢኖስ ንእሽቶይ ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣውጺኡ ሰጐጎ። ንሸውዓተ ዓመት ዝኣክል ኣብ ስደት ጸንሐ። ድሕሪ ሸውዓተ ዓመት ክሳብ መዓስ እየ ኣብ ስደት ክነብር ብሰይፍ እንተ ሰየፈኒ ሰማዕትነት ክቐበል፣ እንተተካራከረኒ ከኣ እከራከር፣ ናብቲ ዝነበርክዎ ሃገር እንተመለሰኒ ከኣ ኣስተምህር ኢሉ ተመሊሱ እንተመጽአ ስለምንታይ መጻእካ: በሎ። ቅዱስ ኣትናቴዎስ ከይፈርሀ ሓሳባቱ

ገለጸ። እቲ ንጉሥ ኣነ ኣይቀትሎን እየ፡ ተጻዒሩ ይሙት ኢሉ፡ ንኣውሳብዮስ ኣብ ሓዳስ መርከብን ጥዑይ ኣውቲስታ (መራሒ) ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣብ ሰባር መርከብን ዘይክእል መራሒን ሂቡ፡ ማለት እታ ኃልባ ኣቑሑታ ኩሉ ዝነቐዘ ጌሩ ናብ ባሕሪ ሰደዶም። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ኣውሳብዮስ መርከብ ተሰቢራቶ ጥሒሉ ሞተ። ቅዱስ ኣትናቴዎስ ግን መላእክቲ ብሓዳስ ኃልባ ጌሮም መንፈሳዊ ምግቢ እናመገቡ ወሲዶም ኣብ ቦትኡ ኣብጽሕዎ።

ድሕሪኡ እቲ ከሓዲ ንእሽቶ ቈስጠንጢኖስ ሞይቱ ካልእ ንጉሥ ነጊሡ፡ ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣውጺኡ ሰጎገ፡ ኣብቲ ተሰዲዱሉ ዝነበረ ምኩራብ ጣዖት ነበረ፡ ክኣቱን ክወጽእን ክርእዮ ከሎ ይሓዝን ነበረ *"መለእመ ረከብኩ ሞገሰ በቅድመ ኣምላኪየ ኢየኃድጎ ለዝንቱ ኣድራሜሌክ ምኵራብ ሰገል"* እናበለ ይጽሊ ነበረ። ንናይ ሃገረ ኣግዓዚ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ንመ- መርያ ግዜ ዝሸመ መበል ፳ (20) ፓትርያርክ ዘእስክንድርያ እዩ። ቅዱስ ኣትናቴዎስ ንሣኒ(47) ዓመታት ኣብ ሽመት ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ደሴተ ጋግራ ተኣሲሩ ብዕለት 7 (፯) ግንቦት ፫፻፸፬ (374) ዓ.ም ኣብ መበል ፸፭(75) ዕድሚኡ ዓረፈ። ልብሱ ኩሉ ንገዳመ ኣቡነ እንጦንስ ሃቦ። እቲ ጣዖት ከኣ ቦቲ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዝጽልዮ ዝነበረ ጸኒሑ ዓነውነው ኢሉ ወደቐ።

ቅዱስ ኣትናቴዎስ ብዙሕ ድርሳናት ዝደረሰ ዓቢ ኣቦ እዩ። ካብቲ ኩሉ ዝጸሓፎ ንኣብነት መጽሓፈ ቅዳሴ ንዕለተ ሰንበት ዝምልከት ደሪሱ። ነዚ ዘቐረቦ ከኣ ቅዱስ ባስልዮስ እዩ።

ዕረፍቲ ናይ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ግንቦት ዕለት ፯ እዩ። መጽሓፈ ስንክሳር ተመልከት። እዚ ቅዳሴ'ዚ ሰንበት ሰንበትን ግንቦት ዕለት ፯ን ይቕደስ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለኣትናቴዎስ ላዕሌሁ ተነበዩ፡
- ደቂቀ ክርስቲያን ኮሉ እንዘ ይትዋነዩ፡
- ሊቀ ጳጳሳት ዘኮነ ወምእመነ ክርስቶስ ዲበ ንዋዩ፡
- ወተሰምየ ሐዋርያዊ በኮሉ ዓያዩ፡
- ከመ ሓሳሩ ብዙኅ ወፍድፋድ ሥቃዩ፡

ምንጪ፡- ካብ መቕድም መጽሓፈ ቅዳሴ ዝተቐድሐ።
ሰንክሳር ዕለት ፱ ጥቅምቲን ፯ ግንቦትን

✠ ✠ ✠

ታሪክ ቅዱስ ባስልዮስ ሊቀ ጳጳስ ዘቂሳርያ

ባስልዮስ ማለት ማኅቶተ ቤተክርስቲያን ማለት እዩ። *"መሀለውዎ ፩ አኃው"* ይብሎ። ኃሙሽተ አኀዋት ነበርዎ ኣቡኦም "ኤስድሮስ" ፡ ኣዲኦም "ኤመልያ" ይበሃሉ። ሃገሩ አንጾክያ እዩ፡ ዓቢ ካህን ከምዝነበረ ይፍለጥ። ማለት 4 (፬) ኣወዳት፡ ሓንቲ ጓል ኮይኖም እዞም ዝስዕቡ እዮም።

ኣስማቶም ድማ፡- 1. ቅዱስ ባስልዮስ ሊቀ ጳጳስ ዘቂሳርያ 4. ቅዱስ መካርዮን ካህን

2. ቅዱስ ጎርጎርዮስ እኅው ባስልዮስ ዘኑሲስ 5. ቅድስት መካሪና ይበሃሉ።

3. ቅዱስ ጴጥሮስ ጳጳስ ዘኤፌሶን

- ቅዱስ ባስልዮስ ናይ ቂሳርያ ሊቀ ጳጳሳት
- ጎርጎርዮስ ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ
- ቅዱስ ጴጥሮስ ኣብ ኤፌሶን ጳጳስ ተሾሙ።
- ቅዱስ መካርዮን ከኣ ንጹሕ ድንግል ምሉእ መዓርገ ቅስና ዘለዎ ግን ኣይተሸመን ይብሎ።
- ቅድስት መካሪና ከኣ ብድንግልናን ሰማዕትናን ዝሓለፈት ዓባይ ኣደ እያ ታሪካ ኣብ ምዕራፍ 5 (፭) ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ።
- ቅዱስ ባስልዮስ ተሸይሙ ከሎ ብዙሕ መጻሕፍቲ ጽሒፉ፡ ብዙሕ ድርሰታት ደሪሱ፡ ብዙሕ ተኣምራት ከኣ ገሩ፡ ኣብዚ ካብቲ ዝገበሮ ተኣምራት ብዛዕባ እተን 7 (፯) ይነግር።

1ይ ሓዉ ጴጥሮስ ሰበይቲ ተመርዕዩ ግን መልኣከ እግዚኣብሔር ብኣክናፉ እናሓለዎም፡ ልክዕ ከም እንዳ ድሜጥሮስ ኮይኖም እናነበሩ ከለዉ፡ እቶም ሕዝቢ ምስ ሓመይዎ፡ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ጸልዩ ከም ዝግለጸምን ከምዝርድኦምን ገበረ።

2ይ ኣብቲ ዘመን'ቲ ብዓለውቲ ነገሥታት ተዓጽያ ዝነበረት ቤተክርስቲያን ጸልዩ ከም እትክፈት ገበረ።

3ይ ሓደ ካህን ሰበይቱ ለምጻም ዝኾነት ተሓቢኡ ርክብ ይፍጽም ምስ ነበረ፡ እቲ ሕማም ለገቦ፡ ሽዑ ቅዱስ ባስልዮስ

ጸልዩ ፈወሶም።

4ይ ሓደ ፈላስፋ ንቅዱስ ባስልዮስ ኣብ ግዜ ሕማሙ ክበጽሖ መጽኣ፡ ዝተዛረቦ ዘረባ ከኣ ጥብ ዘይብል እዩ ኔሩ፡

ስለ'ዚ ባስልዮስ እስከ ዕለተ ሞተይ ንገረኒ በሎ። ንሱ ከኣ ሎሚ መዓልቲ ክትመውት ኢካ ኢልዎ ከሎ

እንድሕሪ ዘይሞይተ ግን ብሃይማኖተይ'ዶ ትኣምን ኢሉ ቃል ኣእተዎሞ ጸልዩ ድሕሪ 3 (ቮ) መዓልቲ ከም

ዝመውት ገበረ። ሽዑ እቲ ፈላስፋ ንሱን ቤተሰቡን ብክርስቶስ ኣሚኖም ተጠመቐ።

5ይ ታሪክ ቅዱስ ኤፍሬምን ቅዱስ ባስልዮስን ብዛዕባ እታ ጓል ንጉሥ ኃጢኣታ እትጽሕፍ ዝነበረት ካብ አንድምታ

ውዳሴማርያም ናይ ሰኑይ ተጠቐም።

6ይ ቅዱስ ኤፍሬም ኣብ ዓፀደ ቤተክርስቲያን እናጸለየ እንከሎ " ኤፍሬም ኤፍሬም" ኢሉ አጸውያ፣ ቋንቋታቶም

ብጸሎት ተገላለጹ፣ ከዕልሉ'ውን ሓደሩ። ኣብ ገጽ 111 ናይ ቅዱስ ኤፍሬም ብሰፊሕ ተጻሒፉ ኣሎ።

7ይ ሓደ ባርያ ኣብ እንዳ ንጉሥ ዝሰርሕ፣ ንጓል ንጉሥ ይብህጋ፣ ክሳብ ናብ ጠንቒሊ ከይዱ ነዛ ጓል ደልየያ እየ እሞ ሠሪካ ናባይ ከም እተፍቅር ግበረለይ ይብሎ። በል ስም ክሕደትካ ጽሒፍካ ሃበኒ በሎ፣ ጽሒፉ ሃቦ። ኣብ ናይ ኣረሚን መቓብር ኬድካ፣ ገጽካ ንምዕራብ ጠሚትካ ኮፍ በል። ካብ ሕጂ ንንየው ስም እግዚኣብሔር ከይትጽውዕ፣ ገጽካ ከይተማዕትብ ኢልዎ ከይዱ ከምታ ዝበሎ ንምዕራብ ገጹ ኣብታ መቓብር ኣረሚን ተቐመጠ።

ካብ ሰይጣውንቲ ሓደ መጺኡ ኣጆካ ዝደለካዮ ክንገብረልካ ኢና ኪድ በሎ። ተመሊሱ ናብ'ቲ ሰራዪ ከደ። እንቂዕ ደሓን መጻእካ ፣ እሂ እንታይ ሰሚዕካ በሎ። ዝተገብረለይ ነገር የለን ግን ሓደ ጸሊም መጺኡ ነታ ዝሃብካኒ ደብዳቤ ተቐቢሉኒ፣ "ኣጆካ ድሌትካ ክንፍጽመልካ ኢና" በለኒ በሎ። እቲ ሰይጣን ኣብታ ጓል ሓዲሩ ልባ ብፍቕሪ እቲ ባርያ ኣቃጸላ። ክሳብ ኬድኪ ሕዝዮ ዝብላ ውን ኮነ። ንወለዳ ከይሓፈረት ከተመርዕ ዉኒ ከለኩም ነዚ ኢኩም እተመርዕዉኒ በለቶም። ንሳቶም ንስኪ ጓል ንጉሥ ንሱ ባርያ፣ ስለምንታይ እንተበልዋ እሞ ኣነ ፈትየዮ ኣለኩ በለቶም። ብዝሓበረቶም መሠረት ኣመርዓ ውዋ ንነዊሕ ግዜ ኣብ ሓዳራ ጸንሐት። ድሓር ግን እንታይ ኮይነ እየ ናብ ባርያ ዝተመርዓኩ ኢላ ጠርጠራ፣ ቤተክርስቲያን እባ ንኪድ በለቶ። ንስኪ ኪዲ ኣነ ካልእ መዓ ልቲ ክከይድ እየ ይብላ። ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ንቀበል ትብሎ ንስኪ ተቐበሊ ኣነ ካልእ መዓልቲ ክቐበል እየ ይብላ። ስለምንታይ ኢካ ከም'ዚ እትብለኒ በለቶ። ንግዚኡ ሰዊሩላ ድሓር ግን ኣጸቢቕ ብሕቶ ምስ ኣጨነቐቶ ኩሉ ዝገበሮ ካብ መ- መርታ ክሳብ መፈጸምታ ነገራ። ሽዑ ከይዳ ንቅዱስ ባስልዮስ ነገረቶ፣ ቅዱስ ባስልዮስ ሒዝክዮ ምጽኢ በላ። ሒዛቶ መጽአት፣ እስከ ንገረኒ በሎ ከየትረፈ ኩሉ ነገሮ። ክትድሕን ትደሊ ዲካ በሎ። ክድሕን ምፈተኩ እንተኮነ እቲ ናይ ክሕደተይ ደብዳቤ እቲ ሰይጣን ወሲዱዎ ከሎ ከመይ ጌሩ ክምለስ እምበር እወ ክድሕን ምፈተኩ በለ። ኣጆካ ኣምላክ ፈታው ንስሓ እዩ፣ ጽናዕ ጨክን ኢሉ፣ ኣብ ሓደ ጸልማት ገዛ የእትዩ ኣብ ሣልስቲ ምግቡ እናሃበ ከመይ ኢልካ ቀኒካ ይብሎ።

- ኣብ ቀዳማይ ሳልስቲ እቲ ደብዳቤ እናኣርአዩ ናበይ ገዲፍካና ክትከይድ ኢካ እናበሉ ከትኪቶሙኒ መከራ በርቲዑኒ ኣሎ በሎ።
- ኣብ ሻዱሻይ መዓልቲ ከይዱ ከመይ ቀኒካ እንተበሎ ሎሚ እቲ ምክትካት ቁሩብ ዕግስ ኢሎም በሎ።
- ኣብ ታሽዓይ መዓልቲ ከመይ ኣሎካ እንተበሎ ሎምስ ንክወጽኡ ቁሩብ ተሪፉዎም ኣብቲ ጥቓ ማዕጾ በጺሑም በሎ።
- ኣብ መበል ፲፪ (12) መዓልቲ ከይዱ ከመይ ኢልካ ቀኒካ በሎ፡ ሎሚስ ካብዚ ቤት ወጺኦም፣ በሎ።
- ኣብ መበል ፲፭ (15) መዓልቲ ከይዱ ከመይ ኢልካ ቀኒካ እንተበሎ ሎምስ ቁሩብ ርሕቐ ኢሎም ኢልዎ፣ ድምጾም ደኣ እምበር ኣካሎምስ ኣይርእዮምን።
- እናበለ (፸) 40 መዓልቲ ምስ ኣከለ ከይዱ ከመይ ኢልካ ኣሎካ እንተበሎ ምሳካ ክቃለስ ንስካ ሓፍ ኣቢልካ ፈጠቐ ኩተብሎ ርእየ በሎ።

በል እግዚኣብሔር ኃጢኣትካ ይቐረ ኢሉልካ እዩ ኢሉ ካብኡ ኣውጺኡ ካህናትን መነኮሳትን ኣኪቡ ፬፻ (400) እግዚኣታ ኣብጺሑ። ኣብዚ እዋን እዚ ባስልዮስ ስቐ ኢልካ ኣይተሸግረኒ ዕረፍ፣ "ኣይተጨንቐኒ፣ ዕረፍ" ኢሉ እናረአዮ መጺኡ ነታ ደብዳቤ ንቅዱስ ባስልዮስ ደርበየሉ።

" በዛቲ ዕለት ገብረእግዚኣብሔር በእደ ባስልዮስ መንክረ። በፍቅረ ኣሐቲ ወለት ጎበ መሠርይ ዘሐረ። እንዘ ያርኢ በቅድመ ሕዝብ መጽሓፈ ክህደቱ ሥዉረ። እምእደ ሰይጣን ኣንገፈ ወጼወወ ገብረ።"

ቅዱስ ባስልዮስ ተሸይሙ እንከሎ ብዙሕ ጽሒፉ ብዙሕ'ውን ደሪሱ፣ ንኣብነት፡- መጽሓፈ ቅዳሴ ዘባስልዮስ ኣቐራቢኡ ባዕሉ ቅዱስ ባስልዮስ እዩ።

- ዕለተ ዕረፍቱ ጥሪ ዕለት 6 (፮) እዩ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- " ሥዕለ ኣሐቲ ብእሲት ኣመ ባስልዮስ ተወክፈ። ደምሰሰ በሕይወቱ ዘኃጣውኢሃ መጽሓፈ። ድጎረ ሞቱሰ ኣሐደ ዘተርፈ" ከም ዝበለ ደራሲ ስንክሳር

እዚ ቅዳሴ ናይ ቅዱስ ባስልዮስ ዝቐደሰሎም ዕለታት ተዝካረ (ሊቃውንት) ሊቃነ ጳጳሳት፣ ካህናት-ነገሥት፣

ዕለት 6 ጥሪ ዕረፍቱ እዮም።

ምንጪ፡- ኣንድምታ ቅዳሴኡ

ስንክሳር ዕለት 6 (፮) ጎዳርን፣ ስንክሳር ዕለት 13 (፲፫) መስከረምን

✠ ✠ ✠

ሓጺር ታሪክ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆጵሮስ

ኤጲፋንዮስ ማለት ከሳቲ፣ ኣርሓዊ፣ ኣስተርእዮ ማለት'ዩ። ኣቡኡን ኣዲኡን ኣረማውያን ኣብ ርእሲ ምንባሮም ድካታት ኢዮም ኔሮም። ኣቡኡ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ህፃን እንከሎ እዩ ሞይቱ። ብዘይካ ሓደ ኣድጊ ካልእ ጥሪት ኣይነበሮምን። በቲ ሓደ ኣድጊ ጌሮም ከኣ ንሱን ሓፍቱን ኣዲኡን ይግልገሉ ነበሩ። ይኹን እምበር እቲ ኣድጊ ንኡላቶም ልዕሊ ዕቕሞም ኮይኑ ምጽዓን ምስ ኣበዮም ኣዲኡ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ንዓ እዚ ወደይ ነዚ ኣድጊ ሽጦ እሞ ገንዘብ ሒዝካ ምጻእ ኢላ ለኣኸቶ። ኣብቲ ዕዳጋ ሓደ ዝገዝእ ሰብ "በዓል ኣድጊ" ኢሉ ናብቲ ኣድጊ ቅርብ እንተበለ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ እቲ ኣድጊ ጠባይ ስለዘይነበሮ ኑቲ ክገዝእ ኢሉ ዝቐረበ ሰብ ነዲሑ ረገጾ እሞ ሞተ "*መረገጸ ማእከለ ምሕዙልቱ*" ይብሎ። ምሕዙልቱ ረጊጹ ቀተሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ በቲ ዘጋጠመ ነገር ደንገጸ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣባ ፊሎጎስ ዝተባህለ ጻድቕ ኣብ ጥቓኡ ኣብቲ ዕዳጋ ብሥዉር ይዘዋወር ስለዝነበረ። ኑቲ ኣድጊ ረጊጽዎ ዝሞተ ሰብ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣተንሥኡ። ኑቲ ኣድጊ እውን ሞት ይግብኣካ እዩ ብምባል ኣማዕቲቡ ከም ዝመውት ጸለየ እሞ ሞተ። እቲ ካብ ሞት ዝተንሥአ መን ኣተንሢኡካ እንተተባህለ፣ ካብ ዓሌት ኣይሁድ ስለዝነበረ፣ እቲ ኣቦታተይ ዕሩቅ ብእሲ(ፍጡር) ኢሎም ሰቒሎም ዝቐተልዎ ናይ ኣባ ፊሎጎስ ኣምላክ እዩ ኣተንሢኡኒ ኢሉ መስከረ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ነዚ ኩሉ ሓደ ብሓደ ዝረኣዮ ነዲኡ ከይዱ ነገራ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ሓደ ሃብታም ኣይሁዳዊ ኣኮ ነበሮ እሞ፣ ክመውት እንከሎ ሃብቱ፣ ንብረቱ፣ ጥሪቱ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣውሪስዎ ሞተ።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ በቲ ዝረከቦ ገንዘብ መጻሕፍቲ ማለት መጻሕፍቲ ብሉያትን ትንቢታተ ነብያትን ገዚኡ ብመንፈሳዊ ጥበብ ኣዝዩ ፍሉጥን ጥበበ ን ፈላስፋን ምሁርን ኮነ። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ኣባ ሉክያኖስን ኣባ ፊላታዎስን መንገዲ ክከዱ እንከለዉ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ደድሕሪኦም ተኸቲሉ ክከይድ እንከሎ ኣብ ዝከድዎ ዝነበሩ መንገዲ ሓደ ድካ ብስም እግዚኣብሔር ለመኖም፣ ኣባ ሉክያኖስ ግን ዝወሃብ ነገር ምስ ሰኣነ፣ እታ ተከዲንዋ ዝነበረ ዓጽፊ(ካባ) ኣውጺኡ ኑቲ ድካ ምስ ሃቦ ካብ ሰማይ ጸዕዳ ዓጽፊ ወሪዳትሉ ማቴ5፡42 ክክደን ከሎ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ተገልጸሉ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ንኣባ ሉክያኖስ ኣጠምቐኒ ኢሉ ኣብ እግሩ ይወድቕ። ኣባ ሉክያኖስ ከኣ ብጸጋ እግዚኣብሔር ከም እተመርጸ ብምርኣይን ብምርዳእን ንኣባ ኢላርዮስ ኣረጋዊ ወሲዱ ሐደራ ሃቦ። ድሕሪኡ ኣባ ሉክያኖስ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ምስ ኃፍቱ ኣብቲ ገዳም ወሲዱ ኣጠመቐም። ብዛዕባ ሥርዓታት ማለት ሥርዓተ ሃይማኖት፣ ሥርዓተ ገዳምን ምንኩስናን ዝመሃሮ ግን ኣባ ኢላርዮስ እዩ። ኣባ ኤላርዮስ ዝተባህለ ኣረጋዊ ብገድሉ ጎበዝ፣ ብዕድሚኡ ውን ዓቢ ፈላሲ (ባሕታዊ) ነበረ ይብሎ። ቤትካ ኣብ ፊት ቆጵሮስ ሰሪሕካ ተቐመጥ በሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከምታ መምህሩ ዝበሎ ቤቱ ኣብ ከባቢ ደሴተ ቆጵሮስ ሰሪሑ ይነብር ነበረ። ከምዚ ኢሉ ከሎ ብሠለስተ መዓልቲ ካብ ምንኵስና ክሳብ ክህነት

ሸሞ። ኣባ ኢላርዮስ ናይ ቆጵሮስ ሊቀ ጳጳሳት ስለ ዝነበረ ኣቐዲሙ ብትንቢት (ክልተ) ሕጻናት ኣኩቲሉ ክልተ ናይ ወይኒ ፍረ ዘለላ ሒዙ ንዝመጽእ ኤጲፋንዮስ ኢልኩም ጸዊዕ ኩም ንዕኡ ናተይ መተካእታ ክከውን ብድሕረይ ሸምዎ ኢሉ ተላብዩ ሞተ። ብዕለት 17 (፲፯) መስከረም ከኣ ሸምዎ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓደ ዓቢ ሊቅ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ዝተባህለ ኣቦን ንግሥት ኣውዶክስያን ዝተባህሉ ነበሩ። እዛ ንግሥት እዚኣ ናይ ሓንቲ ድካ መሬት ብዓመጽ ኣግዲፋ ነበረት እሞ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ምለስላ እንተበላ ኣበየቶ ንሱ ከኣ ወገዛ።

እዛ ንግሥቲ እዚኣ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ከምዚ ኢሉኒ ኣሎ እሞ ዝኾነልካ እንተኾይኑ ስራሕካ ስራሕ ማለት ንዮሓንስ ተመለስ በሎ። እንተዘይኮነ ኣነ ልክዕ ከምታ ናይ ኣቦይ ዲዮቅልጥያኖስ "ኣብያተ ክርስቲያናት ይተዓጸዉ፣ ኣብያተ ጣዖታት ይረሓዉ" ኢለ ክእውጅ እየ፣ ኢላ ናብ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ለኣከት።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ ቁሩብ የዕሪፍና እንተበልናስ ከምዚ ዝበለ ነገር መጺኡ ኢሉ እናሓዘነ (ብጓሂ) ከይዱ ሕደጊ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ዝበለኪ ግበሪ በላ፣ ኣይከውንን በለቶ። ከምኡ እውን ናብ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ከይዱ እዚ ሓወይ ምእመናን ካብ መከራ የዕሪፎም እንተበልናስ በዚ ምክንያታት'ዚ መከራ እንተመጽአ ጽቡቕ ኣይኮነን እሞ ንዓ ሕደጎ ፍትሓያ እንተበሎ፣ ኣይፈትሓን እየ በሎ። "ጐይታ እኮ በብርስትኩም ንበሩ እዩ ዝበለ። ርስቲ ምድር ኣግዲፋ ርስቲ ሰማያት ክትወርስ ድያ፡ ዋላ እቲ ናይ ቀደም ናይ ኣቦታታ ዘመን እንተ ኣምጽኣቶ እውን ንዓኣ ይገዳ እምበር ኣነ እንታይ ሸገረኒ" በሎ።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ምስ ንጉሥ ክሰናበት ኣተወ። ሸዕኡ ንግሥቲ ኣውዶክስያ ብዘይኮነ ነገር ብሓሶት ትርእዩ ኣሎኩም ንዓይ ጥራይ ከይኣክሎስ ንኤጲፋንዮስ ከኣ እንተተዛረቦስ ወጊዝዎ፣ ብምባል ከተውሪ - መረት።

ሸዑ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ምስ ሰምዐ ሓቂ መሲልዎ ንዘይፈለጠ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ስለምንታይ ኣብ ነገረይ ትኣቱ ብምባል ወቐሶ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከም ዘይወዓሎ ገለጸሉ። ልዑል እግዚኣብሔር ናይ ክልቴኦም ቅዱሳን ክብሪ ምእንቲ ክገልጽ ናይ ቅዱስ ዮሓንስ ሞት ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ናይ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ሞት ከኣ ንቅዱስ ዮሓንስ ገለጸሎም እሞ ቅዱስ ዮሓንስ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ናብ በዓትካ ከይኣቶካ ኣብ መንገዲ ብኣንበሳ ተሰቢርካ ክትመውት ኢካ ኢሉ ተነበየሉ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ ናይ ዮሓንስ ሞት ተገሊጹሉ ንስካ እምበኣር ኣብ ደሴተ ኣጥራክያ ተኣሲርካ ኣብ ማእሰርቲ ተሳቒካ ክትመውት ኢካ በሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ልክዕ ከምታ ትንቢት ኣብ መንገዲ እናከደ እንከሎ ናብ በዓቱ ከይኣተወ ኣንበሳ መጺኡ ሰቢሩዎ ሞተ። ንዓሠርተ ሓደ(11) መዓልቲ ምስ ጸንሐ ደቂ መዛሙርቱ ክቐብርዎ እንተበሉ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብክሕደቶም ዝወገዙም ዲያቆናት ካብ መዓርጎም ዘውረዶም ሰባት፣ ኣይነቐብርን ኢሎም ስለ ዝሃወኩ እቲ ዓ ስከሬን ን፬(40) መዓልቲ ከይተቐብረ ኣብ ቤተክርስቲያን ጸንሐ። እቲ ሬሳ ከይተለወጠ ብዙሕ ተኣምራት እናገበረ ማለት ምዉት እናኣተንሥአ፣ ሕሙም እናፈወሰ ኣርብዓ መዓ

ልቲ ምስ ገበረ፡ እቶም ዲያቆናት ዝፈጸሞ ተኣምራት ብምርኣይ ኣሚኖም ግንቦት ዕለት ፲፯ (17) ዝዓረፈ ሰኔ ዕለት ፳፯ (27) ተቐብረ።

<u>ዝደረሶም ድርሰታት መጻሕፍቲ</u>

- መጽሓፈ ቅዳሴ ዘኤጲፋንዮስ። ገድል ተረፈ ኤጲፋንዮስ ዝተባህለ። ኣብ ሃይማኖተ ኣበው ብብዝሒ ስሙ ተጠቒሱ ይርከብ፡ ኣብቶም ዝደረሶም ድርሰታት ስለ ሓድነትን ሰለስትነትን ቅድስት ሥላሴ፡ ስለ ጥበብ ሥጋን ስለ ደመናት፡ ዝናማት፡ ስለ ማያትን ነገሥታትን ስለ ፍጥረታት ኣተሓባቢሩ ጠቒሱ ይርከብ። እዚ መጽሓፈ ቅዳሴኡ ኣብ ጸሎተ ሓሙስን ኣብ ዘመነ ክረምትን ይቕደስ። ነዚ ቅዳሴ'ዚ ዘቕረቦ ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ ኢዩ።
- ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ፍሉይ መንፈሳዊ ሊቅ ብምኳኑ ቤተክርስቲያንና እትምክሓሉ ኣቦ እዩ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን!

- ሰላም እብል በቃለ ስብሐት ወይባቤ፡
- ለከናፍሪሁ ሙሓዘ ከርቤ፡
- ኤጲፋንዮስ ከዊኖ በመንፈስቅዱስ ነባቤ፡
- እም አመ ረሰይኩ አስኬማ መላእክት ግልባቤ
- ውስተ ልብየ እኪተ ኢያኅ ደርኩ ይቤ።

<u>ምንጭ</u>፡- መቅድም መጽሓፈ ቅዳሴ ኤጲፋንዮስ ኣንድምታ፡ ሰንክሳር ግንቦት ዕለት ፲፯ (17) ሰኔ።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ቅዱስ ጎርጎርዮስ እጎአ ባስልዮስ ዘኑሲስ ነባቤ መለኮት

ጎርጎርዮስ ስም ኣቡኡ ኤስድሮስ ኣዲኡ ኢመልያ ይብሃሉ። ሃገሩ ቂሳርያ ኮይኑ ካብቶም ፬(4) ኣሕዋት ቅዱስ ባስልዮስ ሓደ እዩ። ብዕለት ፲፯ (17) ጥቅምቲ ተወልደ። ሃገሩ ኑሲስ ዝተባህለት ደሴት እያ። ጎርጎርዮስ ማለት ንቑሕ፡ ትጉሕ፡ እቁብ፡ ዕጉሥ፡ ጥንቁቕ ማለት እዩ። ዝተረፈ ታሪኩ ከም ቅዱስ ባስልዮስ እዩ።

መቅደንዮስ መንፈስቅዱስ ሕጹጽ፡ ኣቡሊናርዮስ ሥጋ ደኣ እምበር ነፍስስ ካብ ማርያም ኣይወሰደን፡ ኢሎም ኣብ ዝተንሥኡሉ ግዜ ኣብ ዘመን ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ዘየዓቢ ኣብ ቀኖጥንጥንያ ንዕለት 1 (፩) ለካቲት ፫፻፹፩ (381) ዓ.ም.ግ ጉባኤ ክከውን ተኣዎ- ። በዚ ምክንያት'ዚ ፩፻፶(150) ሊቃውንቲ ኣብ ዝተኣከቡሉ ዋና ወዳእን ተካራካሪን ዝነበሩ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘኑሲስን ጢሜቴዎስ ዘኣልቦ ጥሪትን እዮም ነይሮም። ረቲያም ኣወጊዞም ፈልዮም ጸሎተ ሃይማኖት ክሳብ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ ፫፻፲፤ ርቱዓነ ሃይማኖት ደሪሶም፡ ካብ'ዚ ንንየው ዘሎ ከኣ ብበዓል ቅዱስ ጎርጎርዮስ ፩፻፶(150) ሊቃውንቲ ኣብ ቀኖጥንጥንያ ተደሪሱ።

ቅዱስ ጎርጎርዮስ ብዕለት ፳፮(26) ጎዳር ሊቀ ጳጳሳት ተሸይሙ፣ ክቸድስ እንከሎ መንፈስቅዱስ በኣምሳለ ርግብ ክወርድ እናረኣየ ብተመስጠ ይልወጥ ነበረ፣ ንብዓቱ ሓደ ሸሓኒ ዝኣክል ይመልእ ነበረ፣ ብዙሕ'ውን ይበኪ ነበረ። ብንጽሕናኡን ብተግባሩን ናብ ከዊነ መልኣክ ተለዊጡ ነይሩ። ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ስቕ ይብል ነይሩ። እቶም ሕዝቢ ከኣ ሥጋዊ ድቃስ ዝመጽኦ መሲልዎም ይርእይዎ፣ ተመሊሱ ከኣ የቕሩቦም።

ካብ ብዝሒ ገድሊ ዝተላዕለ ከም ቅዱስ ሉቃስ ልቡ ይሓምም ነበረ። ቅዱስ ባስልዮስ ሓዉ ክበጽሖ ኢሉ ምስ ከደ ከም ቀደሙ ክቸድስ ኣትዩ፣ ተመስጠ መጺእዎ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምልክ ተገሊጻ ሞትካ (ዕረፍትካ) ምሳይ ዕለት ፳፩ (21)ጥሪ እዩ በለቶ፣ ወጺኡ ንሓዉ ቅዱስ ባስልዮስ ነዞም ሕዝቢ ሓደራካ ኣብ ምድሪ ዝሃብኩካ ኣብ ሰማይ ከም እተረክበኒ ኢልዎ ኣብታ ግዜ እቲኣ ዓሪፉ።

<u>ዕረፍቱ</u> ጥሪ ፳፩ (21)ቅዳሴ ቐዲሱ ክወጽእ፣ ኣብ ናይ ግሊ ጸሎቱ እንከሎ ጥሪ ፳፩ (21)ሰንበት መዓልቲ ዓረፈ።

<u>ድርሰት፡-</u> ብስሙ ዝጽዋዕ ቅዳሴ፣ ገድለ ጎርጎርዮስ ዝብሃል ኣሎ። ደራሲ፣ ኣስተምሃሪ፣ ትንቢት ተናጋሪ እዩ ነይሩ። ነዚ ቅዳሴ'ዚ ኣቐራቢኡ ቅዱስ ባስልዮስ ሓዉ እዩ።

- ሰላም ለጎርጎርዮስ በአእዳው ኪሩብ ዘተሐቅፈ፣
- ጊዜ የዓርግ ለሊሁ ቅዳሴ ቀርባን ውኩፍ፣
- ከመ ማርያም ትቤሎ እንዘ ትከስት አፈ፣
- እስመ መሰሎሙ አርኣያ ዘይነውም ዘልፈ፣
- ሶበ አንቅሕዎ ተረክበ ዕሩፈ።

ምንጭ፡- ስንክሳር ዕለት ፳፩ (21)፣ መቐድም ኣንድም ቅዳሴ ጎርጎርዮስ፣ ናይ ቅዱሳን ታሪክ 1998 ዓ.ም.ግ ኣ.ኣ.ኢ። እዚ ናይ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘኡሲስ ዝቐደሶ ዕለታት ካብ ኒቆዲሞስ ረቡዕ ክሳብ ሆሣዕና ዘሎ እዩ። ***ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን።***

✠ ✠ ✠

ሓጺር ታሪክ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ሊቀ ጳጳስ ዘኣንጾኪያ

ዮሐንስ ማለት ፍሥሐ ወሓሴት፣ ርህራሄ ወሣህል ማለት እዩ። ሃገሩ ኣንጾኪያ እዩ፣ ኣቡኡ ኣሰፋኒዶስ ኣዲኡ ኣትናስያ ይበሃሉ። *"መኮኑ እምብዑሳኒሃ ለይእቲ ሀገር"* ይብሎም ንኣቴና ወሪዱ ሥጋዊ ትምህርቱ ተማሂሩ ዝለዓለ ነጥቢ ረከበ። ከምኡ'ውን ዓለማዊ ትምህርቲ ብጽቡቐ ከምዝወዳእኩ መንፈሳዊ ትምህርቲ ከኣ ክመሃር እየ ኢሉ። ቅዱስ ባስልዮስ ኣብ ዝነበረሉ ገዳም ኣተወ።

ድሕሪኡ ወላዲካ ሞይቱ ኢሎም ነገርዎ፣ ተመሊሱ ካብቲ ናይ ወላዲኡ ገንዘብን ንብረትን ንዕኡ ከየትረፈ ኩሉ ንድካታት ብምምጽዋት ብዙሕ ትሩፋት ክሰርሕ - መረ። *"መኮነ ሲሲቱ መጠነ ሲሲተ ዖፍ"* ይብሎ። እቲ ዝምገቦ ዝነበረ ቆሎ ስገም ምስ ሓሰር ንፋዩ

እዩ። ኣብቲ ንሱ ዝነበረሉ ገዳም ሲሲኮስ ዝተባህለ ጸዋሚ፣ ተሓራሚ፣ ዓቢ ባሕታዊ ነበረ። ቅዱስ ዮሐንስ ኣብ ዘለዎ ቤት ኣትዮም ቅዱስ ጴጥሮስ ሊቀ ሓዋርያት መፍትሕ ናይ መንግሥተ ሰማያት፣ ቅዱስ ዮሐንስ ወንጌላዊ ከኣ ቀዳሚሁ ቃል ዘለዎ ወንጌል ክህብዎ ብራእይ ርእዩ፣ ናይ ኣንጾክያ ሊቀጳጳሳት ከም ዝሸየም ፈለጠ። ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ እንተኮነ እውን ብወገኑ ይፈልጥ ነበረ። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ለይቲ እናጸለየ እንከሎ መልኣክ ተራእዮ። ደንጊጹ ወደቐ። ኣጆኻ ተንሥእ፣ ካብ እግዚኣብሔር ተኣዚዘ፣ ክትገብሮ ዝግብኣካ ክነግረካ እየ መጺአ በሎ።

እቲ ናይ ኣንጾክያ ሊቀጳጳሳት ዝበለካ ከይትኣቢ ዝበለካ ኩሉ ሕራይ በሎ በሎ። ንጽባሒቱ እቲ ናይ ኣንጾክያ ሊቀ ጳጳሳት መኣርገ ክህነት ተቐበል ይብሎ እሞ ቅዱስ ዮሐንስ ከኣ ኣበየ፣ ብግዲ ሸሞ።

ድሕሪኡ እቲ ናይ ቀ<u>ስ</u>ጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ምስ ሞተ ኣብ ቀ<u>ስ</u>ጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ተሸመ። ንሱ ተሸይሙ እንከሎ ኣርቃድዮስ ንጉሥ ፈታዊኡ ኢዩ ነይሩ። እናከደ ይሓቶ ነይሩ። ንቅዱስ ዮሐንስ ክረክቦ እንከሎ እቲ ዝሓሰቦ ሕቶ ይጠፍኦ፣ ምስ ተፈላለዩ ይዝክሮ፣ ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ምስ ተራከቡ ሕቶ ነይሩኒ ንዓካ ክረክበካ እንከለኩ ይጠፍኣኒ፣ ካባካ ምስ ተፈለኩ ከኣ ዝዝክራ ሕቶ፣ ወንጌላዊ ቅዱስ ማቴዎስ ኣብ መበል 1 ምዕራፍ *“ወኢያእመራ እስከ ኦመ ወለደት ወልደ ዘበኵራ”* *“እእመርዎን እደው ለኣንስት”* ከምዝበሎ ድሕሪ ወዲ ምውላዱስ ተራኺብዋ ድዩ፡ ኢሉ ሓተቶ። ቅዱስ ዮሐንስ *“ከመዝ ኢትበል ኦ ንጉሥ”* ትርጉሙ ከምኡ ኣይኮነን። ንጐይታ ጠኒሳ እንከላ ብዙሕ ሕብሪ ትንቢት ዝንገረላ፣ ብዙሕ ሕብሪ ኣምሳል ዝተመሰለሉ ጐይታ ከም ዝጠነሰት ንምርዳእ መልክዓ እናተለዋወጠ ይረኣዮ ነይሩ። ንጐይታ ካብ እትወልድ ንደሓር ግን፣ ብሓደ ሕብሪ መልክዕ ኣላልዩዋ (ፈሊጥዋ) ማለት እዩ ኢሉ ተርጕመሉ። ኣብ መስከት ዝነበረት ሥእሊ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ወሪዳ 3 (፫) ግዜ ኣብ ርእሱ ዑደት ፈጺማ *“ሠናየ ተናገርከ ዮሐንስ ኣፈወርቅ፣ ዮሐንስ ልሳነወርቅ፣ ዮሓንስ ፅንቁ ጸዝዮን”* ኢላ ናብ ቦትኣ ተመልሰት።

ሽዑ እቲ ንጉሥ ንመዘኸርታ ካብቲ ዝጸረየ ወርቂ ኣብ ንፉዕ ኣንጠረ ክልተ ልሳናት (መልሓሳት) ኣስሪሑ ሓደ ንንጉሥ፣ ሓደ ኣብ ጥቓ እታ ሥእሊ ኣቐመጠ። ሰበይቲ ንጉሥ ኣውዶክስያ ትበሃል። ውላድ ይወልዱ እሞ እናሞትዎም ብዙሕ ግዜ ምስ ኮነ፣ ስለምንታይ እዮም ዝሞቱና፡ ኢሎም እንተሓተቱ እቶም ዝተሓቱ ሰባት ብቑዕ ካህን ስለ ዘየጠመቐም እዮም ዝሞቱ ዘለዉ በልዎም። እሞ ዓቢ ሰብ ድኣ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ዘይንጽውያ ብምባል ከጥምቐሎም ጸውዕዎ። ኣብ መንገዲ ነታ ዝተወልደት ጓል ከጠምቓ እናከደ ንዓኣ ክቐትል ንዝመጽአ መልኣክ ኣብ መንገዲ ይረክቦ። ናበይ ደኣልካ ኢሉ ምስ ሓተቶ ነዛ ጓል ንጉሥ ኣርቃድዮስ ነፍሳ ካብ ሥጋኣ ክፈሊ እየ ብእግዚኣብሔር ተኣዚዘ በሎ።

በል ጥምቀት ክርስትና ኣይተቐበለትን እሞ ሓንሳብ ጽናሕ በሎ። በዚ ምክንያት ን ፲ (10) ዓመታት ዝኣክል ጠጠው በለ ማለት ቅዱስ ዮሓንስ ኣጠሚቕዋ ናይ ካህናት መዓ

ርግ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምኳኑ ንምርዳእ፣ ንሱ ከይሓሰቦ ብካልእ መንገዲ ጌሩ ናብ ቦትኡ ተመሊሱ። እታ ዘጥመቓ ጓል ፲ (10) ዓመት ምስ ኮነት ንኣካለ መጠን ምስ በጽሐት መርዓ ኢሎም ልኢኮሙሉ በታ ናይ ቀደም ቀዳመይቲ መንገዱ እንተመጽአ ጠጠው ኢሉ ይጸንሐ። እሂ ድኣ እንተበሎ፣ ሓንሳብ ጽናሕ'ዶ ኣይበልካንን በሎ፣ እሞ ወጊዘካ ድየ ዘይ ሓንሳብ ክሳብ ዘጥምቓ እየ ዝበልኩካ እንተበሎ። ናይ ካህናት ቃል ኣዝዩ ክቡር ስለዝኾነ ንቕልካ ክጥሕሶ ኣይፈተኩን።

“ሰላም ለከ ዮሐንስ እንተ ኣፍቀርከ ሰደተ፣ እምይሳተፍ በቍርባን መፍቀሪተ ግፍዕ ንግሥተ፣ እምነ ኣቱሡ ዘወርቅ ሰሚያ ግዙተ። እንበለ ይዕርግ ላዕለ መእንበለ ይረድ ታሕተ፣ መልእከ ሰማይ ቆመ ዓ ሠርተ ዓመተ” ይብል ስንክሳር በል በዲለ እየ ኪድ ዝተኣዘዝካዮ ፈጽም በሎ። ከይዱ ከምቲ ዝተኣዘዞ ነታ ሕፃን ነፍሳ ካብ ሥጋኣ ፈልዩ ሒዝዋ ከደ። ቅዱስ ዮሓንስ እንተከደ ወየ ጓል ሞይታ ወለዳን ቤተሰባን ክበክዩ ጸንሕዎ። ሕደጉ ንሳስ ካብ ጸቢብ ናብ ርሒብ፣ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ከይዳ እምበር ናብ ክፉእ ኣይከደትን ክሳብ ሕጂ ክትጸንሕ ዝከኣለት እውን ብከምዚ ዝኣመሰለ ምክኒት እዩ እምበር ቅድሚ ፲ (10) ዓመት እዩ ተኣዚዙ ነይሩ ኢሉ ኣጸናንያም።

ኣውዶክስያ *“ገፋኢተ ነዳይ”* ይብላ። ከም ዝፍለጥ ንሓንቲ ድካ መበለት ርስታ ኣግደፈታ፣ እታ መበለት ከኣ እዛ መሬት እዚኣ ናይ ኣቦሓጎታተይ፣ ኣብ ዓመት ፫ (3) ግዜ እተፍሪ፣ ኣብ ከተማ ብምህላዋ ኣነ ኣይህበክን እየ ትብላ። ንግሥቲ ኣውዶክስያ ግን ብኃይሊ ኣሕደገታ፣ ኣብዚ እዋን እዚ ንጉሥ እንተ በዲልዎም ሰባት ናብ ሊቀ ጳጳሳት እዮም ዝከዱ ነይሮም። እዛ መበለት እዚኣ ከኣ ናብ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ከይዳ እቲ ዘጋጠማ ኮነታት ኩሉ ትነግሮ። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ኩሉ ኣረጋጊጹ፣ ንንግሥቲ ግደፍላ ኢሉ ይልምና፣ እታ ንግሥቲ ስማዕ፣ መሬት እንተደልያ መሬት፣ ገንዘብ እንተደልያ ገንዘብ ክህበኪ ምረጺ ኢለያ እየ በለቶ። እቲ መንግሥቲ ሒዝናዮ ዘሎና እኮ ንሕና ኢና እምበር ንሳ ኣይኮነትን።

ንሱ ከኣ በሊ ርስቲ ምድሪ ኣግዲፍኪ ርስቲ መንግሥተ ሰማያት ክትወርሲ ኣይትክእልን ኢኪ ኢሉ ካብ ማሕበረ ምእመናን ፈለያ(ኣወገዛ)። ሽዑ ናብ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ስምዕታ ትልእክ። ካብ ናይ ኤጲፋንዮስ ታሪክ ተመልከት። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ብነውርነቶም ፈልዎም ዝነበረ ኤጲስ ቆጶሳት ነበሩ። ንንጉሥ፣ ንንግስቲ ክጸርፍ ዘይዓርፍ፣ እስከ ፍረዱ ትብሎም። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ክእሰር ይረኣየና ኢሎም ፈረዱ <u>ደሴተ ኣጥራክያ</u> ተኣሲሩ ኣብኡ ኣብ ማሕዩር ሞተ።

ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ምስ ሞተ ሕማቕ ሕማም ተታሒዛ ናብ ኩሎም ይፍውሱ እዮም ዝተባህሉ ሓካይም ከደት። ንግሥቲ ብምኳና ዘለዋ ገንዘብ እኳ እንተ ኣውጸኣት ክትሓዊ ኣይከኣለትን። ድሓር ግን ሰባት ብዝሓበርዋ ናብ መቓብሩ ብምካድ ተማሕፀነት እሞ ካብ ዝነበራ ሕማም ብጸበል ናይ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ተፈወሰት። <u>ምንጭ፡-</u> መቐድም መጽሓፈ ቅዳሲኡ፣ ስንክሳር ፲፪ (12) ግንቦት።

ኣፈወርቅ ዘበለሙ ተኣምራት

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ኣብ ቍስጥንጥንያ ምእመናን ተቐዲሱ ሥግኡን ደሙን ክቕበሉ እንከልዉ። ጩራ ናይ ፀሓይ ብሃንደበት ናብ ሓንቲ ሰበይቲ አንጸባረቐ። ናይቲ ቦታ ኤጲስ ቆጶስ ንስጥሮስ እዩ ነይሩ። ጸዊዑ እዛ ጓለይ እንታይ ዝበደልክዮ ኣለኺ በላ። ንሳ ኣነ ካብ ፍቕሪ ቤተክርስቲያን ዝተላዕለ ድኣ ናይ ንጽሕናይ ግዜ ከይኣከለ ቤተ ክርስትያን ኣትየ እምበር ካልእ ካብ ኩሉ ሰብ ዝተፈልየ በደል ዘፈጸምክዎስ የብለይን በለቶ። ንስጥሮስ ብልቡ ናይ ጐይታ ኣምላክ ወልደ ኣምላክነት፣ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምላክነት ይነቅፍ ስለ ዝነበረ፣ ድንግል ማርያም ንኣምላክ ወሊዳቶ እንተትከውን ነይራስ ንደቂ ኣንስትዮ እዚ ዝፈሰን ዘሎ ደም መቂረጸለን ነይሩ ኢሉ። ነታ ሰበይቲ ዕራቓ ሰቒሉ *“ንክርስቶስ ኣምላክ ወልደ ኣምላክ፣ ንማርያም ከኣ ወላዲተ ኣምላክ ዝብል ዝተረግመ ይኹን”* እናበልኩም ነዛ ሰበይቲ ኣብ ሓፍረታ ምራኞኩም ጡፍ በሉላ ኢሉ ኣዘዘ። ኩሎም እቶም ኣብ ትሕቲኡ ዝነበሩ ሕዝቢ ከምቲ ዝበለሙም ከከይዶም ምራኞም ጡፍ በሉላ። “ወሀሎ አሜሃ ዮሐንስ ጠርዘ ቤጠር” ይብሉ ዮሐንስ ኣብኡ ቆይሙ ነበረ፣ ተራኡ ምስ በጽሐ ቀሪቡ ኣነስ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር በዚ ከምዚ ዓይነት ማኅፀን ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብጎቱም ድንግልና ከም ዝተወልደ እየ ዝኣምን ኢሉ ነቲ እቶም ሕዝቢ ጡፍ ዝበልዎ ምራኞ ከይተጸየፈ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ንጽሕናን ቅድስናን እናሓሰበ ሓፍረታ ሰዓመ። ምስ ሰዓማ ኣብ ከናፍሩ ከም ወርቂ ዘንጸባርኞ ነገር ተራእየ። ኣብ ቤተክርስቲያን ዝነበረት ሥዕለ ማርያም “ንምእመናን ትምህርቱ ከም መዓር ዝጠዓመ፣ ንከሓድያን መናፍቓን ግዙቱ ከም ኵናት ዝተሳሕለ ብሓቂ ኣፈወርቅ ልሳነ ወርቅ” ኢላ ብናይ ሰብ ድምጺ መስከረት።

- ሶበ ሰዓመ ኃፍረተ ትክት ቅድመ መዋዕለ ንጽሕ ሱባዔ።
- ተኣምረ ፍቅርኪ ያርኢ ወያስተሐፍር ጸላኤ።
- ማርያም ሥዕልኪ ለዮሐንስ ጽጌ ትንግኤ።
- ወደሰቶ ወአእኰተቶ ቅድመ ገጸ ኩሉ ጉባዔ።
- ኣፈወርቅ እንዘ ትብል ጊዜያተ ክልኤ።

ከምዝበለ ደራሲ ማኅሌተ ጽጌ (ኣባ ጽጌ ብርሃን)

ምንጭ፡- - ታሪክ ቅዱስ ዮሐንስ ብመምህር ኅሩይ ኤርምያስ ጥቅምት 1995 ዓ.ም አ.አ.ኢ

- ተኣምረ ማርያም ገጽ

ቅዱስ ዮሓንስ ዕረፍቱ ስንክሳር ግንቦት ዕለት 12 (፲፪) እዩ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሀሉን ኣሜን።

እዚ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ዝደረሶ ቅዳሴ መድኃኔ ዓለም፣ መስቀል፣ ቀዳም ሥዑር፣ ኣመ ፲፪(12) ለግንቦት ዕረፍቱ ይቕደስ።

ታሪክ ናይ ቅዱስ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ቄርሎስ ማለት ኃያል ማለት እዩ። *"ወተጸወዉ ቄረ ሕዝቦሙ ለሰብአ ሶርያ"* ከምዝብል። ንቅዱስ ቴዎፍሎስ ወዲ ሓፍቱ እዩ። ተወሊዱ ወዲ ፭ (5) ዓመት ምስ ኮነ ትምህርቲ ቤተክርስቲያን ብሉይን ሓዲስን ኣጠናቒቑ፣ ምክንያቱ ሓንሳብ ዚሰምዓ ኣይርስዕን ነበረ። እዝስ ከመይ ኢሉ ይከውን ምትሓት ከይመስል እንተበሉ፣ ትምህርቲ ካብ ዝጅምር ድሕሪ ፭ (5) ዓመት ወዲኡ ይብሎ። ኣኩኡ ቅዱስ ቴዎፍሎስ ካብ ቅዱስ ማርቆስ መበል ፳፫ (23) ዝኾነ ናብ ናይ <u>ኣባ ሰራብዮን</u> ገዳም ሥርዓተ ምንኵስና ኣስተምህረለይ ኢሉ ለኣኮ። ኣባ ሰራብዮን ምሂሩ ሰደደሉ። ደስ ኢልዎ ፈትይዎ ምስኡ ኣብ ትሕቲኡ ኣንባብን ተርጓምን ሸሞ። ንሱ ምስ ሞተ ከኣ ናቱ መተካእታ ጌሩዎ ሞተ። ንስጥሮስ *"በሕድረተ ቃል ክብረ"* ኢሉ ምስ ተንሥአ፣ ንጉሥ ዘይንእስ ቴዎዶስዮስ ኣብ ዝነበረሉ ኣኬባ (ጉባኤ) ኣብ ኤፌሶን ይኩን ተባሂሉ ኣዋጅ ተነግረ። እቶም ዝተኣከቡ ሊቃውንቲ ፪፻(200) እዮም ኔሮም። ቅዱስ ቄርሎስ ኃላፊ ናይ ጉባኤ ኮይኑ ረቲዑ፣ ናብ ላዕለዋይ ግብጺ ሰጐጎ። ኣብቲ ዘለዎ እናከደ እውን ንብዙሕ ግዜ ተመለስ እናበለ ይልምኖ ነይሩ እዩ፣ እንተኮነ ኣይሰምያን ምስማዕ ምስ ኣበዮ፣ በል ንልሳነይ ዝተዛረቦ ምእዛዝ ካብ ኣበካኒ፣ ልሳንካ ኣይተኣዘዝካ ኢሉ ረገሞ፣ እሞ ልሳኑ ተለዝሊዙ ሕማቕ ሞት ሞተ፣ ማለት መልሓሱ ኣብ ኣፍ ልቡ በጺሑ ደምን ምግልን እናተፍአ ከም ከልቢ፣ እናነብሐ ሞይቱ፣ *"ወሞተ እንዘይነብሕ ከመ ከልብ"* ከም ዝበሎ።

ቅዱስ ቄርሎስ ተሸይሙ እንከሎ ብዙሓት መጻሕፍትን ድርሳናትን ተግሳጻትን ጽሒፉ፣ ካብቲ ዝጸሓፎ ሓደ መጽሓፈ ቅዳሴ እዩ። ኣቐራቢኡ ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ እዩ።

<u>ዕረፍቱ ሓምለ ዕለት ፫</u> እዩ። መጽሓፈ ስንክሳር ተመልከት

- ሰላም ለቄርሎስ ለቃለ መጻሕፍት ዘዴግኖ፣
- ቴዎፍሎስ ከመ ሐፀኖ፣
- ኣመ ሊቀ ማኅበር ኮነ ሃይማኖተ ንስጥሮስ ለተቃርኖ፣
- መሰለ ፀምረ መለኮተ ዘጥምዓታት ኅብረ ደርከኖ፣
- ወትስብዕተ በሐዊን ዘእሳት ኣርስኖ።

ጸሎቱን በረከቱን ንክኾልና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና ኣሜን።

ካብ መቐድም መጽሓፈ ቅዳሲኡ ለቅዱስ ቄርሎስ

እዚ ቅዳሴ'ዚ ዝቐደሰሎም ዕለታት፣ በተዝካረ ሙታን በተዝካረ ኣብርሃም፣ ኢዮብ፣ ኤልያስ፣ ኣመ ፫ ለሓምሌ ስንክሳር።

ታሪክ ናይ ቅዱስ ያዕቆብ ዘስሩግ ሊቀጳጳሳት

ያዕቆብ ማለት፣ ኣእቃጼ ሰኰና፣ ኣጋዚ ማለት እዩ። ብዕለት 27 መጋቢት ብ433ዓ.ም.ግዕዝ ተወሊዱ። እቲ ቀዳማይ ያዕቆብ ሸኰና ኤሳው ሒዙ ከም ዝተወልደ፣ ንሱ'ውን

ብትምህርቱ ንናይ መናፍቓን ትምህርቲ ሰንከልከል ኣቢሉ ስለ ዘውድኞ። ብዙሓት ያዕቆብ ኣለዉ፡ ንመፍለዪ ዘስሩግ ተባሂሉ፡ ንኣብነት

1. ያዕቆብ ወልደ ይስሓኞ
2. ያዕቆብ ወልደእልፍዮስ
3. ያዕቆብ እጉሁ ለእግዚእነ
4. ያዕቆብ ወልደዘብዴዎስ
5. ያዕቆብ ዘንጽቢን
6. ያዕቆብ ዘአልቦ ረዳኢ
7. ያዕቆብ ዘእልበረዲን
8. ያዕቆብ ዘግሙድ

ካብዚኣቶም ንምፍላይ በታ ዝተሸመላ ሃገር ዘስሩግ ኢሉ ይፈልዮ። ስሩግ ኣብ መንነ ክልተ ኣፍላግ ጤግሮስን ኤፍራጥስን ትርከብ ሃገር እያ።

ኣቡኡ ናይ ሶርያ ሊቀ ካህናት እዩ። ወዲ ሠለስተ ዓመት ምስ ኮነ ኣዲኡ ሒዛቶ ንቤተክርስቲያን ምስ ከደት ካብ ሕቐፉ ወሪዱ ትክ ኢሉ ቤተ መቕደስ ኣተወ፡ ዝኣተወሉ ግዜ ከኣ ኣብ ግዜ ዕርገተ ቅዱስ ቀሩርባን እዩ ዝነበረ። እቲ ዝቕድስ ዝነበረ ሊቀ ጳጳስ መንፈስ ቅዱስ ከምዝጸውዖ ስለዝፈለጠ ሠለስተ ግዜ ካብቲ ጽዋዕ ኣስተዮ። "ከም ዕዝራ ሱቱኤል መልኣክ ብጽዋዕ ኣስትይዎ" ይብሎ። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ምሥጢር ተገሊጹሉ፡ ሥጋካን ደምካን ዝሃብካኒ ኣምላክ ተመስገን እናበለ ኣመስገነ። ቀጺሉ *"እንሰ ኣፈርህ ፎተ ግብራተ"* ኢሉ።

1. ***ወይእቲ ፀአተ ነፍስየ እምሥጋየ።*** (ነፍሰይ ካብ ሥጋይ ተፈልያ ክትወጽእ እንከላ)
2. ***ወተራክበ ምስለ እግዚኣብሔር።*** (ንፍርዲ ናብ እግዚኣብሔር ክትቀርብ እንከላ)
3. ***ወፀአተ ፍትሕ ላዕሌየ።*** (ናይ መወዳእታ ፍርዲ ክፍረደኒ እንከሎ)

እናበለ ክበኪ - መረ፡ እቶም ሕዝብን እቶም ካህናትን እግዚኣብሔር እምበር ኣብዚ ሕፃን'ዚ ሓዲሩ ንዓና እዩ ዝገንሓና ዘሎ ኢሎም በከዩ። ኣብ ሸውዓተ ዓመቱ ብሉይን ሓዲስን ኣጠናቒቑ ተማህረ። ወዲ ፲፪ (12) ዓመት ምስኮነ ድርሰት - መረ። ፭(5) ዝኾኑ ጳጳሳት መጺኦም ኣብ ቅድሜና ቁምካ ንሕና እናሰማዕናካ ሓድሽ ድርሰት ድረሰልና በልዎ። ንሱ ኣቦታቱይ ኣነ ኣብ ቅድሜኩም እንኳን ሓድሽ ድርሰት ምድራስ ዝተመሃርክዎ ቀለም'ውን ኣጠናቒቕ ክናገር ዝክእል ሰብ ኣይኮንኩን ኢሉ ብትሕትና መለሰሎም። ንሱ ኣብ ዘለዎ ቤተክርስቲያን ፬ቱ እንስሳ ሕዝቅኤል ኣብ ፈለገ ኮቦር ከም ዝረኣዮም ኮይኖም ክሳዶም ድንን ኢሎም ተሳኢሎም ክበረ እሞ ኣብ ቅድሜና ድርሰት ምድራስ እንተዘይተካእለካ በል ነዚ ስእሊ ፬ቱ እንስሳ ተርጕመልና በልዎ። ንሳስ ሕራይ ኢሉ።

- *"በ፬ኤ ክነፊሆሙ ይከድኑ እግሮሙ"* ዝበሎ ክልተ ክንፎም ንታሕቲ ምግባሮም ናይ ኣምላክ ቀዳማዊነት ይምርምሩ እሞ ግን ይስእንዎ።
- *"በ፬ኤ ክነፊሆሙ ይከድኑ ገጾሙ"* ዝበሎ ክልተ ክንፎም ንላዕሊ ገጾም ምዝርግሑም ደሃራዊነቱ ይምርምሩ ግን ይስእንዎ።
- *"በ፬ኤ ክነፊሆሙ ይሰሩ እምጽንፍ እስከ ጽንፍ"* ዝበሎ ክልተ ክንፎም ንየማንን ንጸጋምን ምዝርግሑም፡ ምልኣቱን ስፍሓቱን ይምርምሩ እሞ ይስእንዎ። ዘይምርመር ንምኳኑ ዕዉብ ዕዉብ ይብሉ ኢሉ ተርጎመሎም።

ቅዱስ ያዕቆብ ዘሥሩግ ብዙሓት መጻሕፍትን ድርሳናትን ተግሳጻትን ምዕዶታትን ጽሒፉ ካብቲ ዝጽሓፎ ሓደ መጽሓፈ ቅድሴ እዩ።

ፖፕ ልዮን ፮፻፴፮ (636) ኤጲስ ቆጳሳት ኣብ ኬልቄዶን ኣኬባ ኣብ ዝገበረሉ 7ይ ርእሱ ኮይኑ ዝተማገሎተ ኣቦ እዩ። ብናይ ልዮን ክሕደት ብዙሕ ጐሃየ። ብናይ ዲዮስቆሮስ ሃይማኖት ከኣ ደስ ኢልዎ ተሓጐሰ። ፓፕ ልዮን ደብዳቤ ልኢኩ ብሃይማኖት ምሰለኒ በሎ። ንሱ ከኣ *"ሳጥናኤል ሊቀ መላእክት አታዜ መንጦላዕት"* እዩ ዝነበረ፣ ምስ ከሓደ ግን መላእክት ተፈለይዎ፣ ስለዚ ንሱ ዲያብሎስ ተባህለ እቶም ተከተልቱን ሰዓብቱን ከኣ ኣጋንንቲ ተባህሉ። ሕጂ'ውን ንስሓ ኣቲካ ከም ሊቀ ሓዋርያት ቅዱስ ጴጥሮስ እንተተመሊስካ፣ ኣነ'ውን ክመስለካ እየ፣ እንተዘይኮይኑ ግን ኣይመስለካን እየ በሎ።

ዕረፍቱ ሰነ ዕለት 27 (፳፯) ብ ፭፻፭/ 505 ዓ.ም ኣብታ ዝተወልደላ ዕለት ዓሪፉ ዕድሚኡ ፸፪(72) እዩ። ኣብቲ ዝዓረፈሉ ዓመተ ምሕረት መሠረተ ዜማ ቅዱስ ያሬድ ተወልደ።

መጽሓፈ ገድልን ስንክሳርን ተጻሒፉ ኣሎ።ታቦት ተቐሪጽሉ፣ ብስሙ ብዙሓት ገዳማት ተሃኒጾም ኣብ መቓብሩ መዓልቲ መዓልቲ ተኣምራት ይርኣ።እዚ ታሪክዚ ኣብ ሃይማኖተ ኣበው የሎን። መምህር ወ/ሥላሴ ንኢየሩሳሌም ምስ ከዱ፣ መጽሓፈ ገድሉን ስንክሳሩን ርእዮም ቀዲሖም ኣምጺኦሞ።

"እምሥጋዌ በ፬፻፴፫ቱ ዓመት ተወልደ፣" መዋዕሉሁኒ ፸፪ቱ (72) ዓመት ውእቱ፣ መዋዕለ ሲመቱ ኣሓዱ ዓመት ፲፩ ወርሕ፣ ወዕረፍቱ ኣመ ፳፯ ለሰኔ በዕለተ ሓሙስ በጊዜ ፱ ሰዓት ይብሎ። ***ጸሎቱን በረኵቱን ይሓልወና ኣሜን።***

ታሪክ ናይ ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ኣብ ደሴተ ጋግራ ብ ፯ (7) መስከረም ተወሊዱ፣ ቁጽሩ ካብቶም ፳፭(25) ሊቃውንቲ ውሽጢ እዩ። ዲዮስቆሮስ ማለት ለባሴ መስቀል ተቐባሊ መከራ ማለት እዩ። ኣብ ናቱ ዘመን እቲ ናይ ካቶሊካውያን ጉባኤ ኬልቄዶን ብጳጳስ ልዮን ብ ፬፻፶፩ (451) ዓ.ም ግእዝ ተገብረ። ካብ ጉባኤ ኒቅያ ክሳብ ጉባኤ ቁስጥንጥንያ ፶፮ (56) ዓመት ይከውን። ካብ ጉባኤ ኤፌሶን ክሳብ ጉባኤ ኬልቄዶን ከኣ ፳ (20) ዓመት ይከውን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንሱን ዮሓንስ ኣፈወርቅን ተራኪቦም ምንባሮም ይነግር። ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ብ፬፻፴፫(433) ዓ.ም ግዕዝ ሊቀ ጳጳሳት ተሸይሙ፣ ን፲፬ (14) ዓመት ዝኣክል ጸኒሑ፣ ድሕሪኡ ወሪዱ። እንደገና ብ ፭፻፲፮ (516 ዓ.ም) ንካልኣይ ግዜ ተሸመ። ኣብዚ እዋን እዚ መርቅያን ብናይ ልዮን ምክንያት ተጠቒሙ ኣብ ኬልቄዶን ጉባኤ ይኩን ኢሉ ኣዋጅ ነገረ። ካብ ናይ ጉባኤ ኒቅያ ዝነበሩ ሊቃውንቲ ዕጽፊ ፮፻፴፮/636 ኤጲስቆጳሳት ኣከበ፣ ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ፯(7ይ) ርእሱ ኮይኑ ተዋሕዶ በለ፣ ማለት እዚ ድኣ እቲ ናይ ንስጥሮስ ነገር እንድ'ዩ ብሕልፍኝ ኣትዩ፣ ብኣዳራሽ ምውጻእ እንድ'ዩ በለ። ልዮን ናብቲ ኣኬባ ኣይመጸን ነይሩ። ብሕማም ድዩ ብእርግና ምክንያት ዘይመምጽኢኡ ኣይተፈልጠን። ደብዳቤ ልኢኩ ተነቢብሉ ኣብቲ

ንባቡ ከምዚ ዝስዕብ ዝብል ትሕዝቶ ነበሮ። *"ክልተ ባህርይ መለኮት ይገብር ግብረ መለኮት፣ ትሰብዕት ይገብር ግብረ ትሰብዕት"* ዝብል ነበረ።

ንቅዱስ ዲዮስቆሮስ ሓለቓካን መምህርካን ልዮን ከምዚ እናበለ ስለምንታይ ንበይንካ ትፍለ በልዎ። ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ሃይማኖት እንተዘይቅይር ነይሩ መምህረይ ሓለቓይ ምኾነ ነይሩ፣ ሃይማኖት እንተለዊጡ ግን ከመይ ኢሉ መምህረይን ሓለቓይን ይከውን በለ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣወገዝዎን ኣውረድዎን። ንሱ እውን ብወገኑ ወገዞም፣ ማለት ክልቲኦም ተወጋጊዞም። ሰይቲ ንጉሥ መርቅያን ንግሥቲ ብርክልያ ጓል ኣውዶክስያ ንዲዮቅልጥያኖስ ጓል ጓሉ፣ ናይ ሎሚ ኣኬባ ከመይ ውዒሉ ኢላ እንተሓተተት። ዲዮስቆሮስ 7ይ ርእሱ ድኣ ተፈልዩ እምበር ካልኦት ሓደ ኮይኖም ኄሮም በልዋ። በሉ ንዲዮስቆሮስ ናባይ ስደድዎ በለት። እቲ ንጉሥ እውን ንሰበይቲ እኮ ዕድል ናይ ምርዳእ ኣለዋ እዩ እስከ ስደዱላ በለ። ንሳ ስለምንታይ ኢላ ንጉሥ ዝፈተዎን፣ ዘመን ዝወለዶን መሲልካ ዘይትነብር: በለቶ፣ ንሱ ኣይከውንን በላ። ንሳ ከኣ እዞም መነኮሳት እዚኣቶም እንታይ እዩ ከምዚ ዝገብሮም ዘሎ፧ ኣቦካ ኣፈወርቅ ምስ ኣደይ ኣውዶክስያ ተጻሊኡ ከምዚ ኢሉ መከራ ረከበ። ንስካ እውን ክመውት እየ እምበር ኣይቕበለክን ትብል ኣሎካ በለቶ። ንሱ ከኣ " ንስኺ ናይ ኣቦይ ኣፈወርቅ መከራ ምጽጋብ ትዛረቢ ኣሎኺ እምበር፣ ናይ ኣዴኺ ሓሳርሲ ኣይትዝክርንዶ: በላ። ብከመይ ዝበለ ክፉእ ኣማውታ እያ ዝሞተት በሊ" በላ። ኣብዚ እዋን'ዚ ሓፈረት እሞ በቲ ዝሓዘቶ ወቕዓ ቶ። ኣስናኑ ከኣ ሰበረቶ። እቶም ዓ- ብታ'ውን መጺኦም ጭሕሙ ነጸይዎ ገጹ ገጹ ጸፍዕዎ፣ ስኑ ሰበርዎ። ንሱ ነቲ ዝተሰብረ ስኑ ኣብ መንዲል ቆጺሩ ነቶም ኣብ እስክንድርያ ዘለዉ ኣመንቲ *"ዝንቱ ውእቱ ፍሬ ሃይማኖት"* ኢሉ ሰደደሎም። ከም ናይ ዕንቁ (መብራህቲ) እናኣብርሃሎም ናይ ለይቲ ስራሕ ይሰርሑ ነበሩ። ድሕሪኡ ፍረዱ በለቶም፣ ይሙት ኢሎም ፈረዱ። ገለ ሰባት ከኣ፡- ንስጥሮስ ክሒዱ ተሰዲዱ እምበር መዓስ ተቐቲሉ ተኣሲሩ ክነብር (ማሕዩር) እዩ ዝመስለና ኢሎም ፈረዱ። ሽዑ ኣብ <u>ደሴተ ጋግራ</u> ማሕዩር ኣእተውዎ። ኣብኡ ኣብ ማሕቡስ (ማእሰርቲ) እንከሎ ሞተ።

- መለካውያን ማለት ፈጻምያነ ትእዛዘ ንጉሥ ማለት እዩ።
- ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ኃሙሽተ ዓይነት ድርሰታት ደሪሱ፣ እቲ ቀንዲ ብስሙ ዝጽዋዕ መጽሐፈ ቅዳሴ እዩ። ኣብ ደሴተ ጋግራ ተኣሲሩ እንከሎ ዝጸሓፎ እዩ፣ ዘቕረቦ እውን ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ እዩ።
- ኣብ መበል ፷ (60) ዕድሚኡ ግንቦት ዕለት ፯(7) ዓሪፉ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኮልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን ኣሜን። ካብ መቕድም ቅድሴ ዲዮስቆሮስ ዝተተርጐመ።

- ሰላም ለዲዮስቆሮስ ሃይማኖተ ንጉሥ ዘተሣለቀ፣
- ተዋሕዶተ ኣምላክ ወሰብእ ኣመ ለክልኤ ነፈቀ፣
- ያስተግንዕ ህየ እለ ሀለዉ ደቂቀ፣
- ዘተነፅየ እምነ ፅሕሙ ወእምኣስናኒሁ ዘወድቀ፣

- ፍሬ ሃይማኖቱ ፈነወ ብሔረ ርጉቀ።

✠ ✠ ✠

ሓጺር ታሪክ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ካልእ ሊቀ ጳጳስ ገባሬ ተኣምራት

ጎርጎርዮስ ማለት ንቑሕ ትጉህ፣ ዕቁብ፣ ዕጉስ፣ ማለት እዩ። ሃገሩ ሮማ መካነ ቅዱሳን እዩ፣ ብህፃንነቱ ብሉይ ኪዳን ተማህረ። "*ወተዘከረ ማኅለቅቶ ለዝንቱ ዓለም፣ ወንብረተ መንግሥቱ ሰማያት፣ ዘኢየሓልቅ*" ኢሉ - መረ። ናይ ሕጊ ፈላጥን ተርጓምን ክከውን እንከሎ ናይ ሮማ ቋንቋ ብዝግባእ ዝፈልጥን ዝትርጉምን ሊቅ እዩ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ብናይ ሕጊ ትምህርቲ ክመሃር እንከሎ ብመልአክ እግዚአብሔር ተጸዊዑ ናይ'ዚ ዓለም'ዚ ንብረት መኒኑ ንገዳም ኣተወ። ኣብ ናይ ሕጊ ትምህርቲ እናተማህረ እንከሎ ሓደ ድካ ተበዲሉ ርእዩ፣ ነቲ ድካ ክማጐተሉ ኢሉ እናከደ ብመልአክ እግዚአብሔር ዝተጸውዐ ሓደ ኣረጋዊ ኤጲስ ቆጶስ ጸዊዑ ንዓይ ርድኣኒ፣ ነዚ ገዳም እውን ብሽመት ኣገልግል ኢሉ ሓተቶ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ ግን ኣነ ሽመት ኣይደልን'የ ብምባል ኣበዮም። እቶም ኤጲስ ቆጶስ ኣጸቢቑም እኳ ግዲ እንተበልዎ። ናብ ዘይርከበሉ ቦታ ክዳኑን መልክዑን ቀይሩ ብምህዳም ቤቱ ዓጽዩ ይቕመጥ ነበረ።

ኣስተውዕል ናይ ቀደም መነኮሳት ኣቦታት ከምዚ እዮም ነይሮም። ማለት ሽመት ዝጸልኡ፣ ዝተፈላለየ ክዳን ምግብን ዘይጥቀሙ፣ ውዳሴ ከንቱ ዘይፈትዉ እዮም ነይሮም። ናይ ቀደምን ናይ ሎምን ክነጻጸሩ እንከለዉ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ እቶም ዝኣረጉ ኤጲስ ቆጶስ ሞቱ። ንመን ድኣ ክንሸይም ኢና ኢሎም ክጭነቑ እንከለዉ "*ሲምዎ ለጎርጎርዮስ ገዳማዊ*" ዝብል ድምጺ ሰምዑ። ኣብ ኩሉ ጎቦታት፣ ዋሻታት፣ ዱራት እንተደለዩ ክረክብዎ ኣይከኣሉን። ሽዑ ብእምነት ንሱ ከይተረክበ ነቲ መንበር ዘርጊሖም ኣብቲ መንበር ልብሰ ተክህኖ ኣቑሚጦም፣ መጽሓፈ ሲመቱ ኣብጺሖም "*ሴምናሁ ለጎርጎርዮስ ገዳማዊ*" ኢሎም ጎዳር ዕለት ፳፩ (21) ሸምዎ። ኩሎም እቶም ሕዝብን ካህናትን "*ይደልዎ ይደልዎ ይደልዎ*" በሉ። ሽዑ ንቅዱስ ጎርጎርዮስ ካብቲ ዝነበሮ ዱር ውጻእ ዕድልካ ንሕዝቢ ምስትምሃር እዩ እምበር ብሕትውና ኣይኮነን በሎ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ እናበከየ ንፈጣሪ መንገዱ ምርሓኒ እናበለ እንተከደ ሽመት ረከበ። ብቑዕ ከም ምኳኑ መጠን እውን ነቶም መነኮሳት ተኣምራት ኣርእይዎም። ንምልክት ሓደ ንቑጽ ገረብ ቆጽሊ ኣውጺኡ ሕሙም ፈዊሱ ኣርኣዮም። እቲ ቅድም ኣይሽየምን እየ ክብሎም እንከሎ ኣብ ማእከሎም ተሠዊሩዎም ምርኣይ ዝስኣንዎ ግዜ'ውን ነይሩ እዩ።

በቲ ናይ መልኣክ መሪሕነት ተመሪሑ ናብቶም መነኮሳት በጽሐ። ኣብኡ ከኣ በቲ ቅድም ንሱ ከይመጽአ ዝሸምዎ ተሸይሙ ኣብ ሽመቱ ጸኒዑ ይነብር ነበረ። በዚ እቶም መነኮሳት ክጥርጥርዎን ክሓምይዎን - መሩ። ማለት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ከምቲ ኣብ ግዜ ሙሴ ዝነበሩ ዝገብርዎ ዝነበረ ተኣምራት ከይከውን። ነዚ ከሕስቦም ዝከኣለ ከኣ ነቲ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ቀላይ ብጸሎቱ ምስ ኣንቀጸ እዩ። እቶም ሕዝቢ ግን እንኣምኖ ዝነበርና ኣቦ ከመይ ኢሉ ጨኪኑ እንተበሉ ብብዝሒ ኃጢኣትኩም እዩ በሎም።

ንሱ ተሸይሙ እንከሎ ብዙሕ ተኣምራት ገሩ ካብቲ ዝገበሮ ኣብዚ ሓንቲ ክንርኢ ኢና።

ክልተ ደቂ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ የሕዋት ሓንቲ ዓባይ ግራት ኣቡኦም ዘውረሶም ነበሩ። እታ ግራት ብማይ መሊኣ ብዙሓት ዓሣታት ከምእተፍሪ ኮነት። ዓሣ እናገፈፉ ንነዊሕ ግዜ ክነብሩ ድሕሪ ምጽናሕ ናተይ እያ፣ ናተይ እባ ብምባል ተባኢሶም ብክሲ ናብ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ይኸዱ፣ ቅዱስ ጎርጎርዮስ በብእብረ ዓሣ ክገፉ ዓረቐም። ሕጂ ውን ድሕሪ ሓጺር ግዜ ከም ቀደሞም ተባእሱ። እንደገና ናብ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ከዱ፣ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ጸልዩ፣ ናብ ኣምላክ ኣመልኪቱ፣ እቲ ማይ ከምዝደርቐ፣ ሕርሻ ከምዝከውን ገይሩ፣ ናብ ክልተ መቐሉ፣ ሓሪስኩም ተናበሩ ኢሉ ፈረዶም። በዚ ምክንያት'ዚ ከኣ ቅዱስ ጎርጎርዮስ "*ገባሬ ተኣምራት*" ክበሃል ክኢሉ። እቶም ክልተ ኣሕዋት በዚ ናቱ ፍርዲ ተሰማሚያም ከም ዝነብሩ ኮኑ። እቶም መነኮሳት ውን ካብዚ ተበጊሶም እዮም ዝሐመይዎ።

- ሰላም ዕብል መዓዛኸ መኣድመ
- እምቀናንሞስ ዘጥዕመ።
- ጎርጎርዮስ ኣብ እንተትገብር መድምመ።
- ኣይቢሰክ ነቅዓ ማዮሙ እስክ ገብርዎ ኣትላመ።
- ላዕለ ክልኤቱ ኣጎው ረሰይክ ሰላመ።

ድርሰት

እቲ ዝደረሶ መጽሓፍ ቅዳሴ፣ ኣብ በዓለ ሆሳእና እዩ ዝቐደስ። ስለ ናይ ጐይታ ሕማማትን ልደትን፣ ስቓይን፣ ግፍዕን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኣድጊ ተጻዒኑ ናብ ኢየሩሳሌም ምእታው። ሆሳዕና ማለት መድኃኒት ማለት ምኳኑ ገሊጹ እዩ። ኣብ ሃይማኖተ ኣበውን ኣብ ናይ ሊቃውንት መጽሓፍን ስሙ ብብዝሒ ተጠቒሱ ይርከብ። ነዛ መጽሓፈ ቅዳሴ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘቐረባ ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ እዩ።

መዋዕለ ሽመቱን ዕረፍቱን

- ቅዱስ ጎርጎርዮስ ንፍ፩/45 ዓመት ድሕሪ ምጽናሑ ብዕለት ፳፩(21) ጎዳር ልክዕ ኣብታ ዝተሸመላን ዝተወለደላን መዓልቲ ዕረፍቱ ኮነ፣ ብኢድ ደቀ መዛሙርቱ ከኣ ተቐብረ።

ጸሎቱን በረኵቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

ምንጭ፡- ስንክሳር ጎዳር ዕለት ፳፩ /21 ታሪክ ቅዱሳን ፲፱፻፺፯ ዓ.ም ገጽ

ቅዱስ ጎርጎርዮስ ረኣዩ ጎቡኣት

ሀገሩ ሮሐ ኮይኑ ኣብ መዋዕለ ንእስነቱ ዓመጸ ን ኃጥእን በዳልን ከምኡ እውን ናይ ክርስቲያን ጸላኢ እዩ ነይሩ። ከይሓሰቦ መልኣክ እግዚኣብሔር ብሃንደበት መጺኡ ኣንጠልጢሉ ወሲዱ ሲኦል፣ ገሃነመ እሳት፣ ኣርእዩ መሊሰ ናብ'ቲ ዝተወልደሉ ቦታ ናብ ዓ

ዱ መለሶ። “ እዚ ክትፍጽሞ ዝጸናሕካ ዓመጽ እንተድኣ ገዲፍካዮ ብሕይወት ክትነብር ኢካ ” በሎ። ድሕሪኡ ተነሚሑ ኣብ መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ ኣትዩ ሓዲስ፤ ብሉይ፤ ሊቃውንትን፤ ነገሥት ኣብ ፯/7 ዓመት ኣጠናቒቑ ፈለጠ። ንካልኣይ ግዜ መልኣክ እግዚኣብሔር መጺኡ ብጸጉሩ ሒዙ ገነት፤ መንግሥተ ሰማያትን፤ ኢየሩሳሌም ሰማያዊትን፤ ብሔረ ሕያዋንን፤ ብሔረ ብፁዓን ወሲዱ ኣርኣዮ። እዚ ኣቦዚ በቲ ዝረኣዮ መሠረት ብዙሕ ገድሊ ተጋደለ። ብዙሓት ጣዖታት ኣፍረሰ፣ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት ሠርሐ። ኣብ ሃይማኖተ ኣበው ኣብ ስንክሳር ኣብ ገድለ ሰማዕታት ኣብ ገድለ ቅዱሳን ስሙ ብብዝሒ ተደጋጊሙ ተጠቒሱ ይርከብ። ኣብ መወዳእታ ንብዙሕ ዓመታት ብሊቀ ጳጳስና ተሸይሙ ምስ ጸንሐ ሽመት ኣይደልን ኢሉ ብብሕትውና ጸኒሑ ዕለት 2 (2) መጋቢት ዓረፈ። ቤተክርስቲያን ተዋሕዶ ኦርቶዶክስ ካብቶም ዓቢ ኣበርክቶ ዘበርከቱ ዓበይቲ ሊቃውንት ሓደ ከም ምኳኑ ትዝክሮ።

- ሰላም ለጎርጎርዮስ ኣመ ፃመወ ውተግሐ፣
- መልዕልተ ሃገር ዘሮሀ፣
- መካነ ኃጥኣን ብካየ ወመካነ ጸድቃን ፍሥሓ፣
- ዘበበያታሆሙ ነጊሮ ብዙኃ፣
- ለእለ ውስተ ምድር ሰበከ ንሥሐ።

ንቅዱስ ጎርጎርዮስ በረከት ኣምላኩ ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን!

<u>ምንጭ፡-</u> ስንክሳር ፪ መጋቢት፤ ታሪክ ቅዱሳን 1997 ዓ.ም ገጽ

✠ ✠ ✠

ቅዱስ ኣባ ሕርያቆስ

ቅዱስ ኣባ ሕርያቆስ ሃገሩ ብሕንሳ እዩ። ሕርያቆስ ማለት ጎሩይ፣ ንሽመት ዝተመርጸ፣ ከምኡ'ዉን ረቂቕ ማለት እዩ። ረቂቕ ምሥጢረ ሥላሴ ይናገር እዩ። ካብ ሊቃዉንትስ ምሥጢረ ሥላሴ ዘይናገር የልቦን። ካብ ኩሉ ብዝበልጽ ንሱ ኣስፈሐን ኣጉሊሑን ተናጊሩ እዩ። ከምኡ እውን ፀሓይ ማለት እዩ ***(ኣብ ፀሓይ ወልድ ፀሓይ ወመንፈስ ቅዱስ ፀሐይ”*** እናበለ ደሪሱ እዩ። ከምኡ ውን ብርሃን ማለት እዩ። ናይ ምእመናን ልቡና ብትምህርቱ ብሩህ ይገብር እዩ። “***ዘኣብርሃ ለመንበረ ማርቆሰ በብርሃኑ***” ከምዝብል ከምኡ እውን ንህቢ ማለት እዩ። ንህቢ ዘይቀስሞ ዕንባባ የልቦን። ንሱ ድማ ዘይጠቕሶ ሊቅ የልቦን። እዝስ ከመይ እዩ: እንተበልና ሓዋርያት ዝተማህረ ሥነ-ምግባር ዘለዎ ይሸየም ኢሎም ሥርዓት ሠሪያም እዮም።

ከመይ ብትምህርቱ ምእመናን ዝሕሉ ንመናፍቓን ተካራኪሩ ዝመልስ ምእንቲ ክከውን ብሥነ-ምግባሩ ብጸሎቱ ይረድእ እዩ። ኣባ ሕርያቆስ ከኣ ሥነ ምግባር ዘለዎ ትሑት ሰብ እዩ ነይሩ። ኣብ ብህንሳ ኣብ ልዕሊ እልፊ መነኮሳትን መነኮሳይያትን ብኤጲስ

ቆጶስነት ተሸይሙ ብምንባሩ ኣብ ብዙሓት ምሻም ልሙድ እዩ። ኣባ ሆርን ኣባ ኤስድሮስን ኣብ ብዙሓት ከም ዝተሸሙ።

እዛ ብሕንሳ ቅድም ኣርጋድያ ትበሃል ነበረት። ደሓር መኑፍ ተባሂላ። ብዙሕ ግዜ ናይ ስም ለውጢ ኣጋጢምዋ እዩ። ሎሚ ከኣ ብህንሳ ትብሃል ኣላ። ኣባ ሕርያቆስ ድማ ብትሕትናን ፍቕርን ዝፀንዐ ኣቦ እዩ። ሥርዓተ ቀኖና ተኸተሉ፣ ጹሙ፣ ጸልዩ፣ ተፋቕሩ፣ ትሕትና ግበሩ እናበለ ሥርዓት ስለ ዘጽንዓሎም ግና ክጸልእዎ - መሩ። ዘይተማህረ እዩ'ሞ *"ካብ ምጥምጣም ምምሃር ይቕድም"* ከም ዝበሃል፣ ካብ ምሻም ትምህርቲ ምቕዳም'ዶ ኣይመሓሸን። እናበሉ ይንዕቕዎ ነበሩ። ንሱ ግና *"መእቀውም ዮም በትሕትና ወፍቅር"* ኢሉ ከም ዘመጽኦ ከምቲ ዝጸልኡኒ ክጸልኦም ከምቲ ዝነዓቑኒ ክንዕቆም ከይበለ ብፍቕርን ብትሕትናን ጽኒዑ ይምህሮም ነበረ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ብምንታይ ምክንያት ኢና እንስዕሮ በሉ'ሞ ቀዲስካ ኣቑርበና ኢልና፣ በዚ ንስዓሮ ኢሎም መከሩ። ንሱ ግን ከም ቅዱስ ኤፍሬም ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ምስጋና ከም ሑጻ ባሕሪ፣ ከም ከዋክብቲ ሰማይ በዚሑለይ እንተዝርኢ ከም መግቢ ተመጊበዮ፣ ከም ክዳን ተክዲነዮ፣ ምነበርኩ ኢሉ ይምነ ነበረ።

ድሕሪ'ዚ ቅዳሴ ኣትዩ ሥርዓተ ቅዳሴ ኣብጺሑ ኣብ ፍረ ቅዳሴ ክበጽሕ እንከሎ ካብ ናይ ሊቃውንቲ ቅዳሴ ክብድ ዝበለ ዘሸግር ንሃቦ እናበሉ ክመክሩ ከለዉ ዝለመንዋ ዘይትከልእ ዝነገርዋ ዘይትርስዕ እግዝእትነ ማርያም ንግዚኡ ገሊጻትሉ። *"ጕሥዓ ልብየ ቃለ ሠናየ)* ኢሉ *"ወይእዜኒ ንሰብሖ"* ክሳብ ዝብል ሰተት ኣቢሉ ተናገሮ።

እቶም ዝንዕቅዎን ዝጸልእዎን ዝነበሩ እዝስ ዝነገርዎ ቀለም እኳ ኣጠናቒቑ ምንጋር ዘይተካእሎስ ሓድሽ ድርሰት ክደርስ ኢሉ ሃተውተው ይብል ኣሎ ኢሉም ተገረሙ። እቶም ዝእዘዝዎን ዘፍቅርዎን ዝነበሩ ግና መንፈስ ቅዱስ ገሊጹሉ እዩ እምበር ከምዚ ዝበለ ምሥጢር'ዶ ካብ ሰብ ይርከብ እዩ ኢሎም ኣደነቕዎ። ንግዚኡ እቶም ዘክብርዎን ዘፍቅርዎን ጽሒፍና ደጉስና ዘይንሕዞ በሉ። እቶም ዝንዕቕዎን ዝጸልእዎን ድማ ኣየ መን ተናጊርዎ ኢልና ኢና እንሕዞ በሉ። ከምቲ ዝተለምደ ጌርና ዘይንሕዞ በሉ። ኣብ ሃገሮም ሓድሽ ድርሰት እንተተደሪሱ ጽሒፎም ደጉሶም ናብ ሓዊ የእትውዎ። ብደሓን እንተወጺኡ፣ ናብ ማይ የእትውዎ። ካብ ማይ ውን ብደሓን እንተወጺኡ፣ ኣብ ልዕሊ ሕሙም የንብርዎ ሕሙም እንተፈዊሱ ቅቡል ድርሰት ኢሎም ይሕዝዎ ነዚ ድማ ከምኡ ጽሒፎም፣ ደጉሶም ናብ ሓዊ ኣእተውዎ ብደሓን ወጸ። ናብ ማይ ኣእተውዎ ብደሓን ወጸ፣ ኣብ ልዕሊ ሕሙም ኣንበርዎ ፈወሶ፣ ብዝበለጸ ድማ ምዉት ኣተንሥኣ። ስለዚ ሓቂ ብሓቂ ቅቡል ድርሰት እዩ ኢሎም ሓዝዎ። ኣብ መጽሓፍ ቅዳሴ መበል 1፬ (14) ኮይኑ ብክብሪ ተታሕዘ ካብቶም ፲፬ (14) መጻሕፍቲ ቅዳሴ ተኣምራት ዘይተገብረሉ የልቦን። ዝቐደሰሉ መዓልቲ'ከ መዓስ እዩ ነይሩ እንተበልና ካብ ፴፫ (33) በዓላት እግዝእትነ ማርያም ሓደ መዓልቲ እዩ።

ሓደ ባሕታዊ ካብ ፍቕራ ዝተላዕለ "ካብዘን ፴፫ (33) በዓላትክስ ነየነይቲ ከክብሩልኪ የሐጉሰኪ በላ። ንሳ ኪዳነ ምሕረት፣ ፲፮ (16) የካቲት፣ ልደተይ ፩ (1)

ግንቦት፡ ዕረፍተይ ፳፩ (21) ጥር፡ በዓል ፍልሰተይ ፲፮ (16) ነሓሴ" በለቶ። ደጊሙ ካብ ኣርባዕቲአን ከ በላ ካብ ጸቢብ ናብ ርሒብ፡ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፡ ዝወጻእኩላ እያሞ ዕለተ ልደተይ ከክብሩለይ እፈቱ በለቶ። ከምኡ እውን ኣነ ከይተወለድኩ ንወለደይ መባእኩም ኣይንቕበለኩምን ኢሎም ኣጉህዮሞም ነይሮም እዮም። እቲ ናታቶም ሓዘን ሓዘነይ እዩ፡ ከምዝበለቶ ዝቐደሰላ መዓልቲ በዓል ልደታ እዩ ነይሩ።

ካብ ስግር ባሕሪ'ከ መን ኣምጽኣልና፡ ቅዱስ ያሬድ ማይ ከራሕ መደባይ ታብር ኣብ ዝብሃል ቦታ ተቐሚጡ ከሎ ቅድስት ድንግል ማርያም ንቅዱስ ኤፍሬም ካብ ሶርያ፡ ንቅዱስ ሕርያቆስ ካብ ብህንሳ ብደመና ጠቒሳ ኣብታ ቅዱስ ያሬድ ዘለዋ ቦታ ኣምጺኣ፡ ንስካ ውዳሴይ፡ ንስካ ቅዳሴይ ንገርዎ። ንሱ ብዜማ ይድረሶ በለቶም። ነጊሮሞ ንሱ ብዜማ ደረሶ። ድሕሪኡ ነዚ ጥራይ ዘይኮነስ ኑቲ ፲፫ (13) ቅዳሴታት እውን ብዜማ ደሪሱ እዩ። ካብቲ ፲፫ (13) ቅዳሴታት ቀዲሙ ብዜማ ዝተደርሰ ቅዳሴ ማርያም ስለ ዝኾነ ዝበዝሕ ምልክት (ሥሪዩ) ኣብ ቅዳሴ ማርያም እዩ ዝርከብ። ዕረፍቱ ጥቅምቲ ፪ (2) እዩ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ሶልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

✠ ✠ ✠

ቅዱስ ኤፍሬም ሶርያዊ

ቅዱስ ኤፍሬም ትውልዱ ካብ ሰብ ሃገረ ከዋክብት ኮይኑ ኣቡኡ ናይ ጣያት ካህን እዩ ነይሩ። ቅዱስ ኤፍሬም ግና ኣይፈትዎን ነበረ። ብመልኣክ ተመሪሑ ናብ ጳጳስ ቅዱስ ያዕቆብ ዘንጽቢን ከደ እሞ ምሂሩ፡ ኣእሚኑ ኣጠመቖ። እናተጋደለ ከኣ ምስኡ ንነዊሕ ግዜ ከም ተማሃራይ ኮይኑ ተቐመጠ። ብገድሉ ከኣ ኣዝዩ ዓብዩ ኮነ። ኩሉ ግዜ ይጸውም፡ ይጽሊ ነበረ። ጸጋ መንፈስቅዱስ ስለ ዝሓደሮ ምስ ኣሕዛብ ኣብ ዝገብሮ ክርክር ይረትያም ነበረ። ሃገሩ ሶርያ ቋንቁኡ ሱርሱት፡ ግንቦት ዕለት ፩ ተወልደ። ኣብ ጉባኤ ኒቅያ ቅዱሳን ኣቦታት ሊቃውንቲ ፫፻፲፰ (318) ክእክቡ እንከለዉ ቅዱስ ኤፍሬም ምስ መምህሩ ጳጳስ ኣባ ያዕቆብ ዘንጽቢን ከይዱ ነይሩ።

ቅዱስ ኤፍሬም ካብ ኒቅያ ክምለስ እንከሎ ኣብቲ ዝሓደሮ ቦታ ዓንዲ ብርሃን ተተኪሉ ካብ ምድሪ ክሳብ ሰማይ ዝበጽሕ ብሕልሚ ረኣየ። ንኣምላክ ትርኢቱ ከምዝገለጽካለይ መን ምኳኑ ግለጸለይ ኢሉ ኣመልከተ። ዝተእዘዘ መልኣክ መጺኡ እዚ ዝረኣካዮ ባስልዮስ በዓል ቂሳርያ እዩ። ንሱ ንቤተክርስቲያን ጽኑዕ ዓንዲ እዩ። ብስብከቱ ልቢ ደቂ ሰብ ናብ ብርሃን ዝልውጥ እዩ። ቅዱስ ባስልዮስ ቁጽሩ ካብቶም ፫፻፲፰ (318) ሊቃውንቲ ሓደ እዩ።

ቅዱስ ኤፍሬም ንቅዱስ ባስልዮስ ከይዱ እንተረኣዮ ከምቲ ዝሓለሞ ኮይኑ ኣይረከቦን። ምክንያቱ ቅዱስ ባስልዮስ ክምህር እንከሎ ኣብ ወርቂ መንበር ተቐሚጡ፡ ብናይ ወርቂ ኣትራኖስ ወንጌለ ወርቅ ዘርጊሑ፡ ዘንጸባርቕ ካባ ተኽዲኑ፡ ጽሩይ መጠምጠምያ ኣብ ርእሱ ጌሩ፡ ሃሪ ዝመትሓዚኡ ጽቡቕ ጭራ ሒዙ ምእመናን ክምህር ከሎ ስለ ዝረኣዮ በዚ ከኣ "***ወሐዘበ ልቡ ለኤፍሬም ከመ ሥጋዊ ውእቱ***" ከምዚ ኢሉ ዝምህር ድኣ ከመይ ኢሉ ቅዱስ ክከውን ይክእል ኢሉ ቅዱስ ኤፍሬም ተጠራጠረ" በለ።

ንመእመኒኡ ዝኮኑ እዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ነገራት ምስ ረኣየ ክኣምን ክኢለ።

1. ቅዱስ ባስልዮስ ቃል ኣምላክ ክሰብክ ከሎ ካብ ኣፉ ከም ነጸብራቕ እሳት ኣናወፅኡ ነቶም ህዝቢ ኣብ ልቦም ኣትዩ ክወሃህዶም ረኣየ።
2. ርግቢ ናብ ርእሲ ቅዱስ ባሰልዮስ ክትዓልብ እንከላ ረኣየ።
3. ታሃዋስያን (ዝምቢ) ኣብ ክዳኑ እንተዓለቡ ተቓጺሎም ከም ቆሎ ክረግፉ ረኣየ።
4. ስሙ ዘይፈልጠ ከሎ ሃገሩ ከይሓተተ ኤፍሬም ሶርያዊ፥ ኤፍሬም ለብሃዊ ኣብ ኩርናዕ ቤተክርስቲያን ቆይሙ ይጽልየልኩም ኣሎ እሞ ጸውዑለይ ኢሉ ኣጸውየ።

ቅዱስ ኤፍሬም ብኣተርጓሚ ምዝርራብ ስለ ዘየዕገቦ ኣቦይ ጸሊ እሞ ናተይ ቋንቋ ንዓካ ናትካ ቋንቋ ንዓይ ተገሊጹ ክንዘራረብ በሎ። ንሱ ጸለየ ከምቲ ዝደለዮ ከኣ ኮነሉ። ምሉእ ለይቲ ክጻወቱ ሓደሩ።

ቅዱስ ባስልዮስ ዝለበሶ ክቡር ልብሲ ሰለ ክብረ ወንጌል እዩ እምበር ልብሱስ ወጮ (ማቾ) እዩ ነይሩ። ከምዚ ሎሚ ካህናት ምእንቲ ክብረ ሥጋሁ ወደሙ፥ ስለ ክብረ ወንጌል፥ ክብሉ ወርቃዊ ኣክሊል፥ ናይ ክብሪ ልብሲ ግርማ ለቢሶም እንርእዮም ማለት እዩ።

ቅዱስ ኤፍሬም ኣብቲ ዝተዋህቦ ሃገር ስብከት ወንጌል እናመሃረ ክቐመጥ ከሎ ሓንቲ ካብ ኣዋልድ ነገሥታት ዝኮነት ሰበይቲ ኩሉ ዝፈጸመቶ ኃጢኣት ኣብ ጥራዝ እናጸሓፈት ተቐምጥ ነበረት። ስለምንታይ እንተበልና ንምንጋሩ የሕፍራ ስለዝነበረ፥ ኣዝዩ ካኣ ስለዝበገዘሐ ይብል።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ዝጸሓፈቶ ኃጢኣት ጠቕሊላ ንቅዱስ ባስልዮስ "ኣቦየ ኣብዚ ዘሎ ኩሉ ኃጢኣትኪ ይደምስሰልኪ በለኒ" በለቶ ንሱ ይፈሓቕልኪ በለ። ገንጺሉ እንተረኣየ ኩሉ ተፋሒቑ ከብቅዕ ሓንቲ ከይተደምሰሰት ተሪፉ ረኣየት። ንዓኣ "*ዘዕቀብኽ ነፂር*" ይብላ። ንምፍጻማ ኮነ፥ ንምርኣያ ብጣዕሚ ተሕፍር እያ። ኣቦይ እዚኣከ ደኣ በለቶ። ንሱ "እዚኣስ ንቅዱስ ኤፍሬም ሶርያዊ ደኣ እንተተካእሎ ሕተቲዮ እምበር ኣነስ ኣይተካእለንን" በላ። ዘይከኣሎ ኮይኑ ዘይኮነስ ቅዱሳን ልማዶም ናይ ባዕሎም ክብሪ ካብ ምግላጽ ናይ ብጻዮም ክብሪ ክግለጽ ስለዝፈትዉ እዩ።

ከምኡ እውን ነታ ተነሣሒት ሰበይቲ ላዕልን ታሕትን ብምባል እንተደከመት ጻማ ክኮና እቲ ንሳ ትደክሞ ከኣ ኣብ ቀኖና ኣትዩ ንስሓ ስለዝቐጸረላ በዚ ናብ ቅዱስ ኤፍሬም ክትከይድ ነገራ። ናብ ቅዱስ ኤፍሬም ከይዳ ይፈሓቕልኪ በለኒ በለቶ። ንሱ ከኣ ከምቲ ቅዱስ ባስልዮስ ዝበላ ናይ ትሕትና ቃል "እዝስ ንቅዱስ ባስልዮስ ሊቀ ጳጳሳት ደኣ እንተተካእሎ እምበር ኣነስ ኣይከኣልኩን" በላ። ዘይከኣሎ ኮይኑ ኣይኮነን ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተባህለ ድማ ነታ ተነሣሒት ሰበይቲ ኣብ ቀኖና ተቒጺሩ ጻማ ድካማ ንክትረክብ ኃጢኣታ ክሕደገላ ማለት እዩ።

"ኬድኪ ግና ከምቲ ዝሓደግኪዮ ብሕይወተ ሥጋ ዘይኮነስ ሞይቱ ክቐብርዎ፥ ሬስኡ ተሰኪሞም ናብ መቓብር ክወስድዎ ክትረክብዮ ኢኺ። እሞ ከይተጠራጠርኪ ኣብታ ሬሳኡ ኣቐምጥያ፥ ሽዕኡ ኃጢኣትኪ ክሕደገልኪ እዩ ኢሉ ኣእሚኑ ኣፋነዋ። ከምቲ ዝበላ ኮይኑ ጸንሐ። ንሳ ግና ከምታ ቅዱስ ኤፍሬም ዝበላ ገበረት። በዚ ድማ ኃጢኣታ ተደምሰሰላ፥

እዚ ከኣ ኣቦታት ካህናት ብሕይወተ ሥጋ ከለዉን ምስ ሞቱን ታጢኣት ከምዘስተስርዩ የረድኣና። (ዮሐ ፳፥፳፫/ 20፡23)። ቅዱስ ኤፍሬም ምጽዋት ክምጽውት ከሎ ብስም ቅድስት ድንግል ማርያም እዩ ዝምጽውት። ምስጋናኣ ከም ሑፃ በዚሑለይ፡ ከም ከዋክብቲ ሰማይ እንተዝርኢ ከም መግቢ ምተመገምክዎ፡ ከም ልብሲ ምተከደንኩዎ፡ እናበለ ይምነ ነበረ። ልዑል እግዚኣብሔር ልመናኡ ሰሚዑ ገለጸሉ። በዚ ድማ ሽሕ ዝኣክል ቁጽሩ ድርሳናት "*ኣታዝ እግዚኦ መዋግደ ፀጋከ*" ክሳብ ዝብል ኮነ። ዝጽልዮ ጸሎት ጸሎተ እግዝእትነ ማርያም ብዕድሚኣ ልክዕ ፷፬ (64) ግዜ ይጽሊ ነበረ (ሉቃ ፩፥፵፩/1፡41)። ውዳሴ ማርያም ዝደረሰ ቅዱስ ኤፍሬም እዩ። ክደርስ ከሎ ፲፪ (12) መላእክቲ ይከብዎ ነበሩ። ፲፪ (12) ሽሕ ድርሰታት ደሪሱ። ኑቲ ዝበዝሕ መላእክቲ ወሰድዎ፡ ካብቶም ፯ (7) ምድራውያን መላእክቲ ደረስቲ ዝተባህሉ መበል ፫፻ እዩ።

ዕረፍቱ ኣብ ፵፪ (42) ዕድሚኡ ሓምሌ ፲፭ (15) ዓረፈ፡ ንክብሩ ፳፬ (24) መላእክቲ ወረዱ።

- ሰላም ለኤፍሬም ከመ ርግብ ተመሲሉ።
- መንፈስቅዱስ ዘርእየ ለርእሰ ባስልዮስ እንዘ ይጼልሎ፡
- ውሒዘ ድርሳናት ብዙኅ ሶበ ለልቡ ኀየሎ፡
- ኣታዝ እምኔየ መዋግደ ጸጋከ ኮሎ፡
- ለእግዚኣብሔር ኣምላክ እንዘ ይብል ሰኣሎ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኮልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን።

<u>ምንጭ፡-</u> - ታሪክ ቅዱሳን

- ስንክሳር ፲፭ ሓምሌ

✠ ✠ ✠

ታሪክ ቅዱስ ድሜጥሮስ ተካሌ ወይን ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ተካሊ ወይኒ ብዝብል ዝፍለጥ ቅዱስ ድሜጥሮስ 119 (፩፻፲፱ ዓ.ም.) ኣብ ሃገረ ግብጺ እዩ ተወሊዱ። ወለዱ ብመንገዲ እግዚኣብሔር ዝመላለሱ ሕያዋትን ቅኑዓትን ክርስቲያን ስለዝነበሩ ውላድ ወሊዶም ክስዕሙ ብዝነበሮም ሃረርታ ድሌቶም ክፍጸመሎም ብጸምን ጸሎትን ናብ እግዚኣብሔር ቀረቡ እሞ፡ ወዲ ወሊዶም ድሜጥሮስ ኢሎም ሰመይዎ። ብ- ክኡ ካልእ ውላድ ስለዘይሰዓሙ ደቂ ወዶም ክስዕሙ ብምምናይ ኣብ መበል ፲፭ (15) ዓመቱ ቀልጢፎም ኣመርዐውዎ።

ንሱ ግና ንወለዱ ከየጉህዮም ብምባል እንተዘይኮይኑ ኣብ ሕልንኡ ናይ መርዓ ሓሳብ ዝብሃል ኣይነበሮን። ከመይሲ ንሱ ዝመረጸ ሕይወት ድንግልና ዓቂብካ ብንጽሕና ምንባር እዩ። እዚ ሓሳብዚ ግን ብወለዱ ዝፍለጥ ኣይነበረን። ኮይኑ ግና

ዋላ ኣንጻር ዕላምኡን ድሌቱን እንተነበረ “ኣቦካን ኣዴካን ኣክብር” ዝብል ኣምላካዊ ትእዛዝ ምእንቲ ከይጥሕስ ግን ፍቕድ ወለዱ ክፍጽም ሕራይ ኢሉ ተመርዓወ።

ከምዚ ኢሉ ከኣ ምስታ እተመርዓዋ ሕያወይቲ በዓልቲ ቤቱ ተክለ ወይን ሓዳር መሠረቱ ን፵፱ (49) ዓመት ብፍቕርን ስኒትን ተቐመጡ። ከምዚ ኢሎም ከም ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኖም ዋላ እንተ ተቐመጡ ክልቲኦም ድንግልንኦም ዓቂቦም ብንጽሕና ክነብሩ ብዝገበርዎ ቁርጺ ሓሳብ ብሩካቤ ሥጋ ተራኺቦም ኣይፈልጡን እዮም። ከም ክልተ ካብ ሓደ ማኅጸን ዝወጹ ኣሕዋት ኮይኖም ከኣ ናብርኦም ቀጸሉ ኣብ ኩሉ መነባብርኦም ኮነ መንገዶም ረድኤተ እግዚኣብሔር ምስኣቶም ነበረ። ምክንያቱ መልኣክ እግዚኣብሔር ሓደ ክንፉ ንዕኡ፣ ሓደ ክንፉ ንዕኣ ከዲንዎም ሓዲሩ ንግሆ ይከይድ ነበረ።

ናይዞም ክልተ ሕያዎት ሰባይ ምሥጢራዊ ሕይወት ከምዚ ኢሉ እናቐጸለ ከሎ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዘይእዋኑ ዝፈረያ ሸውዓተ ናይ ወይኒ ዘለላ ኣብ ሕርሽኦም ስለዝረከቡ እዚ ዘይልሙድ ተራእዩ ዘይፈልጥ እዩ ኢሎም በቲ ናይቲ ወይኒ ፍርያት ኣዝዮም ተገረሙ። ነተን ዝፈረያ ዘለላ ወይኒ ወሲዶም እውን ነቲ ኣብቲ እዋንቲ ኣብ መንበረ ማርቆስ ተሸይሙ ዝነበረ መበል ዓሠርተ ሓደ ፓትርያርክ ኣቡነ ዮልያኖስ ክህብዎ ተሰማምዑ በዚ መሠረትዝ ድማ ድሜጥሮስ ነተን ናይ ወይኒ ዘለላ ሒዙ ናብ ኣቡነ ዮልያኖስ ከደ።

ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ ዮልያኖስ ዘምጽኦ ምክንያት ምስ ፈለጠ ብዓቢ ፍቕርን ኣክብሮትን ተቐበሎ። እቶም ኣብ ከባቢ ፓትርያርክ ዝነበሩ ሰባት ግን ንሓደ ተራ ሓረስታይ ክንድዚ ዝኣክል ኣክብሮት ገሩ ክቕበሎ እንከሎ ክውሓጠሎም ኣይከኣለን። ከመይሲ ቅድሚዚ ኣብ ዘሎ እዋን እቲ ወይኒ ሒዝልካ ዝመጽኦ ሰብ ድሕሬካ ንዓካ ዝትክእ ፓትርያርክ ክከውን እዩ፣ ዝብል ራእይ ርእዩ ስለዝነበረ በዚ ምክንያትዚ እዩ ንድሜጥሮስ ብኣክብሮትን ብፍቕርን ዝተቐበሎ።

ድሕሪዚ ቁሩብ እዋን ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ ዮልያኖስ ምስ ዓረፉ ኣብ መበል 181(፩፻፹፩ ዓ.ም.) ፓትርያርክ ክከውን ተባሂሉ ተደልዩ ብምምጻእ ኣብ መንበረ ማርቆስ ፓትርያርክ ኮይኑ ብምሻም ተቐመጠ። ንሱ ቤተክርስቲያን ይመርሓሉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብዛዕባ በዓላትን ኣጽዋማትን ዝውዕልሉ ዕለት ዘይምስምማዕ እናተረክበ የሸግር ስለዝነበረ ኣብቲ እዋን እቲ እዚ ጉዳይዚ ጸገም ኮይኑ ተረኪቡ ብምንባሩ ታሪክ ቤተክርስቲያን መዝጊብዎ ኣሎ። ቅዱስ ዲሜጥሮስ ግና እቲ ቅኑዕ መልሲ ካብ እግዚኣብሔር እዩ ዝርከብ ኢሉ ስለዝኣመነ ሱባኤ ኣትዩ ብመንገዲ ጾምን፣ ጸሎትን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቀረበ እቲ ምሥጢራት ስለዝተገልጸሉ ድማ እዚ ሕጂ ቤተክርስቲያንና ትጥቀመሉ ዘላ

ኣቆጻጽራ ዘመን (ካላንደር) ከዳሉ ከኣለ። ናይ ዲሜጥሮስ ኣቆጻጽራ ዘመን ድማ ብ325 (፫፻፳፭ ዓ.ም.) ኣብ ጉባኤ ኒቅያ ጸደቐ።

ይኩን እምበር ቅዱስ ድሜጥሮስ ዋላ እኳ ብኾሉ ኮነታት ጽሩይ መንፈሳዊ ሕይወት ዝነበሮ ሓቀ ናይ ቤተክርስቲያን ኣቦ እንተነበረ ገለ ሰባት ግን ንሱ ዝተመርዓወ እዩ ብምባል ታሪኩ ኣካፊኦም የውርዩ ነበሩ። እዚ ወረ'ዚ ድማ ካብ ቅዱስ ድሜጥሮስ ክሕባእ ኣይተካእለን። ድሕሪ'ዚ ቅዱስ ድሜጥሮስ እቲ ሕዝቢ ከይዕንቀፍ ብምሕሳብ እቲ ሓቀ ታሪክ ኣብ ኣደባባይ ኣብ ቅድሚ ሕዝቢ ክንገር ደለየ።

በዚ ድማ ሓደ መዓልቲ ባዕሉ ቀዳሲ ኮይኑ ኣብ ዝቐደሰሉ እዋን ብድሕሪ ቅዳሴ እቲ ሕዝቢ ኣብቲ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ክጸንሕ ገበረ። ኣብቲ ዓውደ ምሕረት ከኣ ብመልክዕ ዳሜራ ብርቱዕ ሃልሃልታ ዝነበሮ ሓዊ ከም ዝነድድ ኣግበረ። ብዛዕባ'ዚ ኩሉ ግን እቲ ሕዝቢ ዝተረድኦ ነገር ኣይነበረን። እቲ ሃልሃልታ ሓዊ ኣዝዩ ምስ ነሃረ ከኣ ድሜጥሮስን በዓልቲ ቤቱ ተክለ ወይንን ካብቲ ጉሁር ሓዊ ሓፊሶም ብነጸልኦም ተሰኪሞም ኣብ ቅድሚ እቲ ሕዝቢ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ተማላለሱ። እንኳን ዶ ኣካላቶም ክዳውንቶም' ውን ከንድድ ኣይከኣለን እቲ ሕዝቢ ድማ ቡቲ ዝረኣዮ ተኣምር ኣዝዩ ኣደነቐን ተገረመን።

ብድሕሪ'ዚ እቲ ቅዱስ ናይ ቤተክርስቲያን ኣቦ እቲ ሕዝቢ ከይዕንቀፍ ብማለት ኣብ መንነኡን ኣብ መንጎ በዓልቲ ቤቱን ዝነበረ ድንግልና ዝዓቀበን ንጽሕና ዝሓለወን ሕይወት ገሊጹ ክነግሮም ግድነት ኮኖ። እዚ ኣቦ'ዚ ንካልኦት ኣርኣያ ክከውን ብዝክእል ቅድስና ዝመልኦ ሕይወት ቤተክርስቲያን ክመርሕ ምስ ነበረ ኣብ መበል 105 (፩፻፭) ዓመቱ ብ220 (፪፻፳ ዓ.ም.) ብሰላም ዓረፈ።

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ይኹን፡፡ ኣሜን!!!

- ሰላም ለድሜጥሮስ ሐጋጌ ኣጽዋም እምነ ስቴ፡
- ወሠራዔ መብልዕ ዘጸንጠቁስቴ፡
- ሶበ ኢኮነ ለሊሁ በመንፈስ ቅዱስ ከሣቴ፡
- እፎ እም ኢተከሠተ ወእም ኢተረክበ በአይቴ፡
- ሓሳበ ኣዝማን ዘስሙ ኣበቅቴ።

ምንጪ፡- ሰንክሳር ዕለት ፲፪ ጥቅምት

✠ ✠ ✠

ምዕራፍ ፫

ምንኩስና

መነኮስ ማለት *“ዘርሕቀ እም ዓለም”* ካብ ዓለም ዝረሓቐ መናኒ ማለት ክከውን እንከለ። - ማሪኡ ከኣ ካብ ኣዳም 7ይ (፯ይ) ትውልዲ ዝኾነ ሄኖክ እዩ። እዚ ክፍለጥ ከለ አቡኡ ያሬድ ውሉደ እግዚኣብሔር ዝተባህሉ ደቂ ሴት ብናይ ሰይጣን መጻወድያ ተታሒዞም ካብ ፍቓድ እግዚኣብሔር ወጺኦም ካብ ደብር ቅዱስ ክወርዱ ከምዝተበገሱ ምስ ሰምዐ ኣጸዊዑ ከምዚ ዝበለ ክፉእ ስራሕ ከይፍጽሙ ተቈጥየም፣ ኣምሒልዎም ከምዝነበረ ናይ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን መጻሕፍቲ ይነግሩና “እቱም ደቂ ሴት ወይለኩም፣ ሕደጉ ናይ ኣቦኹም መሓላ ኣይተፍርሱ። ናይ እግዚኣብሔር ትእዛዝ ዝገደፉ፣ ናይ አቡኡ መሐላ ዘፍረሰ፣ ካብ ደብሪ ቅዱስ ዝወረደ፣ ምስ ደቂ ቃኤል ኃጢኣት ዝፈጸመ ተመሊሱ ናብ ደብረ ቅዱስ ክኣቱ ኣይክእልን እዩ” ኢሉ መኪርዎም ነበረ። ንሳቶም ግን ነዚ ምክሩ ኣቃሊሎም፣ ካብ ደብር ቅዱስ ወሪዶም ምስ ኣዋልድ ደቂ ቃየን ዝሙት እናፈጸሙ ክስዕስዑ፣ ከቃልሉ፣ (ከነኣእሱ) - መሩ። ሄኖክ በዚ እናሓዘነ ምስ ጸንሐ ካብ ዝውለድ ፫፻፷፭ (365) ዓመት ክከውን እንከለ ካብ ዓለም ተፈልዩ ብጾም፣ ጸሎት፣ ጸኒዑ ናብ ማዕዶ ገነት ከይዱ ብግብሪ ምንኵስና ይነብር ነበረ።

ኣብኡ ከኣ ን6 (፮) ዓመታት ምስተጋደለ ብፍቓድ እግዚኣብሔር፣ ናብ ብሔረ ሕያዋን ዓረገ። (ዘፍ ፭÷፪/ 5÷2 ዕብ ፲፩÷፭/ 11÷5) ቴስብያዊ ኤልያስውን ንሄኖክ ኣብነት ብምግባር ብጾም ብትሕርምት፣ ብድንግልና ምስ ጸንሐ ብአፍራሰ እሳት፣ ብሠረገላ እሳት ናብ ሰማይ ዓሪጉ (2ይነገ ፪÷፲፩/2÷11) በዚ ከምዚ መአንስባንን ደናግልን ብሥርዓተ ምንኵስና ጸኒየም ንጹሓን ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣርጋብ ኮይኖም ናብ መንግሥተ ሰማይ ምዕራጎም ሄኖክን ኤልያስን ኣብነት ንገብር።

ሄኖክን ኤልያስን መነኮስ ማለት ካብ ዓለም ዝረሃቐ ማለት ክከውን ከለ ካብ ዓለም ርሒቐም ናይ ብሕትውና ስርሖም መነኮሳት የብሎም።

ብተወሳኪ ውን ናይ እግዚኣብሔር ኣገልጋሊ ካህን ኮይኑ ጸጉሩ ከይላጸየ፣ ጽፍሩ ከይቆረጸ፣ መስተ (ወይን) ከይሰተየ፣ ብስርናይን ብወይንን እናኣመስገነ ዝነብር፣ ዝነበረ መልከ ጼዴቅ ኣብነት ናይ መነኮሳት እዩ። (ዘፍ ፲፬÷፲-፳፫/14÷8-23, ዕብ ፯÷፩-፫/7÷1-5)።

ንዓለማውያን ሥርዓተ ምንኩስና ዝ- መረሎም ሄኖክ፣ ንደናግል ዝ- መረሎም ኤልያስ እዩ። እዚ ከኣ ንናይ ሓዲስ ኪዳን ምንኩስና መሠረት እዩ ማለት እዩ።

ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሓዋርያትን ኣርድእትን ዝመረጸ ካብ መኣስባንን ካብ ደናግልን እዩ። ንኩላቶም ማዕረ ዝኾነ ሥልጣን ሂቡ ተተካኪሎም ናብ መንግሥተ ሰማያት ከምዝወርሱ ገበረ።

ዮሓንስ መጥምቕ'ውን ንሂኖክን ኤልያስን ኣብነት ብምግባር ኣብ ገዳም ተወሲኑ፣ ናይ ገመል ጸጉሪ ተክዲኑ፣ ሕቐኡ ብአዲም ተዓጢቑ፣ ናይ መዓርን ወይንን መስተ ከይሰተየ ብግብረ ምንኩስና ጸኒዑ ነበረ (ማቴ ፫፥፬/ 3፥4, ሉቃ ፩፥፲፭/1፥15)።

መናፍቕን ከምዝብልዎ ምንኩስና ሰብ ዝመሃዘን ዝሰርሖን" ጽድቂ ዘይኮነስ ናይ እግዚኣብሔር ሰባት ናትና ዝበልዎ፣ ናይ እግዚኣብሔር ጸጋ እዩ። ጐይታ ቤቱ፣ ሓዉ፣ ሓብቱ፣ ኣቦኡን ኣዲኡን፣ ሰበይቱን ደቁን ነዚ ኩሉ ሓዲጉ ዕጽፊ ክቕበል እዩ፣ ናይ ዘለዓለም ድሕነት ክረክብ እዩ፣ ኢሉ ስለ መዓርገ ምንኩስና ዕብየት ዝተናገሮ ቃል ብምርሳዕ "ምንኩስና ካብ ሕጊ ኣምላክ ዝተፈልየ ከንቱ ሰብ ሰርሖ ጽድቂ እዩ" እናበሉ ምቅላል ካብ ፍኖተ ወንጌል ምውጻእ የመልክት (ማቴ ፲፱፥፳፱/ 19፥29)።

ቀጺሉ ኣብ ወንጌል ሉቃስ "ሓደ ሰብ ኦ ጐይታ ክክተለካ እደሊ ኣሎኩ ግናከ ቅድም ካብ ስድራ ቤተይ ክሰናበት ፍቐደለይ" በሎ። "ኢየሱስ ግና ዕርፊ ብኢዱ ሒዙ ንድሕሪት ዝጥምት ንመንግሥቲ ኣምላክ ኣይበቅዕን እዩ" በሎ። (ሉቃ ፱፥፷፩-፷፪/ 9፥61-62)። ናይ ሰብ ውህብቶ ዝተፈላለየ ስለዝኾነ ዝተካእሎ ብድንግልና፣ መንኮሱ ከም ነቢይ ኤልያስ ንኣምላክ የገልግል። ዘይተካእሎ እንተኾነ ከኣ ከም ነቢይ ሄኖክ ቤት ሰሪሑ፣ ሰበይቲ ኣእትዩ፣ ሕፃናት ወሊዱ፣ ቀጺዑ፣ ኣዕብዩ ኣብዚ ዓለም ምስ ጸንሐ ይምንኮስ። ነዚ ኣብነቱ ከኣ ኣቦታትና ሐዋርያት እዮም። ቤቱ ንብረቱ፣ ሰበይቱ ደቂ ገዲፉ ናይ ምናኔ ስራሕ ይሰርሕ ማለት እዩ።

ኣብዚ ዓለም'ዚ እናተቐመጡ ብዘይሓደ ነገር ንኣምላክ ዘሓጐስዎ ሰባት'ውን ኣለዉ። ግን ልቢ ከይተከፍለ ብምሉእ ኃይሊ ንፈጣሪ ንምምስጋን ምንኮስና ጽቡቕ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ "ኣነ ግና ብዘይሓልዮት ክትኮኑ ሃረርታይ እዩ። እቲ ዘይተመርዓወ ከመይ ገይሩ ንጐይታ ከም ዘሐጕሶ ብናይ ጐይታ እዩ ዝሓሊ፣ እቲ ዝተመርዓወ ግና ንሰበይቱ ከመይ ገይሩ ከም ዘሐጕስ ኣብ ናይ እዛ ዓለም እዚኣ እዩ ዝሓሊ፣ በዚ ከኣ ሓሳቡ ኣብ ክልተ ክፉል እዩ፣ እታ ዘይተመርዓወት ሰበይቲ ወይ ድንግል ድማ ሥጋኣን መንፈሳን ምእንቲ ክቕደስ ኢላ ብናይ ጐይታ እያ እትሓሊ። እታ ምርዕውቲ ግና ከመይ ገይራ ንስብኣያ ከም እተሐጕሶ ብናይ እዛ ዓለም እዚኣ እያ እትሓሊ። (1ይቆሮ ፯፥፴፪-፴፬/ 7፥32-34)።

ኣብዚ ብዛዕባ ምንኵስና ዘርዚርና ንምንጋርና (ንምጽሓፍና) ናይ እግዚኣብሔር ጸጋ ከምዝኾነ ንምምልካት ድኣ እምበር፡ ኣዳምን ሔዋንን ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኖም ምፍጣሮም፡ ብሓዲስ ኪዳን መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ “ስለዚ ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን ይሓድግ ምስ ሰበይቱ ክኣ ይወሃሓድ፡ ሓደ ኣካል፡ ድማ ይኾኑ (ዘፍ ፪፥፳፬/ 2፥24, ማቴ ፲፱፥፬-፮/19፥4-6)።

◆ ◆ ◆

ምንኩስና ኣብ ዘመነ ሊቃውንት

ሥርዓት ምንኩስና ኣብ ዘመን ኣበው ካብ እኒ ኤልያስ እኒ መልከ ጼዴቅ ተተሓሒዙ ምምጻኡ ኣቐዲምና ከምዝረኣናዮ፡ ድሕሪ ሐዋርያት ኣብ ፸(70) ኣርድእትን ከምቶም ቀዳሞት ሰባት፡ ከም እኒ ኤልያስ፡ ከም ዳሕረዎት ሰባት ከም ዮሓንስ መጥምቕ። ንጽሕና ሓልየ፡ ካብ ሰበይቲ ተፈልየ ንምንባር እደሊ” ኢሉ ሰብነቱ ንፈጣሪ ሓደራ ብምሃብ ናይ ምንኩስና ሕይወት ኣምሊኡ፡ ኣስፈሐ፡ ዝቐጸለ ኣባ እንጦንዮስ እዩ።

ናይ ኣባ እንጦንዮስ ኣቡኡ ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። ሃገሩ ከኣ *“ጽኢድ ዘእም ፈለገ ኣቅበጣ”* ትበሃል። ስንክሳር ግን ብፍላይ ስማ “ቅማ” ይብላ። እዛ ሃገር እዚኣ ጥቓ ማይ ብምኳና ሳዕሪ፡ ሳግላ፡ ብዙሓት ኣግራብ ነበርዋ። ንብሕትውና ዝከውን ዋሻ እውን ይርከባ እዩ።

ኣባ እንጦንዮስ ካብ ሕፃንነቱ ኣትሒዙ ናይ ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ እናተማህረ ጸንሐ፡ ድሕሪኡ ኣቡኡ ተመርየ እንተበሎ “ኣነስ ከምቲ ቀዳማይ ኤልያስ፡ ከምቲ ዳሕረዋይ ከም ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ፡ ንጽሕና ሓልየ፡ ካብ ዓለም ተፈልየ፡ ንምንባር እየ ዝደሊ እምበር ሰበይቲ ምእታው ኣይደልን” ኢሉ ቁርጺ ሓሳባቱ ነገሮ። ኣቡኡ ግድን ስለ ዘይበሎ “ግዲ ካብ በልካስ ብናተይ ይኹን ብናትካ ፍቓድ ኣይኮነን ዝከውን እቲ ዝከውን ፍቓድ ሓደ ኣምላክ እዩ’ሞ ናብ እግዚኣብሔር ኣመልኪተ ክመጽእ ኣፍቅደለይ” ኢሉ ነቡኡ ለመኖ። ኣቡኡ ኪድ ኣመልኪትካ ምጻእ ኢሉ ሰደዶ። ንሱ ኣብ ዋሻ ኣትዩ ሱባኤ ከይወድአ “ኣቦካ ሓሚሙ” ኢሎም ነገርዎ ንዕለቱ ደንጊጹ እንተከደ ዓሪፉ ስለ ዝጸንሐ ሠለስተ ነገራት ሓሲቡ ዘሎ ገንዘቡ ከምዝምጽውት ኮነ።

1ይ ንናይ ኣቦይ ሬሳ ኣብ መቓብር ከይኣተወ እንከሎ ነዚ ዝብላዕ መግቢ ኣብ ከብዲ ጥሙያት፡ መስቲኡ

ኣብ ጎሮሮ ጽሙኣት፡ ክዳውንቲ፡ ኣብ ዝባን ዕሩቓት ይተዓደል ኢሉ እዩ።

2ይ ነቢይ ዳዊት “ወኢይወርድ ምስሌሁ ኩሉ ክብረ ቤቱ” ናይ ቤቱ ገንዘብ (ንብረት) ኩሉ ምስኡ ናብ መቓብር ኣይወርድን እዩ” ዝበሎ እዩ።

3ይ ከኣ ዝምንን ካብዚ ዓለም እዚ ዝፍለን ስለ ዝኾነ ብሓሳባት ናብ ቤቱ ምእንቲ ከይምለስ እዩ። ነቲ ገንዘብ ክምጽውዎ እንከለሙ *“ኣይቴ ኃይልክ”* ኃይልካ ኣበይ ኣሎ” *“ኣይቴ ኣእምሮትክ”* ኣእምሮካ ኣበይ ኣሎ፡ *“ወኣይቴ ፍጥረትክ”* ፍጥረትካ ኣበይ ኣሎ፡ እናበለ ንኩሉ መጽወቶ።

“ኣይቴ ኃይልክ” ማለቱ ሃብታም ሰብ ኣብ ሕይወቱ ክሰርሕ እንተበለ ስለ ዘይሽገር እዚ ኣበይ ኣሎ ክብል እዩ። ነቲ ገንዘብ መጽዊቱ ምስ ወድኡ፣ ኣቡኡ ምስ ቀበረ፣ ቅዳሴ ንክሰምዕ ናብ ቤተ ክርስቲያን ከደ። *“ለእመ ፈቀድክትኩን ፍጹመ ሲዋ ኩሎ ንዋየከ፣ መህብ ለነዳያን ወነዓ ትልወኒ”* ፍጹም ክትከውን እንተደሊካ ኩሉ ንብረትካ ሸጥ እሞ ንድካታት መጽውቶ፣ መጺእካ ከኣ ተከተለኒ” ዝብል ቃል ሰምዐ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፣ እዚ ኣዋጅ'ዚ ንዓይ እዩ ዝንገር ዘሎ ኢሉ ሓንቲ ሓብቲ ነበረቶ'ሞ ንዓኣ ናብ ደብረ ደናግል ኣጸጊው ናብታ ቀደም ዝነብረላ ዝነብረት ዋሻ (ጣሻ) ኣትዩ ተቐመጠ።

ሓደ መዓልቲ ወለተ ኣረሚ ናብ በዓቱ መጺኣ ዘይግባእ ነገር ምስ ተዛረበቶ “መነኮስ” ዝተባህለ ናይ ምናኔ ስም ብጸጋ እግዚኣብሔር ተገሊጹላ “ኣብ ቅድሚኡ ከምዚ ዝበለ ዘይግባኣ ነገር ንምንታይ ትዛረቢ፡ በላ። ንሳ “መነኮስ” ዝብል ካብ ናቱ ቃል ሰሚዓ *“ኦ እንጦኒ ለእመ ኮንክ መነኮሰ ሑር ውሰተ ገዳም”* ኦ እንጦንዮስ መነኮስ (ፈላሲ) እንተ ደኣ ኳይንካስ ናብ በረካ ዘይትከይድ ኢላ ስለ ዝተዛረበቶ እዚ ናይ'ዛ ሰብ እዚኣ ዘረባ ከም ምክርን ከም ተግሳጽን ኮይንዋ *“ኦ እንጦኒ ለእመ ኮንክ መነኮሰ ሑር ውሰተ ገዳም”* ኦ እንጦኒ ፈላሲ እንተድኣ ኳንካስ ናብ በረካ ዘይትከይድ” ብምባል ባዕሉ ንባዕሉ እናተገሰጸ ገጹ እናጸፍዐን ጭሕሙ እናነጸየን ካብኡ ተላዒሉ ኣናብስትን ኣናብርትን ኣክይስት፣ ዕንቅርቢት፣ ናብ ዘለዉሉ ፈለገ ማይ (ዓይኒ ማይ) ልምላሜ ዕፅ (ልሙዕ ገረብ) ናብ ዘየብሉ፣ ዘርኢ፣ ተክሊ፣ ኣብ ዘይርከቦ በረካ ንምንባር ናብ ገዳም ኣትፊህ ከደ።

እንጦንዮስ ኣብ ገዳም ኣጋንንት ጾር ኣጽንዑሉ። *“ኦ ሕጹጸ መዋዕል እፎ ደፈርከ ዝኖ”* እንጦንዮስ ዕድሜካ ሓጺር ዝኾነ ናብዚ ክትመጽእ ክንደይ ደፊርካ መጻካ እናበሉ ኣላገጹሉ። ንሱ ግን “ንስካትኩም ብዙሓት ኣነ ግን ሓደ፣ ንስካትኩም ረቂቓን ኣነ ግዙፍ ብኃይሊ እግዚኣብሔር እየ ዘሰንፈኩም እምበር ኣነስ ድኩም እየ” እናበለ ብትሕትና እናተዋግኦም ይነብር ነበረ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ጾር በርቲዕዎ ኣብ ኣፍ ደገ በዓቱ ጠጠው ኢሉ ተዘክሮተ እግዚኣብሔር ክገብር ከሎ ቅዱስ ሚካኤል ናይ ሰሌን ቆቢዕ ደፊኡ ናይ ሰሌን ልብሲ ለቢሱ፣ ናይ ሰሌን መዕጠቒ ተዓጢቑ፣ ዝርዙር ሰሌንውን ሒዙ ናብኡ መጽአ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ ሚካኤል ዝመጸሉ ምክንያት ግና ስለ ዘይተረድኦ ንምንታይ ክገብር ኮን እዩ፡ ኢሉ ገጹ ናብ ምብራቕ መሊሱ ቆመ። ቅዱስ ሚካኤል መ- መርታ ናይ ቅድስት ሥላሴ ኣመልኪቱ ሠለስተ ግዜ ተኣምኖ(ሰላምታ) ገበረ። ድሕሪኡ *"እቡነ ዘበሰማያት"* ኣብጺሑ ኣብ መፈጸምታ ሓደ ግዜ ተኣምኖ (ሰላምታ) ገበረ። ኢድ ኑሚኡ ተቐመጠ። ንግዚኡ ከኣ እቲ ዝርጉሕ ሰሌን ኣቕሪቡ ክትትዕ (ክሰርሕ) - መረ። ኣባ እንጦንዮስ ከኣ መፈጸምታኡ ከይረኣኩ ኣይከይድን እየ ኢሉ ተቐሚጡ ክዕዘብ - መረ።

ሰዓት ሠለስተ ክከውን እንከሎ ምስራሕ ሰሌን ገዲፉ ተንሢኡ "እቡነ ዘበሰማያትን ስግደትን ልክዕ ከምቲ ናይ ቅድም ኣብጽሐ። እቲ ዝተረፈ እውን ማለት ናይ ተስዓቱ (ሰዓት 9) ናይ ሰርክ፣ ብከምዚ መልክዕ ጌሩ ኣርኣዮ። ኣብ ሰርክ *"ኦ እንጦኒ ከመዝ ግበር ወከመዝ ንበር፣ ወለእመ ገበርከ ዘንተ ትድኅን፣ እምጸብኣ ኣጋንንት"* ኦ እንጦኒ ከምዚ ግበር ከምዚ ኢልካ ከኣ ንበር። ከምዚ እንተገርካ ካብ ናይ ኣጋንንቲ ጾር ክትድሕን ኢካ" በሎ። ከምዚ ጌሩ ሥርዓተ ምንኵስና ኣስተምሃሮ።

ቅዱስ ያሬድ *" በትንብልና ሣህልከ ተዘከረነ ሚካኤል ሊቀ ኣበ ኮልነ ሰኣል ወጸሊ በእንቲኣነ "* ናይ ኮላትና ኣቦ ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤል ብናይ ይቕሬታካ ኣማላድነት ዘክረና ዝበሎ ናይ ምንኵስና ሥርዓት ንእንጦንዮስ ኣቦ ከይኑ ስለ ዘስተምሃሮ እዩ እናተባህለ ዝትረክ ነዚ እዩ።

እንጦንዮስ ናይ ምንኵስና ሥርዓት ኣጽኒዑ ንብዙሕ ዘመን ምስ ጸንሐ ወዲ ፴ ክከውን እንከሎ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተገሊጹ ኣብ ዕለተ ዓርቢ ዝለበሶ ልብሲ ኣልበሶ። ነዚ እዮም " ምርኣይ ካብ መልኣክ፣ ምቕባል ካብ ኣምላክ" ዝብልዎ። ቆቢዕ ናይ ኣክሊለ ሦክ፣ ቀሚሽ ናይ ከለሜዳ፣ ቅናት ናይ ገመድ፣ ኣስኬማ *"ወተመሰለነ በአስኬማሁ"* ብሰብነቱ መሰለና ከምዝተባህለ ሰብ ናይ ምኳኑ ምሳሌ እዩ። ካብዚ ብሄናክ ዝተ- መረ ብእንጦንዮስ ምጽንዑ ንርዳእ።

<u>ስለ ልብሰ ምንኵስና ጥንታዊነት ዝሓዘ ምሳሌ እዩ</u>

1. ናይ ብሉይ ኪዳን ሊቀ ካህናት ኣብ ውሽጢ ኢደ ጠባብ፣ ብልዕሊ ኢዱ ሰፊሕ፣ ኣብ ልዕሊኡ ከኣ መደረብታ ይገብር ነበረ። ነዚ ተከዲኑ ደግኣዊ (ኣፍኣዊ) መስዋዕቲ ሰዊዑ ኣፍኣዊ ኃጢኣት የሥተስሪ ነበረ።

2. እሥራኤል ካብ ግብጺ ምስ ወጽኡ ቆቢዕ ደፊኦም፡ በሎታ ሒዞም ዝናር ተዓጢቕም፡ ጫማ ቀጺየም ከምዝተላዕሉ፡ መነኮሳት ከኣ ከምዚ ዝኣምሰለ ልብስ ለቢሶም ብምናኔ ወይ ከኣ ብሞት ካብዚ ዓለም እዚ ይፍለዩ።
3. ሥጋውያን ሓርበ ታት ቆቢዕ ደፊኦም፡ ዝናር ተዓጢቕም፡ ኮናት ዘሊሎም ሥጋዊ ጸላኢኦም ኣጥቒየም ምስ መጽኡ ነገሥታት፡ መኳንንት፡ ሽልማት ጽቡቕ ውህብቶ ይህብዎም። መነኮሳት ከኣ ልብሰ ምንኵስና ለቢሶም ረቂቕ ጸላኢኦም ምስ ኣጥቅዑ ሥላሴ ናይ ብርሃን ሽልማት የልብስዎም። እዚ ታሪክ እዚ ሓደ ዝበቕዐ መነኮስ ዝረኣዮ እዩ። ሓደ ብቑዕ መነኮስ ሠለስተ ናይ ብርሃን ልብስ ክወርድ ርእዩ ነቲ መልኣክ እንተሓተቶ " ካብ ሠለስቲኦም ናይ ብርሃን ልብስታት ሓደ ንባሕታዊ ዝበጎድኣት። ካልኣይ ንድውይ ዘበኣኰቴት። ነቲ ዘጋጥሞ መከራ ብምስጋና ዝቕበሎ። ሣልሳይ ለረድኤ ዘበጥብኣት። ንሓቀ ኣገልጋሊ፡ ዝወሃብ ክብሪ እዩ ኢሉ ኣረድኦ። ጎድኣት ማለት፡ ስቕታ፡ ዓቕሊ ጸጥታ ዕረፍቲ ርግኣት ማለት እዩ።

ሣልሳይ ኣብቲ ልዕሊ ልብሲ ከም ዘውዲ ክብነት ዘለዎ ትርፍ ገጽ ርእዩ ነበረ። እዚ እንታይ እዩ ኢሉ እንተ ሓተቶ " እዝስ ረድኤ ዘበጥብኣት በጎዲገ ልማድ፡ በመቲረ ፈቃድ ልምዲ ብምሕዳግ ዝረክቦ ትርፊ ክብሩ እዩ" በሎ።

ናይ ምንኵስና ጥቕሙ ናይ የዋህ ጳውሊ ቃል ተገሊጹ እዩ። የዋህ ጳውሊን ኣባ እንጦንዮስን ብፍቕድ ኣምላክ ተራኪቦም ናይ ኣምላክ ነገራት እናተናገሩ ምስ ቀነዩ "እዚ ካብ መን ረኪብካዮ" ኢሉ ስለ'ቲ ቆቢዕ ሓተቶ። ኣባ እንጦንዮስ ከኣ " ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ሂቡኒ" በሎ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ለዋህ ጳውሊ ናይ ጐይታ ለውሃት ርእዩ እናኣድነቐ፡ ቀደም ሰብ ብሕጊ ልቡና ይጠቅም ኢሉ ፈጠሮ። ብሕጊ ልቡና ምጥቃም ምኳን ምስ ኣበዮ፡ ሕጊ ኦሪት ሠርዓሉ። በዚ'ውን ክጸድቕ ምስ ዘይክእል ሕጊ ወንጌል ሠርዓሉ። ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን እውን ሃቦ። ሎሚ ከኣ ንሰብ ንምጥቃምን ንምጽዳቕን ዝከውን እዚ ምክንያት ድሕነት'ዚ ኣምጽአ እናበለ ብተመስጠ ኣመስገነ። ኣባ እንጦንዮስ'ውን እዚ መዓርገ ምንኵስና ኣባይ ጥራይ ዝተርፍ እንተኸይኑ ወይ ከኣ ናብ ካልኦት ዝሓልፍ እንተኸይኑ ናብ እዚኣብሔር ኣመልክተለይ ኢሉ ለመኖ ከምዝተባህለ ናብ እግዚኣብሔር እንተ ኣመልከተ ንመጻኢ ብምንኵስና ዝውለዱ ዓበይቲ ሰባት ተገሊጾሙሉ። ተሐጉሱ ብብሩህ ገጽ ስለ ዝወጽአ " እንታይ ተገሊጹልካ" ኢሉ ሓተቶ። ለዋህ ጳውሊ ከኣ፡- 1ይ ፀዓዱ ኣርጋብ ኣብ ጠፈር መሊኦም ንስካ እናመራሕካዮም፡ ተከቲሎሙካ ክከዱ ርእየ በሎ። ንሳቶም ከኣ ናትካ መንገዲ ዝክተሉ ንጹሓት ጻድቃን ደቅካ እዮም በሎ።

ኣባ እንጦንዮስ ንሥርዓተ ምንኵስና ብዝበለጸ ንምሕዳስን ርእሰ መነኮሳት ንምኳንን ብምምራጹ ንኣባ መቃርስ ኣባ መቃርስ፡ ንኣባ ጳኩሚስ፡ ኣባ ጳኩሚስ ንኣባ ቴዎድሮስ፡ ኣባ ቴዎድሮስ ንኣባ ኣረጋዊ፡ ሥርዓተ ምንኵስና እናመሃሩ ብናይ ምናኔ ስርሑም ተኸተልዎ።

ብሓፈሻ ጐይታ ከም ዝተናገሮ ካብ ማኅጸን ኣዲኦም ኣትሒዞም ነዚ ክብሪ'ዚ ዝተሓርዩን ዝተፈለዩን መምህራን መኪሮም፡ ኣስተምሂሮም ነዚ ክብሪ'ዚ የብጽሕዎም ኣለዉ።

ብናቶም ጻዕርን ገድልን ተቐጥቂጦም ነዚ ክብሪ'ዚ ዝበቕዑ ኣለዉ። እዚ ኵሉ ዘመልክቶ ናይ ምንኵስና ሕይወት ፍቓድ እግዚኣብሔር ምኳኑ እዩ (ማቴ ፲፱፥፲-፲፪ /19፥10-19)።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ኣቦ መነኮሳት

እዚ ቅዱስ ኣቦ'ዚ ብ215 (፪፻፲፭ ዓ.ም) ከባቢ ተወሊዱ፡ ካብ ኣቦኡ ዓብደል መሲሕ ኣዲኡ ኡከት ኣዚላ ይብሃሉ ዓዱ ጽኢድ ኣቅበጣ ትብሃል። ኣቡነ እንጦንዮስ ዓሌቱ ግብጻዊ እዩ። ወለዱ ብትውልዶም ምርኡያት፡ ብሃብቲ ሙሉኣት ነበሩ። ክርስቲያን ስለዝነበሩ ኣቡነ እንጦንዮስ ብክርስቲያናዊ ጥበብ ተኮስኵሱ ዓበየ። ብዛግንነቱ ምስ ወለዱ ዓበየ። ብዘይካ ወለዱን ገዝኡን ካልኣ ኣይፈልጥን ነበረ። ክዓቢ ከሎ ምስ ቆልዑ ምሕዋስ ይጸልእ ስለ ዝነበረ ምሳታቶም ኮይኑ ፈደላት ምቕራጽ ተሓሰመ። ኣብ ናይ መግቢ ዓይነት ካብ ህጻንነቱ ህርፋን ዝብሃል ኣይነበሮን። መዓርገ ዲቁና ካብ ኣባ ቴዎናስ ናይ እስክንድርያ ጳጳስ ተቐበለ። ኣቡነ ቴዎናስ ዓቢ ኣቦ መራሒ መነኮሳት ከም ዝኾኑ ተነቢዮሙሉ ነበሩ። ድሕሪ ሞት ወለዱ ምስ ሓንቲ ሓብቱ ተረፈ ሽዑ ወዲ ኟ (20) ከባቢ ኣብ ዝኾነሉ ኃላፍነት ገዛን ኃፍቱን ናብኡ ኮነ። ድሕሪ (6) ፮ ወርሒ ንቤተክርስቲያን እናከደ ከሎ ብዛዕባ ሓዋርያት ኩሉ ገዲፎም ንኣምላክ ምክታሎም የስተንትን ነበረ። ከምኡ እውን ነቶም ኣብ መጽሓፈ ግብረ ሐዋርያት ዘለዉ ሕዝቢ ንብረቶም ሸይጦም ነቲ ገንዘቦም ናብ እግሪ ሐዋርያት ኣምጺኦም ከከም ኣድላይነቱ ንዘድልዮ ይዕድሉ ምንባሮም እናኣስተንተነ ነዞም ከምዚ ዝነበሩ ኣብ ሰማይ ክንደይ ሠናይን ዓብይን ተስፋ ከም ዝጽበዮም ይሓስብ ነበረ። በዚ ከምዚ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣተወ። ሽዑ ኣጋጣሚ ከኣ ኣብቲ ቤተ ክርስቲያን "ፍጹም ክትከውን እንተ ደሊካ ዘሎካ ኩሉ ሼጥካ ንድካታት ዓድሎ እሞ ተኸተለኒ ኣብ ሰማይ ከኣ መዝገብ ክተጥሪ ኢካ

ማቴ 19÷21 ዝብል ተነበ። እምብኣርከስ እዚ ንባብ'ዚ ንዓይ እዩ ዝምልከት ብምባል ገለ ቁሩብ ንሓብቱ ሂቡ ዘሎ ንብረት ወለዱ ንድካታት ዓደሎ። እንተኾነ ንጽባሒቱ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዝከደሉ ውን ንጽባሕ ኢልኩም ኣይትጨነቹ" ዝብል (ማቴ ፮÷፴፬/ 6÷34) ብምስማዕ ነቲ ንሓብቱ ኢሉ ዘትረፎ እውን ንድካታት ዓደሎ።

ሽዑ ንሓብቱ ንእሙናት ደናግል ንድንግልና ክምህራኣ ኣማሕዮን።

ኣብቲ ከባቢ ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ሕይወት ብሕትውና ዘዘውትር ነበረ። ኣቡነ እንጦንዮስ ነዚ ብምርኣይ ብታህዋክ ክመስሎ - መረ። እናከደ እውን ኣምላካዊ ነገር ይሓቶ ነበረ።

"ዘይሰርሕ ኣይብላዕ" (ተሰ ፫÷፲/ 3÷10) ዝብል መሠረት ብምግባር ከኣ ንካልኦት ጸጋ ምእንቲ ከይከውን ባዕሉ እናኳዓተ ዘፍርየላ ንእሽቶይ ግራት ብምሓዝ ገሊኡ ንመግቢ ዕለቱ፣ ገሊኡ ከኣ ንድካታት ይህቦ ነበረ። ብውልቂ ብዘይ ምቁራጽ ክንጽሊ ከምዝግብኣና (ሉቃ ፲፰÷፩/ 18÷1) ስለዝሰምዐ ከኣ ብቐጻሊ ይጽሊ ነበረ።

ንዝንበቡ ንባባት ጽን ኢሉ ይሰምዕ ስለ ዝነበረ ከኣ ካብ ጽሑፍ ገለ እኳ ኣየምልጠን ነበረ። ንኩሉ ከኣ ቀጥ ኣቢሉ ይሕዞ ነበረ። ከምኡ እውን ኣብ ግብሪ የውዕሎ ስለዝነበረ ኩሉ ኣብ ርእሲ ኣእምሮኡ ልክዕ ከም መጽሓፍ የገልግሎ ነበረ። ናብ ብዙሓት ዓበይቲ ሰባት ብምካድ እውን ዝተፈላለዩ መንፈሳውያን ፍሉይ መንፈሳዊ ግብሪ ጽድቂ ተማህረ። ካብ ገለ ልግሲ፣ ካብ ገለ ብዘይ ምቁራጽ ጸሎት፣ ካብ ገለ ትሕትና፣ ካብ ገለ ፍቕሪ ንባብ፣ ካብ ገለ ጽንዓት፣ ካብ ካልኦት ብጸሞም ኣብ ጥራይ መሬት ምድቃስ፣ ካብ ገለ ልዙብነት፣ ካብ ካልኣ ትዕግሥቲ፣ በዚ ከምዚ ዝኣክል መንፈሳውነት ምስ ኣዋህለለ ናብቲ ቦታ ታዕሊሙ (ተሞኮሮኡ) ተመለሰ እሞ ነቲ ዝቐሰሞ እናኣስተንተነ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ተገደሰ። "ነዚ ጽቡቕ ተግባራቱ ዝረኣዩ ከባቢታቱ ከኣ" ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ኢሎም ይጽውዕዎን ይፈትውዎን ነበረ።

ዘጋጠሞ ፈተናታት

እቲ ናይ ጥንቲ ጸላኢና ዝኾነ ሰይጣን ኣዝዩ ቀንኣሉ እሞ ነቲ ገዲፍዎ ዝመጸ ንብረትን ጥሪትን ሃፍትን ቤተሰብን፣ ፍቕሪ ገንዘብ፣ መዓርግ፣ ኣብ መግቢ ዝርከብ በብዓይነቱ ጣዕምታት፣ ናይ ምዝንጋዕ ናብራን እናኣዘካከረ መንፈሳውነቱ ገዲፉ ንድሕሪት ንክምለስ ፈተኖ። ከምኡ እውን ብርቱዕ መንፈሳዊ ጉዕዞን ንዕኡ ንምፍጻም ዝሓትት ብርቱዕ ጻዕርን ብምዝክካርን ኣካላትና ድኩም ከም ምኳኑን እቲ ናይ ቃልሲ ግዜ እውን ኣዝዩ ነዊሕ ምኳኑን ኣዘካከሮ። በዚ ከምዚ ከሰናክለሎ

ብዙሕ ጸዓረ። እንተኮነ ሰይጣን ኣብ ቅድሚ ውሳኔ አቡነ እንጦንዮስ ኃይሊ ከም ዘይብሉ ምስ ኣስተውዓለ ብዝተፈላለዩ ካልኦት መንገድታት ከም ጓለንስተይቲ፣ ከም ሕልሚ እኳ እንተፈተነ ፈጺሙ ክኾነሉ ኣይከኣለን (1ይ ቆሮ 15÷10, መዝ 118÷7) ይኩን እምበር አቡነ እንጦንዮስ ንሰይጣን ሓንሳብ ኣሸኒፈዮ እየ ብምባል ጸምን ጸሎትን ተጋድሎኡን ኣየቋረጸን። ሰይጣን እውን "ተሸኒፈ" ኢሉ ተንኰሉ ኣየቋረጸን እኳ ድኣ ኣንጻር ኣቡነ እንጦንዮስ ገለ ዕድል እንተ ኣጋጠሞ ከም ዝጓዝም ኣንበሳ ኣብ ከባቢኡ (ዙርያ) ሸንኮለል ይብል ነበረ። ኣቡነ እንጦንዮስ ናይ ሰይጣን ተንኰል ብዙሕ ምኳኑ ካብ (ሉቃ ፲÷፱/ 10÷9) ስለ ዝተርድኦ ዝያዳ ኣትሪሩ ሥርሑ ቀጸለ። ዝበርትዐ ቃልሲ ከኣ ክለማመድ - መረ። መግቢ ኣመጋግባኡ በቢ 2 - 3 - 4 መዓልታት ነበረ። እንተበልዐ እውን ጨው ኣብ ማይ ብምሕቃቕ ቅጫ ኣሊኩ ምብላዕ፣ መስቲኡ ከኣ ማይ ጥራይ ነበረ። ከም ብርሃነ ዓለም ሐዋርያ ጳውሎስ "ምስ ደከምኩ እየ ዝብርትዕ" (2ይ ቆሮ ፲፪÷፲/ 12÷10) ዝብሎ "ጣዕሚ ሥጋ ምስ ደከመ እዩ ሓይሊ ነፍሲ ዝብርትዕ ብምባል ኣዝዩ ተጋደለ። ከምኡ እውን ነቲ ዝሓለፈ ግዜ ኣይዝክርን ነበረ። (ፊል ፫÷፲፫/ 3÷13) ማለት ኩሉ ግዜ ከም - ማሪ እምበር ከም ፈጻሚ ንነፍሱ ኣይሓስባን ነበረ። አቡነ እንጦንዮስ ርእሱ ምስ መለከ ካብቲ ዓዲ ርሒቑ ኣብ ዝርከብ መካነ መቓብር ገማግም ኒል ክነብር - መረ። ሽዑ ሰይጣን ኣባ እንጦንዮስ ንምድረ በዳ ብእልፊ መነኰሳት ምእንቲ ከይመልኡ ስለ ዘስግኡ ሓደ ለይቲ ብጭፍራ ኣጋንንቲ ተሰንዩ ኣብ ምድሪ ኣውዲቑ ብቓንዛ ምዝራብ ክሳብ ዝስእን ገረፎ። እቲ ቓንዛ ኣዝዩ ብርቱዕ ስለዝነበረ ሽዑ ንጽባሒቱ እቲ ሓደ ፈታዊኡ መግቢ ዘምጽኣሉ ዓ ርኩ ብምልክት ንካልኦት ከየተንሥኣ ኣልዒሉ ናብቲ መካነ መቓብር ቦታኡ ከም ብሓድሽ ክወስዶም ለመንዎ። ስለዚ ብዓርኩ ተጸይሩ ናብታ ናይ ቀደም ቦታኡ ተመልሰ። ብሰንኪ እቲ ዝወረዶ መግረፍቲ ጠጠው ክብል ስለዘይከኣለ ከኣ ጸሎት ብድቁሱ ጸለየ።

ድሕሪ ጸሎቱ ኣነ እንጦንዮስ ኣብዚ ኣሎኩ ካብ መግረፍትካ ኣይሃድምን እየ። ሽሕ እኳ ገና ክትውስኽኒ እንተኾንካ "ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ክፈልየኒ ዝክእል ኩቶ የልቦን" (ሮሜ 8÷35 ካብ መዝ 27÷3) እውን ይዝምር ነበረ። ሽዑ እቲ ሰይጣን እዚ መነኰስዚ ሕጂ ከኣ ክሓስብን ክዛረብን - መረ። እንተኮነ እቲ ጸላኢ ኩሉ ሠናይ ዝኾነ ሰይጣን ብድሕሪ እቲ መግረፍቲ አቡነ እንጦንዮስ ብሓቦ ተመሊሱ ምጅማሩ ኣገረሞ። ሽዑ ብብርቱዕ ሕርቃን ሠራዊቱ ኣኪቡ "ነዚ ሰብኣይ እዚ ብመንፈስ ዝሙት ኮነ፣ ብመግረፍቲ ጠጠው ከነብሎ ከምዘይከኣለና ኣስተውዓ

ፈልኩም ዶ፡ ስሚሩና! ሕጂ ንዑ ብካልእ ኣጋባብ ነጥቅዓዮ፡ በሎም፡ ከመይ ንሰይጣን ሕማቕ መደብ ንምውጻእ ቀሊል እዩ።

ቀጺሉ ኣብቲ ብርቱዕ ምንዋጽ ዝገበረሉ ለይቲ እቲ ቦታ ብሙሉእ ልክዕ ከም ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኮነ። ከምኡ ከኣ ነርባዕተ መናድቕ እቲ ህንጻ ዘፍረሱዎ ኪመስሉ እቶም ኣጋንንቲ ኣራዊት ተመሲሎም ገለ እናጮተቱ ንውሽጢ ዝኣተዉ መሰሉ። እቲ ቦታ ብቕጽበት ብኣናብስ፡ ኣናብር፡ ሓሪሽ፡ ኣትማን፡ ኣፍዑት፡ ዕንቅርቢት፡ ተኪሉ፡ ዝመልኣ መሰለ። ነፍስ ወከፍ እንስሳ ከኣ ከከም ባህሩ ዝመልኣ መሰለ። ነፍስ ወከፍ እንስሳ ከከም ባህሪኡ ተንቀሳቒሰ ኣንበሳ ክንዝም እናተሰናደወ - መረ። ሓሪሽ በቕርንቱ ዘፈራርህ ዘሎ መሰለ፡ ተመን ለመምኪ እንተ በለ ንኣቡነ እንጦንዮስ ከርክቦ ግን ኣይከኣለን ተኩላ ናዕቢ ኪገብር ፍኒሕኒሕ በለ። እቲ ሕርቃኖም ከኣ ብጭካነ ዝተመልአ ነበረ።

ኣቡነ እንጦንዮስ ዝተሃረመን በዞም ኣጋንንቲ ዝክብከብን ዘሎ ኮይኑ እናመሰሎ ብርቱዕ ቃንዛ ሰውነት ተሰምየ። እንተኮነ ፍርሒ ዝበሃል ከይሓድሮ ብመንፈስ ዝያዳ ነቐሐ። ብሰንኪ ቓንዛ ሰውነቱ'ኳ እንተ ኣእወየ ሓሳቡ ግን ህዱእ ነበረ። እናተዋዘየ ከኣ "ኃይሊ እንተሎኩም ካባካትኩም ሓደ ጥራይ ክመ ጽእ ምተገብአ፡ እንተኮነ ጐይታ ንብርታዔኩም ኣልይዎ እዩ፡ ካብዚ ዝተላዕለ ከኣ እዩ እንተተካእለኩምሲ ብብዝሕኩም ከተፈራርሁኒ ትፍትኑ ዘሎኩም። እዚ መልክዕ ኣራዊት ምልባስኩም ሓጋዚ ዝባሃል ከም ዘይብልኩም ምልክት እዩ" ቀጺሉ ከኣ ብሓጐስ ከምዚ በለ "ክእለት እንተሎኩም ኣብ ልዕለይ ከኣ ሥልጣን እንተ ተቐቢልኩም እንታይ ትጽበዩ ኣሎኩም፧ እቲ ዝግበር ግበሩ። ዘይትክእሉ እንተ ኮይንኩም ግና ስለምንታይ ብከንቱ ገዛእ ርእሱኩም ተሕርቑ፧ ኣብ ጐይታ ዘሎና እምነት ንዓና ልክዕ ከም ማሕተም ውሕስነት ዘለዎ መንደቕ እዩ።"

ስለዚ ብዙሕ ፈተና ድሕሪ ምፍጻም ንኣቡነ እንጦንዮስ ዘይኮነስ ንገዛእ ርእሶም ስለ ዘተዓሻሸዉ ኣስናኖም ሐርቀምቀም ኣብልሉ ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ጐይታ ንቓልሲ ኣባ እንጦንዮስ ኣይረሰያን ክከላከለሉ እውን መጸ። ንላዕሊ ገጹ ቁሊሕ እንተበለ እቲ ናሕሲ ተከፊቱ ረኣዮ እሞ ናይ ብርሃን ጨራ ናብኡ ገጹ ክወርድ ረኣየ እቶም ኣጋንንቲ ከኣ ብሃንደበት ጠፍኡ። ናይ ሰውነቱ ቓንዛ ድማ ብቕጽበት ኣቋረጸ። እታ ገዛ ከኣ ህድኣት ሰፈና። ኣቡነ እንጦንዮስ ጐይታ ከም ዝረድኦ ምስ ፈለጠ ካብ ዝነበሮ ቓንዛ ስለ ዝተገላገለ ከስተንፍስ - መረ። ኑቲ ዝተገልጸሉ ራእይ ከኣ "ኣበይ ድኣ ኔርካ ስቓየይ ከተዝሕለለይ ካብ መ- መርያ ዘይተገለጽካለይ ስለምንታይ ኢካ" ብምባል ሓተቶ ጐይታ "ኣነ ኣብኡ ነይረ ግን ከኣ ጽንዓትካ እናተዓዘብኩ እጽበየካ ነይረ። ብጅግንነት ስለ ዝተቓለስካን ኢድካ'ውን

ስለ ዘይሃብካን ኣነ ወትሩ ሓጋዚካ እየ። ኣብ ኩሉ ዓለም ከኣ ከም እትፍለጥ ክገብረካ እየ።" ዝብል ድምጺ ካብቲ ራእይ ተሰምዐ። ኣቡነ እንጦንዮስ ነዚ ምስ ሰምዐ ብድድ በለ፣ ካብ ናይ ቅድሙ ንላዕሊ ከኣ መንፈሳዊ ኃይሊ ተሰምየ። ኣብዚ እዋንዚ ወዲ ፴፭ (35) ዓመት ኣቢሉ ነበረ።

ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ብትዕቢት ከምዝተፈተነ

"ወፈነዎ ለቅዱስ እንጦንዮስ ጎበ ኣስካፍ ወለመቃርዮስ ጎበ ክልኤቱ ኣንስት"

ንኣቡነ እንጦንዮስ ናብ ኣስካፍ፣ ንኣቡነ መቃርስ ከኣ ናብ ክልተ ኣንስት።

ኣበው እንጦንዮስን መቃርስን ብትዕቢት ምክንያት መዓርጎም ምስ ነብያት ድዩ ወይስ ምስ ሓዋርያት ግለጸልና ኢሎም ለመኑ። ሽዕኡ ኣምላክ ንኣቡነ እንጦንዮስ ናብ ኣስካፍ ኪድ በሎም። እዚ ኣስካፍ ዝበሃል ዘሎ ናይ ንጉሥ ፈታዊ ትሕቲ ንጉሥ እዩ ዝነበረ። ብውሽጢ ክዳኑ ዝባላዕ ጨጓር ማኞ ተዓጢቑ ኣብ ናይ ብሕትውና ቦታ ይነብር ነበረ።

ኣቡነ እንጦንዮስ ናብ ኣስካፍ ከይዱ ኣስካፍ ከኣ ካብቲ እንዳ ንጉሥ ቤት፣ ክወጽእ ረከቦ። እቶም ሠራዊት ተደፋፊኦ ኣፍ ደገ ክወጽኡ ንኣስካፍ ነቲ ተከዲንዎ ዘሎ ዝባላዕ ማኞ ምስ ተንከፍዎ፣ ኣስካፍ እቲ ዝባላዕ ብውሽጡ ዘሎ ማኞ ሰውነቱ ቆሪጽዎ ወደቐ። ወተሃደራቱ ኣልዒሎም ናብ ገዝኡ ወሰድዎ።

ኣቡነ እንጦንዮስ ደድሕሪኦም ስዒቡ ምስ ኣስካፍ ኣራክቡኒ በለ እሞ ኣራከብዎ። ኣቡነ እንጦንዮስ ንኣስካፍ ናብራ ሕይወትካ ከመይ እዩ ኢሉ ሓተቶ። ናተይ ሕይወት እንታይ ክሕተት ልክዕ ከምዛ ትርእየኒ ናይ ቤተ መንግሥቲ ሰብ እየ ዋላ ሓንቲ የብለይን በሎ።

ኣቡነ እንጦንዮስ ተኣዚዘ እየ መጺአ ጽቡቕ ጌርካ ግለጸለይ በሎ። እምበኣርከስ ናይ ዓለም ፍቓድ ኣባይ የሎን። ናተይ ድሌት ነዚ ዓለምዚ ጠንጢንካ ምካድ እዩ ነይሩ። ከምኡ ውን ዓይነት ክዳነይን ናብራይን ከምዚ እየ ብምባል ነቲ ሕቑኡ ዝቕራርጾን ዝወጋግኦን እሾክ ዝኾነ ማኞ ከፊቱ ኩሉ እቲ ኣቑሳሉ ኣርኣዮ።

ኣቡነ እንጦንዮስ እዚኳ ዓለማዊ ተባሂሉ ከምዚ ገይሩ ዝተጋደለ፣ ኣነ ድኣ ኣብ ቅድሚኡ እንታይ ዓስቢ ኣሎኒ: እንታይ ስራሕ ከ ሰሪሐ ክብል እየ: ኢሉ ትሕትና ተማሂሮም ከዱ።

ፊልክስዩስ ገጽ ፷፱ ክፍል ፲

ዝገብሮ ተኣምራት

ኣብ ሞንጎ ፈለግ ኒልን ቀይሕ ባሕርን ንጿ(20) ዓመት ዝኣክል ሰብ ከይፈለጦን ከይተንቀሳቐሰን ካልኦት ሰባት ከይመጽዎን ኣብ ዝወሰነሉ እዋን ሚርቲንያኑስ ዝተባህለ ሓለቓ ወተሃደራት ንጓሉ ጋኔን ስለዝሓዛ መጺኡ ሃወኸ። ነዊሕ ምስ ተጸበየ ማዕጾ እናኳሕኵሐ ኣቡነ እንጦንዮስ መጺኡ ንጓሉ ክጽልየላ ለመኖ። ንሱ ግን ፈጺሙ ኣይከፈቶን "ኣንታ ሰብኣይ ስለምንታይ ኢካ ናባይ እተእዊ ኣነ ልክዕ ከማካ ሰብ እየ። ንስካ ነቲ ኣምላክ ኣሚንካ ዝጸለካዮ ክኾነልካ እዩ በሎ። ጓሉ ከኣ ሓወየትሉ ኣቡነ እንጦንዮስ ማዕጹኡ እኳ ኣይክፈት እምበር ብዙሓት ብሕማም ዝሳቐዩ ኣብ ኣፍ ደገ እቲ ገዳም ይድቅሱ እሞ ይሓውዩ ነበሩ።

ሓደ መዓልቲ ሰብ ኣብቲ ማዕጾ ጠጠው ኢሉ ነቲ ዘንቢል ዝሰርሐሉ ፍሕሶ ስሓቦ፣ እቲ ዘንቢል ዝሰርሑ ዝነበረ ነቶም ገለ ነገር ዘምጽኡሉ ዝነበረ በጻሕቲ መለወጢ ይኮኖ ነበረ። ሓፍ ምስ በለ ሓደ ኣስላፋቱ ናይ ሰብ ዝመስል፣ ኣእጋሩን ሽኮናኡን ግን ናይ ኣድጊ መሰል እንስሳ ረኣየ ሽዑ ብትእምርተ መስቀል ኣማዕተበሉ እሞ እቲ ገዚፍ ኣራዊት ምስቶም ተሰኪምዎም ዝመጸ ኣጋንንቲ ክሃድም ከሎ ካብ ፍጥነቱ ዝተላዕለ ወዲቑ ሞተ።

ብጸሎት ኣቡነ እንጦንዮስ ሓደ መዓልቲ ካብ ፓላዮም ዝተባህለ ቦታ ዝመጸ "ፍሮንቶን" ዝስሙ ሰብ ብርቱዕ ዝሕማሙ ሓወየ፣ ንሱ መልሓሱ ዝሕይክን ኣዓ ጋንቱ ከኣ ኣብ ጸገም ዘእቱን ነበረ። ኣቡነ እንጦንዮስ ኪድ እሞ ክትሓዊ ኢካ እንተበሎ ንሱ ግን ኣብኡ ቀነዩ። ኣይሓወየን እሞ ኣይሓወኩን በሎ። ኣብዚ ክሳብ ዘሎካ ኣይትሓውን ኢካ በሎ። እዚ ሰብኣይ'ዚ ኣሚኑ እንተከደ ሓወየ።

ሓንቲ ካብ "ቡሲሪስ" (ሊብያ) ዝመጸት ጓል ኣዒንታን ኣእዛናን ዛዕዛዕ ዝብል ኣብ ምድሪ ምስ ወደቐ ከኣ ናብ ሓሳኩ ዝቐየር ዘሰንብድ ዘጨንቐን ሕማም ዝሓዛ እውን ብጸሎቱ ሓወየት። ኣቡነ እንጦንዮስ ዝፈወሶም ሕሙማት ክቐጸሩ ዘይክእሉ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።

ኣቡነ እንጦንዮስ ዝርኣዮ ራእይ

ሓደ ግዜ ኣቡነ እንጦንዮስ ተንሥእ እሞ ደገ ወጺእካ ተዓዘብ" ዝብል ድምጺ ምስ ሰምዐ ወጺኡ'ውን እንተረኣየ ሓደ ውሱን ቅርጺ ዘይብሉን ዘፍርህን ክሳብ ደመና ዝትንክፍን ዓቢ ምስሊ ረኣየ፣ ሕዝቢ ከኣ መንፈርፈር ዘጥረየ ክመስል ንሰማይ ገጹ ይድይብ ነበረ። እቲ ምስሊ ንገሊኣቶም ጠጠው ከብሎም ከሎ፣ ካልኦት ግን ብጥቓኡ እናሓለፉ ከለዉ ብዘይ ጸገም ተንሺኦም ንላዕሊ ነፈሩ። ኣብዚ እዋን 'ዚ ኣስናኑ ሐርቀምቀም ኣበለ። በቶም ዝወደቑ ግን ኣዝዩ ተሓጐሰ።

ሽዑ ድምጺ ንኣቡነ እንጦንዮስ “ነዚ ራዕይ ተረድኣዮ” ከኣ በሎ። ኣእምሮኡ ስለ ዝተከፍተ እዚ ራዕይ ናይ ነፍሳት ጉዕዞ ምኳኑ ተረድኡ። እቲ ዝረኣዮ ዓቢ ምስሊ ከኣ እቲ እኩይ ናይ ጥንቲ ጸላኢ ዲያብሎስ ነበረ። ነቶም ኣብ ግዝኣቱ ዝነበሩ ሓዞም፣ ምሕላፍውን ከልኡ፣ ነቶም ዘይናቱ ዝኾኑ ክሕዞም ስለ ዘይከኣለ ጥሒሶሞ ከዱ።

ዜና ዕረፍቲ ኣቡነ እንጦንዮስ

ኣቦ ገዳም ኣቡነ እንጦንዮስ እቲ ንመነኮሳት ክፍጽምዎ ዝግባእ ሓደ ብሓደ ክላበዎም ኣከቦም። ከምዚ ዝስዕብ ቃል ምዕዳን ውን መዓዶምን ተላበዎምን “ኣብ ዕዮታትኩም ኣይትሰልክዩ፣ ኣብ ጽኑዕ ናብራኩም ተስፋ ኣይትቑረጹ፣ መዓልቲ መጸ ከም ዝሞተ ኼንኩም ተካየዱ፣ ንልብኩም ካብ ክፉእ ሓሳባት ክትሕልውዎ ወትሩ ንቕሓት ኩኑ፣ ንመናፍቓን ኣብ ጥቓኣም ኣይትቕረቡ ትውፊት ኣበው ሓልዉ። ፍቕሪ እምነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይሃልኩም።

ዜና ዕረፍቱ ንደቁ ኣቕድም ኣቢሉ እቲ ደቂ ሰባት ንሬሳ ምስ ሞተ ዋላ ቅዱስ ይኹን ከይቀበርካ ኣብ ገዛካ ምቕማጥ ግቡእ ኣይኮነን ኢሉ ይምህሮም ከም ዝነበረ። ሕጂ እንተኮነ ኣነ ምስ ሞትኩ ንብዙሓት ሰባት ኣይትንገሩ ምክንያቱ ንሬሳይ ከምኡ ከይገብርዎ። ንሬሳይ ከምቲ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድኣ ኣብ መሬት ቅበርዎ ክዳውንተይ ተመቓቕልዎ እታ በትሩ ከኣ ንኣባ መቃርስ ወዱ ሃቦ። እታ ሓንቲ ኣጕዛ ንኣቡነ ኣትናቴዎስ ሃቦ። ሊቀ ጳጳሳት ምስ ኮነ ኣቡነ ኣትናቴዎስ ኣብ ዓበይቲ በዓላት ብእኣ ጌሩ ይቕድስ ነበረ። እታ ብዘብድወ ጠሊ (ቆርበት በጊዕ) ዝተሰርሐት ክዳኑ ከኣ ንኣቡነ ሰራብዮን ሃቦ ኢሉ ለበዋኡ ወድኡ፣ ዕድሚኡ ምሉእ ማይ ዝብሃል ኣይተሓጽበን ካብ ሰብኡቱ ከኣ ዋላ ሓንቲ ብእርጋን ምክንያት ኣይጐደሎን ሓየለ'ውን ኣይደከመን *“ወእምዝ መጽኡ ኀቤሁ ኣባ ቡላ (ኣቢብ) ርእሰ ገዳማውያን ወገዝ በአልባሰ ኣትናቴዎስ ሐዋርያዊ”* ሽዑ ርእሲ ገዳማውያን ኣባ ቡላ መጺኡ ብናይ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ነጸላ ጌሩ ገዝዞ” ይብል መጽሐፈ ስንክሳር ዕለት ፳፪ (22) ጥሪ ኩሉ ዕድመ ናይ ኣቡነ እንጦንዮስ ፩፻፳(120) ዓመት እዩ። ካብ ጐይታ ምሉእ ቃል ኪዳን ተቐቢሉ ናብ ዘልዓለማዊ ዕረፍቲ ከደ።

ጸሎትን በረከትን ናይ ኣቦና ኣቡነ እንጦንዮስ ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።

- ሰላም ለብሕታዊከ እንበለ ሕፀፅ ወንትጋ።

- ውስተ ናሕስ ከመ ያፍ ወበቤት አምሳለ ጉጋ።
- ብእሴ ሰማይ እንጦንዮስ ወመልኣከ ምድር በጸጋ።
- ለቤተ ብለኔ እንዘ ያስተራኵስ ሕጋ።
- መዋዕለ ሕይወቱ በማይ ኢተሐፅበ ሥጋ።

ምንጪ፦ ሰንክሳር ዕለት ፳፪ ጥር

✞ ✞ ✞

ታሪክ አባ ጳውሊ ርእሰ ባሕታውያን

አባ ጳውሊ (ጳውሎስ) ብዕለት ፲፮ (16) ጥቅምት ተወሊዱ። ጳውሊ ማለት ሕሩይ ወይ ምሩጽ ማለት እዩ። ሃገሩ ግብጻዊ ኮይኑ ዓዱ ከኣ ምንጻር ትብሃል። ወለዱ ሃብታማት ኮይኖም አቡኡ ክመውት እንከለው ነቲ ዓቢ ሓዉ ጴጥሮስ ተላብይዎ ሞተ። ማለት "ንእሽቶ ሓውካ ኣካለ መጠን ክበጽሕ ከሎ ብጽሒቱ ሃቦ ኢልዎ ዓረፈ።

ጳውሊ ኣካለ መጠን ምስ በጽሐ ነቲ ዓቢ ሓዉ አቦይ ሃቦ ዝበለካ ብጽሒተይ ሃበኒ እንተበሎ፣ ኣይህበካን እየ በሎ። ምክንያቱ ከተባላሽዎ ኢካ። ጳውሊ ጥራይ ብጽሒተይ ሃበኒ ኣይባላሽዎን እየ። ዓቢ ሓዉ በል ግድን ካብ በልካስ ዝጸበቐን ዝበለጸን ንዕኡ ኣትሪፉ ካብቲ ሐሕማቐ ገለ ቁሩብ ንብረት አቡኡ ሃቦ። ጳውሊ በዚ ጉህዩ ናብ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ክረክብ እየ ኢሉ ተበገሰ፣ ኣብ መንገዲ እናከደ እንከሎ። ሓደ ከም ኣቡኡ ዝበለ ሃብታም ሰብኣይ ሞይቱ ገሊኡም ክበክዩ፣ ገሊኡም፣ ከልቅሱ፣ ገሊኡም ክፈትሑ ኣብ መንገዲ ኣጋጠሞ። እዚ እንታይ ዝኾነ ኣኬባ እዩ ኢሉ እንተሐተተ። " ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ነይሩስ ሞይቱ ሕጂ ይብከዮ ርዓተ ቐብሪ ይፍጸመሉ ኣሎ" በልዎ።

ካብዚኣቶም እስከ ንሓደ ዓቢ ሰብኣይ ኣማክረኒ ክብሎ እየ ኢሉ ሓሲቡ ንሓደ ዓቢ እዩ ዝበሎ፣ እቲ ኩሉ ምስ ሓዉ ዘጋጠሞ ነገሩ ኣማክረኒ እንተበሎ፣ እግዚኣብሔር ኣዛሪብዎም እቶም ዓቢ ሰብኣይ ኣቦካ በዓል ጸጋ፣ ልክዕ ከምዚ ዝረኣካዮ እዮም ነይሮም ነቲ ኩሉ ሃብቶምን ንብረቶምን ገዲፎሞ ከኣ ሞቱ። ንስካ እውን ካብ ሓውካ ገንዘብካ እንተወሰድካ ጽባሕ ንግሆ ምሚትካ ስለ ዘይተርፈካ እንተገደፍካዮ ይሕሸካ ኢሉ ኣማከሮ። ኣባ ጳውሊ እወ ሓቅካ ኢካ ኢሉ ሓዲግዎ ተመልሰ።

ናብቲ ዓቢ ሓዉ ተመሊሱ እቲ ናይ ኣቦይ ንብረት ኩሉ ገዲፈልካ ኣሎኩ በሎ። ሓንቲ ግን እታ ናይ ኣቦይ ዝነበረት ወንጌለ ዮሓንስ ሃበኒ ኢሉ ንዓኣ

ጥራይ ሒዙ ከደ። ኣብ ሓደ ቤት መቓብር ከይዱ ከኣ ደቀሰ (ሐደረ)። ጐይታ ንመጽደቒኡ ንክፍትኖ ንሠለስተ መዓልቲ መግቢ ከልኣ። ንሱ በታ ወንጌለ ዮሓንስ ኣብ ልዕሊ ማይ እናደገመ ማይ ክሰቲ ቐነየ። ኣብ መበል ሣልሰይቲ መዓልቲ ካብ ሰማይ መንፈቀ (ፍርቂ) ጎብስት ወረደትሉ። ድሕሪ ሠለስተ መዓልቲ ዝተኣዘዘ መልኣክ መጺኡ ናይ ሰሌን (ተንከባት፣ ላካ) ቆቢዕ ሰፍዩ፣ ሰብ ኣብ ዘይብሉ ቦታ ወሲዱ ኣቐመጦ። ድሕሪኡ መግቡ ምሽተ ምሽት ሓደ ንስር ፍርቂ እን-ራ እናምጽኣሉ ነዚኣ እናተመገበ ን80 (፹) ዓመታት ዝኣክል ብትሕርምቲ ይነብር ነበረ።

ዕረፍቲ ኣባ ጳውሊ

ግዜ ሞቱ ምስ ኣከለ ጐይታ ግብሪ ጽድቑ ክገልጽ ንኣባ እንጦንዮስ ካብዚ ዘለካዮ ናይ (2)፪ ሰዓት ዝከውን መገዲ ኬድካ ፈታውየይ ዝኾነ ጳውሊ ክትረክብ ኢካ ኢሉ ለኣከሉ፣ እንተከደ በዓቱ ዓጽዩ ክጽሊ ጸንሐ። ኣቦይ ሃገርካ ኣበይ እዩ፡ ስምካ ከ መን ይበሃል፡ በሎ። ኣባ ጳውሊ እግዚኣብሔር እንተልኢኩካ ስለምንታይ ስመይ ዘይትፈልጠኒ በሎ። ኣባ እንጦንዮስ ጸልዩ ተገልጸሉ፣ ክጻወቱ ጸኒሖም፣ ሠርክ (ምሸት) ምስ ኮነ እቲ ንስሪ (ኪክ) ምሉእ እን-ራ ሒዙሎም መጽአ። ሕጂ ካብ ኣምላክ ተላኢክካ ከምዝመጻእካ ብግልጺ ተረዲኡ፣ ማለት ቅድሚ ሕጂ ኣምላክ ዝህበኒ ዝነበረ ጎብስቲ ፍርቂ ነበረ። ሎሚ ግን እንኮላይ ናትካ ጌሩ ምሉእ ጎብስቲ ልኢኩለይ በሎ። ክልቲኡም በዚ ዝተገብረሎም ኣምላካዊ ነገር ብኣድናቕት ተንሢኦም ኣመስጊኖም ተመገቡ። ምሉእ ለይቲ ክጽልዩ ሓዲሮም ምስ ወግሐ ኣቦ በል ኣፋንወኒ ክከይድ በሎ። ኣባ ጳውሊ ተገሊጹሉ፣ መሊስካ ደኣ ክትመጽእ ኢካ እምበር ኪድ በሎ።

ንዕለቱ እግዚኣብሔር ገሊጹሉ ናይ መነኮሳት ክብርን ሓሳርን ነገሮ። ማለት ንመነኮሳት ምስ ዘመን ኣብ ሠለስተ ዓይነት መቒሉ ገሊጹሉ ንሱ ከኣ፡-

1. እቶም ኣብቲ ግዜ እቲ ዝነበሩ መነኮሳት ብናይ ፃዕዳ ርግቢ ኣምሳል ማለት እዚኣቶም ፍጹማን መነንቲ፣ ብሥጋ ዝሞቱ ብነፍስ ግን ህያዋን ዝኾኑ።
2. እቶም ካብኡም ቀጺሎም ዝርከቡ መነኮሳት ከኣ ብዝንጉርጉር ማለት እዚኣቶም ከኣ ጻዕዳን ጸሊምን ዝተፈራረቐም፣ ሓደ ግዜ ናብ ምንኩስና፣ ሓደ ግዜ ናብ ዓለም ዝብሉ እዮም።
3. እቶም ኣብ መፈጸምታ ዓለም ሳልሳይ ደረጃ ዘለዉ ከኣ ብኣምሳል ጸሊም ርግቢ (ኪክ) ማለት ፍጹም ዓለማውያን ዝኾኑ። እዚኣቶም ዳሕረዎት

መነኮሳት ጸሊም ርግቢ ማለት ብሥጋ ህያዋን ዝኾኑ ብነፍሲ ግና ዝሞቱ ክፍጠሩ እዮም ኢሉ ትንቢት ተናገረ። እዚ ከኣ ብመንጽር ናይ ቀደምን ናይ ሎምን ምንኮስና ክርአ እንከሎ እቲ ትንቢት ከምዝፍጸም ዘሎ ኮይኑ ይእመን።

(1ይሳሙ. 2÷9 መዝ. 36÷17/25 ተረ፡ ዳን ቁ 37)

አቡነ እንጦንዮስ ክከይድ ክብገስ እንከሎ፡ ኣብ በዓትካ ምስ ከድካ እታ ኣባ አትናቴዎስ ካብ ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ተቐቢሉ ዝሃበካ ግምጃ (ልብሲ) ኣምጺእካ ገኒዝካ ከም እትቐብረኒ በሎ።

አቡነ እንጦንዮስ መግነዚ ሒዙ ክመጽእ እንከሎ፡ መላእክቲ ነፍሲ ኣባ ጳውሊ ንሰማይ ከዕርጉ ርእዩ፡ እዛ ነፍሲ እዚኣ ናይ ኣቦይ ነፍሲ እያ በለ። ናብቲ በዓቲ እንተኣተወ ከምቲ ብሕይወተ ሥጋ ከሎ ዝነበሮ አእዳዉ ብትምእርተ መስቀል ኣማሳቒሉ ብብርኩ ተንበርኪኩ ረከቦ። በቲ ዘምጽኦ ግምጃ ገኒዙ፡ መቓብሩ ኣናብስት ኮሚቶሙሉ ቀበሮ። ዝሞተሉ ዕለት ፳፪(22) ሰኔ እዩ ነይሩ። እታ ዓጸፉ ከኣ ንሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ አትናቴዎስ ለኣከሉ። ካብ (፱ቱ) 9ቱ በዓላት ኣብተን ሠለስተ መዓልቲ ቅዱስ አትናቴዎስ ይክደና ነበረ። ምዉት እውን ብእኣ ጌሩ ኣተንሢኡ እዩ።

- ሰላም ለጳውሊ ውሣጤ ገዳም ዘተጸምደ፡
- እንዘ ኢይሬኢ እምሰብእ መነኢ አሐደ፡
- ፃመወ ብዙኃ ወተጋደለ ፈድፋደ፡
- ድኅረ ሞተሂ ከመ በሕይወቱ ለመደ፡
- ለእግዚአብሔር አምላኩ በብረኩ ሰገደ፡

ምንጪ፡-

1. ፊልክስዮስ ገጽ 7 መቅድም
2. መዝገበ ታሪክ ገጽ 167 መጋቢት 1997 ዓ.ም አ.አ.ኢ
3. የቅዱስን ታሪክ ቁ.5 ገጽ 45 የካቲት 1998 ዓም አ.አ.ኢ
4. ስንክሳር የካቲት ዕለት ፪

◆ ◆ ◆

ታሪክ ጻድቕ ለዋህ (ኖላዊ) ጳውሊ ዘአውሰበ ብእሲተ ረድእ እንጦንዮስ

የዋህ ጳውሊ ሃዳናይ ኮይኑ ሰበይቲ ተመርዕዩ ብቃል ኪዳን ክነብር ከሎ። እታ ሰበይቱ ኣዝያ ጽብቕትን መልክዐ ን እኳ እንተኾነት ግብራ ግን ኣዝያ ክፍእቲ ነበረት። ሓደ መዓልቲ ካብ ወፍሪ እንተ ኣተወስ ምስ ኣገልጋሊኡ ደቂሳ ዝሙት ክትፍጽም ጸንሓቶ። የዋህ ጳውሊ ከይተሸገረ ነቲ ኣገልጋሊ በል ንዕኣን ንወዳን ነዚ ኩሉ ንብረተይን ገዲፈልካ ኣነ ናብ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ክከይድ እየ። በዚ ነገርዚ ከኣ ዋላ ሓንቲ ኣይጉህን እየ ብምባል ኣባ እንጦንዮስ ናብ ዘለዎ በረካ ከይዱ ኣልባሰ ምንኵስና ካብ ኣባ እንጦኒ ተቐቢሉ ልክዕ ኣሠር ኣባ እንጦኒ

ተከቲሉ ይጋደል ነበረ። ለዋህ ጳውሊ ሕሙማትን ኣጋንንትን ናይ ምውጻእ ጸጋ ስለዝተዋህቦ። ሓደ መዓልቲ ጋኔን ንዝሓዞ ሕሙም ናብ ኣባ እንጦንዮስ ኣምጽኡ እሞ ኣባ እንጦንዮስ ከኣ ውህበት ጸግኡ ስለ ዝፈለጠ ንለዋህ ጳውሊ ወዱ ፈውሶ ኢሉ ኣዘዞ። ለዋህ ጳውሊ ነቲ ጋኔን ኣቦይ እንጦንዮስ ውጻእ ኢሉካ እዩ፣ ምስ በሎ እቲ ሰይጣን ግን ንጳውሊ ይኩን ንኣባ እንጦኒ ተጻረፎም። ለዋህ ጳውሊ እንተዘይወጻእካ ንጐይታ ክርስቶስ ክነግሮ እየ፣ ንሱ ዝገብረካ ከኣ ክትርኢ ኢካ ኢሉ፣ ኣብ ግዜ ቀትሪ ወጺኡ ኣብ ሓንቲ ብፀሐይ ዝረሰነት እምኒ ደይቡ ሕያው እግዚኣብሔር ክሳብ እዚ ጋኔን ዝወጽኡ ኣነ ካብዛ ናይዛ እምኒ ረመጨት፣ ኣይወርድ፣ ኣይበልዕ፣ ኣይሰቲ ምስ በለ እቲ ጋኔን ብምስሊ ሓደ ዓቢ ተመን ኡይ! እናበለ ወጺኡ ናብ ባሕሪ ኤርትራ ጠሓለ።

ለዋህ ጳውሊ (ጳውሎስ) ናይ ኩሉ ሰብ ኃጢኣት ይርኣዮ ስለዝነበረ ምእንቲ ኃጢኣተ ታት ይጽልን ይበክን ነበረ።

ገድሉ ፈጺሙ ብጽቡቐ ዕቤት ዕድመ ብሰላም ሰኔ ዕለት ኧፀ (22) ካብዛ ዓ ለም ኣዕረፈ።

ጸሎቱን በረኩቱን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን ኣሜን።

- ሰላም ዕብል ለጳውሎስ ሊሉይ፣
- እምነ ዘማ ብእሲቱ ሠናይተ ላህይ፣
- ቀዊሞ ወዓለ እንበለ ናህይ፣
- በመልዕልተ ዕብን እንተ ኣርሰኖ ፀሐይ፣
- እስክ እምጋኔን የሐዩ ብእሲ ድውይ፣

ምንጪ፡- ሰንክሳር ሰኔ ዕለት ኧፀ (22)

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ ኣባ ጳውሊ (ጳውሎስ) ምስ ሰይጣን ዝተዋሥኣ

ጻድቕ ኣባ ጳውሊ ቅዱሳን ቦታታት ንምርኣይ ኣብ ዝተንቀሳቐሰሉ ግዜ ኣብ ሃገረ ሳምር፣ ካልእ ድማ ሰሎንቅያ ዝኸነ፣ ናይዛ ሃገር እዚኣ ሰባት ካብ ሄሮድስ ወገን ኮይኖም፣ ሓደ ሕማቕ ሕጊ ነበሮም። ንሱ ድማ ኣብ ወርሒ ኣብ ቤተ ብለኔ ተኣኪቦም ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኖም፣ እቶም ሃብታማት ሓደ መዓልቲ፣ እቶም ካልኦት ከኣ ሓደ መዓልቲ ናብቲ ቤተ ብለኔ ዝብል መኣከቢኦም መጺኦም ለይቲ መብራህቲ ኣጥፊኦም፣ ማዕጸ ዓጽዮም ኡይ ብምባል ሕማቕ ተግባራቶም ይፍጽሙ ነበሩ።

ኣባ ጳውሊ ሓደ መንእሰይ ዲያቆን ኣከቲሉ ቅዱሳን ቦታታት ክም ንኢየሩሳሌም እናከደ እንከሎ ረቡዕ መዓልቲ መሲዎ ናብዚ ቦታ እዚ እንተተኣልየ ከምቲ ክፉእ ልማዶም ክፍጽሙ ረከቦም። ጻድቕ ኣባ ጳውሊ ነዚ ሕማቕ ልማድ ርእዩ ብጣዕሚ ጐሃየ። ነቲ ሓላዊ ማዕጸ ከኣ *“ ለምንት ትገብሩ ዘንተ ግብረ ሀሙመ”* ስለምንታይ ኣጸያፊ ነገር ትፍጽሙ ” እቲ ሰብኣይ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ “ ከምቲ ኣብ ቤትና ምስ ሰበይትና እንራከቦ ልክዕ ብከምኡ መልክዕ ከኣ ኣብ ወርሒ ሓደ መዓልቲ ብምእካብ ወለድና ብዘጽንሑልና ርክብና ንፍጽም” በሎ። ማለት ቀዳማይ መዓልቲ ናይቶም ሃብታማት፣ ካልኣይ ናይ ኮሉ፣ ሳልሳይ ናይ ድካታትን ኣጋይሽን።

ኣብታ ለይቲ እቲኣ እቶም ሰባት ከም ልማዶም ማዕጸ ዓጽዮም፣ መብራህቲ ኣጥፊኦም ተተሓሒዞም ደቀሱ።

ኣባ ጳውሊ ከኣ ነዞም ሰብ ክፉእ ልምዲ ከጥፍእ ናብ ኣምላክ ጸሎት ክገብር - መረ። ጸሎቱ ምስ ፈጸመ፣ ሓደ ጸሊም ሰብኣይ ጥራሕ ነፍሱ ኮይኑ ኣብ ኢዱ ሴፍ ሒዙ መጸ። ኣባ ጳውሊ ንስካ መን ኢካ ንመን ከ ትደሊ ኣሎካ ምስ በሎ *“ ኣነ ውእቱ ሰይጣን ዘፈነወኒ እግዚኣብሔር”* ምስ ለመንካዮ ንከጥፍኣልካ እግዚኣብሔር ዝለኣከኒ ሰይጣን እየ በሎ። ሽዑ ኣብታ ለይቲ እቲኣ ካብ ሰማይ ናብቲ ቤት ብለኔ መቕሰፍቲ ወረደ እሞ ብ- ካ ዓሠርተ (10) ሰባት ካልእ ኩሉ ሞይቱ ሓደረ።

ነዞም ዓሠርተ (፲) ሰባት ኣባ ጳውሊ ስለምንታይ ከምዚ ትገብሩ ኢሉ እንተ ሓተቶም “ቀደም ወለድና ኣብ ወርሒ ሓደ መዓልቲ ኣብዚ ቤተ ብለኔ እናተኣከብና፣ ማዕጸ ዓጺና፣ መብራህቲ ኣጥፊእና ምስታ ኢድ ዝተንከፈታ ሰበይቲ ክንራከብ ስለዝኣዘዙና ኢና” በልዎ።

ኣባ ጳውሊ ንልኩም፣ ዘመድኩም ሓብትኩም፣ ኣዴኩም . . . ምኳንናን ዘይምኳናን ድኣ ከመይ ጌርኩም ትፈልጡ፡ ንሳቶም “ ክንፈልጥ ኣይንክእልን ኢና። ምስ ዝረከብና ኢና እንተሓሓዝ ” በልዎ።

ኣባ ጳውሊ ንስካትኩም ከም ሰብ ዘይኮንኩምሲ ከም እንስሳ ኢኩም።

ሽዑ ኣባ ጳውሊ ነዞም ዓሠርተ ሰባትን ነቶም ዝሞቱ ውን ብጸለዎቱ ካብ ሞት ኣተንሢኡ ብግቡእ ሥርዓተ ክርስትና ምሂሩ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስቅዱስን ኣጥመቐም። ካብቲ ቅዱስ ምሥጢር ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ከኣ ሃቦም።

ጻድቕ ኣቡነ ጳውሊ ምስ ዲያብሎስ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ

ቅዱስ ኣቡነ ጳውሊ ቅዱሳት ቦታታት ክበጽሕ ንኢየሩሳሌም ኣብ ዝከደሉ እዋን እግዚኣብሔር ኣምላክ ንሰይጣን ኪድ ኩሉ ግብርካ ንገሮ ኢሉ ብዝኣዘዞ መሠረት ሰይጣን ድማ ሓንቲ ከይሓብአ ከመይ ገሩ ንደቂ ሰባት ከምዘስሕቶም ሓደ ብሓደ ንኣቡነ ጳውሊ ገለጸሉ።

ሰይጣን ንኣባ ጳውሊ “ድላይካ ሕተተኒ ፈትየ ዘይኮንኩስ ብእግዚኣብሔር ኩሉ እቲ ግብርካ ንዓለም ከመይ ገርካ ከምተስሕታ ንፍቕረይ ጳውሊ ንገሮ ተባሂለ ስለዝተኣዘዝኩ ከይሓባእኩ ክነግረካ እኔኩ ተኣሲረ መጺአ ኣሎኩ።

<u>ሕቶ</u>፡- ንሰብ ብዘይ ፍቓድ እግዚኣብሔር ከመይ ገርኩም ኢኩም እተስሕትዎ ዘሎኩም፡

<u>መልሲ</u>፡- ንሕና ብፍቓድ እግዚኣብሔር እንተ ተመላሊሱ ከነስሕቶ ይትረፍሲ ናብ ጥቕኡ ምቕራብ'ውን

ንፈርህ ኢና። ንሕና ነስሕቶ ግን ካብ መንገዲ እግዚኣብሔር ክእለ ከሎ ኢና። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ

ግን ምቹእ ናይ መእተዊ ዕድል ንረክብ እሞ ከም ቃሕ ዝበለና ገርና ንሕልንኡ ንቆጻጸሮ፡

ንኣብነት፡- ህግን እንተኮይኑ፡ ኣዲኡ ውን ስም እግዚኣብሔር ዘይትጽውዕ እንተኮይና፡ ኣብኡ

ሓዲርና ሕማቕ ጠባይ ከምዝህልዎ ገርና ነዕብዮ። <u>ንኣብነት</u>፡- ቀብጠርጠር፡ ስዲ፡ ተጻራፊ፡

ዘይምእዙዝ፡ ጠዋይ፡ ክፉእ ግብሩ. . . . . ንገብሮ።

<u>ሕቶ</u>፡- ከመይ ኢልኩም ንመንእሰያት ተስሕትዎም፡

<u>መልሲ</u>፡- ብፍትወት ዓለም፡ ትዕቢት፡ ትምክሕቲ፡ ብፍቕሪ መብልዕን፡ መስተን፡ ሥጋዊ ፍቕሪ፡ ፍቕሪ ደቀ

ኣንስትዮ፡ ንኣዋልድ ድማ ፍቕሪ ወዲ ተባዕታይ ከም ዝሓድረን፡ ፍቕሪ ክዳን፡ ፍቕሪ ድቃስ፡

በረከት ናይ እግዚኣብሔር ምእንቲ ከይካፈሉ ናብ ቤተክርስቲያን ምካድ ነጽልኦም፡ ልቢ

መንእሰይ ብቑጥዐ ከምዝቃጸል ንገብር። ፍቕሪ ገንዘብ ነሕድረሎም ብሓሶት ከምዝምሕሉ፡

ብሓሶት ከምዝምስክሩ ንገብሮም፡ ኣብ ልቦም ቅንኢ ነእትወሎም፡ ከምዚ ገርም ስለዝነብሩ ድማ

እቶም ዝዕቅብዎም መላእክቲ ካብኣቶም ይርሕቑ።

ሕቶ፡- ንስካ እሞ መዓስ ትእመን ኴንካ፡ ንሓሶት ኣቦኣ ዶ ኣይኮንካን ከመይ ጌረ ክኣምነካ እክእል፡

መልሲ፡- ፈትየ ዘይኮንኩስ እንሆ ናይ እግዚኣብሔር መልኣክ ሰይፉ መሊሑ ገለ ነገር ከይሕሱ ኣብ

ልዕለይ ጠጠው ኢሉ ይሕልወኒ ኣሎ። የግዳስ ኩሉ ዘድልየካ ገለ ከየጉደልካ ሕተተኒ እምበር

ፍቓደይ ኔሩ እንተዝከውን ቅድሚ ኩሉ ንዓካ መስሓትኩካ ድኣ እምበር ገለ እኳ ካብዚ ምሥጢር

ሓሶት ኣይመካፈልኩካን ምክንያቱ፡ ነዚ ሚላ መስሓቲና ተረዲኦም ብዙሓት ሰባት ካብ ፍቓድና

ምፍጻም ሃዲሞም ፈጸምቲ ፍቓድ እግዚኣብሔር ከምዝኾኑ ስለዝፈልጥ እየ።

ሕቶ፡- ኣብ ገዳመ ቆረንቶስ ደኣ ንኣምላክና ክትፍትንዎ ክንደይ ደፊርኩም፡

መልሲ፡- ኣምላክ ምኳኑ ኣይፈለጥናን ሓደ ካብ ነቢያት እዩ መሲሉና።

ሕቶ፡- ንሰማያት ደይብኩም ናይ መላእክቲ ምስጋና ትሰምዑ ዶ፡

መልሲ፡- ካብ ማዓርግና ምስ ወደቐና ፈጺምና ናብ ሰማይ ኣይንምለስን ኢና፡ ክሳብ ኣየር ግን ንበጽሕ

ኢና። ሓለቓና ሳጥናኤል እንተዘይኮይኑ ንሳ ውን ሓንቲ ግዜ ንጻድቕ እዮብ ክፍትኖ ከሎ እዩ።

ሕቶ፡- ንደቂ ሰባት ምስ ኣስሓትኩም እንታይ ረብሓ ኣለኩም፡

መልሲ፡- ሐቢሮም ምሳና ኮይኖም ኣብቲ ባሕሪ ጸልማትን ባሕሪ ሓውን ይሓዝኑን ይነዱን፡ ንዘለዓለም ድማ

ፍርዶም ኣብኡ ይከውን።

ሕቶ፡- ንኣረጋውያን ከ እቲ እትፍትንዎም ፈተናታት ከመይ ዝበለ እዩ፡

መልሲ፡- ካብ ኣንብዝ መንእሰያት ብዝበለጸ ኣብ ሽማግለታት ወይ ኣቦታት ሰብ ሓዳር ትህኪት፡

ሽለልትነት ኣብ ልቦም እናሕሰብና ጸሎት ከይገብሩ ብትህኪት፡ ጾም ከይጾሙ፡ ኣንጊሆም

ከምዝበልዑ፡ ቍርባን ወይ ሥግኡን ደሙን ንከይቅበሉ፡ የብቅዓና እናበሉ ክነብሩ ንገበሮም።

ብጠቕላላ ካብ ኩሉ ሠናይ ነገር ከምዘቋርጹ ንገብሮም፡ ተራገምቲ ንክኮኑ ኣነ እኮ ወዲ እገለ እየ

እናበሉ ብትምክሕቲ፡ ትዕቢት፡ ከምዝሕዞም ንገብር። ናይ ሰብ በደል ወይ ጌጋ ነርእዮም፡ ንሳቶም

ግን በደል ከምዘይብሎም ሓቀ ታት ኢና ከምዝብሉ ንገብሮም።

<u>ሕቶ</u>፡- ብክንደይ ዓይነት ተመሲልኩም ንወዲ ኣዳም ተስሕትዎ፡

<u>መልሲ</u>፡- ንሕና ብዘይንምሰሎ ነገር የልቦን ዕላማና ካብታ ብርህቲ ሃገር መንግሥተ ሰማያት ንሕና

ንፈልጣ ሓንሳእን ንሓዋሩን ዝሰኣናያ ንወዲ ኣዳም ስለዝተዋህበት ንሱ ንከይኣትዋ ድሌትናን

ሃረርታናን ስለዝኮነ ብዝተፈላለየ መልክዕ እናደናገርና ስራሕና ንቕጽል። ምክንያቱ ባህርያት ወዲ

ሰብ በብዓይነቱ ስለዝኮነ ንሕና'ውን መልክዕና እናለዋወጥና ንማርኮ፡ <u>ንኣብነት</u>፡- መላእክቲ

ተመሲልና፡ ጻድቃን ተመሲልና፡ ባሕታውያን ተመሲልና፡ ቅኑዓት ሰባት ተመሲልና፡ ብደቂ

ኣንስትዮ ጽቡቕ ዝመልክዐን መሳርሒና ጌርና፡ ብፈታዊ ተመሲልና፡ ብለባማት ኣረጋውያን

ተመሲልና፡ ብነገሥታት፡ ብወትሃደራት ተመሲልና ነስሕቶም።

ከምኡ'ውን ብኩሎም ኣራዊት፡ ብኣንበሳ፡ ብነብሪ፡ ብዝብኢ፡ ብህበይ፡ በወካርያ፡ ብተመን፡

ብዕንቅርቢት፡ ብከልቢ፡ ብአዕዋፍ፡ . . . ወዘተ ተመሲልና ንዓለም ነስሕታ።

<u>ሕቶ</u>፡- ስለምንታይ በዚ ኩሉ ተመሲልኩም ንፍጡር ወዲ ኣዳም ተስሕቱ፡

<u>መልሲ</u>፡- ሰባት ምእንቲ ከይፈልጡና፡ ምክንያቱ ኣብ ምድሪ ንእግዚኣብሔር እናመስገኑ እንተድኣ

ተቐሚጠም ምስ ሞቱ ናይ ዘለዓለም መንግሥተ ሰማያት ስለዝወርሱ ብዘይምቁራጽ ለይቲ ምስ

መዓልቲ ብዝተፈላለየ ተምሳላት ክሳብ መወዳእታ ዓለም ከነስሕቶም ንነብር።

<u>ሕቶ</u>፡- ንወዲ ሰብ ከምዚ ተመሲልኩም ከምእተስሕቱ ዝፈልጥ ፍጡር ኣሎ ዶ፡

<u>መልሲ</u>፡- ዝፈልጡና ኣለዉ ዘይፈልጡና'ውን ኣለዉ። እቶም ዝፈልጡና ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘለዎም፡

ብቕንዕና ዝመላለሱ፣ ናብ ኣበ ንስሕኦም ካህን ከይዶም ኩሉ ኃጢኣቶምን በደሎምን ነጊሮም

ብንጽህና ናብ ቤተክርስቲያን ቀሪቦም ናይ ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ

ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ዝቕበሉ ይፈልጡና እዮም። ኮሎ ጌና ናብኣቶም ከይቀረብና'ውን

ብጨናና ይፈልጡና እዮም። ምክንያቱ ንሕና ረሳሓት ኢና፣ ብኃጢኣት ዝረሰሐት ሰብነት ድማ

ንሓድር።

እቶም ዘይፈልጡና ግን ነዚ ክንገልጾ ዝጸናሕና ዘየማልኡ ካብ ፍቓድ እግዚኣብሔር ወጺኦም ብፍልጠቶምን ሃብቶምን ክነብሩ ዝደልዩ፣ ብስስዕቲ ዓለም ተዋሒጦም ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘይብሎም፣ ብሕሳብ ዓለም ተዋጢሮም ዝነብሩ ሰባት መን ምኳንና ፈጺሞም ከለልዩና ኣይካኣሉምን እዩ።

<u>ሕቶ፣</u>- ንመነኮሳት (ፈለስቲ) ከመይ ጌርኩም ትፍትንዎም፡

<u>መልሲ፣</u>- ካብ ኩሉ ፍጥረት ደቂ ኣዳም እቲ ዝበርተዐን ዝከበደን ውግእን ባእስን ምስ ባሕታውያንን

መነኮሳትን እዩ። (ኤፌ. 6፥10-20) ምክንያቱ ነታ ናትና ዝነበረት ክብሪ ስለዘሕደጉና ነዚኣቶም ክነውድቕም ከለና ኣብ መ- መርታ ብንብዓት ክጽልዩ፣ ጸሎት ከምዘብዝሑ፣ ስግደት ብብዝሒ ከምዝሰግዱ፣ ርኀራኄ ከምዝህልዎም፣ ኩሉ ትእዛዝ ኣምላክ ከምዝፍጽሙ ንገብር እሞ ጽንሕ ኢልና ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ትህኪት ኣምጺእና ነቲ ውዑይ ፍቕሪ ኣምላክ ከም ዝዝሕል ንገብሮ።

ናይ ዓለም ሕሳብ ንዘርኣሎም ካብ ኣብ ገዳም ምቕማጥ ኣብ ከተማታት ንክነብሩ ነፍትዎም። ከም እኒ ኣብርሃም ብቓልኪዳን ዝጸደቑ ነዘካክሮም። ከምኡ'ውን ኣብ ልቦም ጽልኢ፣ ቂም፣ ፍቕሪ ሽመት፣ ፍቕሪ ገንዘብን ወርቅን፣ ብሩርን ሕሜትን ንክፍጽሙ ነተጋግሆም፣ ኣብ ልዕሊ መማህራን ወይ ኃለፍቶም ብዝተፈላለየ ተንኮል ከምዝላዓዓሉ ማለት ብክስን፣ ነገርን ምስ ደቂ ማኅበሮም ተጻሊኦም ፈቐዶ ከተማታትን ዓድታትን ከም ዝዞሩን ኮለል ከምዝብሉን ንገብር።

ኣብ ውሽጢ ሕልናኦም ፍቕሪ ደቂ ኣንስትዮ ንተክል፣ ብፍቕሪ ውላድ፣ ብፍቕሪ ቤተሰቦም፣ ከምዝቃጸሉ ናብታ ዝሓደግዋ ዓለም ከምዝምለሱ ንገብሮም፣ ፍቕሪ ጥዑማት መባልዕን መስተን፣ ክዳውንትን ሽልማትን ነሕድረሎም። ነቶም ብመርዓ ዝጸደቑ ነቢያት፣ ሐዋርያት ሰማዕታት ነዘካክሮም።

ብድምጺ ኣራዊት፣ ብግርማ ለይቲ፣ ብቑሪ ብፀሐይ፣ ከመይ ኢሎም ዕድሚኦም ምሉእ ከምዘሕልፍዎ ነሕስቦም እሞ ተስፋ ቆሪጸም ከምዝጭነቑ ንገብር። ብሕልምን ብምትሃትን ነፈራርሆም፣ ኣብ ቅድሚኦም ኣራዊት መሮር ተራክቦ ክፍጽሙ ከለዉ ነርእዮም፣ ትዕቢትን ትምክሕትን፣ ሕማቕ ፍርሃትን ኣሕዲርና ዓይነ ልቡናኦም ነዕ ውሮም።

ጸሎት እንተጸለዩ ነቲ ጸሎት ብታህዋክ ብዘይ ምስትምቓርን ኣስተንትኖን ከይተረድኦም ከምዝጽልዩ፣ ኣብ መንጎ ጸሎት እትው ውጽእ ከምዝብሉ፣ እንተጸለዩ ውን ብዘይ ፍርሃት፣ ኣብ ቤተክርስቲያን ደው ምባል ገዲፎም ኮፍ ከምዝብሉ *“ወንሬስዮሙ ያግደምድሙ ኣእጋሪሆሙ”* “ኣብ ግዜ ጸሎት ኣእጋሮም ከምዝሕልኩ ንገብሮም።”

ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ንየማንን ንጸጋምን ነማላልሶም፣ ኣብ ልቦም ኣቲና ውጻእ ውጻእ ነብሎም። ከምዚ ስለዝገብሩ ከኣ መላእክቲ ይጸልእዎምን ይፍንፍንዎምን፣ ሽዑ ንሕና ኣብ ቁጽጽርና ንከነእትዎም ጥጡሕ ባይታ ንረክብ።

ከምኡ'ውን ካህናትን ዲያቆናትን ብድፍረትን ብትዕቢትን ናብ ቤት መቕደስ ኣትዮም ምስ ቂምን በቐልን ጽልእን ባእስን ክርክርን ህልክን ኣብ ልቦም የሕዲሮም ብዘይ ፍርሃት ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ከምዝቕበሉ ንገብር። ከምኡ'ውን እቲ ዲያቆን ይኹን ካህን ነቲ ንባብ ወይ'ውን ነቲ ዜማ እንተጸይቕዎ ከምዝላገጹን ከምዝንዕቅዎን ንገብር። ኣብ ቅድሚ ሰባት ሕማቕ ኣርኣያ ከምዝኾኑ ንገብሮም፣ እቶም ንዕኦም ዝራኣዩ ድማ ንሃይማኖቶምን ነቶም መራሕቶምን ከምዝንዕቁ ንገብሮም።

ንመጻሕፍትን ጸሓፍቶምን ከምዝጸርፍዎም ኣነ ከኣ በቲ ዝኣምንዎ መጽሐፍ ክጸርፍዎም ምስ ዝሰምዕ ኣዝዩ ደስ ይብለኒ።

ኣቡነ ጳውሊ ነዚ ምስ ሰምዐ መሪር ብክያት በከየ። ሰይጣን ከኣ ስለምንታይ ትበክን ትሓዝንን ኣሎካ፣ እዞም ኩሎም ዲያቆናትን ካህናትን መነኮሳትን ጳጳሳትን ከማካ ኣይኮኑን። እምበኣርከስ ክትሓዝንን ክትበክን እንተደሊካ ምእንቲ እቶም ኣብ ዳሕረዋይ ዘመን ዝውለዱ ደቂ ኣዳም ብከ፣ ስለ ነገሥታት ብከ፣ ምእንቲ ጳጳሳት ብከ፣ ምእንቲ መነኮሳት ብከ፣ ምእንቲ ካህናት ብከ፣ ምእንቲ ዲያቆናት ብከ፣ ምእንቲ ኣቦታትን ኣዴታትን ብከ፣ ምእንቲ መንእሰያትን፣ ኣዋልድን ብዘይ ሕጊ ድንግልናኦም ንዝሙት ዝሸጡ ብከ።

ነዚኣቶም ኩሎም ኣብ ዝመጽእ ዘመናት ኣብ ትሕቲ መርገጽ እግረይ ናብ ኃጢኣት ከስግዶም እየ፣ ፍቕደይ ክፍጽሙ፣ ብዝመራሕክዎም መንገዲ ክከዱ፣ ርሃጸም ንዓይ ከምዝግብሩ ብክያቶምን ኣውያቶምን ስለርእሶም ዘይኮነስ ስለ እቶም

ብሞት ዝሓለፉ አሕዋቶምን ኣዝማዶምን ጥቕሚ ዘይብሉ ብንብዓትን ኃዘንን ልቦም ከምዝሓርር ክገብር እየ። ኩሉ ኣምላክ ዝገብረሎም ካብ ዓይኖም ሠዊረ ብልምዲ ከምዝነብሩ ኮይኑ ከርእዮም እየ። ስለዚ ክድሕኑን ካብ ኃጢኣት ክምለሱን እንተደሊካ ስለዚኣቶም ጸሊ፡ ስለዚኣቶም ስገድ፡ ስለዚኣቶም ጹም፡ ስለዚኣቶም ተማህለል፡ ኢሉ እቲ ፈታኒ ዘረባኡ ምስ ወድአ ኣቡነ ጳውሊ ብክያቱ ካብ ቀዳማዩ ኣብ ዳሕራዩ ኣጸቢቑ በከየ።

ጸሎቱን በረኽቱን ናይ ኣባ ጳውሊ ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን አሜን።

- ሰላም ለጳውሊ ለሰይጣን ዘቀነዮ፡
- እስከ ይከስት ሎቱ ለዕጓለ እመሕያው ከመ ያጊግዮ፡
- ወለአቦሊ ሰላም ዘነበረ በጸልዮ፡
- እንዘ ኢይሄሊ ዘዕለት ሲሳዮ፡
- እለ ኢይዘርኡ አዕዋፈ በሰማይ ርእዮ

ምንጪ፡- ሰንክሳር ዕለት ፭፬ ታኅሣሥ

✠ ((

ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ መቃርዮስ ዓቢ ዘገዳመ ኣስቄጥስ

ቅዱስ ኣቡነ መቃርስ ስም ኣቡኡ ካህን ኣብርሃም ሰም ኣዲኡ ሳራ ይብሃሉ። ዝተወልደሉ ዓዲ ኣብ ውሽጢ ግብጺ መኑፍ ብፍላይ ከኣ ሳሱር ትብሃል።

እዞም ክልተ ቅዱሳን ወለዶም ኣቐዲሙ ውሉድ ኣይነበሮምን እሞ ውሉድ ብምስኣኖም ንነዊሕ ግዜ ናብ እግዚኣብሔር ውላድ ክህቦም ይጽልዩ ነበሩ። ሓደ ግዜ ኣቦ ብዙኃት መነኮሳት ዝከውን ዓቢ ውላድ ከምዝረክቡ ካብ እግዚኣብሔር ዝተላእከ መልኣክ ነገሮም። ሽዑ ኣቡነ መቃርዮስ (መቃርስ፡ መቃሪ፡ መቃራ) ብዕለት ፲፬ (14) መስከረም ተወልደ። ስሙ ከምዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ መቃርዮስ ኣውጽኡሉ። ትርጉሙ ብዑዕ ማለት እዩ።

ዓቕሚ ኣዳም ምስ በጽሐ ሓንቲ ጓል ዓበይቲ ንሱ ከይፈተወ ኣሕጽዮሞ ኣመርዓ ውዎ ንሱ ግና ምእንቲ ሥጋዊ ርክብ ከይፍጽም ሓሚመ ብምባል ንነዊሕ እዋን ጸንሐ። ድሕሪኡ ነቡኡ ካህን ኣብርሃም "ኣቦ ኣነ ናብዚ ገዳም ከይደ ማየ ጸሎት ተሓጺበ ክመጽእ ሕደገኒ" በሎ። ኣቡኡ ከኣ ሓራይ እዚ ወደይ ተሓጺብካ ምጻእ

ብምባል ኣፍቀድሉ። ኣቡነ መቃርስ ኣብዚ ገዳም ኮይኑ እናጸለየ እንከሎ ሓደ በዓ ል ፮ (6) ኣክናፍ ኪሩብ መጺኡ ብክልተ ኣእዳው ሒዙ ናብዚ እምባ ኣደየቦ።

እዛ ገዳም እዚኣ ስምካ ዝጸዓላ ናይ ደቅካ ብመንፈስ እትወልዶም መንበሪ ክትከውን እያ ኢሉ ስፍሓታ፡ ጐድና፡ ጽባቐኣ ኣርኣዮ። ካብዚ ገዳም እዚ ናብ እንዳ ዓለብኡ ማለት ናብ ወለዱን መርዓቱን እንተ ተመልሰ፡ እታ መርዓቱ ሓሚማ ሞይታ ጸንሐቶ። ንሱ ተሓጕሱ ናብ ፈጣሪ ምስጋና ኣቕረበ።

እቶም ደቂ ዓዱ ደቂ ሳሱዩር ትሕትናኡን ሓቅነቱን፡ ትምህርቱን ርእዮም ካብ መዓርገ ዲቁና ክሳብ መዓርገ ክህነት ኣውሂቦም ቤተክርስቲያን ሃኒጾም ኣገልግለና በልዎ። ድሕሪ ነዊሕ ኣገልግሎት እቲ ኣቐዲሙ ዝተራእዮ በዓል 6 ክንፊ ኪሩብ ተገሊጹ፡ ኣብታ ዝሓበሮ ገዳም ኣስቂጣ (መደልወ ኣልባብ) ክነብር ሓበሮ። እዚ ቦታ እዚ ብስም እቶም ደቅክእ መክሲሞስን ዱማቴዎስን ዝስመ እሮኡ። ኣብዚ ገዳም እዚ ኮይኑ ብፈተና ኣጋንንትን ብጾምን ጸሎትን ድሕሪ ምጽናሕ ብዛዕባ ብሕትውና ዝምልከት ምክሪ ንምርካብ ናብ ኣቡነ እንጦንዮስ ከደ።

ኣቡነ እንጦንዮ ናብኡ ይመጽእ ከምዘሎ ብመንፈስ ስለ ዝተገልጸሉ ከም ሓደ ኣቦ ጠፊኡ ንዝነብረ ወዱ ዝቐበሎ ብዓቢይ ክብርን ሰላምታን ተቐበሎ። ኣቡነ መቃርዮስ ዘምጽኦ ሕቶታት ብዛዕባ ፈተና ኣጋንንት ዝምልከት ካብ መ- መርታ ክሳብ መፈጸምታ ተረዲኡ ናብ ቦትኡ ተመልሰ። ሓደ መዓልቲ ፍርቂ ለይቲ ኣብ ጸሎቱ ጐይታ ጽምጺ ኣጋንንቲ ክሰምዕ ገለጸሉ እሞ ከምዚ ዝስዕብ ዝብል ድምጺ ኣጋንንት ሰምዐ። “ነዚ ፈላሲ እዚ ኣብዚ ቦታ እዚ ክቕመጥ ስሕ ኢልና እንተ ሓዲግናዮ፡ ንሱ ናይ ብዙሓት ኣመንቲ መራሒ ኮይኑ ሕዝቢ ኣኪቡ ሃገር ሰማያውን ምእንቲ ከይገብሮም ንዑ ተኣኪብና ንሰንጕ” ዝብል ድምጺ ነብረ።

ነዚ ምስ ሰምዐ ንዝገለጸሉ ጐይታ ኣመስጊኑ ቡቲ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝሓበሮ ኣንጻር ኣጋንንቲ ዝኮነ መሳርያታት ጾም፡ ጸሎት፡ ስግደት ክዋጋእ - መረ። እቶም ኣጋንንት ተኣኪቦም ሓዊ ኣፍዲዶም ናብ ኣፍ ደገ በዓቱ ካብቲ ሓዊ ይስንድዉሉ ነበሩ። እቲ ዝደርበይዎ ሓዊ ከኣ ብጸሎት ይጠፍእ ነብረ።

ከምኡውን ብዝተፈላለየ ፈተናታት ፈተንዎ፡ ማለት ብዝሙት፡ ብሓጕስ ዓለም፡ ብጓሂማ ብትዕቢት፡ ብፍቕሪ ገንዘብ፡ ብክብሪ ዓለም፡ ብትምክሕቲ፡ ንፍርሂ፡ ብትህኪት፡ ብጸርፊ፡ ብቀቢጸ ተስፋ፡ ብቓንዛ . . . ወዘተ ከምቲ ኣቡነ እንጦንስ ዝነገሮ ፈተንዎ።

ንካልኣይ ግዜውን ናብ ኣቡነ እንጦንዮስ ከይዱ ዘጋጠሞ ኩሉ ነገሮ። ኣቡነ እንጦንዮስ እዚ ወደይ ኣጆካ ጽናዕ፡ በርትዕ ኣይፍራህ ምክንያቱ ንሓና ንኩሉ

ዝመጸና ናይ ኣጋንንት ፈተነታት ተዓጊስና ንዝመጽእ ወለዶ ኣበነትን መምህራንን ክንከውን ይግብኣና እዩ።

ኣብዚ ግዜ እዚ ኣቡነ እንጦንዮስ “እዚ ወደይ እታ ማይ ክትቀድሕ ክትከይድ ከለካ እቲ ኪሩብ ዝነገረካ ሕድሪ ኣይትረስዕ” በሎ። ኣቡነ መቃርዮስ ብትምህርቲ ኣብ ትሕቲ ኣቡነ እንጦንስዮስ ነዊሕ ጸኒሑ ኣቦ ኣመንኩሰኒ ምስ በሎ ስለዘመንኮሶ፣ በዚ ምክንያት እዚ ኣቦን ወድን ተባህሉ።

ኣቡነ እንጦንስ “እግዚኣብሔር ድሕሪ ሓጺር ግዜ ክጽውዓኒ እዩሞ መጺእካ ቅበረኒ” ኣቡነ መቃርዮስ ሐራይ ኣቦይ መዓረይ። ኣቡነ እንጦንዮስ ብምክርን ለበዋን መቃርዮስ ወደይ ጥራይ ዓቕሊ ግበር እምበር ከምቲ ንዓይ ዝሓገዘኒ እግዚኣብሔር ኣምላክ ካብ ፈተና ኣጋንንት ክሕልወካ እዩ ኢሉ እታ በትሩ ሃቦ። ከምታ ቃሉ ከኣ ብኢድ ኣቡነ መቃርዮስ ወዱ ተቐብረ።

ድሕሪኡ ኣቡነ መቃርዮስ ቅድሚኡ ኣብታ ዝተዋቦም ገዳም መን ከም ዘሎ ክፈልጥ እንተከደ ክልተ ክዳን ዘይተከድኑ ጥራይ ነብሶም ሰባት ረከበ ሰይጣውንቲ እዮም ዝኾኑ ኢሉ “ኣልቦትበረቦን” (ኣቡነ ዘበሰማያት) ኢሉ እንተጸለየ፣ ንስቶም “ኦ መቃርዮስ ኣይትፍራህ” በልዎ።

ኣቡነ መቃርዮስ “እንታይ ድኣ ጥራይ ነፍስኩም፣ ቁርን ፀሓይን ከመይ ጊርኩም ትጻወሩ” እንተበሎም፣ ንሳቶም “እግዚኣብሔር ስለ ዘክኣለና ቁርን ፀሓይን ከይረከበና ንኣርብዓ (፵) ዓመት ኣብዚ ንነብር” በልዎ። ንሱ ኣነ ድኣ ከምዚ ናትኩም ክከውን ከመይ ገይረ እየ ዝክእሎ፣ እንተበሎም፣ ንሳቶም “ኣብ በዓትካ ተቐሚጥካ ብዛዕባ ሓጢኣትካ እንተበኪካ ከማና ክትከውን ኢካ ኢሎም ባሪኮም ነናብ በዓቶም ከዱ።

ኣብኡ ከኣ ብደቂ ዝተሰርሐ መሕጸቢ ማይ ዒላ ወይ ጉድጓድ ነበረ እሞ ኣቡነ መቃርዮስ ክሕጸብ ከሎ ኣጋንንት ብጉሩብ መጺኦም ናብቲ ዒላ ደፍእዎ፣ ንክመውት ፍቓድ ኣምላክ ስለ ዘይኮነ ደቂ መጺኦም ካብቲ ዝወደቐ ዒላ ኣውጽእዎ።

ቅዱስ ኣቡነ መቃርስ ዓቢ ብትዕቢት ከምዝተፈተነ

ንቅዱስ ኣቡነ መቃርስ፡- ከኣ ናብተን ክልተ ኣንስቲ ኪድ በሎ። እዘን ክልተ ኣንስቲ እዚኣተን ክልተ ኣጎዋት ዝኾኑ ሰብኡት ተመርዕየን ብሓድነትን፣ ፍቕርን ይነብራ ነበራ። ቆልዓ ኣብ ዝወለዳሉ ግዜ ውን ብዘይ ኣፈላለያ ናይታ ሓንቲ ቆልዓ እታ ሓንቲ፣ ናይታ ሓንቲ ውን እታ ሓንቲ እናኣጥበዋ የዕበያ ነበራ። ጋሻ ለማናይ እንተ መጽአን እውን ተቐቢለን ሓደ እግሩ እታ ሓንቲ፣ ሓደ እግሩ እታ

ሓንቲ የሓጽባአ ነበራ። ከምኡ እውን ሓደ ኣረጊት ከልቢ ነበረ፣ ንዕኡ እውን ሓንቲአን ምሳሑ፣ ሓንቲአን ድራኩ፣ እናሃባ ይረድእአ ነበራ።

ኣቡነ መቃርዮስ ከምታ ዝተኣዘዛ ናባታተን ይከይድ እሞ ከምታ ልማደን ሓንቲ እግሩ እታ ሓንቲ፣ ሓንቲ እግሩ ከኣ እታ ሓንቲ ሓጸበአ። እዘን ደቐይ ናብራክን ከመይ እዩ እስከ ግለጻለይ በለን። ንሳተን ከኣ ናብራና እንታይ ክሕተት ዓለማውያን ኢና ስበኡት ኣለዉና እናወለድና እናዘመድና፣ ቤት ንብረት ገዚእና ንነብር በላአ። ኣይፋልክንን፣ ካብ ኣምላክ ብትእዛዝ ኣቦ መጺአ ኩሉ ግብርካትክን ብዘይተረፍ ንገራኒ በሉወን። ንሳተን እምበኣርከስ " ሰብኡትና ክንምንን እንተበልና ዘይሰዱና ስለዝኮኑ ደቅና ከነዕቢ ኢልና ኢና እምበር ኣብዚ ዓለምነዚ ንምንባር ፍቓደ ታት ኣይኮንናን። ናትና ድሌትሲ ነዚ ዓለምነዚ ጠንጢንካዮ ምካድ እዩ። ስራሕና ከኣ ከምዚ ትርእይዎ ዘሎኩም፣ ጋሻ ምቕባል፣ ተቐቢልና ነዚ ኣረጊት ከልቢ ብጽቡቕ መጊብና (ረዲእና) ቆልዑት እኳ እንተወለድና ናይ ሓንቴና፣ እታ ሓንቲ፣ ናይታ ሓንቲ እታ ሓንቲ ኣጥቢና የዕቢና ኢና ንነብር በላአ።

ቅዱስ ኣቡነ መቃርዮስ እዚኣተን እኳ ዓለማውያን እንከለዋ ከምዚ ጌረን ዝተጋደላ ኣነ ድኣ እንታይ ግብሪ ኣሎኒ ክብል እየ ብምባል ትሕትና ተማሂሩ ከደ። ክከይድ ከሎ እቲ ዝበለጸ ግብርክን ናይዚ ኣረጊት ከልቢ እዩ እሞ ከይትገድፍአ ሓደራክን ኢሉ ተላበወን።

ቅዱስ መቃርዮስ (መቃርስ/መቃሪ) ኣቡኡም ኣብርሃም፣ ኣዲኡም ድማ ሣራ የበሃሉ። ብዓለማዊ ሃብቲ ድካታት ነበሩ። ኣብ ደቡባዊ ግብጺ መኑፍ ኣብ ዝተባህለት ቦታ ብፍላይ ከኣ ሳሱይር ተወልዱ። መዓርገ ምንኵስና ንብኢድ ቅዱስ እንጦንዮስ ዓቢ ተቐበሉ። መስከረም ዕለት ፲፬ ተወልዱ። ናይ ገዳም ኣስቄጥስ ኃላፊ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ እቶም ፈለስቲ ንሓደ ብዝሙት ዝጠርጠርዎ (ዝረኣይዎ) ወዲ ማኅበሮም ዝሙት ፈጺሙ ብምባል ቀጻሊ ናብ ኣባ መቃርዮስ ይጠርዉ (ይከሱ) ነበሩ። ኣቡነ መቃርዮስ ግን ኣይውዕሎን እዩ ዝወደይ ብምባል ነጸግዎ፣ ማለት ቅድም ነታ ጓል ኣብ ገዝኣ እዩ ዝከዳ ዝነበረ። ደሓር ግን እታ ጓል ናብ በዓቱ ክትመጸ - መረት። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ እታ ጓል ናብቲ በዓቲ ምስ ኣተወት ሕጂ ብሓደ ደቂሶም ርኢናዮም ኣሎና ንዓናይ ተሎ በልዎም፣ ተታሒዞም ድማ ናብቲ በዓቲ ከዱ። ናብቲ በዓቲ ክኣትዉ ከለዉ በሉ ኣነ ኣቐዲመ ክኣቱ እየ በሉዎም። ፅሕሕ፣ ፅሕሕ ብምባል ማዕጾ ኪሕኮሑ እቶም ዝተጠርጠሩ ሰባት ድማ በቦትኡም ሓዙ። እቶም ፈላሲ ሒዞማ ዝከዱ መንጸፍ ኣገዛ ነበረቶም። ነታ ጓል በታ ኣገዛ ጌሮም ሸፈንዋ፣ ኣቡነ መቃርዮስ ድማ

ከየጋልጽዋ ምእንቲ ኣብቲ ኣጕዛ ማለት ኣብ ርእሲ እታ ጓል ኮፍ በሉ፡ ነቶም ከሰስቲ ማኅበር ድማ ኣበይ ደኣ ኣላ እስከ ርከብዋ በልዎም፡ እቶም ከሰስቲ ድማ ፈሺሎም ንገዝኦም ተመልሱ። ኣባ መቃርዮስ ድማ ካብኦም ብምትራፍ ንክልቲኦም ገሲጾም ኣነስሕዎም።

ብሷኗ ጥቅምቲ ዕረፍቶም፡ ብ፲፱ ነሐሰ ፍልሰቶም፡ ብኗ ጥቅምቲ ቅዳሴ ቤቶም እዩ። እዞም ጻድኞ እዚኦም ኣብ ቤተክርስቲያን ዓቢ ታሪክ ዘመዝገቡ ኣቦ እዮም። ቅዱስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን ምስ ተቐበለ ንኗ/ 60 ዓመት ዝኣክል ጡፍ ከይበሉ፡ ምስ ሰብ ከይተዛረቡ ነበሩ።

ምግቡ ቆኞ ዝተባህለ ነበረ፡ ክንዓዝ እንከሎ ብደመና ይንዓዝ ነበረ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ይኩን ኣሜን።

ምንጪ፡- ፊልክስዩስ ገጽ ፶፬ ክፍል ፲

የቅዱሳን ታሪክ ገጽ 44 5 ዓመት

መጽሐፍ የካቲት ፲፱፻፶፯ ዓ.ም.ግ.

ካብ ዝገበሮ ተኣምራት ብሓጺሩ

ሓንቲ ምስ ሓደ መንእሰይ ዝሙት ዝፈጸመት ጓል እቲ ዝተራከባ ወዲ “ወለድኪ ካብ መን ጠኒስኪ ምስ ዝብሉኩ፡ እቲ ኣብታ በዓቲ (ቤተክርስቲያን) ዘሎ ፈላሲ ብኡኡ ክሓልፍ ከለኩ ብሓይሊ ሒዙ ዓሚጹኒ ጠኒሰ ትብሊ” በላ። እታ ጓል ትጠንስ እሞ ወለዳ እንተሓተትዋ ከምቲ እቲ ወዲ ዝበላ ኢላ መለሰትሎም። ቤተሰባ ነዚ ነገርዚ እዚ ምስ ሰምዑ ብቑጥዓ፡ ብብዝሒ ተኣኪቦም ንኣበነ መቃርዮስ ካብቲ በዓቲ ኣውጺኦም፡ ሒዞም ክሳብ ክመውት ዝደሊ ከትከትዎ።

እቲ ድንግልና ጓልና ዘጥፍኣ ሰብ እዚ እዩ ብምባል ከም ሓደ ዕቡድ (ጽሉል) ኣብ ክሳዱ ገመድ ኣሲሮም ገጽ ብጸሎሎ ለክዮም፡ ንየማን፡ ንጸጋን እናወጠጡ ኣብቲ ዓዲ ኣዘርዎ። ኣብዚ ግዜ እዚ መላእክት ብመልክዕ ደቂ ሰባት ተገሊጾም “እዚ ሰብ እዚ እንታይ እዩ ፈጺሙ፡ ካብ ቀደም ኣትሒዝና ንፈልጦ ኢና፡ እዚ ትብልዎ ዘለኩም ፈጺሙ ሓሶት እዩ ኣይወዓሎን” ኢሎም መስከሩሉ። ቅርብ ኢሎም እውን ነቲ ተኣሲሩሉ ዝነበረ መእሰሪ ገመድ ፈትሑሉ። ብዋሕስ ንክለቅዎ ውን ነገርዎም። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣቡነ መቃርዮስ ቀደም ዝሰርሑ ዝነበረ ስሌን ተቐቢሉ ዝሸጠሉ ዝነበረ ፈታዊኡ ቀልባ ድማ ይብሃል እምበር ስሕ ኢልካዶ ይቕጥቀጥ እዩ ኢሉ ተዋሕሶ። ካብ ኢድ እቶም እኩያት ሰባት ወጺኡ ናብ በዓቱ ከደ።

አበነ መቃርዮስ ቀልባ ስለ ዝተባህለ አብ በዓቱ ኮይኑ፡ ቅርጫት፡ መብልዒ እን-ራ ስሪሑ ነቲ ዋሕስ፡ እቲ ዋሕስ ከኣ ተቐቢሉ ሸይጡ ነታ ሓሳዊት ጓል ቀለብ የብጽሓላ ነበረ። እታ ካብ ካልእ ዝጠነሰት ጓል ግዜ ሕርሳ ኣኪሉ ሕርሲ ተታሒዛ ምውላድ ስኢና ንኣርባዕተ መዓልቲ ተጻዕረት። ኣዲኣ "እዛ ጓለይ እንታይ ኢኺ ግዲ ገርኪ" እንተ በለታ "እወ ኣደይ ኣነ ክመውት ይግብኣኒ እዩ፡ ምክንያቱ ምስ ሓደ መንእሰይ ንዝፈጸምክዎ ዝሙት ንዘይገበሮ ኣባ መቃርዮስ ስለ ዘላገብኩሉ ሓጢኣተይ እዩ" ኢላ መለሰትል። ሕጂውን ከምቲ ቀዳሞት ቤተሰባ ነዚ ነገር እዚ ምስ ሰምዑ፡ ተኣኪቦም መጺኦም ንዝገበርዎ በደላት ክሓድገሎም ለመንዎ። ኣቡነ መቃርስ ከም ኣምላኹ ሓዳግ ስለ ዝነበረ፡ ሥርየት ሂቡ ቅዳሴ ሠሪዑ ኣቀሩቦም። (ኣብ ማር ይስሓቅ ምዕ 32 ይቅረ በለልና ክብሉ እንተመጹ ካብ በዓቱ ወጺኡ ስለ ዝነበረ ክረክብዎ ኣይከኣሉን ይብል፡ ካልኦት ጽሑፋት ግና ከምዚ ይብሉ።)

፪ ጓል ንጉሥ ኣንጾክያ ርኩስ መንፈስ ሓጺርዋ ስለ ዝነበረ ከም ሓደ መንእሰይ ኮይና መጸቶ እሞ ብጸሎቱ ኣሕውዩ ፈዊሱ ናብ ወለዳ፡ ኣቡኣን ኣዲኣን ሰደዳ። ኣቡኣ ንጉሥ ስለ ዝኾነ ብዙጅሕ ብሩርን ወርቅን እንተሃበ ምቕባል ኣበየ።

፫ ሓደ ፈላሲ በዓል ኣውሶም ናይ ትንሣኤ ሙታን ጥርጥር ዝነበሮ ከምኡ ውን ትንሣኤ ሙታን የለን ብምባል ንቡዙሓት ሰባት ዘስሕእተ ኣቡነ መቃርዮስ ካብ መቓብር ምውት ኣትንሢኡ ኣእመኖ። እቲ ካብ ሞት ዝተንሥኣ ከጠምቕ ለመኖ። ኣጥሚቹ ኣመንኩሱ ድሕሪ ፮ ዓመት ናብ ዝነበሮ ሞት ብጽድቂ ከደ።

ካብ ዘጋጥሞም ዝንበረ ፈትና (ካብ ዝተጻሕፈ)

መዓልቲ ዕረፍቱ

ቅዱስ ኣቡነ መቃርዮስ ግዜ ሞቱ ምስ ኣከለ፡ ድሕሪ (97) ፺፯ ዓመት ብዕለት ፳፰ (28) ጥቅምቲ እቲ ኩሉ ግዜ ዘጸናንየ ዝነበረ ኪሩብ (መልኣክ) "በል ተዳሎ ግዜ ዕረፍትካ ኣኪሉ እዩ" በሎ። ሸዑ ኣብ እንጦንዮስ፡ ኣባ ጳውሊ ከምኡውን ኩሎም ቅዱሳን መጺኦም ብዝማሬ መላእክቲ ነፍሱ ንሰማይ ከዕርግዋ እንከለው "ወኮነ ስምዐ ኣበ በብኡዳ በእንቲኣሁ" ነፍሱ ንሰማይ ክትዓር ከላ ሰይጣውንቲ ከምዚ ኢሎም ክጭድሩ ከለው ኣባ በብኡዳ ሰምየም። ወሰምየሙ ለሰይጣናት እንተ ይኬልሑ ወይብሉ ምዕከነ ምዕከነ ኦ መቃሪ፡ ወይቤሎሙ ዓዲየ እስከ ይእዜኒ ኢየአምን ወሶበ ቦኣ ውስተ ገነት ይትባረክ ኣምላኪየ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘለዎቱ ስብሐት ዘኣድኃነኒ እም እዴክሙ። ኣባ በብድኡ እቶም ኣጋንንት ኦ መቃርዮስ ኣሰኒፍካና ክብሉ ሰምየም። ኣቡነ መቃርዮስ ከኣ ግና ክሳብ ሕጂ ኣይኣምንን ናብ ገነት እትው ምስ በለ፡ እቲ ካባካትኩም ዘድሓነኒ ኣምላከይ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተመስገነ ይኩን በለ።

ምግባዝ ዓጽሚ ኣቡነ መቃርዮስ

ድሕሪ ሞት ኣቡነ መቃርዮስ ደቂ ዓዱ ሰብ ሃገር ሳሰዩር ነቲ ተማሃራይ ገንዘብ ብምሃብ ብሕቡእ ወሲዶም ኣብ ዓዶም ኣብ ሳስዩር ቤተ ክርስቲያን ሰሪሖም ብክብሪ ሓዝዎ። ክሳብ ዘመን ምስልምና ኣብ ሳስዩር ነበረ። ድሕሪኡ ግና ናብ ካልእ ሃገር ኣግዚዞም ክሳብ ዘመን ኣባ ዮሓንስ ንኣርባዕተ ሚእቲ 400 ዓመታት ዝኣክል (440) ቤተክርስቲያን ሓኒጾም ኣብኡ ጸንሑ። ኣብቲ ናይ ቅዱስ መቃርዮስ ሓላፊ ኣባ ሚካኤል ምስተሸመ እቲ ሊቀ ጳጳሳት ጾመ ኣርብዓ (፵) ክጸውም ናብ ገዳም ምስ ደየበ ካብ ጐይታ ሓገዝ እንተረኪበስ ሥጋ ናይ ቅዱስ መቃርዮስ ኣብ ማእከልና ክከውን እፈቱ ብዝብል ቃል ተናገረ።

ድሕሪ ሓጺር ግዜ ምስኡ ብዙሓት ኣረጋውያን መንኮሳት ኣኽቲሉ ኣባ ሚካኤል ናይ ቤተ ክርስቲያን ሓላፊ ደብሪ ደየበ። ሽዑ መንፈሳዊት ዝኾነት ሓሳብ ናብ ኩሎም ንሥጋ ቅዱስ መቃርስ ንከግዕዝዎ መጸቶም። ንክወስድዎ ምስተዳለው እቶም ደቂ እቲ ከባቢ ኣሳይፍን ኣባትርን ብምሓዝ ከይወደስድዎ ከልከልዎም። እታ ለይቲ እቲኣ እቶም ኣረጋውያን ብሓዘንን ንህን ስሕ ኢሎም ሓደሩ። ሽዑ ኣቡነ መቃርስ ነቲ ሓልፊ ናይቲ ቦታ (መኰንን) ስለምንታይ ኢካ ናብቶም ደቀይ ከይከይድ እትክልክለኒ፡ ሕጂ ግና ምሳታቶም ናብቲ ቦታይ ክክላይድ ሕደገኒ በሎ። ንጽባሒቱ ብፍርሂ ተንሢኡ ነቶም ኣረጋውያን ንሥጋ ቅዱስ መቃርስ ክወስድዎ ኣፍቀደሎም። ንሳቶም ኣልዒሎም ብመርከብ ተጸዒኖም ኣብ ተርኑጥ ዝተባህለት ዓዲ በጺሖም ምሳታቶም ዘፋንውዎ ከኣ ብዙሓት ሕዝቢ ካብ ዝተፈላለየ ዓድታት ኮይኖም ሓደሩ። ጸልዮም ቀዲሶም ቅዱስ ቁርባን ተቐበሉ። ካብኡ ተሰኪሞም ኣብቲ ፍርቂ ዓቐብ ገዳም ምስበጽሑ ደኪሞም ከዕርፍ እንተበሉ ኣባ ሚካኤል ሕያው እግዚኣብሔር ክሳብ እታ ቦትኡ ባዕሉ ዝሕብረና ክሳብ እታ ኪሩብ ዝተራእዮ ንኪድ ኣይተዕርፍ” በለ።

ሃው ምስ ከዱ እቲ ተጸዒንዎ ዝነበረ ገመል ኣብታ ቦታ ምስ በጽሐ ተንበርከክ ዝበሎ ዘየብሉ ባዕሉ ተንበርኪኩ ኮፍ በለ። እቲ ገመል ንየማይ ንጸጋም እናበለ ነቲ ሳጹን ክልሕሶ ምስረኣይዎ ናይ ብሓቂ እዚ እያ እታ ቦትኡ ኢሎም ንእግዚኣብሔር ኣመስገኑ። እቲ ቦታ ከኣ ክሳብ ሎሚ ፍሉጥ እዩ።

እቶም ኣብቲ ገዳም ዝነብሩ ዝነበሩ መነኮሳት ከኣ ብዝግባእ ተቐበልዎ ኣብቲ መዓልቲ እቲ ብዙሕ ተኣምራትን መንክራትን ካብ ሥጋ ቅዱስ መቃርዮስ ተራእየ

- ሰላም እብል ፍልሰተ ሥጋሁ ክቡረ
- ለመቃርዮስ ዘየዓቢ መንገለዚሐነፀ ደብረ

- በከሊአ በድኑ ቅድስት ለእለ አንሥኡ በትረ
- ለምንት ይቤሎሙ ትከልኡኑ ሓዊረ
- ምስለ ውሉድየ አሀሉ ኀቡረ

ስንክሳር ዕለት ፲፱ ነሓሴ

ብዛዕባ ማሚጠስ ወዱ ዝሙት ዝፈጸመ

ኣቡነ መቃርዮስ ናይ ገዳም ሓላፊ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ካብቶም መነኮሳት ማሚጠስ ዝተባህለ ናብ ሓንቲ ሰበይቲ ብምካድ እቶም ማኅበር ስለ ዝጠርጠርዎ ዝሙት ፈጺሙ ብምባል ቀጻሊ እኳ ናብ ሓላፊ ገዳም ኣቡነ መቃርዮስ ይከዱ እንተነበሩ ኣቡነ መቃርዮስ ግና ኣዝዩ ዓቃል ስለ ዝነበረ ማሚጠስ ወደይሲ ኣይውዕ ሎን እዩ ብምባል ንነዊሕ ግዜ ጸንሑ። ድሓር ግና ንሱ ናብ ቢታ ዝኸዳ ዝነበረ ንስ ናብ በዓቱ ኣትያ ረኣይዋ። ኣብዚ ግዜ እዚ እቶም ከሰስቲ ከይዶም ከም ቀደሞም እቲ ቅድሚ ሕጅስ ምእማን ትኣብየና ኔርካ ሕጂ ግና ኣብታ በዓቱ ኣትያ ርኢናያ ኢና በልዎ። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣቡነ መቃርዮስ ናይቲ ንነዊሕ ግዜ ክዛረብዎ ዝጸንሑ እሞ ከኣ ብኣካል ኣብ በዓቱ ኣትያ ርኢናያ ስለ ዝበልዎ ክክይድ ግዲ ምስኮኖ፣ ንኩሉ ማኅበር ኣኪቡ ተተሓሒዞም ናብታ በዓቲ ከዱ። ኣብቲ ከባቢ በዓቲ ምስበጽሑ በሉ ኣነ ቅድም ኣቐዲመ ክኣቱ ሽዑ ንስካትኩም ትመጹ ኢሉ ነገሮም። ኣቡነ መቃርዮስ ምእንቲ ክዳለው “እሕሕ እሕሕ” ብምባል ማዕጾ ኪሕኩሐ። እቶም ኣብ ውሽሒበዓቲ ዘለው ሰባት ከኣ ተዳለው ማለት ኣባ ማሚጠስ ነታ ጓል ብቅርጫት (ብኣርቃይ ዝተሰርሐ) ጌሩ ኣብ ሓደ ይሓብኣ እዩ ዝበለ ቦታ ኣብ ውሽጢ እቲ በዓቲ ሓብኣ። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣቡነ መቃርስ ንኩላቶም ነቶም ምስኡ ዝመጹ እተው እሞ ርከብዋ በሎም፣ ንሳቶም መጺኦም እንተ ደለዩ ክረክብዋ ኣይከኣሉን። በዚ ፈሺሎም እቶም ከስስቲ ነናብ በዓቶም (ናብ ገዳም) ከዱ። ኣቡነ መቃርዮስ ኣነ ክተርፍ እየ ንስካትኩም ሕለፉ ኢሉ ኣባ መቃርዮስ ኣጕዛ ኣንጺፉ ኣብ ልዕሊ እታ ጓል ኮፍ ኢሉ ኣብ ማሚጠስ ወዱ ከምዚ ኢሉ ክዘራረብ - መረ “ማሚጠስ ወደይ ከመይ ኣሎካ፣ ኣቦታችን ደሓን እየ ብናትካ ጸሎት፣ ብናይ እግዚኣብሔር ለውሃት ጾር ጠፊኡለይ በለ። ንስካ ከ ደሓን ኣዲካ፣ ኣቡነ መቃርዮስ “ኣነ ወዲ (፫) ዓመት ከለኩ ጾር ይጸወተለይ ኣሎ“ በለ። ደሓር ግና “ኦ ወልድየ ማሚጠስ ፍታሕ በርእስከ እምቅድመ ይፍታሕ ብከ እግዚኣብሔር” እቲ ክሉ ጌርኡ ምስታ ጓል ኮይኖም ነገርዎ፣ ንሱ ኣረዲኡ ምሂሩ ኣነሥሐም ተነሢሐም ጸደቑ። ኣቡነ መቃርዮስ ነዚ ጌሩ ካብቲ በዓቲ ክወጽእ ከሎ

“ዕፀው ወአእባን መቃርዮስ ኮነ ኣምላክ በዲለ ምድር፡ መቃርዮስ ኮነ ከሃሌ ከመ ኣምላኩ ብምባል ኣመስገንዎ። (ተስእሎ ፱፲፱) ተስእሎ ፱፲፯

ኣቡነ መቃርዮስ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዓቢ ታሪክ ዘመዝገቡ ኣቦ እዮም። ስለ ክብሪ ሥጋኡን ደሙን ኢሉ ሓንቲ መዓልቲ ምስ ቁረበ ንሱሳ (፷) ዓመት ዝኣክል ምራቹ ጡፍ ከይበለ ምስ ሰብ ከይተዛረበ ጸንሐ። (ኣኮኑ መቃርዮስ ለአጠይቆ ፷ ዓመተ ኢተፍአ ምራቆ” ከምዝብል ደራሲ መልክዓ ቊርባን።

✠ ✠ ✠

ሓጺር ታሪክ ናይ ኣባ ጳኩሚስ ሠራዒ ማኅበር

ጳኩሚስ ማለት ሱታፌ መንፈሳውያን ማለት እዩ። ሃገሩ ግብፅ (እስክንድርያ) ኮይኑ ምንኵስና ብኢድ ኣባ መቃርስ ተቐበለ። ኣቡነ ጳኩሚስ ንኣቡነ ኣረጋዊ ኣመንኰሶ። ብ6 ሽሕ መነኮሳት ተመሪጹ ኣበምኔት ናይ ገዳም ኮይኑ ብጽቡቕ የመሓድር ነበረ፡ ሓረግ ትውልዱ፡ እንጦንስ ንመቃርስ፡ መቃርስ ንጳኩሚስ፡ ጳኩሚስ ንጸላሞን፡ ጸላሞን ንቴዎድሮስ፡ ንቴዎድሮስ ንኣረጋዊ።

ገለ ካብ ዝገበሮ ተኣምራት ብከፊል፡-

ኣባ ጳኩሚስ ኣብ በዓቱ እንከሎ ሓንቲ ሰበይቲ ፪(100) ኣጋንንቲ ሓዲሮምዋ ክትጭነቕ ረኣያ። ካብ ሓልዮት ዝተላዕለ እዞም ከም ናይ ቀፎ ንህቢ ናባይ ኣምጽኣዮም ኢሉ ንኣምላክ ለመኖ። ከምኡ ከኣ ኮነሉ። ነዞም ኩሎም ኣጋንንቲ መንጸፉ ኣንጺፉ ብትዕግሥቲ ተቐበሎም።

ሽዑኡ እቶም ኣጋንንቲ ናብኡ ዓሰሉ ግን ንክሓድሩ ስለ ዘይጠዓሞም ንኪድ ንኪድ ኢሎም ተዘራረቡ። ከምዚ ክብሉ እንከለዉ ምስ ሰምየም “ተቐመጡ እባ ናበይ ክትከዱ ድኣ” በሎም። ንሳቶም ንሕና ደስ ኣይበለናን። ብሓዊ እናተለብለብና ድኣ ከመይ ኢልና ክንቅመጥ፡ ኢሎም በሪሮም በሪሮም ኸዱ። ኣባ ጳኩሚስ ኣብ ናይ ኣቦና ኣዳም መቓብር ብዘይ ምንቅስቓስን ፷(60) መዓልቲ ጸሎት ምስ ገበረ ካብ ሰማይ ብርሃን ወረደሉ።

ብትምህርቱ ንዓለማውያን፡ ንመነኮሳት፡ ንነገሥታት ዝገሰጸን ዘረድኣን ኣቦና እዩ። ሥርዓተ ብሕትውና መ- መርታኡ እኳ ብዮሓንስ መጥምቅ እንተኮነ። ኣባ ጳኵሚስ ከኣ ነዚ ሕጊ'ዚ ሕጊ ሠሪዑ ኣብ ግብሪ ከምዝውዕል ገበረ። እዚ ሎሚ ሥርዓተ ማኅበር ኣብ ገዳማት ዝርከብ ሓድነት በዚ ባሕታዊ እዚ ዝተ- መረ እዩ።

ከምኡ እውን ፈላሲ ገጽ ሰበይቲ ከይርኢ። ፈላሲት ከኣ ገጽ ሰብኣይ ከይትርኢ፡ ብውግዘት ፈልዩ ዘመሓላላፈ ኣቦ እዩ። መነኮሳት ካብ በዓቶም

ከይወጽኡ፡ ሽመት ከይሽየሙ፡ እዚ ሠርዐ ማለት ካብ ኣበምኔት ክሳብ እቲ ዝተሐተ ናይ ገዳም ምሕደራ መሥረተ።

ብትምክሕቲ ከምዝተፈተነ

ኣባ ጳኩሚስ ሰብ ከም ምኳኑ መጠን ከምቲ ናይ አቡነ እንጦንዮስን መቃርዮስን ብብዝሒ ጸሎቱ ትምክሕቲ ነበሮ። ንሱ ከኣ ሓደ ለይቲ ክሰግድ ከሎ ብርሃጹ ነቲ ቆይሙሉ ዝነበረ መራት ኣርሓሶ (ኣተርከሶ)። ጐይታ ተገሊጹ ሕጂ እዚ ኩሉ ስግደት ንመን ኢልካ ኢካ እትሰግዶ ዘሎካ፡ በሎ። ንሱ ጐይታ ንዓካ ኢለ እየ በሎ።

ንጽባሒቱ ጐይታ ብሽንካር ተሸንኪሩ፡ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ተራእዮ። ኣባ ጳኩሚስ ንጐይታ ኣብዚ መስቀል ንመን ኢልካ ኢካ ተሰቒልካ በሎ። ጐይታ ንዓካ ኢለ እየ በሎ።

ኣባ ጳኩሚስ ነቲ ትማሊ ዝበሎ መረድኢ ምኳኑ ተረዲኡ እዚ ኩሉ ቡቲ ትማሊ ዝተዛረብክዎ እዩ። ስለዚ ኣነ ጽቡቕ ኣይመለስኩሉን ኢሉ ተነሥሐ። ክጽሊ እንከሎ ኩሉ ግዜ ገዝትን ሲኦልን ብዓይኒ ልቡና ይርኢ ነበረ። ኣብ ሓሳባቱ ገነትን ሲኦልን ክርኢ ይምነ ነበረ፡ እሞ ዝተኣዘዘ መልኣክ መጺኡ ጻድቓን ኣብ ገነት ኮይኖም ከመስግኑ፡ ኃጥኣን ከኣ ኣብ ሲኦል ኮይኖም ዋይ ዋይ ክብሉ ከለዉ ኣርኣዮ። ድሕሪ እዚ ምሉእ ሕይወቱ ስለ ኃጢኣተ ታት ይሓዝንን ይበክን ነበረ።

ዕረፍቲ ኣብነ ጳኩሚስ

ግዜ ዕረፍቱ ምስ ኣከለ ጐይታ ባዕሉ ወሪዱ ኃዘንካ ርእየልካ ኣሎኩ። ዝለመንካዮ ኩሉ ሰሚዔካ ኣሎኩ፡ ብስምካ ንዝተማሕፀነ ኩሉ ካብ ሞተ ነፍስ፡ ካብ ርደተ ገሃነም፡ ከድሕኖ እየ ኢሉ ተስፋኡ ነገሮ። ን፬ (40) ዓመት ኣበምኔት ገዳም ኮይኑ ነበረ። ብዙሓት ገዳማት መሥረተ። ንኩሉ ገዳም ኣስዋን ከኣ እናከደ የመሓድሮ ነበረ።

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለጳኩሚስ ለዘደቂቆ ባረከ፡
- ወረሰዮሙ ይኩኑ ከመ እምሰብእ አምላከ፡
- ለመልዕክተ ተስፋ ይትቀነይ ዘኢኮነ በከ፡
- ኢገብረ ኣኀፅነ ለእራኃ እግሩ ተውሳከ፡
- እንዘ በገዳም ይከይድ ኣሥዋከ፡

◆ ◆ ◆

ታሪክ ጻድቕ ኣቡነ በብኑዳ

ኣቡነ በብኑዳ ትውልዲ ሃገሩ ግብጻዊ ኮይኑ ኣውራኞኡ ወይ ዞባኡ ከኣ <u>ዳነደራ</u> ትብሃል። ብፍላይ ናይታ ናቱ ዓዲ ስም ከኣ <u>ኣልሳራዳ</u> ኣብ ዝተባህለ ዓዲ ዕለት ፳(20) መስከረም ተወልደ። ብሕፃንነቱ ናብ ገዳም ኣትዩ መንኩሰ። ናይ ብዙሓት መነኮሳት ኣበምኔትን ጎላፍን ኮይኑ ክነብር እንከሎ ናይ ቀረባ ወዱ ኣቡነ ኪሮስ (ዲለሶር) ነበረ።

ኣቡነ በብኑዳ ኣብ መበል ፲፫(13) ዓመቱ መንኩሰ። ካብ ብዝሒ ጽድቁ ዝተላዕለ ካብ ሰማይ ፍሉይ ምግቢ ሰርክ ይወርደሉ ነበረ። እቶም መነኮሳት ግን ነዚ ስለ ዘይፈልጥዎ ምግቢ ዝበልዕ ኣይመስሎምን ነበረ። ሰይጣን ነዚ ኩሉ ጽድቁ ርእዩ ቀኒኡሉ። ልክዕ ከም ሓደ ፈላሲ ተመሲሉ የሕድረኒ ኢሉ ናብ በዓቱ ኣተወ። ኣባ በብኑዳ ከኣ ቃል ወንጌል ክፍጽም እቶ ኢሉ ከም ጋሻ ተቐቢሉ ካብቲ ካብ ሰማይ ዝወረደሉ መና ክበልዕ ግዲኡ ሃቦ። እቲ ሰይጣን ዝበልዕ ዘሎ መሲሉ ብጉያ ከይዱ ነቶም ተኣኪቦም ዝነበሩ ፈለስቲ ኣቦኹም ምግቢ ዘይበልዕ ይመስለኩም እምበር ዝምገቦስ ከምዚ እዩ ረኣይዎ ኢሉ ኣውጽኣ ከብሎ እንከሎ <u>ዮናኤል</u> መልኣክ መጺኡ መንጢሉ ወሰዶ።

ድሕሪኡ እቲ ዝወርድ ዝነበረ መና ኣቋረጸ። ምክንያቱ ስለምንታይ ከይመርመርካን ከየማዕተብካን ነቲ ጋሻ ተመሲሉ ዝመጽኣካ ሰይጣን ትቕበሎ ብምባል እዩ። ኣባ በብኑዳ በዚ ምክንያት እዚ ብኣንበሳ ተሰቢሩ ከምዝመውት ኮነ። ኣባ ኪሮስ ወጺኡ ጸኒሑ እንተመጸ ነቡኡ ኣባ በብኑዳ ኣንበሳ ሰቢርዎስ ኣብ ጐድኑ ተቐሚጡ ጸንሐ። ነቲ ኣንበሳ ከይፈርሐ ብጉያ ከይዱ ደወል ደዊሉ መነኮሳት ኣኪቡ ነቡኡ ቀቢሩ ኣብ መንገዱ ክከይድ እንከሎ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ሞይቱ፣ እናተበልዐ እናተሰትየ እቲ ቐብሪ ብክብሪ ኣንጸባሪቑ ረኣየ። ተገሪሙ ኣየ ጐይታ! “ነቶም ንዓካ ፈትዮም ብጥሜትን ጽምእን ዕርቃንን ዓለም ዝመነኑ ብሕማቕ ኣመዋውታ ክትቀትል፣ ነቶም ንዓካ ዝጸልኡ ዝነበሩ ከኣ ሞቶም ይጽብቖሎም፣ እዚ እዩ ፍርድካ፡” ኢሉ ከይዱ ኣብቲ መቓብር ተደፊኡ ንዃ (40) መዓልቲ ደቀሰ ሸዑ ኣብ ዝባኑ ሳዕሪ ክሳብ ዝበቀኑል ኮነ። ድሓር ግን መላእክቲ ካብ ዝወደቑ ኣተንሢኦም ኣቡኡ ዘለዎ ጽቡቕ ቦታ ገነት ኣርኣይዎሞ ተሐጐሰ። ንኣምላኩ ከኣ ኣመስገነ።

ቃል ኪዳን

- እግሩ ዝሓበጠ ካብ ጸበሉ ዝተሐጽበን ዝሰተየን ዝተለክየን ይሓዊ።
- ንኣንበሳ ብስም ኣቡነ በብኑዳ እንተወጊዝካዮ ኣይነክስን እዩ።

ናይ አቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስን፡ አቡነ ኪሮስን ናይ ኣባ ዮሓኒ ገድልን ብሰፊሑ ታሪክ አቡነ በብኑዳ ይገልጹ እዮም።

ጸሎቱን በረኩቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

ምንጪ፡-

1. ታሪክ ቅዱሳን 1ይ ክፋል 1997 ዓ.ም.
2. ስንክሳር

◆ ◆ ◆

ሓጺር ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ አቡነ ኪሮስ (ዲላሶር)

አቡነ ኪሮስ ስም አቡኡ ንጉሥ አብያ (ዮናን) አዲኡ ሜናሴር (አንሰራ) ይበሃሉ። ሃገሩ ግብጻዊ ኮይኑ ዕለት 8 ታሕሣሥ ተወልደ፡ ዓቢ ሓዉ ቴዎድሮስ ይበሃል። ንአቡነ ኪሮስ (ዲላስር) ቀዳማይ ስሙ ዲላሶር እዩ ዝብሃል ነይሩ፡ ደሓር ግን ኪሮስ ተባሂሉ፡ ክልቲኦም ማንታ እዮም። አቡኡ ምስ ሞተ ግዲኡ ካብ ቴዎድሮስ ሓዉ ተማቒሉ ንድካታት መጽዊቱ ዓለም መኒኑ ናብ ገዳም ከደ። አቡነ ኪሮስ ኣባ በብኑዳ ናብ ዝተባህለ ባሕታዊ ዘለዎ ቦታ ምስ ከደ፡ ቴዎድሮስ ግን ሥርዓተ መነኮሳት ሒዙ ነጊሡ ይነብር ነበረ።

አቡነ ኪሮስ ከኣ ሥርዓተ ገዳማት ተማሂሩ፡ ኣብ መበል ፲፯ (17) ዓመቱ ብኣባ በብኑዳ መንኩሰ። ደሓር ኣብ ሓንቲ ናይ ምድረ ግብጺ ነቦ ከይዱ ተቐመጠ፡ ብጾም፡ ጸሎት፡ ስግደት፡ ብብሕትውና ይነብር ነበረ። ድሕሪኡ ምስ አቡነ በብኑዳ ብሓደ ሃቢሮም ክቐመጡ እንከለዉ፡ ካብ ሰማይ ብቅዱስ ሚካኤል ዝወረደ መንፈሳዊ መግቢ መና ይበልዑ ነበሩ።

ሓደ ግዜ ብኣምሳለ ኣረጊት መነኮስ ተመሲሉ ሰይጣን ከሕድርዎ ናብ ኣባ በብኑዳ መጽአ። ንሶም ከኣ ተቐቢሎም ካብቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ መንፈሳዊ መግቢ ሃብዎ። ንሱ ነቲ ሰማያዊ ምግቢ ሒዙ ናብቶም እኩባት ዘለዉ መነኮሳት፡ “ንእኒ በዓል ኣባ በብኑዳ፡ ኣባ ኪሮስ፡ ነዚ እናበልዑ ኢኹም ባሕተውቲ እትብልዎም ነቶም ሕዝቢ ከርእዮም ኢሉ ክፍት ከብላ እንከሎ መልኣከ እግዚኣብሔር መንጢሉ ንሰማይ ወሰዳ። *“ኢተሃቡ ቅድሳተ ለከለባት”*።

አቡነ በብኑዳ በዚ ጌጋዚ ምክንያት ብኣንበሳ ተሰቢሩ ከምዝመውት ኮነ። አቡነ ኪሮስ ወጺኡ ጸኒሑ እንተመጽአ ነቡኡ አቡነ በብኑዳ ኣንበሳ ሰቢርዎስ ኣብ ጐኑ ተቐሚጡ ጸንሐ። ነቲ ኣንበሳ ከይፈርሀ ብጉያ ከይዱ ደወል ደዊሉ መንኮሳት ኣኪቡ ንአቡነ በብኑዳ ቐቢሩ፡ መንገዲ ክከይድ እንከሎ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ሞይቱ እናተበልዐ፡ እናተስትየ፡ ጥይት እናተተኮሰ እቲ ቀብሪ ብክብሪ ደሚቑ ረአየ፡ ተገሪሙ ኣየ! ጐይታ “ነቶም ንዓካ ፈትዮም ብጥሜትን ጽምእን ዕርቃንን

ቁርን ዝቐበሉ ዓለም ዝመነኑ ናብራኦምን ኣመዋውታኦምን ብሕማቕ። እቶም ንዓካ ዝጸልኡ ኣብ ዓለም ዝነብሩ ግና ሞቶም ይጽብቕ፣ እዚ እዩ ፍርድካ" ኢሉ ከይዱ ኣብቲ ናይ ኣቡነ በብኑዳ መቓብር ተደፊኡ እዚ ታሪክዚ ኣምላክ ምእንቲ ክገልጸሉ (40) ፵ ዓመት ወደቐ፣ ፴፫ (33) ካብ ክሳዱ ንላዕሊ እናተንቐሳቐሰ እዩ፣ እተን ሸውዓተ ዓመታት ግን ብዘይምንቅስቓስ እዩ። ሽዑ ሕቐኡ ሮማዊ ሳዕሪ በቐሎ ሸውዓተ ዓመታት ጸንሐ። መላእክቲ መጺኦም ተንሥእ እንተበልዎ ኣቦይ ኣዳም ናይ ፍጡር ቃል ሰሚዑ ወዲቑ ሕጂ ከኣ ጐይታይ ድምጽካ ኣስምዓኒ በለ። ድሓር ግን ኪሩቤል ኣልዒሎም ወሲዶም ገነት ኣርእዮም መለስዎ። ማለት ኣባ በብኑዳ ኣብ ጽቡቕ ምህላዉ ኣርእዮምዎ እዮም። በዚ ከኣ ኣዝዩ ተሓጕሱ ንኣምላክ ኣመስገነ።

እዚ ኣቦ'ዚ ናይ'ቲ ርቱዓ ሃይማኖት ቀዳማይ ቴዎዶስዮስ ሓዉ እዩ። ወዲ ንጉሥ ክንሱ ክርእ ኣይበለን። ብዙሕ ሰብ ክፈልጦን ከክብሮን ምኳኑ ብምርዳእ ጸላኤ ሠናያት ይቕንእ ስለ ዝነበረ ከምዝጠመየን ዝብላዕ ከምዝደለየን መሕደሪ ከምዝሰኣነን ኮይኑ እኳ እንተፈተኖ ንሱ ግን ይፈልጦ ነበረ። ከምታ ምስ ኣቦይ በብኑዳ ከሎና ዝተፃወተለይ ኣነ ከኣ ከይተጸወትኩሉ ኣይነብርን እየ ኢሉ እናተጸበዮ ከሎ ከም ልማዱ ንክፍትኖ ቤቱ ኳሕኳሕ ኣቢሉ መስዩኒ ኣሕድሩኒ በሎ። ንሱ ሰይጣን ምኳኑ ፈሊጡ ናብ ውሽጢ እቶ ኮፍ በል ኢሉ ንሱ በል መጻእኩ ኣብዚ ጽንሓኒ ኢሉ ንደገ ወጺኡ ነታ በዓቲ ብስም ጐይታ ባረካ እሞ ተሐትመት። እቲ ሰይጣን ኡይ ክብል ገደፎ። እዚ ሰይጣን እዚ ክሳብ ሎሚ ኣብኣ ተዓጽዩ ከም ዘሎ መጽሓፈ ገድሉ ይሕብር። ኩሉ ኣብ ዕለት ዕረፍቲ ኣቡነ ኪሮስ ማለት ዕለት 8 (፰) "ኣባ ኪሮስ ኣውጽኣኒ፣ ኣባ ኪሮስ ኣውጽኣኒ" ዝብል ድምጺ ይስማዕ።

ነዚ ሓቀ ገድሊ ኣቡነ ኪሮስ ዝጸሓፎ <u>ኣባ ባውማ</u> እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ዕለት ሞት ኣቡነ ኪሮስ ንሥጋ ኣቡነ ኪሮስ ክቕበር ብመንፈስ ቅዱስ ተኣዚዙ ከይዱ ስለ ዝነበረ ብሓባር እውን ተቐሚጦም ስለ ዝነበሩ ታሪክ ገድሊ ኣቡነ ኪሮስ ክጽሕፍ ከኣለ።

ኣብቲ ታሪክ ክጽሕፍ ክጅምር እንከሎ ከምዚ ይብል "ኣብ ዝነበርኩሉ ቤተ ክርስቲያን ንበይነይ ተቐሚጠ እንከሎኩ ካብ ሰማይ ሓደ ቃል ሰማዕኩ። እቲ ቃል ከኣ ዘፍርህን ዘርዕድን ነበረ። ከምዚ እውን በለኒ ኣባ ባውማ ካብ ብዙሓት ቅዱሳን ዝበለጸ፣ ፍቕደይ ዝፈጸመ፣ ዝሞተሉ ግዜ ስለ ዝኣከለ ተንሢእካ ናብ ገዳም ኪድ በለኒ።" ኣነ ከኣ ኣምላክ ነዚ ክብሪ እዚ ስለ ዝሓረየኒ ባህ በለኒ። ተንሢኡ እውን ነቲ ርሑቕ ጕዕዞ ዘለዎ መንገዲ ሠለስተ መዓልቲ ተጓዓዝኩ። ኣብ ሓደ ገዳም

በጺሐ፡ ድሕሪ ብዙሕ ኮለል ማዕጾ ገዳም ኪሕኪሕኩ ሽዑ ሓደ ዓቢ ገዳማዊ መነኮስ ማዕጾ ከፈተለይ። ብልማድ ኣበው ነንሓድሕድና ኢድ ነሚእና ሰላምታ ተወሃሂብና፡ ከምዚ ኢለ ከኣ ሓተትክዎ። ምእንቲ ንዝተዋህበኒ መልእክቲ ከረጋግጽ ኣብዚ ገዳም እዚ ክንደይ ተቐሚጥካ በልክዎ ንሱ ፷፯ (67) ዓመት በለኒ። ዝተለኣክዎ ቦታ ከምዘይኮነ ተረዲኡ ክሳብ ናይ ሠለስተ መዓልቲ መንገዲ ቀጸልኩ። ካልእ እውን መናኒ መነኮስ ረከብኩ። ስሙ እውን <u>ኣባ ስምዖን</u> ይብሃል። ኢድ ነሚኡ ኣብ ገዳም ብ-ካካ ካልእ ገዳማዊ ኣሎዶ ኢለ ሓተትክዎ ንሱ እውን እወ ኢሉ ናብ ካልእ ጽቡቕ ጫካ ናብ ዘለዎ በረካ ሓበረኒ። ገለ ቁሩብ ምስ ኣፋነወኒ ከኣ ተመሊሰ። ኣነ ከኣ ናይ ኣርባዕተ መዓልቲ ጉዕዞ ተጓዓዝኩ። ናይ ሮማ ገዳማውያን ኣብ ሓደ ኣይእከቡን እዮም። ፋሕ ኢሎም እዮም ዝነብሩ። ኣብ ሓደ ውሱን ቦታ ኣይቕመጡን እዮም።

ኣብ መወዳእታ ጉዕዞይ ኣብ ገዳም ኣቡነ ኪሮስ በጻሕኩ። ማዕጾ ኪሕኪሕ ኣቢለ ቅዱስ ኣቦይ ባርከኒ በልኩ። ንሱ ከኣ ኣንታ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ኣባ ባውማ ሎሚ ናባይ ምምጻእካ ጽቡቕ እዩ በለኒ። ምክንያቱ ዕረፍቱ ከምዝበጽሐ ስለ ዝፈልጥ። ብሰላም እቶ ኢሉ ማዕጾ ከፈተለይ። ኢድ ነሚኡ በረከት ተቐቢለ ኣቶኩ። ኣቡነ ኪሮስ ክርእዮ ከሎኩ ገጹ ከም ፀሐይ ይበርህ ነበረ። ፀጋ እግዚኣብሔር መሊእዎ ረኣኩ። ዓቢ ኣረጋዊ መልክዐ እዩ ነይሩ። ጸጉሪ ርእሱ ከም በረድ ፃዕዳ ነበረ። ርእሰይ ስዒሙ ነዛ ዝተባረከትን ዝተቐደሰትን ሰዓት ንዓካ ዝለኣከለይ መዓልቲ ዕረፍተይ እጽበ ነበርኩ። እነሆ ኣብዚ ገዳም'ዚ ካብ ዝቕመጥ ፵፪ (42) ዓመት ጌረ ኣሎኩ።

ንጽባሒቱ ኣቡነ ኪሮስ ሓሚሙ ደቀሰ፡ በታ ለይቲ እቲኣ ኣነውን ብስምባደ ሓሚመ ሓዲረ። ኣብ ኣጋ ምውጋሑ ኣብ ውሽጢ በዓቱ ዓቢ ብርሃን በርህ።

ኣነ ተቐሚጠ እንከሎኩ ብርሃን ዝለበሰ፡ ናይ ብርሃን መስቀል ዝሓዘ ሰብ ናብ ውሽጢ ኣትዩ ኣብ ልዕሊ ቅዱስ ኣባ ኪሮስ ኣንበሮ። ኣባ ኪሮስ ኢድ ነሥኣ። እቲ ብርሃን ዝለበሰ ኣጸናኒዑ፡ ኣረጋጊኡ፡ ሰላመይ ምሳካ ይኩን ኢልዎ ተሠወረ።

ኣነ ነዚ ርእየ ፈራህኩ። ንኣባ ኪሮስ እዚ ዝመጽኣ ሰብ መን እዩ፡ በልክዎ። "ወደይ እዚ ዝረኣካዮ ዓቢ ሰብ ወዲ እቲ ሕያው እግዚኣብሔር ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ በለኒ። በብመዓልቱ ኣብ ትሽዓተ ሰዓት እናመጸ እዩ ዘረጋግኣኒ በለኒ። ኣነ ከኣ ብፍርሃት ተወሓጥኩ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ናብ ሰማይ ዝበጽሕ ድምጺ ኣውያት ሰማዕኩ፡ ኣክራናትን ጐቦታትን ተናወጹ። ንኣባ ኪሮስ

ከኣ “ኣቦይ እዚ ዝሰምየ ዘሎኩ ድምጺ ድኣ እንታይ እዩ፡ ዝወደይ እዚ እትሰምየ ዘሎካ ድምጺ ናይቶም ኣብ ሲኦል ዘለዉ ኃጥኣን ድምጺ ኣውያት እዩ” በለኒ። ንዓይ ከኣ ኣብ ጥቓ ሲኦል ከምዘሎኩ ኮይኑ ተሰምዓኒ። ብምቕጻል እውን ካብ ቀዳም ሰዓት 9 (፱) - ሚሩ ክሳብ እሁድ ፀሐይ ትዓርብ ስለ እታ ቅድስቲ መዓልቲ ትንሣኤኡ ኢሉ ንኃጥኣን ካብ መከራ ኣዕረፎም። ንሳቶም እውን ንኣምላኮም የመስግኑ። ስለዚ እዩ ከኣ ኣብ ዕለተ ሰንበት ዘዕርፎም በለኒ። ኣነ'ውን ኣዝየ ካብ ቅድም ንላዕሊ ተደነቕኩ።

በዚ ዕለት'ዚ ንኃጥኣን ዕረፍቲ ስለ ዝሃቦም ከኣ ኣመስገንክዎ። ቁሩብ ምስ ጸናሕና ኣባ ኪሮስ ብዓቢ ድምጺ “ኣቦይ ኣቦይ” እናበለ ጨደረ። ኣነ ዘይፈለጥኩ እምበር ኣብ ሃገር ግብጺ ሓደ ዓቢ ኣቦ ስለዝዓረፈ ፈሊጡ እዩ ዝጨደረ። ኣብ ሃገረ ግብጺ ሎሚ ዓቢ ዓንዲ ወደቐ ከኣ በለ። ንሱ'ውን ንገዳማውያን ዝሓትትን ዘገልግልን ዝርእን ኣባ ሲኖዳ እዩ በለ።

በዛ ለይቲ እዚኣ ኣባ ኪሮስ ካብ ብርትዐ ሕማሙ (ቃንዛኡ) ዝተላዕለ ሰምበደ። ኣብ ውሽጢ ገዳም ከኣ ዓቢ ብርሃን ኮነ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዳግማይ ኣብ ጥቓ ኣባ ኪሮስ ተቐመጠ። ኣባ ኪሮስ ከኣ ከምዚ በለ “ኦ ጐይታ ካብ ርሑቐ እዩ መጺኡ” በሎ። ንሱ ከኣ ፍትወይ ኣጆካ ጽናዕ፡ ኣይትፍራህ በረከተይን ፍጹም ሰላመይን ከኣ ምሳካ ይኹን። ቅድሚ ሕጅን ድሕሪ ሕጅን ዝረኣካዮ ናይ ቅዱስ ኣባ ኪሮስ ታሪክ ጸሐፍ በለኒ። ንኣባ ኪሮስ ከኣ ከምዚ በሎ ብሞት ኣባ ሲኖዳ ኣይትሕዘን፡ ንስካ እውን ዕረፍትካ ቀሪቡ እዩ። ናትካ ግን ሞት ዘይኮነስ ሕይወት እዩ።

ዝተቐበሎ ቃል ኪዳን

ገድልካ ዝጸሓፈ ዘጽሓፈ፡ ዘንበበ፡ ዝሰምዐ ዝክርካ ዝገበረ ዕድሉ፡ ምሳካ ክገብሮ እየ። ስለ ስምካ ዕጣን፡ መብራህቲ ዝሃበ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ዕጽፊ ክህቦ እየ ኃጢኣቱ ክድምስሰሉ እየ፡ ኣብዚ ዓለም'ዚ ብሠናይ ነገር ዋላ ሓደ ከይጐደሎ ምስ ቤተሰቡ። ውላድ ዝሰኣነ እውን ብስምካ እንተለሚኑ ክህቦ እየ። ጐይታ እናተዛረበ እንከሎ ነቢይ ዳዊት መሰንቁኡ እናወቐዐ መጽአ፡ “እዛ ዕለት እዚኣ እግዚኣብሔር ዘዳለዋ እያ፡ ብእኣ እውን ፍጹም ንተሓጐስ። እንሆ ነቢይ ዳዊት ክዝምረልካ መጺኡ ኣሎ በሎ። ዳዊት እውን በየናይ ዓይነት ይሕሸካ ብቀዳማይ ዶ ብዓስራይ፡ በሎ። ንሱ ንኩላተን ክሰምዐን እደሊ እየ በሎ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ክዝምር - መረ “ኣማውታ ናይ ጻድቕ ሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ክቡር እዩ”። *“ወርዘውኩሂ ወረሳዕኩ ወኢርኢኩ እንዘ ኢይትኃጐል ጻድቅ”* እነሆ ናይ

ኣባ ኪሮስ ነፍስ ብኢድ ጐይታና ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣክቢርካ ሓዛ ኢሉ ንቅዱስ ሚካኤል ሃቦ። ኣነ ኣባ ባውማ ኣስከሬን ቅዱስ ኣባ ኪሮስ ሓምሌ ዕለት ፰ (8) ቀቢረ ካብቲ ገዳም ምስ ከድና ጐቦታት ኣክራናት ብመላእክቲ፣ ሠራዊት መላእክቲ ተመሊኡ ረኣኩ። ጐይታና ኣምላክና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ'ውን ኣብ ልዕሊ መቓብሩ መስቀል ኣልዒሉ ባረከ። ንዓይ'ውን ሰላም ንዓካ ይኩን ኢሉ፣ ናብ ሰማይ ዓረገ ኣነ <u>ኣባ ባውማ</u> ከኣ ድሕሪ'ዚ ናብ ገዳም ኣባ ኣሞን ናይ ሠለስተ መዓልቲ ተጓዒዘ በጻሕኩ። እቲ ዝተራእየንን ዝተፈጸመን ኮነ ንዕኡ ነገርክዎ። ኣዝዩ ከኣ ሓዘን ተሰምየ። ናብ ገዳም ኣስቄጥስ መገዲ ሠለስተ መዓልቲ ከይደ ንኩሎም መነኮሳት ነገርኩዎም፣ ገድሊ ኣባ ኪሮስ ጽሒፉ ናብ ኩሉ ገዳማትን ኣድባራትን ልእክኩ።

ጸሎቶምን በረከቶምን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን ኣሜን።

- ሰላም ለኪሮስ ዘሰዓመ ነደ በከናፍር፣
- ወዘባኑ ተጽዕነ እግዚኣብሔር፣
- ከመ ትግዕ ነፍሱ ዘእንበለ ፃዕር፣
- ዳዊት ኃለየ እንዘ ይብል በመሰንቆ ሐዋዝ መዝሙር
- ለጻድቅ ብእሲ ሞቱ ክቡር።

◆ ◆ ◆

ታሪክ ጻድቅ ቅዱስ ኣቡነ ወቅሪስ

ቅዱስ ወቅሪሰ ኣብ ዓቢይ ባሶልዮስ ተጸጊው እናተማህረ ዓበየ። ክህነትውን ካብኡ ተቐበለ። ንሱ ኣብ ንእስነቱ ቅድም መልክዑ ኣዝዩ ጽቡቕን ማራክን ብምንባሩ ንሓንቲ ሰይቲ መኰንን ኣጸቢቑ ፈተዋ። ንሳውን ከምኡ ፈተወቶ፣ በዚ ተሰማሚያም ናብ ሰብ ዘይርእዮም ቦታ ብምካድ ፍትወቶምን ድሌቶምን ክፍጽሙ ተሰማምዑ። ለይቲ ኣብ ምድቃሱ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ ከውርድ ከደይብ ከሎ ኣብ ሕልሙ ንሱ ኢዱ እግሩ ተኣሲሩ ኣብ ቢት ማእሰርቲ ኣትዩ፣ ምስኡውን ብዙሓት ንዕኡ ዝመስሉ እሱራት ንነፍሰ ወከፎም ሓደ ሓደ ሓላዋይ ብዝበደልዎ ተገይርሎም ረኣየ። ብልቡ ከኣ ብምንታይ ምክንያት ደኣለይ ኣብዚ ቤትማእሰርቲ ኣትየ ተኣሲረ፣ "ለካ በታ ሰበይቲ መኰንን ክዕምጻ ዝሓሰብኩ ንሱ እዩ ከሲሱ ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ ኣእትዩኒ" በለ። በዚ ጉዳይ ክጭነሕ እንከሎ መልኣክ ከም ቀደም ዝፈልጦ ዓርኩ ዝነበረ መሲሉ "ኣንታ ዓርከይ ከምዚ ጌሩ ከእስረካ ዝከኣለ ምክንይትሲ እዉታይ እዩ"፣ ወቅሪስ ካብ ሕፍረት ዝተላዕለ ክሓብኣሉ እኳ እንተደለየ ኣጸቢቑ ኣጭቢቑ ምስ ሓተቶ፣ "ኣንታ ፍትው ዓርከይ ኣነስ ንሓንቲ ሰበይቲ መኰንን ፈትየያ፣ ንሳውን ፈትያትኒስ ካብ ሰብኣያ ተሓቢእና ፍትወትና

ክንፍጽም ተባሃሂልና ኔርና እሞ ንሱ እቲ በስኣያ እዩ ዝከውን ኣእሲሩኒ ብምባል ፈሪሀ እጭነሕ ኣለኩ” በሎ።

እቲ ዓርኩ ዝኾነ መልኣክ “ዓርከይ ጥራይ ብወንጌል ቅዱስ ናብኡ ከምዘይትምለስ መሓለለይ እምበር ኣነ ክወሓሰካ” በሎ። ወቅሪስ ከምታ ዝበሎ ብወንጌል መሓለ። ካብ ድቃሱ እንተ ተበራበረ እቲ ዝረኣዮ ራእይ ሓቂ ምኳኑ ተረዲኡ ዓዱ ገዲፉ ናብ ሃገረ እስክንድርያ ከደ። ኣብኡ ንሓንቲ ጐላኒ ዝተባህለት ቅድስት ኣደ ረከባ እሞ ኩሉ ዘጋጠሞ ምስ ነገራ፣ ንሳ ነዘን ጽቡቓት ክዳውንቲ ተከዲንካየን ዘሎካ ደርቢክእ ካልእ ሕማቕ ክዳን እሞ ተከደን ንእግዚኣብሔር ኣገልግሎ ኢላ ኣማከረቶ። ድሕሪኡ ናብ ገዳም ኣትዩ ሓምሊ ጥራይ ብምምጋብ ብጸምን ብጸሎትን ብስግደትን ዝኣክል ሰብነቱ ክሳብ ዝደርቕ ኣገልገለ። ጐይታ ባዕሉ መጺኡ ካብቲ ነቒጽዎ ዝነበረ ፈወሶ። ኣጋንን እኳ ብዙሕ ይፍትንዎን ይጻብእዎን እንተነበሩ፣ ንሱ ግና ብጸም ብጸሎት፣ ብገድሊ፣ ብለይቲ ዕራቆቱ ብምሕዳር ኣብ ግዜ ክረምቲ ዝናም ኣብ ግዜ ቀውዒ ኣሳሒታ ኣብ ግዜ ሓጋይ ፀሓይን ቁርን፣ ካብ ኣምላክ ጸጋ ክሳብ ዝወሃቦ ተጋደለ። መላእክቲ እናመጹ ሰማያዊ ጎብስትን ሰማያዊ ጽዋዕን ይምግብዎ ነበሩ።

<u>ሠለስተ ድርሳናት ክደርስ ካብ ኣምላክ ፀጋ ተዋህቦ</u>

፩/ ምእንቲ ኣብ በረካ ዝነብሩ ባሕተውቲ

፪/ ስለ ሥርዓት ማኅበር ኣብ ገዳም ዝነብሩ ኣሕዋት

፫/ ስለ ንካህናት ዝምልከት ሰለስተ ዓበይቲ ድርሳናት ደረሰ

ሓደ መዓልቲ ኣባ ቡላ (ኣቢብ) ናብኡ መጹ እሞ ሰላም ምስተባሃሃሊ “ኣንታ ወቅሪስ ሓወይ ንበይንካ ኣይቀመጥ ገለ ቁሩብ ኣሕዋት ካብ ጸብኣ ኣጋንንት ዝሕግዙካ ምሳካ ከምዝቕመጡ ግበር” ካብ ጸብኣ ኣጋንንት ከኣ ክትድሕን ኢካ ምስ በሎ፣ ንሱ ከኣ ቃሉ ሰሚዑ ከምኡ ገበረ። ሓደ መዓልቲ ኣጋንንት ንኣርዮስን ንስጥሮስን ማኒን ተመሲሎም ክካትዕዎ መጹ ንሱ ብቅድሳት መጻሕፍት በቲ ናይ ኣበው ርቱዓነ ሃይማኖትን ገሩ ረትዮም።

ካብ ዝገበሮ ተኣምራት

ሓደ መዓልቲ ናብ ቤተክርስቲያን እንተከደ እታ ቤተክርስቲያን ብመፍትሕ ተዓጽያ እታ መዕጸዊታ መፍትሕ ከኣ ጠፊኣ ብዙሕ ክሸገሩ ምስ ጸንሕዎ ብጸሎቱ ከም ዝተከፍተት። እዚ ቅዱስ ኣቦ እዚ “ኣቦካን ኣዴካን ሞይቶም” ኢሎም ክነግርዎ ምስ መጽኡ ንሱ ሓሲኩም ኢኩም ኣቦይሲ ሰማያዊ ዘይመውት እዩ ዝበለ ኣቦ እዩ። ዜንኡን ብብዝሒ ዝገበሮ ተኣምራትን ኣብ መጽሓፍ ገድሉን ዜና

ኣበውን ብጽቡቕ ተጋድሎ ዕድመ ጸጊቡ ንኣምላክ ኣስሚሩ ዕለት ፲፩ ጥሪ ካብዚ ዓለምዚ ናብቲ ዘይሓልፍ ዓለም ብሞት ዓረገ።

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ዘወቅሪስ ሶበ ርእየ በንዋም
- እስመ ተሐይጠ ለብእሲት ብሥነ-መልክዓ ኣዳም
- እሳተ ኪነኔ ፍሉጠ ዘኣርኣያሁ ግሩም
- ከመ ይእሥር ነፍሶ በማዕሠረ ጸሎት ወጸም
- ነዋ ተናከራ ለዛቲ ዓለም

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ ብፁዓዊ ቅዱስ ኣቡነ ዘሲማስ

ለዋሃትን መፍቐርቲ እግዚኣብሔርን ዝኾኑ ወለዲ ዘሲማስ ካብ ወገን ፍልስጥኤም ዝውለዱ ክርስቲያናት ነበሩ። ንቅዱስ ዘሲማስ ድማ ክሳብ ወዲ ፭ (5) ዓመት ዝከውን ምስኦም ኣዕበይዎ። ብድሕሪኡ ግን ሕጊ ቤተ ክርስቲያን፣ ትምህርተ ሃይማኖትን ምሥጢራትን ክመሃር ንሓደ ኣረጋዊ መነኮስ ሃብዎ። እቶም ኣቦ ተቐቢሎም ጥበብ እግዚኣብሔርን ትምህርተ ሃይማኖትን ምሂሮም ኣመንኮስዎ (ናብ መዓርገ ምንኩስና ኣብጽሕዎ) ብዲቁና'ውን ተሾመ። ቅዱስ ዘሲማስ ብሥናይ ግብሪ ዓበየ፣ ትሩፋት ምስራሕ'ውን ኣብዝሐ። ንእግዚኣብሔር ብፍጹም ልቢ የመስግን፣ መዓልትን ለይትን መጽሓፍ የንብብ፣ ኣብ ጊዜ ስርሑ ይኹን ኣብ ጊዜ ዝምገቡሉ ኮታስ ኩሉ ግዜ ካብ ኣፉ ምስጋና ኣቋሪጹ ኣይፈልጥን። ኣብዚ ገዳም'ዚ ፵፭ (45 ዓመት ምስ ገበረ ቅስና ተቐበለ።

ድሕሪ'ዚ ብኣገልግሎት እናተግህ፣ ብተጋድሎ ጸኒዑ፣ ቅስና ምስ ወሰደ ን(13) ዓመት ኣብቲ ዘመን'ቲ ካብ ዝነበሩ መነኮሳት ብገድሉ ልዕል ልዕል በለ።

ብትምክሕቲ ክም ዝተፈተነ

ነዚ ዝረኣየ ጸላኤ ሠናይ ኣብ ልቦናኡ ክፉእ ሓሳብ ኣሕደረሉ። ብልቡ ከኣ "ካብ ሠናይ ነገር ዘበለ ኩሉ ኣነ ዘይፈጸምክዎ እንታይ ኣሎ:" ክብልን ክዕበን - መረ። ዋላ'ኳ ጸላኤ ሠናይ ኣብ ልቢ ዘሲማስ ክፉእ ሓሳብ እንተሕደረሉ፣ መፍቀሪ ሰብ ዝኾነ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብትዕቢት ክጠፍእ ስለ ዘይደለየ መልኣኩ ልኢኩ ንዘሲማስ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ዮርዳኖስ ትርከብ ገዳመ

ዮርዳኖስ ከም ዝከይድ ገበሮ። ገዳመ ዮርዳኖስ (በረካ ዮርዳኖስ) ብዙሓት ነቢያት ዝጸለዩላ፣ ተጋድሎ ዝፈጸሙላ፣ ከም በዓል መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሓንስ ካብ ሰብ ርሒቕም ዝነበሩላ ገዳም እያ። ኣብቲ ገዳም ምስ በጽሐ፣ ብተጋድሎ ፍጹማን ዝኾኑ ፍጹም ትሑታን ኣረጋውያን ምስ ረኣየ፣ ብምግባሩ ንሱ ካብኣቶም ኣዝዩ ከም ዝንእስ ተረድኡ። ምስኣቶም'ውን ንብዙሕ ዘመን ብተጋድሎ ነበረ።

ናይ'ቲ ገዳም መነኮሳት ዓቢይ ጸም ክኣቱ ከሎ ቀዳመይቲ ሱባዔ ምስ ጸሙ፣ ቀዳመይቲ መዓልቲ (ጸመ ቅድስት) ብዕለተ ሰንበት ካብ ቅዱሳት ምሥጢራት ይካፈሉ፣ ንጽባሒቱ ተኣኪቦም ***"እግዚኣብሔር ያበርህ ሊተ ወያድህሃኒ ምንተኑ ያፈርሐኒ"*** " እግዚኣብሔር ብርሃነይን መድኃኒየይን እዩ ካብ መን ደኣ እየ ዝፈርህ " ዝብል ናይ ኣቦና ቅዱስ ዳዊት መዝሙር ካብ መ- መርያኣ ክሳብ መወዳእትኣ ይዝምሩ። ነዚ ወዲኡ ክወጽእ ከሎ ኣብቲ ኣፍደገ ይጽልዩ'ሞ ነንሕድሕዶም ***"ይቕረ በለለይ"*** ይበሃሃሉ። እቲ ኣበመኔት ድማ ይባርኮም። ድሕሪ'ዚ ገጽ ነንሕድሕዶም ከይረኣዩ ናብ'ቲ በረካ ፋሕ ይብሉ። ኣጋጣሚ'ኳ ሓደ ገጽ ብጻዩ እንተ ረኣየ ናብ ካልእ ቦታ ይሃድም።

ቅዱስ ዘሲማስ'ውን በብዓመቱ ምስቶም መነኮሳት ናብቲ በረካ ይከይድን፣ ዝጸናንዓሉ ነገር እግዚኣብሔር ምእንቲ ክገልጸሉን ዘወትር ይልምን ነበረ። ሓደ ግዜ ኣብ'ዚ ገዳም'ዚ ኮይኑ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከንብብ ከሎ፣ ኣብ መጽሓፈ ኤርምያስ ብዛዕባ ብዑዓውያን ዝተነግረ ኣንቢቡ ተደነቐ። እዚ ድማ "ነቢይ ኤርምያስ መሪር ንብዓት እናበከየ ነቲ ሕዝቢ" ናብ እግዚኣብሔር ተመለሱ፣ ንዕኡ ጥራይ ኣምልኩን ተገዝኡን፣ እንተ ደኣ ዘይተመለስኩም ኣብዚኣ ዓለም'ዚኣ ኣብ ኢድ ጸላእትኩም ኣሕሊፉ ክህበኩም፣ ኣብ'ቲ ኔዋይ ዓለም'ውን ኣብ ገሃነም ከእትወኩም እዩ" እናበለ ከስተምህር ከሎ ካብቶም ኣሕሉኾ ኣሚናዳብ ዝበሃል ፈራሒ እግዚኣብሔር ነበረ'ሞ ነቢይ ኤርምያስ ዝበሎ ሓቂ ምኳኑ ፈሊጡ ብልቡ ሓዘነ። ናብ ነቢይ ኤርምያስ ከይዱ ድማ ንርእሱን ንስድርኡን ካብ መዓት ክድሕኑ ክጽልየሉ ለመኖ። እቲ ነብይ'ውን ብኣምልኮ እግዚኣብሔር ክጸንዕ መኪሩ "ጥፍኣት ኢየሩሳሌም ኣየርኢኩም ምስ እዚ ሕዝቢ'ዚ'ውን ካብ ምምራክ ይሓልኩም፣ ስራሕኩም ኣብ ዓለም ዝተሰምዐ ስምኩም ድማ ብዑዓን ይኹን። ካብ ናይ'ዚ ዓለም እዝን ካብቲ ናይቲ ኔዋይ ዓለምን መከራ ይሰውርኩም" ኢሉ ጸለየሉ።"

ቅዱስ ዘሲማስ ነዚ ምስ ኣንበበ'ዩ ዝተደነቐ፣ ኣብ ጸሎት ድማ እግዚኣብሔር ናይ ብዑዓውያን ነገር ክገልጸሉን ከምኡ'ውን ምእንቲ ድሕነት ነፍሱ ኢሉ ምስ ዝገበሮ ተጋድሎ ን ፵(40) ዓመት ብጾም፣ ብጸሎት፣ ብስግደት ለመነ። እግዚኣብሔር'ውን ልመናኡ ሰሚዑ ክፍጽመሉ መልኣኽ ለኣከሉ። ምስ መልኣኽ

እግዚአብሔር ድማ ንሥለስተ መዓልትን ለይትን ምስ ተጓዕዘ እቲ መልኣክ ተሠወረ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ ዘሲማስ "ኣበይ ከም ዘለኩ ኣይፈልጥን እየ'ሞ፡ ኣምላከይ ርድኣኒ፡ ኦ ጐይታይ ኣድሕነኒ" ኢሉ ጸለየ። ካብ ሰማይ ድማ "እግዚአብሔር ምሳካ እዩ እሞ ኣይትፍራሕ" ዝብል ዘጸናንዕ ቃል ሰምዐ። ኣብ ምድሪ ዘይፍለጥ፡ መልክዑ'ውን ፍሉይ ዝኾነ ኣራዊት'ውን ናብኡ ገጹ መጸ'ሞ ኣብ ልዕሊኡ ንክውጣሓሉ ክሳዱ ኣትሒቱ ኣብ ቅድሚኡ ደው በለ። ካብ ሰማይ ድማ "ኣይትፍራሕ ኣብ ልዕሊኡ ደይብ፡ ንሱ ናብቲ ዝተመነካዮ ቦታ ከብጽሓካ እዩ" ዝብል መልኣክቲ ተነግሮ። ኣብ ልዕሊኡ ኮይኑ ን፲፪(12) መዓልትን ለይትን ምስ ተጓዕዘ ድማ እቲ ኣርዌ ገዲፍዎ ከደ። ሽዕኡ ካልእ ኣራዊት መጺኡ ዙርያኡ ባሕሪ ዝከበቦ ቦታ ኣብጽሐ። ቅዱስ ዘሲማስ ኣብ ልዕሊኡ ደመና ዘለዎ ባሕሪ ምስ ረኣየ፡ ልመናኡ ክፍጽመሉ ብብዙሕ ንብዓትን ጸሎትን ናብ ኣምላኹ ተማሕጸነ። ኣብዚ ግዜ'ዚ "ኦ ዘሲማስ እግዚአብሔር ከመይ ዝበለ ጸጋ ከም ዝሃበካ ኣስተውዕ ል። ናብ'ዚ ቦታ'ዚ ዝመጸ ነዚ ባሕሪ'ዚ ሓሊፉ ብሔረ ብዑዓን ዝበጽሐ ሰብ ብ- ካ ብደመና ተጸዊኑ ዝመጸ ወንጌላዊ ቅዱስ ማቴዎስ ካልእ ማንም ሰብ የለን። ንስካ ግና ብጸሎትካን ብድካምካን ናይ ብዑዓውያን ሕይወት ርኢካ ዝንኣም ንዓለም ክትነግር በቓዕካ" ዝብል ቃል ሰምዐ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ጥቓ እቲ ባሕሪ ክሳብ ሰማይ ዝበጽሕ ዓቢይ ገረብ ረኣየ። ከምዚ ዝብል ቃል'ውን ሰምዐ፡ "ኦ ዘሲማስ እግዚአብሔር ንጫፍ እዛ ገረብ እዚኣ ናባካ ገጻ ከም ትዝንብል ክገብራ እዩ'ሞ ናብታ ገረብ ደይብ፡ ኣትሪርካ ድማ ሓዛ" በሎ። ከምቲ ዝተኣዘዞ ምስ ፈጸመ፡ እተን በበይነን ዝነበራ ኣግራብ ድማ ተላጊበን ብሔረ ብዑዓን ኣብጽሐኦ ብሔረ ብዑዓን ምስ ኣተወ፡ ንፈጣሪ ፈጺሙ ኣመስገኖ። ነታ ምድሪ ምስ ረኣያ ውቅብቲ ኮይና ረከባ። ናብ ቅድሚት ኣብ ዝስጉመሉ ዝነበረ እዋን ኣዝያ እናበርሀትን መኣዝኣ እናጠዓመትን መጸት። ቀጺሉ ኣብ ዓበይቲ ኣግራብን ኣብ ትሕቲኡን ቆይሙ ዝጽሊ ከም ፀሐይ ዘብርህ ሰብ ምስ ረኣየ ሰንቢዱ ደው በለ። እግዚአብሔር ንከድሕኖ'ውን ጸለየ። ካብ ሰማይ "ኦ ዘሲማስ ኣይትሰንብድ" ዝብል ቃል ሰምዐ። ናብ'ቲ ሰብ'ውን ቀሪቡ ናይ ፀጋ ስግደት ሰገደሉ። እቲ ብዑዕ ንቅዱስ ዘሲማስ ከመይ ኢሉ ናብ'ዚ ቦታ'ዚ ከምዝበጽሐ ብምግራምን ብምድናቕን "ካብ ነቢያት ይኹን ሓዋርያት ብ- ካ ወንጌላዊ ማቴዎስ ዝመጸ ሰብ የሎን። ንስካ ከመይ ኢልካ መጺእካ፡" ብምባል ሓተቶ። ቅዱስ ዘሲማስ ንዓታቶም ክርኢ ን፵(40) ዓመት ከምዝለመነን እንሆ ብፍቓድ እግዚአብሔር ከም ዝመጸን ነገሮ። ንሱ'ውን (እቲ ብዑዕ) "ፈጣሪ ንጸሎትካ ሰሚዕካ እዩ፡ ንዓናውን ገጽካ ስለ ዘርኣየና ኣምላክና ምስጋና ይብጽሓዮ። ኣነ'ውን ካብቶም ክትርእዮም ዝተመናካዮም ሓደ

እየ።" ኢሉ ናብ ብፁዓውያን ወሰዶ። ቅዱስ ዘሲማስ እቲ ብፁዕ ክዳን ዘይብሉ (ጥርሑ) ኮይኑ ስለዝረኣዮ "ጐይታይ ጥራይካ ዲካ፡" ኢሉ ሓተቶ። እቲ ብፁዕ ሰብ "ኣነ ጥራየይ ኣይኮንኩን፣ ከምኡ'ውን ዝኣርግ ክዳን ኣይተከደንኩን። እንተኾነ ንሕና ኣብዚ ዘሎና ጸጋ እግዚኣብሔር ዝለበስና ስለዝኾና ሕፍረትና ኣይረኣየናን እዩ" በሎ። እዚ ድማ ከምቲ ኣዳምን ሔዋንን ቅድሚ ትእዛዘ እግዚኣብሔር ምፍራሶም ክዳኖም ጸጋ እግዚኣብሔር ዝነበረ፣ ክዳን ብፁዓን'ውን ከምኡ እዩ ዝነበረ። (ዘፍ 3)። ቅዱስ ዘሲማስ እቲ ዝሰምዖ ተገሊጹሉ ምስ ረኣየ እቲ ብፁዓዊ ሰብ ከም ፀሐይ የብርህ ነበረ። ነቲ ብርሃን'ውን ምጽዋር ስለ ዝሰኣኖ ብገጹ ክሳብ ዝወድቕ ኮነ። እቲ ብፁዓዊ ሰብ ብኢዱ ሒዙ "ኣጆካ ኣነ'ውን ከማካ ቀዳማዊ ሰብ እየ" ኢሉ ኣጸናኒዑ "ንኣበው ምእንቲ ክትርእዮም ተንሥእ ንዓናይ" ኢሉ ሒዝዎ ከደ። ብፁዓን ኣበው ንቅዱስ ዘሲማስ ምስ ረኣዩ፣ ብኣድናቕት መንፈሳዊ ሰላምታ ምስ ተዋሃሃቡ፣ ንሳቶም'ውን ከምቲ ዝቐደመ ብፁዓዊ ብከመይ ከም ዝመጸ ሓተትዎ። ንሱ ድማ ከመይ ኢሉ ከም ዝመጸ ዘርዚሩ መለሰሎም። ብድሕሪኡ ዝእዘዝዎ ሕፃናት ሃብዎ። ንሱ ግና ካብ ብዝሒ ሰላምታ ዝተላዕለ ስራሕ ከየፍትሑኒ ብምባል ነቶም ሕፃናት "ኣቦታትኩም እንተመጺኦም የለን በልዎም" በሎም። እቶም ሕፃውንቲ ግን ኣብ ዓዶም ሓሶት ዝበሃል ስለዘይፈልጡ ነቦታቶም "የለን በሉ ኢሉና'ዩ ኢሎም ነገርዎም። በዚ ግዜ'ዚ እቶም ብፁዓውያን ኣዝዮም ተቓጢያም "እዚ ሰብ'ዚ ካብ ዝነበረሉ ዓለም ሒዝዎ ንዝመጸ ክርዳድ ኣብዛ ሓሶትን፣ ክፍኣትን ተንኮልን ዘይንፈልጠላ ዓድና ክዘርኣልና እዩ'ሞ ይውጻእ" በሉ። ቅዱስ ዘሲማስ ዘይተጸበዮ ስለዝኾነ ሰንቢዱ ናብታ ዝመጽኣላ ዓለም ክምለስ እንተከደ እተን ተላጊበን ዘእተውኦ ኣግራብ ተፈላልየን ረከበን። እናሓዘነ ድማ ናብ ኣምላክ ጸለየ። ናብኡም'ውን ተመሊሱ "ይቕረ በሉለይ" በሎም። ብሓሶት ቅዱስ ዘሲማስ ተገሪሞም ከለዉ "ኦ ብፁዓን ክሳብ ሽውዓተ መዓልቲ ግደፍዎ፣ ሰብ ዓለም ንዓ ካትኩም ንክመስሉ ዜናኩም ካብ መ- መርያ ክሳዕ መወዳእታ ንገርዎ" ዝብል ቃል ሰምዑ። በዚ ግዜ'ዚ ኩሎም ክነግርዎ - መሩ።

"ኦ ሰብ ዓለም ዛንታና ኩሉ ስምዑ። ንሕና ከማካትኩም ሰባት ዝኾና ካብ ወገን ኣብርሃም ኢና። ኣቦና ፈራሒ እግዚኣብሔር ኣሚናዳብ ዝበሃል ነበረ። በቲ ግዜ'ቲ እቶም ሕዝቢ ቃል ኣምላክ ኣይሰምዑን ስለዝነበሩ፣ ነቢይ ኤርምያስ ነቲ ሕዝቢ " እንድሕር ዘይተመሊስኩም ብሥጋ ክትማረኩ ኢኩም ብነፍሲ'ውን ክትጠፍኡ ኢኩም" እናበለ ክምህር ከሎ ስለዝሰምዐ ናብ ነቢይ ኤርማያስ መጺኡ ንሱ ብ- ካ እግዚኣብሔር ካልእ ከምዘየምልክ ካብ ዝመጽእ ቁጥዓ ክሥውሮ ክጽልየሉ ተዛረቦ። ነቢይ ኤርምያስውን ጸልዩ ኣፋነዎ። በዚ ግዜ'ዚ ኣቦና

ኣሚናዳብ “ንእግዚኣብሔር ዘፍቕር ሰብ እንተሃለወ ንሱን ቤተሰቡን ብምልኡ ካብ ገዝኡ ይውጻእ” ኢሉ ኣወ- ። ንዕኡ ተኩቲሎም ኑቲ ኣዋጅ ሰሚያም ዝወጽኡ ብረድኤት እግዚኣብሔር ሳዕሪ፡ ቆጽሊ መጽሊ እናበልዉ ኣብ በረካ ክነብሩ - መሩ። ደሓር ግን ኣቦና ኣሚናዳብን እቲ ንጉሥን ሞቱ። ካልእ ንጉሥ ምስ ነገሠ፡ ሓሰውቲ ሰባት “ኣብ በረካ እስራኤል ንኣማልክቲ ንጉሥ ዘይሰግዱ፡ ስራሕ ዘይሰርሑ፡ ግብሪ ዘይከፍሉ ኣለዉ። ነዚኣቶም ድማ ካልኦት እንተርእዮሞም ንኣታቶም ብምስዓብ ከተማታት ኣጥፊኦም ንገዳማት ክስደዱ እዮም። ስራሕ ዝሰርሕ፡ ግብሪ ዝከፍል ከኣ ክሰኣን እዩ” ኢሎም ነገርዎ፡ እቲ ንጉሥ ነዚ ምስ ሰምዐ፡ መልእክቱ ታት ልኢኹ ናብቲ ዓለም ኣትዮም፡ ንጉሥ ንዘምልኮ ጣያት ንከምልኩ፡ ንክሰርሑን ግብሪ ክከፍሉን ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ንሳቶም ግና “ኣይፋልናን፡ ኣይንገብርን” ስለ ዝበሉ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ን ፬ (4) መዓልትን ለይትን ኣሰሮምን ኣሳቐዮምን። በዚ ግዜ'ዚ ኣቦታትና ኣብ ቤት ማእሰርቲ፡ ንሕና ከኣ ኣብ በረካ ክንጽሊ ከሎና፡ እግዚኣብሔር ቅዱሳን መላእክቱ ልኢኹ ንኣቦታትና ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺኡ ብደመና ጽዒኑ ናባና ኣምጽኦም። ንኩላትና ዓ በይትናን ንኣሽቱናን፡ ኣዋልድናን ኣወዳትናን ብደመና ጽዒኑ ናብዚ ቦታ'ዚ ኣብጽሓና። ኣብ ልዕሊ እቲ ባሕሪ ማንም ሰብ ናባና ከይመጽእ ደመና ገበረ። ኣባና መዓልትን ለይትን ማዕረ እዩ። ግመ፡ ቁሪ፡ ክረምቲ፡ ሓጋይ የለን። ድካም፡ ሃለክለክ፡ ምዝራእን ምዕጻድን፡ ምሻጥን ምልዋጥን፡ ብሩርን ወርቅን ዋላ ሓንቲ ናይ ሰብ ዓለም ግብሪ የሎን። ሃብታም ድካ የሎን ኩልና ማዕረ ኢና። ኣራዊት ምሳና ይነብሩ፡ ወላ ሓንቲ ኣይትንክፉናን እዮም። ሥጋ ኣይንበልዕን። ወይንን ሜስን ኣይንሰትን። ኩሉ ግዜ ክሳብ ሰዓት ሠለስተ ንጸውም። ካብቶም ኣግራብ ዝኣክል ፍረ ይወርደልና፡ ኣብ ትሕቲ እቲ ኣግራብ'ውን ጽሩይ ማይ ይፍልፍለልና። ብድሕሪ'ዚ እቶም ፍረታት ናብ ኣግራቦም ይምለሱ። እቲ ማይ'ውን ይነቅጽ። ንፋስ እንተነፈሰ መኣዛ ገነት ንሽትት። ካባና ሓደ እንተተመርዓወ ንሰበይቱ ሠለስተ ግዜ ጥራይ ይፈልጣ። ሠለስተ ቆልዑ ድማ ይወልዱ። ክልተ ኣወዳትን ሓንቲ ጓልን። እታ ጓል ነዲኣ ተገልግላ፡ እቶም ኣወዳት ድማ ሓደ ነቡኡ፡ ሓደ ድማ ንቤተክርስቲያን የገልግሉ። ብድሕሪኡ ንሳ ናብ ሰብኣያ፡ ንሱ ድማ ናብ ሰበይቱ ኣይምለሱን። ንሽሕ ዓመት (1000) ድማ ኣብዛ ምድሪ ንነብር።

ዮይታ ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ክጽነስ፡ ልደቱ፡ ጥምቀቱ፡ ስቓለቱ፡ ሞቱ፡ ትንሣኤኡን ዕርገቱን ኩሉ መላእክቲ ነጊሮሙና። በዘን በዓላት እዚኣን ዮይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ሄሮድስ ምስ ዝቐተሎም ሕፃናትን ምስ ቅዱሳን መላእክትን ናብ ቤተክርስቲያን ይመጽእ። ወንጌላዊ ቅዱስ ማቴዎስ ብዛዕባ ኢየሱስ

ክርስቶስ ክምህረና ብብሩህ ደመና ተጻዒኑ ናብ'ዚ ከመጽእ ከሎ ንሕና ኣቐዲምና ንፈልጥ ኔርና። ንእሽቶይ ቅድሚ ዓቢይ ኣይመውትን። ካባና ሓደ ንሞት እንተተጸውዐ፣ እግዚኣብሔር ዝለኣኮ መልኣክ "ሓወየ እግዚኣብሔር ናብኡ ክትመጽእ ምስኡ'ውን ንክትከውን ለኣኪኒ" ይብሎ። እቲ ሰብ'ውን ኣዝዩ ይሕጐስ። ንዓና'ውን ኣኪቡ "ናብ ኣምላክይ ክከይድ እየ'ሞ ተሓጐሱ" ይብለና። ብድሕሪኡ መላእክቲ ናባና ይመጹ'ሞ እቲ ሰብ ሕያው ከሎ ሓቢርና ናብ መቓብር ኬድና ስለ ኩሉ ነገር ንእግዚኣብሔር ነመስግን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ነፍሱ ብዘይ ድካም ትወጽእ መላእክቲ ድማ "*ክቡር ሞቱ ለጻድቅ በቅድመ እግዚኣብሔር*" እናበሉ ሥግኡ ክሳብ ዝቐበር ከመስግኑ ንሰምየም። ሓቢርና'ውን ነበስግን። ዓብይ ጸም ናይ ጐይታና ምስ በጽሐ ፍረታት ኣግራብ ናብ ላዕሊ ይድይቡ። ጸም ከምዝኣተወ ሸዑኡ ንፈልጥ። ክሳብ ምሸት ንጸውም፣ ምሸት ድማ መና ካብ ሰማይ ይወርደልና፣ ካብ ምድሪ'ውን ማይ ይፍልፍለልና። ኣብ ዓለም ዘለዉ ሰባት ብመንገዲ እግዚኣብሔር ክመላለሱ ክነጽሁን ከለዉ ስለእንፈልጥ ንሕጐስ። እምበኣር ዘሲማስ ግብርና እዚ'ዩ እሞ ጸሓፎ። ሓዞ ንሰብ ዓለም'ውን ንገሮም። ናብ እግዚኣብሔር ንክምለሱ። ምሕረቱ ኩሉ ንገሮም" በልዎ። ቅዱስ ዘሲማስ ነዚ ምስ ሰምዐ ንእግዚኣብሔር ፍጹም ኣመስገነ። ንሳቶም'ውን "ሕይወት ሰብ ዓለም ከመይ ኣሎ፡ ቂምታ፣ ዓመጻ፣ ክፍኣት ኣሎ'ዶ፡" ኢሎም ሓተትዎ። "እወ ኣሎ" ምስ በሎም "ኣርዑት ጭቐና ነገሥታት ዚከብዶም ነዚ እዩ" በልዎ።

ሸውዓተ መዓልቲ ምስ ተፈጸመ ድማ ቅዱስ ዘሲማስ ከምዚ በሎም፣ "ምሳካትኩም እንተዝነብርስ ከመይ ሐጐስ ምተሰምዓኒ! እንተኾነ ግና ዜናኩም ንሰብ ዓለም ክነግር ክከይድ እየ'ሞ ጸልዩለይ በሎም። "ጐይታና ንዓና ክትርኢ ዜናና ንሰብ ዓለም ክገልጽ ፈትዩ እዩ'ሞ ኣብ ዚመጽእ ዓለም ሠናይ ዋጋ ሃቡ፣ ምሳና'ውን ሕጉስ ይኩን። ኣሜን!" ኢሎም ጸለዩሉ።

ቅዱስ ዘሲማስ ዜና ብዑዓን ዝጸሓፈሉ መጽሓፍ ሒዙ ናብ ዝመጽኣላ ቦታ ክምለስ እንከሎ እተን ኣግራብ ተላጊበን ጸንሕኡ። ግዜኡ ድማ ብጸሎት ብዑዓ ውያን ካብቲ ቀዳማይ ብዝወሓደ መዓልታት ናብ በዓቱ ተመልሰ።

ትምኒቱ ኩሉ ስለ ዝተፈጸመሉ ንእግዚኣብሔር እናኣመስገነ ከሎ፣ ጸላኤ ሠናይ ብዓውታ እናጨደረ ናብኡ ቐረበ'ሞ "ኦ ዘሲማስ ካብ ኢደይ ዝወጽኡ ብዑዓ ውያን ከይኣክለኒ ሰባት ብግብሮም ንዓኣቶም ክመስሉ ዜንኦም ጽሒፍካ መጺእካ! በል ኣነ ድማ ዝገብሮ ኣለኒ። መከራ ኣብ ልዕሌካ ከብዝሕ እየ፣ ነታ ሒዝካያ ዚመጻእካ መጽሓፍ'ውን ከይትጥቀመላ ክወስዳ እየ።" ኢልዎ ተሠወረ። ንሱ ግን ጸሎቱ ከየቋረጸ ክጽሊ ከሎ፣ መልኣክ እግዚኣብሔር ተገለጸሉ'ሞ "ሃገረ ብዑዓን

በጺሕካ ስሌኦም ክትምስክር ዝተመረጽካ ኦ ዘሲማስ ሰላም ንዓካ ይኩን! ሰይጣን ከም ኢዮብ ክፍትነካ ካብ እግዚኣብሔር ለሚኑ ኣሎ'ሞ ኣይትፍራሕ እግዚኣብሔር ምሳካ እዩ" በሎ። ድሕሪ ቅሩብ መዓልታት ሰይጣን ምስ ጭፍርኡ ብዓቢይ ጭደራን ብዓውታን ናብ በዓቲ ዘሲማስ ኣትዩ ነቲ መጽሓፍ ኣሕደጎ። ንቅዱስ ዘሲማስ ድማ ጐቲቱ ኣውጺኡ ክሳብ ከም ሓደ ዝሞተ ሰብ ዝመስል ን፲፭ (15) መዓልታት ኣሳቐዮ። ቅዱስ ዘሲማስ ዋላ'ውን እዚ ኩሉ መከራ እንተወረዶ ንፈጣሪኡ ምእንታን ካብ ስቓይ ከድሕኖ ምጽላይ ኣየቋረጸን። ድሕሪ'ዚ መልኣክ እግዚኣብሔር መጺኡ "ኦ ዘሲማስ ተንሥእ! እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ሰይጣን ምልኪ ሂቡካ'ዩ። ድሕሪ ሕጂ ናባካ ዚቐርብ ጸላኢ የልቦን'ሞ ኣይትፍራሕ" በሎ። ቅዱስ ዘሲማስ "ኦ ጐይታይ ነታ መጸናኒዒተይ ዚኾነት መጽሓፍ ዜና ብፁዓውያን ወሲዱለይ ኣሎ" ምስ በለ እቲ መልኣክ "ኣይትሕሰብ እግዚኣብሔር ከም ዝኣዘዘኒ ብዘይፍቓዱ ከምዝመጽእ ክገብሮ እየ" ኢልዎ ከደ። መልኣክ እግዚኣብሔር ንሰይጣን ብክልተ ሰንሰለት ኣሲሩ እናገረፈ ሒዝዎ መጸ። ሰይጣን ድማ " ኦ ዘሲማስ ንዓካ በደልኩ፡ ስቓይ ውን ኣብዛሕኩልካ፡ ድሕሪ ሕጂ ግን ኣባካን ኣብ ቦታካን ዘበለ ከቶ ኣይርከብን እየ" እናበለ ገዓረ። ነታ መጽሓፍ ዜና ብፁዓውያን መልኣክ እግዚኣብሔር ካብ ኢድ ሰይጣን ኣሕዲጉ ንቅዱስ ዘሲማስ መለሰሉ።

ካብቲ ግዜ'ቲ - ሚሩ ቅዱስ ዘሲማስ ኣብ በዓቱ ኮይኑ ስለ'ቲ እግዚኣብሔር ዝገበረሉ ነገር ኩሉ እናመስገነ ዜና ብፁዓውያን እናንበበን ብሰላም ይነብር ነበረ። ግዜ ዕረፍቱ ምስ ኣከለ መልኣክ እግዚኣብሔር መጺኡ " ኦ ዘሲማስ ካብዛ ዓለም'ዚኣ ተፈሊካ ናብ እግዚኣብሔር ትከደላ መዓልቲ ኣኪላ ኣላ እሞ ኣብዛ ገዳም'ዚኣ ዘለዉ ኣበው (ኣቦታት) ኣኪብካ ከንብብዋን ንዓለም ድማ ከስተምህሩላን ክገልጹላን ንመጽሓፍ ዜና ብፁዓውያን ሃቦም" በሎ። ቅዱስ ዘሲማስ ናይቲ ገዳም ኣበው መነኮሳት ኣኪቡ ዜና ብፁዓውያን ኣንበበሎም። ክጥቀምሉን ንሰባት'ውን ክገልጹሎምን ኣዘዞም። ብድሕር'ዚ "ካብዛ ዓለም ዚኣ ተፈልየ ናብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክከይድ እየ'ሞ ጸልዩለይ" ኢልዎም ኣብ መበል ተስዓን ሠለስተን ዓመቱ (፺፫) ብ 9 (፱) ሚያዝያ ዓረፈ። ከቢቦም ዝነበሩ ገዳማውያን ኣበው ነፍሱ ከም ፀሐይ እናብረሀት ብምስጋና መላእኽቲ ናብ ሰማይ ክትዓርግ ረኣይዋ። ኣብ መቓብሩ'ውን ብዙሕ ተኣምራት ተራእየ። ዜና ብፁዓውያን ንመነኮሳት ኣበው ንኩሉ ሰብ መጸናንዒ ምእንቲ ክከውን ተዛረቡሉ።

በረኸተ ቅዱስ ዘሲማስን ብፁዓውያንን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን። ኣሜን።

-

- ሰላም ለዘሲማስ ሶበ ጸለየ ወአስተብቍዓ፡
- መጠነ ዓመታት አርብዓ፡
- ብሔረ ብዑዓን በዊአ አምሳለ ማቴዎስ ቦአ፡
- ኮሎ በህየ እንተ ነጸረ ወሰምዐ፡
- በውስተ ዓለም ከመ ይስብክ ወፅአ፡

መጽሐፈ ስንክሳር ዕለት ፱ ሚያዝያ

✠ ✠ ✠

ካብ መጽሓፈ ስንክሳር ዕለት ፱ ወርሒ ሚያዝያ ዝተተርጐመ ሓቂ ታሪክ ጻድቕ

ቅዱስ መርቂ ነጋዳይ

ቅዱስ መርቂ ትውልዲ ሃገሩ ከተማ ኣንጾክያ ኣብ ግብጺ እዩ። እዚ ቅዱስ ኣቦ ስርሑ ነጋዳይ ኮይኑ ሓደ ጉዝፋር ዝስሙ ዓርኪ ነበሮ፡ ኣዝዮም ዝፋቐሩ ነበሩ፡ እንተኾነ ግን ብኩሉ ነገር እኳ እንተ ተፋቐሩ ኣብ መንጐኦም ዘየራክብ ዓቢ ፍልልይ ብምንባሩ ንሱ ድማ ጉዝፋር መምለኪ ጣዖት ብምኳኑ እዩ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ጉዝፋርን መርቂን ክነግዱ ናብ ሓንቲ ከተማ ነበግዲድ ትበሃል ቦታ እናከዱ መገዲ ስለ ዘይነበሮ ንኣስታት ሓሙሽተ መዓልቲ ብጫካ በረካ ብኣግራብን ብኣእዋምን ዝተከበ ድሕሪ ምካዶም፡ ቅዱስ መርቂ ብብርቱዕ ሕማም ይሓምም እሞ እቲ ክነግደሉ ኢሉ ተማሊእዎ ዝነበረ ኣርብዓ ጥረ ወርቂ ብበቐሊ ዝተጻዕነ ንእግዚኣብሔር ኣምላክ ክህቦ ብምባል ነፍሱ እናጸናንዔ ኣብ ንእሽቶይ ወረቐት “ስማዕ ኦ ጐይታይን ኣምላኸይን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣነ ኣገልጋሊካ ናትካ ፍጡር መርቂ ዝተባሃልኩ ኣብቲ ዘይሓልፍ ሓድሽ ሰማያት ሃገር ምእንቲ ከተውርሰኒ እዘን 40 ጥረ ወርቂ ምስ በቐለን ዝተጻዕና ንደቀይ ንሰበይተይ ንስድራቤተይ ከይበልኩ ኣብ ኢድካ ክበጽሓ እልእከልካ ኣለኩ” ኢሉ ነታ ጽሕፍቲ ደብዳቤ ሓቲሙ ነቲ ዘፍቅሮ መምለኪ ጣዖት ዓርኩ በቲ ናቱ ዘምልኮ ኣምላክ ኣምሒሉ ከምዚ በሎ “ክመውት ከለኩ ከይትቐርበኒ ጥራይ እዘን 40 ጥረ ወርቂ ምስ በቐለን ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ እግዚኣብሔር ሕያው ኣብ ኢዱ እንተዘይኮይኑ ንካልእ ከይትህብ ኢሉ ተላበዎ።”

ንሱ ድማ ማለት ጉዝፋር ዓርኩ “ሎምስ ተጸሊልካ ኢካ መስለኒ እቲ እትብሎ ዘለካስ ትፈልጦ ዶሎካ ኣይሁድ ሒዞም ገሪፎምዎ እንደገና ኣብ መስቀል ሰቒሎም ቀቲሎሞ ኣብ መበል ሣልሳይ መዓልቲ ድማ ንሰማይ ዓሪጉዶ ኣይበልካንን እሞ ድማ ሕጂ ንሰማይ ክንፊ ኣውጺኤ ክበርር ዲካ ደሊካኒ ኢሉ

እዚ ነገር እዝስ ሕሰበሉ ደኣ እምበር ከምዚ ንስካ ትብሎ ዘለካስ ክህበልካ ኣይከኣለንን እዩ" በሎ ቅዱስ መርቂ ግን ብዘረብኡ ከይተጠራጠረ ኪድ ጥራይ ከምታ ዝሓበርኩካ ግበር ባዕሉ መጺኡ ክቐበላካ እዩ በሎ።

ቅዱስ መርቂ ክመውት ምስ ደለየ ኣይትተንክየኒ ስለ ዝበሎ ጉዝፋር ኣብ ርሑቕ ቦታ ኮይኑ ይዕዘቦ ነበረ። ከምዚ ድማ ረኣየ ልብሲ ብርሃን ዝሓዙ መላእክቲ ክወርዱ ምስኣቶም ድማ ጻድቕን ሰማዕታት ነብይ ዳዊትውን ብመሰንቆ እናዘመረ፣ መንፈስ ቅዱስ ብእምሳል ርግቢ ሰለስተ ግዜ ንሥግኡ ክዘውር ደድሪኡ ኣብ መወዳእታ ነፍሱ ካብ ሥግኡ ተፈልያ። መላእክቲ ከቢቦማ ብዓቢ ሓጐስ ንሰማይ ክዓርግ ምስ ረኣየ፣ ብኡ ንብኡ ክልተ ኣናብስቲ ካብቲ ዱር ወጺኦም ንመቓብሩ ዝከውን ፍሒሮም ባዕላቶም ሓመድ ኣዳም ኣልበስዎ።

ድሕሪዚ ጉዝፋር ብዝረኣዮን ብዝሰምየን መሳጢ ዝኾነ ምሥጢራት እናተደነቐ ነታ ሓደራ ዝተዋህባ ክፍጽም ኣንፈቱ ናብ ሃገረ ንጾክያ እትርከብ ቤተክርስቲያን ኣምርሐ። ኣብኡ ምስ በጽሐ ድማ ምስ ኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን ካህን ታዴዎስ ድሕሪ ምርካቡ ኩሉ እቲ ዝተባህሎ ይነግሮ እሞ እቲ ካህን ድማ ባዕሉ ክቐበሎ ደለየ እንተኾነ ግን ውዕል ክልቲኦም ከምኡ ስለ ዘይነበረ ንምክሩ ኣይተቐበሎን፣ ሽዑ ካህን ታዴዎስ ቤተክርስቲያን ከፈተሉ እሞ ጉዝፋር ድማ እቲ ዝሓዞ ንብረት ሒዙ ኣብታ ቤተክርስቲያን ጠጠው በለ።

ፍርቂ ለይቲ ምስ ኾነ ድማ ድምጺ ነጎድጓድን መብረቕን ኣብቲ ውሽጢ መቕደስ ተሰምዐ። ብፍሉይ ብርሃን እታ ቤተክርስቲያን ተጎልበበት ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እውን ከም ፀሓይ ደሚቑ ኣብቲ ልዕሊ ታቦት ምስ ኩሎም መላእክቲ ኣብ ዙርያኡ ከቢቦም ተገልጽዎ። ድሕሪኡ ሓደ መልኣክ ናብኡ ቀሪቡ "ንምንታይ ኣብዚ ጠጠው ኢልካ? ኣንታ ከሓዲ ጉዝፋር ምስ በሎ ንሱ ድማ ብዛዕባ ብጻዩ ቅዱስ መርቂ ዝሃቦ ሓደራ ነጊሩ ብዘይካ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንካልኣ ዝቐበል ኃላፍነት ሓደራ ከም ዘይተዋህበ ድሕሪ ምግላጹ፣ እቲ መልኣክ "በል ተረዳእ ኣስተውዕል እዚ እዩ ፈጣሪና ነዚ ድማ እዩ ሓደራ ዝበለካ ቅድሚ ኩሉ ነገር ናብኡ ስገድ" በሎ። ምስ ሰገደ "ኣሚነ ኣለኩ ፈጣሪ ምኳንካ ብዘይካካ ንዓለም ዘማሓድራ የልቦን" ድሕሪ ምባሉ እቲ ሓቲሙ ዝሓቦ መልእክትን እቲ ወርቕን በቐልን ብኢድ መላእክቲ ጌሩ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ተቐቢሉ ምዘንዎ በሎም ከምታ ዝሃቦ ድማ ኣርባዓ ጥረ ወርቂ ኮነ።

ሽዑ ጐይታናን ኣምላክናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንመምለኪ ጣዖት ጉዝፋር ናብቲ ኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን ካህን ታዴዎስ ከይዱ ክጥመቕ ኣዘዞ። ንሱ ምስ

ተጠምቀ በቲ መስተንክር ዝኾነ ፍጻሜታት ዝሰምዑ ቤተሰቡ ልዕሊ 75 ነፍሳት ብሓደ ግዜ ተጠምቁ።

ኣብ መወዳእታ ቅዱስ መርቂ በቲ ከይብለኒ ከይበለ ንከሓዲ ብጸዩ ቃል መከራ ስቓለቱን ግርፋቱን ናይ መድኃኔ ዓለም ብምንጋሩ ንሱን ቤተሰቡን ካብ ናይ ዘልዓለም ጥፍኣት ኣናገፎም። ንሱ ድማ በቲ ኩሉ ዝገበሮ ቅድሚ ምማቱ ካብ ኣምላክ ቃል ኪዳን ተቐቢሉ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ብዕለት 3 ወርሒ ሚያዝያ ሕይወቱ ካብ ሥግኡ ተፈልያ ናብ ናይ ዘልዓለም መንግሥተ ሰማያት ብዓቢ ክብሪ ብክንፊ መላእክቲ ዓረገት።

ጸሎቱን በረኽቱን ናይ ኣቦና ቅዱስ መርቂ ምስ ኩላትና ይኹን።

✠ ✠ ✠

ቅዱስ ኣርሳንዮስ

ብራብዓይን ኃሙሻይን ክፍለ ዘመን በረካታት ግብጺ ብንጽህናን ተጋድሎን ትጉሃት መነኮሳት ባሕታውያን ዝመልኣ ካብ ከባቢ ግብጺ ጥራይ ዝመጹ መነኮሳት ኣይነበሩን፣ እንታይ ደኣ ካብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ዓለም ዝመጹ እምበር፣ ካብዚኣቶም ብሮማውያን ብግሪካውያንን ትምህርቲ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሑ ናብ ግብጺ ከይዶም ብብሕትውናን ብርቱዕ ተጋድሎን ካብ ዝፈጸሙ ቅዱሳን ኣቦታት ሓደ ፍሉጥ ዓቢ ኣቡነ ቅዱስ ኣርሳንዮስ እዩ።

ቅዱስ ኣርሳንዮስ ካብ ሰብ ጸጋን ሥናይ ዝግብሮምን ወለዲ ኣብ ከባቢ 350 ዓ.ም.ግ. ኣብ ሃገረ ሮም ተወልደ። ወለዱ'ውን ናይ ቤተክርስቲያን ትምህርቲ ከምዝመሃር ገበሩ፣ ተወሳኺ'ውን ብዘመኑ ዝነበረ ናይ ግሪካውያንን ሮማውያንን ትምህርቲ ክሳዕ መወዳእታ ዝተመሃረን ኣዝዩ ፈላጥን ነበረ፣ ኣባ ኣርሳንዮስ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምንባብ ዝፈቱ ብምንባሩ ቀጺሉ ከኣ ግቡእ ትምህርቲ ሃይማኖት ምስ ተማህረ በቶም ናይ ሽዑ ዝነበሩ ናይ ሮም ጳጳስ ዲቁና ተሾመ፣ ድሕሪ ጊዜ ኣቡኡን ኣዲኡን ምሟቶም ዝወረሶ ሃብቲ ብምሉኡ ንድካታት ሃቦ በይኑ ምንባር - መረ ንሱ በቲ ዝሠርሖ ዝነበረ ናይ ጽድቂ ሥራሕን ብጥበብን ዝተፈልጠ ኮነ።

እቲ ዓቢ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ነቶም ክልተ ደቁ ኣርቃዶዮስን ኣኖሬዎስን። ዘስተምህረሉ ሰብ ምስ ደልየ። ናይ ሮም ጳጳስ ብመንፈሳውን ብዓለማዊ ፍልጠት ንዝበሰለ ንኣባ ኣርሳንዮስ ስለዝመረጸሎም። ናብ ቁስጥንጥንያ ለኣክዎ። ከይዱ'ውን ክምህር - መረ ሓደ ግዜ እቲ ንጉሥ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ንዝምህረሉ ዘለዉ ደቁ ንምርኣይ ምስ መጸ ኣባ ኣርሳንዮስ ደው ኢሉ ክምህር ደቁ ግና ኮፍ ኢሎም

ክመሃሩ ረኣየ፣ እዚ ምስ ረኣየ ንሳቶም ደው ኢሎም ክመሃሩ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ግና ኮፍ ኢሉ ክምህር ገበረ። ከምዚ እናገበረ ከባቢ ፲፭ (15) ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ ዝነበሮ ቦታ ቤተ-መንግሥቲ ብምኳኑ ሓፈሻዊ ኮነታት ደስ ኣይበሎን፣ ጐይታ ብወንጌሉ *“ ሰብ ዓለም ኩሉ ረቢሑስ ንነብሱ እንተጥፍኣ እንታይ ይጠቕሞ”* ዝበሎ ቃል እናሓሰበ ንፈጣሪኡ ዝድሕነሉ መንገዲ ኣርእየኒ ኢሉ ጸለየ። ኣብዚ እዋንዚ “ ኣርሳንዮስ ካብ ሰብ ተፈሊካ ኪድ ክትድሕን ኢካ” ዝብል ቃል መጸ። እዚ ምስ ሰምዐ ንቁስጥንጥንያስ ገዲፉ ብእስክንድርያ ጌሩ ናብ ገዳም ኣስቄጥስ ናብ ኣባ መቃርዮስ ከደ። ኣባ መቃርዮስ ንዮሓንስ ሓጺር ብቕዓቱ ፈቲኑ ምእንቲ ክቕበሎ ኣሕሊፉ ሃቦ፣ ምሽት ኩሎም መነኮሳት ናይ ዕለት መቕነኖም ክወስዱ ከለዉ ኣባ ዮሓንስ ንኣባ ኣርሳንዮስ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ ከሎ ከይሃቦ ስቕ በለ እሞ፣ ድሕሪኡ ቅዱስ ዮሓንስ ነቲ መቕነን “እንተደሊካ ብልዓዮ” ብዝገልጽ ኮነታት ኣብ ፊት ቅዱስ ኣርሳንዮስ ደርበየሉ፣ ኣባ ኣርሳንዮስ ግና ደስ እናበሎ ኮፍ ኢሉ ተመገበ። ቅዱስ ዮሓንስ ሓጺር ብናይ ኣርሳንዮስ ኮነታት ተሓጉሱ ካልእ ፈተና ከይፈተነ “እዚ ሰብ’ዚ መነኮስ ክከውን ይክእል እዩ ኢሉ ተቕበሎ ካብዛ ዕለት እዚኣ - ሚሩ ኣባ ኣርሳንዮስ ተጋድሎኡ - መረ።

ሓደ እዋን ቅዱስ ኣርሳንዮስ ዝበሰለ ጥረ ቅራፍ ክድርቢ ከሎ እቶም ናይ’ቲ ገዳም ኣበምኔትን እቶም ገዳማውያን ኣቦታትን ረኣይዎ፣ እቶም ኣበምኔት ግን ነቲ ረድኡም ጸዊያም “ቅዱስ ኣርሳንዮስ ዝፈጸሞ ጌጋ ርኢካዮ ዶ፡” በልዎ፣ ንሱ ውን እዉ ኣቦና ሪኤዮ በሎም፣ ድሕሪኡ “በል ንኣባ ኣርሳንዮስ ጌጋኡ ብቕጥታ እንተነጊርናዮ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወቱ ዕንቅፋት ከይኮኖ ካብዛ ገዳም’ውን ወጻኢ ከይከይድ ኣነ ንኣባ ኣርሳንዮስ ጸዊዔ ከዘራርቦ እየ። ንስካ ኣብ ጥቓና ብምምጻእ እታ ንሱ ዝፈጸማ ጌጋ ድገማ። ሽዑ ኣነ ዝኮረኩ ብምምሳል ንምንታይ እዚ ጌጋ’ዚ ፈጺምካ ብምባል ክጸፍዓካ’የ። በዚ ንኣባ ኣርሳንዮስ ጌጋኡ ከይደግም ትምህርቲ ክኮኖ እዩ” በሎ፣ እቲ ረድኢ’ውን ነቲ ቅዱስ ሓሳብ ብምሉእ ልቡ ተቕበሎ፣ እቲ ኣበምኔት ንኣባ ኣርሳንዮስ ጸዊዑ እናኣዕለሎ ከሎ እቲ ረድኢ ኣብ ጥቓ ኣባ ኣርሳንዮስ ኮይኑ እናቕረፈ ክምገብ - መረ፣ ነዚ ብምዕዛብ እቲ ኣበምኔት ከምዝተቐጥዐ ሃረሞ። ኣብ ውሽጢ ገዳምና ንምንታይ ከምዚ ትገብር፡ በልዎ ቅዱስ ኣርሳንዮስ እቲ ተግሳጽ ንዕኡ ምኳኑ ተረዲእዎ *“ዛቲ ጽፍኣት ዘኣርሳኒ ይእቲ”* እዛ መጽፉዕቲ ናተይ እያ ኢሉ ነቲ ዝነበሮ ልምዲ ሓደጎ።

ኣባ ኣርሳንዮስ ኣብ በረካ ኣስቄጥስ ሓሚሙ ከሎ ካብ ሰብ ምጽዋት ስለ እተቕበለ፣ “ ኦ ጐይታ ስለ ስምካ ምጽዋት ክቕበል ኣብቂዕካኒ ኢካ እሞ ኣመስግነካ ኣሎኩ” በለ ብካልእ ጊዜ’ውን ኣብ ሲሃት ዝተባህለ በረካ ከሎ

ተጸልኢዎ እቲ ሕማም ስለዝበርትዖ ከኣ ናብ ቤተክርስቲያን ኣምጽእዎ ብንእሽቶይ ምንጻፍን ትርኣስን ጌሮም ኣደቀስዎ ሓደ ካብ ኣረጋውያን ክሪኡ ምስ መጸ፡ ከምዚ ዝጸንዕን ብመንፈሳዊ ሕይወት ዝተጋድለን “እዞም ብምንጻፍ ደቂሶም ዘለዉ ድዮም” ኢሎም ብዛዕባ ዕቤት ኣባ ኣርሳንዮስ ተጠራጠረ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ሓደ ናይ ቤተክርስቲያን ካህን ነዚ ኣረጋዊ “ብሃገርካ ከለካ ሥራሕካን መነባብሮካን ከመይ ነይሩ ብምባል ሓተትዎ፡ ንሱ “ናይ ኣባጊዕ ጓሳ ነይረ መነባብሮይ'ውን ብብዙሕ ድካም ውረድ ደይብን ነበረ በሎ።

ብድሕሪኡ “ኣብዚ ገዳምካ ከመይ እዩ፡” በሎም፡ ንሱ'ውን ኣብ'ዝስ ብበሕተይ ተወሲነ ካብ ዓለም ኣብ ዝነበረኒ ድካም ብጸጋ እግዚኣብሔር ዓሪፈ ኣሎኩ” በሎ። እዚ ምስ በሎ ኣስዒቡ፡ “ ንኣባ ኣርሳንዮስ ኣብ ዓለም ከሎ ትፈልጦ ዶ፡” ክብልዎ ከለዉ፡ “ኣይፈልጦን” እየ በለ ብድሕሪኡ እቲ ካህን “ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ናይ ደቂ ንጉሥ መምህር ነበረ። ንዓኣቶም ብዙሕ ኣገልገልትን ተኣዘዝትን ነበርዎም። ወርቅን ብሩርን ካልእ'ውን ሃብቲ ዘይቁጸር ነበሮም፡ ዝተማህሩን ናይ ቤተክርስቲያን ሰብን ነበረ፡ ንስኩም ብዓለም ከለኩም ዝነበረኩም ዝኣክል ሃብትን ጣዕምን እኳ ኣርሳንዮስ ኣብዚ ገዳም'ዚ ብእዋን ሕማሙ ኣይረከቦን ንስኩም ኣብዚ ገዳም ንናብራኩም ጥዒምኩም ትነብሩ ኣሎኩም ኣባ ኣርሳንዮስ ግና እቲ ኩሉ ክብርን ሃብትን ገዲፉ መጸ” በሎም። እዚ ምስ ሰምዑ እቶም ኣረጋዊ ተጣዕሱ “ኣባ ኣርሳንዮስ ኣቦይ ይቕረ በለለይ ንስካ ናብ ድክነትን ትሕትናን መጻእካ ናተይ ግና ካብ ድካም ናብ ዕረፍቲ እዩ” ኢሎም ሰጊዶምሉ ከዱ፡ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ብዛዕ ባ ነብሱን ብዛዕባ ኮነታት ዓለምን ኩሉ ግዜ ይበኪ ብምንባሩ ኣብ መንነ ኣፍ ልቡ ንብዓት ዝወርደሉ ቦታ ውሕጅ ከም ዝከደሉ መሬት ፍሉይ ምልክት ሒዙ ይረአ ነበረ። ተንኮበት ብምሥራሕ ክነብር ከሎ፡ ንመተርከሲ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ማይ ኣይቅይሮን ነበረ እሞ ሓደ “ ንምንታይ እዚ ኣዝዩ ዝረስሐን ዝጨነወን ማይ ዘይትቕይሮ ምስ በሎ፡ “ኣብ ዓለም ከለኩ ዝሰተክዎ ዝጸበቕን ጥዑምን ማይ በዚ ክቕጻዕ ኢለ እየ፡ በሎ። ቀዳም ምሸት ገጹ ናብ ምብራቕ ጌሩ ፀሐይ ዝባኑ ክትሃርሞ ኢዱ ዘርጊሑ ንጸሎት ምስ ቆመ ኮፍ ዝብል። ሰንበት ንግሆ ፀሐይ ገጹ ክትሃርሞ ከላ እዩ፡ “ *ንሳእ መክፈልተከ ኦ ሓካይ ሥጋ ድኩም ሥጋ በስባሲ ኣዕ ርፍ*” ብምባል ኣዕርፋ፡ ኣባ ኣርሳንዮስ ንሓደ ዘይተመሃረ መነኮስ ምክሪ ክሓትት ዝረኣዮ ንስካ ብዙሕ ዝተመሃርካ እንከለካ ከመይ ኢልካ ነዚ ትሓቶ ኣለካ በሎ ንሱ ግና “እወ ኣነ ናይ ግሪክን ሮማውያንን ትምህርቲ ተማሂረ ኣሎኩ ናይ ቅዱሳን ሕይወት ግን ገና ነቲ ፊደል'ውን ኣይቆጸርኩን” ኢሉ መለሰሉ።

ቅዱስ ኣርሳንዮስ ናብራ ብሕትውና ፈጺሙ ካብ ምፍታው ዝተላዕለ ምስ ሰብ ምርካብ ኣይፈቱን ነበረ፣ ሓደ መዓልቲ ኣባ መቃርስ “ ኣባ ኣርሳንዮስ ካባና ንምንታይ ትሃድም ኣሎካ ንዓና ውን ዓለማውያን ጌርካና ዲካ ምስ በልዎ ካብ መጠን ንላዕሊ ከም ዝፈትወኩም እግዚኣብሔር ይፈልጥ እዩ እንተኾነ ግና ምስ ሰብን ምስ እግዚኣብሔርን ምኳን ኣይከኣልን። ንእግዚኣብሔር ሓዲገ ከኣ ምስ ሰብ ምንባር ኣይክእልን እየ” ብምባል መለሰሉ። ናብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን'ውን ክኣቱ ከሎ ብዓንዲ ይስወር ነበረ፣ ሓደ እዋን ካብ ቤተ መንግሥቲ ሮም ዝኾነት ንእግዚኣብሔር'ውን እትፈርሕ ዝነበረት ንግሥቲ ክትርእዮ ስለዝደለየት ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቴዎፍሎስ ንቅዱስ ኣርሳንዮስ ክዛረበላ ለመነቶ፣ ሊቀ ጳጳሳት ሓሳባት እታ ንግሥቲ ንኣባ ኣርሳንዮስ ነገሮ እንተኾነ ግና ቅዱስ ኣቦና ኣባ ኣርሳንዮስ ፍቓደ ኣይኮነን፣ እታ ንግሥቲ ከም ዘይቅበላ ምስ ፈለጠት፣ “ ኣነ ታራ ሰብ ዘይኮንኩስ ኑቲ ዓቢ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ክርእዮ መጺኤ ኣሎኩ ከም ዝርእዮ በረኩቱ'ውን ከም ዝቕበል ብእግዚኣብሔር ኣሚነ ኣሎኩ” ኢላ ምስ ብዙሓት ዓ- ብታን ሠራዊታን ኮይና ከደቶ፣ ንኣባ ኣርሳንዮስ ከኣ ኣብ ኣፍደገ በዓቲ ረከበቶ ከይዳ'ውን ኣብ እግሩ ወደቐት። ንሱ ክሳብ ኣብዚ መጺእኪ “ሮም ኬድኪ ኣርሳንዮስ ርኤዮ ኢልኪ ከተውርዩ እሞ ናይታ ሃገር ኣንስቲ ኩለን ክመጻ መንገዲ ከተርእየን ዲኪ: በላ ንሳ ከኣ፡- “እግዚኣብሔር እንተዘይፈቐደ ዝኾነ ሰብ ናብ'ዚ ክመጽእ ኣይክእልን እዩ፣ እንተኾነ ንዓይ ብጸሎትካ ኩልሳዕ ክትዝክረኒ ይደሊ እየ” በለቶ።

ኣባ ኣርሳንዮስ ግን “ *ኣነ ኣሃሰስ እም እግዚኣብሔር ከመ ያጥፍእ ዝክረኪ እም ልብየ*” ኣነስ ንፈጣሪየይ ዝልምኖ ምዝካርኪ ካብ ልበይ ምእንቲ ከጥፍኣለይ እዩ በላ፣ እዚ ምስ ሰምዐት ኣዝያ ሓዘነት፣ እስንክንድርያ ምስ በጽሐት ድማ ንሊቀ ጳጳሳት ቴዎፍሎስ ነገረቶ ብሰንኪ እዚ ጽኑዕ ሓዘን ክመውት እየ'ውን በለቶ። ቅዱስ ቴዎፍሎስ ግና ንስኪ ሰበይቲ ከም ዝኾንኪ ሰይጣን'ውን ንቅዱሳን ብመልክዕ ሰበይቲ ከም ዝዋግኣም ኣይትፈልጥን ዶ ኢኪ ኣባ ኣርሳንዮስ ከምዚ ዝበለኪ በዚ ምክንያት እዩ ብዛዕባ ነፍስኪ ኮልሳዕ ብጸሎት ይዘክረኪ እዩ ስሌኪ ካብ ምጽላይ'ውን ኣየብኩረን እዩ ስለዚ ሕጂ ካብ ሕማምኪ ክትድሕኒ ኢኪ በላ። ሽዑ'ውን ካብ ሕማማ ሓወየት፣ ቅዱስ ቴዎፍሎስ ዝነገራ ተረዲኣ ከኣ ደስ እናበላ ናብ ሃገራ ኣተወት።

ሊቀ ጳጳሳት ቴዎፍሎስ'ውን ንኣባ ኣርሳንዮስ ናብ ዘለዎ በረካ ከይዱ ምእንቲ ክረክቦ መልእክተ ታት (ልኡካት) ምስ ለኣከሉ ኣባ ኣርሳንዮስ ከኣ ንስካ እንተ መጻእካ ክቕበለካ እየ ንዓካ እንተ ተቕቢለ ካልኦት ንዝመጹ ውን ኩሎም ክቕበል እየ። ንኩሉ ዝቕበል እንተኮይነ ኣብዚ ቦታ'ዚ በይነይ ምንባር ኣይክእልን እየ

ክብል መለሰሉ። ነዚ ምስ ሰምዐ ሊቀጳጳስ ቴዎፍሎስ ናተይ ምካድ ዝዕንቅፎም እንተኸይኑ ይትረፈኒ በለ፣ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ንውዳሴ ከንቱ ክሳዕ መጨረስታ ፈጺሙ ዝጸልእን ካብዚ ዓቢ ጾር ዝረሓቐን ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ካብ ኣገልገልቲ ንጉሥ ዝኾነ ተለኣኣካይ ንኣባ ኣርሳንዮስ ናይ ሓደ በዓል ጸጋ ዘመዱ ናይ ውርሻ ደብዳበ ሒዙሉ መጸ፣ እቲ ደብዳበ ኣባ ኣርሳንዮስ ነቲ ሃብቲ ምእንቲ ክወርስ መዋቲ ዘመዱ ከም ዝተናዘዘሉ ይገልጽ።፣ ኣባ ኣርሳንዮስ ነታ ደብዳበ ክቐዳ ክብል ከሎ እቲ ዝተላእከ ሰብ ኣብ እግሮም ብምውዳቕ “ ኣብ ልዕለይ ጸገም ስለ ዝበጽሓኒ ኣይትቐደዳ ምስ በሎ ከይቐደዳ ሓደጋ፣ ኣነ ቅድሚ እዚ ሰብ'ዚ ዝሞትኩ ስለዝኾንኩ ናቱ ወራሲ ክከውን ኣይክእልን እየ ከኣ በሎ። ኣሕዋት ምክረና ኣብ ዝበልዎ እዋን እውን “ ኣብ ዝዛረበሉ ግዜ ዝጠዓሰሉ ነገር ስኢነ ኣይፈልጥን። ኣብ ሱቕ ምባለይ ግና ጣዕሳ ኣየጋጠመንን” በለ።

ቅዱስ ኣርሳንዮስ ብብዝሒ ብክያት ቅርኒብ ዓይኑ ኩሉ ረጊፉ ነበረ፣ ፺ ዓመት ኣብ ሮም፣ ፹፩ ዓመት ኣብ ገዳመ ኣስቄጥስ፣ ፭ ዓመት ኣብ ምስሪ፣ ፲ ዓመት ኣብ ኣድባራት እስክንድርያ፣ ፪ ዓመት ከኣ ኣብ ደብረ ምስሪ ብምቕምጥ ኣብ መበል ፻ ዓመቱ ዓረፈ።

ናይ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ልመናኡን በረኩቱን ይሕደረና ኣሜን።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ሊባኖስ ዘደብረ ወርቅ ሃም

ዝርከበሉ ቦታ ካብ ሰንዓፈ ደቡባዊ ምዕራብ ካብ ዛላምበሳ ንምዕራብ ከባቢ ናይ ሰለስተ (3) ሰዓት ብእግሪ ርሒቑ ይርከብ። ኣቡነ ሊባኖስ ትውልዲ ዓዱ ሮማዊ ኮይኑ ካብ ኣቡኡ ንጉሥ ኣብርሃም ካብ ኣዲኡ ንግሥቲ ማርያም ፫ (3) ሐምለ ተወልደ ዕድሚኡ ንመርዓ ምስ በጽሐ ኣመርዓውዎ። ኣብቲ ዕለት መርዕኡ ግን ቡቲ ኣብ ልቡ ዝነበረ ናይ ምንኵስና (ምምናን) ባህጊ በታ መዓልቲ መርዕኡ ቅዱስ ገብርኤል መልኣክ መጺኡ ***“ሊባኖስ ሊባኖስ ሊባኖስ ፃዕ እምቤተ መርዓክ”*** ኢሉ ሠለስተ ግዜ ጸውዖ ንሱ ጻውዒት ስሚዑ ኣቤት በለ። እቲ መልኣክ “ንዓ ውጻእ ተንሥእ ካብ ኣቦካ ተፈለ ንስካ ናይ መንግሥተ ሰማያት መርዓዊ እምበር ናይ ዓለም መርዓዊ ኣይኮንካን” በሎ። እዚ ናይ ኣቦካ ርስትን ሃብትን ንብረትን ክሓልፍ እዩ ምስ በሎ ናበይ እየ ዝከይድ እንታይ ክገብር ኢሉ ነቲ መልኣክ እንተሓተቶ እቲ መልኣክ ንዓ ጥራይ ኣነ ክመርሓካ እየ ኢሉ ለይቲ ኣቡኡ ከይሰምዐ ካብ

ጐድኑ ተንሚኡ ክከይድ እናመርሐ ናብ ኣቡነ ጳኩሚስ ኣብጽሐ። ኣባ ጳኩሚስ በዓ
ቲ ሂቡ ኣስኬማ ዘመላእክት ቅናተ ዮሐንስ ኩሉ ሥርዓተ ምንኩስና ኣስተምሂሩ
መጋቢት ዕለት ፳፩ (21) ኣመንኩሱ ምስቶም ፰ (8) ቅዱሳን ከምዝራከብ ገበሮ።
ድሕሪኡ እቲ መልኣክ ናብዚ ሕጂ ደብረ ሊባኖስ ተባሂሉ ዘሎ መርሐ ኣብኡ
ናይ ብዙሓት ኣቦ ከም ዝከውን ነገሮ። ኣብ ከባቢ ኣክሱም እውን ተቐመጠ ፯
(7) ዓይነት ማየ ጸሎት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ካብ መሬት ኣፈልፈለ።
ድውያንን ሕሙማትን ፈወሰ፡ ዕውራት ኣብርሀ። ካብ ኣክሱም ማዕዶ ስግር
መንጽር ዘላ በዓቲ ኮይኑ ክጽሊ እንከሎ ሓደ መዓልቲ ካብ ዘፈልፈሎ ማይ
ጸሎት፡ ታራ ማይ እዩ ኢላ ሓንቲ ሰበይቲ ወዳ ሓዚላ ክትቀድሕ መጸት ሸተት
ኢላ ወደቐት እሞ እቲ ሕፃን ሞተ። ነቲ ዝሞተ ወዳ ጸልዩ ብመስቀል ባሪኩ
ኣተንሥኡ። እቲ ዝተንሥአ *“ዛቲ ዕለት ትትባረክ ዕለተ ሞትየ ወልደትየ እሰመ ኣንሥኣኒ
ኣምላክ ሊባኖስ”* ኢሉ መስከረ። ነዚ መንፈሳዊ ስራሕ ዝረኣዩ ካህናት ቀኒኦም
ምትሃት እዩ ኢሎም ኣብ ልዕሊኡ ነቲ ሕዝቢ ኣድማ ፈጠሩ። ንሱ ኣብ ወንጌለ
ዮሐንስ ብዝርከብ *“እመኑ በማብርየ”* ብስርሐይ እመኑ እናበለ ኣረዲኡ ብዝበለጸ ነቶም
ካህናት ኣንቀጥቀጦም። ኣቡነ ሊባኖስ ነዚ ቦታ እዚ ገዲፉ ለቒቐ ክከይድ ክብል
እንከሎ። ኮኮናቶም ሒዞም ናብኡ መጽኡ ኣቱም ደቂ እቲ እኩይ ኣብ ልዕሌይ
ኩናት ኣይተልዕሉ ጐይታ “ብጥራዩ ዝተቐበልኩሞ ብጥራዩ ሃቡ” ዝበሎ ዘክሩ
ኣይትዘንግዑ ኢሉ ተንሚኡ ደርቃ ናብ ዝተባህለት ቦታ ከይዱ ነዞም ክፉኣት ሰባት
ን3 ዓመት ምሉእ ዝናም ከምዘይዘንም ጸለየ። ኣብቲ ዝከደ ቦታ ከም ልማዱ ጸልዩ
ካብ ከውሒ ማይ ጸሎት ኣፈልፈለ። ኣብዚ ሓደ ዓቢ በዓቲ ሰሪሑ ክነብር እንከሎ
እቶም ዝጸልእዎ ሰባት ብድርቂ ተወዳእና ዝናም ክዘንመና ጸልየልና፡ ናብ ፈጣሪ
ኣማልደልና፡ ብጌጋ ሓሚናካ ኢና ኢሎም ኣብ ቅድሚኡ ምስ በከዩ ንሱ ከኣ
ይቐረ ኢሉ ምስ ፈጣሪ ብኣማላድነቱ ኣተዓረቐም። ሽዑ ብጸሎቱ ዝናም ዘነመ
ብግብሩ ከኣ ኣመኑ ድሕሪኡ ጠራቒት ናብ እትበሃል ሃገር ከይዱ ድርቂ ዝበዝሓ
ሃገር ስለ ዝነበረት እቲ ነቐጺ ከም ዝጠፍእ ገበረ። ጽጋብ ከኣ ኮነ ድሕሪኡ ናብታ
ኣቐዲሙ ርእይዋ ዝነበረ ጽብቐቲ ቦታ ምድረ ኣስቦት(ግራርያ) መጺኡ በዓቱ ሒዙ
ተቐመጠ። ብዙሓት መነኮሳት'ውን ኣውጽኡ። ሕጂ እውን እቲ መልኣክ መጺኡ
ካብዚ ውጻእ እዚ ቦታ'ዚ መቐመጢካ ኣይኮነን። ኣብዚ ቦታ እዚ ካልእ ሰብ ሓደ
ዓቢ ምስ እግዚኣብሔር ንብዙሓት ዘተዓርቐ ክወጽእ እዩ። እዚ ቦታ'ዚ ናይ
መነኮሳት ቦታ ክከውን እዩ ኢሉ ብለይቲ ኣምጺኡ ናብ ኣክሱም ወሲዶ። ዓቢ
ታሪክ እትሰርሓሉ ቦታ ክመርሓካ እየ በሎ። ሒዙ ናብ ምድረ ኤርትራ ደብረ
ወርቅ (ሃም) ኣምጽኡ ዕለት ፪ ጎዳር ዲቁና ተቐቢኡ ኣብ ደብረ ወርቅ ሃም

ንዝነበረት ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ድንግል ማርያም ንኣርብዓን ሓደን ፬፩ (41) ዓመት ኣገልገላ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ አቡነ ሊባኖስ እናጸለየ እንከሎ ብመልክዑ ዝተሳሕባ ኣዋልድ ከባቢ (ሃም) ተኪሓሒለን ተቐናኒነን ተመርዓወና እናበላ ንከስሕትኦ ሕፍረተን ተቐሊዐን ናብቲ ዝጽልየሉ ዝነበረ ብዓቲ መጺኤን ይፍትንኦ ነበራ። እዚ ክገብራ ከለዋ ከምቲ ኣብ ገድሉ ዝሕብሮ ***"ወሚጠ ገጸ ሊባኖስ በቀጥዓ ውሰቶ በዓት"*** ማለት አቡነ ሊባኖስ በቲ ተግባረን ተቒጢዑ ናብ በዓቱ ገጹ መለሰ። ብልዕሊኡ ኮይነን ከኣ ሸናሉ ሸዑ ብቑጥዓ ከምዚ ኢሉ ረገመን ***"ኣዋልደ ሃም ርጉማን ደናግለ ኢይትረክባ በውሰቴትክን"*** ኣዋልድ ሃም ርጉማት ኣባክን ደናግል ኣይረከባ ኢሉ ረገመን። ከምቲ ኣብ (መዝሙር 34፥21) "ክፋእ ንክፋእ ሰብ ይቐትሎ፥ ንጻድቕ ዝጸልኡ ክኾነኑ እዮም" ዝብል እዘን ሰባት እዚኣተን ዓስቢ ክፍኣተን ካብ እግዚኣብሔር መርገም ተቐበላ። ብድሕሪዝ አቡነ ሊባኖስ መቕሚኡ ገይሩ ነቲ ምድሪ ወቕየ። ማይ ካብኡ ፈሎቕ በለ እሞ ነቲ ማይ ንላዕሊ ከይወጽእ ኣዘዞ እቲ ማይ ድማ ንታሕቲ ፈሰሰ። ክሳብ ሕጂ በቲ ጸድፊ ናይቲ ደብሪ ይፈስስ ከም ዘሎ እቲ ቦታ ዝነጥበሉ መንጠብጥቦ ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ። ኣብቲ ቦታ ጉድጓድ ኮሚትካ ማይ ከተውጽእ ግን ኣይከኣልን እዩ።

አቡነ ሊባኖስ ካብኡ ካብቲ ቦታ ተበጊሱ ክከይድ እንከሎ መልኣክ እግዚኣብሔር መጺኡ እዚከ ንመን ትገድፎ ኣለካ እዚ እዩ ቦታካ በሎ፥ ንሱ ከኣ ኣነስ ንኢየሩሳሌም እየ ተበጊሰ ምስ በሎ እቲ መልኣክ እዚ ንዓካ ከም ኢየሩሳሌም እዩ ኣብዚ ኣገልግል በሎ። ሸዑ ካብቲ ቦታ ናብ ማይ ሳግላ ከይዱ ንመሓመድ ፃዕዳ ዝበሃል ረከቦ። ኣብቲ ቦታ ዝረከበሉ ምክንያት ኣብቲ ግዜ እቲ ድርቂ ኮይኑ ከሎ ሰብ ንባሕሪ እኳ ከይዱ እንተ ነበረ፥ መሓመድ ፃዕዳ ግን ሰበይቱ ጥንስቲ ስለ ዝነበረት ንባሕሪ ክወርድ ኣይከኣለን። ካብቲ ቦታ ኩመል እናኣረየ ንመግቦም ይምእርር ነበረ እሞ አቡነ ሊባኖስ መጺኡ "እንታይ ደኣ ትገብር እዚ ወደይ፡" ምስ በሎ ኩመል ይኣሪ በሎ። ሸዑ አቡነ ሊባኖስ ብድንጋጸ ተላዒሉ በቲ መቕሚኡ ገይሩ ነቲ ከውሒ ምስ ሃረሞ ጽሩይ ማይ ኣውጽኣሉ። ንበረከት ንክከውን ናብቲ ቦታ ዝኸዱ ኣመንቲ ኢዶም እእትዮም ንገጾም ይድህስሱሉ።

በዚ አቡነ ሊባኖስ ዝገበሮ ተኣምር መሓመድ ፃዕዳ ብኣምላክ ኣመነ። ኣጥሚቹ ከኣ ገብረ ክርስቶስ ኢሉ ሰመዮ። ሸዑ አቡነ ሊባኖስ ንገብረክርስቶስ "ካብ ሎሚ - ሚርካ ንስካ ናተይ ረድኢ (ረድኢ፥ ሓጋዚ) ኢካ" በሎ "ምስ ሞትኩ ናብዚ እተምጽኣኒ ንስካ ኢካ" በሎ ንሱ ከኣ "ከመይ ጌረ እየ እሞ ክፈልጥ" ኢሉ ሓተቶ። ድሓን "ከምዚ ምልክት ክትርኢ ኢካ፥ ቀስተ ደመና ካብ ሰማይ ናብታ ዝሞትኮላ (ዝዓረፍኮላ) ቦታ በታ መዓልቲ እቲኣ ክትትከል እያ፥ ብኣ ከኣ

ትፈልጥ” በሎ። ከምዚ ኢሉ ንከባቢ ዓዲ ግራት ከደ፣ እሞ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ጥሪ ዕለት ፫ (3) ኣብታ ዝተወለደላ ዕለት ድሕሪ ፩፻፵ (140) ዕድሚኡ ኣብኡ ዓረፈ። ከም ቃሉ ውን እቲ ቀስተ ደመና ተተኪሉ የመልክት ነበረ። ዝኾነ ኮይኑ ግን እቶም ከባቢ ክፈልጥዎ ስለ ዘይከኣሉ ሓንቲ ላም ናብቲ ሬሳ ናብ ኣቦና ከይዳ ትልሕሶ ነበረት እሞ ንገዛኣ ምስ ከደት ክትሕለብ ከላ ደም ትሕለብ ነበረት። በዚ ዝተሸገረ ዋናኣ ደድሕሪኣ ወፈሩ እንተተካታተላ ናብቲ ሬሳ ከደት ሸዑ እቲ ሰብኣይ ርኣዮ፣ ክቕብሮ ከኣ ኑቲ ሕዝቢ ናይቲ ዓዲ ጸውዮ። እቶም ሕዝቢ ተኣኪቦም ኑቲ ሬሳ ከልዕልዎ እንተበሉ ኣበዮም ሸዑ ገብረክርስቶስ መጺኡ ነቶም ሕዝቢ ግደፉ ባዕለይ ከልዕሎ እየ ኢሉ ኣልዓሎ። ሸዑ እቶም ሕዝቢ ነዓና ኣብዩና ከመይ ጌሩ ንዕኡ ተላዒልሉ ብምባል ጠንቂላይ እዩ፣ እዚ ብስራይ እዩ ኣልዒልዎ እናበሉ ኣቐምጠ በልዎ። ካልኣይ ሳልሳይ ግዜ ከልዕልዎ እኳ እንተ ፈተኑ ክለዓ ለሎም ስለ ዘይከኣለ ገዲፎሞ ከዱ።

ገብረክርስቶስ ካብቲ ቦታ ተሰኪምዎ ኣብ ማይ ጕንዲ ዝተባህለ ቦታ ኣዕረፈ እሞ ብበረከት ኣብቲ ቦታ ማይ ወጸ። ካብኣ ተሰኪሙ ኣብታ መ-መርያ ዝተኣከቡላ ማይ ሳግላ ኣዕረፈ። ኣቐዲሙ በተን ኣዋልድ ምክንያት ነቲ መሬት ረጊምዎ ስለ ዝነበረ ንበረከትን ንምስክርነትን ንክትከውን ጥራይ ቁሩብ ማይ ኣውጸኣት። እምበር ከምቲ ናይ ማይ ጕንዲ ብዙሕ ኣየውጸኣትን። ክሳብ ሕጂ ክረምቲ ኮነ ሓጋይ ኣይትነጽፍን እያ፣ ነቲ ሕዝቢ ንበረከት ከም ጸበል ድኣ ተገልግል እምበር ንዝስተ ኣይትጠቅምን (ኣይተገልግልን)።

ካብኡ ተበጊሱ ናብቲ ሃም ዝተባህለ ደብሪ በጽሐ። ልክዕ መቕብር ሰብ እተኣክል ኣብ ለማጽ ኰዓተ፣ ምስ ኰዓተ ግን ማይ መልኣት እሞ ንማይ ጸሎት ትኩን ኢሉ ካብኣ ንምዕራብ ርሕቕ ኢሉ ኮዒቱ ቀበሮ። ኣብታ መቕብሩ ቤተ ክርስቲያን ተሰሪሓ ኣላ። እቲ ደብሪ ከኣ ደብረ ወርቅ (ደብረ ሊባኖስ) ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ። እታ ቤተ ክርስቲያን ብወርቂ ተሰሪሓ (ተለቢጣ) ከም ዝነበረት ድሓር ብመሓመድ ግራኝ ከም ዝፈረሰት ደሓር ከኣ ከም ዝተሰርሐት ብእኡ'ውን ደብረ ወርቅ ተባሂላ ተጸውዐት።

እታ ቤተክርስቲያን'ውን ሃፀይ ገብረመስቀል ዝሰርሓ ምኳና ዘመልክት ጽሑፍ ኣብቲ ደወል ናይታ ቤተክርስቲያን ተጻሒፉ ይርከብ። ካልእ'ውን ብኢድ ቅዱስ ገብርኤል መልኣክ ንኣቡነ ሊባኖስ ዝተዋህበት መስቀል ከም ዘላን ብዙሓት ጥበበ ታት ከምኣ ንክሰርሑ ከም ዝፈተኑን፣ ከምኣ ክሰርሑ ከምዘይከኣሉን ኣብቲ ገዳም ዘለዉ ኣቦታት ይዛረቡ። በዚ ከኣ እቲ ቦታ በቲ መርገም ዘኣክል ማይ ከም ዘይነበሮን ሕጂ ግና ሓጽብታትን ዲጋታትን ሰሪሑም ይነባበሩ ከም ዘለዉ ይፍለጥ።

ገብረክርስቶስ ግን ሠለስተ ውላድ ከም ዝወለደ ሓውንታይ ዓከረን በጐነን ከም ዝበሃሉን ሕጂ ናቶም ዘርኢ ኣብ ኣረገን ኣብ ምሓዝ ኣብ እግሪ ኣበው ከም ዘለዉ። እዚ እግሪ ኣበው ዝበሃል ዘሎ ኣቑዲሙ እንዳ መስቀል ዓቢ ገዳም ከም ዝነበረን፣ ደሓር ግን ከም ዝተሰወረን በዚ ምክንያት እቲ ዓዲ እግሪ አበው ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ።

ኣብ ደብረ ሊባኖስ (ሃም) ሬሳታት ናይ ቅዱሳን ኣቦታት ከይፈረሰ ሥግኣም ከይበስበሰ ክሳብ ሎሚ ኣብኡ ከምዘሎን ኣብኡ ኬድካ ብዓይንካ ኩተረጋግጽ ዝከኣል ሓቂ እዩ። እዚ ድማ ሓደ ካብቲ ተኣምራታዊ ቦታታት ከም ዝተንቑሳቀሰን ክሳብ ንምድሪ ኢትዮጵያ ሠለስተ ግዜ ከም ዝዘራን ይፍለጥ።

ኣብዚ ከኣ *“ኣባ ሊባኖስ መጣዕ”* ዝበሃል ዓቢ ገዳም በዓል ብዙሕ ታሪክ መሥረተ። ንመ- መርታ ግዜ ሓጸይ ገብረመስቀል ብስሙ ቤተክርስቲያን ሠርሓሉ። ስሙ ከኣ ደብረ ወርቅ በሎ። ጻድቕ ኣቡነ ሊባኖስ ምሉእ መሬት ኤርትራ ዘይሩ ዝባረከ ኣቦ እዩ። ንኣብነት፡- ኣብ ጉጂዓ ዞባ ደቡብ እንዳ ኣባ መጣዕ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ሃገር ቅርሲ ኣስከሬን ቅዱሳን ክሳብ ሕጂ ከይፈረሰ ዝርከቦ ኣቡነ ሊባኖስ ዝባረከ ቅዱስ ቦታ ኣሎ። ተንሚኡ ናብ ሃገርና ኤርትራ ዞባ ደቡብ ከባቢ ሰንዓፈ ብፍላይ ስሙ ከኣ መጣዕ ናብ ዝብሃል ቦታ ወሰዶ። ኣብዚ ቦታ እዚ ምዉት ኣተንሥአ፣ ዕዉር ኣብርሀ ዓበይቲ ተኣምራት ሠርሐ። ከምኡ እውን ኣብ መወዳእታ በታ ዝተወልደላ ጥር ዕለት ፫ (3) ድሕሪ 140 ዕድሚኡ ዓረፈ። ታሪክ ናይ ኣቡነ ሊባኖስ በዚ ኣይነበረን ግን ንኣንበብቲ ብመጠኑ ከም መዘካከሪ ካብዚ ተበጊሶም ከኣ ነቲ ሰፊሕ መጽሓፈ ገድሉ ከምኡ እውን ስንክሳር ተመልከቶም ምእንቲ ብሓጺሩ ተጻሒፉ ኣሎ።

ክቡራት ሕዝበ ክርስቲያን ዓቕምና ብዘፍቅዶ ሌላ ምስ ኣቡነ ሊባኖስን ገዳሙን ካብ ብነዊሕ ብሓጺር ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ነዚ ይመስል ነቲ ገዳም ብዓይንና ርኢና ካብ በረከቱ ተሳተፍቲ ክንከውን ናይ እግዚኣብሔር ሠናይ ፍቓድ ይኸነልና። ካብ ኣቡነ ሊባኖስ ዝፈረዩ ዓቢ ኣቦ መምህር ጽጌ ኣቡነ ሉቃስ ናይ ጋሽ ባርካ ጳጳስ ዓቢ ኣቦ ኣለዉ። ናይ ኣቡነ ሊባኖስ ጸሎትን በረከትን ኣይፈለየና ኣሜን!!!

- ስላም ለሊባኖስ እምቤተ ኣቡሁ ዘወጽአ፣
- ከመ ቃለ መልኣክ ሰምዐ፣
- ከኮኵሐ ዘቢጦ ማየ ኣንቅዐ፣
- ወሰላም ለኣድኅኒ ወዓዲ ኣስተዐ፣
- በውስተ ገዳም ኀቡረ ዘነበሩ ስንዐ፣

◆ ◆ ◆

✠ ✠ ✠

ጻድቅ ቅዱስ አባ ዮሐንስ ሐጺር

ቅዱስ አባ ዮሐንስ ሐጺር አብ ከባቢ ላዕለይ ግብጺ ዝተወልደ ክከውን እንከሎ ወዲ ፲፰(18) ዓመት ምስ ኮነ ናይ ኣምላክ ለውሃት አለዓዒልዎ አስኬማ ዘመላእክት (ናይ ምንኩስና ልብሲ) ክለብስ ናብ ገዳም አስቂጥስ ከደ። አብኡ ምስ በጽሐ “አባ ባይሞይ” ዝተባህለ ሓደ ኣረጋዊ ኣቦ ረከበ። ቅዱስ ዮሐንስ ሰገደሉ እሞ ንክቕበሎ ከኣ ለመኖ። አባ ባይሞይ “እዚ ወደይ አብ'ዚ ገዳም'ዚ ዝቕመጡ ብኢዶም ይሰርሑ። ብመዓልትን ለይትን ይጸሙ፣ ይጽልዩ፣ ክድቅሱ እንከለዉ ብዘይምንጻፍ አብ ሓመድ (መሬት) እዮም ዝድቕሱ። ንስካ ግን ንእሽቶ መንእሰይ ስለ ዝኮንካ እዚ ኩሉ ሽግር'ዚ ኣይትክሎን ኢካ። ናይ'ዚ ገዳም'ዚ ናብራ ብጣዕሚ ጭንቂ እዩ'ሞ ናብ ዓለም ተመሊስካ ከም ኩሉ ሰብ ጽቡቕ ናብራ ኣሕልፍ” በሎ።

ቅዱስ አባ ዮሐንስ “ኣነ አብ ትሕቲ እግርካ ንክነብር መጺአ ኣሎኩ። ስለ እግዚአብሔር ኢልካ ተቐበለኒ ደኣ እምበር ተመለስ ኣይትበለኒ” በሎ። አባ ባይሞይ ንእግዚአብሔር ብጸሎት ከይሓተተ ዝኾነ ስራሕ ኣይሰርሕን ነበረ እሞ አብ'ዚ ግዜ'ዚ ዝገብሮ ምእንቲ ክገልጸሉ ስለ አባ ዮሐንስ ሓጺር ንአምላክ ለመኖ። መልኣክ እግዚአብሔር ተገሊጹ “ንሱ ምሩጽ ንብረት ክከውን እዩ ተቐበሎ ኢሉካ” በሎ። ድሕሪኡ ንዮሐንስ ሓጺር ወሲዱ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣእተዎ። ናይ ምንኩስና ኣልባሳትውን ኣምጺኡ፣ አብ ልዕሊ እቲ ልብሲ ፫ መዓልቲ ጸለየ ሸዑኡ መልኣክ እግዚአብሔር ተገሊጹ ብትእምርተ መስቀል አብ ልዕሊ እቲ ኣልባሳት ኣማዕተበ።

ድሕሪኡ ንዮሐንስ ሓጺር ኣልበሶ። ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ኣትሒዙ ተጋድሎኡን አገልግሎቱን - መረ። አባ ባይሞይ ንክፍትኖ ሓሰበ እሞ ወቒዑ “ምሳካ ምቕማጥ ኣየድልየንን እዩ” ኢሉ ካብ በዓቱ ኣውጺኡ ኣባረሮ። ቅዱስ አባ ዮሐንስ ሓጺር አብቲ ኣፍ ደገ ዘሎ ጐልጐል ንሸውዓተ መዓልትን ለይትን ጠጠው በለ። ከምኡ'ውን ንግሆ ንግሆ እናወጽአ “ከምዚ ምንባር ኣይየድልየንን እዩ” እናበለ ይወቕየ ነበረ። ንሱ ግን “ኣቦይ ይቕረ በለለይ” ኢሉ አብ ትሕቲ እግሩ ይሰግድ፣ አብ ሻብዓይ መዓልቲ'ውን ናብ ቤተ ክርስቲያን ክከይድ አባ ባይሞይ ወጽአ፣ ንአባ ዮሐንስ 7 (፯) መላእክቲ ኣክቢቦምዎ ኣክሊል አብ ርእሱ ክደፍኡሉ ረአየ፣ ድሕሪኡ እቲ ዝፍትኖ ዝነበረ ነገር ሓደጎ። ናብቲ መንበሪኡ ከኣ ክአቱ ፈቐደሉ።

ድሕሪኡ ኣባ ባይሞይ ሓንቲ ንቐጽቲ ዕንጨይቲ ረኪቡ ወሲዱ ንኣባ ዮሓንስ ሃቡ እሞ “እዛ ዕንጨይቲ እዚኣ ትከላ ክሳብ ቆጽሊ ኣውጺአ ፍረ እትህብ ማይ አስትያ” በሎ፡-

ኣባ ዮሓንስ ፍቓድ ኣቡኡ ዝመልእ ስለ ዝኾነ ነታ ዕንጨይቲ ተቐቢሉ ወሲዱ ተኪሉ፡ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ማይ የስትያ ነበረ። ርሕቀት ናይቲ ማይ (12) ምዕራፍ እዩ፡ ሓደ ምዕራፍ ማለት 400 ሜትሮ ማለት እዩ። 12 ምዕራፍ ከኣ 4,800 ሜትሮ እዩ። ድሕሪ 3 ዓመት እታ ንቐጽቲ ዕንጨይቲ ቆጽሊ ኣውጺኣ ዓባይ ገረብ ኮነት። ዓንቢባ ጥዑም ፍረ ኣፍረየት፡ ኣባ ባይሞይ ካብቲ ፍረ ነቶም ቅዱሳን ኣረጋውያን ወሰደሎም፡ *“ንሥኡ ወብልዉ እምፍሬ ተኣዛዚ ወትሑት”* ናይ'ዚ ተኣዛዝን ትሑትን ፍረ እነሆ ብልዉ” በሎም። ንሳቶም እዚ ዕፁብ ተኣምር ርእዮም አደነቑ። ንመማህራኖም ብትሕትና ንዝእዘዙ እግዚኣብሔር ከምዚ ዝኣምሰለ ጸጋ ንዝህብ አመስገኑ። ኣባ ባይሞይ ክመውት እንከሎ ቅዱሳን ኣረጋውያን መነኮሳት ኣኪቡ ናይ ኣባ ዮሐንስ ኢድ ሒዙ “እዚ ሰብ ዘይኮነ መልኣክ እዩ ሞ ተቐቢልኩም ሐልውዎ” ኢሉ ሃቦም። ንሱ “ድሕሪ ሞተይ ኣብታ ዕንጨይት ዝተከልካላ ኬድካ ኣብኣ ተቐመጥ። እግዚኣብሔር ዘዳለወልካ ቦታ እያ። ብዙሓት ከኣ ብኢድካ ክድሕኑ እዮም። መዘኸርታካ ኣብኡ ጸኒዑ ክነብር እዩ። ወሬካውን ኣብ ምሉእ ዓለም ክፍለጥ እዩ” በሎ። ነዚ ኢሉ ዓረፈ፡ ብክብሪ ከኣ ቀበርዎ።

ድሕሪኡ ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ኣረጋዊ ኣቡኡ ኣባ ባይሞይ ከም ዝበሎ ናብቲ ቦታ ከይዱ ተቐመጠ። ወሪኡ'ውን ኣብ ዓለም ምሉእ ክሳብ ዝስማዕ ዓቢ ተጋድሎ ተጋደለ፡ ኣብቲ ቦታ ከኣ አበምኔት ኮይኑ ተሸመ። ኣብቲ ግዜ ሸመቱ ሊቀጳጳሳት ቴዎፍሎስ አእዳዉ ኣብ ርእሱ ከንብር እንከሎ “አክዮስ፡ አክዮስ አክዮስ ዝብል ቃል ካብ ሰማይ ተሰምዐ፡ ንሱ ከኣ “ይግብኡ፡ ይግብኡ፡ ይግባኡ፡ ማለት እዩ።

ኣብ ግዜ ቅዳሴ፡ ቅዱስ ቍርባን ክቁርብ ንዘይግብኦ ይፈላልዮም ነበረ። “ሎሚ ኬድኩም ንስሓ እተዉ፡ ድሕሪኡ መጺእኩም ቅዱስ ቍርባን ሥጋሁ ወደሙ ትወስዱ” ይብሎም ነበረ። ሓደ መዓልቲ ሓደ መነኮስ ንክበጽሖ ናብ በዓቱ ክመጽእ እንከሎ ንኣባ ዮሓንስ ደቂሱ እንከሎ ረከቦ። ናይ እግዚኣብሔር መላእክቲ ኣብ ልዕሊኡ ይጸቓቐጡ ክንፎም እውን ገብገብ የብሉ ነበሩ። ካብቶም መላእክቲ ሓደ ነቲ ካልእ መልኣክ ሕደገኒ ኣነ ክንፈይ ኣብ ልዕሊኡ ክዝርግሕ እየ ይብሎ፡ ነዚ ርእዩ፡ ንእግዚኣብሔር አመስገነ። ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ብክምዚ ተጋድሎኡ ፈጸመ። ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ብጸሎቱን ብንብዓቱን ካብ ኃጢኣት ናብ ጽድቂ ካብ ዝመለሶም ሓንቲ ቅድስት ኣትናስያ እያ። ቅድስት ኣትናስያ

ንምእመናን ትረድእ ሕያወይቲ ሰበይቲ እያ ነይራ። ሰይጣን ዝሙት ስዒርዋ ነቲ ንገዳም ትገብሮ ዝነበረት ትሩፋት ኩሉ ገደፈቶ። በዚ ዝገሃዩ መነኮሳት፡ ሰይጣን ኣብ ጓልና ሓዲሩ ኣሎ እሞ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ይኪዳ ኢሎም ተሰማምዑ። ኣባ ዮሓንስ ናይ ማኅበር ትእዛዝ ብምክባር ናብ ኣትናስያ ከደ። ናብ ውሽጢ ቤታ ኣትዩ፡ ኣብ ቅድሚኣ ኮፍ ኢሉ ገጸ ገጻ እናረኣየ ክበኪ - መረ። ኣትናስያ እንታይ ኬንካ ድኣ ትበኪ ኣሎካ፡ በለቶ። ንሱ “ጽብቕቲ ስለ ዝኮንኪ የሕዚንክኒ” ኢሉ መለሰላ። ነገሩ ስለዝገረማ እዚ ደኣ እሞ የሐጕስ እምበር የብኪ ድዩ በለቶ። ንሱ ጽብቕቲ ከም ዝኮንኪ ክትነብሪ ኣይትክእልን ኢኪ። “ ምፍራስ ምብስባስ፡ ዝሰራሕካዮን ዝፈጸምካዮን ናብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ምክሳስ፡ ምውቃስ፡ ፍርዲ ምቕባል ስለዘሎ የብኪ እምበር ኣየሐጕሰን” ምስ በላ ብዘሎ ኩሉ ጌጋኣን ዝፈጸመቶም በደልን ተዘኪርዋ እንታይ ክትገብር ክመክራ ከምዘለዋ ሓተተቶ።

ኣባ ዮሓንስ ካብ ኮፍ ዝበለሉ ተንሢኡ “ በሊ ሰዓብኒ” በላ። ንሳ ውን ደድሕሪኡ ተከቲላቶ፡ ወጸት። ክትከይድ እንከላ ብብዝሒ መንገዲ ኣእጋራ ቆሰለ። ካብቲ ተከዲናቶ ዝነበረት ክዳን ጨርቂ እናቐደደት ንኣእጋራ ከም ሳእኒ ብምጥምጣም ትስዕቦ ነበረት። ድሕሪ ብዙሕ ድካም ኣባ ዮሓንስ ኣብ በዓቱ በጺሑ፡ ሓዊ ወሊዑ ጸሎት ከብጽሕ - መረ። ንሳ ግና ኮፍ ኣብ ዝበለትሉ ነፍሳ ካብ ሥጋኣ ተፈለየት። ናይ ሰማይ መሳልል ተዘርጊሑ መላእክቲ ንነፍሳ ናብ ሰማይ ከዕርግዋ ረኣየ። ቅዱስ ዮሓንስ ንሱ ጸሎት ኣብጺሑ ምልስ እንተበለ ቅድስት ኣትናስያ ሞይታ ስለ ዝጸንሓቶ ኣዝዩ ጐሃየ፡ ማለት “ ንንስሓ ከይበቕዐት ቤታ'ውን ከይዓጸወት ገዲፋ መጺኣ . . . ” ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ ከምትስእን ጌረያ እናበለ ክበኪ - መረ። ኣብዚ እዋንዚ ኣጆካ ኣይትሕዘን። ንሳ ፈጣሪኣ ንምርካብ ካብ ቤታ (ገዝኣ) ንምውጻእን ንዓካ ንምስዓብን ቆሪጻ ጌና ኣብ ኣፍ ደገ ገዝኣ እንከላ ጸዲቓ እያ” በሎ።

ኣባ ዮሓንስ ውን ናይ ሰማይ መሳልል ተዘርጊሑ መላእክቲ ውን ነፍሳ ናብ ሰማይ ከዕርጉ ረኣየ። ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ በዚ ዓይነት ንብዙሓት ኃጢኣተ ታት ዝነበሩ ምስ እግዚኣብሔር እናተዓረቐ፡ እናኣጠመቐ ብቅድስና ክነብሩ ይምህር ነበረ።

ኣብ መወዳእታ ዕድሚኡ ውን ደቂ መዛሙርቱ ቀሪቦም ናይ መወዳእታ ምክሩ ክሓድገሎም ለመንዎ። ብዙሕ ምስ መከሮም . . . ካብቲ ምክርታቱ ሓንቲ “ ናይ ባዕለይ ሥጋዊ ድልየት ክፍጸም ኣይክተልን፡ ንባዕለይ ዘይሰርሖም ነገራት ንካልኦት ምእንቲ ክሰርሑ ፍጹም ኣይመክርን ብምባል ካብ ተሞክሮኡ ኣካፈሎም። ኣምላክ ከዕርፎ ምስ ደለየ ቅዱሳን ጻድቃን ኣባ እንጦንዮስ፡ ኣባ መቃርዮስ፡ ኣባ

ጳኩሚስ፡ ኣባ ባይሞይን የጸናንዕዎ እሞ ካብዚ ሓላፊ ዓለም ምፍላይ ክነግርዎ ናብኡ ለኣኸም። ንሳቶም ከኣ ከምዚ ኢሎም ኣረጋግእዎ። “ደስ ይበልካ እግዚኣብሔር ዘይውዳእ ሓጐስ ኣዳልዩልካ ኣሎ። ክብሪ ንዕኡ ይኹን። ጐይታና ከም ዝኣዘዞ ሰንበት መዓልቲ ካልኣይ ናባካ መጺእና ናብ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ክንወስደካ ኢና” ኢሎም በሪኮሞ ተመልሱ። ሰንበት መዓልቲ ምስኮላቶም ማሕበር ቅዱሳን መጺኦም ብዓብይ ክብሪ ነፍሱ ናብ ሰማይ የዕረግዋ። ነቲ ረድኡ ካብቶም መላእክቲ ሓደ ናብኡ መጺኡ ኣስማቶም እናጸውዐ፡ ብኣጻብዑ እናኣመልከተ “እዚ ኣባ እገሌ እዩ” እናበለ ኣረድኦ፡ እቲ ረድኡ ነቲ መልኣክ “እዚ ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ገጹ ከም ፀሐይ ዘብርህ መን እዩ፡ ኢሉ ምስ ሓተቶ” ኣበ መነኮሳት እንጦንዮስ እዩ ኢሉ መለሰሉ። ቅዱስ ዮሓንስ ሓጺር ገድሉ ፈጺሙ ናብቲ ዘገልግሎ ፈጣሪኡ ብከምዚ ዝኣምሰለ ክብሪ ጥቅምት ዕለት ፳ (20) ዐረፈ።

ጸሎቱን በረከቱን ይሕደረና ኣሜን።

- ሰላም ሰላም እብሎ በሕቁ፡
- ለዮሓንስ ሓፂር ዘነዊህ ጒሩተ ጽድቁ፡
- እምትርሲተ ዓለም በላዪ በዘይርህቁ፡
- ከመ ይለብዉ እለ ሐሠሡ ወጽሕቁ፡
- ግብረ ምንኵስና ኣርኣየ ከዊኖ ዕራቁ፡

ሰንክሳር ጥቅምት ዕለት ፳ (20)

◆ ◆ ◆

ታሪክ ጻድቅ ቅዱስ ገብረክርስቶስ መርዓዊ

ዝክረ ጻድቅ ለዓለም ይሄሉ መዝ ፻፲፩፥ ፮

መዘክርታ ጻድቅ ንዘልኣለም ይነብር መዝ 112፥ 6

ስም ኣቡኡ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ኣዲኡ ንግሥቲ መርኬዛ ይብሃሉ። ኣቡኡ ናይ ሃገር ቈስጥንጥንያስ ንጉሥ ነበረ። ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ፈታዊ ድካ፡ ርህሩህ መጽዋቲ ተቐባል ጋሻ፡ ንግሥቲ መርኬዛ ድማ ለዋህ ፈራሒት እግዚኣብሔር እኳ እንተነበረት ውላድ ብምስኣኖም ግና ይሓዝኑን ይጉህዩን ነበሩ። ሓደ እዋን ድማ መርኬዛ ንቴዎዶስዮስ ከምዚ በለቶ “ጐይታይ ንእግዚኣብሔርን ንዓናን ዘሐጉስ ውላድ ምእንቲ ክንረክብ ንእግዚኣብሔር ንለምኖ” ንሱ ድማ ናብ ኢየሩሳሌም ንኪድ እሞ መብጽዓ ንእቶ በላ። ከም ሓሳቦም ድማ ሓድግን ወራስ ዝፋን ምድራዊ መንግሥቶም ዝከውንን ውላድ ክህቦም ንእግዚኣብሔር መብጽዓ ኣተዉ።

ልዑል እግዚአብሔር ልማኖኦምን ጸሎቶምን ብምስማዕ ኣብ እዋን እርግናኦም ጽቡቕ ዝመልክዑ ውላድ ሃቦም።

ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ንወዱ "ኣብደል መሲሕ" ትርጉሙ ገብረክርስቶስ ዝብል ስም ኣውጽኣሉ። ንእግዚአብሔር ኣምላክ ድማ ስለ'ቲ ዝገበረሎም ዓቢይ ነገር እናመስገኑ ብፍቕድ እግዚአብሔርን ሕጉን ኩሉ ሥጋ'ውን መንፈሳውን ትምህርቲ ብምምሃር ኣዕበይዎ።

ጻድቕ ገብረክርስቶስ መርዓዊ ዓቕሚ ኣዳም ምስ በጽሐ ወለዱ ብሓባር ጓል ከሕጽይዎ ተማከሩ። ከም ሓሳቦም ድማ ንጓል ንጉሥ ሮማ ኣሕጸይዎ። ብድሕርኣዚ ድማ ከምኣቲ ንመርዓውን መርዓትን ዝግባእ ክብሪ ገይሮም ዓቢ መርዓ ን ሓጎስን ገበሩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ናይ ቀ-ስጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ዝነበረ ኣባ ቴዎፍሎስ ምስ ኩሎም ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን ብምኳን ንመርዓትን መርዓውን ዝግባእ ጸሎት ተክሊል ብምጽላይ ባረኮም። ኣብ ቤተክርስቲያን ሥርዓተ ተክሊል ምስ ፈጸመ ንመርዓውን መርዓትን ናብ ቤቶም ብዓ- ባን ብዕልልታን ከም ንመርዓትን መርዓ ኣውን ዝግባእ ክብሪ ገሮም ኣእተውዎም። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ብፁዕ ገብረክርስቶስ ናብቲ መርዓት ዘላቶ ቤት ኣተወ። ብድሕርኣዚ ኢዳ ብመሓዝ ኣቲ ክብርቲ ጓል ንጉሥ ፍቕድኪ እንተድኣ ኮይኑ ኪዳን ንተኣታቶ በላ። ከም ሓሳቡ ድማ ዝበላ ዘበለ ክትፍጽም ኪዳን ተኣታተዉ። ተንሢኦም ጸለዩ። ኣብ ልዕሊ ምድሪ ብገጸም ተደፊኦም ሰገዱ ኣእዳዎም ዘርጊሖም ድማ ጸሎተ ሃይማኖት ክሳዕ መፈጸምታ ጸለዩ። ጸሎቶም ምስ ፈጸሙ ክዳን መርዓ ካብ ዝባኖም ብምቕንጣጥ ኩሉ ስልማትን ወርቅን ኣብ ሳንዱቕ ኣቐመጥዎ። ብድሕሪኣዚ ብፁዕ ገብረክርስቶስ ንመርዓቱ ኣብቲ ዘላቶ ብምካድ ርእሳ ሰዓማ። ከምኣዚ ድማ በላ "እግዚአብሔር ይሓልኪ ካብ ኩሉ ክፉእ ፈተና ጸላኤ ሠናይት (ሰይጣን) የሓሉኪ" ኢሉ መረቕ። "ናበይ ትከይድ ኣሎካ፡ ምስ መን ከ ተሐድገኒ ኣሎካ፡" በለቶ። ንሱኣውን ኣነ ናብ እግዚአብሔር ኣምላከይ እከይድ ኣለኩ። እዚ ምድራዊ መንግሥቲ ኣቦይ ኃላፊ እዩ። ንስኺ ግና ኑቲ ዝኣተናዮ ኪዳን ሓልዊ በላ"። ብድሕርኣዚ ኣይመለሰትን ክትክልክሎኣውን ኣይከኣለትን።

ካብታ ለይቲ እቲኣ ኣትሒዙ ጻድቕ ገብረክርስቶስ መርዓዊ ኩሎም ኣዝማዱን ቤተሰቡን ኣዕርክቱን ድቁሳት ከለዉ ብሕትውናን ጽሙናን ዓለም መሪጹ ወጸ።

ንጽባሒቱ ኣብ ገምገም ባሕሪ ምስ በጽሐ ሓንቲ ትብገስ መርከብ ረከበ። ስለ'ዚ እውን ገንዘቡ ከፊሉ ባሕሪ ሰገረ። ሰድርኡ ንጽባሒቱ ተንሢኦም ምስ

ፈተውቶምን ኣዝማዶምን እንተከድዎ እንትርፎ መርዓት ካልእ ኣይጸንሑምን። እቲ ዝኾነ ዘበለ'ውን እታ መርዓት ነገረቶም ኣዝዮም ሓዘኑን ጐሃዩን። ኣቡኡ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ወተሃደራቱ ብምልኣክ ገንዘብ እናሃቡ ንድካታትን ንኃለፍቲ መንገድን ክሓቱ ናብ ኩሉ ሃገራት ለኣኮም።

ድሕሪ ብዙሕ ጉዕዞን ናይ ሓደ ዓመት ግዜን ጻድቕ ገብረክርስቶስ መርዓዊ ኣርማንያ እትብሃል ሃገር በጽሐ። ኣብኣ ድማ ሓንቲ ብስም ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተሓንጸት ቤተክርስቲያን ነበረት። ጻድቕ ገብረክርስቶስ ምስቶም ኣብታ ቤተ ክርስቲያን ዝነበሩ ድካታትን ሓንካሳትን ቆራያትን ብዙሕ ስቅያትን መከራን ጥምየትን የሕልፍ ነበረ።

እቶም ኣቡኡ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ዝለኣኮም ወተሃደራት ብዛዕባኡ ክሓቱ ናብቲ ቤተክርስቲያን መጹ። ንኩሎም እቶም ድካታት'ውን ብዛዕባኡ ሓቲቶም ገንዘብ ሃብዎም። ንሱ'ውን ምስቶም ድካታት ተቐበለ። ብብዚሒ ጥምየትን ሽግርን ሕብሪ ቐርበት ገጹ ተቐይሩ ስለ ዝነበረ ኣየለለይዎን። ንሱ ግና ነዚ ኩሉ መከራ ክቐበል ምክኣሉን ምጽዋት ካብ ኣቡኡ ምቐባሉን ኣሕጐሶን ንኣምላክ ኣመስገነን። ከምኣዚ ኢሉ ድማ ንኣስታት ፲፭ (15) ዓመት ብጾምን ጸሎትን ኣብታ ቤተ ክርስቲያን ነበረ። ኣዴና ድንግል ማርያም ንሓደ ኣብታ ቤተክርስቲያን ካብ ዝነበሩ ካህናት "ጽባሕ ናብቲ ድካታት ዝድቕስሉ ኣፍደገ ኬድካ ብጾምን ጸሎትን ንእግዚኣብሔር ዘስመረ ብፁዕ ሰብ ክትረክብ ኢካ እሞ ምሳካ ውሰዶ" በለቶ። ከምኣቲ ዝበለቶ ንጽባሒቱ ናብኡ ከይዱ ድንግል ማርያም ከም ዝገለጸትሉ ብሰፊሑ ነገሮ። ጻድቕ ገብረክርስቶስኣውን ኩሉ ዛንታ ሕይወቱ ንካልእ ንከይነግር ብምምሓልን ኪዳን ብምእታውን ኣማሕጸኖ። ምክንያቱ ንካልእ እንተነጊሩ ናብ ኣቡኡ ክበጽሕ ከም ዝክእል ሓቢሩ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ብምእታው ከምኣዚ እናበለ ጸለየ። "ኦ ርኀሩኀ ኀሊና ኩሉ ምሥጢረይ ንሰባት ነገርክለይ ሰለኣዚ ኣብኣቲ ክከዶ ዝግብኣኒ ቦታ ሓብርኒ ዝሕሸኒ ንስኪ ትፈልጢ ኢኪ።" ብድሕርኣዚ ብለይቲ ሰብ ከይረኣዮን ከይፈልጠን ተበገሰ። ኣብ ገምገም ባሕሪ ምስ በጽሐ ሓንቲ እትብገስ ኾልባ ናብ ብሔረ በርበር ረከበ። ጻድቕ ገብረክርስቶስ መርዓዊ ነቲ ዋና ኾልባ "ብስም እግዚኣብሔር ምሳካ ተማልኣኒ በሎ እቶም ተሳፈርቲ እውን ተማልኣዮ በሉ፡ ምስኣቶምኣውን ተማልእዎ። ስለኣዚ ድማ ኃያል ንፋስ ኣውሎ መጺኡ ነታ - ልባ እናገፍዐ ኣንፈታ ቐይሩ ናብ ሃገር ቁስጥንጥንያ ወሰዶም። ጻድቕ ገብረክርስቶስ ዓደቦኡ ከም ዝበጽሐ ምስ ፈለጠ ንእግዚኣብሔር ነቡኡን ኣዲኡን ውላዶም ክርእዩ ቅዱስ ፍቓዱ ስለ ዝኾነ ኣመስገኖ። ናብ ኣቡኡ ከይዱ ድማ "ኦ ንጉሥ ካብ ተረፍካ ክበልዕ፡ ካብ ተረፍካ ክስቲ ፍቓድካ እንተ

ድኣ ኮይኑስ ኣብ ኣፍደገ ገዛካ ክቕመጥ በሎ። ኣቡኡ ድማ ወዱ ምኳኑ ኣይፈለጠን ነበረ እሞ ንወደይኣውን ከምኣዚ ጌሮም እንተ ደንገጹሉ እስኪ ነዚ ሰብ'ዚ ካብ ተረፈይ መግቢ ዝህቦ መንኣዩ እናበለ ሓተተ።

ብድሕርኣዚ ክልተ ካብ ወተሃደራት ካብ ተረፍ መግቢ ክህብዎ ኣዘዞም። እቶም ወተሃደራት ድማ ብሓደ ጫፍ ንእሽቶ ዳስ ጌሮም ኣቕመጥዎ። ተረፍ መግቢ ናይ'ቲ ንጉሥ ይህብዎ ነበሩ። ንስካ ስራሕ ኩተብዝሓልና ኣብኣዚ መጺካ እናበሉ ሓንሳእ ይጸርፍዎ፣ ይጸፍዕዎ፣ ይሸንሉ ብዙሕ ግፍዕታት ይፍጽሙሉ ነበሩ። ከምኣዚ እናበለ ድማ ብብዙሕ ስቓያትን መከራን ፲፭ (15) ዓመት ኣብ ቤት ኣቡኡ ነበረ።

ቃል-ኪዳን

ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እውን ቅድሚ ዕረፍቱ መጺኡ ከም ኩሎም ቅዱሳን ቃል ኪዳን ኣተወሉ። ስሙ ንዝጽውዕ፣ ብስሙ ንድካታት ዝምጽውት፣ ብስሙ ሥናይ ነገር ዝገብር፣ ቤተ ክርስቲያን ዝሓንጽ፣ ክምሕር ምኳኑ ቃል ኪዳን ኣተወሉ። ብድሕርኣዚ ቅድሚ ዕርፍቱ ነቶም ክልተ ወተሃደራት ወረቐትን ብርዕን ከምጽኡሉ ብስም እግዚኣብሔር ለመኖም። ንሳቶምኣውን ኣምጽኡሉ። ኣብ ወረቐት ዛንታ ሕይወቱ ጸሓፈ።

ብሰላም ከም ፍቓድ እግዚኣብሔር ብ፲፬ (14) ጥቅምቲ ዓረፈ። ካብዛ ኃላፊትን ግዝያዊትን ዓለም ናብታ ዘይትሓልፍን ዘልዓለማዊትን ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ሓለፈ። ቅዱሳን መላእክቲ ብክብርን ምስጋናን ነፍሱ ናብ ገነት ኣእተዉዋ።

ብድሕርኣዚ ንሊቀ ጳጳሳት ኣባ ቴዎፍሎስ ኣብ ቤተክርስቲያን ንሥርዓት ቅዳሴ እናተዳለወ እንከሎ “ቀ-ርባንካ ክባረክ ነቲ ወዲ እግዚኣብሔር ካብ ቤት ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ኣምጽኣዮ” ዝብል ቃል ሰምዐ። ከይዱ እንተ ኣረጋገጸ ድማ ሓቂ ኮይኑ ረከቦ። ኣብኣቲ ግዜኣቲ ጻድቕ ገብረ ክርስቶስ እታ ዝጸሓፋ ወረቐት ኣብ ኢዱ ስለ ዝነበረት ሊቀ ጳጳሳት ኣንበባ። ብርቱዕ ብክያት በከየ። ንኣቡኡ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ድማ ሃቦ።

ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ኣንቢቡ ወዱ ምኳኑ ምስ ፈለጠ። ንሱን ሰበይቱ መርኬዛን ብሓንሳእ በከዩ። መርዓት ወዶም እውን ምስኣቶም በከየት። ስለኣዚ ድማ ብክብርን ብዓ-ባን ንሊቃነ ጳጳሳት ብዝግባእ ገይሮም ናብ ቤተ ክርስቲያን ወሰድዎ። ኣብኡ ሥግኡ ምስ ተንከፉ ብዙሓት ሕሙማትን ድውያትን ሓወዩ። ቤተሰቡን ሕዝቢ እቲ ሃገርን ድማ ነዚ ነገር'ዚ ርእዮም ንእግዚኣብሔር ኣመስገንዎ። ኣብ መወዳእታ ሓመድ ኣዳም ኣልበስዎ።

ቅዱስ ኣቦና ጻድቕ ገብረክርስቶስ መርዓዊ ብጸሎቱ ኣይፈለየና።

- ሰላም ለገብረ ክርስቶስ እንተ ኣንደየ ኣባሎ፣
- በደዴ ኣቡሁ ኣክልብት እስከነ ለሓሱ ቀኖስሎ
- ኣዕረፈ ዮም ለእግዚኣብሔር ከመ ሰዓሎ፣
- እምነ ኣግብርት ተኰንኖ ወእም ኣፈ ኣዕማት ተጽዕሎ፣
- እምድኅረ ፈጸመ ወሰለጠ ኮሎ።

ሰንክሰር ጥቅምቲ ዕለት ፲፬ ተመልከት

ገድሊ ገብረክርስቶስ

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ

ጻድቕ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ሃገሩ ግብጺ ክከውን እንከሎ፣ ኣቡኡ ስምኦን ኣዲኡ ኣቅሌስያ ይበሃሉ። ን ፴ (30) ዓመት ዝኣክል ውላድ ብምስኣን ንእግዚኣብሔር ለሚኖም ዝረከብዎ ውላድ እዩ። መጋቢት ዕለት ፳፱ (29) ሰንበት መዓልቲ ብ852 ዓ.ም ተፀኒሱ፣ ታሕሣሥ ዕለት ፳፱ (29) ብ853 ዓ.ም ተወልደ ዕለት ልደቱ ምስ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ ነይሩ። ደሓር ግን ናይ ቤተክርስትያን ምሁራን ማዕረ ኣምላኩ ክከውን ስለ ዘይግባእ ታሕሣሥ ዕለት ፴ (30) ከም ዝከብር ገሮም። ክውለድ እንከሎ ስሙ "ኒኮላዎስ" ወይ (ኮቤዝ) እዩ ነይሩ። ምስ ተወልደ ኣብ መበል 3ይ መዓልቱ "ስብሐት ለኣብ፣ ስብሐት ለወልድ፣ ስብሐት ለመንፈስ ቅዱስ" ኢሉ ኣመስገነ። ኣባ ገብረመንፈስ ቅዱስ ክዳን ኣይተከድነን፣ ምድራዊ ምግቢ ኣይተመገበን፣ ናይ ኣዲኡ ጡብ ኣይጠበወን፣ ኣብ መሬት ኣይተቐብረን። ምንኵስና ኣብ ገዳመ ንሂሳ፣ ኣብ ውሽጢ ግብጺ ኮይኑ ኣብኡ 300 ዓመታት ምስ ጸንሐ ናብ ሃገርና ናብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጐይታ ፷ (60) ኣናብስት፣ ፷ (60) ኣናብርት ልክዕ ከም ፩፻፳ (120) ቤተሰብ ኮይኖም ከም ዘገልግልዎን ከምዝስዕብዎን ጌሩ ሃቦ። ንጐይታ ነዚኣቶም ኩላቶም እንታይ ድኣ ክቕልቦም እየ ኢሉ እንተሐተተ። ጐይታ ንስካ ዝረገጽካዮ መሬት ይልሕሱ ኢሉ ነገሮ። በዚ መሠረት ንሱ ዝረገጸ መሬት እናለሓሱ ምስኡ ሓቢሮም እናሰዓ ብዎ ይነብሩ ነበሩ።

ኣብ ግብጺ ን ፫፻ (300) ዓመት ምስ ጸንሐ፣ ናብ ኢትዮጵያ ላሊበላ ሮሐ ኣተወ። ቀጺሉ ከኣ ምድረ ከብድ ናብ ዝተባህለ ቦታ ከደ። ብመንፈስ ቦትኡ ዝቋላ ምኳኑ ተራእዩ፣ ናብኡ ከይዱ ከኣ ጸሙን ጸሎቱን ቀጸለ። ንሓደ ፩፻ (100) ዓመት ዝኣክል ኣብቲ ጎቦ ኣብ ዝርከብ ቀላይ ኮይኑ ቁልቁል ኣፉ ይጽሊ ነበረ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ጐይታ መጺኡ ተንሥእ ካብዚ ቀላይ ውጻእ በሎ። ንሱ ግን ኣይወጽእን እየ ንሕዝቢ ኢትዮጵያ እሞ መሓረለይ ክወጽእ በሎ። ጐይታ "በናትካ ልማኖ ብናተይ ኣምላክነት ኣሚኑ ብስምካ ንቤተክርስቲያን ዕጣን፣ ሽምዓ፣ መባእ ዝሃበ ክምሕረልካ እየ" በሎ። ሽዑ ንሱ ካብቲ ቁልቁል ኣፉ ኮይኑ ዝነብሮ ዝነበረ ቀላይ ጥር ዕለት ፭ (5) ወጽኣ። ድሕሪኡ እውን ንሓደ ፩፻ (100) ዓመት ምሉእ ምስ ሰይጣን ንሱ ብመብረቕ፣ ሰይጣን ብኵናት ክዋግኡ ነበሩ። እቲ ጻድቕ ኣብ መዓልቲ ፲፻ (1000) ኣጋንንቲ እናቕተለ። በዚ ናይ ፩፻ (100) ዓመት ኵናት እቲ ጎቦ እናተፈርከሸ ካብቲ ዝነበሮ ንውሓት ቀነሰ። በዚ ምክንያት ጎቦ ዝብሃል ዝነበረ። እዚ ድኣ እንታይ እምባ ወይ ጎቦ ኮይኑ ደይ ቆላ እዩ ተባህለ። ሎሚ ዝቋላ እናተባህለ ይጽዋዕ ኣሎ። ካብ ሰባት መብረቕ ዝተዋህቦ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ እዩ። ካብ መላእክቲ ከኣ ቅዱስ ገብርኤል መበሥር እዩ።

ስለ'ዚ ሰይጣን ብስም ገብረመንፈስ ቅዱስ ውጻእ እንተ ተባሂሉ ይወጽእ። ብመብረቕ ይሰንጥቕኒ ኢሉ እንተምሓሊ ኣይምለስን እዩ።

ፈተና ሰይጣን

ኩሉ ግዜ ሰይጣን ርጉም ስለ ዝኾነ "ብርግቢ ተመሲሉ ማይ ጸሚአ ኣስትየኒ" በሎ። ንሱ ለዋህ ስለ ዝኾነ ዓይኑ ናብኣ ጠሚቱ ነታ ርግቢ እንኪ ስተዩ በላ። ንሳ ዓይኑ ኣውጺኣ ሰተየታ። ግን ቅድስት ድንግል ማርያም ብርሃናዊት ዓ ይኒ ኣምጺኣ ተክኣትሉ። እዚ ዝኾነሉ ሓምሌ ዕለት ፭ (5) እዩ። ኣባ ሳሙኤል ዘዋልድባ፣ ኣቡነ ኣንበስ ዘሀዘሎ፣ ኣባ ብንያም ዘምድረ ግብጽ ዝተባህሉ ቅዱሳን ኣብ ኣናብስ ተጻ ሚኖም መጺኦም ናብ ገብረመንፈስ ቅዱስ ዝቋላ ምስ በጽሑ ነቶም ኣናብሶም ናይ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ኣናብስት በልዕዎም። ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ መፍርህ ብዝኾነ ግርማ ካብ በዓቱ ወጽኣ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እዞም ሠለስተ ቅዱሳን እቲ ዝኾነ ኩሉ ነገርዎ። ንሱ ብኢዱ ኣጣቐዐ፣ እቶም ፷ (60) ኣናብስት ከኣ ተኣኪቦም ናብኡ ቐረቡ። እቶም ዝበላዕክምዎም ኣናብስት ትፍእዎም፣ ስለምንታይ ናይ ሰብ እንስሳ ትበልዑ በሎም። ንሳቶም ከምቲ ዝኣዘዞም ተፍእዎም። እዚ ዝተገብረ ጥቅምት ፭ (5) ዕለት እዩ። ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ን ፷ (60) ዓመታት ዝኣክል እናተዘዋወረ ወንጌል ሰበከ።

ጐይታ ፍትወይ "ገብረኣብ፣ ገብረወልድ፣ ገብረመንፈስ ቅዱስ" በሎ። ከምዚ ኮይኑ ኣብ መበል ፭፻፷፪ / 562 ዕድሚኡ ብ ፲፬፲፭ / 1415 ዓ.ም መጋቢት ዕ ለት ፭ / 5 ዓርቢ መዓልቲ ነፍሱ ካብ ሥግኡ ተፈልየት ፲፪ (12) መላእክቲ መጺኦም ሓጺቦም፣ ገኒዞም፣ ተሰኪሞም ናብ ገነት ኣእተውዎ። ኣቡነ ገብረመንፈስ

ቅዱስ ኣብ ምድሪ ኣይተቐብረን። ንሱ ሓደ መዓልቲ ካብ ሠለስተ ሥላሴ ንሓደ ካብ መንበር ማርያም ሓዚሉ ናብቲ ርእሲ እቲ እምባ ኣውጽኡ። መረዳእታ "*ኣብ በዘባኡ፣ ወልድ በዘባኡ፣ መንፈስ ቅዱስ በዘባኡ ዘሓዘልዎ በኪኡ። ገብረመንፈስ ቅዱስ ዘርእየ ምሥጢረ ሥላሴ በዓይኡ*" ይብል። ከምኡ ከኣ ጥቅምት ዕለት ፭ (5) ካብ ፈጣሪኡ ምሉእ ቃል ኪዳን ዝተዋህበሉ ዕለት እዩ። ዝቕላ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ክብረበዓ ል ኣለዎ ማለት ጥቅምት ዕለት ፭ / 5ን መጋቢት ዕለት ፭ / 5ን።

ኣብ ሃገርና ብስም ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ዝተሃንጹ ኣብያተ ክርስቲያናት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።

- ሰላም ለከ ገብረመንፈስቅዱስ ረቡኒ፡
- ዘአናብስተ ታሰግድ ወአራዊተ ትቅኒ፡
- እንዘ ኢተኃሥሥ መፍቅደ ሥጋ ወኢታመክኒ፡
- ተሴስዮ ሳዕር ወተዓርዞ ቈጽል ምንተኒ፡
- አናኅሰይኮ ለዓለም ማኅኒ፡

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኵን ኣሜን።

ምንጭ፡- ስንክሳር ፭ መጋቢት፡ ታሪክ ቅዱስ ገጽ 73-74

✠ ✠ ✠

ቅዱስ ኣቡነ ሳሙኤል ዘዋልድባ ዕለት 12 ታሕሣሥ ዝውዕል

ነዚ ቅዱስ ኣቦ ስም ኣቡኡ ቅዱስ እስጢፋኖስ፡ ስም ኣዲኡ ቅድስት ዓመተ ማርያም ይብሃል። ዓዱ ከኣ ኣብ ውሽጢ ታቦተ ጽዮን ዘላቶም ኣክሱም (ትግራይ) እዩ። እዞም ክልተ ቡሩካት ወለዲ ኣመንቲ ብምንባሮም ናይ ቤተ ክርስቲያን ዜማን፡ ትርጓሜ መጻሕፍትን ኩሉ ብዘለሙ ኣምሃርዎ።

ኩሉ ግዜ ምስ ወላዲካ ስለ ዘይንበር ኣብ ንእስነቱ ንቅዱስ ኣቡነ ሳሙኤል ክልቲኦም ወለዶም ምስ ሞቱ ናብ ደብረ በንኮል ገዳም እንዳ ኣቡነ መድኃኒነ እግዚእ ኣትዩ መንኰሰ።

ብጾምን ጸሎትን ዝበቅዐ ኣቦ ኮነ፡ ክምገብ እንከሎ፡ እክሊ ኣይበልዕን ነበረ። እንታይ ድኣ ዝቐነየን ዝመጸጸን ሓምልን ዝተዘርገ ማይን እናገበረ ይናበር ነበረ።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ቤተሰቡ ፈሊጦም ክመጽእዎ ምስ - መሩ፡ ናብ ዘይረክብዎ ዋሻ ከይዱ ብዝበለጸ ጾሙን ጸሎቱን ቀጸለ። ን፬ (40) መዓልቲ ፬ (40) ለይትን ገለ ነገር ከይጠዓመ ጾመ፡ ኣብቲ በረካ ዝርከቡ ኣናብስትን፡ ኣናብርትን መጺኦም ይሰግዱሉን የገልግልዎን ነበሩ። ነዞም ኣራዊታት እዚኣቶም ሓንሳብ ቁመቶም ይሰፍሮም፡ ሓንሳብ እሾክ ነቒሱ የውጽኣሎም፡ ሓንሳብ ቀኒስሎም ይደርዞም ነበረ።

ሰይጣን ብዝተፈላለየ መከራታት እኳ እንተፈተኖ፣ ንሱ ግን እምነቱ ኣብ መድኃኔዓለም ስለ ዝነበረ፣ ኣይፈርሀ፣ ኣይደንገፀ።

ሓደ መዓልቲ ጐይታ መጺኡ ኩሉ ኣካላቱ ብምራቑ ዳህሰሶ እሞ መንፈሳዊ ኃይልን ብርትዐን ተመልኣ።

ኩሉ ግዜ ለይተ ለይቲ ምእንቲ መከራ መስቀል ኢሉ ኣብ ሓደ ዓቢ ቀላይ ኣትዩ መዝሙረ ዳዊት ይጽሊ ነበረ። ብሓለንጊ ከኣ ንሰብነቱ ይቕጽዓ ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ምስ ኣባ ገብረመስቀል ወዲ ገዳም ለጋሶ ተራኪቦም ማለት ቅድሚኡ ብራዕይ እንተዘይ ኮይኑ ገጸ ገጽ ተረአእዮም ኣይፈልጡን ነበሩ እሞ ምሉእ ለይቲ ዕብየት ኣምላክ ክዛረቡ ሓደሩ። ዝበልዕዎ ድራሮም ስለ ዘይነበሮም ከኣ ካብ ሰማይ መና ወሪዱሎም ተመገቡ።

ኣቡነ ሳሙኤል ዘዋልድባ ን12 ዓመት ዝኣክል ምስቶም ፳፬ (24) ካህናተ ሰማይ መንበረ ሥላሴ (ጽርሐ ኣርያም) ዓጠነ። ቅዳሴ ክቐድስ እንከሎ ጎብስትን ጽዋዕን ካብ ሰማይ ይወርደሉ ነበረ።

ውዳሴ ማርያም ከንብብ እንከሎ ፍርቂ ሜትሮ ካብ መሬት ንላዕሊ ሓፍ ይብል። ሓደ መዓልቲ ውዳሴኣ ከንብብ እንከሎ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ክልተ ብሩሃት ዕንቁን ዕጣንን ሃበቶ።

ነዛ ሕጂ ዋልድባ ተባሂላ ትጽዋዕ ዘላ ገዳም ልክዕ ከም ሓንቲ መሰብ ሓፍ ኣቢሉ ናብ ኣምላክ ወሲዱ ኣባሪክዋ እዩ።

ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ ግዜ ሰደታ ኣብኡ ኣዕሪፋ ምንባራ ነገረ ማርያም፣ ድርሳነ ዑራኤል ይነግር።

ብዙሓት ሳሙኤላት ኣለዉ ማለት፡- 1. ሳሙኤል ነቢይ 2. ዘቀልሞን 3. ዘወገግ 4. ዘባማ ዝተባህሉ ስለዘለዉ ፈሊካ ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ።

ድሕሪ ብዙሕ ተኣምራትን፣ መንክራትን ጾምን፣ ጸሎትን ካብዚ ዓለም ኣብ ዝተፈልየሉ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክቲ ኩሉ ኣብ ሰማይ ዝርከብ ጽቡቕን ሕማቕን ኣርኣዮ።

ካብ ኣምላክ ምሉእ ቃል ኪዳን ተቐቢሉ ዕለት ፲፪ (12) ታሕሣሥ ዓረፈ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

◆ ◆ ◆

ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ሳሙኤል ዘወገግ

ጻድቕ ኣቡነ ሳሙኤል ዘወገግ ኣቡኡ እንድርያስ ኣዲኡ ኣርሰንያ ይብሃሉ። ሓምሌ ዕለት ፲ (10) ተወልደ። ኣብ እንዳ ዓለቡኡ ንንቑጽ ዓንዲ ዘቈጸለ ኣቦ እዩ። መጋቢት ዕለት ፳፬ (24) ብኢድ ኣቡነ ተክለሃይማኖት መንኩሰ። ካብቶም ፲፪ (12) ኣቡነ ተክለሃይማኖት ዝሸምዎም ሓደ እዩ። ንሱ ምግቢ ከይበልዐ ን ፩፻፶፭ (155) መዓልቲ ዝጾመ እዩ። እዚ ገዳም እዚ ደብረ ወገግ ዘበሎ እቲ ብጾም ምስ ወደቐ መልኣክ መጺኡ ተንሥእ ናብ ገዳምካ ኪድ ምስ በሎ ብርሃን ስለ ዝተራእየ እዩ። ካብ ጥቅምቲ ፳፱ (29) ጎዳር ፳፩ (21) ከምኡ ከኣ ካብ መጋቢት ፳፩ (21) ክሳብ መጋቢት ፳፱ (29) ብርሃን ተተኪሉ ስለ ዝተራእየ “*ደብረ ወገግ* ” ተባህለ።

ጸሎቱን በረኩቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

ዕረፍቱ ዕለት ፳፱ (29) ጥቅምቲ እዩ።

ምንጪ፡- ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 107

ብሕይወት ከለዉ ከይሞቱ ዝተሠወሩ ኣብ ብሔረ ሕያዋን ዘለዉ ቅዱሳን

1. ርእሰ ኣበው ሄኖክ ጥር ዕለት 27 ተሠወረ
2. ርእሰ ነቢያት ኤልያስ ጥር ዕለት 6 ተሠወረ
3. ርእሰ ጸሓፍያን ዕዝራ ሓምሌ ዕለት 21 ተሠወረ
4. ዮሐንስ ወልደ ነጐድጓድ ጥር ዕለት 4 ተሠወረ
5. ቅዱስ ያሬድ ግንቦት ዕለት 11 ተሠወረ
6. ኣቡነ ኣረጋዊ ጥቅምት ዕለት 14 ተሠወረ
7. ኣቡነ ገሪማ (ይስሐቅ) ሰኔ ዕለት 17 ተሠወረ
8. ንጉሥ ነአኵቶ ለኣብ ጎዳር ዕለት 3 ተሠወረ

ሞይቶም ሥግኡም ኣብ መቓብር ዘይተቐብረ ቅዱሳን

1. ቅዱስ ቂርቆስ ጥር ዕለት 15
2. ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ መጋቢት ኣብ 562 ዕድሚኡ ዕለት 5
3. ዮሴፍ ፈሃሪሃ ለማርያም ኣብ 114 ዓመቱ ሓምሌ 26
4. ቅዱስ ዮሐንስ መጥምቕ መስከረም 2
5. ዘካርያስ ኣቦ ዮሐንስ መጥምቕ መስከረም 8
6. ዳግማዊ ቂርቆስ ወልደ ክርስቶስ ሠምራ ወዲ 3 ዓመት

✠ ✠ ✠

ጻድቕ ኣቡነ ሳሙኤል ዘደብረ ዋሊ (ዘዋልድባ)

ጻድቕ ኣባ ሳሙኤል ኣቡኡ እስጢኖስ ኣዲኡ ዓመተ ማርያም መጋቢት ዕ ለት 12 ብ 1295 ዓ.ም ተወልደ። **ሳሙኤል ፀሓይ ዘደብረ ዋሊ** ይብሎ። ሃገረ ትውልዱ ኣክሱም ከባቢ ክከውን እንከሎ ናይ ኣክሱም ቀሺ ገበዝ ምስ ቅዱስ ያሬድ ዝምድና ኣለዎ። ናይ ኣቡነ ፊሊጶስ ደብረ ቢዘን ናይ ኣቡነ ኣሞን ዘመድ እዩ። ቅዱስ ኣቡነ ሳሙኤል ንዋልድባ ከም መሶብ ሒዙ ብጐይታ ኣባረካ ሕጂ ኣብዚ ገዳም'ዚ ጥዑም መግቢ ምምጋብ ኣይፍቀድን እዩ። ጥሜት ኣብ ዝኾነሉ ማይ ባሪኩ ናብ ወይነ ቃና እምኒ ባሪኩ እንጌራ ጌሩ መኸሳት መገበ። ኣቡኡን ኣዲኡን ብህፃንነቱ ስለ ዝሞቱ ናብ ገዳም ከይዱ መንፈሳዊ ትምህርቲ ብዝግባእ ተማህረ። ደሓር ኣብ ደብረ በንኮል ከይዱ ብኣቡነ መድኃኒነ እግዚእ መንኰሰ። ምስ መንኮሰ ኣብ ውሽጢ ቆብዑ እምኒ ኣእትዩ ይሰርሕ ነበረ። ወዲ ፲፰ (18) ዓ መት ምንኩሱ ፲ (10) ዓመት ተቐሚጡ ናብ ዋልድባ መጽአ። ኣብ ገዳም ዋልድባ እክሊ ኣይበልዕን ነበረ። መረዳእታ *"ኢይበልእ ዘእንበለ ሐምል"* ይብሎ። ክሰግድ ከሎ እግሩ ክሳብ ዝሓብጥ ይሰግድ ነበረ። ብፍላይ ኣብተን ፬ (4) ኣጽዋማት ፵(40) መዓልቲ ምሉእ ምስ ሰብ ከይተራከበ ገለ ነገር ከይጠዓመ ይጸውም ነበረ። በተን ፫ (3) ኣጽዋማት ግን ኣብ ፰ (8) መዓልቲ፡ ፪ (2) መዓ ልቲ ምሸት ምሸት ከምኡ ሰንበት ሰንበት ይጥዕም ነይሩ። ንሱ ዝረገጸ ሓመድ ከም ናይ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ኣናብስት ተዋህብዎ። ገሊኡም መጻሕፍቱን ክዳውንቱን ይስከሙ፡ ገሊኡም ከኣ ከም ፈረስ ይጽዕኖም ነበረ። ሓደ መዓልቲ ሓውን መጽሓፍን ሒዙ መንገዲ እናተጓዕዘ እንከሎ፡ ኣብ ሓደ ማይ ዝመልኣ ውሕጅ ክሳገር እንተኣተወ ወየ ውሕጅ ኣዝዩ ብርቱዕ ስለ ዝነበረ፡ ንሓደ ፩፻ (100) ሜትሮ ሒዝዎ እኳ እንተከደ፡ እተን ኣብ ኢዱ ዝነበራ ነገራት፡ ማለት መጻሕፍን ሓውን ገለ ከይኮና፡ እቲ ሓዊ ከይጠፍኣ፡ እቲ መጽሓፍ (ብራና) ማይ ከየባላሸዎ ወጽኣ።

ጻድቕ ኣቡነ ሳሙኤል ክቕድስ እንከሎ ንዕኡ ከይተፈለጠ ካብ መሬት ፫ (3) እመት ንላዕሊ ሰለል ይብል ነበረ፡ ስለ ፍቕሪ ቅድስት ድንግል ማርያም ውዳሴኣን ቅዳሴኣን ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብዕድሚኣ ልክዕ ፷፬ (64) ግዜ ይደግም ነበረ። ቅድስት ድንግል ማርያም'ውን ብጣዕሚ ተፍቅሮ ስለ ዝነበረት ክቅድስ እንከሎን ክደግም እንከሎን ምስ ፲፪ (12) መላእክቲ መጺኣ ኣብ ልዕሊኡ ትቐውም ነበረት። ኣቡነ ሳሙኤል ካብ ብቕዓቱ ብዝሒ ዝተላዕለ ምስ ፷፬ (24)

ካህናተ ሰማይ መንበረ ጸባያት ፲፪ (12) ዓመት ዓጠነ። በዚ ከኣ ምድራዊ መልኣክ ተባህለ። ምስቶም ኣጸቢቑ ዝፈትዎም ኣቦታት፡-

1. ኣባ ኣንበስ ዘሐዘሎ
2. ኣባ ብንያም ዘምድረ ግብጽ

ብሓደ ብመንፈስ ተጸዊያም ናብ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ዝቋላ ምስ በጽሑ ነዞም ኣናብስት ናይ ሰለስቲኦም ኣቦታት እቶም ናይ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ኣናብስት በልዕዎም እሞ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ጸልዩ ኣተንሥኦም። እዛ ገዳም እዚኣ ናይ ቀደም ጠፊኣ ዝነበረት ኮይና ኣቡነ ሳሙኤል እዩ ኣቕኒዕዋ፡ ን ፶ (50) ዓመት ዝኣክል ከኣ ተቐመጠ። ናይ ሓድነት ገዳም መሥረተ። ብዙሓት ሳሙኤላት ኣለዉ። ዋልድባ ዝክበር መጋቢት ዕለት ፳፯ (27) ከምኡ'ውን የካቲት ፲፮ (16) እዩ።

ዕረፍቲ ኣቡነ ሳሙኤል ታሕሣሥ ፲፪ (12) ኣብታ ዝተወልደላ ዕለት እዩ፡ ዕድሚኡ ፩፻ (100) ብ፲፫፻፺፭/ 1395 ዓ.ም. ብስሙ ብዙሕ ቤተክርስቲያን ተሃንጸ።

ጸሎቱን በረኵቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኵን ኣሜን።

ምንጪ፡- ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 102

ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 107

✠ ✠ ✠

ጻድቕ ኣቡነ ሳሙኤል ዘሃሌሉያ

ቅዱስ ሳሙኤል ዘሃሌሉያ፡ ኣቡኡ ይርድኣነ እግዚእ ኣዲኡ ትቀድሰነ ማርያም ይብሃሉ። ሃገሩ ተንቤን መረታ ሰቁርቲ ክከውን ከሎ መጋቢት ዕለት 26 ተወልደ ብኣቡነ ኣቡየ እግዚእ ወዲ ሓብቱ እዩ። ብህጻንነቱ መኒኑ ከይዱ ናብቲ ዓቢ ኣቦ ኣቡነ እንጦንስ በጽሐ፡ ኣብኡ ወዲ 14 ዓመት መንኩሰ ጸጉሩ ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ኣይተላጸየን በቲ ነዊሕብጸጉሩ ኣብ ዓቢ ገረብ ከይዱ ናይ ጐይታ መስቀል ብምዝካር ይእሰር ጠልጠል ኢሉ 40 መዓልቲ ምስ ጸንሐ እቲ ጸጉሩ ተበቲኩ ናብ መሬት ወደቐ። ጐይታ ሚካኤል ገብሪኤል ሒዙ ወሪዱ ኢዱ ሒዙ "ፍቁረይ ሳሙኤል እንታይ ትደሊ" በሎ። ኣቡነ ሳሙኤል ስለ ሕዝብን መነኮሳትን ሕማም ከይቐትል መሓረለይ፡ ጐይታ ኣብታ ንስካ ዝተከልካያ ገዳም ሕማም ብርቱዕ ደዌ ኣያቱን እዩ ዝብል ቃል ኪዳን ሃቦ። ገዳሙ ደብረ ሃሌሉያ ተባሂሉ ይፍለጥ፡ ናብዚ ገዳምዚ ዝኣቱ ሰብ ከኣ መንግሥተ ሰማይ ዝኣትወሉ ምክንያት ከይረኣየ ኣይኣቱን እዩ።

ዕረፍቱ ሓምሌ 26 ዓረፈ።

ምንጭ፡- ታሪክ ገጽ 99

ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ኣንበስ ከባቢ ሰንዓፈ

ቅዱስ ኣቡነ ኣንበስ ዘሐዘሎ ሃገር ትውልዱ ትግራይ ዓድዋ እንጨጮ ዝተወልደ ክከውን እንከሎ ኣብዚ ቦታ'ዚ ኣቡነ ኣንበስ ዝብል ዓቢ ገዳም ኣለዎ። እዚ ቅዱስ እዚ ምስ በዓል ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ፣ ኣቡነ ሳሙኤል ዘዋልድባ ኣቡነ ብንያም ዘምድረ ግብጽ ዝነበረ ዓቢ ኣቦ ክከውን ከሎ፣ ከም ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ኣናብስት የገልግልዎ ነበሩ። ኣቡነ ኣንበስ ኣብ ግብጺ ዘለዉ ቅዱሳት ቦታታት ኩሉ ዘይበጽሖ የብሉን። ቅዱስ ያሬድ ደጋጊሙ ጠቒስዎ ይርከብ፣ ዕረፍቱ መስከረም ዕለት ፫ (3) ኮይኑ ኣብ ከባቢ ሰንዓፈ ብስሙ ዝጽዋዕ ቤተክርስቲያን ኣለዎ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስኮልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለኣንበስ በፍኖተ ፃማ ወሥራሕ፣
- ዘይጼዓን ዘልፈ ዲበ ኣንበሳ መፍርህ፣
- ለዘይጸድቅ ብእሲ እስከ ይገብእ ፍትሕ፣
- ማይ ኢያጥፍኦ ወርደተ ዝናም ብዙኅ፣
- ለአሠረ ደሙ ቀይሕ ዘሁሎ በከሞኾሕ።

ሰንክሳር፡- ዕለት ፫ መስከረም

ምንጭ፡- ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 135

ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ኣቢየ እግዚእ ዘመረታ

ጻድቕ ኣቡነ ኣቢየ እግዚእ ሃገሩ ተምቤን ትግራይ ኮይኑ ፍሉይ ስሙ ከኣ "ዘና" ይብሃል። ካብቶም ፫ (3) ውሩያት ኣቦታት ሓደ ክከውን እንከሎ ነሓሴ ዕለት ፲፫ (13) ተወልደ። ዘመንኮሰ ኣቡነ ሳሙኤል ዘደብረ ሃሌሉያ እዩ። ኣደናቒ ዝኾነ ገዳምን ጸበልን ኣለዎ። ቅዱስ ያሬድ ደጋጊሙ ኣብ ድርሰቱ ይዝክሮ። መስከረም ዕለት ፲፱ (19) ኣብ ደብረ ሃሌሉያ መንኩሰ። ጻድቕ ኣቡነ ኣቢየ እግዚእ ኣብ ኣሥመራ ኣክርያ ደብረ ብሥራት ቅዱስ ገብርኤል ክብሪ ኣለዎ።

ዕረፍቱ ግንቦት ዕለት ፲፱ (19) ኣብ መበል ፩፻፭ (105) ዕድሚኡ ኣብ ከባቢ ኣክሱም ዝርከብ " ዘና ጉናይ ወይ መረታ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ብክብሪ ተቐብረ። ኣብቲ መቓብሩ ብስሙ ዓቢ ቤተክርስቲያን ኣለዎ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስኮልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለመሬተ ሥጋከ ዘተውህቦ ሥልጣን፣
- ከመ ይፈጽም እምበሊዕ አፉ አራዊት ግሩማን፣
- ዓቢየ እግዚእ ጻድቅ ቅኑየ ኢየሱስ መድኅን፣
- እሥር ኃይለ ፀርየ ዘውእቱ ሰይጣን፣

- ተቃውሞቶ ኢይክል ብእሲ ምስኪን።።

ምንጭ፦ ሰንክሳር ዕለት ፲፱ ግንቦት
ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 124

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቅ ቅዱስ መቃርዮስ ቆቋሕ ዝምገብ ዝነበረ (ዘይሴሰይ ቆቅሐ)

ቅዱስ መቃርዮስ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ንሕያው እግዚኣብሔር ምክታል ደለየ። ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣጠናቒቑ ተማህረ። ናይ'ዚ ዓለም'ዚ ኃላፊነት ብምሕሳብ ንዓለም ንሚቕ ኣብ ሓደ ገዳም መንኰሰ። ካብኡ ወጺኡ'ውን ናይ 10 መዓልቲ መንገዲ ከደ እሞ፣ ኣብኡ ከኣ ኮዕንትን ቆቋሕን ማይን እንተዘይኰይኑ ካልእ ኣማራጺ ዘይብሉ ቦታ ነበረ።

ሓሲቡ ከምዚ በለ "ኣብ ምእራይ ኩዕንቲ እንተ ውዒለ፣ ናይ ስግደተይን ናይ ጸሎተይን ግዜ ክቋረጸኒ እዩ። ካልእ ኣማራጺ ምግቢ ከምዘየብለይ ከኣ ፈጣሪየይ ይፈልጥ እዩ ኢሉ፣ ካብታ መዓልቲ እቲኣ - ሚሩ ቆቋሓት ብመጻወድያ ሒዙ ብጸሎቱ ናብ ሐምሊ ለዊጡ ከምዝምገብ ኮነ። ኣብ መዓልቲ ሓንቲ ቆቋሕ ከኣ ናብታ መጻወድያኡ ኣትያ ትተሃዘሉ ነበረት። ለይትን መዓልትን ብጸሎት፣ ብስግደት፣ ብትግሃት ናብ እግዚኣብሔር እናለመነ ንብዙሕ ዓመታት ጸንሐ። ናይ ሰብ ገጽ ከይረኣየ፣ ከምኡ'ውን ናይ ሰብ ድምጺ ከይሰምዐ፣ "ሰይጣን ምስ ሰብ እንተዘይኰይኑ ኣይመጽእን እዩ እሞ'ዚ ዘለክዎ ሕላወ ጽቡቕ እዩ" እናበለ ይቕመጥ ነበረ።

ድሕሪኡ ካብ ቀሲጥንጥንያ ሓደ መነኮስ በዓቲ እናደለየ ክመጽእ ከሎ ንቅዱስ መቃርስ ቆቋሕ ክሕዝ መጻወድያ ከዳሉ ከሎ ርእዩ፣ ቀልጢፉ ናብ ናይ ከተማ ቀሲጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ተመሊሱ፣ "ብሕዝቢ ከንቅፈና ሓደ መነኮስ ሥጋ ንክበልዕ ብመጻወድያ ቆቋሕ ክሕዝ ርእየዮ" ኢሉ እናነቐፈ ነገሮ። እቲ ሊቀ ጳጳሳት ነቲ ዝበሎ ንክረጋግጽ፣ ምስኡ ምስቲ ዝነገሮ መነኮስ ሓደ ካልኣይ ወሲኩ ክዕዘብዎን ከጽንዎን ለኣኮም። ንሳቶም ከይኣተዉ ኣብ መንገዲ እንከለዉ "ኣባ መቃርዮስ" ከም ልማዱ (ኣመሉ) ናብ ምጽዋዱ ከይዱ እታ ዘጻወዳ መጻወድያ ድማ ፫ (3) ቆቋሕ ሒዛ ረከባ። ኣብዚ እዋን'ዚ "ጐይታይ ፫ (3) ቆቋሕ ዝሃበኒስ ንክፍትነኒ ድዩ፣ ወይስ ኣብ ዝሓለፈ ዕለት ዶ ከብደይ ኣይጸገበትን ኮይና: ወይ ንካልእ ሰብ እዩ ከይብል ኣብዚ በረካ'ዚ ዝረኣክዎ ሰብ የለን" እናበለ ሓሰበ።

ከምዚ እናሓሰበ ከሎ ካብ ሊቀ ጳጳሳት ዝተላእኩ ክልተ መነኮሳት መጽዎ። ንሱ ምስ ረኣዮም ተሐጕሰ። "ሽግረይ ፈሊጥካ ነዞም ቅዱሳን ኣገልገልትካ ምግቦም ዝከውን ዝሃብካኒ ጐይታይ ኣመስግነካ ኣሎኩ" ኢሉ ሰገደ።

ንሳቶም ግን መኣዲ ኣዳልዩ ክሳብ ዝቕርበሎም ይጠቓቐሱ ነበሩ። ድሕሪኡ ንክበልዑ ኣቕረበሎም “ሐዙ ኣቦታተይ ባሪክኩም ተመገቡ” በሎም። ንሱ ከኣ ግዲኡ ወይ ብጽሒቱ ሒዙ ክሳብ ዝውዳእ ብጸጥታ ብዘይዘረባ ተመገበ። ድሕሪኡ ብዓይኑ ቁሊሕ እንተበለ ከምዘይበልዑ ረኣየ፡ “ቅዱሳን ኣቦታተይ ስለምንታይ ደኣ ዘይበላዕኩም፡” እንተበሎም “ንሕና መነኮሳት ስለ ዝኾንና ሥጋ ኣይንበልዕን ኢና፡ ትጎርምት ኣሎና” በልዎ።

ንሱ ከይገደዶም ነተን ዘብሰለን ክልተ ቆቒሓት ብኢዱ ኣልዒሉ ሠለስተ ግዜ ኡፍ ኡፍ ኡፍ በለለን። ሽዑኡ ንሳተን ሐውየን ክንፊ ኣውጺኤን ነፊረን ናብቲ ዝነበራኣ ቦትኣን ከዳ። እቶም መነኮሳት ነዚ ኣደናቒ ዝኾነ ተኣምር ርእዮም ደንገጹ። “ኦ ናይ ኣምላክ ቅዱስ በደልና ይቕረ በለልና” ኢሎም ሰገዱሉ። ንሱ'ውን “ናይ ኩላትና በደል እግዚኣብሔር ይቕረ ይበለልና” በሎም።

ድሕሪኡ እቶም መነኮሳት ናብ ዓዶም ተመሊሶም ነዚ ዕዉብ ነገር ዝረኣይዎ ኑቲ ዝለኣኾም ሊቀ ጳጳሳት ነገርዎ። ንሱ'ውን ሰሚዑ ተደነቐ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ናብ ንጉሥ ለኣከ። “ኣብ ዘመንና ጻድቕ ሰብ መነኮስ ስለዝተረክበ ንስካ እውን ንዓ እሞ ሓቢርና ኬድና በረኩቱ ንካፈል” በሎ። ንግዚኡ እቲ ንጉሥ ምስ ሠራዊቱ ተበገሠ። እቲ ሊቀ ጳጳሳትውን ምስ ካህናትን ሰዓብቱን ናብቲ ኣባ መቃርስ ዘለዎ እቶም ዝረኣይዎ መነኮሳት እናመርሕዎም ከዱ። ኣብቲ ንሱ ዘለዎ ቦታ ክበጽሑ እንከለዉ ዝተኣዘዘ መልኣክ ናብ ብሔረ ሕያዋን ክወስዶ ኣልዒሉ ብክንፉ ተሰኪምዎ ክዓርግ ምስ ረኣይዎ፡ “ኦ ናይ እግዚኣብሔር ቅዱስ ባርከና፡ እንድሕነላ ቃል ንገረና” ኢሎም ጨደሩ። ንሱ “ካብ ሕሜትን ነገር ካብ ምእላምን ኣንደበትኩም ከልክሉ ብዝኾነ ነገር ትዕቢትን ትምክሕትን ብልብኩም ኣይትሕሰቡ። ነንሓድሕድኩም ተፋቐሩ፡ እግዚኣብሔር ኣባካትኩም ይሕደር” በሎም። ከምዚ ኢሉ ዓረገ፡ ካብ ዓይኖም ከኣ ተሠወረ።

- ሰላም ለመቃርዮስ ዘተመስጠ መልዕልተ፡
- እንዘ ቅድመ ጉቡዓን ይነብብ እሎንተ ቃላተ፡
- እምኢያእመሩ ትዕቢተ ወዘይመሰሎ ትምክህተ፡
- እመ ኢያፈደፍድ ካህን ትምህርተ፡
- ወእመ ኢያብዝኃ ካዕበ መነኮስ ትህርምተ።

ጸሎቱን በረኩቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን ኣሜን።

ምንጪ፡- 1. ስንክሳር ፲፫ ታኅሣሥ

2ይ ነገረ ቅዱሳን ገጽ 184 ብ1998 ዓ.ም.ግ ኣ.ኣ.ኢ ዝተሓትመ።

◆ ◆ ◆

ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣባ ገሪማ (ይስሐቕ)

ኣቡነ ይስሓቕ ካብ ኣቡኡ መስፍያኖስ ንጉሥ ሮማን ካብ ኣዲኡ ሰፍኖግያ ንግሥትን ተወልደ። እዞም ክልተ ክቡራት ወለዲ ንነዊሕ ግዜ ውላድ ስኢኖም ድሕሪ ምጽናሕ ብጸሎት ንቅድስት ድንግል ማርያም ብምምሕጻኖም ነዚ ቡሩክ ዝኾነ ውላድ ረከቡ። ስሙ ከኣ ይስሐቕ ኢሎም ሰመይዎ።

ንዓቕሚ ትምህርቲ ምስ በጽሐ ናይ ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ ኣምሃርዎ። ዲቁና እውን ተቐበለ። ድሕሪ ሞት ኣቡኡ ንጉሥ መስፍያኖስ እቶም ሃገር መተካእታ ናይ ኣቦካ ንገሠልና ኢሎም ብዝለመንዎ፣ ን 6 (ሽዱሽተ) ዓመታት ዝኣክል ብሓቅን ፍትሕን ርትዕን ኣብ ናይ ኣቡኡ መንበር ተቐሚጡ ነገሠ።

ይኹን ደኣ እምበር ኣባ ጸንጠሌዎን ዘጸማዕት ዝተባህለ ባሕታዊ ወሪኡ ምስ ሰምዐ ካብ ምድራዊ መንግሥቲ ሰማያዊ መንግሥቲ ይሕሸካ፣ ስለዚ ከመንኩሰካ ናባይ ምጻእ ዝብል መልእክቲ ምስ ለኣኩሉ ከይወዓለ ከይሓደረ ልብሲ መንግሥትነቱን ክብሪ ንግሥንኡን ብምሕዳግ ሰብ ከይፈለጦ ብፍርቂ ለይቲ ተበገሰ እሞ ቅዱስ ገብርኤል ከኣ ተቐቢሉ ንናይ 10 ወርሕን 4 መዓልትን ዝከውን መንገዲ ብቕጽበት ብኣክናፉ ተሰኪሙ ናብቲ ኣቡነ ጸንጠሌዎን ዘጸማዕት ዘለዎ በዓቲ ኣብጽሖ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣባ ኢትዮጵያ ንጉሥ ኣልአሜዳ ዝተባህለ ንጉሥ ነበረ። ኣቡነ ጸንጠሌዎን ርእይ ምስ ኣበሎ ብታሕጓስ ሕቑፍ ኣቢሉ ሰዓሞ። ትምህርቲ ምንኩስና ምሂሩ ኣመንኰሶ። ኣቡነ ይስሓቕ ከኣ ግብረ ምንኩስና ካብቲ ዝድለ ንላዕሊ ጸመን፣ ጸለየን፣ ሰገደን።

ካብ ዝገበሮ ተኣምራት

ኣብ ምድረ መደራ ፳፫ (23) ዓመታት ዝኣክል ሕሙማትን ኣጋንንቲ ዝሓዝዎምን እናኣሕወየን፣ ምዉታት እናኣተንሥአን ጸንሐ። ሓደ መዓልቲ ንመስዋእቲ ቁርባን ዝከውን ሥርናይ ናይ ንግሆ ዘሪኡ ኣጋ ምሸት ዓጺዱ ንግዜ መስዋዕቲ ቁርባን ከም ዘዕረገ ኣብ መጽሐፍ ገድሉ ንረክቦ። ንጽባሕቱ ከኣ ኣብ ግራ (ጻዕሮ) ዝተባህለ ዕንጨይቲ ኣብዑር ብምድያብ፣ ነታ ዕንጨይቲ ከም ዓውዲ ብምጥቃም ነቲ እክሊ ኣብ ልዕሊ እታ ገረብ ኣኪዱ ብኃይሊ ኣምላክ ምህርቲ ሓፈሰ። ሓደ መዓልቲ'ውን ኣብ ከውሒ ሐረገ ወይኒ ተኪሉ ንዕለቱ ፍረ ከምእትህብ ኮነትሉ። ከምኡ ውን ጸሐፊ ብርሂ ስለዝነበረ ሓደ መዓልቲ እናጸሐፈ እንከሎ ፀሐይ ክትዓርብ ደለይት'ሞ ክሳብ ጽሕፈተይ ዝውድእ ከይትዓርቢ ኢሉ ምስ ወገዛ ከምቲ ናይ ኢያሱ ፀሐይ ቆመት። ከምኡውን ጡፍ ዝበሎ ምራኞ ክሳብሎም ሕሙማት ኣብ ምፍዋስ ይርከብ ኣሎ። ናይ ኣቦና ይስሓቕ ቁጽሩ ምስ

ተስዓቱ ቅዱሳን ክከውን እንከሎ፣ ኣብ ግዜ ምሳሕ ናይ ኣመጋግባኦም ሥነ-ሥርዓት ነናቶም እዮም ዝወስዱን ዝበልዑን ዝነበሩ። ኣቡነ ይስሐቅ ግን ዋላኳ እታ ብጽሒቱ ይውሰድ እንበር ከይተቐደሰ እን-ራ ኣይበልዕን ነበረ። ስለዚ ኣብቲ ዝነበሮ ቦታ ሰኣን ሓደ ሓሙሻይ መመላእታ ቅዳሴ ክቦክር ከም ዝደለየ ምስ ፈለጠ ኣነ ኣለኩ ብምባል ከም ሓሙሻይ ኮይኑ ቅዳሴ ቀደሰ።

ካብዚ ዝተላዕለ እቶም ብጾቱ ናብ ሓለቓ ናብ ኣባ ጴንጠሌዎን ከሰስዎ። ኣባ ጳንጠሌዎን ከኣ ንኣቡነ ይስሓቅ ፍልይ ኣቢሉ "በል እዞም ሕዝቢኡ ግልል ይበሉ ምሳካ ዘረባ ኣለኒ" በሎ። ሽዑ ኣቡነ ይስሓቅ "ኣሽንኳይ እዞም ሕዝቢ እቶም ኣእማንን ዕፅዋትን (ዕንጨይቲ) እንተኾነ እውን ግልል ይበሉ" በለ። ብዘይ ምድንጓይ ብቐጽበት ልክዕ ከም ቃል ኣቡነ ይስሓቅ ደርጓዕጓዕ እናበሉ ኸዱ። ንዓ ሠርተ ምዕራፍ ዝኣክል ከኣ ደርጓዕጓዕ እናበሉ (ን4000 ሜትሮ) ተጓዕዙ።

ኣቡነ ጳንጠሌዎን ነዚ ተኣምራት እዚ ምስረኣየ ካብ ብዝሒ ኣድናቐቱ ዝተላዕለ ብናይ ግእዝ ቃል "ገሪማ ገረምከኒ" በለ እዚ ማለት ድማ ኣነ ድኣ ከማይ ሰብ መሲሉኒ እምበር ካብ ሰብ ንላዕሊ ኢካ እናበለ ኣድናቐቱ ገለጸ። ቅዱስ ያሬድ ውን ኣብ ደጉዓኡ *"ገሪማ ገረምከኒ ኣስኬማከኒ ኣልባቲ ሙሰና"* ኢሉ ጠቂሰዎ ይርከብ።

ስለዚ ስሙ ይስሓቅ ዝነበረ ኣባ ገሪማ ተባህለ፣ ገለገለ ሰባት ግን ካብ እናገረመ ዝተባህለ ዓሌት ስለ ዝኾነ እዩ ገሪማ ክበሃል ዝከኣለ ይብሉ፣ ግን እቲ ኮይኑ እቲ ካልኣይ ቀጽል መጸውዒ ኮይኑ ተረኪቡ ኣሎ።

ቃል-ኪዳን

ዕድሚኡ ምስ ኣከለ ካብ ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምሉእ ቃል ኪዳን ማለት ምእንታካ ጽቡቕ ዝገበረ። መጽሓፍ ገድልካ ዝጸሓፈ ዘጽሓፈ፣ ዝክርካ ዝገበረ ምሒረልካ ኣለኩ ዝብል ተቐበለ። ካብ መጽሓፍ ስንክሳር ዕለት ፲፯ (17) ሰኔ ዝተተረጐመ ሓቐ ታሪክ ኣቡነ ገሪማ እዩ።

ጸሎት ናይ ኣቦና ገሪማ ምስ ኩላትና ኣመንቲ ኣማላድነቱ ይኹን።

- ሰላም ለገሪማ ለኣርእዮ ኣዚዝ ኃይሉ፣
- ዘኣስተራከበ ዘርኣ ወኣስተላፀቀ ዘምስለ ሰብሉ፣
- ዝንቱ ጻድቅ እምኀበ ይሄሉ፣
- እምገጸ ዕበዩ ወእምድምፀ ግሩም ቃሉ፣
- ኣዕባን ተግህሱ ወዕፅው ሰሰሉ።

◆ ◆ ◆

“ወሀሎ ፩ዱ ብእሲ በዓለ ጋዳ ክቡረ ዘመድ እመኪንንት ዘስሙ ዘኣማኑኤል ወብእሲተ ዓመተ መንፈስ ቅዱስ ወክልኤሆሙ ጌራን ወፈራሀያን እግዚኣብሔር እሙንቱ”

ውሉድ ብምስኣኖም ኣዝዮም ይሓዝኑ ነይሮም ጸም፣ ጸሎት ምጽዋት ብብዝሒ የዘውትሩ ነበሩ።

ኣብ ሓንቲ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ከይዶም ተባዕ ታይ ወዲ ክትህቦም እሞ መብጽዓ ክህብዋ ተማባጽዑ። ቅድስት ድንግል ማርያም ከኣ ንወዳ ለመነትሎም እሞ ወዲ ሃቡም።

ቅዱስ ሚካኤል ብየማና ቅዱስ ገብርኤል ብጸጋማ ኣኩቲላ መጺኣ ከኣ፣ ቡሩክ ዝኾነ ሕፃን ልደቱ ምስ ልደተይ ፩ ግንቦት ዝኾነ ሕፃን ክትወልዱ ኢኩም ኢላ ኣብሠረቶም። *“ተወልደ ሀጸን በተፍጻሜተ ቀዳማይ ወርኀ ዘውእቱ ኒሳን በወርኃ ልደታ ኣመ ሠርቁ ለዓኩን ዘውእቱ ግንቦት ወበጊዜ ልደቱ ኣብርሃ ቤተ ኩመ ፀሐይ ወወድቁ ዲበ ምድር እለ ሀለዉ ውስተ ውእቱ ቤት”።*

ኣቡነ እንድርያስ ውልድ ምስ በለ ጸሎት ገበረ እሞ ሳጥናኤል ሰሚው እዚ ሕፃን እዚ ለካ ጸላእየይ፣ ኣንጻረይ ክከውን እዩ ኢሉ ተጨነቐ። ክቐትሎ እውን ሐሰበ እንተኮነ እቲ ኣብኡ ሓዲሩ ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ ከልከለሎ። ድሕሪ ፵ (40) መዓልቲ ኣብታ ቅድም ዝተማባጽዑላ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ብኢድ ኤጲስ ቆጶስ ተጠመቐ። መሓረነ እግዚእ ዝብል ስም ጥምቀት ከኣ ተቐበለ።

ሽዑ ናብቲ ድግስ ዝተገብረ እንዳ ቅዱስ ዘኣማኑኤል እቲ ዘጥመቐ ኤጲስቆጶስ ምስ ኩሎም ካህናትን ዲያቆናትን ኣናጉስጢስን እናዘመሩ፣ ኣብ ዝነበሩሉ ኣቦና መሓረነ እግዚእ ከኣ ኣብ ዝባን ቅድስቲ ዓመተ መንፈስ ቅዱስ ተሓዚሉ ከሎ *“ስብሐት ለእግዚኣብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ለእንለ እመ ሕያው ዘሠምሮ”* ኢሉ ኣመስገነ።

ድሕሪ ሠለስተ (3) ዓመት ጡብ ምስ ሐደገ ልክዕ ከምታ ዝተመባጽዕዋ ናብታ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ወሰድዎ። ከም ነቢይ ሳሙኤል ወዲ ህልቃና ከኣ ኣብ ቤተክርስቲያን ዓበየ ቅዱስ ገብርኤል ሰማያዊ መናን ሰማያዊ ጽዋዕን እናኣምጽኣ ይምግቦ ነበረ። ሠራዊተ ዲያብሎስ

ከይቐርብዎ ከኣ ክልቲኦም እቶም ናይ መላእክቲ የሕሉቐ ቅዱስ ሚካኤልን ቅዱስ ገብርኤልን ለይትን መዓልትን ይሕልዎ ነበሩ።

ቅዱስ መሓረነ እግዚእ ስርሑ ብጾም፣ ጸሎት ስግደት - መረ። ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ኩሉ ግዜ እናመጸ ይናዝዞን ይሰምየን ነበረ። *"ብከመ ይቤ በወንጌል ዘሰደፈቅረኒ ወየዓቅብ ቃልየ ኣነ ወአቡየ ንመጽእ ኀቤሁ ወንሬስዮ ምዕራፈ"*

ሽዑ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ምስ ኮነ ኣቦኡ ቅዱስ ዘኣማኑኤል ነቲ ዘጠመቐ ኤጲስ ቆጶስ ናይ ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ ከምህሮ ሓደራ በሎ። እሞ ብዘሎ ናይ ቤተክርስቲያን ትምህርቲ ፹፩ (81) መጻሕፍቲ ተማህረ።

ወዲ ፲፪ (12) ዓመት ምስ ኮነ *"ሐለየ በልቡ ወይቤ ምንት ይበቍዓኒ፣ ንብረተ ዝንቱ ዓለም፣ ወእትገሃሰ እምአዝማድየ ወእህድግ አቡየ ወእምየ" በከመ ይቤ በወንጌል ዘኢሃደገ አበ ወእመ"* ብምባል ናብ ሰሉዳ ዝተባህለት ገዳም ከደ እሞ "ሓደ ዓቢ ብዑዕ ባሕታዊ ንእግዚአብሔር ዘስመረ ኣባ ገብረ ክርስቶስ" ዝተባህለ ክዳኑ ጸጉሪ ዝኾነት ተራከበ። ኣጸቢቑ ምስ ተለማመደ እቲ ኣብ ኣቡነ መሓረነ እግዚእ ሓዲሩ ዝነበረ ጸጋ መንፈስቅዱስ ስለ ዝተራእዮ ኣዝዩ ፈተዎ።

ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ልብሰ ምንኵስና ከልብሶ ኣብ ዝሓተቶ፣ ንሱ ከኣ ግብረ ምንኵስና ኃያልን ኣዝዩ ከቢድን ምኳኑ ገለጸሉ።

ቅዱስ አቡነ እንድርያስ ከምዚ ዝስዕብ ምስ በለ ኣመንኰሶ *"ኢይክል አሐዱ ገብር ተቀንዮ ለክልኤ ኣጋእዝት ለፎዱ ይትኤዘዝ መለከልኡ ኢይትኤዘዝ"* "ንገንዘብን ንእግዚአብሔርን ክትግዛእ ኣይከኣልን እዩ" *"እለኒ በልዑ ከመ ዘኢበልዑ እለኒ ሰተዩ ከመዘኢሰተዩ፣ እለኒ ተፈሥሑ ከመ ዘኢተፈሥሑ"*።

"ዓለምን ኣብኣ ዘሎን ኃላፊ እዩ።" ስመ ክርስትናኡ መሓረነ እግዚእ ክከውን ከሎ ስመ ምንኵስናኡ ከኣ እንድርያስ ተባሂሉ እንድርያስ ማለት ጎበዝ መንእሰይ ማለት እዩ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ባረከ፣ በረከት ኣቦታተይ እንጦንዮስ፣ መቃርዮስ፣ ጳኩሚስ ይሕደርካ ናታቶም ምንኵስና ዝባረከ ምንኵስናካ ይባርከልካ።

ቅዱስ አቡነ እንድርያስ ድሕሪ ምምንኳሱ ንዓይኑ ሰለምታ ንሰውነቱ ድቃስ ንሥግኡ ዕረፍቲ ዝብሃል ኣይሃበን። ለይቲ ምስ መዓልቲ ከም ዓንዲ ሓዊን ብጸሎት ተተክለ፣ ኣእጋሩ ውን ክሳብ ዝሓብጥ ከም መኰራኩር፣ ረሃጹ ክሳብ ናብ ምድሪ ዘንጠብጥብ ይሰግድ ነበረ።

ብትሕትና ከኣ ዝተፈልጠ ኣቦ ኮነ፣ ጋሻ እንተ መጸ እግሪ ኣብ ምሕጻብ ቀዳማይ ኮነ። ትዕቢት ዝብሃል ፈጺሙ ኣይፈልጥን ነበረ።

"ኣባ ገብረክርስቶስ እዚ ኩሉ ትግሃትን ትሩፋትን ብምርኣይ በል እዚ ወደይ መዓርገ ዲቁና ተቐበል" በሎ። ኣቦና አቡነ እንድርያስ ግና ካብ ብዝሒ

ትሕትና ዝተላዕለ ኣነ ንመዓርገ ዲቁና ዝበቅዕ ሰብ ኣይኮንኩን ብምባል ኣበዮ። ንሱ ግና ምስ ኩሎም ደቂ ማኅበር ኮይኑ ይግብኣካ እዩ ተሸየም ኢሉ ደጋገሞ። እንተኮነ ኣበዮ ድኣ።

ሽዑ ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ባዕሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መጺኡ "ኦ እንድርያስ ፍቁረይ ኣነ ተቐቢለካ ኣሎኩ። መዓርገ ዲቁና ተቐበል" በሎ። ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ትእዛዝ ኣምላክ ካብ ኮነስ እሺ /ሕራይ ብምባል ናብ ጳጳስ ብምካድ መዓርገ ዲቁና ተሸመ። ከም ሊቀ ዲያቆናት ቅዱስ እስጢፋኖስ ከኣ ትጉህ ኣገልጋሊ ኮነ። ከምኡ'ውን መንበረ መለኮት ብመንፈስቅዱስ ክሳብ ዝርኢ ኮነ። እንደገና እውን ኣባ ገብረክርስቶስ ትብኣቱ ብምርኣይ *"ይቤሎ ተሰየም ቀሲሰ መዓርገ ክህነት"* ይግብኣካ እዩ እሞ ኪድ ካብ ጳጳስ ክህነት ተቐበል በሎ። ሕራይ ኢሉ ፍቓድ መምህሩ መሊኡ ካብ ጳጳስ መዓርገ ክህነት ተቐብዐ፣ ልክዕ ከም ናይ መልከ ጼዴቅ ጌሩ ከኣ ብትግሃት ኣገልገለ። ምሥጢረ ቍርባን ክህብ ከሎ ንዝግብኦን ንዘይግብኦን ይፈላሊ ነበረ።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ከምዚ ዝብል ሕሳብ ሓሰበ፣ ንሱ ከኣ ንኢየሩሳሌም ከይደ ጐይታይ ዝተወልደላ ቤተልሔም፣ ዝተጠመቐላ ዮርዳኖስ፣ ናዝሬት ዝዓበየላ፣ ቀራንዮ ዝተሰቐለላ፣ ክርኢ ክከይድ ኢሉ ጋጋት ሓጺን ተዓጢቐ ብጸሎት ንጐይታ ሓተተ። ሽዑ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ቅዱስ ሚካኤልን ቅዱስ ገብርኤልን ምስ ሰዓብቶም ኣኩቲሉ መጺኡ "ኦ ፈታውየይ እንድርያስ እቲ ኣነ ዝፈትዎ ዘበለ ኩሉ ትፍጽም ኣሎካ ምስ በሎ ኣቡነ እንድርያስ መን ኢካ ንስካ ክብል ምስ ሓተቶ፣ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣነ ናዝራዊ ጐይታካ ዘሎን ዝነብርን ዝነበርኩን እየ" በሎ። ሕጂ ከኣ ኦ ፈታውየይ እንድርያስ ንኢየሩሳሌም ምካድ ኣይትሕሰብ፣ ምክንያቱ ኣነ እታ ሥጋካ እትቐበረላ ከርእየካ እየ። ኣብኣ ዓቢ በዓቲ ኣዳልየልካ ኣሎኩ፣ ነዛ በዓቲ እዚኣ ከኣ ከም ቤተልሔም፣ ነቲ ኣብኣ ዘሎ ማይ ከም ዮርዳኖስ፣ ንመቓብርካ ከምቲ ናተይ መቓብር ጎልጎታ (ኢየሩሳሌም) ንደብርካ ከኣ ከም ደብረ ጽዮን ክገብረልካ በሎ።

ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ *"ምርሓኒ እግዚኦ ፍኖተ እንተ ባቲ ኣሐውር"* ብምባል ካብ ንኢየሩሳሌም ምካድ ኣቋረጸ፣ ፍቓድካ ይኩን ኢሉ ተቐበሎ።

ሓደ መዓልቲ ኣቡነ እንድርያስ ነታ ቦታ ንምድላይ እናዳህሰሰ ከሎ "ኣብ ከባቢኡ <u>ተኣማኔ እግዚእ</u> ዝተባህለ ምእመን ረከበ። ንሱ ከኣ ነቶም ከባቢ ወንጌልን ኦሪትን ክምህረሉ ለመኖ። ኣቡነ እንድርያስ እቲ " ንሊቀ ሓዋርያት

ጴጥሮስ ዓባኺዐይ ሓሉ” ዝበሎ ቃላት ዘኪሩ ኩሉ ዓሠርተ ትእዛዛትን ወንጌልን ሰበከሎም።

ኣብ ሓበላ ከምዝነበረ ቅድስት ድንግል ማርያም ከኣ ክትቅድስ ኢላ ከም ዝኣዘዘቶ፣ ኣድጉ ጽዒኑ እናከደ ምስ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ብዕድመ እኳ እንተ ዓበዮ ብጸጋ ግና ኣቡነ እንድርያስ እዩ ዝዓቢ፣ ምክንያቱ ነቲ ዝጸገሞ ጎቦ ብጸሎቱ ዝኣለዮ ኣቡነ እንድርያስ እዩ።

“ውተግህሰ ደብር እምቅድሜሆሙ በጸሎቱ ለአባ እንድርያስ ወማዕምቅ መልዓ።” “ለእመ ብክሙ ሃይማኖት መጠነ ሀጠተ ሰናቴ ወትብልዎ ለዝንቱ ደብር ፍልሰ ወይፈልሰ” ዝብል ቃል ጐይታ ተፈጸመ። እዛ ዓባይ እምባ ኣብ ከባቢ ርእሰ ኣድባራት ቅድስት ማርያም ዝነበረት ንዓርበ ረቡዕ ገጻ ዝፈለሰት ምኳና ይንገር።

ካብ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ምስ ተፈላለዩ ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ኣብ ማይ ምጭቓ ዝተባህለ በዓቲ መንነ ዓዲ ናህባይን መንነ ዓዲ ፈለስትን ዝርከብ ከምኡ ውን “ወሐረ መንገለ ዛና-አብ” ካብ ማይ ምጭቓ እውን ናብ ኣብ ከባቢኡ እትርከብ ዛና ኣብ ከም ዝከደ መጽሓፈ ገድሉ ይነግር። ኣብዚ ግዜ'ዚ መግቡ ሱር ዒቃ እዩ ዝነበረ። *“ወነበረ ሀየ እንዘ ይሴሰይ ቆጽለ አሥርቆ ዘውእቱ ሥርወ ዒቃ”* ኣብዚ እዋን'ዚ ብሕልሚ ለይቲ ነታ ክህበካ እየ ዝበሎ ማየ ዮርዳኖስ ዘለዋ ገዳም ይርኢ፣ ብቐትሪ ከኣ ይስእና። ከምኡ ውን እቲ ምእመን ተኣማኔ እግዚእ ንቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ንዓካ ትከውን ገዳም ብራዕይ ርእየ ምስ በሎ ሓደ ኮይኑ ረከቦ እሞ እንተ ከደ ልክዕ ንሳ ኮይና ረከባ። ብትእምርተ መስቀል ከኣ ባሪኩ ኣመስጊኑ ተቐመጣ ።

ከምኡ እውን ንኣቡነ እንድርያስ ዝኾነ መፍቅደ ደብር ዘምጽኣሉ *“ገብርኄር”* ዝተባህለ ኣድጊ ነበረ። ክሳብ ካብ ሸኩቲ እንዳ ራእሲ ሓደራ እክሊ ተሸኪሙ ይመጽእ ምንባሩን፣ ካብ ገዳም ከኣ ወርቂ ይወስድ ምንባሩን ይፍለጥ። እዚ ኣድጊ እዚ ካብ ሸኩቲ ንገዳም ዝከውን እክሊ ሒዙ እናመጸ ከሎ ሓደ ሰይጣን ዝሓደሮ ኣንበሳ ኣብታ እግሪ ደብሪ ሰይሩ ቀተሎ፣ *“ወእእመረ በመንፈስ ቅዱስ አቡነ እንድርያስ ከመ ቀተሎ አንበሳ ለአድግ ዚአሁ ውእቱኒ ቀተሎ ለአንበሳ በኃይለ ጸሎቱ እንበለ መጥባሕት ወይቤሎሙ አቡነ ለአርድእቲሁ ሑሩ ደቂቅየ ወአልእሉ ጾሮ ለውእቱ አድግ እስመ ቀተሎ አንበሳ”* እዛ ቦታ እዚኣ ሕጂ ምዕራፈ ኣርድእት እናተባህለት ትጽዋዕ ኣላ። ናይ ክልቲኣም ሬሳ ማለት ናይቲ ኣድግን ናይቲ ኣንበሳን ከኣ ኣብዛ ዝተባህለት እግሪ ደብሪ እትርከብ ምዕራፈ ኣርድእት ይርከብ።

ሓደ መዓልቲ ጥሜትን ጽምእን ኣብ ዝበርትዓሉ እዋን እቶም ኣርድእቲ ንኣቡነ እንድርያስ ካብዚ ገዳም ወጺእና ክንምገብ ኣፍቅደልና በልዎ። እንተኾነ ኣቡነ እንድርያስ ግን ኣጽንዖ መካን ስለ ዝበልጽ እዞም ደቀይ ቁሩብ ተዓገሱ። ዓሳ

ካብ ባሕሪ፡ መነኮስ ካብ ገዳም እንተወጺኡ ጽቡቕ ኣይኮነን እኳ እንተበሎም እቶም ኣረድእቲ ግን መሊቕም ናብ እንዳ ተኣማኔ እግዚእ ዓዲ ሞገስ ከባቢ ጣላን ዓደብዛገን ክምገቡ ከዱ። እቲ ሰብኣይ እኳ ክኣትዉ እንተ ፈቐደሎም እታ ሰበይቲ ግን "ኣቡኣም ከ ምስኣም ኣለዉ ዶ ኢላ እንተ ሐተተቶም ዘየሎ ይከውን እሞ" ኣቦኣም ኣቡነ እንድርያስ እንተ ዘይሃልዩ ኣይቕበሎምን እየ በለት። ከምዚ ክትብል ከላ ኣቡነ እንድርያስ ብመንፈስ ቅዱስ ይፈልጥ እሞ *"ወይቤ ኣቡነ ሚጠሙ ኀቤየ ለእሉ ኣግብርቲከ ወኢትህድንሙ ይሠጠሙ ውሉተ ባሕረ ዓለም"* ኢሉ ምስ ጸለየሎም ተመልሱ።

ሽዑ ኣቡነ እንድርያስ ነቲ ገንኢ ማይ ምልኡለይ ኢሉ ኣብኡ ምስ ጸለየ *"ወዘንተ ብሂሎ ኣተብ በትእምርተ መስቀል ዲበ ውእቱ ማይ ወከነ ጥዑመ ከመ ዓያያተ መዓር ወይቤሎሙ ኣቡነ እንድርያስ ለደቂቁ ንሥኡ ሰትዩ ዘውነበክሙ እግዚኣብሔር ወሰትዮሙ ደቀቁ ውእተ ማየ ዘኮነ ወይነ ጥዑመ ኣንክሩ ጥቀ"*

ከምኡ እውን ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ምእንቲ ደቁ ኢሉ ናብ ኣምላክ ጸሎት ገበረ እሞ ካብ ኣርያም ፫ (3) ኩምራ ከም ዓውዲ መሲሉ መልኣ። እዚ ኩምራ'ዚ ን፯ (7) ዓመት ዝኣክል ኣብ በረካ ከሎ፡ ኣቡነ እንድርያስ ናይ ጎሞር መስፈር ካብ እምኒ መዐቀኒ ገበረሎም። ካብታ መዐቀኒት ዝያዳ ከይወስዱ ከኣ ሓደራ በሎም። እዚ ሥርናይ ኣርያም እዚ ንሸውዓተ ዓመት ዝኣክል ብዘይ ሓደ ነገር ማለት ዝናብ ከይዘነቦ፡ ነቐዝ ከይበልኡ፡ ኣዕዋፍ ከይለቐማሉ፡ ሠረቐቲ ውን ኣይወስዱሉን። ምክንያቱ ናይ ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ጸሎት ስለዝከደኖ። *"ጸሎቱ ለጻድቅ ትክል ወታሰልጥ"* (ያዕ. 5፥15) ድሕሪ ፯ (7) ዓመት ግና እቶም ኣርድእቲ ስለምንታይ ኢና ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃበና ንሰፍሮ፡ ከም ድሌትና ዘይንወስድ ብምባል ዝተዋህቦም ሓደራ እሞ ጠለሙ ሽዑ ነቲ ሥርናይ ኣራዊት፡ ጻጸ፡ ኣዕዋፍ፡ ሠረቐቲ ከምዝኣትውዎ ንኣቡነ እንድርያስ ብመንፈስ ተገልጸሉ። ኣተውዎ ከኣ። ስለዚ ናብ ገዛ ከእትውዎ ኣዘዞም። ንሸውዓተ ዓመት ከኣ ተመገቡ ብድምር ን፲፬/ 14 ዓመት ዝኣክል ካብ ኣርያም ዝወረደ መና ከም ዝተመገቡ መጽሐፈ ገድሉ ይሕብር። እቲ ዝወርደሉ ዝነበረ ቦታ እውን ንምልክት ዝኣክል መስቀል ተገሩሉ "ምውራድ " ኣባ ጊዮርጊስ " *ሰአል ለነ እንድርያስ ኣቡነ ለኣርዑት ወንገል ዘተፀምደ ለደቂቀ ቤቱ ገሀደ ሥርናይ ኣርያም ዘአውረደ"* ኢሉ ኣብ መጽሓፈ ሰዓታት ገሊጽዎ ይርከብ። " (ሥርናይ ኣርያም) እናተባህለ ክሳብ ሎሚ ይጽዋዕ ኣሎ።

ድሕሪ'ዚ ዝተጠቕሰ ፲፬/ 14 ዓመት ከኣ ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ናብ ኣምላክ ጸሎት ገበረ እሞ ካብ ሰማይ ወርቂ ዘነመ። ሽዑ ካብቶም ኣርድእቲ ሓደ ዘካርያስ ዝተባህለ ርእይዎ ከብቅዕ ሓዲግዎ ከደ። ኣቡነ እንድርያስ ስለምንታይ ዘየልዓልካዮ ምስ በሎ ፍቕድ መምህሩ ክመልእ ኣልዓሎ። ሽዑ ኣቡነ እንድርያስ ስለምንታይ ኣብቲ ቀዳማይ ግዜ ዘየልዓካዮ እንተ በሎ *"ኢታንሥእ ዘኢያንበርከ"* ስለዝብል ክብል

መለሰሉ። ንሱ ነዚ ወርቂዚ ኣይትሸጥዎ ኣይትምዘንዎ፡ እንታይ ድኣ ብለውጢ ተጠቕሙሉ ብዝበሎም መሠረት ይነብሩ ነበሩ። ንዘውሓደሎም ኣይሓምይዎ፡ ንዘብዝሓሎም ኣይንእድዎ ነበሩ። ኩሉግዜ ከኣ ሠርከ ሠርከ (ምሸት ምሸት) ናብቶም ኣርድእቲ ብርሃነ መንፈስቅዱስ ይወርድ ነበረ።

ቃልኪዳን

ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ግዜ ዕረፍቲ ኣቡነ እንድርያስ ምስ ቀረበ ኣእላፊ ኣእላፋት መላእክቲ ኣኩቲሉ መጺኡ ከምቲ ናይ ኩሎም ቅዱሳነ እግዚኣብሔር ምሉእ ቃል ኪዳን ሃቦ።

ነዛ ገዳም እዚኣ ከም ቤተልሔም ዝተወለድኩላ፡ ከም ደብረ ጽዮን፡ ደብረሲና፡ ሙራደ ቃል፡ ንመቓብርካ ከኣ ከም ጎልጎታ፡ ክሓስበልካ እየ። ኩሉ ናብ'ዚ ደብሪ'ዚ ኣብ ዕለት ሞትካን ልደትካን ብእምነት ዝከደ ከድሕነልካ እየ በሎ። ነቲ ኣብኡ ዘሎ ማይ ከኣ ከም ዮርዳኖስ ጌረዮ ኣሎኩ። ኩሉ ብእምነት ብእኡ ዝተሓጽበ ካብ ዝነበሮ ደዌ (ሕማም) ክሓዊ እዩ። *“መዘሂ ተቀብረ ውሰተ ዛቲ ምኔት ውሰተ ምሥራቂሃ ወምዕራብሃ ወውሰተ ሰሜና ወደቡባ እስከ ጎበ ይበጽሕ ጽላሎታ እሬሰዮ ለድኂን”* ምስ በሎ ንሰማይ ዓረገ።

ኣቡነ እንድርያስ ንደቁ ዝሃቦ ለበዋ

ንደቁ ኩሎም ኣኪቡ እነሆ ጐይታይ ክትመውት ኢካ ኢሉኒ ስለዘሎ ክነግረኩም ስምዑኒ ምሉእ እምነት ሓድነትን ሠለስትነትን የሃልኩም። ነንሓድሕድኩም ተፋተዉ (ተፋቀሩ) *“እሰመ ተፋቅሮ ይደፍኖን ለኵሎን ሓጣውዕ”* ሓዳጋት ኩኑ። ከምዚ ምስ በሎም ንእሽቶ ሕማም ሓመመ።

ሽዑ እቶም ደቁ ንስካ ካብ ሰማይ ሥርናይ ዘውረድካ ብጸሎትካ፡ ንስካ ኣቦና ንደቅካ መና ዝመገብካና ከ ትመውት ዲካ: ከምዚ ክብሉ ከለዉ ከኣ ካብ አዒንቶም ከም ውሒዝ ክረምቲ ንብዓት ይውሕዝ ነበረ። ሽዑ ኣቡነ እንድርያስ ንደቁ ክበክዩ ምስ ረኣዮም ኣይትብከዩ፡ ኣነ ካብዛ ኃላፊት ዝኾነት ዓለም ናብታ ዘይትሓልፍ እየ ዝከይድ ዘሎኩ በሎም። ኣቡነ እንድርያስ ነቶም ኣርድእቱ ብድሕሬይ ድሕሪ ዓሠርተ መዓልቲ ከተርክቡኒ ኢኹም ብዝበሎም መሠረት ድሕሪ ዓሠርተ መዓልቲ ፱፻፱፱፻፺፱ (999) ኣርድእቲ ተሰየፉ፡ ሕጂ እንዳ ሰማዕታት ቤተክርስቲያን ተባሂሉ ብስሞም ታቦት ተቐሪጽሎም ኣሎ።

ኣቡነ እንድርያስ ዝሞተሉ ዕለት ፩ የካቲት እዩ፣ ዝተወልደሉ ከኣ ዕለት ፩ (1) ግንቦት እዩ።

✠ ✠ ✠

ትውልዲ ምንኩስና ኣቡነ እንድርያስ ዘደብረ ጽጌ ሰፍኣ

ኣቡነ እንጦንስ ንመቃርስ፣ መቃርስ ንጳኩሚስ ጳኩሚስ ንጳላሞን፣ ጳላሞን ንቴዎድሮስ ቴዎድሮስ፣ ንኣረጋዊ ዘሚካኤል፣ ኣቡነ ኣረጋዊ ንማትያስ፣ ማትያስ ንዮሴፍ ዮሴፍ ንዓቢይ መድኃኒነ እግዚእ፣ ዓቢይ መድኃኒነ እግዚእ፣ ንዓቢይ ዮሓኒ ዓቢይ ዮሓኒ፣ ንዓቢይ ተክለሃይማኖት ፣ ዓቢይ ተክለሃይማኖት ንሚዛን መስቀል፣ ሚዛን መስቀል፣ ንመስቀል መዋዒ፣ መስቀል መዋዒ ንክርስቶስ ቤዛነ፣ ክርስቶስ ቤዛነ ንዓቢይ መስቀል ክርስቶስ ዓቢይ መስቀል ክርስቶስ ንንእሽቶይ መስቀለ ክርስቶስ ንእሽቶይ መስቀለ ክርስቶስ፣ ንንእሽቶ ዮሓኒ ንእሽቶ ዮሓኒ፣ ንእሽቶ ኢየሱስ ሞዓ ኢየሱስ ሞዓ፣ ንንእሽቶ ተክለሃይማኖት፣ ንእሽቶ ተክለሃይማኖት ንመድኃኒነ እግዚእ፣ ካልኣይ መድኃኒነ እግዚእ ካልኣይ፣ ንገብረክርስቶስ ዘሰሎዳ፣ ገብረክርስቶስ ዘሰሎዳ ንኣቡነ እንድርያስ ዘደብረ ጽጌ ሰፍኣ።

ዓበይቲ ቅዱሳን ደቂ ኣቡነ እንድርያስ

1. ኣቡነ ኣቤል ዘጣላ
2. ኣቡነ ስምዖን ዘጨዓት
3. ኣቡነ ሉቃስ ዘሓበላ ጉቦር
4. ሰማዕታት 999 ኣብ ውሽጢ ገዳም ዘለዉ

ካልኣይ ድሒሮም ዝፈረዩ ዓበይቲ ኣቦታት

1. ኣቡነ ኣትናቴዎስ ሊቀጳጳስ ዘኢትዮጵያ ዓቢይ ሊቅ መምህር መጽሓፍ
2. ኣቡነ ፊልጶስ ሊቀጳጳስ በዓል ዓዲ ቐሺ
3. መምህር የማነ ብርሃን ኣቡነ እንጦንዮስ 2ይ

ሕጂ ኣብቲ ገዳም ዝርከብ ቅርሲ

- ማየ ዮርዳኖስ
- መቓብር ኣቡነ እንድርያስ
- ጎሞር መስፈር ሥርናይ
- ናይ ኢድ ዝነበረ መስቀል
- ብዓቢኡ ከኣ ምሳሌ ዘይብሉ ቤተክርስቲያን
- ጭኪሮ ዝነበረት ሕጂ ዓባይ ኣውሓ ኮይና ኣላ ንሳ ናይቶም 999 መቓብር ዝኾዓተት እያ።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቅ ኣቡነ እንድርያስ ዕፉን ወገረ ስሂን ዞባ ደቡብ

ኣቡነ እንድርያስ ኣብ ኮርባርያ (እገለ ሐመስ) ካብ ኣቡኡ ቀሺ መንክርን ኣዲኡ ፀዳለ ብርሃንን ተወልደ። ስድርኡ ሃብታማት ግና መካናት ስለዝነበሩ ይሓዝኑን ይጉህዩን ነበሩ። ይኩን ድኣ እንበር ፍቓድ ኣምላክ ኮይኑ ሰብ ኮርባርያ ይድንግጽሎምን ኩሎም ንኣሽቱ ውን ይለኣኩዎም ነበሩ። ድሕሪ ነዊሕ እዋን እግዚኣብሔር ውላድ ከምዝረክቡ ብሩክን ዓብን ከምዝከውንን ስሙ ውን እንድርያስ ከምዝበሃል ብሕልሚ ረኣዩ። ብሚያዝያ ፭፱ ተጠኒሱ ብ ፭፱ ጥሪ ብዘይ ጻዕሪ ተወሊዱ። ውልድ ምስ በለ ቅድሚ ኩሉ ንምብራቅ ገጹ ሰጊዱ ንኣምላክ ኣመስገነ። ኣብ ጥምቀቱ ውን እቲ ማይ ከም ጸባ ጻዕድዩ ተራእዩ ወዲ ሠለስተ ዓመት ምስ ኮነ ክንስይ - ሚሩ። ኣብ ዝወፍረሉ ዘበለ ብጸጋ ኩሉ ስራሕ ይዕመመሉ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ንኣቡነ መርቆሬዎስ መልኣክ እግዚኣብሔር ኣብ ኮርባርያ ዝተባህለ ዓዲ ኪድ ንዓካ ዝከውን ውላድ ክትረክብ ኢካ በሎ ባረኮ፡ ግን ኣይትማልኣዮ ስለዝበሎ ከይዱ ተቐቢሉ ከኣ ንገዝኡ ወሲድዎ ወለዲ ውን ብሓጐስን ፍቕርን ተቐቢሎም ኣእንገድዎን።

ብድሕሪኡ ወዲ ኃሙሽተ ዓመት ምስ ኮነ ብሕልሚ ንኣቡነ መርቆሬዎስ ግሩምን ዘብህግን ፈላሲ ኮይኑ ርእይዎ መደብ ኣምላክ ስለዝነበረ ሕልንኡ ተላዓሊሉ ናብ ደብረ ድማህ ከደ። ኣቡነ መርቆሬዎስ ውን ብሓጐስ ተቐበሎ ከም መጋቢ ውን ንብዙሕ ጊዜ እናኣገልገለ ነበረ። ድሕሪኡ ኣቡኡ ኣቡነ መርቆሬዎስ እግዚኣብሔር ዝሃቦም ቦታ እዛ ሕጂ ብስሙ ደብረ ዕፉን ኣቡነ እንድርያስ ወግረ ስሂን ተባሂላ ዝተሰምየት ገዳም ስለዝኮነት ናብኣ ክከይድ ነገርዎ። ይኩን ድኣ እንበር ካብ ኣቡነ መርቆሬዎስ ክፍለይ ስለዘይደለየ ብብዙሕ ኃዘን ፍቓድ እግዚኣብሔር ስለዝዓቢ ናብኣ ከደ።

እቲ ቦታ ብብርሃን ተጎልቢቡ ስለዝጸንሐ ከኣ ዕፉን ተባህለ። ኣብኡ ብብዙሕ ተጋድሎን ብሕትውናን ድሕሪ ምጽንሑ ከም ኩሎም ቅዱሳን ኣቦታቱ ቃልኪዳን ካብ ኣምላክ ተቐቢሉ ብ፭፱ መጋቢት ብሰላም ብዝማሬ መላእኽቲ ከም ኩሎም ቅዱሳን ኣቦታት ቃልኪዳን ተቐቢሉ ኣዕረፈ።

ዝተወሃቦ ቃልኪዳን

ስምካ ዝጸወዐ፣ ተስካርካ ዝገበረ፣ ብዙሕ ይኩን ውሑድ ከም ክእለቱ ብሓቂ ከም ኣልኣዛር ኣብ ሕቑፊ ኣብርሃም ዝረፈቐ ኣብ ሕቑፊካ ክረፍቐ እዩ። ብዕለት ብዓልካ ዝተሳለሙ (ዝነገዱ) ከም ፊያታዊ ዘየማን ንባሕረ እሳት ብዘይ ፍርሃት ክሰግሩ ትብዓት ክህቦም እየ። መጽሐፍ ገድልካ ዝሰምዑ ንመንግሥተ ሰማያት ዘብቅዕ ቃል ሕይወት ከስምየም እየ ኣብ ምድሪ ደቂ ማኅበርካ ዝኾኑ ፍቕዶም ምስ ማኅበረ በኵር ክከውን እዩ። ብጸሎትካ ዝተማዕቆቡን፣ ስምካ ዝጸውዑን፣ ተስካርካ ዝገበሩን ኣብ ቅድሚ መላእክተይ ክእመኖም እየ። ንመጽሐፍ ጌጋኦም ክድምስሶ እየ። ዝብልን ካልእ ብዙሕ ተስፋታትን ዝተዋህበ ኣቦ እዩ። ሕጂ እዚ ገዳም ታሪኩ ተዓቢጡ ከይተፈልጠ ብምጽንሑ ብዙሕ በረከትን ጸጋን ተሓቢኡ ንከይተርፍ ኩልና ናይ በረኩቱ ተካፈልቲ ክንከውን እናዘካከርና ብኩሉ ትሕዝቶ ውን ምድግጋፍ ዘድልዮ ስለዝኾነ ዝከኣለኩም ሓገዝን፣ ቆላሕታን ክትገብሩሉ ኑተሓሳስብ። እዚ ገዳም ዝርከበሉ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ካብ ዓረዛ ደቡብ 33 ኪ/ሜ ክከውን እንከሎ ብመራጮዝ ውን ንምዕራብ ካብ ዓዲ ብሓይላይ 25 ኪ/ሜ ኣብ ልዕሊ ሩባ ዑበል እዩ።

ጸሎቱን በረኩቱን ምሳ ኮልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን ኣሜን።

✠ ✠ ✠

መቃርስ፣ ዳግማዊ

መቃርስ፣ ዳግማዊ መቃርስ ንዓቢይ ኣድኃኒ፣ ዓቢይ ኣድኃኒ ንኣባ ያዕ፣ ኣባ ያዕ፣ ንብእሴ ሰላም፣ ብእሴ ሰላም ንኣባ ጰላንዴዎን ኣባ ጰላንዴዎን፣ ንኣባ ቅቡዕ በእግዚእ፣ ኣባ ቅቡእ በእግዚእ ንኣባ ኣትናቴዎስ፣ ኣባ ኣትናቴዎስ ንኣቡነ ይስሐቅ ጳጳስ ዘታኪታ ኣቡነ ይስሐቅ ጳጳስ ዘታኪታ ነቶም ኣርባዕተ ከዋክብቲ

1. ኣባ እብነ ሰንበልት
2. ኣባ ዮሓንስ
3. ኣባ ይህፅነነ እግዚእ
4. ኣባ በርናባስ

□λ እብነ ሰንበልት፣ ንኣባ ዳንኤል ኣባ ዳንኤል፣ ንኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ

1. ንኣቡነ አብሳዲ ዘደብረ ክሳሄ ደብረ ማርያም
2. ንኣቡነ መርቆሬዎስ ዘደብረ ድማኅ
3. ንኣቡነ በኪሞስ ዘደብረ ጸራቢ ትግራይ

4. ንኣቡነ ገብረኢየሱስ ኣቦ ኣቡነ ኣብራንዮስ ዘደብረጥሉል
5. ንኣቡነ ማትያስ ዘዓዲ ቀ ሓማሴን
6. ንኣቡነ ማቴዎስ ዘደብረ በርበረ
7. ንኣቡነ ማቴዎስ ግብጻዊ
8. ንኣቡነ ገብረኣምላክ
9. ንኣቡነ ጴዋ ድንግል
10. ንኣቡነ ገብረመስቀል ዘላጋሶ

ካብዚ ብምብጋስ ኩላቶም ደቂ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ዘበሉ ክሳብ እቲ ኣቦኣም ክፈልጡ ይክእሉ።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ መርቆሬዎስ ዘደብረ ድማጎ ኤርትራ

ኣቡነ መርቆሬዎስ ትውልዱ ኣብ ገድሉ ከምዝሕብሮ ክሳዕ ሮቤል ወዲ ያዕቆብ ፸፪ (72) ትውልዲ ዝጠቕስ'ኳ እንተኮነ ብሐጺሩ ትውልዲ ዓዱ ኢትዮጵያዊ ኮይኑ ኣብ ክፍለ ሃገር ትግራይ ኣውራጃ እንድርታ ንኡስ ኣውራጃ ወንበርታ ወረዳ ሐይቀ መሳሕል ፍሉይ ስሙ ዳብሽ እንዳ ማርያም ይበሃል።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ቦታ ካብ ኣቡኡ ካህን ቶማስ ስምያን ካብ ኣዲኡ ሰሎሜ ሕይወት ብ25 ጎዳር ሰሉስ መዓልቲ 1274 ዓ.ም ተጸንሰ። ኣቡነ መርቆሬዎስ ፳፱ (29) ነሐሴ ሠሉስ መዓልቲ ድሕሪ ቀትሪ ሰዓት ሠለስተ ብ፲፪፻፸፬/ 1274 ዓ.ም ተወልደ። ንጊዚኡ ምስ ተወልደ ብኣንቃእድዎ ንሰማይ ብምጥማት ጸሎት ሕሊና ኣብጽሐ። ኣብቲ ቤት ዝነበሩ ሰብ ገዛን ኢጋይሽን ከኣ ብኣንክሮ ተዓዘቡ። ብምቕጻል ኩሉ ዝፍጽሞ ዝነበረ ተግባር ናይ ዓቢይ ሰብ እምበር ናይ ሓደ ሕፃን ጠባይ ስለ ዘይኮነ ወለዱ ብምሉእ ልቦም የስተውዕልዎን ይዕዘብዎን ነበሩ። ካህን ቶማስ ውሉድ ስለ ዝሰኣነ ብዙሕ ይጭነቕን ይመባጸዕን ይጽልን ነበረ።

ናይ ኣቡነ መርቆሬዎስ ታሪክ

እዞም ክልተ ቅዱሳን ወለዲ ተኣዘዝቲ እግዚኣብሔር ኣክበርቲ ቅዱሳን ዝክር በዓል ናይ ቅዱስ ሰማዕት ፒሉፓዴራ ማለት መርቆሬዎስ ሰማዕት ወርሒ ወርሒ ዘብዕሉ ነበሩ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ እምነ ሰሎሜ ኣብ ድቃስ እንከላ ድምጺ ገበረት፡ ቀሺ ቶማስ ብድንጋጸ " እንታይ ኮይንኪ" ኢሉ ሓተታ ሰሎሜ ድማ " ግሩም ራዕይ ረኣኩ" በለቶ። ቀሺ ቶማስ ድማ " እንታይ ራእዩ" በላ። ***"ፀሐይ ሠረቀ እምሐቂከ እንዘ ይበውእ ውስተ ማኅፀንየ ርኢኩ"*** ፀሐይ ክብ ሕቕካ በሪቑ ናብ

ማኅጸነይ ክኣቱ ረኣኩ” በለቶ። ነዚ ራእይ'ዚ ምስ ነገረቶ ቅዱስ ሰማዕት መርቆሬዎስ ጸሊም ፈረስ ተወጢሑ ምስ ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤል ካብ ሰማይ ናብ ቀሺ ቶማስን ሰሎሜን ብምምጻእ ነቶም ቅዱሳት ወለዲ ከምቲ “ወርሒ ወርሒ በዓለይ እናዘከርኩም፣ ተክብርዎን፣ ተብዕልዎን ዘለኩም ኣነ ድማ ከምቲ እግዚኣብሔር ኣምላክ ዝሃበኒ ጸጋን፣ በረከትን ንዓካትኩም ካብቲ ኪዳነይ ከካፍለኩምን ከበስረኩምን መጺኣ ኣሎኩ። እነሆ ከኣ ሕፃን ክትወልዱ ኢኩም ብርሃኑ ከም ፀሐይ ዝበርህ፣ ግርምኡ ካብ ግርማ ሌለት ዝግርም ሕፃን ክትወልዱ ኢኩም። ስሙ ድማ ብስመይ መርቆሬዎስ ኢልኩም ክትሰምይዎ ኢኩም” በሎም። መርቆሬዎስ ሰማእት ምስ ቅዱስ ሚካኤል ባሪክዎም ናብ ሰማየ ሰማያት ዓረገ። ብድሕሪ እዚ ኣቦና መርቆሬዎስ ኣብ ፷፩ ጎዳር በዓል ናይ መርቆሬዎስ ሰማዕት ተፀንሰ።

ካብ መዓልታት ሐደ መዓልቲ (ለይቲ) ከቢድ ሕልሚ (ራእይ) ረአየ። እዚ ሕልሚ'ዚ ምስ ተገልጸሉ ንበዓልቲ ቤቱ እምነ ሰሎሜ ገለጸላ። “ ሎሚ ለይቲ ዝረኣኩዎ ሕልሚ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ማለት ካብ ማኅፀንኪ ብሩህ ፀሐይ ክወጽእ ከሎ፣ ብድሕሪኡ ከኣ ብሩህ ወርሒ ሳልሳይ ድማ ኮከብ ጽባሕ፣ ከምኡ ውን ታራ ኮከብ ክወጽእ ርእየ” ኢሉ ገለጸላ።

ኣብ ከባቢኡ ፈታሒ ሕልሚ ነበረ'ሞ ነቲ ዝረኣዮ ራእይ ነገሮ። ንሱ ከኣ ዓበይቲ ሰባት ቅዱሳን ወይ ነገሥታት ክትወልድ ኢካ ኢሉ ፈትሐሉ። ካህን ቶማስ ነቲ ዝረኣዮ ሕልሚ ብምዝካር ሕፃን መርቆሬዎስ ንዝፈጸሞ ተግባር ኩሉ ብጥንቃቐ ይከታተል ነበረ።

ጸጋ ጥምቀት ካብ ዕለተ ልደቱ ኣብ መበል 40 መዓልቲ ምስ ኣከለ ከምቲ ሥርዓት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ደበሽን እንዳ ማርያም ጸጋ ጥምቀት ተቐበለ። ስም ክርስትንኡ ከኣ እሴተ ማርያም ተባህለ።

ካብ ጽንሲ ክሳብ ልደት ብዙኅ ተኣምራት ተገብረ። ብዙኃት ሕሙማትን ድዉያትን ተፈወሱ ኣብቲ ዝተወልደሉ ገዛን ንእድን ማይ ፈልፈሉ (ነቲዑ) ማየ ጸሎት ንሕሙማትን ድውያትን ዝፍውስ ኮይኑ ክሳብ ሕጂ መንክራት እናተፈጸመሉ ይነብር ኣሎ። ብድሕሪ'ዚ ኮነታት'ዚ ወለዱ ብምጽናዕ ካህን ቶማስ ናብ ኣኩኡ ብፁዕ ኣቡነ ጳውሎስ ወሰዶ። ገና ቅድሚ ምምጽኡ ናብ ኣቡነ ጳውሎስ “ እዚ ሎሚ ዝመጽእ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ዝሐደሮ ሕፃን እዩ'ሞ ከም ታራ ህፃን ከይትርእዮ ብሥነ-ሥርዓት ሐዞ” ዝብል ሰብኣዊ ድምጺ ሰምዐ። ገጹ ግን ዘይርእዮ ድሕሪ ቁሩብ ሰዓታት ከኣ ካህን ቶማስ ንሕፃን መርቆሬዎስ ሒዙ ናብ ኣቡነ ጳውሎስ ህሩግ በለ።

አቡነ ጳውሎስ ድማ ሰምበደ ዝረኣዮ ራእይ ገለጸሉ። ካህን ቶማስ ብወገኑ ተጸኒሱ ክሳብ ዝውለድ ተወሊዱ ክሳብ ዝዓቢ እተገብረን እተፈጸመን ትእምርትን ተኣምራትን አዘንተወሉ። ብአንክሮ አደነቐ መንፈሳዊ ትምህርቲ ክመሃር - መረ። ጥበብ እግዚአብሔር ኮይኑ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ፴. ኢሉ መዝሙረ ዳዊት ተማሂሩ ፈጸመ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን አጠናቀቐ። በዚ አቡነ ጳውሎስ አደነቐ። ብድሕሪ'ዚ ብፍቓድ እግዚአብሔር ካብ አቡነ ጳውሎስ ናብ ገዳም አቡነ ዳንኤል ሃማና ከደ። ኣብቲ ገዳም'ቲ ብርድእና ንብዙሓት አረጋውያን ብምርዳእን ብአገልግሎት ገዳምን ምስ ጸንሐ አብ መበል ፲፫፻፵/ 1340 ዓ.ም ካብ ክፍለ ሃገር ትግራይ ተበጊሱ ናብ ክፍለ ሃገር ሸዋ ከይዱ ካብ ብፁዕ አቡነ ጴጥሮስ ዝተባህለ ግብጻዊ ጳጳስ መዓርገ ዲቁናን ክህነትን ተቐቢሉ። ካብ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ኣብ ደብረ ሃማና ምንኩስናን አስኬማን አብ መበል ፭፫፫/ 33 ዕ ድሚኡ ተቐበለ።

ንነዊሕ እዋን ብብሕትውና ድሕሪ ምጽናሕ ወንጌል ብምስባክን ክርስትና ብምስፋሕን ኣብ ወሎ፣ ሸዋ፣ በጌምድር፣ ትግራይ እናተዘዋወረ ብዙሕ ትምህርትን ተኣምራትን ሕሙማት ብምፍዋስ ምውታት ብምንትንሣእ፣ ንኣስታት ፮፯/ 67 ዓ መታት ተጋደለ።

ብድሕሪ'ዚ ብአካል ምስ ናይ መንፈስ ኣቡኡ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ተራከበ'ሞ ናብ ሃገር ኤርትራ ከምዝሳገር ብመንፈስ ቅዱስ ተነግሮ። አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ንግዚኡ ብመረብ ዓቢ ተሳጊሮ በራቒት ኣተወ። አቡነ መርቆሬዎስ ግን ናብ ሃረ ጸሊም ቤት ጉሩሳ ዝተባህለ ገዳም ተመሊሱ ንደቀ መዛሙርቱ ኣመሐዲሩ ወሮ ዝተባህለ ለማዳ ተመን ከም ረዳኢ ኮይኑ ዘገልግሎ ብቓል ሰብ ዝዛረብ ነበሮ እሞ ኪድ ነቦና አብ በራቒት ክትረክቦ ኢካ እሞ ነዚ መልእክቲ'ዚ ንገሮ። "ኣብቲ ዘለካዮ ክትቅኒ ዲካ አብኡ ክመጸካ፡" በሎ። ናይቲ መልእክቲ መልሲ ሒዝካ ናብዚ ምጻእ ክጽበየካ እየ። ካብዚ እግዚአብሔር ናብ ዝመርሐና ንከይድ። ወሮ ነቲ መልእክቲ ብህፁፅ ናብ አቡነ መርቆሬዎስ ኣብጽሐ። አቡነ መርቆሬዎስ ካብ ሃረ ላዕላይ ቆራሮ ንበራቒት ቆሐይን ናብ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ በጽሐ። ካብዚ ተላዓ ሉ ንዝባን ቆሐይን ትምህርቲ እናሃበ ናብ ከባቢ ማይምነ ከኣ ኣተወ። እቲ ሕዝቢ ፈጺሙ ካብ እግዚአብሔር ርሒቑ ናብ ናይ ሰይጣን ግዝኣት ኣትዩ ጸንሐ። ለይትን መዓልትን ብዘይ ምቁራጽ ትምህርቲ ሃይማኖት ይምህር ነበረ።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ምሸት ሰይጣን ሰብ ተመሲሉ ኣብቲ ዓዲ እናዞረ እዞም ባሕታውያን ተመሲሎም ዝሰብኩኩም ዘለዉ ስሱዓት እዮም። ጽባሕ ሰብኩምን ጥሪትኩምን ከጥፍኡኩም እዮም። ስለ'ዚ ተጠንቀቑ እናበለ ለፍለፈ።

ንሳቶም ከኣ እንታይ ክንገብር ይሕሸና፡ በልዎ። ተከታቲልኩም ኣብታ ዝዓርፉላ ኣጉዶ ኣትዮም ምስ ደቀሱ ኩሉኩም ከቢብኩም ብሐዊ ጌርኩም ኣንድድዎም፤ እምበር ከጽንትኩም እዮም ዝብል ሰይጣናዊ ምክሩ ለገሰሎም። ንሳቶም ከኣ ብዙሕ ተሐጐሱ። መዓስ ይመሲ ክብሉ ውዒሎም ተሓላልዮም ኣብታ ዝዓርፉላ ኣጉዶ ኣትዮም ቆይሞም ክጽልዩ ከለዉ እታ ዘለዉዋ ኣጉዶ ብቐጽበት ብሓዊ ተቓጸለት ንሳቶም ግን ከም ሠለስቱ ደቂቅ ሃልሃልታ ሐዊ እኳ ኣይተንከዮምን። ንግሆ ተቃጺሎም ዝጸንሐዎም መሲልዎም እንተመጹ ኣብቲ ዝተቓጸለ ኣጉዶ ተቐሚጦም ክጽልዩ ጸንሕዎም። ብድሕሪ'ዚ እቶም ሕዝቢ ብሐባር ተኣኪቦም ይቐሬታ ሓተቱ። ነዚ መግበሪና ከኣ ቅድሚ ትማሊ ሐደ ዘይንፈልጦ ሰብ እናዞረ እዞም ባሕታውያን መሲሎም ዝሰብኩኩም ዘለዉ መታለልቲ እዮም ቡዳታት እዮም። ሰብኩምን፡ ጥሪትኩምን ክትበትኩ ኢኩም ዝብል ምክሪ ምስ ሰማዕና ኢና ኣብ ርእስኩም ዝፈጸምናዮ በደልን ግፍዕን'ሞ ይቐረ በሉልና። ቡቲ ክፉእ ተግባርና እግዚኣብሔር ከየጥፍኣና ጸሎት ግበሩልና ኢሎም ኩሎም ኣብ ምድሪ ወደቑ። ኣቦታት ከኣ ኩሉ እኩይ ካብ ጸላኢ ሠናያት ምኳኑ ስለዝፈለጡ ይቐረ በሉሎም ሥርየት ከኣ ሃብዎም። ብሃይማኖትን ምግባርን ከምዝጸንዑን ትምህርትን ማዕዳን ከኣ ሃብዎም። ብድሕሪ'ዚ ካብቲ ቦታ ተኣልዮም ንቐላ ሠራየ እንዳ ማርያም በርቂሕ ዝተባህለ ሕጂ ደብረ ደናግል ናይ ደብረ ድማጎ ኮይኑ ዘሎ። ኣብዚ ዝተሰምየ ቦታ ኣትዮም ምስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ንገ (፯) ዓመታት ዝኣክል ጽኑዕ ብሕትውና ሒዞም ተቐመጡ። ብድሕሪ 7ተ (፯) ዓመታት ሱባኤ ንሃገር ኣርማንያ ቃል ወንጌል ክሰብኩላ ዕረፍቲ ከኣ ኣብኡ ከምዝኾነ ንኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ተገልጸሉ። ኣቡነ መርቆሬዎስ ከኣ ብፃዕዳ ርግቢ እናተመርሐ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ገዳም ደብረ ድማጎ ክፍሉ ኣብጽሖ። ኣብቲ ቦታ ምስ በጽሐ ኣቀማምጣአን ጽርየታን ምስ ረኣየ ብዙሕ ተሐጐሰ። ብኣርባዕተ መአዝና ኮሊሉ ከኣ ባረካ። ተመላሲሱ ምስ ረኣያ እዛ ቦታ እዚኣ ንዘለዓለም ምዕራፈይ እያ በለ። እቶም ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ሕዝቢ ንኣርማንያ ከምዝኸዱ ምስ ተሰምዐ ኣቦታት ረድኤት ክኾነና ቀዲስኩም ኣቑሩቡና ዝብል ልማኖ ኣቕረቡሎም። ጥሪ ዕለት ፲፰ (18) መዓልቲ ንቑርባን ዝተዳለዉ ሕዝቢ ኣስታት ፭፻/ 500 (ሓሙሽተ ሚእቲ) እዮም። ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ሠራዊ ካህን፡ ኣቡነ መርቆሬዎስ፡ ዲያቆን ኮይኖም ቅዳሴ ኣትዮም ***"ንዘነ ንሕበር"*** ክበሃል ከሎ ከቢድ ድምጺ ዘለዎ ነጐዳ ተሰምዐ። እታ መቐደስ ብነጸብራቕ ብርሃን ውሽጣን ግዳማን ተጐለበበት። ካብዚ ዝተላዕለ ብስምባደ ኩሎም ምእመናን ከም ቁጽሊ ረገፉ። 10ተ (፲) ምእመናንን ምእመናትን ማለት ፭ / 5ተ ሰብኡት ፭ / 5ተ ከኣ ኣንስቲ ቅዱስ ቑርባን ክቐበሉ ከለዉ። ካልኦት ግን ፍጹም ናብ

ምውታት ተለዊጦም ክሳብ ሰርሆተ ሕዝቢ ዝከውን ከም ምዉታት ኮይኖም ጸንሑ። ብድሕሪ ቅዳሴ ቅዱሳን ኣቦታት ንነዊሕ ጊዜ ጸልዮም ኣተንሥእዎም።

እቶም ሕዝቢ ብምሉኦም ኣብ እግሪ ቅዱሳን ኣቦታት ወዲቖም ይቕሬታን ምሕረትን ለመኑ። ኣቦታት ከኣ ይቕሬታን ሥርየትን ሂቦም ኣፋነዉዎም። ኣብ ብሕትውና ን 7 ዓመታት ዝኣክል ክቕመጡ ከለዉ ብዘይካ ሓንቲ ማእምንት ሰበይቲ ሓደ ሰብ እኳ ዝጠየቖም ኣይነበረን። ስለዚ "እኩያን ሰብኡ ዚኣሃ" ናይዛ ቦታ እዚኣ ሰብ ክፉኣት እዮም ኢሎም ተዛረቡ እምበር ኣይረገሙን ኣይመረቑን።

ካብዚ ተላዒሎም ናብ ዞባ ማእከል ደየቡ። ንኃያሎ መዓልታት ትምህርቲ ድሕሪ ምሃብ ከኣ ናብ ምራራ ወረዱ። ኣብኡ ወዲ **ኣእጋእ** ጋንዛይ ምራራ ብሐጐስ ተቐበሎም። ኣብኡ ቀንዮም ከኣ ንማርሳ ተክላይ ጉዕዞ ቐጸሉ። ብዙሕ ሀሩርን ጸምእን ንዝተጓነፎም ተጻዊሮም ኣብ ጥቓ ወደብ ንክበጽሑ ምስ ቀረቡ ቀዳመ ሰንበት ኮይኑ ዕረፍቲ ገበሩ። መንፈስ ቅዱስ ብራእይ ብትምህርትኩም ዝጥቀሙ ስለ ዘለዉ መገድኩም ብምድሪ ኖብያ (ሱዳን) ይኩን ዝብል ተነግሮም።

እንደገና ብገመል ተጻዒኖም ናብ ምድሪ ኖብያ (ሱዳን) ኣተዉ። ድሕሪ ናይ ሓደ ወርሒ ጉዕዞ ናብ ሱዳን ምእታው ምስ ተቓረቡ ኣብቲ ጊዜ'ቲ ሱዳን ኣብ እምነት ክርስትና ከምዝነበረት ገድለ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስን ኣቡነ መርቆሬዎስን ይሕብር። ናይ ሱዳን ንጉሥ ጊዮርጊስ ይበሃል። ንሱ ዓበይቲ ሰባት ግሩማት ይመጽኡ ኣለዉ ዝብል ዜና ሰሚዑ ካብ ከተማ ወጺኡ ምስ ብዙሕ ሠራዊት ኮይኑ ብክብሪ ተቐበሎም። ብሕት ዝበለ ስፍራ ተዋሂቦዎም ከኣ ብዘይ ዕረፍቲ ትምህርቲ ሃይማኖት ብምሃብ ሕሙማት ብምፍዋስ፡ ድሕሪ ምቕናይ ብእግሪ ጉዕዞ ንግብጺ ኣትዮም ኣስታት ሠለስተ ወርሒ ኣብ ሐንቲ ክርስቲያን ዚዛ ዝተባህለት መበለት ጸንሑ። ብዙሓት ደቂ መዝሙር'ውን ኣፍረዩ። ካብኡ ንደሴተ ቆጵሮስ ብመርከብ ተሳገሩ። ኣብ ደሴት ቆጵሮስ ውን ሐዋርያዊ ተልእኮ ፈጸሙ። እምባታት ቆጵሮስ ኣቦታት ንምቕባል ተሰራሰሩ። ብድሕሪኡ ንኣርማንያ ክንዕዙ ሕጽረት ገንዘብ ኣጋጢምዎም ነቲ በዓል መርከብ ቀሰይ ኢልና ገንዘብ ክንከፍል በኃካ ተማልኣና ኢሎም ለመንዎ። ብዘይ ገንዘብ ኣየሳፍርን እየ ኢሉ ከኣ ኣበዮም።

ካብ ኣቡነ መርቆሬዎስ ዝፈረዩ ኣበይቲ ኣቦታት፡-

1. ኣቡነ እንድርያስ ዘደብረ በርበረ ዕፉን ዕቦል ዞባ ደቡብ
2. ኣቡነ ገብርኄር ዘኪሮያ (ኣብዝሓቶ) ናይ ዓዲ ጭዕንዶግ ቦታ ዞባ ደቡብ
3. ኣቡነ ማትያስ ግብጻዊ ዓረዛ ዞባ ደቡብ

4. አቡነ መርሀምናም ዘዓዲ ንኣምን ከባቢ ዓረዛ ዞባ ደቡብ
5. አቡነ አብርሃም ዘዓዲ ሠራዋት መራጉዝ ዞባ ደቡብ
6. አቡነ ገሪማ ዘቅናፍና እንዳሐበሻ ጉንዶ ከባቢ ደብረፅጌ ዞባ ደቡብ
7. አቡነ ዳግመ ኢይመወት ዘዓዲ ደጉመሚት ሃርፈጉረቶ ዓናግር ዞባ ደቡብ
8. አቡነ ማቴዎስ ዘደቆጽንዓ ጽልማ ዞባ ደቡብ
9. አቡነ መንጢኖስ ዘማይ አፈልባ ከባቢ ደብረድማጎ ዞባ ደቡብ
10. አቡነ አሚን እግዚእ (ኣባ ነአምን እዝጊ) ዘእምብላላሕ ኣብ ሞንጎ ክልተ ጎቦታት
11. አቡነ ናፍር ግብጻዊ ዘቆታብ ጸዓዘጋ ሓማሴን ዞባ ማእከል
12. አቡነ ብሶይ ዘናዕዴር ትግራይ ከባቢ ኣክሱም
13. አቡነ ዘካርያስ ዘቀርነ አንበሳ መዳልባ ሽሬ
14. አቡነ ይስሐቅ ዘዝዋብ ጉሕጺዓ
15. አቡነ ዮስጢኖስ ዘአደጎልቦ ቆሓይን በዓል ዓቢ ማየ ጸሎት

ካልኣይ ድሒሮም ዝፈረዩ ዓበይቲ ኣቦታት

1. አቡነ መርቆሬዎስ ሊቀጳጳስ ናይ ባሌጎባ (ኢትዮጵያ)
2. አቡነ ባስልዮስ ጳጳስ ናይ ዞባ ማእከል
3. መምህር ተወልደ ብርሃን

ኣባ ዘካርያስ ዘቀርነ አንበሳ ሽሬ፣ ንኣባ ፊልጶስ ዘባንብቆ ሰፍኣ፣ ወለደ። ኣባ ፊልጶስ ዘባንብቆ ንኣባ ተክለ ኢየሱስ ዘዓዲ ሕዝባይ ጉሕጺዓ ወለደ።

ጸሎቱን በረኽቱን ናይ ኣቡነ መርቆሬዎስ ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

✠ ✠ ✠

ካብ ኣቡነ ኣብሳዲ ዝፈረዩ ዓበይቲ ቅዱሳን ኣቦታት

1. ኣቡነ ዘካርያስ ዘወ- ራት
2. ኣቡነ ብሩክ ኣምላክ
3. ኣቡነ ሙሴ ዘማይጎርዞ ዘርሒብ ባይታ
4. ኣቡነ እንድርያስ ምድሪ ዓዘቦ ስመጃና
5. ኣቡነ ሲኖዳ ዘዘርጓን
6. ኣቡነ ድምያኖስ ቆሓይን ንፋስ
7. ኣቡነ ዮናስ ዘገብሉል
8. ኣቡነ ማርቆስ
9. ኣቡነ ኣሞን ዘሠራዬ
10. ኣቡነ ቴዎድሮስ
11. ኣቡነ ዮሓንስ ዘሩባ
12. ኣቡነ ቶማስ ዝባንቡር
13. ኣቡነ ፍጡር ዘዓዲ

- ሰላም ለክሙ መምህራነ ዕበይ ወተድላ፡
- ዘደብረ ማርያም ኣብሳዲ ወኣሮን ዘገሊላ፡
- ትትኖለዉኒ ሥመሩ መንገለ ወፈርኩ ኩላ፡
- ኢይንኣዉኒ ፀርየ ከመ ይንዑ ገደላ፡
- ኣምሳለ ርኁብ ኣንበሳ ወጽሙዕ ተኮላ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን ኣሜን።

✠ ✠ ✠

ጻድቅ ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ

ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ ኣቡኡ ሕዝበ ጽዮን፡ ኣዲኡ እምነ ጽዮን ይበሃሉ። ሃገሩ ትግራይን ወሎ ቦረና፡ ማለት ኣቡኡ ትግራይ ኣዲኡ ከኣ ዘወለያ እዮም። ጥቅምት ዕለት ፯ / 7 ተፀንሰ፡ ሓምሌ ዕለት ፯,፲፫፷፰ (7, 1358) ዓ.ም.ግ ተወልደ። ናይ ጋስጫ ኣባ ጊዮርጊስ ዝተባህለ ዓቢ ገዳም ብስሙ ዝተገደመ ኣለዎ። ኣብ ከባቢኡ ከኣ ፯ (7) ዋሻታት ኣለዉ። በዓል ኣባ ጽጌ ድንግል ዝተሠወረሉ ቦታን ናይ ኣግዜር ድንግል ዝተባህለ ናይ ፮ (6) ሰዓት መንገዲ ዝከውን ናይ ተፈጥሮ ድንግል እዩ።

ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ ደራሲ፡ ፈላስፋ ክከውን እንከሎ ብፍላይ ኣብ ሰዓታት ስለ ሰማይ፡ ስለ መብረቕ፡ ስለ ዝናም፡ ስለ ኣፈጣጥራ፡ ስለ እተን ፯ (7) ሰማያትን ጽቡቕ ገሩ ኣቕሪቡዎ ኣሎ። ኣብዚ ቦታ'ዚ በዓል ኣባ ፅጌ ድንግል እኒ

ኣባ ያዕቆብ ገዳም ይርከብ። ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ ንቅድስት ድንግል ማርያም ብጣዕሚ የፍቅራ ነበረ። ክከይድ ከሎ ይኩን፣ ኮፍ ክብል ከሎ፣ ክድቅስ፣ ክትንሥእ ከይጸውዓ ኣይሓልፍን፣ ብድርሰቱ ፍሉጥ ኣቦ እዩ። (12000) ዓሠርተው ክልተ ሽሕ ዝኾኑ ድርሰታት ደረሰ ስለ ጾም፣ ስለ በዓላት፣ መልእክቱ ናብ ንጉሥ ኣብ ኢዱ ሃቦ።

ንፋስ ዝእዘዞ ዓቢይ እዩ። ካልእ ዓብይን ኣደናቕን ዝኾነ ታሪክ ኣለዎ። ኣብ ዓመት ኣብ ዓመት ዓርቢ ስቕለት ፷ (60) እመት ወይ ከኣ ፴ (30) ሜትሮ ዝከውን ገበል ካብ ቤተመቕደስ ወጺኡ ምስቶም ግብረ ሕማማት ዘንብቡ ኣብ እግሪ ኣትራኖስ ኮይኑ ተጠምጢሙ ርእሱ ኣቕንዕ ኣቢሉ ክሰግድ ውዒሉ እቲ ካህን ብሰላም እተዉ ምስ በለ ናይ ምሽት ናብታ ቤተመቕደስ ይኣቱ።

ኣብ ገዳሙ ገበል ከም ባሕታዊ ኮይኑ ዝሰግድን ዝጽልን ዘለዎ እዩ። ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ ካብ ዝደረሶም 12 ሺሕ ውሽጢ ሎሚ ቤተክርስቲያንና እትጥቕመሎም ዘላ ፭ / 5 ዝኾኑ ዓይነታት ጥራይ ኣለዉ። ገለ ካብ ዝደረሶም ከኣ፦

1. ቅዳሴ
2. ሰዓታት
3. ኣርጋኖን
4. ናይ ሕማማት ሰላምታ
5. ስብሐተ ፍቁር
6. መጽሐፈ ምሥጢር

ኣባ ጊዮርጊስ ዕረፍቱ ኣብታ ዝተወልደላ ሓምሌ ዕለት ፯ (7) ኣብ መበል ፷ (60) ዕድሚኡ ዓረፈ። ጋስጫ ናይ ቀደም ስሙ "ደብረ ባሕርይ" ትብሃል ነበረት። መቓብሩ ኣብኣ ይርከብ።

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

ምንጭ፦ - ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 90

- ስንክሳር ሓምሌ ዕለት ፯ (7)

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ ኣባ ጽጌ ብርሃን

ኣባ ጽጌ ብርሃን ማኅሌተ ጽጌ ዝደረሰ ዓቢ መምህር እዩ። ሃገረ ትውልዱ ወሎ ቦረና ወለቃ ኮይኑ መጋቢት ዕለት ፳፯ ተወልደ። እዚ ጻድቕ'ዚ ብጣዕሚ ፍሉጥ ደራሲ ስለዝነበረ ኣደናቒ ዝኾነ ድርሰት ማኅሌተ ፅጌ ስለ ስደት ቅድስት ድንግል ማርያም ዝምለከት ብዕንባባን ብኃዘንን እናሰማምዐ፣ ከምኡ ውን ዘጋጠማ ጽምኢ ማይን ጥሜትን ካብ ገጽ ሄሮድስ ምህዳምን ማለት ብጠቕላላ ስለቲ

ንሠለስተ ዓመትን መንፈቕን ምስ ዮሴፍን ሰሎሜን ዘጋጠማ ሽግራት ብምትሕሓዝ ንሱ እዩ ደራሲኡ።

ክደርስ እንከሎ ጥረ ነገር ከም ቆሎ እንተዘይኮይኑ እን-ራ ከይበልዐ፣ ማይ ኣብ ሠለስተ መዓልቲ ብዓቕን፣ እናሰተየ እዩ። ከምኡ'ውን ኣደናቒ ዝኾነ ታሪክ ንሸሞንተ ዓመታት ዝኣክል ምስ ሰብ ከይተራከበ ሱባኤ ዝኣተወ ጻድቕ እዩ። ገዳም ናይዚ ጻድቕ እዚ ወይ ዓዲ ኣብ ከባቢ ጋስጫ ይርከብ። ቀደም ግዜ ዘወትር እቲ ቤተ ክርስቲያን ብሠለስተ መነኮሳት ይዕጠን ከም ዝነበረ ታሪኩ ይሕብር።

ጸሎቱን በረከቱን ኣይፈለየና!!!

ናይ ኣቡነ ቡሩክ አምላክ ጽሚቕ ታሪክ

- ዕድሚኡ ፩፻፳፭ (125) እዩ ካብታ ካልኣይቲ ገድሉ ብ1290 ዓ.ም. ተወሊዱ
- ብ፲፪፻፺፯ ዓ.ም.ግ. ተወሊዱ ምስ ተወለደ ድሕሪ ፯ ዓመቱ ናብ ኤርትራ ደብረ ክሳዜ መጸ
- ኣብ ዘመን ንጉሥ ዓምደጽዮን ሊቀ ካህናት ከኣ ናብ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ መጸ።
- ምስ ወለዱ ምስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ፯ ዓመት ገበረ።
- ምስ ኣቡነ ኣብሳዲ ፫ ዓመት ገበረ።
- ብዲቁና እናኣገልገለ ፭ ዓመት ገበረ።
- ኣብ ደብረ ማርያም ከኣ ቀሺ ገበዝ ከይኑ ን፴ ዓመት ተቐመጠ (ኣገልገለ)።
- ዕለት ፯ ነሐሴ ተጸንሰ።
- ወኮነ ኩሉ መዋዕሊሁ ለኣቡነ ቡሩክ አምላክ ፱ወ ፭ወ፭ ዓመት ዝሞተሉ ዓ.ም. ፲፪፻፺፯ ዓ.ም
- ንኣቡነ ቡሩክ ዘጥመቕ ጳጳስ ኣባ ጌርሎሰ ናይ ቀኑስጥንጥንያ ጳጳስ እዩ።
- ብ 1313 ዘመነ ማቴዎስ ኣብ ደብረ ማርያም ብኢድ ኣቡነ ኣብሳዲ መንኩሰ
- ወዲ 22 ክህነት ብኢድ ኣቡነ ሚካኤል ኣብ ኤርትራ (ኢትዮጵያ) ተቐበለ።

ኣብ ሕምብርቲ ዞባ ማዕከል ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ ዝርከብ ገድለ ኣቡነ ቡሩክ አምላክ ደብረኮል

ዘይትነበብ በወርኃ ሚያዝያ ካብቲ ካልኣይ ገድሊ

ውህበት ዘወሃበ ኣቡሁ ኣብሣዲ ለኣቡነ ቡሩክ አምላክ እምዕፀ ኤሌዎን ገባሪተ ተኣምር ወእንዘ ሀሎ በሃማሴን ሃገረ ሕምብርት እንዘ ይሜህር ሕዝበ ብዙኃነ ወዘተመርገዘ በትር ሠራፀት ወበቁለት

ወአውጽአት ሥርወ መሀለወት እስከ ይእዜ ለትእምርት መዕፀ ሆሣዕናሂ ምስሌሃ ወእምሥረዊሃ ወጽአ ማይ ወዘተሓፅቡ እምኔሃ ዳያን ወሕሙማን ይትፈወሱ ወየሃይዉ እምህማሞሙ ወበጊዜ ሠርክ አመ ፈቀደ ይንሥአ ለይእቲ በትር እሰመ አውጽአት ሥርወ. . . . ወጸርሐ ብሂሎ እምአንበርዋ ጎበ ደብርየ ትኩነኒ ለበረከት ተሃሉ ምስለ ደቂቅየ ኦ እግዚእትየ ማርያም አጎዘንኩኪኑ ወይቤሎ እግዚአብሔር በደብርከሰ አጽምከኒ ወመንበርከኒ ወዘይውህዝ ታሕቴሃ ለበትርከ ይነብር እስከ ዳግም ምጽአትየ።

አቡነ ብሩከ አምላክ አብ ዓዲ ሸረፈቶ ገባሬ ተአምራት ዝኮነ ዘውጽኦም ማየ ጸሎት አሎ። ከምኡ ውን አብ ከባቢ ሸምጅብሎቕ ዓቢ ማየ ጸሎት አለዎ። ሳልሳይ ከኣ አብ ከባቢ ጉሪታት ዝተባህለ ዓዲ ተከሌዛን ማየ ጸሎት አለዎ። ስለዚ አቡነ ቡሩከ አምላክ ንሃገርና ኤርትራ ንኩላ ባሪክዋ እዩ።

✠ ✠ ✠

አባ ፊልጶስ ብ25 ታኅሣሥ ንምብራቕ አቢልካ ኪድ እሞ ናብ ደብረቢዘን ደይብ ዝብል ቃል ካብ እግዚአብሔር ሰምዐ "ደብረቢዘን ማለት ድማ ሚዛን ማዕረ ማለት እዩ። ወርቅን፣ ብሩርን ብሚዛን ከም ዝምዘን ከምኡ ከኣ አብ ደብረ-ቢዘን ቅዱሳን ጻድቃንን ኃጢኣተ ታትን፣ ገርህታትን፣ ክፉኣትን፣ ድኩማትን ፍጽማንን ጎደሎታትን ዚምዘንሉ ቦታ እዩ።" ካብ'ዚ ንደሓር ነዚኦም ሒዞም ድማ እዮም አብ ዓንሰባ ተጋድሎኦም ዝቐጸሉ አቡኡ ከኣ መሸላ ዘርኡ እሞ እቶም ሕዝቢ ድማ ብኣንጻርነት ተላዒሎም ንመሸላኦም ማል (ከብቲ) ገሮም ኣሰዓርሎም ሓንቲ ቓንጫ ግና ንትእምርቲ ተረፈት ንዕኣ ድማ እናሓለዉ ክሳዕ ፍረ ተጸበይዋ አብ እቶታ ድማ ሽሕ ዓይቢት (ኮንታል) እክልን፣ ኃሙሽተ ኩንታል ጉርድን ኮነት። አብ'ቲ ቦታ እውን ብዙኃት ሕሙማት ከም ዝፈወሱን ማይ ከም ዘፈልፈሉን ሓራምዝ እውን ህይንተ ፈረስ ኮይነን ይጸሮኦም ከም ዝነበራ ይንገር። <u>ገድለ አቡነ ፊልጶስ ብራና</u> ተመልከት።

ካብዚ ንደሓር እውን ጻድቕ ፊሊጶስ ነቶም ደቂ ንዑ ኢሉ ኣኪቡ ከም'ዚ በሎም እግዚአብሔር ኩላሕናስ ናብ እግዚአብሔር ንጸሊ በሎም። ኩሎም ድማ ክጽልዩ ከለዉ ዝርኣ ቀስተ ደመና ተተኪሉ አብቲ ገዳም ረኣዩ ቁመቱ ካብ ሰማይ ክሳዕ ምድሪ በጺሑ ረኣዩ። ፋድል ፊልጶስ ደቀይ እንታይ ርኢኩም በሎም ንሳቶም ከኣ አብ ልዕሊ እቲ ደብሪ ቀስተ ደመና ተተኪሉ ርኢና በልዎ ንሱ ኣነ እውን ከምኡ እየ፣ ርእየ በሎም። መንፈስ ቅዱስ ዘርኣየኒ፣ ርስተይን ርስትኩምን እያ አብ ዓለም ንዝተገፍዑ መሕደሪ ክትከውን እያ በሎም።

ብድሕሪዝ እውን አባ ኤርሚያስ አባ ገብርሔርን ንዝተባህሉ ክልተ ኣርዳእቱ ኪዱ ነታ ሃገር ርኣይዋን ሰሊልክምዋን ምጽኡ በሎም አጎዋተይ ነታ ኖህ ዝለኣካ

ርግቢት ምሰሉ ነቶም ሙሴ ዝለኣኮም ካሌብን ኢያሱን ደኣ ምሰሉ . . . ወ.ዘ.ተ. ኢሉ እናተላበወ ለኣኮም። ክልቲኦም ድማ ገስጊሶም ኣንጊሆም ክከዱ ከለዉ እቲ ቀስተ ደመና ለይቲ ንደቂ እሥራኤል ዝመርሑም ዓምደ እሳት ኮነሎም ናብኡ ክሳዕ ዝበጽሑ ናብ ትሕቲኡ ክሳብ ዝቆሙን ኣይሰወሮምን ነበረ። እቶም ልኡካት ኣጎዋት ኣብዚ ገዳም እዚ ምስ ደየቡ ኣዝዩ ኣፍርሑም ካብ ፍርሓትን ስንባደን ዝተላዕለ ደው ኢሎም ክጽልዩ ከለዉ "ኣባ ኤርምያስ" ካብ ሰማያት ኣፍደገ ተከፊቱ ረኣየ። ነፍሳት እውን ኣብ 2ተ ተከፊለን ረኣየ ንሳተን ድማ፡- ነፍሳት ኃጥኣን ኣብ ሲኦል ክጭነቓ፡ ነፍሳት ጻድቃን ድማ ኣብ ገነት ክሕጎሳ ረኣየ። በዚ ምክንያት ክልቲኦም ናይዛ ገዳም ግርማን፡ ዕቤትን ምስ ረኣዩ ናብ ኣቡኦም ተመልሱ ፋድል ፊልጶስ ኣቱም ቡሩካት ደቀይ እንታይ ርኤኩም፡ በሎም ንሳቶም ድማ ከምዚ ክብሉ ንኣቡኦም መለስሉ፡- <u>ስራሕ እግዚኣብሔር ዘገርምን ዘደንቕን እዩ በልዎ</u>፡ ንሓድሕዶም ዝባልዑን፡ ዝመናዝዑን ኣራዊት ገዳም እንተዘይኮይኑ ካልእ ሰብ ኮነ እንስሳ ዝነብሮ ኣይኮነን ብዘይካ እሾክን ተኮርባዕን፡ ንገዳማውያን ዝከውን መግቢ ኣይርከቦን እዩ መገዱ እውን ሸታሕታሕን ዓቕብን እዩ። ኣብ ርእሲ ከምዚ ምኳኑ ዓዲ ኣረማውያን እዩ ካብዚ ንባሕሪ ኤርትራ መገዲ ሓደ መዓልቲ እዩ። (ፈርኦን ዝተሰየመሉ ናይ ሎሚ ባሕሪ ኤርትራ ቀይሕ ባሕሪ እዩ)።

ገዳማዊ ፊልጶስ ነዚ ምስ ሰምዑ ከምዚ በሎም ኣቱም ቡሩካት ደቀይ ነቶም ቡሩካት ደቂ ብመንፈስ ቅዱስ ደስ እንዳበሎ ከኣ እቲ ሕያው ኣምላኽይ ዘርኣየኒ ኣይፈርሕን እየ በሎም።

ጉዕዞ ንደብረ-ቢዘን

ብድሕሪዚ ምስ ኣርድእቱ ተንሢኡ ካብ ዓንሰባ ንዝባን ምድሪ ሓማሴን በጽሐ። እናተጓዓዙ ከለዉ ኣብ ከባቢ ካርነሽም ገረሚ ኣብ ዝተባህለ ቦታ (ዓዲ) ምስ በጽሑ ብኢዶምን ብብርኮምን ዝፈሓኩ ድውያን ጸንሕዎ እሞ ክንዲ ኣሳእን እውን የዕጫው ነበሮም። ናይ ኣቦና ፊሊጶስ ጽላሎት ርእሲ ምስ ኣንጸላለዎም ኣካሎም ተሓዲሹ ቀልጢፎም ተንሥኡ ጉልበቶም እውን ቀንዓሎም፡ ከም ሐደሽቲ ሕጻናት ድማ ኮኑ። ዓዲ ኣትዮም ንቤተሰቦም ከምዚ በልዎም ክርስቶስ ፈላሲ ገዳማዊ መሲሉ መጺኡስ ኣብዚ ዓለም ይመላለስ ኣሎ በልዎም። ሕዝቢ እታ ዓዲ ድማ ንክርእይዎ ተበገሱ ፊሊጶስ ገዳማዊ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ፈሊጡ ውዳሴ ከንቱ ከይኮኖ ኢሉ ናብ ኣምላኹ ሠውረኒ ኢሉ ኣመልከተ ሽዑ ድማ ምስ ደቁ ከም ቅጽበት ካብ ዓይኖም ተሠወረ። በዚ ምክንያት ድማ ኣቡነ ፊልጶስ "<u>ካብ ገጽ ኣንስቲ ገጽ ኣናብስቲ</u>" በለ ዝበሃል ካብዚ ንድሓር ድማ ኣቡነ ፊልጶስ ንደብረቢዘን ቅድሚ ምእታዉ ብምዕራብ እቲ ገዳም ዝርከብ እንባ ጸሎት ዝበሃል ኣዕረፈ።

ኣብኡ ድማ ድምጺ ደርሆን ድምጺ ኣንስትን ምስ ሰምዐ ንካልኣይ ግዜ “ካብ ገጽ ኣንስቲ ገጽ ኣናብስትን ኣናብርትን ይሓይሽ በለ”። ብራና ገድሊ ኣቡነ ፊልጶስ ብድሕሪዚ ኩሉ ኣቡነ ፊልጶስ ጉዕዞኦም - መሩ ብወገን ደቡብ ናይቲ ገዳም ድማ ምስ 16 ኣርድእቶም ኣተዉ መልኣክ ድማ መገዲ ይጸርገሎም ነበረ።

ኣቡነ ፊልጶስ ፋድል ኣብ ገዳም ምስ ኣተዉ ነታ ገዳም ብመስቀሉ ጌሩ ብምብራኾን፣ ምዕራብን ሰሜንን፣ ደቡብን ባረካ ምስ ባረካ ኣብኡ ዝነብሩ ኣጋንንቲ ተረበሹ ብቑንቋ ሰብ ወይለና በሉ። ኣብኡ ካልእ ኣራዊት ሓዲሩ ዝነበረ ርኩስ መንፈስ ኣእወየ ንዕኡ እውን ምስ ባረኮ ተመታተረ “***እታ ሀድርዎ***” እትበሃል ከውሒ እውን ክሳዕ ሎሚ ዕጣኾ ብምስሊ ዓቢይ ኣራዊት ገበል ዝመስል ኣለዋ ከምዚ ክትበሃል እውን ትጽዋእ ኣላ። ***እምኒ ቅኑት***። ምስ ኣእወየ ገዳማዊ ፊልጶስ ከምዚ በሎም ንዓይን ንዓኩምን እዚ ቦታ እዚ ኣይኣክልን እዩ በሎም ከምዚ እውን በለ (ይትነሳእ እግዚኣብሔር ወይዘረውጾሩ) ተኣኪቦም ክከዱ ከለዉ እቶም ኣጋንንቲ እቲ ዝከድሉ ቦታ ልክዕ ግመ ዝመስል ዶሮና ተላዒሉ ነታ ቦታ ከደኖ። እታ ቦታ ካብ ቁስላ ተፈዊሳ ደሓነት። ኣቦና ኣቡነ ፊልጶስ ቢዘን ምስ ኣተዉ ተቀዳዲሙ ማኅበር ሓድነት ኣቑንዐ። ልክዕ ከም ማኅበር ሓዋርያት ግብ.5÷1 ብዙኃት እውን ናብኡ እናመጽኡ መድኃኒት ነፍሶም ደልዮም መንኮሶም እዮም። ብመዋዕል ኣቦና ኣቡነ ፊልጶስ ብዝሑም “900” መነኮሳት ነበሩ። ናይ ሕርሻ ቦታታት ድማ ተቃንዐ ከም በዓል ዴዳ፣ ዛላዓቢይ፣ ዛላኣዋልድ፣ ደሴት፣ ጎቦለሚን፣ ጸላም፣ በኣብእ፣ ጊንዳዕ . . . ወዘተ ዝኣመሰሉ ክሳዕ ሕጂ ብገዳም ደብረቢዘን ዝግልገሉ ዘለዉ እዮም።

ኣቦና ኣቡነ ፊልጶስ ድማ ብሕይወት እንከሎ ኣብቲ ገዳም ምስ ኣተወ ናብ ኣምላኩ ዓቢይ ናይ ቃልኪዳን ልመና ኣቕረበ። ኣምላኩ ድማ እትደልዮ ዘበለ ለምነኒ እሞ ክህበካ እየ በሎ። ከምዚ ድማ በሎ ንደቀይ ብጥሜት ኮነ፣ ብጽምኢ ወይ ብማይ ብዝኮነ ይኩን ሽግር ብፍርሃት ኮናት ካብ ኣረማውያን ምክንያት ካብዚ ደብሪ ከይስደዱ እልምነካ ኣለኩ ንስካ እውን ጐይታ ንደቀይ ኣሕሊፍካ ንምርኮ ኣይትሃቦም በሎ። ጐይታ ድማ ዝተመነካዮ ዘይተመነካዮ ይኩነልካ በሎ። ንደቁ ድማ ከምዚ ይምዕዶም ነበረ። ብምሉእ ዕድሚኦም ክጾሙን፣ ክጽልዩን በዓላት ከክብሩን እተን ከክብርወን ዝግባእ በዓላት ድማ ከም ሕጊ ቀኖና ሲኖዶስ ኣዘዞም። ብዝበለጸ ግና በዓላት እግዝእትነ ማርያም ከክብሩን ስማ ክጽውዑን ውዳሴኣ ክደግሙን ነገሮምን ተላበዎምን። ክሳዕ ሕጂ ጸኒዑ ዘሎ ውን ቀዳመ ሰንበት ከይተንቀሳቐሱን ከይሰርሑን እዩ። ቀልጢፉ ድማ ቤተ መጻሕፍቲ ተከለ ምስ ኣምላኩ እውን ዓቢይ ቃል ኪዳን ተኣታተወ ካብዚ ዝተላዕለ ኣብዚ ገዳመይዚ

ዝመሃርን ዝምህርን ኣይትክልኣኒ በሎ። ካብዚ ዝተላዕለ ከም እኒ ኣባይ ይስሓቅ ዝመራሒኡ ድማ ጉባኤ ትምህርቲ ፈለገ ሕይወት ተመሥረተ ታ። ከም እኒ ኣቡነ ዮውሓንስ ሎጋሜ ደመና ኣቡነ ብጹዕኣምላክ ዝኣመሰሉ እናተማህሩ ብዙኃት ፈረዩ።

ሕንጻ ቤተክርስቲያን እውን ተ-መረ። ኣብ 9ተ ወርኂ ድማ ተፈጸመ ብስም ቅድስት ድንግል ማርያም ከኣኒ ጽላት ቀሪጹ ብ21 ሰነ ቅዳሴ ቤታ ባረካን ቀደሳን። ናብራ ማኅበሩ እውን ኣጣቢሑ ብዙኃት መጻሕፍቲ ተጻሕፈን ተደረሰን፣ ካብቲ ዘገርም ድማኒ ክሳዕ ሎሚ ዘሎ ብክብሪ ተዓቂቡ ዝነብር ዘሎ ሽዑ ዝተጻሕፈን፣ ዝተደኅሰን መጻሕፍቲ ብራና፣ ሰማንያ ኣሓዱ መጽሓፍ ጸዳል፣ ዳዊት ብራና፣ እቲ ዘደንቕ ድማ ኣብ ካልእ ዘየለን ዘይርከብን፣ ሽዕኡ ዝስራሓሉ ዝነበረ መጽሓፍ ሕርግርግ ባሕረ ሓሳብ ኣብዚ ገዳም'ዚ ተዘጊቡ ምህላዉ እዩ። ኣብ ካልእ እውን ዘይርከብ መጽሓፍ ዝክሪ ካብቲ ገዳም ዝተመስረተሉ ሒዙ ክሳዕ ሕጂ ዝሞቱ መነኮሳትን፣ ኣርድእትን ዝምዝገቡሉ መጽሓፍ እዩ። ኩሎም እቶም ብብጽዓ ት ኣብዚ ገዳም'ዚ ዝተቐብሩ ምእመናን ዝምዝገቡሉ እዩ። ኣስማት ምውታን ዕለተ ሞትን ዝምዝገበሉ እዩ። መዓልታዊ ድማ ኣብ ጸሎተ ዕጣንን ስብሓታት፣ ሰዓታት ዘለሊት በብዕለቱ ኣስማት ምውታን ዝዝከረሉ እዩ። እቲ ገዳም ካብ ዝምስረት ክሳዕ ሕጂ ዝሞቱ ኣበው መነኮሳት ቁጽሮም 134,666 በጺሑ ይርከብ ኣሎ። እዚ ዝገበሩ ድማ እቶም በላሕቲ፣ ጻዕረ ታትን ኣቦታት ገዳም ደብረ-ቢዘን ዘቕምዎ እዩ።

ጻድቕ ኣቡነ ብዙኃት ኣብያተ ክርስቲያናት ተከለ እዚ ድማ ካብ ብዝኂ ደቁ ዝተላዕለ እዩ። ንሳተን ድማ እዘን ዝስዕባ እየን። ደብሪ - ደሴት - ደንጎሎ (ቤተ-ምርምህናም) ወ.ዘ.ተ. እየን።

<u>ካብ ኣቡነ ፊልጶስ ዘቢዘን ዝተወልዱ ቀዳሞት ዓበይቲ ቅዱሳን ኣቦታት፡-</u>

1. ኣቡነ ዮሓንስ ዘለጐመ ሰማየ

   ሀ/ ንኣቡነ ሊባኖስ ዘደብረ ከርቤን ለ/ ንኣቡነ ይስሓቅን

<u>ዳሕረዎት ካብ ኣቡነ ፊልጶስ ዝፈረዩ</u>

2. ኣቡነ ይስሓቅ ንኣቡነ ኣሮን
   1. መምህር ገብረ ኣምላክ ኣቡነ ማርቆስ ናይ ምሉእ ኤርትራ ሊቀጳጳስ ቀዳማይ
   2. ኣቡነ ጎርጎርዮስ ሊቀጳጳስ ናይ ኢትዮጵያ (ጅማ) ዝነበሩ
   3. ኣቡነ ቄርሎስ ኢልባቦር ጳጳስ ዝነበሩ
   4. ኣቡነ ዮሓንስ ጳጳስ ዘመቀሌ ንቡረ እድ

5. መምህር ተወልደብርሃን አቡነ ፊልጶስ 1ይ ፓትርያርክ ዘኤርትራ
6. ኣባ ገብረእግዚአብሔር አቡነ አትናቴዎስ ጳጳስ
7. ኣባ ማኅፀንተ ማርያም አቡነ ሲኖዳ ጳጳስ

✠ ✠ ✠

;ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ መሊሱ እግዚአብሔር ክምግቦም ስለዝኾነ ኣይትሸገር በሎም። እተን ዝነበራኣም እን- ራታት ከኣ ፰ (8) እየን ነይረን። ነዘን ሸሞንተ ሽዑ ኣብታ ግዜ እቲኣ ፬ተ ኅብስቲ በልዑ። ቀዳም ከኣ ፬ ኅብስቲ በልዑ። ሰንበት ንግሆ ፬ ኅብስቲ በልዑ። ሰንበት ምሸት ፬ ኅብስቲ በልዑ።

ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ሰኑይ እቶም ኣጋይሽ ምስ ከዱ፣ ነቲ ካልኣይ፣ ግብረ ኣምላክ ክትርዳእ እስከ እቲ እንዳሓርጭ ጐዲሉን ኣይጐደለን ምኪኑ ተመልከቶ (ረኣዮ) በሎ።

ክፍት ኣቢሉ እንተረኣየ ከይጐደለ ከምቐደሙ መሊኡ ጸንሐ። እቲ ካልኣዩ “ኣንታ ብፁዕ ኣምላክ ሐወይ ኩሉ ግዜ ከምዚ እንተኮይኑስ ኩሉግዜ ኣጋይሽ ይምጽኡ” ምስ በሎ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ናይ ኣጋይሽ ምምጻእ ዘይኮነስ፣ ኣጋይሽ ክመጹካ ከለዉ ኣይትጨነቕ” በሎ።

ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ብመልኣክ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ኩሉ ቦታታት ናይ ጻድቃንን ኃጥኣንን ረኣዮ። ሓደ መዓልቲ ካብ እግዚአብሔር ፍቓድ ብመልኣክ ተዋሂብዎ ኣልስ ቅዳሴ ትቐቢሉ ኣብ ሰማይ ቅዳሴ ቀደሰ። ክቕድስ እንከሎ ኩሎም እቶም ናይቲ መቕደስ ሕንፃታት ተሰጥኦ ተቐበሉ። እቶም ኣብታ መቕደስ እቲኣ ቀ-ርባን ዝወስዱ መላእክቲ ግሩማን (ኃያላን) ነበሩ።

ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ነቲ ዝርእዮ ዝነበረ መልኣክ እዞም መላእክቲ ኣስማቶም መነ መን ይበሃሉ ኢሉ እንተሓተቶ “ስመ ዚኣሆሙሰ ኢትሕትት ኣልቦ ዘየኣምሮሙ. . . ዘእንበለ ዘፈጠሮሙ ” ኣስማቶም ኣይትሕተት፣ እቲ ዝፈጠሮም ኣምላክ እንተዘይኮይኑ ዝፈልጦም የለን።

ኣብቲ ከባቢ መበቈላዊ ዓዱ እምኒጸሊም ኮደዱ ን30 ዓመት ክቕመጥ ከሎ ኣጋዕዝተ ዓለም ሥላሴ ብኣምሳል መኳንንቲ መጽዎ። ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ካበይ ዝመጽኡ መኳንንቲ እዮም በሉ። ናብ እንዳፈላሲ ድኣ መኳንንቲ እንታይ ክገብሩ መጹ? ናባይ ናብ ድካ እንታይ ክገብሩ መጹ ኢሉ ተደነቐ። ሥላሴ ከምዝኾኑ ምስ ገለጹሉ ዕለት 26 ሚያዝያ ስለዝነበረ ንሰብ ጽልማ ከክብሩ ኣስተምሃረ። ክሳብ ሎሚ ድማ ሰብ ጽልማ ከክብርዎ ይርከቡ ኣለዉ።

ኣብዚ ገዳም እዚ ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ሓደ ብእንግድዓኡ፣ ሓደ ብኣፍ ልቡ ተሰኪሙ ዝሰግደሎምን፣ ዝጽልየሎም ዝነበረ ክልተ ኣእማን ሓሓሙሽተ ኪሎ (10) ኪሎ ዝያዳ ዝምዘን ንመዘከርታ ይርከብ ኣሎ።

ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ንሰማይ ይዓርግ ከምዝነበረ

ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ሲኦል ከይዱ ከም ዝዘመተ

ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ሴት ደብረ ሓዋርያት (ዓዲ ቂታ)

ገዳም ደብረ ሓዋርያት (ዓዲ ቂታ) ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ከባቢ ዛይደ ከሎም ይርከብ። ናይዚ ገዳምዚ ጻድቕ ኣቡነ ሴት ይበሃል። ወለዱ ከኣ ኣቦኡ ተኣማኔ እግዚኣ ኣዲኡ ሥርወ ድንግል ይበሃሉ። ዓዱ ከኣ ትግራይ ወረዳ ቡር ኢትዮጵያዊ እዩ። ብመዓርገ ምንኩስና ካብ ኣቡነ ቴዎድሮስ ርሒብ ባይታ ኣድያቦ እዩ ዝውለድ። ኣብዚ ዝተሰምየ ቦታ ብ፲፬፻፵፬/ 1444 ዓ.ም ብብሕትውና ክቕመጥ እንከሎ ንጉሥ ዘርኣ ያዕቆብን ሠራዊቱን ሕማም ተላገብ ስለ ዝወድኣም ብዙሕ ተጨነቐ።

ካብ ሓደ ሓደ ሰባት ኣቡነ ሴት ዝበሃል ብቐዕ ጻድቕ ኣሎ'ሞ ንሱ ኣብዚ ኣምጺእካ ጸሎት እንተዝገብረልካ እዚ ሕማም'ዚ ምጠፍኣ ዝብል ዘረባ ሰምዐ'ሞ ኣስታት ፴ (30) ሰብ ፈረስ ለኣከሉ። እቶም ልኡካት ኣብ ኣቡነ ሴት በጺሖም መልእክቲ ንጉሥ ነገርዎ። ንሱ ከኣ ብትሕትና እሺ እንተ ተካእለንስ ምሳኩም እከይድ ብምባል ምስቶም ዓቀይቶት ተበገሰ ናብቲ ንጉሥ ዘለዎ ኩተማ ኣትዩ ምስ ንጉሥ ተራከበ። ብዛዕባ እቲ ዝተጸውዓሉ ጉዳይ ከኣ ተዘራረቦ ኣቡነ ሴት ብዙሕ ጸልዩ ነቲ ኩተማ በርባዕተ መኣዝኑ (ኩርናዑ) ባረኹ። ንግዚኡ ከኣ ኩሎም ሕሙማት ሐወዩ፣ በቲ ዝተገብረ ተኣምራት ንጉሥ ክድነቕ ከሎ ኣቡነ ሴት ብደመና ተወጢሑ ንገዳሙ ተመልሰ።

ንካልኣይ ጊዜ ከኣ ንጉሥ በእደ ማርያም ብድሕሪ ዘርኣ ያዕቆብ ዝነገሠ እታ ኩተማ ለይተ ለይቲ ብምልእታ ብዘይተፈልጠ ምክንያት ክትብህርርን፣ ክትሃድምን ተሐድር ነበረት፣ ንጉሥ በእደ ማርያም ከኣ ዝገብሮ ጠፊእዎ ተሸገረ። ካብ ወተሐደራት ዘርኣ ያዕቆብ ነቲ ናይ ቅድም ዝተገብረ ተኣምራት ብሰፊሑ ኣዘንተወሉ ብሕቡእ ንኣቡነ ሴት ዘምጽኡ ልኡካት ስደደ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ገዳም ደብረ ሓዋርያት ምስ በጽሑ መልእክቲ ንጉሥ ነገርዎ።

አቡነ ሴት ከኣ ብትሕትና ሕራይ ኢሉ ምስኣቶም ተበገሰ። ብድሕሪ ናይ ሓደ ወርሒ ጉዕዞ ኣብታ ከተማ ናይ ንጉሥ ኣተወሞ ንጉሥ ከኣ ኣዝዩ ተሐጐሰ። ኩሉ ጸበባኡን ሽግሩን ንአቡነ ሴት ነገሮ። አቡነ ሴት ከኣ ምሉእ ለይቲ ናብ ኣምላኹ ክጽሊ ሐዲሩ ንጉሆ ተንሢኡ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሐደ ኣምላክ ነታ ከተማ እናዞረ በርባዕተ መኣዝን ብመስቀል ባረካ'ሞ ካብ ምብህራርን ምህዳምን ደሐነት። ህድኣት ረኪባ ከኣ ዝግ በለት። ንጉሥ በእደ ማርያም ከኣ ብጸሎት አቡነ ሴት እናተገረመ እንታይ ህያብ ከበርክተሉ እየ ኢሉ እናሐሰበ ከሎ አቡነ ሴት ከይተፋነዎ ብሠረገላ ደመና ንገዳሙ ተመልሰ። ሥነ ጽድቂ አቡነ ሴት ከኣ ኣዝዩ ገነን ተወርየን።

አቡነ ሴት በቲ እዋን'ቲ ኣዝዩ ሽማግለ ነበረ ናብ ሞት ምስ ቀረበ ኣርድእቱ ጸዊዑ ኣነ ካባካትኩም ብሞት ክፍለ እየ። ንስካትኩም ግና ብመንፈስ ቅዱስ ጽንዑን ነሐድሕድኩም ተፋቐሩን ካብ ጸብኣ ሰይጣን ተሐለዉን እናበለ ባረኮም። አቡነ ሴት ከዊነ እሳት ስለ ዝበጽሐ። ኣጻብዕ ኣእዳዉ ከም ጥዋፍ የብርህ ከምዝነበረ ገድሉ ይነግር። ብዙሕ ገድልን ትሩፋትን ፈጺሙ ከኣ ብ፳፬ / 24 ሕዳር ፲፬፻፸፬/ 1474 ዓ.ም ኣብ መበል ፩፻፴/ 130 ዓመታት ዕድሚኡ ዓረፈ። ኣብ ደብረ ሐዋርያት (ዓዲ ቂታ) ከኣ ተቐብረ። ኣብዚ ዝተቐበረሉ ገዳም ካልኦት ዝተቐበሩ ቅዱሳን'ውን ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፡- አቡነ ማቴዎስ፡ አቡነ ሮማኖስ ዝተባህሉ አለዉ። ኣብኡ ማየ ጸሎት ፈልፈሉ ሕሙማት ዝፍውስ ኣብ መቓብሮም አሎ።

ከም ኣብነት ዘገርም ድማ አቡነ ሴት ዝተወልደሉን ዝመንኰሰሉን ዝዓረፈሉን ፳፬ (24) ጎዳር እዩ። ገድሉ ከምዝሕብሮ ድማ ኣገልግሎቱ ምስ ካህናተ ሰማይ ነበረ። ዕረፍቱ ከኣ ካህናተ ሰማይ ኣብ ዝኸብሩሉ ዕለት ንምኳን ዘገርም እዩ። ገዳም አቡነ ሴት ሕጂ ዘለዎ ኩነት ኣብ ገጠር ተለዊጡ ብካህናት እዩ ዝግልገል ዘሎ። ገዳም ዝመሐደረሉ ትካል የለን። ንሽሙ ኑተን ካብ መንግሥቲ ዝልገሳ ወርኃዊ አበል እየን፡ ሐደ መምህር ተባሂሉ ዝኾነ መነኮስ ኣዳሊካ ዝካየድ ዘሎ። እዚ ኣሠራርሓ'ዚ ከኣ ዳርጋ ኣብ ብዙሓት ብስም ገዳም ኮይነን ብሕጋውያን ካህናት ዘግልገላ ዘለዋ ገዳማት ተባሂለን ዝስመያ ናይ መቕኑን ሐድነት ዘየጣጥሐ ብሥርዓተ ጳኩሚስ ዘይተሠርዓ ሐንቲ ካብኣተን እያ። ገዳም አቡነ ሴት ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣቢሉ ምዕቡል ገዳም ከምዝነበረ ይንገር እዚ ከኣ ብኣዝማች ፍቅረየስ ምስሌነ ወረዳ ዛይደ እኮሎም ጊዜ እዩ። ኣዝማች ፍቅረየስ ግኑን ኣማሐዳሪ ስለ ዝነበረ ነዚ ገዳም አቡነ ሴት ዝመሐደረሉ ርስቲ ፈልዩ ማይ እንዳ ህበይ ዝርእሱ መረብ ቡቱ ዝእግሩ መንፈሳዊ ሰበካ ጉባኤ ብገዳም ደብረ ሐዋርያት ከምዝውነን ዕ

ኑዕ ትእዛዝ አተሐላሊፉ መሰሉ ተሐልዩ ብዙሐት ገዳማውያን ደቂ ማኅበር ሐቀፉ ምዕቡል ምትሕድዳር ከምዝነበሮ ይትረክ። ካብ እምነት ክርስትና ወጻኢ ዝኮኑ ጸላእቲ እናወረሩ ላሕ ምስ አበልዎም ንሐለዋ ክጠቕሙና ብማለት ዘጸግዕዎም ምእመናን እቶም ፈለስቲ ብሞት ክፍለዩ ከለዉ እቶም ምእመናን ከኣ እናተፋረዩ ስለ ዝኮዱ እቲ ገዳም ኣብ ገጠር ተለዊጡ እምበር እቲ ገዳም ጥንታዊ ከምዝኾነ ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልጸ እዩ። ደብረ ሐዋርያት (ዓዲ ቂታ) ሐረግ ትውልዱ ካብ አቡነ ቴዎድሮስ ርሒብ ባይታ ኣድያቦ ስለ ዝኾነ መንፈሳዊ ርክቦም ምስኡም ስለ ዝነበረ ሐደ ሐደ መነኮስ እናኣምጽኡ ይጥቀሙ ነበሩ። በረከት ኣምላኹ ንኣቡነ ሴት ምስ ኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ አቡነ ዕንቁብርሃን ዘገዳመ ኣንገብ ደቂ ሽሓይ ዓንሰባ

ቅዱስ ኣቡነ እንቀ ብርሃን ናይ ምንኩስና ኣቡኡ ኣቡነ ተክለሃይማኖት ዘወገሪቆ ሊባን እዩ። ንኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ገዳም ጻዕዳ እምባ ቅድስት ሥላሴ ከኣ ኣቡኡ እዩ። ኣቀዲሞም ውን ንኡም ዝተባህሉ ሰማዕታት ሮማውን ኣብኡ ባሕትዮ ዓጽሞምውን ኣብኡ ብምህላው ዝተዳራረበ ክብሪ ዘለዎ ቅዱስ ቦታ እዩ። ስለዚ እዚ ገዳም እዚ ዋላ እኳ ሕጂ መነንቲ መነኮሳት ኣይሃልውዎ እምበር ንገዳም ጻዕዳ እምባውን ዝወደታ ብምኳና ወለዲት ዓበይቲ ቅዱሳን እያ። ቅዱስ ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን ብብዝሑም ክቀጽሩ ዘይክእሉ መነኮሳት ኣመንኩሱ፣ ብስብከተ ወንጌል ካብ ሓማሴን ክሳብ ባርካ፣ ስሕል፣ ሓባብ፣ ቦጐስ፣ ሰንሒት፣ ሓልሓል፣ ናግራን እናዞረ ሓዋርያዊ ተልእኮ ብምፍጻም ንብዙሓት ሕዝቢ ምሂሩ ዘእመነን ዘጠመቐን ኣቦ እዩ። በቲ ብብዝሒ ዘጣምቐ ዝነበረ ሕጂ ኣብቲ ቦታ “ሩባ መጠመቒ” ዝተህለ ሩባ ኣሎ። ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን ክልተ ታቦታት ቀሪጹ ገዳም ገዲሙ ንሕዝቡን ደቁን ብግቡእ ይጓሲ ነበረ። እተን ታቦታት ሓንቲ ብስም መድኃኒዓለም እታ ካልኣይቲ ብስም ሰማዕታት ንኡም ሮማውያን እየን። ኣብ ከባቢ እዚ ገዳም እዚ “ተረኪባ” ዝብሃል ቦታ ኣሎ ንሱ ከኣ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ናብ ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን ወዳ መጺኣ ተራኺባቶ ባሪካቶ ስለ ዝተሠወረት እዩ። ካልእውን ቦታ ጻድቃናት እትብል ኣላ እዚኣውን ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን ንኼ ዓ መት ዝኣክል ዝጸለዩላ እያ።

ካብ ዝገበሮ ተኣምራት ብከፊል

- ኣብ ትሕቲ ቤተ መቕደስ ብሽነክ ምብራቕ ንኩሉ ሕማማት እትፍውስ ማየጸሎት ኣላ።

- እግዚአብሕሐር ንኣቡነ ዕንቁብርሃን ካብ ሰማይ ወርቂ መስቀል ሃቦ
- መቓብሩ ኣብ ሓንቲ ከውሒ ቤተመቕደስ ዝነበረት ብፍቕደ እግዚአብሔር ተከፊታ ንዕኣ ተቐቢላ ብዘይሓመድ ብፍቕድ እግዚአብሔር ከኣ ተዓጽወት።
- መሓመድ ግራኝ ኣብያተ ክርስቲያንን ንዋያተ ቅድሳትን ታቦታትን ከቃጽል ከሎ እዛ ገዳም እዚ 67 ታቦታት ካብ ምቕጻል ኣድኃነት።

ቃል ኪዳን

ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ በቲ ዘይሕሶ ቃሉ መዘኸርታካ ዝገበረ ስምካ ብእምነት ዝጸውዐ፣ ንጥሙይ ዘብልዐ፣ ንጽሙእ ዘስተየ፣ ቤተክርስቲያንካ ዝሃነጸ፣ ዝተሳለመ፣ ዝነገደ፣ ብስምካ ኣምኃ፣ ሞባእ ዝሃበ፣ መጽሓፍ ገድልካ ዘንበበ፣ ዝሰምዐ፣ ዝተርጕመ፣ ዝጻሕኤፈ፣ ዘጽሓፈ፣ ናይ ዘለዓለም መንግሥተይ ከውርሶ እየ። እግሩ ዝሓመመ፣ ከንፈሩ ብለምጺ ዝጸዕዳወ፣ ኩለንትናኡ ዝደወየ ብቃል ኪዳንካ ኣሚኑ ካብ ጸበልካ ዝሰተየን ዝተለከየን ክፍውሰልካ እየ ዝብል ጽኑዕ ቃል ኪዳን ሃቦ።

ክብረ በዓል ናይዚ ቅዱስ ቦታ ዕለት ፳፱ ጥቅምቲ ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን ዝዓረፈሉ፣ ዕለት ፳፬ ሕዳር በዓል ሰማዕታት ንኡም ሮማውያን ኣብ ታቦተ መድኃኔዓለም ጐቦ ዝባን ኣንገብ ብምካድ ዓመት መጸ ብያሬዳዊ ማኅሌትን፣ ቅዳሴን እናዕረጉ ሕዝቢ ደቂ ሽሓይ ብዓቢ ክብሪ እናኣብዓልዎ ይርከቡ ኣለው።

ሓረገ ትውልዲ ኣቡነ እንቁ ብርሃንን ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤልን

፩. እንጦንስ
፪. መቃርስ
፫. ጳኩሚስ
፬. ኢላርዮስ (ጳላሞን)
፭. ኤስድሮስ
፮. ቴዎድሮስ
፯. አረጋዊ ዘዳሞ
፰. ማትያስ
፱. ዮሴፍ
፲. መስቀልቤዛና
፲፩. መድኃኒነ እግዚእ ቀዳማዊ
፲፪. መስቀል መዋዒ
፲፫. ዮሓኒ ካልኣይ
፲፬. ኢየሱስ ሞዓ
፲፭ ተ/ሃይማኖት ወለገብረዋህዋ ማኅቶት
፲፮. ገብረ ዋህድ
፲፯. ኖላዊነ ጐር ዘቤተቂርቆስ ካልኣይ
፲፰. ተ/ሃይማኖት ፀሓይ ዘሽዋ
፲፱. ሬና ገብርኤል
፳. ሓራ ክርስቶስ
፳፩. ዕንቁ ሥላሴ
፳፪. ሳዊሮስ
፳፫. ማማስ
፳፬. ኤፍሬም
፳፭. ለባሴ ክርስቶስ
፳፮. ኣሳዕና ማርያም
፳፯. ሃብተመርያም
፳፰. ጸጋዘአብ
፳፱. ዕቁበሥላሴ ወለተወልደ ሕጻን ኢየሱስ
፴. ሠክለ ሃይማኖት ዘወገሪቆ
፴፩. ዕንቁ ብርሃን ዘገዳመ ኣንገብ ደቂ ሽሓይ
፴፪. ሰይፈ ሚካኤል ዘጻዕዳ እምባ
፴፫. ይስሓቅ

ስለዚ ገዳም ኣቡነ እንድርያስ ስፍኣን፡ ገዳም እንዳ ኣቡብነ ኖላዊ ነሐር ኣድያቦን፡ እንዳ ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን ኣንገብ ደቂ ሽሓይን ተክለ ሃይማኖት ኪባን ገዳም እንዳ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤልን የሓዋት ደቂ ኣረጋዊ እዮም።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ዘፃዕዳ እምባ ቅድስትሥላሴ

ዞባ ዓንሰባ

ፃዕዳ እምባ ቅድስት ሥላሴ እንዳ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሰንሒት ታሕታይ ዓንሰባ ዝርከብ ገዳም እዩ።

ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ዝተወልደሉ ዓዲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሐማሴን ነበር ዓዲ ዘርኢ ሠናይ (ደርሰነይ) እዩ። ኣቦኡ ዓምደ ሚካኤል፡ ኣዲኡ ከኣ ጎሩተ ማርያም ይበሃሉ። ዝተወልደሉ ዘመን ፲፮፳፯/ 1626 ዓ.ም እዩ። ካብ ቤተሰቡ ብምናኔ ናብ ኣድያቦ ከይዱ ይቅመጥ ምስ ነበረ ኣብ ቤተ ቂርቆስ እንዳ ኣቡነ ኖላዊነ ጎር ካብ ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን መዓርገ ምንኩስና ተቐበለ። ብድሕሪዚ ብ፲፮፺፩/ 1651 ዓ.ም ካብ ኣድያቦ ናብ ሃገረ ኤርትራ ተሳገረ፡ እሞ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሐማሴን ነበር ኣብታ ዝተወልደላ ከባቢ መጺኡ ብ ፲፮፷፷/ 1668 ዓ.ም ንገዳም ፃዕዳ እምባ ኣትዩ ማኅበር ሠሪዉ ሓድነት ሥርዓት ጳኩሚስ መሥረተ።

ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ጽኑዕ ገድልን ተባሕትዎን ሒዙ ይቐመጥ ነበረ።

ገዳም ፃዕዳ እምባ ሥላሴ እንዳ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ዝተገደመሉ ዘመን ብ ፲፮፸፮/ 1676 ዓ.ም ኮይኑ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ብኣጽንዖ መካንን ብብርቱዕ ገድልን ድሕሪ ሠናይ እርጋን ኣብ መበል ፺፮/ 96 ዓመታት ዕድሚኡ ብጥቅምቲ ብ፲፱,፲፯፳፪/ 19,1722 ዓ.ም ኣብ ገዳም ፃዕዳ እምባ ኣዕሪፉ ኣብኡ ተቐብረ።

ኣብቲ ገዳም ካብ ዘሎ ተኣምራት ካብ ቋርፍ ዳዕሮ ከም ስዋ ተጸሚቑ ከምጸበል ይስተ'ሞ ብዙኃት ሕሙማት ይፍወሱ፡ ከምኡውን ካብ መካነ መቓበሩ ጸበል ዝሰትዩን፡ ዝልከዩን ምእመናን ብሕማም ዝሳቐዩ ብዙሓት ይሕውዩን ይፍወሱን፡ ደቀ መዛሙርቲ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ብራሕቂ ማይ ስለ እተሳቐዩን እጨነቑን ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ኣብ እግዚኣብሔር ኣምላኹ ኣመልኪቱ ካብቲ ጐኒ እቲ ገዳም ካብ ከውሒ ማይ ፈልፈለ'ሞ ሕሙማት ይፍወሱሉ ነበርቲ ገዳም ከኣ ይሰትዩሉን ይጥቀሙሉን ኣለዉ።

ገዳም ፃዕዳ እምባ ኣብ ዞባ ዓንሰባ (ምዕራብ ሐማሴን) ምብራቕ ባርካ ቆላዊ ጠባይ ዘለዎ ቦታ ኮይኑ ኣብ ነዊሕ ዝባን ከረን (እምባ) ይርከብ። ተራርን ነዊሕን ዓ

ቐበት ደይብካ ህልም ዝበለ ጸድፊ (ገደል) ብክልተ ወገኑ ዝባን ኣድጊ መሰል ጭንቂ ሐሊፍካ ናብቲ ገዳም ትድይብ። እቲ ገዳም ምስ ወጻእካ ብኩሉ ወገኑ ብጸድፊ ዝተከበ ማንም ዘየእቱ እዩ። ካብ መሳገሪ ገደል ናብቲ ገዳም ዘእቱ ከኣ ብመንደቐ እተነድቀ መሐለዊ ዓንቀጽ ኣለዎ ንሱ ድማ ብሰላም ንዘይመጽእ መከላከሊ እዩ።

* ሓረገ ትውልዲ ኣቡነ ሰይፈሚካኤል ዘፃዕዳ እምባ ቅድስት ሥላሴ

1. እንጦንስ 2. መቃርስ 3. ጳኩሚስ

* <u>ካብዚ ኣቦ እዚ ዝፈረዩ ዓበይቲ ኣቦታት፡-</u>

1. መምህር ግርማ ጽዮን ኣቡነ ኣትናቴዎስ ሊቀጳጳስ ናይ ምሉእ ኤርትራ
2. መምህር ተክለማርያም ኣቡነ ዮሓንስ ሊቀጳጳስ ናይ ዞባ ዓንሰባ

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣባ ባጥል

ቅዱስ ኣባ ባጥል ካብቶም ዓበይቲ ቅዱሳን ንሓደ ኮይኑ፡ ኣባ ዮሓኒ ነረረመስተዋድያን ዝቐበል ምኳኑ ገዳሙ ገዲፉ ከተማ እስክንድርያ ከይዱ ናይ ኩላተን ኣመንዝርታት ብጽሑፍ ሒዙ፡ ምስቶም ሓረስቶት ሸቐሊ ሥራሕ ሰሰሪሑ ነተን ዝተዋህበኡ ዓተር ገዚኡ ይበልዕ ነበረ። ካብኣተን ቀለቡ ዝኮና ገንዘብ ኣትሪፉ ንሓንቲ ኣመንዝራ ሎሚ ለይቲ ምሳኺ ክሓድር እየ ኢሉ ገንዘባ ሂቡ ብሥጋ ከይተራከባ ኣብቲ ቤታ ምሉእ ለይቲ ክጽሊ የሓድር፡ ግብሩ ንሰብ ከይትነግረሉ ከኣ የምሕላ። ብከምዚ መልክዕ ናሽቀለ ዘዝተዋህቦ ደሞዝ ምስተን ኣመንዝራታት ብጸለሎት ይሓድር ነበረ ሓንቲ ካባታተን እዚ ፈላሲ ምሳታተን ከምዘይድቅስ ገንዘቡ ግና ከም ዝህበን ነገረትሉ እሞ መሓላ ስለዝጠሓሰት ጋኔን ሒዝዋ ዓበደት። እቶም ሕዝቢ ብሕሜት ስለዝሓሰወት ዘማዊ እንከሎ ንጹሕ ስለ ዝበለት እዩ ጋኔን ሒዝዋ ትዓብድ ዘላ ምስበሉ። እተን ካልኦት ኣመንዛታት ግና ሓቂ ከይምስክራ ፈርሃ። ንሱ እቶም ሰባት ክሓምይዎ ከለው፡ ዘይጋገስ ከም ኩሉ ሰብ ሥጋ እንድዩ ለቢሉ። ወይሲ እግዚኣብሔር ተቄጢዑዶ ንመነኮሳት ብፍትወት ክሞቱ ገዲዎም እዩ ምስ በሎም። እቶም ዝሓምይዎ በል ሓንቲ ሰበይቲ ተመርዚካ እቲ ናይ እንጦስ ክዳንካ ኣውጺእካ ይሕሸካ ይብልዎ። ንሱ እወ ምስ ሰበይተይ ክነብር እሓስብ እየ ግና እዚ ሕማቐ ግዜ ክሓልፎ እደሊ ኣለኩ ኪድ ካባይ ርሓቐ፡ እንታይ ኢኩም እትደልዩ ዘሎኩም፡ እግዚኣብሔር ዶ ንዓይ ክትፈርዱ ፈራዶ ጌርኩም እዩ እታ ናይ ፍርዲ ግዜ ሓንቲ እያ። እቲ ዝፈርድ ከኣ ሓደ ንሱ እዩ። ስለዚ ንስካትኩም ብዛዕባ ርእስኩም ድኣ ሕሰቡ በዚ ንዓይ ትፈርዱኒ ዘሎኩም ከኣ

ክትፍረዱዶ ኣይኮንኩምን በሎም። እዚ ቅዱስ እዚ ብእግዚኣብሔር ቅቡል ነበረ፣ ብሰባት ግና ንዑኞ ነበረ። እተን ኣመንዝራታት ከኣ ብናቱ ብዙሕ ተጠኞማ፣ ከባታተን ብዙሓት ብሕጊ ተመርዕየን ጽቡቕ ሓዳርን ኣላድን ኣጋጢምወን። ገሊአን ከኣ ዓለም መኒነን ወረስቲ መንግስተ ሰማያት ኮና። ሓደ መዓልቲ ኣባ ባጥል ካብቲ ቤት ኣመንዝራ ክወጽእ እንከሎ፣ ሰብኣይ ንቕዱስ ባጥል “እዚ ኣረጊት ሰብኣይ ክሳብ መዓስ እዩ ኣብ ግብረ ዝሙት ክነብር” ኢሉ ጸፍያ። ቅዱስ ኣባ ባጥል ክመውት እንከሎ ኣብ ከውሒ ከምዚ ዝስዕብ ዝሒፉ ተንበርኪኩ ደቂሱ፣ “ኦ ሰብእ ዛቲ ሃገር ኢትኮንኑ መነሂ ዘእንበለ ይብጻሕ ጊዜሁ ወዘመኑ” ግዜኡን ሰዓቱን ከይኣከለ ኣቱም ሰብ እዛሃገር እዚኣ ዋላ ንሓደ ኣይትፍረዱ” ዝብል ጽሑፍ ኣብቲ መድረክ ቤቱ ዝርከብ ከውሒ ተጻሒፉ ተረክበ።

- ሰላም ለኣባ ባጥል ጽሩየ ዘተሰምየ
- እንበለ ይኩን ሃካየ
- አድጎኖተ ዘማት ሶበ ውእቱ ሓለየ
- ከመ ኢይግበራ በእንተ ጥሪት ጌጋየ
- መፍቅደ ዚኣሆን ይሁባ ወይጼጉ ሲያየ

ሰንክሳር ዕለት ፲፬ መጋቢት
ማር ይስሓቅ ምዕራፍ ፯ ገጽ ፱፱ ካልኣይ ዓምድ

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣባ ጽጌ ብርሃን

ኣባ ጽጌ ብርሃን ቀደም ካብ እምነት ሓድሽ ኪዳን ዘይብሎም ወለዲ ኣመንቲ ኦሪት ተወልደ። ናብ ኦሪትን ነቢያትን ምሁር ኮይኑዩ። “ክርስቶስ ኣይተወልደን” በሃላይ እዩ ነይሩ። ኣባ ዜና ማርቆስ ዝተባህለ ዓቢይ ጻድእ ብስብከተ ወንጌል ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብምዝውዋር ክምህር ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ቦትኡ ማለት ደብረ ብሥራት ተመልሱ ንኺ ዓመት ተቐሚጡ ናብ ኣቐዲሙ ብስብከት ዘይበጽሐ ከባቢታት ክክይድ ከሎ “እግዚኣብሔር ካብ ድንግል ማርያም ኣይተወልደን” ዝብል ሓደ ኢኣማኒ ሰብ ረከበ።

እግዚኣብሔር ካብ ድንግል ማርያም ከም ዝተወልደ ንከረድኡ ካብ መዝሙረ ዳዊትን ትንቢተ ኢሳይያስን ብሰፊሑ ተካራከረ። ካብቲ ዝጠቐሶም ጥቕስታት ሓደ “ትወጽእ በትር እምሥርወ እሴይ ወየዓርግ ጽጌ እም ጕንዱ” ካብቲ ከም ክሩት ጉንዲ ዝኸነ ዘርኢ ወንግሥቲ ዳዊት ሓደ ጠጥሚ ክጭብጭብ እዩ። እቲ ካብ ሱሩ ዝጨብጨበ ጨንፈር ከኣ ፍረ ክፈሪዩ ማለት ሕእድሽ ንጉሥ ክነግሥ እዩ ዝበሎ፣ ናይ ነቢይ ኢሳይያስ ቃል፣ በትር ዝበላ ድንግል ማርያም እያ። ጽጌ ዝበሎ ከኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ኢሉ ምስተርገሥመሉ እቲ ኢኣማኒ “ሠናየ ተርጕምከ ለትንቢተ ኢሳይያስ” ነዚ ናይ ነቢይ ኢሳይያስ ትንቢት ጽቡቕ ጌርካ ተርጊ።ምካዮ። እዚ ንባብ

እዚ ምስ ተርጉሙ ስለ ስለ ድንግል ማርያምን ስለ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወዳን እዩ ናብ ዝብል ከኣ ከም ዝዝንብል ኮነ። ኢሳ ፲፩፥፩-፪ እዚ ኢኣማኒ ዘይኣምን ዝነበረ

ሰብ ክኣምንን ክርዳእን ምስ ከኣለ ዝሃቦ ቃል “ሓደ መዓልቲ ናብ ሓደ በረካ ብሥራሕ ምክንያት ምስተዛወርኩ ኣብቲ በረካ ድንግል ማርያም ምስ ፍቁር ወዳ ዝተሳእለትሉ ሥዕሊ ረከብኩ፣ ናይቲ ሥዕሊ መልክዕን ድባቐን እናጠመትኩ (እናረኣኩ) ክግረም ከለኩ፣ ከምኡውን ከመይ ኢሉ ንኩሉ ዝፈጠረ እግዚኣብሔር ካብዚ ድኩም ዝኾነ ሥጋ ወዲ ሰብ ክውለድ ይክእል እናበልኩ ኣብ ጥርጥር እንከለኹ ሓደ ጻዕዳ ዑፍ ናብታ ዘለክዋ ቦታ መጺኡ ብናይ ሰብ ኣዛራርባ ቤና ማርቆስ ዝተባህለ መነኮስ ክሳብ ዝመጸካ ነዛ ናይ ድንግል ማርያም ሥዕሊ ሓልዋ” በለኒ። ኢሉ ንቅዱስ ዜና ማርቆስ ነገሮ። ቅዱስ ዜና ማርቆስ ከኣ ኣነ እየ “ንስካ ግና እግዚኣብሔር ካብ ሰማያት ምውራዱን ካብ ድንግል ማርያም ምውላዱን እመን” ምስ በሎ፣ እቲ ዘይኣምን ዝነበረ ሰብ ምሁር ናይ ኦሪት ምንባሩ ሓጊዝዎ ብሓደ ወገን (ሸነክ) በቲ ካብታ ናይ ድንግል ማርያም ሥዕሊ ብዝረኣዮ ተኣምራት። ብካልእ ወገን ከኣ ካብ ኣቡነ ዜና ማርቆስ ብዝሰምየ መንፈሳዊ ትምህርቲ ሕልንኡ ተመሊሱሉ ኣሚኑ ናብታ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥዕሊ ዘላታ፣ ንኣቡነ ዜና ማርቆስ እናመርሐ ወሰዶ።

ኣቡነ ዜና ማርቆስ ናብታ ሥዕሊ ቅርብ እንትተበለ “ናይ እስክንድርያ ኢለ ጳጳሳት ኣባ ማቴዎስ ዘቐመጣ እያ ዝብል ንባብ ኣብ ልዕሊኣ ተጻሒፉ ዝነበረ ኣንበበ። ሽዑ ነታ ሥዕሊ ብሸነክ የማና ሥዕሊ ቅዱስ ሚካኤል፣ ዘሎ ከኣይኑ ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ንጽሕናካን ስለ ቅድስናካን እዛ ናይ ኣደይ ሥዕሊ ሂበካ ኣሎኹ ኣብ ቦታካ ኣብ ደብረ ብሥራት ብክብሪ ኣቐምጣ። ኣብ ቅድሚ እዛ ሥዕ ሊ እዚኣ ኮይኑ ንዝምሕጸንን ዝጽልን ኩሉ ሰብ ካብ መከራ ሥጋን መከራ ነፍስን ክሕልዎ እየ” ኢሉ ንኣቡነ ዜና ማርቆስ ተናገሮ።

ኣቢነ ዜና ማርቆስ በዚ ነገር እዚ ብዙሕ ተሓጉሱ ኣብ ቅድሚ እታ ሥዕሊ እናሰገደ ምስጋና ናብ ኣምላኽ ኣቕረበ ጥቅምት ዕለት ፪ ወርኃ ጽጌ ናብ ደብረ ብሥራት ሒዝዋ ኣተወ። ድሕሪኡ ሰነ ዓለት ፰ ዓቢይ በዓል ገበረላ። ነቲ ዘይኣማኒ ዝነበረ ኣእሚኑ ከጠምቕ እንከሎ እቲ ናይ ዘደም ስሙ ተሪፉ ጽጌ ብርሃን ብዝብል ጸውየ። መጻሕፍቲ ሓዲሳት ብምሉኡ ኣስተምሃሮ። መጻሕፍቲ ነቢያት ግና ብቕድሙ ተማሂርዎ እዩ ኔሩ። ካብዚ ኣተሓሒዙ ናብቲ ዓቢይ ከብሪ ናብ ምንኩስና ከም ዝበጽሐ ገበሮ። ኣባ ጽጌ ብርሃን ከኣ ተባህለ። ድሕሪኡ ኣባ ጽጌ ብርሃን ምስ ኣባ ገብረ ማርያም በዓል ሃንታው ከም ሓደ ልቢ መካሪ፣ ከም ሓደ ኣፍ ተናጋሪ ኮይኖም ነዚ ማኅሌተ ጽጌ ብመጠን መዝሙረ ዳዊት ብዝሒ ምዕራፋት ሚእትን ሓምሳን ፍቕዲ

መልክዕ ጊሮም ደረስዎ። ኣባ ጽጌ ብርሃንን ኣባ ገብረ ማርያምን ወርኃ ጽጌ ክከውን ከሎ ሓደ ዓመት ኣብ ደብረ ሓንታ ሓደ ዓመት ከኣ ኣብ ደብረ ብሥራት ኣርብዓ

ኣርብዓ መዓልቲ ማኅሌተ ጽጌ የብጽሑ ነበሩ። ድሕሪኡ ኣቡነ ዜና ማርቆስ ካብ ቀደም ኣትሒዙውን ኣፍቃሪ ጣዕመ ማኅሌተ ስለ ዝነበረ፣ ንገዳመ ዳንስን ናይ ደብረ ሽዋ ካህናትን ማኅሌተ ጽጌ ከብጽሑ ኣዘዞም። ናይ ማኅሌተ ጽጌ ኣበጻጽሓ ሥነ-ሥርዓት ካብቲ ግዜ እዚ ኣትሒዙ እንሆ ክሳብ ሎሚ ይቕጽል ኣሎ።

ምንጪ፦ ካብ መልክኦ ጉባኤ ብመጋቤ ኣእላፍ የኔታ ሄኖክ ወልደሚካኤል።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ገዳም እንዳ ማርያም ዓይላ ዞባ ደቡብ ኤርትራ

ገዳም እንዳ ማርያም ዓይላ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ኪላ ከባቢ ዓይላ ጉንደት ኣብ ጥቓ ፈለግ መረብ ብወገን የማን ዝርከብ እዩ። ገዳም እንዳ ማርያም ዓይላ ጨንፈር ገዳም ደብረ ማርያም እንዳ ኣቡነ ኣብሳዲ እዩ፣ ማለት ካብ ኣባላት ገዳም ደብረ ማርያም እናተላእኩ እዮም ዘማሐድርዎ፣ ወይ ከኣ እቶም ዓዲ ሓደ ሓደ ፈላሲ ደልዮም እናኣምጽኡ ከም ኣበምኔት ኮይኖም የማሐድሮም እንተዘይ ተሰማምየም ንዕኡ ኣፉንዮም ከምኡ ከኣ ካልእ ኣናድዮም ይትክኡ። በዚ ከምዚ ኮነታት ንብርክት ዝበለ ዓመታት ክንዓዙ ክምዝጸንሑ ይፍለጥ፣ እንዳ ማርያም ዓይላ ሕዝቢ ወረዳ ዓይላ ከም ገዳም ይኹነልና ኢሎም ተሰማሚየም ርስቲ ሰሊሶም ሂቦም ብገዳም ዓይነት ኣቐመጥዎ። ከምኡ'ውን ካብ ገዳም ኣቡነ ኣብሳዲ ኣባላት መነኮሳት እናኣምጽኡ ክካየድ ምስ ጸንሐ ሃገርና ኤርትራ ብፈደረሽን ክትመሐደር ከላ ብዘመን ጵጵስና ኣቡነ ማርቆስ ክምተን ከምኣ ዝኣመሰላ ኣብ ቁጽሪ ገዳማት ኣትያ ብመጠኑ ወርሐዊ ኣበል ተሰሪዑላ በዝን በቲ ርስትን ካብ ዓደቦ ዝተዋህቦ ክትካየድ ጸንሐት። እንዳ ማርያም ዓይላ መንፈሳዊ ርክቦም ምስ ገዳም ደብረ ማርያም ኣቡነ ኣብሳዲ እዩ፣ ማለት ኣቡነ ተወልደ መድኅን ወዲ ኣቡነ ኣብሳዲ ብብሕትውናን ተጋድሎን ኣብኡ ይቕመጥ ስለ ዝነበረ ብድሕሪኡ'ውን ኣቡነ ዳንኤል ዝተባህለ ተቕሚጡ ኔሩ። ኣብኡ ከኣ ስለ ዝተቕበሩ በዚ ምክንያት እዮም ምስ ገዳም ኣቡነ ኣብሳዲ መንፈሳዊ ርክብ ዝቐጸለ፣ ጥንታውነት ናይ ኣቡነ ተወልደ መድኅን ማለት ኣብ እንዳ ማርያም ዓይላ ዝነበረሉ ጊዜ ብ፲፫፻፺/ 1390 ዓ.ም - ሚሩ

ሕዝቢ ከባቢ ዓይላ ብመልክዕ ገዳም ሒዝዎን ኣክቢርዎን ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት ክፍጽመሉን ጸኒሑ እዩ። ሕዝቢ ከባቢ ዓይላ ብዓሌት (እንዳ) እኳ ዝፈላለዩ ይኹኑ እምበር ነናቶም ርስቲ ከጸልሙ ከለዉ ነዚ ደብሪዝ ግና ብሓባር ሰሊሶም ረሲቶም

የማሕድርዎ ከምዝነበሩ ይፍለጥ፣ እንዳ ማርያም ዓይላ ብዝተፈላለየ ሕማማት ማየ ጸሎት እናተሀጽቡ ዝፍወሱ ሕሙማት ብዙሓት እዮም ብሕልፊ እኳ ውላድ ዝሰአና ኣዴታት እናተመባጽዓ ውላድ ዝረክባ ብዙሓት እየን። ኣቀማምጣ ቦታ ገዳም ካብቲ ቆላዊ ጠባይ ብርክ ዝበለ ኮይኑ ኣዝዩ ብሃሩር ኣይጥቃዕን እዩ፣ ገዳምን ከባብን ብጣዕሚ ዱር ስለ ዝኾነ ሙቐት ይከላከለሉ ነይሩ እዩ። ሕጂ ግና ኣብ ዝሐለፈ እዋን ብደርጊ ፈጺሙ በሪሱ ኣእማን ጥራይ ተገይጹ ተሪፉ ሕብሩ ለዊጡ ንምርኣዩ ዘጸግም ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ርእሲዝ ከኣ ናይ ፈሐም ፍቓድ ዝተዋህቡ ካብቲ ገዳምውን ከይተረፈ ንቐጽን ጥሉልን ከይተባህለ ገረብ ስለ ዝቕሩጽ በሪሱ እዩ ናብ ሰሃራውን ተለዊጡ። ነቲ ገዳምን ከባቢኡን ጉድኣት ስለ ዝፈጠረሉ ኩሉ ጊዜ ደርቂ የጥቅየም ኣሎ። እንዳ ማርያም ዓ ይላ ብምምሕዳር ገዳም ኮይኑ ካብ ዝምሥረት ንደሓር ጥጡሕ ቦይታ ፈጢሩ ኣይተካየደን ማለት ሓንሳእ ኣብ ዕቁሪት መሲሉ ሓንሳእ ከኣ ከምሐድነት መሲሉ ይረአ። ናብራ ገዳም እንዳ ማርያም ዓይላ ኣብ ሕርሻ ዝተመርኮሰ እዩ። ልዕሊ ዓ ቕሞም ስለ ዝኾነ ግና ኣጸቢቕ ዘተኣማምን ኣይኮነን። ምክንያቱ ከኣ እቲ ጸብጻብ ደቂ ማኅበር ካብ ዓመት ናብ ዓመት ጉድለት የርኢ ስለ ዝኾነ በዚ ሕጂ ዘለዎ ኣንፈት እንተ ቐጺሉ ድሕሪ ቁሩብ ዓመት ኣብ ገጠር ከይልወጥ ዘየፍርህ ኣይኮነን። ስለዚ ብኣጋ ክሕሰበሉ ይግባእ።

ክብረ በዓሉ ዕለት ፷፩ ጎዳር ጽዮን እዩ ዝከብር ኣማላድነት ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ ኦሳትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ናይ ገዳም መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሐንስ ቴድረር ዞባ ደቡብ ኤርትራ

ገዳም ዮሐንስ ቴድረር ኣብ ከባቢ ኣከለ ጉዛይ ንኡስ ዞባ ደቀምሐረ ከባቢ ቴድረር ይርከብ። ሠለስተ ደቂ ድራር ካብ ከባቢ ሃም ብድሕሪ ሞት ኣቡነ ሊባኖስ ናብ ቴድረር ምስ ገዓዙ ብመልክዕ ገዳም ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ገዳም መሥረትዎን ገደምዎን ካብ ፭፻፴፯/ 537 ዓ.ም - ሚሩ ክሳብ ሎሚ ሕዝቢ ቴድረር ብዓቢይ ክብሪ ንገዳም ዝግባእ ህያብን ስእለትን እናኣበርከቱ ይነብሩ ኣለዉ።

ሠለስተ ደቂ ድራር ብስምምዕ ገዳም ይኩነልና ብማለት ትሕዝትኡን መልክዑን ቅርጹን ስለ ዘትሐዝዎ ዕቤቱ ሐልዮን ዓቂቡን ክሳብ ሎሚ ዕለት ክጸንሕ ክኢሉ። ዮሐንስ መጥምቀ መለኮት ወዲ ዘካርያስ ካህን እዩ፣ ንዮሐንስ ካብ ኣንስቲ ካብ ዝተወልዱ ዝዓብዮ የልቦን ኣብ መንግሥተ ሰማያት ግና እቲ ዝንኣሶ ይዓብዮ (ሉቃ

7÷28) ብጕይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ጽድቑን ዕብየቱን ዝተመስከረሉ ነቢይን ሐዋርያን ዝኾነ ብስሙ ጽላት ተቐሪጹሉ ቤተክርስቲያን ተሐኒጹሉ። እዚ ሠለስተ ደቂ ድራር ዝገደምዎ ገዳም እንዳ ዮሐንስ ጥንታውነቱ ምስ ገዳም ደብረ ወርቅ አቡነ ሊባኖስ ተመሳሳሊ እዩ ካብ ከውሒ ዝፈልፈለ ማየ ጸሎት ጸበል ኣለዎ።

እዚ ገዳም'ዚ ብስም ዮሐንስ መጥምቅ እዩ ካልእ ቅዱስ ወይ ጻድቕ ከይመስለና ዮሐንስ ሰማዕት መጥምቀ መለኮት ብኢድ ሄሮድስ ዓላዊ ዝተሰየፈ እዩ። ዮሐንስ ገዳም ክግደመሉ ዝግባእ እዩ። ከመይ ዮሐንስ ገዳማዊ፣ ባሕታዊ፣ ትሕርምተ ፣ ወይኒ ወይ ሜስ ዘይስቲ፣ እክሊ'ውን ዘይበልዐ እዩ፣ ክዳን'ውን አይክደንን ነበረ ናብርኡ በረካ ስለ ዝኾነ ማቴ ፲፩÷፯-፲፰/ 11÷7-18። ሉቃ ፩÷፶/ 1÷8) ተመልከት።

ንሱ ናይ ኣበው መነኮሳት አብነት ኮይኑ ብዙሐት ሰዓብቲ ዘፍረየ አቦ እዩ እዚ ካብ እንጦንስ አቦ መነኮሳት - ሚሩ ዝተራእየ ብሕትውና ኣብ ገዳም ምስፋር፣ ትሕርምቲ፣ ዓጽፊ ምክዳን፣ ካብ ዮሐንስ መጥምቀ መለኮት ዝተበገሰ አብነት እዩ። ነዚ ቅዱስ ተግባር'ዚ ብቓል ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሪ ፈጺሙ እዩ ሰሪሑ ከኣ ስለ ዘርኣየ ብዙሓት መናንያን ሰዓብቲ ረኪቡ በዚ ተጠቒሞምን፣ ጠቒሞምን እዮም። ሕጂ'ውን አሰር ጥንቲ ንጣር ንጣር ሓሐሊፎም አይተሳእላኑን እምበኣር ገዳም እንዳ ዮሐንስ ቴድረር ብገዳም ዓይነት ካብ ዝምሥረት - ሚሩ አስታት ፲፬፻፶፬/ 1451 ዓ.ም ዓመታት ኮይንዎ አሎ ነዚ ጥንታዊ ገዳም'ዚ ሕዝቢ ከባቢ ቴድረር ብክብሪ ዓቂቦምን ተካናኺኖምን ስለ ዘጽንሕዎ ስለ ጥንቱ ሐልዩ እቲ ዘለዎ መጻሕፍትን ቅርስን ምስክር እዩ። ብግዚኡ ዝነበሩ ሰበ ሥልጣን'ውን ገዳምነቱን መሰሉን ሐልዮም ይነብሩ ነበሩ።

ገዳም እንዳ ዮሐንስ ሠለስተ ደቂ ድራር ከም ገዳም አክቢሮም ይመሥርትዎ እምበር ብሥርዓት ጳኩሚስን ብሐድነትን ማኅበራዊ ናብራስ ክንድ'ቲ ዝኣክል አይነበሮን ከም ደብሪ ኮይኑ ባሕታውያን ካህናት ይግልገልን ይቕደስን ምንባሩ አይከሐድን እዩ። ስለ ስም ገዳም ንክበሃል ግና ካብ ዝኾነ ገዳም ፈላሲ ኣናዲካ ምምጻእ ዝተለምደ እዩ። እዚ ካብ ኮነ ከም ትምኒት ሕዝቢ ቴድረር እቲ ገዳም ማዕቢሉ ብገዳማውያን ክውነን ጠቕላላ ትሕዝቶኡ ማኅበራዊ ናብራ ብዝሰፈኖ ሐድነታዊ ማኅበር ቆይሙ ብሐደ አበምኔት ዝምራሕን ዝመሐደርን ገዳም እንተ ደኣ ተደለየ። ሕዝቢ ቴድረር ብሓባር ገዳም ዝጥቀመሉ ርስቲ ሰሊያም አብ ርእሲ ምሃብ ንሐድነት መቕቆሚ ዝከውን

ገንዘብ'ውን ክልግሱ ይግባእ። ካብኡ ንደሓር ቁጽጽር እናተገብረ ብገዳም መልክዕ ይስጉም ኣካላዊን ንዋታውን ረድኤት ከይተፈልዮ ጥንታውን ምዕቡልን ገዳም ከምዝበሃል ከከውን ዝከኣል እዩ ካብዚ ሐሊፉ ገና ሓደ ፈላሲ መነኮስ ኣሕዲርካ ገዳምና ዓቢ እዩ። ገዳምና ጥንታውነት ኣለዎ ማለት እኩል አይኮነን ቤተ-ክርስቲያን ዝተመሥረተሉ ዘመን

ቀዳማይ ከም ምኪኑ መጠን ዓመተ ምሕረቱ ተገሊጹ ነይሩ። ትሕዝቶኡ ከመይ ንዝብል ሐታቲ ግና ዘዕግብ መልሲ አይንረክብን ኢና።

ገዳም እንዳ ዮሐንስ ብሥነ-ጥንትነቱ ንኤርትራ ሃገርና ጥንታዊትን ዓባይ ሃገርን ከምዝኾነት ሐደ ዓቢይ ምስክር እዩ። ኣብ ውሽጢ ዝዓቀቦም መጻሕፍትን ቅርስን'ውን ከም መረድኢ ናይ'ዚ ገዳም እዩ።

ታሪክ ኣቡነ ሊባኖስን ድራርን

ድራር ስመ ክርስትናኡ ገብረ ክርስቶስ እዩ ይበሃል። ካብ ዓሌት በለው ከለው ሕርጊጎ እዩ። ንሱ ካብ ሰቡ ተፈልዩ ናብ ሃም መጺኡ ክቐመጥ ከሎ ድራር በዓልቲ ቤቱ ነፍሰ ጾር ኮይና ኣብ ሃድን ተዋፊሩ ምግቢ ንምድላይ ደኪሙ ኣብ ጽላል የዕርፍ እሞ ካብ ሓደ ከውሒ መሸላ በብሐደ ይነጥር ድራር ቀለብ እክሊ ምኪኑ ምስ ኣስተውዓለ ክአሪ ይጅምር ብብዝሒ ከኣ ይመጽኡሉ እዋይ ድራር አባ ተረኪቡ ይብል። በዚ ምክንያት ከኣ ድራር ዝብል ስም ይስመ ነዚ እክሊ'ዚ ድማ ብረድኤት ኣቡነ ሊባኖስ ከምዝረከቦ ይገልጸሉ። ብድሕሪ'ዚ ኣቡነ ሊባኖስን ድራርን ከም ኣቦን ወድን ኮይኖም ንብዙሕ ዓመታት ነበሩ ገብረ ክርስቶስ ሰበይቱ ካብ ሃም እያ ሠለስተ ደቂ ከኣ ወለደ። ኣቡነ ሊባኖስ ፈልዩ ስለ ዝፈትዎ ከኣ ካብዚ ዓለም'ዚ ብሞት ክፍለ ከለኩ ንስካ ኢካ ትቐብረኒ በሎ። ገብረ ክርስቶስ ከመይ ኢለ ክፈልጥ እክእል ዝብል ሕቶ ኣቕረበ። ኣቡነ ሊባኖስ ከኣ ሐደ ምልክት ክትርኢ ኢካ ዝብል ምልክት ሃቦ። ብድሕሪ'ዚ ኣቡነ ሊባኖስ ኣብ ሐራሳት ዝተባህለ ዓዲ አብ ከባቢ ዓጋመ ጥቓ ዓዲ ግራት ዓረፈ። ካብዚ ሕጂ ዘሎ ገዳም ድማ መንገዲ መዓልቲ እዩ ርሕቐቱ ሐራሳት ዝተባህሎ ምክንያት ኣብቲ ኣቡነ ሊባኖስ ዝዓረፈሉ ቦታ ሐራስ ላም ትወፍር'ሞ ነቲ ሬሳ ኣቡነ ሊባኖስ ትልሕሶ። ምሽት ደም ትሕለብ በዚ እቶም ዋናታታ ይሽገሩ ነቲ ጋሻ ከኣ ኣብ ምንታይ ኣውዒልካየን እዘን ከብቲ፡ ኢሎም ሐተትዎ። ንሱ ከኣ ኣብቲ ኩሉ ጊዜ ዝውዕልኡ ዝነበራ ቦታ ኢሉ መለሰሎም እንታይ እናበልዐት ደኣ እያ እዛ ላም ደም ትሕለብ ዘላ ሎሚ መዓልቲ ድድሕራኣ ስዒብካ እንታይ ከም እትበልዕ ተከታተላ ኢሎም ተላበውዎ። ንሱ ድማ ምሉእ መዓልቲ ካብኣ ከይተፈልየ እግሪ እግራ ክስዕባ ምስ ወዓለ እታ ላም ኣብቲ አቡነ ሊባኖስ ዝዓረፈሉ ቦታ ትክ ኢላ ከይዳ ክትልሕስ

ጸንሐቶ። እቲ ጓሳ ሰምቢዱ ነታ ላም ሰጦን። ብስምባደ ዝኣክል ከአ ንዓዲ ኣትዩ ኣብዚ ሓደ ፈላሲ ዓሪፉ ኣሎ እዛ ላምና ክትልሕሶ ጸኒሐትኒ ንዕኣ ሰጒጐ ከኣ መጺአ በሎም።

ዓዲ ተኣውዩ ተኣኪቦም ኣብቲ ዝነገሮም ቦታ እንተኸዱ ብጣዕሚ ሰምቢዶም ካብኡ ወሲዶም ንክቐብርዎ እንተፈተኑ ብፍጹም ምንቕ ምባል ኣበዮም። በዚ ክሽገሩ

እንከለዉ ኑቲ ንስካ ኢካ እትቐብረኒ ዝበሎ ድራር ምልክት ቀስተ ደመና ኣብቲ ዘለዎ ኮይኑ ተራእዩ ካብኡ ክሃፍፍ ንሐራሳት ደበክ በለ ኣብቲ ምልክት ዝረአየሉ ቦታ ምስበጽሐ አቡነ ሊባኖስ ዓሪፉ ረከቦ።

ብሞት አቡኡ ሰንቢዱ በከየ። ቅርብ ኢሉ ከልዕሎ ፈተነ ሐፍ ከአ በለሉ። እቶም ዓዲ ድማ ንዓና ተኣኪብና ምልዓል ዝኣበየና ከመይ ኢሉ ንበይኑ ከልዕሎ ክኢሉ ብምባል ተገረሙ። ድራር ሬሳ አቡኡ ተሰኪሙ አብዚ ሕጂ ዘሎ ገዳም ቀበሮ። ብድሕሪ ቁሩብ እዋን ከኣ ንሱ ዓሪፉ ኣብቲ ገዳም ተቐብረ። ክሳብ ሎሚ መቓበር ድራር ተባሂሉ ብፍሉይ ይፍለጥ ሠለስተ ደቂ ድራር ድሕሪ ሞት ኣቦኡም ናብዚ ሕጂ ዘለውዎ ናብ ቴድራር ገዓዙ።

ብስሞም ከኣ ቤተ ክርስቲያን እንዳ ዮሐንስ አህጉዱ ብገዳም ስም ከአ ተዓቂቡ አሎ። ገዳም ተባሂሉ ካብ ሻድሻይ ክፍለ ዘመን ዝተመሥረተ ዓቢይ ገዳም ንምኳኑ ምስቲ ታሪክ ናይ አቡነ ሊባኖስ ዝተተሐሓዘ እዩ ንምእማኑ ኣየጠራጥርን እዩ። ሠለስተ ደቂ ድራር በቲ ናይ ኣቦኡም አሰር ተኸቲሎም ብዘይ ምቁራጽ ኣብ ዓመት ካብ ሠለስተ ገዛ ተዋጺኦም መባእ እናሐዙ ብሠለስተ ጥሪ ክሳብ ገዳም ደብረ ወርቅ እናተጓዕዙ በዓል ዓመት አቡነ ሊባኖስ የብዕሉ ኣለዉ።

ንድራር (ገብረ ክርስቶስ) ቅድሚ አቡነ ሊባኖስ ክርስቲያን ምግባሮም መሓመድ ፃዕዳ እዩ ዝበሃል ዝነበረ። <u>ግና እዚ ስም'ዚ ናይ ንእሽቶ እስያ ስም እዩ እምበር አስላማይ አይነበረን ማቃት አሕመድ ፃዕዳ ዝነበረሉ እዋን እምነት ምስልምና ፈጺሙ አይነበረን ማለት እዚ ስም'ዚ ሕጂ ብእምነት ምስልምና ዝጽውዑሉ ዘለዉ ኣስማት ቅድሚ ምስልምና ዝነበረ እዩ። እምነት ምስልምና ዝ- መረ መሐመድ እዩ ብዘየጠራጥር ግና ንዕኡ ዝወልዱ አቡኡ ዓብደላ ይበሃል ኣዲኡ ከኣ ኣሚና ትበሃል ስለ'ዚ እዚኣቶም ከአ ኣብ እምነት ምስልምና ከይኣመኑ እዮም ሞይቶም።</u> እምበኣር በዚ ኣስማት'ዚ ክጽውዑ ዝክኣሉ ኩሎም ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ነበርቲ ዝኾኑ ኩሎም ኤርትራውያን ካብ ሰምሃር ንወገን ሰሜንን ደቡብን ዝርከቡ እዮም። እዚኣቶም ጐረባብቲ ኮይኖም ብንግዲ ይኹን ወይ ብካልኣ ምክንያት ርክብ ስለ ዘለዎም በዚ እተጠቕሰ ስም (አስማት) ክጽውዑ ይርከቡ ኣለዉ። መሐመድ ብ፮፻፳/ 620 ዓ.ም ንስብከት ሃይማኖት

ምስልምና ተበገሰ። ንእሽቶ እስያን ሰሜን ኣፍሪቃን ኣብ ውሽጢ ዓመት ሃይማኖት ምስልምና ክሰፍሕ ክኢሉ። ብድሕሪ ፲፪ (12) ዓመትን 3ተ ወርሃን ከኣ ብቐይሕ ባሕርን፡ ሱዳንን ናባና ማለት ኣብ ኤርትራ ሃይማኖት ምስልምና ክቀላቐል - መረ። አሕመድ ፃዕዳ አብ ዝነበረሉ እዋን ግና ምስልምና ዝበሃል ሃይማኖት ኣይነበረን ስለ'ዚ ንሠለስተ ደቂ ድራር አስላም እናበሉ ሐደ ሐደ ሰባት የቋናጽብዎም፡ ካብኣቶም'ውን በቲ ሃም ጥራይ ኣሚኖም ኣቦኦም ኣስላማይ ከምዝነበረ ገሚቶም ኣሜን ዝብልዎ

ኣይተሳእኑን ነዚ ብምርዳእ ከኣ እዩ ትውልዲ ቴድረር ንምርዳእ ክግለጽ ዝተደልየ። ገዳም እንዳ ዮሓንስ ብጥንትነቱ ምስቶም ቀዳሞት ኣድባራት ንሃገርና ኤርትራ ዕቤታ ዘረጋገጸላ ኮይኑ ክሳብ ሎሚ ህልውናኡ ዝሓለወ ገዳም እዩ ከባቢ ሕዝቢ ቴድረር ከኣ ዓቐሙን ኃይሉን ብዝፈቐዶ ኣቓልቦኡን ኣተኵሮኡን ናብኡ ኩሉ ጊዜ ምስ ዘምበላ እዩ።

ናይ መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሓንስ ኣማላድነት ረድኤትን በረከትን

ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

ደብረ ቀኁስቋም ድባርዋ ዞባ ደቡብ

ነታ ናይ ሃገረ ኤርትራ ርእሰ ከተማ ዝነበረት ድባርዋ ኣብ ከባቢኣ ወይ ኣብ ውሽጣ ኣብ ዝርከብ ጎቦ ብወገን ምዕራብ፡ ብስም ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተ ክርስቲያን ዝተሐንፀት ኮይና ካብ ቅድም ኣትሒዛ ብመልከዕ ገዳም ትርኣ።

ቀደም ኣቡነ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ንገለ ኣዋርሕ ዝኣክል ተቐሚጥዋ ነበረ። ኣብኣ ስብከተ ወንጌል ኣካይዱ። ገለ ፲፱ (19) ዝኾኑ ካህናትን፡ ዲያቆናትን ኣብኣ ኮይኑ ባረኮ። ካብዚ ገዳም'ዚ ቀጺሉ ኣቡነ ሰላማ ናብ ኣክሱም ገጹ ኣምርሐ።

ብ፲፭፻፲፭ (1515 ዓ.ም. ግዕዝ) ኣብ ዝነበረ ናይ መሓመድ ግራኝ ወራር ተወሪራ፡ ተዳከመት። መሐመድ ግራኝ ንድባርዋ ሰባ፡ ጥሪታ፡ ወዲኡ፡ ዓዲ ኣቓጺሉ ነታ ቤተ ክርስቲያን ኣዕነዋ። ድባርዋ ፶፰ (58) ዝኾኑ ባሕሪ ነጋሢታት ተሸይሞሙላ ዝነበሩ ዓባይ ናይ ቅድም ከተማ እያ።

ንገዳም ደብረ ቀኁስቋም ካብ ቅድም ኣትሒዙ ቤተ ክርስቲያን ከምዝነበራ እምበር እገለ መሥሪትዋ፡ እገለ ገዲምዋ ዝብል ታሪክ የብላን። ከም ገዳም ወይ ከም ደብሪ መጠን ፍልይ ዝበለ ኣክብሮት ይወሃባ ነበረ።

እዛ ገዳም እዚኣ ሐደ ዓቢ ኣቡነ ማቴዎስ፡ ቀደም መምህር ኣብርሃም ዝነበሩ ንሃገረ ኤርትራ ጳጳስ ዘፍረይት እያ። ብኣንጻር ናይ'ቲ ቀደም ዓንያቶ ዝነበረት ኣብዚ ግዜ'ዚ ካልኣይ ብስም ኣቡነ ኣረጋዊ ቤተ ክርስቲያን ተሰሪሑላ፡ ከምኡ እውን

ንክትርእዮ መሳጢ ዝኾነ ናይ መንፈሳውያን መንበሪ ተሰሪሑላ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ትርኪብ ኣላ።

ኣብኣ ዝርከቡ ቅርስታት

ካብ ግራኝ ዘንደዶም ሓደ ሓደ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ይርከብዋ። እዛ ገዳም ደብረ ቀሲስቋም፡ ቅድም ከም ኣበምኔት፡ ዕድሚኣም ምሉእ ዘገልግልዋ ኣባ ኣብርሃም ሠምረ

ኣብ፡ ሕጂ ኣቡነ ማቴዎስ ጳጳስ ዘኣድያመ ጽልማ ዝወለደት ብምኳና ዕዙዝ መንፈሳዊ ክብሪ ዘለዋ ገዳም እያ።

ክብረ በዓላ ዕለት ፮ (6 ጎዳር) ቀሲስቋም ኣመንትን ማይ ጸሎት ዝተሐጽቡ ሰብ መብጽዓን፡ ከምኡ እውን ኣብኣ ዝተማህሩ ሊቃውንት ካብ ርሑቕን ቀረባን ብምምጻእ ብማኅሌትን ቅዳሴን ከቢራ ትውዕል።

በረከት ሰደታ ለማርያም ይክፈለና።

ጥፈኣት ገዳማተ ኤርትራ

1. ሃገረ ናግራን ኣብ ሳሕል ዝተባህለ ገዳም ኣብ ሓሙሻይ ክፍለ ዘመን ዝተመሥረተ ሥልጡን ገዳም እዩ ነይሩ። ክሳብ እዚ ቀረባ እዋን ሓደ ሓደ ባሕተውቲ ከምዝነበርዎ ይንገር።
2. ገዳም ደብረ ሰማዕታት ሃገረ ናግራን ሳሕል።
3. ገዳም ቅዱስ ሚካኤል ኣብ ሳሕል
4. ገዳም ቅድስት ሥላሴ ኣብ ሳሕል።
5. ገዳም ኣቡነ ሰላማ ኣብ - ንገራን ብሌን ኣብ ሰንሒት ከባቢ (ከረን)
6. ገዳም ደብረ መዓር ቅድስት ማርያም ኣብ ሳሕል
7. ገዳም ቅዱስ ጊዮርጊስ እንዳባ ሐኒ ጽንዓ ደግለ ማይ ዔላ
8. ገዳም እንዳ ኣቡነ ሰላማ ኣብ ዓራቶ ኣከለጉዛይ ልዕሊ ማይ ዔላ ክሳብ ደግዓ። ክሳብ ወዓልት።
9. ኣብ ከባቢ መንሳዕ ማርያም ቀይሕ ማርያም ጸሊም ኣብዚ ቦታዚ ሠለስተ ዓ በይቲ ገዳማት ከምዝነበራ ይንገር።
10. ዓዲ ቀ ኣቡነ ማትያስ
11. ገዳም ወገሪቆ ኣቡነ ተክለ ሃይማኖት
12. ዓይላ ጉንደት ቅድስት ማርያም ኣቡነ ተወልደ መድኅን
13. ደብረ ሲና ኣቡነ ድምያኖስ
14. ገዳም ደብረ ሐዋርያት ኣቡነ ሴት ዓዲ ቂታ

15. ታኪታ አቡነ ይስሓቅ
16. ደምባ ምጭ አቡነ ዮሐንስ
17. ዓዲ ሐንሰ አቡነ ሠረቀ ብርሃን መራጕዝ
18. ማይ ለሓም አቡነ ኣናንያ
19. ማይ ጐርዞ አቡነ ሙሴ
20. ደምበላስ አቡነ ምናሴ
21. ገዳም ደብረ አንገብ አቡነ ዕንቁብርሃን ንሰይፈ ሚካኤል አቡኡ
22. ገዳም ደብረ ስላ አቡነ ጴጥሮስ ከባቢ ኣቑርደት

◆ ◆ ◆

ምዕራፍ ኣርባዕተ (፬)

ቅዱሳት ኣንስቲ

ናይ ቅዱሳት ኣንስቲ ኣገልግሎት

ናይ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ታሪክ ቤተክርስቲያን ከምዘረድኣና ኣብ ውሽጢ ዘመነ ሰማዕታት ይኹን ድሕሪኡ ብሰማዕትነት ካብ ዝሓለፋ ቅዱሳት ኣዴታት ብዝርዝር ከም ኣብነት ኣብ ዝስዕብ ንመልከት።

ቅዱሳት ኣንስት

ብጐይታ ኣብ ሞንጐ ሰብኣይን ሰበይትን ምፍልላይ የለን። ንኮላቶም ብሓደ እዩ ዝርእዮም። (ገላ. 3÷28/ ፫÷፳፰) ከምዝተጻሕፈ። ቤተክርስቲያን ናይ ኩሉ እያ። ጐይታ ፲፪ ሐዋርያት ፸፪ ኣርድእት ፸፯ ቅዱሳት ኣንስት መረጹ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ይክተላኣን ብገንዘበን እውን የገልግልኣን ነበራ። (ሉቃ 10÷2/ ፲÷፪) ቤተክርስቲያን ንደቂ ተባዕትዮ ቅድስና ክትህብ እንከላ፣ ንደቂ ኣንስትዮ ውን በቲ ዝግብኣን ክብሪ ትህብ እያ።

ንደቂ ተባእትዮ ናይ መዘከርታ ዕለት ከምዘለዎም ከምኡ ውን ንቅዱሳት ደቂ ኣንስትዮ ዝዝከራሉ መዓልቲ ክህልወን ቤተክርስቲያን ተፍቅድ፣ ኣብቲ ተኣምር ዝፈጸማሉ፣ ዝተወልዳሉ፣ ዝሞታሉ ዕለት መዘከርታ ይግበረለን። ቤተክርስቲያን ከምቲ ንቅዱሳን ኣቦታት ከማልዱላ እትኣምኖም። ንቅዱሳት ኣዴታት ኣንስት ከኣ ልክዕ ብትሩፋተንን ብጸሎታተንን ከማልደላ ትኣምን።

ኣብ ራብዓይ ክፍለዘመን ብስም ክርስቶስ ዝኣመነ ዘበለ ዝሕረደሉ ኣብ ዝነበረ ዘመን ብሰማዕትነት ዝሓለፉ ብዙሓት ኣዴታት እየን። ከምቲ ንደቂ ተባዕትዮ ዝተዋህበ ናይ ስምዕትና ክብሪ ንዕኣተን ውን ከምኡ ተዋሂብወን እዩ።

ቤተክርስቲያን ኣብ ርእሲ እቲ ናይ ትሩፋቱን፣ ዝተጋደላሉ፣ ዝተወልዓሉ፣ ዝሞታሉ ዕለተ ዝክረን ብተወሳኪ ናይ ኩላተን ቅዱሳት ኣንስቲ መዘከርታ ኢላ ኣብ ድሮ ዳግማይ ትንሣኤ ዘላ ቀዳሚት ሰንበት ትዝክረንን፣ ተክብረንን ኣላ።

እዚ ኩሉ ክብሪ ክወሃበን ዝከኣለ ከኣ ብሕይወተን ኣብ መሬት እንከለዋ ብዝፈጸማኦ ቅዱስ ኣገልግሎት እዩ።

ቅዱሳት ኣንስቲ ንክርስቶስ ዝገበራሉ ኣገልግሎት እንታይ እዩ ናብ ዝብል ምስ እንከይድ።

1. ምስ ጐይታ ኣብ ዝወዓሎ እናወዓላ ኣብ ዝሓደሮ እናሓደራ ምስኡ ነበራ።
2. ብገንዘቦንን፣ ብጉልበተንን ንጐይታ ኣገልጊለን።
3. ብሥራተ ትንሣኤ ቅድሚ ኩሉ ርእየን ንቅዱሳን ሐዋርያት ነጊረን።
4. ኣብቲ ቀዳማይ ዘመን (ቀዳማይ ሚእቲ) ቤተክርስቲያን ብከቢድ ሽግር ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ ንክርስቲያናት ብዙሕ ኣገልግሎት ሂበን። ምሉእ ሕይወተን ሰይፊ፣ ንሓዊ ንማእሠርቲ ነብሰን ክሳብ ምውፋይ በጺሐን እየን።
5. ናይ ሓዋርያት ጽሑፋት (መልእክትታት) ናብ ክርስቲያናት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣብጺሐን።
6. እታ ናይ መ- መርታ ቤተክርስቲያን ኣብ ቤተን መሥሪተን (ቤተን ሂበን)።
7. ንዘይኣምኑ ምሂረን ኣእሚነን እየን።
8. ብመንፈስ ቅዱስ ዝተነግረለን ትንቢት ኣብኣተን ተፈጺሙ እዩ።
9. ቤተክርስቲያን ክስራሕ እንከሎ ዝተፈላለየ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ዝፍጸም ኣገልግሎት ሠሪሐን እየን።

ቅዱስ ጳውሎስ ነቲ ብመንፈስቅዱስ ዝወለዶ ጢሞቴዎስ ወዱ ኣብ ዝጸሓፈሉ “ ነታ ጥርጥር ዘይብላ ኣባካ ዘላ እምነት እዝክራ እየ። እዛ እምነት እዚኣ ቅድም ኣብ ዓባይካ ሎይድ፣ ከምኡ ውን ኣብ ኣዴካ ኤውንቄ፣ ነበረት። ሕጇ ከኣ ኣባካ ከምዘላ ኣሚነ ኣሎኩ። (2ይጢሞ.፩፥፭/1፥5)

ስለዚ ናይ ኣዴታት ትምህርቲ ዘመንን ዕድመን ዘይስዕሮ ምስ ኣእምሮ ተቐሪጹ ዝነብር ሓወልቲ እዩ።

፩. ሰማዕት ቅድስት ሶፍያ በዓልቲ ሮማ (ሮማዊት)

ሰማዕት ቅድስት ሶፍያ ንግሥት ከላ ምስተን ሰለስተ ደናግል ደቃ ኮይና ንክርስቶስ ከተምልክን ክትኣምንን ብምርካባ ምስ ሠለስቲአን ደቃ ብሰይፊ ተሰይፋ ብሰማዕትነት ሓለፈት።

ቤተ ክርስቲያን ናይዛ ቅድስት ኣደ መዘከርታ ነሐሴ ዕለት ፫ ብዓቢይ ክብሪ ተክብራ እያ። ያሬድነውን ኣብቲ ድጓዓ ዝተባህለ መጽሓፍ ድርሰቱ፣ ምሉእ ድርሰት ከምቲ ቅድስናኣን ክብራን ኣገልግሎታን ብሰፊሑ ገሊጽዎ ይርከብ። *ምንጪ፦ ሰንክሳር ዕለት ፴ (30) ጥሪ እዩ።*

ታሪክ ቅዱሳት ሰማዕታት ጲስጢስ፣ ኣላጲስ ኣጋጲስ ኣዴታት ሮማውያን

ቅድስት ሶፍያ ዝተባህለት ጽንዕቲ ሰበይቲ ነበረት። ምስዘን ሠለስተ ኣዋልዳ (ደቃ) ናብ ሃገረ ሮሜ ከደት። ሠለስቲአን ከኣ ኣዝየን መልክዐ ታት ነበራ። ነዘን ደቃ ብናይ

እግዚኣብሔር ጸጋን ጥበብን ተዕብ የን ነበረት። በዚ ምክንያት ፍጹማት መንፈሳውያን ኮና። ንእግዚኣብሔር ስለ ደቃ ተመስግኖን ትጽልየለንን ነበረት። ናይ ኣስማቶን ትርጉም ሃይማኖት፣ ፍቕሪ፣ ተስፋ ማለት እዩ።

እዘን ሠለስተ ኣኃት ጲስጢስ፣ ኣላጲስ ኣጋጲስ ገና ብሕጻንነቶን እንከለዋ መጻሕፍተ ሐዲስን ግብረ ሐዋርያትን ብግቡእ ተማህራ፣ ብዕለተ ሰንበት ከኣ ቅዱስ ቍርባን ይወስዳ ነበራ። ኣብ ርእሲ ጸጋ፣ ጸጋ እናተወሰከለን ብሃይማኖት ጽኑዓት ኮና።

ኣጢዎኮስ ዝተባህለ መኰንን ንሶፍያ ምስ ደቃ ብሰይጣናዊ ኣረኣእያ ጠመተን። ኮነታተን ኣጽኒዑ ኣድርያኖስ ናብ ዝተባህለ ናይ ሮማ ንጉሥ ኣትዩ "ካበይ ከምዝመጸት ዘይትፍለጥ ሓንቲ 3ይ ርእሳ ሰበይቲ ኣብ ከተማና ትነብር ኣላ። ንኣንስትና ጥራይ ብኢየሱስ ክርስቶስ ክኣምና ኣብ ልዕሊ ምግባራ ንምሳሕ እኳ ንገዝአን ኣይመጻን። ክብሪ ኣማልክትና ብኣኣተን ስሩዝ እዩ" ብምባል ከሰሰን።

ንጉሥ ኣድርያኖስ መልክዓተን ብምርዓይ ብጣዕሚ ተደነቐ። ንከዘራርበን ውን ፈርሀ። ብጣዕሚ ከኣ ኣክበረን። ድሕሪ ብዙሕ ምሽጋሩ ንቅድስት ሶፍያ ኣቐሪቡ። "ኣቲ እንታዋይቲ ኢኺ ስሌኺ ዝሰምየ ዘሎኩ እንታይ እዩ፡ ንናይ ሮሜ ኣማልክቲ ስለምንታይ ትክሕዲ፡ ናይ ሮማ ኣማልክቲ ዓለም ዝፈጠሩ እዮም። ንስኺ ክርስቲያናዊት እንተኮንኪ ኣቐዲምኪ ስምኪ ንገርኒ" በላ። ንሳ " ኣነ ናይ እግዚኣብሔር ኣገልጋሊት ባርያ ዝተባሃልኩ ክርስቲያናዊት እየ፣ ወለደይ ግን ሶፍያ ኢሎም ሰምዮሙኒ፣ ኣዝማደይ ከኣ ዓበይቲ እዮም። ብናይ ዓለም መድኃኒት ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቓድ ናብዚ ሃገርዝ ክመጽእ ክኢለ። ነዘን ሠለስተ ደቀይ ከኣ መባእ ጌረ ከቕርበሉ ጸውዓኒ" በለቶ።

እተን ሠለስተ ደቃ እውን ባዕላተን ጽንዓት ሃይማኖተን መስከራ። ንሳ'ውን ተተባብዐን ነበረት። እቲ ንጉሥ ንዕኣ ተስፋ ምእንቲ ከቕርጻ ኢሉ ነተን ሠለስተ ደቃ ኣብ ቅድሚ
ዓይና ኣብ ሓዊ ጠቢሱ ቀተለን። ንሳ ገኒዛ ካብ ከተማ ሮማ ወጻኢ ቀበረተን።

ኣብ መበል ሠለስተ መዓልቲ ተስካር ደቃ ክትገብር ምስ ብዙሓት ደቂ ከተማ ኣንስቲ ናብ ደቃ ዝተቐብራሉ ቦታ ከደት። " ዘይሓልፍ ኣክሊል ዓወት ዝተዓደልክን ክቡራት ደቀይ ንዓይ ከኣ ምሳካትክን ውሰዳኒ" ኢላ ጸለየት። ከምዚ ኢላ ምስ ጸለየት ንግዚኡ ብሰማዕትነት ዓረፈት። ምስ ደቃ ከኣ ተቐብረት።

- ሰላም ለሶፍያ እንተአንደየት ርእሳ፡
- መንግሥተ ሰማያት ኣብዲራ እምነ ምድራዊት ንግሣ።
- ተዝካረ ደቂቃ ሰላስ ወአኮ ሰላሳ።
-
- ድጎረ ገብረት ዮም በዘይትመጠ ማሕሠሣ።
- እግዚኣብሔር ይፈጽም ተመጠወ ነፍሳ።

ጸሎታተን ይሓልወና።

ምንጪ፦ 1. ሰንክሳር ዕለት ፫ ነሐሴ

2. ሰንክሳር ዕለት ፴ ጥር

3. ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፻፲፮

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ፈበን ምስለ ወልዳ ዳግማይ ጳውሎስ

ቅድስት ፈበን ኣብ ክንክርኤስ ክርስትና ተቐበለት። በዓል ቤታ ግና ሃብታም ግሪካዊ ስለዝነበረ ክርስትና ዝብል እምነት ክወሓጠሉ ኣይከኣለን። ምክንያቱ ንኣርጤምስ ዝተባህለ ጣዖት ኣጸቢቑ የፍቅሮን ይፈትዎን ብምንባሩ ከምኡ ውን ብናይ ዝሙት ንግዲ ዝረክቦ ዝነበረ ኡተት ክርስትና እንድሕር ተቐቢሉ ከቋርጾ ምኳኑ ስለዝፈለጠ እዩ ንክርስትና ዘጸልአ።

ቅድስት ፈበን ብብዙሓት ኣሕዋታን ቤተሰቡን ገይራ እኳ እንተለመነቶ ክሰምዕ ኣይከኣለን። ንሱ ምስ ኣበያ ኣብ መወዳእታ ገንዘበይ፡ ንብረተይ ከይበለት ነቲ እተፍቅሮ ዳግማዊ ጳውሎስ ህፃን ወዲ ፭ ዓመት ወዳ ጥራይ ሓዚላ ካብታ ማሙቐ ዝኾነት ቤታ ወጺኣ ተሰደት። ካብታ መዓልቲ እቲኣ - ሚራ የማነይቲ፡ ኢድ ናይ ቅዱስ ጳውሎስ ኮነት።

ናብ ኤውሮጳን እስያን ክመላለስ እንከሎ መዕረፊኡ ኣብ ቤታ ነበረ። ገየሽቲ ክርስቲያን ቅዱሳን ሓዋርያት፡ ልኡካት፡ ዝተሰደዱ ቅዱሳን ኩሎም ካብ ገዛ ቅድስት ፌቨን ኣይፍለዩን ነበሩ።

እቲ ዳግማይ ጳውሎስ ወዳ ካብ መምህሩ ቅዱስ ጳውሎስ ክፍለ ኣይደልን ነበረ። እግዚኣብሔር ንነብይ ኤርምያስ ኣብ ማኅፀን ኣዴካ ከሎካ መረጽኩካ ቀደስኩካ ከምዝበሎ በቲ ዕድመ ሕፃንነቱ ምስ ዓበይቲ ኮፍ ኢሉ ወንጌል ክመሃርን፡ ክሓትትን፡ ክምልስን፡ ክዝምርን ነቲ ዝተማህሮ ከኣ ይምህረሉ ነበረ።

ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብጣዕሚ ስለዝፈትዎ ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን ንበይኑ ብዝርድኡ ቋንቋ ይምህሮ ነበረ። ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ ዝተጓዕዘለን ኩተማታት፡ ቅዱሳን ሓዋርያት ዝፈጸምዎ ኣገልግሎት ክርስቲያን ዝቐበልዎ ዝነበሩ መከራታትን ግፍዕን፡ ናይ ሰማዕታት ጽንዓት፡ ከነግሮ እንከሎ ብኣድናቐት ሰሚዉ ካብተን ነኣሽቱ ኣዒንቱ ንብዓት ኮረር የብል ነበረ። ንሱ እቲ ሕፃን " ኣነ እውን ንክርስቶስ ሰማዕት ምኳን እደሊ እየ" ኢሉ ንቅዱስ ጳውሎስ ይሕብሮ ነበረ። ቅዱስ ጳውሎስ ከኣ " ኣጆካ በርትዕ ጽቡቐ ጌርካ ተመሃር ንመጻኢ ከማይ ክትከውን ኢካ " በሎ።

እቶም ኩሎም ናብ ገዛ ፌበን ዝመጽኡ ዝነበሩ ንዳግማይ ጳውሎስ ወዳ ኣዝዮም ስለዝፈትውዎ ከየጻወትዎን ከይመሃርዎን ኣይከዱን ነበሩ። ንሱ ከም ምሁር ኮፍ ኢሉ ይሰምየም። ካብዚ ኃሊፉ እውን ሓደ ሓደ ግዜ " ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉኒ ኣሎ" እናበለ ይነግሮም ነበረ።

ኮይኑ ከኣ ቅድስት ፌቨን ናይ ቅዱስ ጳውሎስ መልእክቲ ተቐቢላ ናብ ሮማ ክትከይድ እንከላ ኣይፍለየክን እየ ስለዝበላ ሓዚላቶ እያ ዝተጓዕዘት ኣብ ከተማ ሮማ በጺሓ ነቶም ኣብ እንዳ ኣቂላ ዝተኣከቡ ክርስቲያን ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝጸሓፎ መልእክቲ ክትህቦም እንከላ እግዚኣብሔር ካብ ሰማይ ዝወረደ እዩ ዝመስሎም። ኣንቢቦም ምስ ወድኡ ከኣ ኩሎም ብንብዓት ተዋሒጦም ንነፍሶም ውን ነቒፎም። ብዝሒ ክርስቲያን ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናወሰከ ከደ። ዳግማይ ንኩሎም ኣብ እንዳኣቒላ ዝርከቡ ክርስቲያን ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝነገሮ ደጊሙ ይነግሮም። ብዛዕባ ጉዕዝኡን ኣብ ጉዕዞ ዘጋጠሞን ነቲ ኣዘራርባኡ ከይተረፈ ኣጸቢቑ የዕልሎም።

ንሳቶም ከኣ " ንጳውሎስ እንተ ንርእዮ እናበልናስ ጐይታ ኣብዚ ሕፃንዚ ሓዲሩ ኣርኣየና " እናበሉ ይግረሙ። ሮማውያን ብዛዕባ እዚ ሕፃንዚ ተኣምር ዝኾነ ወረ ክሰምዑ እንከለዉ፡ ነቲ ጥዑም ቃሉ ንምስማዕ በብዕለቱ ይእከቡ ነበሩ። እዚ ወረዚ ከኣ ናብ ኣእዛን መኳንንቲ ሮማ በጽሐ።

ንጉሥ ኔሮን ተቓጺሉን ሐሪሩን ናብ ውሽጢ ቤተመንግሥቱ ኣተወ እሞ ደወል ደዊሉ ምስ መኳንንቱ ኣብ ልዕሊ ፈቨንን ወዳን ናይ ሞት ፍርዲ ፈሪዶም ተበተኑ። እቶም ወተሃደራት እውን ኣብ ዝኾነ እናኣተዉ ንፈቨንን ወዳን ክሃድኑ - መሩ።

ፈቨን ግን በዚ ኩሉ ድምብርጽ ኣይበላን። ንግሆ ተንሢኣ ንዳግማዊ ወዳ ኣብ ገዛ ገዲፋቶ ነቶም ክርስቲያናት ንምጽንናዕ ኣረጊት ክዳን ተኽዲና ተሰካሚት ጐሓፍ መሲላ ናብ ከተማ ሮማ ትወጽእ። ኣብ መንገዲ ንዝረከበቶ ጐሓፋትን ኩስትርታርን ኣኪባ ኣብ እንዳጓሓፍ እናኣእተወት ብጐደናታት ትሓልፍ። ነቲ እቶም ክርስቲያናት ኣሕዋታ ብሕቡእ ዝእከቡሉ ገዛ ስለ ትፈልጦ " ጓሓፍ ዶ ኣሎኩም" ኢላ ኣብ ማዕጾ እቲ ካንሸሎ ደው ኢላ ትሓትት። ሓደ ሰብ ነቲ ካንሸሎ ከፊቱ ወጺኡ " ቁሩብ ጓሓፍ ኣሎና በጃኺ ወሲድኪ ጓሓፍልና" ይብላ። ነቲ ሒዛቶ ዘላ እንዳ ጓሓፍ ሒዛ ንውሽጢ ትኣቱ። እቶም ኣብኡ ዝተሓብኡ ኩሎም ንፈቨን ምስ ረኣዩ ብታሕንስ ተፈንጪሖም ዝነበሮም ንብዓት ይጸርጉ።

ሽዕኡ ኣብ ውሽጢ'ቲ እንዳጓሓፍ ኣብ ታሕቲ ብሸሓኒ ቆጺራ ዘምጽኣትሎም ጥጥኞ፣ ቆሎ፣ ብጸሎት ባሪኮም ይምገቡ። ፈበን ብዝመጽኦም መከራ ንክጸንዑ ትመክሮምን ተጸናንየምን። ድሕሪኡ ነቲ እንዳጓሓፍ ተሰኪማ ወጺኣ ናብ ካልኦት ተሓቢኦም ዘለዉ ክርስቲያናት ተምርሕ።

ዳግማዊ ግን ዝጥርጥሮ ስለ ዘየብሉ ናብ ግበበ ምድር (ካታኮምብ) ዝጻወት መሲሉ ከይዱ ማይን መግብን የብጽሓሎም። ብፍላይ ከኣ ፡-

- ናይ ሮሙለስ ሃገር ናይ ቄሣር ሓውልቲ፣
- ሮማ ኣባኪ እዩ ኣብቂዑ ናይ ዓለም ምኳና ውቅብቲ፣
- ዜጋታትኪ ሰገናት ስራሕኪ እውን እዩ ዘደንቕ፣
- ሮማ ኣቲ ፀሐይ ሮማ ኣቲ ምብራቕ፣

እናበለ መንገዲ መንገዲ ክዝምር ምስ ሰምዕዎ፣ ወተሃደራት ሮማ እውን ከይተረፈ ናይ ሕፃንነት ልሱልስ ድምፁ እናሰሓቦም ሐቕፍም ይስዕምዎ። ብኩሉ ጐደናታት ሮማ ነታ "ሮማ ኣንቲ ፀሐይ" ዝብል መዝሙር እናዘመረ ክንዓዝ እንከሎ ዝሓቶስ ይትረፍ ገጹ እኳ ዝኣስረሉ ሰብ ኣይነበረን። ዳግማዊ ቀስ እናበለ ንከተማ ሮማ ለቒቑ ናብቲ ተሓቢኦምሉ ዘለዉ ግበ ምድር (ካታኮምብ) ክከይድ ከሎ እቶም ኣብ ውሽጢ ጫካ ተሓቢኦም ሰብ ዝጽበዩ ተቐበልቲ ስንቂ ክርስቲያናት ናይ ሐጐስ ንብዓት እናኣንጠብጠቡ ይቕበልዎ። ናብቲ ካታኮምብ ውን የእትውዎ እሞ እቶም ኣብ ትሕቲ በዓቲ ዘለዉ ክርስቲያን ንእግዚኣብሔር በዚ ሕፃን እዚ ኣቢሉ ንዝገበረሎም ለውሃት እናኣመስገኑ ሓቕፍም ይስዕምዎ። ዳግማዊ መጺኡ እንተድኣ ተባሂሉ ነቲ ሒዞምዎ ዝነበሩ ስራሕ ሐዲጎም ነቲ ጥዑም ቃሉ ክሰምዑ ይእከቡ። ኮለንትናኡ ንቅዱስ ጳውሎስ

ማለት ብኣካል ዝወለዶ እምበር ካብኡ ዝተማህረ ኣይመስልን። ክነግሮም እንከሎ ልክዕ ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝነገሮ ናይ ኣዘራርባ ላህዮ (ጣዕሙ) እናተጠቐመ ክዛረብ እንከሎ ንዝሰምየ ዘበለ ወዲ ኃሙሽተ (፭) ዓመት ሕፃን ዘይኮነስ ነቲ ዓቢ ቅዱስ ጳውሎስ እዩ ዝመስል።

ነዚ ኩሉ ምስ ወድኣ ንሮማ ክምለስ እንከሎ ካብ ፍቐሩ ዝተላዕለ ክሳብ እቲ ዶብ ከተማ ሮም ሓቑፎም የፋንውዎ ነበሩ። ካብቲ ዶብ ሐሊፉ "ሮማ እታ ፀሐይ" ዝብል መዝሙሩ እናዘመረ ናብቲ ዋና ጐደና ክኣቱ እንከሎ ሓንቲ ጓሓፍ ዝተሰከመት ሰበይቲ ረከበ። ሽዕኡ ንዕኣ ደድሕሪኣ እናሰዓበ ናብቲ እትከዶ " ሮማ እታ ፀሐይ" እናበለ ክንዓዝ እንከሎ እቲ ድምጹ ነቶም ሓለፍቲ መንገዲ ንኩሎም ልቦም የንድዶም ነበረ። እታ ጓሓፍ ዝሓዘት ሰበይቲ "ኣቱም ገዛ ጓሓፍ ዶ ኣሎኩም" ኢላ ምስ እትሓትት "እወ እተዊ" ዝብል መልሲ ረከበት። ናብቲ ካንሸሎ ክትኣቱ እንከላ ደድሕሪኣ ይኣቱ። ፈቐን ነቲ ዝሓዘቶ እናጓሓፍ ኣቑሚጣ እናነብዐት ሐቑፋ ትሰዕሞ። ሽዑ ዳግማዊ ኣብ ማእከል እቶም ሰብ ገዛ ኮፍ ኢሉ ብዛዕባ ናይ ግበ ምድር ዘለዉ ኣሕዋት ክርስቲያን የዘንትወሎም።

ናይ ኔሮን መኳንንቲ ብሰንኪ ፈበንን ወዳን ብጣዕሚ ተጨኒቐም ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቦታ ተራእያ ኢሎማ ኢሎም ይጸናጸንዋ እሞ ኣይረክብዋን። ሮማውያን ንፈበን ምስ ወዳ ንምሓዝ ካብቲ ቅድም ዝነበረ ፈታሽን ሓለዋን ምግባር - መሩ።

ሲሞን ዝተባህለ ሰብ ብናይ ሮማ ክርስቲያን ዝተፈልጠ ምስ ወተሃደራት ሮም ብዘለዎ ምትእስሳር ስለዘይጥርጠር ማለት ገዝኡ ንክርስቲያናት መዕረፊ ክኾኖም ዝሃበ ሰብ እዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ንጉሥ ኔሮን ምሓዛ ምስ ሰኣነ ከምዚ በለ። " ነዛ ሰብ እዚኣ ብኢድ ሒዙ ንዘምጽኣለይ ንለይ ክህቦ እየ ኢሉ ኣዋጅ ኣወ- ። እቲ ቤቱ ንክርስቲያናት መዕረፊ ሂቡ ዝነበረ ሲሞን ነዚ ናይ ኔሮን ነገር ምስ ሰምዐ ልቡ ናብ ክልተ ተከፍለት " ንንል ንጉሥ ኔሮን ምምርዓው እንተወሓደ ካብ ግዝኣት ሮማ ሓደ ዓቢ ርስቲ ወይ ሽመት ክረክብ እየ።" ክርስቲያን ምኳን ድማ ትርፉ መከራን ስቓይን እዩ። እቲ ዝርከብ ርስቲ ከኣ ኣብ ሰማይ ምኳኑ ክሓስብ እንከሎ ሰይጣን ኣሰሓሒትዎ ንፈቐን ከኣ ኣይኮነን ዶ ተዓዲማስ ብሕቡእ እናከደት ውን እንተኾነ እትፍጽሞ ስርሒ እዩ። በታ ዕለት እቲኣ ንዳግማዊ ናብ ካታኮምብ ከይዱ ስለዝነበረ ኣይረከቦን።

ሽዕኡ ሲሞን ወተሃደራት ሮማ ሴፍን ጐራደን ኣዕጢቑ ኣብ ውሽጢ ቤቱ ሓቢኡ ኣጽኒሑ ንፈበን ኣትሓዛ። እቶም ወተሃደራት ክሳብ ዝደክሙ ኩሉ ኣካላታ ክሳብ ደም

ዝከውን ከትከትዋ። ከም ተመን እናቕጥቀጡ፣ ኣብ ቅድሚት መለከት እናነፍሑ ሒዞማ በቲ ጎደና ሮማ ወጽኡ።

“ እታ ውርይቲ ፈበን እትበሃል መራሒት ክርስቲያን ስለዝተታሕዘት ኩሎም ተቕማጠ ሮማ ናብ ኣደባባይ ወጽኡ ”።

እቲ ኣብ ቅድሚት ዘሎ ነፋሒ መለከት ኣብ በሪክ እናወጽአ ድምፁ ከም ዝስማዕ ጌሩ ይነፍሕ ነበረ።

ነቲ ጅግንነታ ዝሰምዑ ኩሎም ብስምባደ ወጺኦም ኣብ ወሰን ጎደናታት ተኣከቡ። ቅድስት ፈበን ገጻ ብደም ተሸፊኑ ክዳና ተቕዲዱ እቲ ጉራደ ዝሓርፈፎ ሰብነታ ደም ነዚው ምስ ረኣይዋ ሮማውያን ብብክያት ዓ- ብዋ።

መኳንንቲ ሮማ ግን ንንጉሥ ኔሮን ብሠረገላ ዓጂቦም እናሰሓቑ ይሓልፉ። ንቅድስት ፈበን ከኣ እናተበራረዩ ይረግጽዋ ነበሩ። ንሳ ካብ ብዝሒ ድካም ዝተላዕለ ትወድቕ እሞ ኣብ ሕቑኣ ኣሲሮም ከም ሬሳ ከልቢ እናንሰሱ ወሰድዋ። ካብ ቆርበታ ዝተረፈ ኣይነበረን፣ ሰብ ምኳና ከኣ ብቕርጻ ጥራይ እያ ትፍለጥ።

ንጉሥ ኔሮን ኣብ ዝፋኑ ተቕሚጡ ናብ ቅድመይ ኣቕርብዋ በለ። እናንሰሱ ከኣ ናብ ቅድሚኡ ኣቕረብዋ። ንሱ “ፈበን ሓደ ዕድል ክህበኪ ነዚ ናይ ጆፒተር ኣምላክነትን ናተይ ዕቤትን እንተድኣ መስኪርኪ ብዝበለጸ ክብሪ ኣብ ሮማ ክትቕመጢ ኢኪ” በላ። ንሳ “ ከምቲ ንስካ ናብ ማጎፀን ኣዴካ ኣቲካ ሕጂ ክትውለድ ዘይትክእል ኣነ ፈበን ከኣ ኣብ ዓለም ኣትየ ብኃጢኣት ክውለድ ኣይክእልን እየ” በለቶ። ንሱ ብቑጥዐ ገጹ ተንቀጥቀጠ። ክቕጥቅጥዋ ከኣ ኣዘዘ። ሕይወታ ንሞት ክሳብ ትቕርብ ከትከትዋ። ክትመውት ምስ ቀረበት ሰንከልከል ኢላ ኣብ ኣእጋር እቶም ዝክትክትዋ ወደቐት።

ሓደ ካብቶም ኣማከርቲ ንጉሥ “ ሓንሳብ ዕድል ንሃባ ካብ ንቕትላ እንተ ሰስበክናያ ይሓይሽ” በለ።

ሽዕኡ ንሲሶም ኣተንሥእዋ እሞ ቀስ እናበለት ነፍሳ ፈለጠት እቲ ኃላፊ ከምዚ በላ፦ “ በዚ ኣሰካሒ ዝኾነ ኣማውታ ካብ ትሞቲ ነቲ ክርስቶስ እትብሊዮ ዘሎኪ ክሓድዮ እሞ ብሰላም ንበሪ” ንሳ “ ኣታ ሓወይ ክርስቶስ እኮ ከም ክዳን ኣብ ዝደለካዮ ግዜ ዝቀያየር ኣምላክ ኣይኮነን። ናተይ ኣብ ክርስቶስ ዘሎኒ እምነት ምስ ደም ዝተዋሃሃደ ነፍሲ እዩ። ዋላ ንስካ ንሥጋይ እንተ ቐተልካያ ንነፍሰይ ክትቀትላ ዓቕሚ የብልካን” በለቶ። ንሱ “ ንምንታይ ድኣ እቲ እትኣምንዮ ኣምላክ ካብ ኢደይ ዘየናግፈኪ” በላ። ንሳ “ ንዓይ ምንባር ዘይኮነ ምሟት ውን ክብረተይ እዩ ” በለቶ።

<u>ዳግማዊ ጳውሎስ ወዳ</u> ድማ እዚ ኩሉ ስለዘይፈለጠ ንፈበን ከምቀደሙ ዝረክባ መሲልዎ እንተከደ ክረክባ ኣይከኣለን “ ሎሚ ድኣ ኣደይ እንታይ ኮይና” እናበለ ንብዓ

ቱ ብምዕጉርቱ እናፈሰሰ ናብ ውሽጢ ሮማ ኣምርሐ፣ ግን ኣይረከባን። የማነ ጸጋም ውን ሰብ ዝበሃል ኣይረከበን። ኣብ ማዕዶ ኮይኑ ግን ነቲ ዘትሓዛ “ሲሞን” ረኣዮ እሞ ብታሕጓስ እናጮየየ ከይዱ ኣብ እግሩ ተጠምጠሞ።

“ ኣደይ ከ ድኣ ኣበይ ኣላ ኢሉ ሓተቶ።” ሲሞን ኣብ ገዛና ኣላ እናበለ ሐቐኑ ናብቲ ንጉሥ ኔሮን ዘለዎ ኣደባባይ ወሰዶ። ዳግማዊ እዚ ተኣኪቡ ዘሎ ሕዝቢ ድኣ እንታይ ዝኾነ እዩ ኢሉ ሓተቶ። ሲሞን ሓደ ካብ ሃገረ ቆሮንቶስ ዝመጽኦ ሰባኪ ሓዋርያ ይሰብክ ስለዘሎ ይሰምዑ እዮም ዘለዉ ኢሉ ኣታለሎ። ዳግማዊ “ ኔሮን ስብከተ ወንጌል ከይስበክ ከልኪሉ ዶ ኣይበልኩምን” በሎ። ንሱ ኔሮን ኣይፈለጠን ኢሉ እናኣታለለ ናብቲ ውሽጢ ሒዝዎ ኣተወ።

ዳግማይ “ እታ ትግረፍ ዘላ ሰበይቲ መን እያ፡ ” በሎ። ሲሞን ሓንሳብ ጽናሕ ክትርእያ ኢካ፣ ሓንቲ ሠራቒት ሰበይቲ እያ በሎ። ዳግማይ “ ኣደይ ከ ኣበይ ኣላ፡” ሲሞን ኣላ ጽናሕ ክትርእያ ኢካ። ኣብ መወዳእታ ናብ ዙፋን ንጉሥ ሒዝዎ ቀረበ። ሽዑ ኔሮን ንፈቐን ስምዒ ነዚ ወድኪ ቆራሪጸ ንኣሞራ ቅድሚ ምሃበይ ትእዛዘይ ፈጽሚ።

ዳግማይ ነዲኡ ኣደ ንክርስቶስ ከሐዲዮ ዲዮም ኢሎሙኪ፡ ኣነ ውን ምእንቲ ክርስቶስ ክመውት እየ። ኣጆኪ ኣደይ ኣይትፍርሂ ብሥጋ እንተ ሞትና ብነፍሲ

ኣይንመውትን ኢና ኢሉ ኣባራትዓ። ኣብ ከባቢኡ ኮይኑ ዝሰምየ ዝነበረ ወተሃደር ብእግሩ ምስ ወቐየ ንላዕሊ ጥር በለ እሞ ኣብ ልዕሊ በሊሕ እምኒ ወዲቑ ርእሱ ተፈግአ። ብልሓት ናይቲ እምኒ ዝበዝሐ ክፋሉ ኣብ መንበስበስታኡ ስለ ዝረከቦ ከኣ እታ መሬት ብደሙ ተለውሰት።

ዳግማዊ ኣብ ዝወደቐሉ ኮይኑ ነዲኡ “ ኣደይ ኣጆኪ በርትዒ ጳውሎስ እኮ ክርስቶስ ኣብ ቀራንዮ ልክዕ ብከምዚ ተከላቢቱ እዩ ኢሉኒ፣ እዩ እሞ ኣጆኪ ” በላ። ንዓይ ከኣ ኣብ ሰማይ ብርሃን እርኣየኒ ኣሎ። እዚ ጸጋ እዚ ከይሓለፈና ኣጆኪ ኣይትፍርሒ።

ቅድስት ፈቐን ናብ ኣምላክ እዚ ኩሉ እናተጻዕረት “ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ይቕረ በለሎም ኢላ ምእንትኡም ጸለየት። ኣብ መወዳእታ ኔሮን ንክልቲኡም ክሳዶም ብሰይፍ ኣቑሪጹ ቀተሎም።

ኮሎም እቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ሰባት ንብዓት ገዲፎም ደም በከዩ። እቲ ዝረኣየ ሕዝቢ ዝበዝሕ ብኣምላክ ፈቐን ንኣምን ኢሉ ኩሉ ክርስቲያን ኮነ። ኔሮን ጥራይ ኢዱ ተረፈ።

ጸሎቶምን በረከቶምን ምስ ኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ለዓለመ ዓለም ኣሜን።

ምንጪ፡- ኦ ሩፊኖስ ኣነ እውን'ዚ ታሪክ''ዚ ዝጸሓፍክዎ እናነባዕኩ እየ ኣብኡ ኣብ ጥቓ ኣደባባይ ሮም ኮይነ እየ። ደሓን ኩነለይ ካብ ተርቢኖስ ፈታዊካ።

ካብ ጸሐፋይ ታሪክ ተርቢኖስ

✠ ✠ ✠

ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት መሪና

ናይ ቅድስት መሪና ኣቦ ኣ ዳኬዎስ ዝተባህለ ኣብ ሃገረ ኣንጸኪያ ናይ ካህናተ ጣዖት ሃለቓ ነበረ፡ እቲ ንጉሥ እውን ሞኽሱ ከሓዲ ዳኬዎስ ይብሃል ነበረ፡

ቅድስት መሪና ጓል ፭ (5) ዓመት ምስ ኮነት ኣዲኣ ስለዝሞተት ኣቡኣ ካብ ከተማ ወጺኣ ንእትነብር ሞግዚት (መዕበይት) ሃባ፡ ንሳውን ክርስቲያን ስለዝነበረት ናይ ክርስትና ሃይማኖት ብግቡእ መሃረታ፡ ጓል ፲፭ (15) ዓመት ምስ ኮነት ኣቡኣ ዳኬዎስ ሞተ፡

ድጎሪኡ ናይ ሰማዕትነት ተጋድሎ ተሰሚዕዋ ፍቕሪ ክርስቶስ ኣብ ልባ ሓደራ እሞ ብሰማዕትነት ክትዓርፍ ደለየት፡

ኣብዚ እዋን'ዚ ከሓዲ ዝኾነ መኰንን ናብታ ሃገር መጺኡ ንቅድስት መሪና ካበይ ወገን ከምዝኾነት ሓተታ፡ ንሳ ካብ ወገን ክርስቶስ ክርስቲያናዊት ከምዝኾነት መለሰትሉ፡ መልክዓን

ቁንጅንኣ ብምርኣይ ክዕገስ ስለዘይከኣለ ብብዙኃት ነገራት ከታልላ ፈተነ፡ ንሳ ግና ንእውን ንጣየታቱን ረገመቶም፡

ሽዑ ብናይ ሓፂን ዘንግታት ክኽትክትዋን ህዋሳታ ክቖራርጽዋን ኣዘዘ፡ ንሳ ግና ናብ እግዚኣብሔር ጸለየት፡ ቅዱስ ሚካኤል መጺኡ ካብቲ ኩሉ መከራ ኣድኃና፡

ንካልኣይ ግዜውን ናብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣእተውዋ ጐይታ ናብ ሰማይ የዕሪጉ ናይ ሰማዕታት። ቅዱሳንን ጻድቃንን መንበሪ ኣርእዩ ናብ ቦትኣ መለሳ፡ ብድጎሪኡ ንሥግኣ ብመጋዝ ክትጭደድን ጎድና ክትሰናጠቕን ድጎሪኡውን ናብ ቤት ማእሰርቲ ክድርብይዋ ንልኡኻቱ ኣዘዘ፡ ሕጂውን ቅዱስ ሚካኤል መጺኡ ኣድኃና፡

ኣብ ቤት ማእሰርቲ እናጸለየት ከኣ ሓደ ዓቢ ገበል ናብኣ መጸ፡ ርእይ ምስበለቶ ፈርሀት፡ ኩሉ ሰብነታ ተንቀጥቀጠ ምዝራብውን ሰኣነት፡ ኣእዳዋ ብትእምርተ መስቀል ከምዝዘርግሐት ከምኡውን ብልባ እናጸለየት ከላ ወሓጣ ብኡ ንብኡ እቲ ገበል ከብዱ ተጨዲዱ ብዘይ ሓደ ጉድኣት ወጸት ንእግዚኣብሔር ከኣ ኣመስገነቶ፡

ካልእ ግዜ እውን ሰይጣን ጸልማት ለቢሱ ረኣየቶ፡ ኣእዳዉ ኣብ ልዕሊ ኣብራኹ ተጨቢጡ ነይሩ፡ ሽዑ ገጻ ብትእምርተ መስቀል ኣማዕቲባ ርእሱ ዘበጠቶ፡ ብኣእጋራውን ረገጸቶ፡

ኣብዚ ግዜዚ ናይ ጐይታ ዕፀ መስቀል ተገልጸላ፡ ኣብ ልዕሊኡ ከኣ ጻዕዳ ርግቢ ተቐሚጣ ረኣየት፡

“እ መሪና ናይ መንፈስቅዱስ ፀጋ ዕርቡን (ዓረቦን) ተቐቢልኪ ኣሎኺ እሞ ባህ ይበልኪ” በለታ፡ ንጽባሒቱ እቲ ርጉም መኰንን ክዳና ገፊፎም ቁልቁል ኣፋ ሰቒሎም ንኽቃጽልዋን ውዑይ ማይ ኣብ ዓቢ ፊስቶ (በርሚል) ኣእትዮም ክጥጥቕዋን ኣዘዘ፡ ንሳ ኣብ ውሽጡ ኮይና እናጸለየት ከላ ካብ ሰማይ ሓንቲ ጻዕዳ ርግቢ መጺኣ ኣብ ኣፋ ወርቃዊ ኣኽሊል መእሰሪ ፈቲሓ ብስም ኣብ ወወልድ ወመንፈስቅዱስ ሠለስተ ግዜ ኣጠመቐታ ንሳ ንእግዚኣብሔር እናመስገነት ካብቲ ማይ ወጸት፡

እቲ ርጉም መኰንን ከምዝደሓነት ምስረኣየ ርእሳ ብሴፍ ክቐርጽዋ ኣዘዘ፡ ናብዚ ዓቢ ክብሪ ሰማዕትነት ዘብጸሓ ክርስቶስ ብፍቕሪውን ዝተቐበላ ጸለየት ጐይታ ከኣ ተገለጸላ፡

ቃል-ኪዳን

ስማ ዝጸወዐ መዘክርትኣ ዝገበረ መጽሓፈ ገድላ ዘንበበ ዝጸሓፈ ዝሰምዐ ኃጢኣቱ ክምዝሥረየሉ ኣብቲ ንሳ ዘላቶ ቦታ ከምዘእትዎ ምሉእ ቃልኪዳን ሃባ፡ ሰማዕት ቅድስት መሪና ክሳዳ ብሴፍ ተሰይፋ ዕለት 15 ሓምለ ዓረፈት፡ ኣብ መቓብራ ብዙኅ ተኣምራት ብምርኣይ ብዙኃት ሰባት ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ኣመኑ፡

ናይ ሰማዕትነታ በረኸት ንኹላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና፡ ሰንክሳር ዕለት ፀይ ሓምሌ።

- ሰላም ለመሪና ገባሪተ ኃይል ወመንክር፡
- ለእለ ይጼውዑ ስማ ውስተ ኵሉ ብሔር፡
- ኃይለ ሰማያት ኖሊኣ እንዘ ይእቲ በምድር፡
- እስመ ነጽሐቶ ወቀሠፈቶ ለሰይጣን ህሙር፡
- ወለከይሲ ኬደቶ በእግር።

✠ ✠ ✠

ሰማዕት ቅድስት ኣውዶክስያ

እዛ ቅድስት ኣደ እዚኣ ትውልዲ ሃገራ ሳምራዊት ብፍላይ ከኣ በልበክ ከባቢ “በሰራ” እዩ። ዝነበረትሉ ዘመን ዘመነ ንጉሥ ጢባርዮስ ንጉሠ ሮም ኮይኑ ስም ኣቡኣ “ዮናስ ሽም ኣዲኣ ከኣ “ጠባብት” ይበሃል።

ምሉእ ሕይወታ ከኣ ኣብ ናይ ዝሙትን ርክሰትን ግዜ ተሕልፎ ነበረት። ምእንቲ ንሰባት ከተስሕት ከኣ ጽቡቕ ወርቃዊ ክዳውንትን ጽቡቕ ጌጻጌጽ ዘለዎም ጫማታትን ቅብኣ ቅባኢ ናይ ገጽን ብምጥቃም ብልጭልጭ ትብል እሞ ብዙሓት ሰባት ከኣ ተስሕት ነበረት።

ሓደ ዓቢ ባሕታዊ መነኮስ ናይ ኢየሩሳሌም “ግርማኖስ” ዝተባህለ ዛንታኣ ዝሰምዐ ልክዕ በአምሳለ ዘማዊ ኮይኑ ናብኣ መጺኡ ነገረ ድሕነት ማለት ናይ ጻድቃንን ኃጥኣንን ነገራ። ቅድስት ኣውዶክስያ እዚ ኩሉ ምስ ነገራ ናይ ብሓቅካ ዲካ እዞም

ኩሎም ሬሳታትን ምውታትን ክትንሥኡን ክጸድቁን ኢላ ሓተተቶ። ንሱ ከኣ ካብ መጻሕፍተ ኦሪት ይኩን ካብ ሓዲስ አረድኣ። እቲ ቃላቱ ከኣ ልባ ተንከፈ። ብእምነት እውን ተቐበለቶ በል እሞ ንዓይ እዚ ኩሉ ግብረ ዝሙት ክፍጽም ኔረስ ክምሕረኒ ዶ ይክእል እዩ፡ በለቶ ቅዱስ ግርማኖስ ብጐይታናን አምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሰማይ ምውራዱን፣ ምውላዱን ጥምቀቱን ስብከቱን፣ ሞቱን ትንሣኤኡን፣ ዕ ርገቱን ዳግም ምጽአቱን ኣሚንኪ እንተተጠመቐኪ ልክዕ ከምዚ ሎሚ መዓልቲ ዝተወልደ ሕፃን ዋላ ሓንቲ ኃጢኣት ዘይብሉ ክትኮኒ ኢኺ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ከኣ ስምኪ ክጸሓፈልኪ እዩ በላ።

ሽዑ ንከጥምቕ ብምሉእ ልባ ኣሚና ሓተተቶ። ንሱ ናብቲ ናይ ሃገረ “በልበክ” ዝነበረ ጳጳስ ወሲዱ ኣነስሓን ኣእመናን ኣጠመቕን።

እግዚኣብሔር ከኣ ኣሚንቲ ልባ ከፈተላሞ መልኣክ እግዚኣብሔር መጺኡ ናብቲ ናይ ጥምቀት ቀላይ ሰሒቡ ክወስዳ ከሎ ተገልጸላ። ከምኡ እውን ቁጽሪ ዘይብሎም ኣእላፈ ኣላላፋት መላእክቲ ብናታ ምምላስን ምእማናን ምጥማቕን ክሕጐሱ ከለዉ ተራእይዋ። ከምኡ እውን ጸለምቲ ዝኾኑ ኣጋንንቲ ረኣየት። ነዚ ኩሉ ራእያት እዚ ምስ ረኣየት እቲ እምነት ኣጸቢቑ ተሰምዓ። ነቲ ብዝሙትን ርክሰትን ዘጥረየቶ ዘሎ ንብረታን ገንዘባን ሽልማታን ከኣ ንነዳያን፣ ንደካታት፣ ንለመንቲ ዘይብሎም ስኡናት መጽዊታ ከተብቅዕ ኣብ ሓደ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ገዳም ኣትያ ፈለሰት (መንኰሰት)። ዓ ባይ ተጋዳሊትን ጸዋሚትን ጸላይትን ኣደ ኮነት እሞ ጸላኤ ሠናያት ስለ ዝቐንኣላ

ካብቶም ኣቐድም ኣቢሎም የዕሩካ ዝነበሩ ኣጉባዝ መንእሰያት ሓደ መንእሰይ ናብቲ ሽዑ ዝነበረ ንጉሥ ከሰሳ። እንተኮነ እግዚኣብሔር ኣብቲ ቤተ መንግሥቲ ሓደ ጽቡቕ ቆልዓ ወዲ እቲ ንጉሥ ሞይቱ ይልቀስ ነበረ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ትጽሊ እሞ ነቲ ዝሞተ ወዲ ንጉሥ ካብ ሞት ተተንሥኡ። እቲ ንጉሥ'ውን እግዚኣብሔር ዘይፈልጥ ከሓዲ ዝነበረ ኣመነን ተጠመቐን። ብድሕሪኡ ከኣ ካልእ ንጉሥ “ዲዮግኖስ” ዝተባህለ ነገሠ'ሞ ንጣያት ከተምልክ ብዝሓተታ ኣብ ገዝኡ ሓንቲ ዝዓይኑ ሰብ ነበረ። ንዕኡ እውን ብጸሎታ ክልተ ኣዕይንቲ ከምዝህልዎ ገበረት። እቲ ክቐትላ ዝሓሰበ ንጉሥ ከኣ ፈነዎ። ድሕሪኡ እውን ሣልሳይ ግዜ “በከኒቶስ” ዝተባህለ ሓደ ኣረሚናዊ ንጉሥ ነገሠ፣ ንሱ ኣውን ክቐትላን ናብ ጣያቱ ከስግዳን ኣሰራ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ብጸሎት ንጐይታ ምስ ቅዱሳን ሰማዕታት ክሕውሳ ለመነቶ፣ እቲ ኣረሚናዊ ዝኾነ ንጉሥ ከኣ ምእማን ምስ ኣበየቶ ኣዝዩ ምስ ተሐለለ ብሰይፊ ክሳዳ ሰይፉ (ቆረጸ) ብዕለት ፮ መጋቢት ኣክሊለ ክብር ተቐቢላ ዓረፈት።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን ኣሜን።

- ሰላም ለአውዶክስያ ከመ ትፍዲ ፍዳ፡
- በመጥባህት በሊህ እስከ መተሩ ክሳዳ፡
- እስመ ተሊዉ ጽድቅ አብደረት ወሃዲገ እኩይ ልማዳ፡
- ነጸረት ለተጠምቆ ውስተ ቀላየ ማይ ያውርዳ፡
- እንዘ ይስህባ መልአክ ቀዊሞ በዓውዳ።

◆ ◆ ◆

ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ዘአንጾክያ (በዓልቲ አንጾክያ)

ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ሃገራ አንጾክያ ኮይኑ ምስ ቤተ ሰባ እንከላ ወተሃደራት ንከራክስዋ ምስ ከበብዋ፡ አብዚ ግዜ'ዚ ክብረ ንጽሕናኣ አሕዛብ ምእንቲ ከየራክስዋ "ነፍሰይ ንፈጣርየይ አሕሊፈ እህብ አሎኩ" ኢላ ጓል ፲፭ ዓመት ከላ ካብቲ ናይቲ ቤት መስኮት ዘሊላ (ተወርዊራ) አብቲ ጐቦ ገዝኣ ዝርከብ ባሕሪ ብምእታው ብ፫፻፲፩ ዓ.ም (311 ዓ.ም) ብሰማዕትነት ዓረፈት።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

ሰንክሳር ዕለት ፲፩ ጥቅምቲ እዩ።

✠ ✠ ✠

ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ዘጠርሴስ (በዓልቲ ጠርሴስ)

ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ደብረ ዘይት እናተባህለ ካብ ዝጽዋዕ ጎቦ (እምባ) ብብሕትውናን ብድንግልናን ተወሲና ክትነብር እንከላ ናይ ንጉሥ ወተሃደራት ንንጉሥ ሰበይቲ ንክትከውን አብ ዝሓተትዋ ንሳ ኣይከውንን እዩ ብምባል ብሓዊ ኣቓጺሎም ቀተልዋ።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ክርስጢና

ቅድስት ክርስጢና ኣቦኣ ጣዖታት ዘምልክ ዝነበረ መኰንን ርባኖስ ይበሃል ንጓሉ ብጥብቂ ኣምልኮ ጣዖት ይምህራ ነበረ ንሳ'ውን ንትምህርቲ ኣቦኣ ሒዛ ተጽንዩ ነበረት።

ሓደ መዓልቲ ሓሲባ ክትመራመር ፡ መረት። አብ ልባ'ውን ፍርሓት እግዚአብሔር ሓደረ ተንሢኣ ድማ ገጻ ናብ ምብራቕ ገይራ በለት ንእትጉዓዞ ናብ

ሕይወት መንገዲ ክመርሓ ክገልጸላ ናብ ኣምላክ ጸለየት መንፈስ ቅዱስውን ሓድነቱን ሠለስትነቱን ገለጸላ።

ኣቦኣ መጺኡ ጓለይ ከመይ ኣለኺ በላ በቲ ክቡር ዋናይ ብናይ ክርስቶስ ሕይወት ጽቡቕ ኣለኩ በለቶ። ኣቦኣ ነዚ ነገር'ዚ ሰሚዑ ደንገጸ ንልብኺ እንታይ ለወጦ" በላ። ንሳ'ውን በቲ ሰማያዊ ኣምላክ ተማሪከ በለቶ፣ ድሕሪኡ ኣቡኣ እናሓዘነ ከደ። ንሳ ድማ ተንሚኣ ናብ እግዚኣብሔር ጸለየት በታ ግዜ እቲኣ ድማ መልኣክ እግዚኣብሔር መጺኡ ከምዚ በላ፣ " በርትዒ ብሠለስተ መኪንንቲ ክትሳቐዪ ኢኺ " ኢሉ ብብርሃናዊ መስቀል ኢየሱስ ክርስቶስ ባረካ ሰማያዊ ሕብስቲ ድማ ሃባ። ድሕሪኡ ተንሚኣ ናብቲ ጣየታት ዝነበርዎ ቦታ ኣትያ ሰባበረቶም። ኣቦኣ ነዚ ርእዩ ብተግባራ ተቐጥዐ ክገርፍዋ ድማ ንወተሃደራቱ ኣዘዞም እሞ ገረፍዋ ካብ ሥጋኣ ግን ኣብ ክንዲ ደም መዓር ወጸ። ካልኣይ ድማ ኣብ ሓጺን ዓራት ኣደቂሱ ብትሕቲኣ ሓዊ ከንድድዋ ኣዘዘ።

እቲ ሓዊ ንዓኣ ገለ ከይተንከፈ ንብዙሓት ኣረማውያን ኣቃጸለ። ደጊሙ'ውን ብገመድ ኣሲሮም ናብ ባሕሪ ክድርብይዋ ኣዘዘ። ኣብቲ ባሕሪ ከላ ኣብ ዝጸለየትሉ ግዜ ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ብጉጤት ኣቐበላ። ካብ ርስሓት ጣየታት ድማ ኣንጽሃ በታ ለይቲ እቲኣ ድማ ኣቡኣ ርባኖስ ሞተ።

ድሕሪኡ ድዮስ ዝበሃል ካልእ መኮንን መጸ፣ ንቅድስቲ ክርስጢና ኣምጺኡም ዕርቃና ኣውጺኡም ጥራይ ነብሳ ክሰቕልዋ ብትሕቲኣ ድማ ሓዊ ከንድዱ ኣዘዘ። ኣንስቲ ዕራቕ ምስ ረኣያ ነቲ ንጉሥ ረገምኡ ንሱ'ውን ንዓኣተን ብሰይፊ ከም ዝምተራ ገበረ። ንዓኣ ግን እቲ ሓዊ ዋላ ሓንቲ ኣይጐድኣን። ነዚ ተኣምር'ዚ ርእዮም 3012 ሰባት

ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣመኑ ብሰማዕትነትውን ዐረፉ። እቲ ከሓዲ ድዮስ'ውን ሃንደበት ሞተ።

ሣልሳይ መኰንን መጸ ነታ ክብርቲ ክርስጢና ሒዙ ንኣማልክቱ ክትስውዕ ክሓባብላ ፈተነ። ንሳ ድማ ከምዚ በለቶ ንስካን ኣማልክትካን ናብ'ቲ ዘይጠፍእ ዘለዓለማዊ ገሃነመ እሳት ክትወርዱ ኢኹም። ንሱ'ውን ብጣዕሚ ተቈጢዑ ናብ ሃልሃልታ ሓዊ ክድርብይዋ ኣዘዘ። ዋላ ሓንቲ ጉድኣት ድማ ኣይወረዳን።

ደጊሙ'ውን ናብ ኣራዊት ክድርብይዋ ኣዘዘ፣ ንሳቶም'ውን ጸበል እግራ ለሓሱ፣ ነቲ ተመን ዝፍንወላ ዝነበረ ነከስዎ ንሱ ድማ ሸዑ ንሸዑ ሞተ። ካብኡ ቀጺሉ መልሓሳን ኣጥባታን ቆረጽዋ ነቲ ቁራጽ መልሓሳ ኣልዒላ ነቲ መኰንን ናብ ዓይኑ ደርበየቶ ንሱ'ውን ኣዒንቱ ዓወረ ብቕጥዓ ተመሊኡ ድማ ናብ ተመነ ገበል ዝመልእዎ ስፍራ ክድርብዋ ኣዘዘ ሓንቲ ተመን ድማ ኣብ ኣፍልባ ነከሰታ (ነደፈታ) ቀጺሉ'ውን ካልእ ተመን ኣብ ጐድና ነደፈታ። በታ ግዜ እቲኣ ድማ ቅድስቲ ክርስጢና ናይ

ምስክርነት ተጋድሎኣ ፈጺማ ነፍሳ ናብ ኣምላክ ኣማሕጸነት። ትንፋሳ'ውን ኃለፈት ካብቲ ሰማያዊ ኣምላክ'ውን ናይ ክብሪ ኣክሊል ተቐበለት።

- ሰላም ለክርስጢና ዘኣጥመቃ እግዚኣብሔር፣
- ወተሀበያ መልኣኩ ሚካኤል ክቡር፣
- ለዛቲ ቅድስት ወንጽሕት እምነውር፣
- ያመዓርዕር ጕርዔ ነፍስየ እምስቴ ኃጢኣት መሪር፣
- እምነ ሥጋሃ ቅሱፍ ዘውኅዘ መዓር።

ጸሎታን በረከታን ምስና ይኩን ኣሜን ምንጪ ፲፩ ነሐሰ ሰንክሳር።

◆ ◆ ◆

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ማክሪና ናይ ሃገረ ምሥራቅ ባሕታዊት ብምባል ትፍለጥ

ኣብ ናይ መ-መርታ ታሪክ ቤተ ክርስቲያን ዝተፈልጠት ኣደ እያ። ኣብቲ ቀዳማይ ዘመን ኣብ ሃገረ ፍልስጥኤም ናይ ብሕትውና ገዳም ካብ ዝመስረታ ኣዴታት ሓንቲ እያ። ፓንቴስ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ገዳም ብቤተ ሰብ መልክዕ ብሓድነት። ብፍቕሪ፣ ከምዝነብራ ጌራ ዘመሓደረት ዓባይ ኣደ እያ።

ቅድሚ ምምናና ምስ ቤተ ሰባ በዓል ቅዱስ ባስልዮስ ብ፫፻፶፩ ዓ.ም. (351 ዓ.ም) ናብ ናይ ኣቴና ዩኒቨርስቲ ቅድሚ ምእታዉ ብቤተሰብ ዝወሃቦም ዝነበረ ናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ንኩላቶም ኣሕዋታ ትበልጸም ነበረት።

ቅዱስ ባስልዮስ'ውን ካብ ዩኒቨርስቲ ኣቴና ምስተመልሰ ንሓብቱ ኣብነት ብምግባር ኣብ ገዳም ፓንቴስ ክልተ፣ ሠለስተ፣ ኣርባዕተ፣ ሓሙሽተ እናኾኑ ብምንጽጻል ይነብሩ ንዝነበሩ ብሓድነት ገዳም መሥሪቶም ንክነብሩ ገበረ።

ቅድስት ማክሪና'ውን ንብዙሕ ግዜ ኣብ ብሕትውና ምስ ጸንሐት ብ፫፻፸፱ ዓ.ም (379 ዓ.ም) ኣብታ ባዕላ ዝመሥረተታ ገዳማ ዓረፈት።

ጸሎታን በረከታን ምስና ይኩን ኣሜን ምንጪ ፲፩ ነሐሰ ሰንክሳር።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ኦርኒ ጓል ንጉሥ ሮማ

ሰማዕት ቅድስት ኦርኒ ስም ኣቡኣ መቅያኖስ ናይ ሮማ ንጉሥ ኣምላኪ ጣዖት ከይኑ ኣዲኣ ግና ተከታሊት እምነት ክርስትና ነበረ። እዛ ቅድስት ኣደ እዚኣ ምስተወልደት እም ምስ ዓበየት እኩል ንዕኣ ዝከውን ሓደ ዓቢ መካበብያ ዘለዋ ቤት ሃኒጻ ምስኣ ድማ

፲፪ ደናግል ብወርቅን ብብሩርን ሰሊሙ፣ ፺፭ ዝኮኑ ጣያታት ኣብ ውሽጢ ኣዳልዩ ከይወጽኣት ክትሰግድ ምእንቲ ማዕጾ ዓጽዩዋ ን፯ ዓመትን ፮ተ ወርሕን ተቐመጠት። ሓደ መዓልቲ ናብ ምብራቕ ገጻ እንተረኣየት ሓንቲ ርግቢ ኣብ ኣፋ ቆጽሊ ኣውሊዕ ሒዛ ናብቲ መኣዲ ክትስንድዎ፣ ካልኣይ ውን ንምዕራብ ገጻ እንተጠመተት ኪካ ኣብ ኣፉ ተመን ኣንጠልጢሉ ናብቲ መኣዱ ክድርብዎ ከሎ፣ ሣልሳይውን ኣንቂ ዝተሃብለ ዑፍ ኣብ ኣፉ ኣክሊልክ ኣንጠልጢሉ ናብቲ መኣዲ ክድርብዮ ትርኢ። በዚ ዝተኣየቶ ራእይ ተገሪማ ሸዑ ነቲ ኣቡኣ ክምህራ ዝሀባ መምህር ዝረኣየቶ ዝበለ ኩሉ ነገረቶ።

እቲ መምህር ከኣ ከምዚ ኢሉ ፈትሓላ። “ርግቢ ትእምርተ መንፈስ ቅዱስ እያ፣ ቆጽሊ ኣውሊዕ ጸጋ ጥምቀት እዩ፣ ኪክ ከኣ ከሓዲ ንጉሥ እዩ፣ እቲ ተመን ከኣ መከራን ስቓይን እዩ። ኣንቂ ፅኑዕ ንጉሥ እዩ፣ ኣክሊል ከኣ ንቅዱሳን ሰማዕታት ዝወሃብ ክብሪ ኮይኑ፣ ሕጂ ንስኺ ብስም ክርስቶስ መከራን ስቓይን ክትቅበሊ ኢኺ ኢሉ ተርጕመላ። ጸኒሖም ኣቡኣን ኣዲኣን መጺኦም ብዛዕባ ናታ ሕጸን መርዓን ዝምልከት ሓተትዋ እሞ ንስና ከኣ ንኣርባዕተ መዓልቲ ክመክር ተጸበዩኒ ብምባል ቅኑዕ ዝኾነ መንገዲ ክመርሓ ናብ እግዚኣብሔር ጸለየት።

መልኣክ እግዚኣብሔር መጺኡ ኣጆኺ በርትዒ ናይ ቅዱስ ጳውሎስ ወደ መጽሙር ቅዱስ ጢሞቴዎስ መጺእሪ ጸጋ ጥምቀት ክህበኪ እዩ። ቀጺልኪ ከኣ ምእንቲ ክርስቶስ ብዙሕ ስቓይን ክትቅበሊ ኢኺ። ሸዑ ቅዱስ ጢሞቴዎስ ነቲ ዘይእቶ ናይ ቢታ ሕጹር መካበብያ ብሓይሊ ኣምላክ ሰንጢቑ ኣትዩ ኩሉ ትምህርቲ ወንጌል ምሂሩ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣጥመቖ። ንሱ ምስ ከደ ቅድስት ኦርኒ ተንሢኣ ነቶም ኩሎም ኣቡኣ ዘዳለዎም ጣያታት ዓጠምጠም ኣቢላ ሰባበረቶም። ድሕሪ (፯) መዓልቲ

ኣቡኣን ኣዲኣን ከምቀዳሞም መጺኦም ብዛዕባ መርዓ እንተ ሓተትዋ፣ ንሳ ኣነ ናብ ሰማያዊ ንጉሥ ኢየሱስ ክርስቶስ ንዕኡ ምስጋን ይኩኖ እሞ ተጸዊዐ ስለ ዝኮንኩ ተጠሚቐ በለቶም። ሸዑ ኣቡኣ ንጉሥ መርቅያኖስ ቃል ጓሉ ሰሚዑ ተቆጢዑ ንቅድስት ኦርኒ ካብቲ ዝነበረቶ ስሒቡ ኣውረዳ። ኣዲኣ ከኣ ብብክያትን ኣብ ርእሳ ሓመድ እናነሰነሰት ደድሕሪኣ ትስዕብ ነበረት።

ኣቡኣ ፬ ኣፍራስ ብሰንሰለት ኣሶሮም ኣምጺኦም ንቅድስት ኦርኒ ከኣ ብርእሳ ኣብቲ ጭራ ኣፍራስ ክኣስርዋ ኣዚዙ ኣእስራ። ሸዑ ካብቶም 4ኣ እቲ ሓደ ፈረስ ሰንሰለት በንጢሱ የማነይቲ ኢድ ንጉሥ ሰቢሩ (መንጢሉ) ነፊጹ ከደ። እቲ ንጉሥ ከኣ ወዲቑ የማናይ ኢድ ተሰሊዑ ንግዚኡ ሞተ። ቅድስት ኦርኒ ተንሲኣ ጸለየት እሞ ንንጉሥ ኣቡኣ ኣተንስኣቶ ነዚ ነገር እዚ ዝረኣየቶ ሕዝቢ ንጉሥ ኣቡኣ ኣቢሮም ሰለስተ እልፊ ዝኮኑ ተጠመቑ። ብሰላም ከኣ ተዋረስቲ ጽድቂ ኮይኖም ሓለፉ። እንደገና ካልእ ዳኬዎስ ዝተባህለ ከሓዱ ንጉሥ ወሪኣ ሰሚዑ ንቅድስት ኦርኒ ሒዙ ብጸጉሪ ርእሳ ክትስቀል

ኣዘዘ። ካልኣይውን ኣትማንን ኣክይስትን ዕንቅርቢታትን ናብ ዝተመልኦ ጉድጓድ ክድርብይዋ ኣዘዘ። ንሳ ገለ ከይኮነት መጺኣ። እቶም ኣራዊት ግና ኩላቶም ሞቱ። ንሳልሳይ ግዜ ብመጋዝ ክትምገዝ ምስ ኣዘዘ እቲ መጋዝ ኣብ ክልተ ተሰበር። እቲ ንጉሥ ሞተ። ንራብዓይ ግዜ መተካእታ ናይ ኣቡኣ ዝነገሠ ወዲ ንጉሥ ዳኬዎስ ንቅድስት ኦዝኒ ሒዙ ኢዳን እግራን ብጸላሕቲ ሽንካራት ክሽንክርዋ ኣዘዘ። ኣብ ዝባና ከቢድ ብሕፃ ዝተመልኡ ክሻታት ሰቒሎም፡ ናብ ኣርባዕተ ወገን ኣብ ዝርባዕተ ኣፍራስ ኣሲሮም ሰብነታ ክበጣጥስዎውን እንተ ኣዘዘ ክኾነሉ ኣይከኣለን። ንሱውን ደኪሙ ብምልኣክ እግዚኣብሔር ተቐሲፉ ሞተ። ቅድስት ኦርኒ ሕሙማት እናፈወሰት ኣጋንንት እናኣውጽኣት ተኣምራት እናገበረ ትነበር ነበረት። ንሓሙሻይ ግዜውን ራብዓይ ንጉሥ ንኣማልክቱ ክትስውእ ኣዚዝዋ ምስ ኣበየቶ ኣብ ሓዊ ጠበሳ። ካብቲ ሓዊውን ገለ ከይኮነት ወጺኣ ረገመቶ። ነዚ ኩሉ ርእዩ ብጐይታ ንዕኡ ምስጋና ይኩኖ ምብባል ኣመነ።

ንሻዱሻይ ግዜ ናይ ፋርስ ንጉሥ ንቅድስት ኦርኒ ሒዙ ብኩናት ወጊኡ (ረጊጹ) ቀተላ። ሽዑኡውን መልኣክ እግዚኣብሔር መጺኡ ኣንተሲእዋ ኣብቲ ሃገር ክትሰብክ ጸንሓቶ። ድሕሪኡ ናብቲ ናይ ሓጐስ ቦታ ገነት ተመሲጣ ከደት።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለኦርኒ ሠናይተ ዝክር ወስም
- ዘበትርጓሜሃ ሰላም
- እስመ ኮነንዋ ለቲ በዘዘ ዚኣሁ ሕማም
- መእንተ ኣውስቦ ዘሥርዓተ ሥጋ ወደም
  ውስተ ሕሊናህ ኢሥጠት ፍቅረ ኣብ ወእም ስንክሳር ፴ ጥሪ

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ጎራኒ

ጎራኒ ማለት ሰላም ማለት ክከውን እንከሎ ስም ኣቡኣ ንጉሥ ሉክያኖስ ይብሃል። ኣቡኣ ፷ ዝመስኩቱ ፲፪ መካበብያ ዘለዎ ሕእደ ዓቢ ኣዳራሽ ሰሪሑ ሓደ ኣረጋዊ መምህር ዝምህራን ሰላሳ ኣዋልድ ዘገልግልኣን ጌሩ ሃባ። እቲ መምህር ክምህራ እንከሎ ብደገ ኮይኑ እንዳ መሃራ ንሳ ጓል ሸውዓተ መዓመት ምስ ኾነት ሓደ መዓልቲ ኣብ መኣዲ ተቐሚጣ እንከላ ከምዚ ዝስዕብ ራእይ ርኣየት። “ሓንቲ ርግቢ ኣብ ኣፋ ቆጽሊ ኣውሊዕ፡ ናብቲ መኣዲ ኣቐመጠቶ፡ ሽዑ ሓደ ንስሪ ኣክሊል ሒዙ መጺኡ ኣብቲ ዝቐውረበቶ መኣዲ ኣቐመጠ። ድሒሩ ኪክ ተመን ሒዙ ነቲ ተመን ኣብቲ መኣዲ ኣቐመጠ”። ቅድስት ጎራን ብዝተራእያ ራእይ ደንጊጻ ንመምህራ ነገረቶ። እቲ መምህር “እታ ዝረኣኺያ ርግቢ ትእምርተ ሕጊ እያ፡ እቲ ኣብ ኣፋ ዝነበረ ቁጽሊ ኣውሊዕ

ጥምቀተ ክርስትና እዩ፣ እቲ ንስሪ ከኣ ዓወት እዩ። ኣክሊልውን ናይ ሰማዕትነት ክብሪ እዩ። ኪክ ሓደ ከሓዲ ንጉሥ እዩ እቲ ተመን ዝበልኪዮውን መከራን ስቓይን እዩ። ስለዚ ንስኪ ምእንቲ ስም ክርስቶስ ተጋዲልኪ ክትዕውቲ ኢኪ ኢሉ ተርጐመላ። ኣብዚ ግዜ ኣቡኣ ንጉሥ ሉክያኖስ መጺኡ ካብዞም መኳንንተይ ንሓደ ከመርዕወኪ እየ ምስ በላ፣ በል ንሰለስተ (፫) መዓቲ ምስ ነፍሰይ ክመክር በለቶ። ኣቡኣ ካብኣ ምስ ወጸ ርእሳ ላጽያ ኣብቲ ኣቡኣ ዘምልኮ ቤት ጣያት ኣትያ ብዛዕባ መርዓን ሕጸን እንተሓተተት መልሲ ኣይረከበትን።

ድሕሪኡ ናብ ሰማይ ብምጥማት ኦ ናይ ክርስቲያን ኣምላክ ናብቲ ንስካ እትፈትዎ ምርሓኒ ምስ በለት ዝተላእከ መልኣክ መጺኡ እነሆ ጽባሕ ካብቶም ናይ ሓዋርያ ጳውሎስ ደቀ መዛሙርት ሓደ ናብዚ ዓዲ መጺኡ ከጠምቐኪ እዩ። ድሕሪ ሰለስተ (፫) መዓልቲ ኣቡኣ ሉክያኖስ ምስ ሰበይቱ መጺኡም እንተሓተትዋ፣ ኣነ ክርስቲያናዊት ኮይነ እየ፣ ብስም ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላክ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ዝፈጠረ ኣሚነ ኣለኩ በለቶም። ኣቡኣ ተቐጢው ካብቲ ዝነበረቶ ቤት ናብ ኣደባባይ ኣውጺኡ ኢዳን እግራን ኣሲሮም ብኣፍራስ ከርግጽዋ እኳ እንተ ኣዘዘ ንዕኣ ግና ኣምላክ ስለ ዝተከላከለላ፣ ዋላ ሓንቲ ኣይኮነትን። ኣቡኣን ኣዲኣን ነዚ ነገርዚ ርእዮም ክልቲኦም ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ “ንዕኡ ምስጋና ይኩኖ” ኢሎም ኣመኑ። ጣያቶምን መንግሥቶምን ገዲፎም ናብቲ ዝሰርሕዎ ሕንጻ ብምእታው ተቐመጡ። ኣብ ከባቢ ዝነበረ ንጉሥ ነዚ ወረ እዚ ሰሚዑ፣ መጺኡ ናብ መንግሥቶም ክምለሱ ለመኖም። ምስ ኣበዩ ንሱ ባዕሉ ነጊሡ ነቲ ጣያት ሓዘ።

ንቅድስት ጌራን ኣናብስትን ኣናብርትን ብምስዳድ ብዙሕ እኳ እንተፈተና፣ ንሳ ግና ገለ ነገር ከይኮነት ወጸት። ኣብ ክሳዳ ዓቢ እምኒ ኣሲሩ ፈተና፣ ብመጋዝ መጊዙ

ቐቲልዋ። እግዚኣብሔር ከኣ ንግዚኡ ጥዕይቲ ገሩ ኣተንሥኣ። ኣቡኣን ኣዲኣን ነቲ ንዕኣ ዘጥመቕ ካህን ብምጽዋዕ ምስ ብዘሎ ቤተ ሰቦምን ሰለስተ ሚእቲ (፫፻) ኣገልገልቶምን ተጠመቐ። ንጉሥ ኑማርያኖስውን ዜናእ ሰሚዑ ብምጽዋዕ ኣብ ሃገረ “ቀላኒካ” ቡቲ ብዕራይ ዝብሃም መእሰሪኡ ኣሰታ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ መጺኡ ነቲ ሓጺን ሰቢሩ ኣድሓና። ኑማርያኖስ ሞይቱ መተካእታኡ ንጉሥ ምስ ነገሠውን በቲ ናይ ኢዱ ኩናት ወጊኡ ቀተላ። ሓጂውን ጐይታ ካብ ሞት ኣተንሥኣ። ንጉስ ሳቡር ነዚ ዝተፈጸመ ተኣምር ብምርኣይ ምስ ፬፻፹፲ እልፊ ዝኾኑ ሰባት ናብኣ ሰጊዶም ብስም ጐይታ ኣሚኖም ተጠመቐ። ኣቡኣን ኣዲኣን ከኣ ኣብታ ዝነበርዋ ህንጻ ዕድመ የእኪሎም ብሰላም ዓረፉ። ቅድስት ጌራን ንድሕነት ሰባት ስለ ዝተፈጥረት ብደመና ናብ ሃገረ ኤፌሶን ከይዳ ብዙሕ ተኣምራትን መንክራትን ብምርኣይ ብዙሓት ሰባት ኣእመነት። ኣብ ቅድሚ ነገሥታት ፋርስን፣ መቄዶንያን ነገሥታት ቀላኒካን

ቀኖስጥንጥንያን ብጐይታ ምእማና መስኪራ ብሰላም ዓረፈት። ብስማ ቤተክርስቲያን ሰሪሐም ሥግኣ ኣብኡ ኣንበሩ፣ ካብኡ ብዙሕ ተኣምራትን መንክራትን ይርአ ነበረ።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለኄራን ከመ ትርጓሜሃ ለስማ
- ምሥጢረ ጥምቀት ዘርእየት ኣምላከ ቂጽለ ዘይት በሕልማ
- ጊዜ ነጸሩ ኪያሃ በጽንዓ ሃይማኖት ቀዊማ
- ሶበ ኢክህለ ሙቃሄ መእግረ ፈርስ ያህምማ
- ኣሰረ ዚኣሃ ተለዉ ኣቡነ ወእማ

ስንክሳር ዕለት ፳፩ ነሓሴ

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ኤፎያም

ንቅድስት ኣፎምያ ኣዲኣ ቴዎድርስያኒ እትብሃል ፈራሂተ እግዚኣብሔር ኣማኒት ክርስቶስ ነበረት። ኣብቲ ግዜ እቲ ሰይጣን ንክርስቲያን ኣገዲድካ ክቐትል ንንጉሥ ኣንቲሂጾጦስ ኣሕሰብዎ ነበረ። ስለዚ ነዛ ቅድስት ኣደ ናብ ጣያት ክትስውእ እንተኣገደዳ ንሳ ኣነ ንጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ንዕኡ ምስጋና ይኹኖ እንተዘይ ኮይኑ ኣይስውእን ኢላ ኣቐበጸቶ። ኣንቲሂጾጦስ ኣብ መንኰራኵር ሠረገላ ኣእትዮም ክጥሕንዋ ኣዘዘ። መልኣክ እግዚኣብሔር መጺኡ ከኣ ኣድሓና። ንካልኣይ ግዜውን ፯፩ ቁመት ሃልሃልትኡ ዝከውን ሓዊ ኣጕዶም ከንድድዋ ኣዘዘ፣ ቅድስት ኤፎምያ ኣብ ውሽጢ እቲ ሓዊ ኮይና ጸሎት ጸለየት፣ ገለ ከይኮነት ከኣ ካብቲ ሓዊ ከም ሰለስተ ደቂ ወጸት። ንራብዓይ ግዜ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትዮ ናብ ጥያት ሰውዒ በላ ንሳ መንፈሳዊ ስሓቐ እናሰሓቐት ኣነ "ነዞም ሰብ ዝሰርሑም ኣእማን ክዛረቡውን ዘይክእሉ ዝይሰግድን እየ" በለቶ።

ኣንቲሂጾጦስ ኣርባዕተ በላሕቲ ኣእማን ጌሮም ሥጋእ ክቐልጡ ኣዘዘ። ደጊሙውን ኣራዊት ኣብዘለዉዋ ዘላይ ክድርብይዋ ኣዘዘ። እቶም ኣብቲ ቀላይ ዝነብሩ ክይቀተልዋ ተሰኪሞም ናብ ንቐጽ መሬት ኣውጽእዋ።

ንሻዱሻይ ግዜ በላሕቲ ኣእማን ሓዛዊንን ኣብመንገዲ ተኪሎም ኣብኡ ከጕይይዋ ኣዘዘ። ሕጂውን ኣብ ልዕሊኦም ገብጉያ ረጊጻ ገለ ከይኮነት ወጸት። ንሻብዓይ ግዜ ኣብ (ጤገን) ዓቢ ዕትሮ ኣእትዮም ብሓዊ ከሕርርዋ ኣዘዘ። ሕጂውን ገለ ከይኮነት ወጸት። መሊኡ ኣራዊት ኣናብስት፣ ድብታት፣ ኣትማን፣ ሰደደላ። እቶም ኣንበሳን ድብን እግራ ክልሕሱ ከለው ሓንቲ ታሚም ዝተባህለት ተመን እግራ ነከሰታ እሞ ዓረፈት። ቅድሚ ምማታ ካብ ሰማይ "ኣ ቅድስት ኤፎምያ ናብዚ ቅዱስ ዝኾነ ቦታ ገኒት ግዒ ዝብል መጽኣ"።

ኣቡኣን ኣዲኣን መጺኦም ንሥጋኣ ብክብሪ ገኒዞም ቀበርዋ።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን።

- ሰላም እብል ለፍጻሜ ሰምዕኪ ዛቲ
- በንስኩተ አርዌ አሐቲ
- ኤፎምያ ባዕልት ወአንጌቤናይት አንቲ
- አንፈርእዕ ከመ ጣዕዋ በብሔረ ብከይ እንታክቲ
- ሐሊበ ጥብኪ መጥውኒ እስቲ

ሰንክሳር ዕለት ፲፩ ግንቦት።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ኣንስጣስያ

ቅድስት ኣንስጣስያ ሃገረ ትውልዳ ሮማ ኮይኑ ወለዳ ኣመንቲ ክርስትና ብምንባሮም ንጓሎም ናይ መንፈሳውን ሥጋውን ትምህርቲ እናመሃሩ ኣዕበይዋ። ወለዳ ከመርዕውዋ ግዲ እንተበልዋ ንሳ ግና ኣነ ናይ ሰማያዊ ንጉሥ መርዓት እየ ብምባል ንክትምንኵስ ናብ ሓደ ገዳም ኣትያ መንኰሰት። ብጾም፣ ጸሎት፣ ስግደት ናይ ዓለም ሓሶት ኩሉ ካብ ሰብነታ ብምርሓቕ ዓመት ምሉእ ከክልተ መዓልቲ ትጽውም ነበረት። ኣብ ግዜ ጾመ ኣርብዓ ግና ንኣርብዓ (፵) መዓልቲ እክሊ ዝብሃል ኣይትጥዕምን ነበረት። ማለት ብ-ካ ቀዳምን ሰንበትን ኣብዘን ክልተ መዓልቲውን ብዘይጨው ንቑጽ እን-ራ ጸብሒ ዝብልዎ ድሕሪ ምምንኪሳ ኣይጠዓመትን።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ኣብ ከባቢኣን ናብ ዝነበረ ገዳም ካብረ በዓል ክነግዳ ምስ ብጾታ እናከደት እንከላ ናይ ንጉሥ ዳኬዎ ወተሃደራት ንገለ ክርስቲያን ሒዞም ከጋፍዕዎም ምስረኣየት ነቶም ወተሃደራት ካብ ቅንኣት ሃይማኖታ ዝተላዕለ “እ ድንዙዛን

ልብ ወከሓድያን ለምንት ትገብሩ ከመዝ ላዕለ ዘፈጠሮሙ እግዚኣብሔር በኣርኣያሁ ወበኣምሳሊሁ ወመጠወ ነፍሶ በእንቲኣሆሙ” ትርጉሙ ኣቱም ድንዙዛትን ከሓድትን እግዚኣብሔር ብምስሉ ዝፈጠሮም ሰለምንታይ ከምዚ ጌርኩም ተሳቐይዎም በለቶም። ንሳቶም ሓሪቆም ሒዞም ናብ ንጉሥ ወሰድዋ። ንሱ ተቐቢሉ ብሓቂ ንስኪ ክርስቲያናዊት ዲኪ፣ ነቲ ተሰቒሉ ዝሞተ ዲኪ ተምልኪ፣ ምስ በላ ንሳ እወ ብምባል ዘለዋ እምነት ከይፈርሐት ምስ ገለጸትሉ፣ ኣብ ሰብነታ ሓዊ ከዓወላ፣ ድሒሩውን ቀ-ልቀ-ላፋ ዘቐላ ኣብ ትሕቲኣ ሓዊ ኣጕሰላ። እዚ ኩሉ ጌይሩ ንጣዖቱ ምምላክ ስለ ዝኣበየቶ ርእሳ ብሰይፊ ክስይፍዋ ንወተሃደራቱ ልኢኩ ኣሰየፋ። ኩሎም እቶም ዝረኣይዋ ዘበሉ ብዝሒ ትዕግስታን ጽንዓታን ኣድነቑ ናይ <u>ሰብዕትና ኣክሊል</u> ዓወት ተቐበለት።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን።

- ሰላም ለኣንስጣስያ ዘኣጥብኣት ኩሎ መዋዕል

- ከመ ኢትብላዕ ምንተኒ በእሳት ዘበሰለ
- እምድኅረ ፈጸመት ዘንተ ወዘእለኃሪጠን ገድለ
- ወሰላም ዕብል ዘምትረተ ርእሳ ልዑለ
- ወሶስናሃ እኤምኀ ድንግለ

ስንክሳር ዕለት ፩ ጥቅምት

መዘከርታ ክልተ ኣንስጣስያ ኣለዋ መለይኣን እታ ሓንቲ ወለዳ ኣመንቲ ክኾኑ እንከለው እታ ሓንቲ ግና መምለክቲ ጣያት እዮም።

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ጣጡስ

ሰማዕት ቅድስት ጣጡስ ሃገረ ትውልዳ ሮማ እዩ። እስክንድሮስ ዝተባህለ ከሓዲ ንጉሥ ንኣኣልክቲ ሰውዒ፡ ዕጠኒ፡ ስገዲ ምስ በላ ኣነ ንሓደ ኢየሱስ ክርስቶስ ፈጣሪ ሰማይን ምድርን እንተዘይኮይኑ ኣይሰግድን እየ በለቶ። ንጉሥ እስክንድሮስ ጉልባብ ርእሳ ክቐልዕዋ ኣዘዝሞ እንታ ረኣያ ብመልክዓ ተደነቐ ኣዕይንታ ኮከብ ጽባሕ፡ ቁመናኣ ከም ስዮ፡ ስኑ-ጽባቐኣ ከም ጽጌ ረዳ፡ ትመስል። ኣብቲ ዘመን እቲ ንዕኣ እትመስል ጓለንስተይቲ ኣይነበረትንሞ እቲ ንጉሥ ብፍቐራ ልቡ ተሃወከ ከምዚ በላ "ጥራይ ሐራይ ኢልኪ ኑቲ ዓቢ ኣምላክ ኣጽሎን ስገዲ እሞ ኣንጊሥ ክምርዓወኪ እየ" በላ። ንሳ "ኣነ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ መርዓት ኣየ፡ ንዕኡ ጥራይ እየ ከኣ ዘምልክ" በለቶ። ቤት ኣማልክትካ ንከኣቱ ግና ኣፍቅደለይ ምስ በለቶ መሪሕዋ ኣተወ። ቅድስት ጣጡስ ኣብቲ ቤት ጣያት ኣትያ ናብ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ጸለየትሞ ዓቢይ ምንቕጥቓጥ ኮይኑ ኩሎም ጣያታት ከካብ መናብሮም ወደቑ። ካብቶም ጸረብቲ ጣያትውን ብዙሓት

ሞቱ። እቲ ኣባታቶም ሓዲሩ ዝነበረ ርኩስ መንፈስ "ኣንቲ ቅድስቲ ኣባይ እንታይ ኣሎኪ፡ እንሆ ሰፈረይ ኣፍሪስኪ ኣውጺእክኒ። ንጉሥ እስክንድሮስ ሕነ ጣያታቱ ቀልቁልኣፋ ደፊኡም ብኩርማጅን ሓለንግን ክዘብጥዋ ኣዘዘ። ካብ ሰብነታ ጸዕዳ ደም፡ ወጽኡ። እቶም ወተሃደራት ክሳብ ዝደክሙ ከትከትዋ። ንሳ ዋላ ሓንቲ ኣይኮነትን ንሳቶም ግና ናብኡም ተመሊሱ የሳቐዮም ስለ ዝነበረ ደከሙ። ንጥሙይ ኣንበሳውን ንክትብላዕ እንተሃብዋ እቲ ኣንበሳ ጸበል እግራ ብምልሓስ ጠጠው በለ። "ካብ ሰማይ ኣነ ምሳኺ ስለዝኾንኩ ኣንቲ ንጽሕቲ ተሓጐሲ ዝብል ቃል ተሰምዐ። እቲ ንጉሥ እዚ ኩሉ ዝኣዘዘ ከምዘይተንከፋ ምስረኣየ ክሳዳ ብሴፍ ክቐርጹ ኣዚዙ ኣቐረጸ። ንሥጋኣ ናይ ሮማ ጳጳስ ብለይቲ መጺኡ ኣብቲ ናይ መቐደስ ዝርከብ እምነ ርኪም ገሩ ቀበራ። ካብ

መቓብራ ከኣ ብዙሕ ተኣምራትን መንክራትን ተራእየ። ጸሎታን በረከታን ምስ ኩሉ ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለጠጡስ ሥርጉተ አፍአ ወውስጥ
- በምግባር ፍጹም ወበሃይማኖት ሥሉጥ
- አመ ኮነት ስምዐ እንበለ ተምያጥ
- አሕምሞ ሥጋሃ ኢክህሉ አስዋጥ
- ወጸበለ እግራ ለሐሱ አናብስት መሰጥ

ሰንክሳር ዕለት ፲፪ ጎደር

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ምህራኤል

ናይ ትውልዲ ዓዳ ጠምዋህ ከባቢ ኮይኑ ስም ኣቡኣ ጃህን ዮሓንስ። ስም ኣዲኣ ኢላርያ ይብሃል። እዞም ክልተ ፈራህያን እግዚኣብሔር ሰብ ቃል ኪዳን ውላድ ብምስኣኖም ይሓዝኑ ነበሩ። ድሓቲ ብዙሕ ዘሎት እዛ ቅድስት እዚኣ ተዋህበቶም። ስማ ምህራኤል ኢሎም ሰመይዋ። ጓል ፲፪ ምስ ኮነት በቲ ኣብኣ ዝሓደረ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ተኣምራትን መንክራትን ክትገብር - መረ። ድሕሪኡ ንሓደ ዲዮቅልጥያኖስ ነገሠ። ናብቲ መራክብ ዝጽዕናሉ መደብ ማለት ሰማዕትነት ክቕበሉ ምእመናን ናብ ዲዮቅልጥያኖስ ዝከደሉ ቦታ ቀልጢፉ ከይዳ መርከብ ተጻዒና ሃገረ እንጽና በጽሐት። ኣብ ቅድሚ ፊልያኖስ ዝተባህለ ናይ ዲዮቅልጥያኖ ልኡክ መኰንን ከኣ ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዝኣምን ሃይማኖታ መስከረት። መኮንን ፊልያኖስ ሕጻንነታ ርእዩ ሸለል በላ። ንሳ ግና ሸለም ከምዝበላ ፈሊጣ ምእንቲ ክቕትላ ጸጋጊማ ንእምነቱን ንዕኡን ረገመቶም። ስለዚ ተቁጢዑ ብጽኑዕ ኩነኔ ኮነና። ምትላላ ምስ ሰኣነ ኣራዊት ኣክይስቲ፣ ዕንቅርቢት፣ ኣፍዑታት፣ ኣብ ሕእደ ዓቢ ክሻ ኣኪቦም ናብኡ ከእትውዋ

ኣዘዘ። ኣብዚ ግዜ እዚ መልኣክ እግዚኣብሔር ተራኣያ፣ ቃል ኪሳን ከኣ ካብ ኣምላክ ተጠበለት፣ ነፍሳ ናብ ፈጣሪኣ ኣወፈየት፣ ሰማዕትነታ ፈጸመት። ካብ ዝኣተወቶ ናይ ኣራዊታት ከትሓዚ ኣውጺኦም ምእመናን ብክብሪ ቐበርዋ። ኣቡኣን ኣዲኣን ምስ ሰምዑ ምስ ብዙሓት መሰነይትኦም መጺኦም ካብቲ ዝነበረቶ ናብ ዝሓሸ ቦታ ኣግዓዝዋ። ብስማ ጽብቕቲ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ከውሒ ዝኮነ ቦታ ሰርሑላ። ኣብቲ መቓብራ ብዙሕ ተኣምር መንክርን ይግበር ነበረ።

ዘሎታን በረከታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም እብል ለብፅዕት ምሕራኤል

- ዘፈጸመት ስምዓ በውስተ ሃሰል
- ወሰላም ለእጉሃ ኣብሂር ድንግል
- ረተውህበ በፈቃዱ ለሕማም ወገድል
- ሶበ እምሥጋህ ነጸረ ዘይትገበር ኃይል

ስንክሳር ዕለት ፲፬ ጥሪ

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ኣንስጣስያ ሮማዊት

ሰማዕጥ ቅድስት ኣንሰጣስያ ኣቡኣ መምለኪ ጣያት እዩ ነይሩ። ኣዲኣ ግና ክርስቲያናዊት እያ ነይራ። ኣዲኣ ሰብኣያ ከይፈለጠ ብሕቡእ ጥምቀተ ክርስትና ኣጠሚቕታ ነበረ እምበር ንሱ እንተ ዝፈልጥሲ ኣይመእተወንን ነይሩ። ማንም ሰብ ከጋግያ ከምዘይክእል ብዛዕባ እምነተ ክርስትና ዝምልከት ሓደ ብሓደ መዓልታዊ እናመሃረት ብጽቡቕ ኣተዓባብያ ኣዕበየታ። ምስ ዓበየት ኣቡኣ ንሓደ ከምኡ ዝኣመሰለ ከሓዲ ብዘይፍቕዳ ኣመርዓዋ። ይኩን እምበር ቅድስት ኣንስጣስያ ኣዝያ ስለዝጸልኣቶ ምስኡ ክትራከብ ስለዘይደለየት ዝተፈላለየ ምክንያታት ብምቕራብ ኣበየቶ። ማለት ሓሚመ እየ ብምባል ረሳሕ ክዳን ብምክዳን ክሳብ ንክፈትሓ ትደሊ ነበረት።

እቲ ሰብኣያ ውጽእ ክብል ከሎ፡ ነቶም ዝተኣስሩ ክርሲያናት ከይዳ ትበጽሖም ነበረት። ሰብኣታ ምስ ፈለጠ ንከይትወጽእ ማዕጾ ይዓጽዋ ነበረ። ሽዑ ካብዚ ክፉእ ሰብኣይ ንክፈልያ ናብ እግዚኣብሔር ብንብዓት ጸለየት እሞ ጸሎታ ሰሚዑ፡ ነቲ እኩይ ሰብኣያ ህልም ኢሉ ከዝጠፍእ ገበሮ። ንሳ ተሓጉሳ ንፈጣሪ ኣመስጊና፡ ዘሎ ንብረታን ጥሪታን ሃብታን ብቕልጡፍ ሸይጣ ንድካታት፡ ንመሳኪን፡ ንእሱራት፡

ንኣመንቲ፡ ብሃይማሞት ንዝጋደሉ ዓደለቶ። ናይ ሮማ መኰንን ነዚ ጽቡቕ እምነታ ብወረ ሰሚዑ ዝጸዊዑ ናብ ጣያት ክትሰግድ ገደዳ። ንሳ ምስ ኣበየቶ ብዝተፈላለየ መሳርሒታት ኣሳቐያ። ምስ ደከመ ናብ ባሕሪ ከጥሕልዋ ኣዘዘ። ምስ ኣጥሓልዋ ውን ጐይታ ብጥዕይታ ናብ የብስ ኣውጽኣ። እቲ መኰንን ብሕይወታ ከምዝወጸት ምስ ፈለጠ ፬ በላሕቲ ሓጻዊን ተኪሎም ኣብኡ ኣደቂሶም ክቕጥቅጥዋ ኣዘዘ። ሕጂውን ሓንቲ ኣይኮነትን። ኣብ መወዳእታ ብሓዊ ኣንዲኡ ቀተላ።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኩን።

- ሰላም ለኣንስጣስያ ጣያተ ኣበሃ መኒና
- እንተ ተለወት ፍጹም ሃይማኖተ እማ ክርስትና

- እስከ መኰንን ዕልው በዋዕየ እሳት ኣርሰና
- ወሰላም ካዕበ ለብጽት ዮልያና
- ረተሳተፈት ክብረ ሰማዕት ኣሐደ ከዊና

ስንክሳር ዕለት ፳፮ ታሕሳስ

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ኣውጋንያ (ኣውጋንዮስ) ጓል ንጉሥ ፊልጶስ

ሰማዕት ቅድስት ኣውጋንያ ስም ኣቡኣ ንጉሥ ፊልጶስ ከሐዲ ኮይኑ ሃገረ ትውልዳ ሮማዊት፣ ኣዲኣ ግና ውሽጢ ውሽጢ ክርስቲያናዊት ብምኳና እምነት ክርስትና ምሂራ ኣዕበየታ። ኣካለ መጠን ምስ በጽሐት ካብ መኳንንት ንሓደ ኣሕጸይዋ እሞ ነቦኣ ካብዚ ወጺኣ ስለ ዘይፈልጥ ቦታታት ክርኢ ኣፍቅደለይ ብምባል ንሱውን ክልተ ህጽዋት ሂቡ ናብ ቃሕ ዝበላ ቦታታት ከይዳ ክትዛወር ፈቐደላ። ይኩን እምበር ንሳ ዝሓሰበቶ ካልእ ንሱ ዝሓሰቦውን ካልእ እዩ ነይሩ። ማለት ንሳ ናብ ኩሎም ቅዱሳን ገዳማት ከደት። ናብ ሓንቲ ዘለዋ ቤተክርስቲያን ቴዎድሮስ ዝተባህለ ጻድቕ ኤጲስ ቆጶስ ከይዳ ኩሉ ሕእሳባታ ገለጸትሉ። ንሱ ከኣ ተቐቢሉ ምስቶም ኣገልገልታ ህጽዋን ንኩሎም ብሓደ ኣጠመቐ። ንሳ ተጠሚቕ ስሕ ኣይበለትን ምንኩስና ወሲካ ኣውጋንዮስ ዝብል ናይ ሰብኣይ ስም ተቐቢላ ኣብቲ ገዳም ተቐመጠት። ዋላ ሓደ ዝፈለጣ ሰብውን ኣይነበረን። ከይተመልሰት ግዜ ምስ ነውሐ ኣቡኣ ንጉሥ ፊልጵጶስ ደልዩ ምስ ሰኣና ብምስላ ጣዖት ሰሪሑ ንግሆን ምሸትን ይሰግድ ነበረ። ኣባ ኣውጋንዮስ (ኣውጋንያ ነበር) ንሓደ ዓመት ኣብቲ ገዳም ምስ ኣገልገለ ኣበምኔት ተሸመ። ካብ እግዚኣብሔር ሕሙማት ናይ ምፍዋስ ጸጋ ተዋሂብዎ ነበረ እሞ ሓንቲ ጋኔን ዝሓዛ ሰበይቲ መጺኣቶ ካብ ሕማማ ፈወሳ። ጸላኢ ሠናያት ርጉም ዝብታ ዝሓወየት ሰበይቲ ፍቕሪ ዝሙት ተከለሞ ንኣባ ኣውጋርዮስ ገዳሙ ገዲፉ ምስኣ ሓዳር ክገብር ትሓቶ። ኣባ ኣውጋርዮስ ኣንቲ ሓብተይ ሰይጣን

እዩ ኣስጢቱኪ ኪዲ ካባይ ረሓቒ በላ። እታ ሰበይቲ ኣባ ኣውጋርዮስ ከምዝነጸጋ ምስ ረኣየት፣ ናብ ንጉሥ ፊልጶስ ከይዳ ብሓሶት ክሲ ኣቕረበት። እቲ ክሲ “ኣነ ክሳለም ናብቲ ገዳም ምስ ኣገልገልተይ ከድኩ፣ ካብቶም ፈለስቲ ሓደ ፈላሲ ክጋሰሰኒ ናባይ ምስ መጸ ኢይ ምስ በልኩ ሃዲሙ ከይዱ” ዝብል ነበረ። በዚ ክሲ እዚ ምክንያት ንኩሎም እቶም መነኮሳት ከምጽእዎም ትእዛዝ ተመሓላለፈ። ኩሎም መነኮሳት ብሓይሊ ወተሃደራት መጺእዕም ተኣስሩ። ገለ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ዝሞቱ ኣለው። ሰማዕት ቅድስት ኣውጋርያ እዚ ኩሉ ግፍዒ ምስ ረኣየት፣ ነቡኣ ከይዳ “መሓለለይ እሞ እቲ ሓቂ ከንግረካ ኢላ ኣምሓለቶ” ኣብ ሓደ ጽምዋ ከይዳ ከኣ

ንሳ ኣውጋርያ ጓሉ ምኳና ገለጸትሉ። ንሱ ርእይ ምስ ኣበላ ብሓቂ ንስኪ ኣውጋርያ ጓለይ ኢኪ ብኣማላክኪ ኣሚነ ኣሎኩ። ንኩሎም እቶም እሱራት ፍትሕዎም ነቶም ዝሞቱ ከኣ ኣብ ጽቡቕ ቦታ ቅበርዎም ኢሉ ምስ ኩሎም ቤተ ሰቡ ብክርስትና ኣሚኑ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ተጠምቐ። ሰብ ሃገር እስክንድርያ ሃይማኖቱን ጽንዓቱን ብምርኣይ ኣብ መንበረ መርቆስ ሊቀ ጳጳሳት ሾምዎ። ንብዙሕ ዓመታት ከኣ ብግቡእ ኣገልገለ። ኣብ ዳሕራይ ግዜ ሓደ ኣረማዊ ንጉሥ ንፊልጳስ ወሪኡ ኣጽኒዑ ብሕቡእ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን እንከሎ ወተሃደራት ልኢኩ ኣቕተሎ። ሊቀ ጳጳስ ፊልጶስ ብሰማዕትነት ዓሪፉ ምስ ማኅሕረ ሰማዕታት ተሓወሰ። ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ወረ ናይ ቅድስት ኣውጋንያ ሰሚዑ ናይ ገዳሙ እመምኔት ክትኮኖ ወሰዳ። ኣብ ልዕሊ 3000 ደናግል፣ 300 መነኮሳት፣ እመ ምኔት ሾማ። ነቶም ክልተ ምስኣ ዝነበሩ ህጽዋን ከኣ ኤጲስ ቆጶሳት ኣሞም። ድሕሪኡ ሓደ ካልእ ኣረናዊ መኰንን መጺኡ ብዝተፈላለየ መከራታት ኣሳቐዩ ቀተላ። ምእንቲ ስም ክርስቶ ከኣ ሰማዕት ኮይና ሓለፈት።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለኣውጋንያ ዘተመሰለት ሕፅው
- በዘታነጽሕ ነቡሃ ፊልጲስ እዜኡ መትልወ
- ወጽድቀ ምድር ለመንግሥተ ሰማይ ኣድለወ
- እስከ ፓትርያርክ ኮነ ይገሥጽ ኣበወ

ስንክሳር ዕለት ፭ ታሕሳስ

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ኣስጠራጢኒቃ

ንሰማዕት ቅድስት ኣስጠራጢኒቃ ኣቡኣ መምለኪ ጣዖት ስለዝኮነ ንሳ ከኣ ኣማኒት ኮይና ብጾምን ጸሎትን ሰብነታ ዓቢራ ብምርኣዩ ናብቲ ከሕእዲ ንጉሥ ጢባርዮስ ከይዱ ከሲሱ ኣትሓዛ። ኣዲኣ ግና ክርስቲያናዊት ኮይና እናከደት ተጻናንዓ ነበረት። እቲ ንጉሥ ብብዙሕ ጥበራታቱ ናብ ጣዖት ክትኣምን ፈቲኑ ማኪን ምስ

ኣበዮ “ወእምዝ አዘዘ ከመ ይግበሩ ሰፋዲለ ዘሓጺን እለ ርሱናት በእሳት ወያጸርዋ ውስተ ኮርናዓቲኖ እስከ ይትላጸቅ ምስለ ገበዋቲሃ ውእቱ ሰፋዲል፣ ወሰበረቶ ለሰፋዲል ወወጽአት” ወርእዮሙ ሕዝበ ኣምኑ በእግዚእነ ሎቱ ስብሐት መጠነ ፴ወ፮፱ ሰብእ ወኮኑ ሰማዕተ” ተርጉሞ።

ንካልኣይ ግዜውን ኣብ ቤተ ማእሰርቲ ኣእተውዋ፣ ካብ ሓጺን ኣጽፋር ዘለዎ መጋዝ ዓይነት ኮይኑ ንሰብነታ ዝሰናጥቕ ኣዳለው። እዚ መሳርሒ እዚእውን እቲ መጋዝ ናብ ክልተ ማለት ንየማን ንጸጋም ተቐርጸ። ነዚ ብምርኣይ ፱፱፻፰ ዝኮኑ

ሕዝቢ ኣሞኖም ተጠሚቐም ሰማዕታት ኮይኖም ሓለፉ። ንሳልሳይ ግዜውን ሓንዛማት ኣራዊት ናብ ዘለውውዎ ጉድጓድ ኣእተውዋ ሕጂውን ምስጸለየት ኩላቶም እቶም ሓንዛማት ኣራዊት ሞይቶም ተወድኡ። ንራብዓይ ግዜ ኣርባዕተ ሰባት ክስከምዎ ዘይክእሉ ከቢድ እምኒ ኣብ ክሳዳ ሰቐሉላ ምስ ጸለየት እቲ ከቢድ እምኒ ናብ ሰለስተ ፫ተ ተከፍለ። ነዚ ብምርኣይውን ቁጽሪ ዘይብሎም ሓቢ ኣመኑ። ንሓሙሻይ ግዜ ሓደ ዓቢ ድስቲ ካብ ሓጺን ኣስሪሑም ኣብኡ ዓረት ምስ ዘይቲ ንቅድስት ኣስጠራጦኒቃ ኣብርእሳ ክክዕውላ ክብሉ እንከለው ነቲ ዓቢ ድስቲ ሕዝ ምስ ኣበልዎ ተሰቢሩ ኣብ ልዕሊኦም ፈሰሰ እሞ ኩላቶም ሞቱ። ኣብ መወዳእታ እቲ ንጉሥ ተቄጢዑ ርእሳ ብሰይፍ ክቐርጽዋ ኣዘዘ። ንሳ ኣብቲ ናይ ሞት ቦታ ምስበጽሐት ናብ ፈጣሪኣ ጸለየት እሞ ካብ ሰማይ “ ኦ ቅድስት ኣስጠራጦኒቃ ስምኪ ኣብቲ ናይ ሓይወት መጽሓፍ ተጻሒፍልኪ እዩሞ ተሓገሲ ዝብል ቃል ተሰምዐ። ብሰይፍ ተሰይፋ ዓረፈት።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለሠንኪ ዘኣዋከየ መብረቃ
- ጎሊናየ ትቤ ሶበ ፍቅርኪ ኣጽሓቃ
- ኣስጠራጦኒቃ ለነፍስየ ጽድቅ።
- ብሕሐረ ጽልመት ወጣቃ
- ኣስጠራጦኒቃ ለንዴትየ ወርቃ።

ስንክሳር ዓለት ፭ መጋቢት።

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ታውክልያ ሰይቲ ቅዱስ ዮሰጦስ ኣደ ፊቅጦር

እዚ ቅድስት ሓደ በዓልቲ ቤቱን ንሰማዕት ቅዱስ ዮሰጦኣ ወዲ ንጉሥ ኑማርያኖስ ንጉሠሮም ማለት ነቲ ከሓዲ ዲዮቅልጥያኖስ ዘምኡ፣ ሰይቲ ዲዮቅልጥያኖስ ነዚ ቅድስ ዮሰጦስ ሰብኣይ ታውክልያ ሓብቱ ምኳና እያ። ኣብቲ ግዜ እቲ ዝነበሩ ኣማኸርቲ ዮሰጦኣ ንዲዮቅልጥያኖስ እሞ ንቐተሎ ንስካ ናይ ኣቦካ መንግስቲ ትሕዝ እንተ በልዎ ንሱ ኣነ ናይ ሰማይ መንግስቲ እምበር ናይ ምድሪ መንግስትስ ኣየድልየንን እሮኡ

ብምባል፣ ምስ ሰበይቱ ቅድስት ታውክልያን ወዱ ቅዱስ ኣቦሊን ናብ ዲዮቅልጥያኖስ ከይዶም ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ እምነቶም ገለጹ። ዲዮቅልጥያኖስ ስለዝፈርሆ ጐይታይ ዮሰጦስ ኣይፋልካን ኢሉ ከም ቤተሰቡ መጠን ብትሕትና ለመኖ። “ወይቤሎ ዮሰጦስ ሕያው እግዚኣብሔር ለእመ ኢጸሐፍከ ኮነኔየ በእንተ ስሙ ለክርስቶስ ከም ኣፈጽም ሰምዕየ ወገድልየ ወእመ ኣኮ ኣነ ኣነሥኣሙ ለሰብኣ ዛቲ ሃገር ላዕሌከ ወኣወጽኣከ እመንግሥትከ” ናይ ፍርደይ ጽሑፍ እንተ ዘይሂብካኒ ኣነ ነዞም ሕዝቢ ኣላዓ ዒለ ካብ መንግሥትካ ክሰጐካ እየ ምስ በሎ። ዲዮቅልጥያኖስ ብፍርሂ “ኣብ ሃገር

ግብጺ ናብ ዝርከብ መኰምም ሄርሜኔዎስ ልኢኩ። እንተ ገይሮሙልካ ብዝተፈላለየ መልክዕ ጣዖት ክኣምኑ ፈትጎም ካብኡ ዝተፈረ ንሰለስቲኦም መንበይኖም ናብ ሰለስተ ቦታ ፋሕ ኣብሎም ዝብል ደብዳቤ ጸሓፈሉ። ምስ ኣበይዎ ብትእዛዙ መሠረት ፋሕ ኣበሎም። ማለት ንቅዱስ ኣቦሊ ናብ ሃገረ ብስጣ፣ ንቅድስት ታውክልያ ናብ ሃገረ "ፃ" ንቅዱስ ዮስጦስ ከኣ ኣብ ሃገረ እንዴናው ክሳዱ ብሰይፍ ቆሪጾም ቀተልዎ።

ንቅድስት ኣንስጣስያ እቲ ናይ ሃገር "ፃ" መኰንን ሄርሜኔውዎስ ከታልላ እኳ ብዙሕ እንተፈተነ ንሳ ግና ብፍቕሪ ክርስቶስ ስለ ዝተቓጸለት ኣበይቶ እሞ ብዝተለላለዩ መዳርሒታት ከሳቕይዋ ካብቲ ኩሉ ቁስልን መከራን ከኣ ዝተኣዘዘ መልኣክ እግዚኣብሔር እናመጸ የድሕናን የጸናንዓን ነበረ።ነዚ ዝረኣዩ ሕዝቢ ከኣ ብብዝሒ ብጐይታ ኣመኑ ኣብ መወዳእታ ክሳዳ ብሰይፍ ተሰይፋ ዓረፈት።

ጸሎታትን በረከታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለታውክልያ ለፈጽሞ ሠናይ ምርዋፃ
- ኣመ ሰደድዋ ውስተ ምድረ ፃ
- ሬበ ሰነ ኣብየት ኢርእየት ዘበቀርነ ነጌ ተሓንፃ
- ወካዕበ ዓዲ ኢያንሥኣት ገጸ
- ለነጽሮ ወልዳ ኣቦሊ ወዮስጦስ ቢጸ

ስንክሳር ዕለት ፲፩ ግንቦት ናይ ቅ.ታውክልያ

ስንክሳር ዕለት ፲ የካቲት ናይ ቅ.ዮስጦስ

ሰማዕት ቅዱሳት ደናግል ጤቅላ፣ ማርያ፣ ማርታ፣ ዓመታ፣ ዓበያ

ነዘን ቅዱሳት ደናግል ሓደ ካህን ፎላ ዝተባህለ ብዓላሚ ሃብትን ንብረትን ገንዘብን ኣዝዩ ሃብታም ኰይኑ ብዛዕባ እምነት ቤተ ክርስቲያን ብዝግባእ መምህር ኰይኑ መሃረን። ይኹን እምበር እቲ ሽው ዝነበረ ንጉሥ ብገንዘብ ስሱዕ ስለ ዝነበረ ገንዘቡ ምወርሶ፣ ንከሰስቲ ብዛዕባ ብዝሒ ሃብቱ ተከሲሱ ምስ ቀረበ፣ እቲ ንጉሥ ገንዘብካን ንብረትካን ኣረክብ እዉተበሎ ኣበየሞ እቲ ንጉሥ ብዘሎ ንብረቱ ክውሰድ ኣዘዘ። ካህን

ፎላ ንብረቱ ክምለሰሉ እንተለመነ እቲ ንጉሥ ኣበዮ። እቲ ንጉሥ ንቀሺ ፎላ ዘቕትለሉ ምክንያት ንምርካብ ነተን ንሱ ምሂሩ ኰስኵሱ ዘዕበየን ደናግል ጸዊው ናብ ፀሓይ ክሰግዳ ኣዘዘን። ንሳተን ንሓደ ኣምላክ ኢየሱስ ክርስቶስ እንተዘይኰይኑ ኣይንሰግድን ብምባል ኣበይኡ።

ኣብዚ ግዜ እቲ ንጉሥ እዚ ንመምህር ፎላ "ዝሞተ እንስሳ እንተበሊዕካ ከምኡውን ደም እንተሰቲካ ገንዘብካ ክህበካ እየ" በሎ። መምህር ፎላ ኣፍቅሮ ንዋይ ስለ ዝሓደሮ ሕሉቕ በልዐ፣ ደምውን ሰተየ ዝገደደ ከኣ ንክርስቶስውን ከሓደ። እቲ ንጉሥ ንመምህር

ፎላ መቐተሊ ምክንያት ስለ ዝሰኣነሉ “ነዘን ዝመሃርካየን ደናግል ጢቢትካ ናብቲ ናተይ እምነት ፀሓይ ከም ዝምልካ እንተ ጌርካየን ገንዘብካ ክመልሰልካ እየ” በሎ ። መምህር ፎላ ሕጂውን እቲ ስስዕቲ ገንዘብ ስለ ዘይሓደጐ ነተን ቀደም ምሂሩን ኰስኵሱን ዘዕበየን ደናግል “እቲ ዝመሃርኩክን ጌጋ እዩ፣ ስለዚ በዚ ናይዚ ንጉሥ እምነት እመና ንፀሓይ ከኣ ኣምላክ” እንተበለን፣ ንሳተን ኣንታ ወዲ እቲ ክፉእ ሰይጣን፣ ኣንጻር ናይ ሓቂ እዚ ኩሉ ባዕልካ ምሂርካናስ ሕጂ ንክርስቶስ ኣምላክ ከሓድኦ . . ክትብለና ብምባል ጸሪፈን ሰደድኦ። መምህር ፎላ ከምዝኣበያኦ ነቲ ንጉሥ ነገሮ። እቲ ንጉሥ ነቲ ዝበላኦ ቃል ሰሚዑ ብኩርማጅ ክወቅዓ እኳ እንተ አዘዘ። ንሳተን ግና ኣብ እምነተን ጸኒዐን ከይፈርሃ ጽንዓት ሃይማኖተ ገለጻሉ። ንሳልሳይ ግዜ እቲ ንጉሥ ንመምህር ፎላ፣ “ገንዘብካን ንብረትካን ክመልሰልካ ነዘን ደናግል ባዕ ልካ ቅተለን” መምህር ፎላ ልክዕ ከምቲ ናይ ይሁዳ ብሰስዕቲ ገንዘብ ሰይጣን ስለ ዝሓደሮ ከይፈርሃ ንክቐትለን ናብተን ምሂሩ ዘዕበየን ደናግል ከደ። ክቐትለን ናባታተን ምስ መጽኦ፣ ንሳተን ኣንታ ሃካይ መምህር፣ እዚ ኩሉ ምሂርካና ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ብኢድካ ኣቀሪብካና፣ ሕጂ ንፍቐሪ ገንዘብ ክትብል ንዓና ንናይ ክርስቶስ ኣባጊዕ ክትቀትለና መጺእካ” እናበላ እንከለዋ ንሱ ከም ሓደ ናይ ኣቃትላ ምሁር ኰይኑ ንኩላተን ኣራእሰን ብሰይፊ ቆራሪኡ ወድአን። እቲ ንጉሥ ውን ብወገኑ ፍቐሪ ገንዘብ ሰለ ዝነበሮ ከምኡውን ነቲ ናይ ካህን ፎላ ጭካኔ ርእዩ ብሴፍ ቀንጺሉ ቀተሎ። ካህን ፊላ ገንዘቡ ኣይረከበ፣ ጽድቁ ኣይረከበ፣ ንርእሱ በታ ዝቐተለላ ሰይፊ ተቆሪጹኡ ካብ ኩሉ ሓዲግ መዲግ ኰይኑ ተረፈ። ካብዚ ከምዚ ኣምላክ ናይዘን ቅዱሳት ሰማዕ ታት ደናግል የድሕነና።

- ሰላም ለደናግል ማርያ ወማርታ
- ጤቅላ ዓበያ ወዓመታ
- እንዘ ኢይትእንተላ ሕቀ ወኢይትኣተታ
- መሰይፈ ቀሲስ መምህሮን እምድኅረ አሐቲ ካልዕታ
- ህየንተ ኃላፊ ንዋይ ኀቡረ ዘሞታ።

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ሣራ

ብ፷፮ ሚያዝያ ቅድስቲ ሣራ ምስ ክልተ ደቃ ሰማዕትነት ተቐበለት። እዛ ቅድስቲ ኣደ'ዚኣ ኣብ ሃገረ ኣንጾኪያ ትቕመጥ ኮይና፣ ሰብኣያ “ሶቅራጥስ” ዝበሃል። ሓደ ካብ መኳንንቲ ዲዮቅልጥያኖስ ነበረ። እዚ ሰብኣያ ኣቐዲሙ ክርስቲያን ነበረ፣ ደሓር ግና ሃይማኖቱ ክሒዱ። እዛ ሰበይቱ በይና ክርስቲያን ነበረት። ሰብኣያ ሶቅራጥስ “ኣነ ንሃይማኖት ክርስትና የፍቅሮ እየ ንክርስቶስ ውን ኣይክሓድክዎን” ብዘይካ ነቲ ንጉሥ ፈሪሐ እንተዘይኮይኑ።

እዛ ቅድስቲ ክልተ ውሉድ ወለደት፡ እንተኾነ ግን ነቲ ንጉሥን ንሰብኣያን ፈሪሐ ጥምቀተ ክርስትና ከተጥምቆም ኣይከኣለትን። እዛ ቅድስቲ ኣደ ምስ ክርስቶስ ንዕኡ ምስጋና ይኵኖ። ብዙኅ ፍቕሪ ስለዝነበራ፡ ንከተጠምቆም ዓቢይ ገድሊ ተጋደለት። ነቶም ክልተ ደቃ ብመርከብ (ሓመር) ተጻዒና ናብ ናይ ሃገር እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ጴጥሮስ ተበገሰት።

በቲ ዓቢይ እምነታ ርእዩ ጐይታ ስለዝፈቐደ፡ ዓቢ ንፋስ ኣውሎ ኣብ ባሕሪ ኣላዒሉ ነታ መርከብ ክሳብ ክትጠልቕ (ክትሰጥም) ትደሊ ገበረ። እዛ ቅድስቲ ሰበይቲ እዚኣ እዞም ደቃ ጥምቀት ክርስትና ከይረከቡ መታን ከይሞቱ ብጣዕሚ ፈርሐት። ኣብዚ ግዜ'ዚ ተንሢኣ፡ ነዊሕ ጸሎት ጸለየት። መላፀ ኣልዒላ የማናይ ጡባ ጠብሐት። ካብ'ቲ ዝወሓዘ ደማ ሒዛ፡ ንኩሉ ገጻቶም ልቦም፡ እንግድዓኣምን ዝባኖምን በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስን ብትእምርተ መስቀል ዓ ተበት። ኣብ'ቲ ባሕሪ ሠለስተ ግዜ "በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ" ኢላ ኣጥመቐቶም። ብድሕሪ'ዚ ዓቢ ህድኣት ኣብ ባሕሪ ኮነ።

ሽዑ ኣብ ሃገረ እስክንድርያ በጺሓ፡ ናብ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ጴጥሮስ ጥምቀት ክርስትና ከጥምቆም ነቶም ክልተ ደቃ ኣቐረበቶም።

ሊቀ ጳጳሳት ሥርዓት ናይ ጥምቀት ጌሩ ብቐዳምነት ነቶም ደቂ ዓዲ ኣጥመቆም። ካብኡ ነቶም ደቃ ከጥምቆም ኣቐረቦም። እንተኾነ ከጥምቆም እንተደለየ እቲ ማይ ረግአ። ንዕኦም ኃዲጉ ንካልኦት ውሉድ ከጠምቕ እንተደለየ እቲ ማይ ተፈትሐ (ከምዝነበሮ ኮነ)፡ ኣጥመቆም ድማ።

ብድሕሪ'ዚ ናብ'ቶም ደቂ እታ ቅድስቲ ኣደ ተመሊሱ፡ ከጠምቆም እንተደለየ እቲ ማይ ረግዐ፡ ሠለስተ ግዜ ደጋገሞ፡ በዚ ከኣ ተገረመ።

ብድሕሪ'ዚ ናብታ ኣዲኦም ከይዱ፡ ነገራ። ንሳ ድማ ኣብ ባሕሪ ዘጋጠማ፡ ኩሉ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ደም ካብ ጡባ ጠቢሓ ብምውሳድ ከምዝቐብኣቶም ካብቲ ማይ ባሕሪ ጌራ ድማ ከምዘጥመቐቶም ነገረቶ፡ ከምኡ ውን በቲ ዝገበረቶ ድፍረታ ነቲ ኣበሳኣ ክሓድገላ ለመነቶ።

ቅዱስ ጴጥሮስ ሊቀ ጳጳሳት ንቕድስቲ ሳራ ብዛዕባ ደቃ ሓተታ እሞ ንሳ ኩሉ እቲ ኣብ ባሕሪ ዝጋጠማ ሓደ ብሓደ፡ ማለት ማዕበል ተላዒሉ ንዕኣን ንደቃ ከይተጠመቑን ዝቐትል ኰይኑ ምስ ተሰምዓ ካብ የማናይ ጡባ ደም ቀንጂሓ ብትእምርተ መስቀል ከምዝቐብኣቶምን ኣብቲ ባሕሪ'ውን ብስም ኣብን ወልድን መንፈስቅዱስን ከም ዘጠመቐቶምን ነገረቶ።

ነቲ ብድፍረት ዘይግብኣ ባዕላ ዘጠመቐቶም በደላ ከስተስርየላ ከኣ ለመነቶ። ቅዱስ ጴጥሮስ "ኣጆኪ ኣይትፍርሂ እቲ ንስኪ ኣብቲ ባሕሪ ምስ ኣጥለቕኪዮም ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ በታ መለኮታዊት ኢዱ ጌሩ ኣጠሚቕዎም እዩ።

ድሕሪ'ዚ ኣባ ጴጥሮስ ቅዱስ ቀጕርባን ኣቐበሎም። ተቐቢሎም ቅድስት ሣራ ናብ ሰብኣያ ሶቅራጥስ ሃገረ ኣንጾኪያ ተመልሰት። ሰብኣያ ሶቅራጥስ ምስ ረኣያ በቲ ዝገበረቶ ተቈጢዑ ናብ ንጉሥ ከሰሳ። እቲ ኩሉ ዝገበረቶ ከኣ ነገሮ።

እቲ ንጉሥ ተቐቢሉ ናብ ሃገረ እስክንድርያ እንታይ ክትገብሪ ኬድኪ ምስቶም ደቂ ክርስቲያን ዝሙት ክትፍጽሚ ዲኺ ኬድኪ፡ ምስ በላ፡ ንሳ ደቂ ክርስቲያን እኮ ኣይዝምው፡ ጣያት

ኣየምልኩ ኣባይ ከኣ ድሌትካ ድኣ ፈጽም እምበር ካብዚ ንላዕሊ ኣይዛረበካን እየ። እቲ ንጉሥ በሊ እቲ ኣብ ሃገረ እስክንድርያ ዘጋጠመኪ ንገርኒ እንተበላ ዋላ ሓንቲ ቃል ኣይመለሰትሉን። እቲ ንጉሥ ንዕኣ ኣእዳዋ ንድሕሪት ኣሲሮም ነቶም ክልተ ደቃ ድማ ኣብ ሕቑፉ ገሮም ንሠለስቲኦም ብሓዊ ከንድድዎም ኣዘዘ።

ንሳ ገጻ ናብ ምብራቕ ገራ ጸለየት። እሞ ምስ ደቃ ብሓዊ ኣቓጺሎም ቐተልዋ። ናይ ስምዕ ትና ኣክሊል ክብሪ (ዓወት) ከኣ ተቐበለት።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኵልና ይኹን። ኣሜን።

- ሰላም ለሳራ እምሥርወ ክርስቲያን ሙላዳ፡
- ብእሴሃ ዕልው ሶበ ዓውደ ምኵናን ወሰዳ፡
- እምሰሚዓ ቃሉ ርኩስ ሶበ ኢተሰጥወቶ ለኣግሪጳዳ፡
- ኣዘዘ ያውዕይዋ ለእቶን እሳት በነዳ፡
- ኣንቢሮሙ በከርሣ ክልኤተ ውሉዳ።

ስንክሳር ዕለት ፭፰ ሚያዝያ

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ኣዴና ቅድስት ኣርሴማ

ኣዴና ቅድስት ኣርሴማ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ንእግዚኣብሔር ብቅንዕና ዘገልግልዎ ካብ ዝነበሩ ካህናት ወገን ዝኾኑ ኣቡኣ ቴዎድሮስን ኣዲኣ ቅድስት ኣትናሲያን ከም ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ብመብጽዓ ተወልደት። ወለዳ ብዙሕ ሃብትን ንብረትን ዝነበሮም ፈሪሃ እግዚኣብሔር ምስ ሠናይ ግብሪ ዝሓዙ ስለዝነበሩን ነዚ ኵሉ ሃብትን ንብረትን ዝወርሰልና ውላድ ሃበና ኢሎም ምስ ለመኑ እዛ ቅድስት ኣደ ተፀንሰት። እዛ ዝከበረት ፍጥረት ምስ ወለዱ ብክብሪ፡ ሕግን ሥርዓትን ቤተ ክርስቲያንን ትምህርተ ሃይማኖትን እናመሃሩ ኣዕበይዋ።

ቅድስት ኣርሴማ ብዘመን ከሓዲ ንጉሥ ዲዮቅልጢያኖስ እያ ትነብር ኔራ። እዚ ንጉሥዚ መልክኡ ዝኾነት ጓል ንክምርያ ስለዝደለየ ንወተሃደራቱ ናብ ኵሉ ዓ ድታት ከይዶም መልክዐ ዝኾነት ጓል ምስ ረከቡ ስኢሎማ ንክመጹ ኣዘዘ። እዞም ዝተላእኩ ኣብ ሃገረ ሮሜ ኣብ እትርከብ ስፍራ ደናግል ምስ በጽሑ ንቅድስት ኣርሴማ ረከብዋ። ብጽባቐ መልክዓ ተገሪሞም፡ ስኢሎም ንንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ሰደዱሉ።

ንሱውን ስእላ ምስ ረኣየ ብዙሕ ተሓጐሰ። ንኵሎም ነገሥታትን መኳንንትን ድማ ናብ መርዕኡ ንክመጹ ዓደመ።

እተን ደናግል ነዚ ጉዳይዚ ምስ ፈለጣ ካብቲ ቦታ ብምውጻእ እግዚኣብሔር ብድንግልና ንክዕቅበን ብብክያት ንኣምላክ ልመናኣን ኣቕረባ። ሃዲመን ከኣ ብጊዜ

ንጉሥ ድርጣድስ ኣብ ሃገረ ኣርማንያ በጺሐን ኣብተን ኣጻምእ ጐቦታት ምንባር - ሚረን። እዞም ፪፭ ሰብኡትን ኣንስትን ካብዚኣቶም ከኣ ፴፱ ዝኾና ደናግል ኣንስቲ ብዘይ መግብን መስተን ኣብ ዓቢ ጸገም ይነብሩ ኔሮም። ሓንቲ ካብአን ግና ብዓቕማ መቐመጢ መብራህቲ ሰሪሓ ካብ ዝሸጠቶ ብመጠኑ ይምገባ ኔረን።

ነቲ ናይ ቅድም ቦትአን ስለዝገደፋ ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ንቅድስት ኣርሴማ ብኣካል ክረክባ ኣይከኣለን። እንተኾነ ኣብ ምድረ ኣርማንያ ምህላዋ ምስ ሰምዐ ንናይቲ ኣውራኛ መኰንን ዝኾነ ንጉሥ ድርጣድስ ነዛ ድንግል'ዚኣ ሒዙ ናብኡ ንከምጽኣሉ ኣዘዘ። ነዚ ምስ ሰምዓ ከኣ ናብ ካልእ ቦታ ከይደን ተሓብኣ። ነዚ'ውን ዝሰምዐ ንጉሥ ድርጣድስ ንቅድስት ኣርሴማ ብክብሪ ከምጽእዋ ኣዘዘ። ናብኡ ምምጻእ ስለዝዓበየት ግና ብኃይሊ ኣገዲዶም ናብቲ ንጉሥ ኣምጽእዋ። ንሱ ምስ ረኣያ ድማ ንዕኡ ክትኰኖ ተመነያ። ንሳ ግና ኣቐዲማ እመ ምኔት (ኣደ ገዳም) ዝኾነት ቅድስት ኣጋታ ኣብ ዝኾነ ይኩን ነቲ ሰማያዊ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር ከምዝተሓጽየትን ካብ ዝኾነ ርክሰት (ክፍኣት) ክትርሕቕ ከምዝግብኣ ትምህራ ዝነበረት ኮሉ ዘኪራ ኣብ ቅድስንኣ ጸንዐት።

ንጉሥ ድርጣድስ ከምቲ ሥጋዊ ድሌቱ ስለዘይረከበ ርእሳ ንክትምተር ኣዘዘ። እቶም ወተሃደራትውን ከም ዝተኣዘዝዎ ብገመድ ስሒቦም ርእሳን መልሓሳን መቲሮም ኣዓ ንታውን ጐጥጒጠም ኣውጺኦም ፷፱ መስከረም ብሰማዕትነት ሓሊፋ። ብሕርቃን ድማ ነተን ዝተረፋ ደናግል ብግፍዒ ክቕተላ ኣዘዘ። ነዚ ግፍዒ እዚ ምስ ረኣየት ዝተቓወመት ኣደ'ውን ብተመሳሳሊ ብሰይፊ ርእሳ ተመቲሩ ብሰማዕትነት ሓለፈት።

ናይ ኮሎም ካብ ሃገረ ሮሜ ምስተን ደናግል ዝመጹ ብጠቕላላ ፪፱ ሰባት ሬሳኦም ኣብቲ ቦታ ተረፈ። እቲ ሰይጣን ዝሓደሮ ንጉሥ፣ እግዚኣብሔር ስለዝቐጽየ ክሳብ ብጸሎት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ካብቲ ጉድጓድ ዝወጽእ ኣእምሮኡ ጠፊእዎ ምስ ኣራዊት ይነብር ነይሩ። ድሕሪ ጸሎት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ግና ናብ ልቡ ተመሊሱ ብጐይታ ሰማይን ምድርን ኣሚኑ ናይዞም ቅዱሳን ሰማዕታት ኣዕጽምቲ ኣኪቡ ኣብ ጽቡቕን ፍሉይን ስፍራ ኣቐመጦ። ድሕሪ ብዙሕ ጊዜ ከኣ በብስሞም ቤተ ክርስቲያን ተሓኒጹሎም፣ ሥጋኦም ኣብኡ ስለዝነበረ ድማ ብዙሕ ተኣምር ይፍጽም ነበረ።

“ዝክረ ጻድቅ ለዓለም ይሄሉ” መዝክርታ ጻድቕ ንዘለዓለም ይነብር መዝ. ፻፲፪፥፮ ኢሉ ቅዱስ ዳዊት ከም ዝጸሓፎ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና፣ ቅድስት ኣርሴማን ካልኦት

ቅዱሳንን ብሰማዕትነት ዝዓረፉላ ፷፱ መስከረምን ቅዳሴ ቤታ ንቅድስት ኣርሴማ ድማ ፮ ታሕሳስ ክሳብ ምጽኣት ትዝክሮን ተክብሮን ኣላ።

ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዓዲ ሓውሻ ዝተባህለ ዓዲ፣ ዓቢ ክብሪ ኣለዋ።

- በያታ ጎሩያን ዕደው እንተ ተሐብሪ ያታ፣

- እንበለ ትፍርሂ ምንተ ብልሓ ኰያንው ወፅዕዳዌ ወልታ፡
- ዘፈጸምኪ ስምዓ በእንተ ኢየሱስ ንጉሠ ኤፍራታ፡
- ሰላም ለኪ አርሴማ ምስለ እምኪ አጋታ፡
- ወለደናግል ስላም ዘድኅሬኪ ሞታ።

ጸሎት ናይ ኣዴና ቅድስት ኣርሴማን በረከት ኵሎም ቅዱሳንን ኣይፈለየና። ኣሜን።

ምንጪ፦ ሰንክሳር ሯይ ዘመስከረም።

✠ ✠ ✠

ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ጤቅላ ዘእንበለ ክእወተ ደም

ሰማዕት ቅድስት ጤቅላ ካብ ክቡራትን ብሥጋ ሃብታማትን ዝኾኑ ወለዲ ኣብ ሃገረ መቄዶንያ ተወልደት። ወለዳ ኣመንቲ ጣዖት እኳ እንተኾኑ ንዓለማዊ ኣተዓባብያ ብዝምልከት ብግቡእ ኣዕበይዋ፣ ብርሃነ ዓለም ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ግዜ ስብከቱ፣ ኣንቀጸ ብፁዓን ክምህር እንከሎ ብምስማዕ ልባ ተተንኪፋ፣ ንሠለስተ መዓልቲ ዝኣክል ካብቲ ዝነበረቶ ሣልሳይ ደርቢ ቤታ ከይወረደት ቀነየት። ማለት ከይበልዐት ከይሰተየት ብጾም ቀነየት።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣዲኣ እዛ ጓለይ ስለምንታይ ዘይትበልዒ፣ ዘይትሰትዪ፣ ካብቲ ደርቢ ከ ዘይትወርዲ ምስ በለታ፣ ወሪዳ ብሕቡእ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ዘለዎ ቦታ ከደት። ንሱ ብጽቡቕ ተቐቢሉ ኣስተምሃራ፣ ንጽባሒቱ ኣዲኣ ደልያ ምስ ቅዱስ ጳውሎስ ረከበታ፣ ናብቲ ሽዕኡ ዝነበረ ኣንጻር ክርስትና መኰንን ከኣ ኣሕሊፉ ሃበታ።

እቲ መኰንን እንተላይ ንቅዱስ ጳውሎስ ከምጽኡሉ ኣዘዘ። ንቅዱስ ጳውሎስ ከኣ ናብ ሓዊ ደርበዮ። ንሰማዕት ቅድስት ጤቅላ ግን ኣጽንሓ፣ ማለት ነተን መዛኑኣ ደቂ መቄዶንያ ካብኣ ኣሰቓቂ ዝኾነ ስቓያት ብምርኣይ ምእንቲ ከፈራርህ ንኩላተን ኣዋልድ ኣኪቡ ናብ ሓዊ ደርበያ። እቲ ሓዊ ግን ካብ ሰብነታ ዋላ ሓንቲ ኣይተንከፈን እንደገና ካብኡ ወጺኣ ርእሳ ብምልጻይ ንቅዱስ ጳውሎስ ተከተለቶ።

ካልእ መኰንን ወሪኡ ዝሰምዐ እውን ከምኡ ከሳቕያን ብጣያቱ ከእምናን ፈተነ። ንሳ ግን ኣበየቶ። ንሱ'ውን ከም ነቢይ ዳንኤል ናብ ኣናብስት ደርበያ። እቶም ኣናብስት

ውን ኣይተንከፍዋን፣ ሰገዱሉ ድኣ። ጸበል እግራ'ውን ለሓሱ። እቶም ናብ ኣናብስት ዘእተውዋ ንጽባሒቱ ሞይታ ትከውን ኢሎም እንተመጹ ብሕይወታ ረከብዋ። ብትምህርታ ኣሚኖም ከኣ ተጠመቑ።

ንሳ ግን ኩሉ ግዜ ተከታሊት ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኮነት። ብስም ክርስቶስ ከኣ ትሰብክ ነበረት። ኣብ መወዳእታ እዚ ኩሉ ፈተነታት ኣሕሊፉ ብዘይ ደም ብሰላም ካብዚ ዓለምነዚ ኣዕረፈት።

ጸሎታን በረከታን ንቅድስት ጤቅላ ንሮማትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና!!!

- ሰላም ለጤቅላ ዓውደ አልባሲሃ ዘኢቀርቡ።
- ሐልዮ መርዓ በጣሊ ወዘየሓልፍ ከብካቡ።
- በውስተ ዕዝና ዋህድ ወበውስተ ልባ ካዕቡ።
- እስመ ሮፀ ለሐዋርያ ዘይቤ ንባቡ።
- ከመ ዘኢያውሰቡ ይከውኑ እለኒ አውሰቡ።

ምንጪ፡- ሰንክሳር መስከረም ዕለት ፭፮

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቅት ቅድስት ኣፎምያ በዓል ዝክር ቅዱስ ሚካኤል

ቅድስት ኣፎምያ በዓልቲ ሓዳር ኮይና ሰብኣያ ፈራሂ እግዚኣብሔር ነበረ። ካብ እምነቱ ዝትላዕለ ከኣ ብዙኅ ምጽዋት ይምጽውት ከምኡውን ኣብ ዓመት ምስ እዛ ክብርቲ በዓልቲ ቤቱ ቅድስት ኣፎምያ ኮይኑ ፫ተ በዓላት የብዕል ነበረ። ንሳቶም ዕለት ፲፪ ወርሒ መጸ ናይ ቅዱስ ሙካኤል ዕለት ፭፩ ናይ ቅድስት ድንግል ወርሒ መጸ፡ ዕለት ፭፱ ጐይታ ዝተወልደሉ ወርሒ መጸ ዝሞተሉ ግዜ ምስ ቀረበ ነዘን ንሱ ብዘዕለን ዝነበረ ፫ተ ኣዓላትን ምጽዋትን ንከይቋረጽ ተላበዋ። ንሳ ብወገና ናይ ቅዱስ ሚካኤል ሥዕሊ ኣምጺኣላ ከኣ ኣብ ቤታ ተንብሮ ነበረት። እቲ ሰብኣያ ሞተ። ንሳ ነዘን ዝተላበዋ በዓላት እናኣብዓለት ክትነብር ከላ ጸላኢ ሠናያት ቀንኣላ እሞ ብኣምሳል ሓንቲ ፈላሲ ተመሲሉ መጺኡ "ንስክስ ንእሽቶይ ኢኪ ሕጂ ከኣ ገንዘብኪ ከይተወድአ እንከሎ ተመርዒኪ ውለዲ እንሆ በዓል ቤትኪ በቲ ጽቡቕ ግብርኩም ጸዲቑ እዩ። ከይትደክዩውን ምጽዋት፡ በዓላት ኣይተብዝሒ" በላ።

ቅድስት ኣፎምያ ኣነ ድሕሪ ሰብኣየይ ካልእ ሰብኣይ ንከይምርያ ቃል ኣትየ እየ እንኳን ሰብ ረጋቢት እኳ ሰብኣየን እንተሞይቱ ከምኡ ዘይገብራ ሰብ ግዳ ብመልክዕ ኣምላክ ዝተፈጥረ ነዚ ነገርዚ ከመይ ኢለ ይግጽሞ ኢላ መለሰትላ። ምክሩ ምቕባል ምስ ኣበይቶ ሕብቲ ገጹ ተለዊጡ በሊ ካልእ መዓልቲ ክመጸኪ እየ ኢሉ ንሳውን ናይ ቅዱስ ሚካኤል ሥዕሊ ኣልዒላ ሰደደቶ። ንካልኣይ ጊዘ ናይ ዕለት ፲፪ ሰኔ ዝክር ክትገብር እናተዳለወት እንከላ መጺኡ "ኣነ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ ማልእክት እየ ሕጂ

እግዚኣብሔር ናባኪ ልኢኩኒ ከምዚ ኢሉ ከኣ ኣዚዙኪ ምጽዋት ዝብሃል ግደፍዮ። ካብ ኣመንቲ ናብ ሓድ ሰብኣይ ከኣ ተመርዓዊ ምክንያቱ ትፈልጢ ኢኪ ሰብኣይ ዘይብላ

ሰበይቲ መልሕቅ ዘየብላ መርከብ እያ ትመስል። ካብ መጻሕፍቲ ከኣ ክጠቕሰላ - መረ ንኣብነት እኒ ኣብርሃም ይስሓቅ፣ ያዕቆብ፣ ዳዊት . . .ወዘተ እዚኣቶም ተመርዕዮም ዮም ንእግዚኣብሔር ዝፈጸሙ” በላ። ንሳ ንስካ መልኣክ እንተድኣ ኴንካ እቲ ትእምርተ መስቀል ድኣ ኣበይ ኣሎ፣ ምክንያቱ ሓደ ናይ ንጉሥ ወተሃደር ብዘይ ዕጥቂ ኣይከይድን እዩ በለቶ። ሰይጣን ነዚ ምስ ሰምዐ መልክዕ ገጹ ለዊጡ ሒዙ ሓነቕ። ንሳ ናብ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ጸለየት እሞ መጺኡ ካብ ኢድ ሰይጣን ኣድሓና። ነቲ ሰይጣን ከኣ ኣሳቐዮ ሰይጣን ግና ኣምላክ እኳ ክሳብ ምጽኣት ዓልም ተዓጊሱኑ ዘሎ ንስካ ከኣ መሓረኒ ኣይትኮንነኒ ምስ በሎ ብስም እግዚኣብሔር ስለ ዘምሓሎ ሰጕግዎ ድኣበር ኣየጥፍኣን። ቅዱስ ሚካኤል ንቅድስት ኣፎምያ ግዜ ሞትኪ ስለ ዝቐረበ እቲ ዝሓሰብክዮ ኪዲ ኣዳልውዮ በላ። ንሳ ኩሉ ኣዳልያ ኤጲስ ቆጶስ፣ ካህናት ናብ ቤታ ክመጽኡ ጸውዓቶም። ኩሉ ዘሎ ንብረትን ገንዘብን ከኣ ንድካታት ምእንቲ ክዕድሉላ ሃበቶም። ቅድስት ኣፎምያ ሥዕሊ ናይ ቅዱስ ሚካኤል ኣልዒላ ኣብ ገጻ ኣጣበቕቶ ሽዑ መዓልቲ ብሰላም ኣዕረፈት። እግዚኣብሔር ንኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይምሓረና።

- ሰላም ለኣፎምያዘይሞዓቶ ለመስቴማ
- በቃለ ትምይንቶ ሶበ ተቃወማ
- በዛቲ ዕለት በከመ ኣደማ
- ሥዕሎ ለሚካኤል እንዘ ታነብር በፍጽማ
- ውስተ ዘለዓለም ዕረፍት ፈለሰት እምጸማ

ሰንክሳር ዕለት ፲፪ ሰኔ

ታሪክ ጻድቅት ቅድስት ኢዮጰራቅስያ ዘመድ ነገሥታት

ስም ኣቡኣ ኣጤንሶስ ስም ኣዲኣ ከኣ ኢዮጰራቅስያ ይብሃሉ። ኣቡኣ ኣማካሪ ናይ ቤተ መንግሥቲ ኣብ ርእሲ ምንባሩ ምስ በዓልቲ ቤቱ ውላድ ስለዘይነበሮም ውላድ ምእንቲ ክህቦም ብጾምን ጸሎትን ንኣምላክ ይልምኑ ነበሩ። እዛ ቅድስቲ ኣደ እዚኣ ምስ ወለዱ ኣዝዮም ስለ ዝተሓጎሱ ብስም ኣዲኣ ኢዮጰራቅስያ ኢሎም ኣውጽኡላ። ድሕሪ ቁሩብ እዋን ኣቡኣ ኣጤንሶስ ሞይቱ እቲ ንጉሥን እታ ንግሥትን ኣዝዮም ስለ ዝፈትውዎ በከይሉ፣ ብክብሪ ከኣ ቐበርዎ። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣዲኣ ጓል (፮) ዓመት ምስኮነት ናብ ደብረ ደናግል ወሰደታ። ቅድስት ኢዮጰራቅስያ ሕጻን ከም ምኳና መጠን

እቲ ኩሉ ጽቡቕ ሥራሓተን ርእያ ነተን ደናግል እዚ ኩሉ ተጋባራትክንሲ ንምንታይ እዩ፣ ብምባል ሕቶ ኣብ ዘቐረበትለን ግዜ ምእንቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ

በልኣ። ንሳ ኣበይ ኣሎ ምስ በለተን ኣብኡ ዝነበረ ሥዕሊ ናይ ጐይታ እዚ እዩ ኢለን ምስ ነገራኣ ንግዚኡ ተምበርኪካ ሰገደትሉ። እግሩውን ሰዓመቶ ናብታ ዲያቆናዊት ብምካድ ከኣ ከተመንኩሳ ሓተተታ።

እዚ ነገር እዚ ናብ ኣዲኣ ይበጽሕ እሞ ኣዲኣ ተሓጐሰት ኑተን ደናግል ከመንኩስኣን ክናብያኣን ሓደራ ሂባተን ኣብ ሓጺር ግዜ መተት። ቅድስት ኢዮጰራቅስያ መንኩሳ ብጾምን ብጸሞትን ክትጋደል - መረት። ኣብ ሰሙን ከኣ ሓንቲ መዓልቲ ጥራይ እክሊ ትጥዕም ነበረት። በዚ ጽቡቕ ቅድስናኣ ዝቐንአ ጸላኢ ሠናያት ብብዘሕ ነገራት ፈተና፣ ማለት ሓደ ግዜ ናብ ማይ ይድርብያ ሓደ ግዜ ዕንጨይቲ ክትኣሪ እንከላ ብምሳር ይቀቕዓ ሓደ ግዜ ውዑይ ማይ ይክዕወላንሳ ግና ገለ ኣይኮነትን። ኑተን ደናግል ከኣ ብትሕትና ትለኣከን ተገልግለንን ነበረት፣ ሓደ ግዜ ኣብ ሓዊ ምእንድ ኣብ ማይ ምምጻእ . . . ይእዝዛኣ ነበረ። ንሳ ብዘይትህኪት ብትግሃት ትላኣክ ነበረት። ንኣርብዓ መዓልቲ ከይደቀሰት ብጠጠው ትቕኒ ብምንባራ እተ ደናግል የደንቕኣ ነብራ። እግዚኣብሔር ኣምላክ ኣጋንንት ከተውጽእ፣ ሕሙማት ክትፍውስ፣ ሓንካሳት ከተርትዕ፣ ዕ ውራት ከተብርህ ብዙሕ ተኣምራት ክትፍጽም ጸጋ ሃባ።

እታ ቅድም መጽሓፍ ዝመሃረታ ኢዮልያ ዝተባህለት ዲያቆናዊት ድንግል ናይ ቀረባ ፈታዊታ ኢዮጰራቅስያ ጓል ፴ ዓመት ምስ ኮነት ኣብ ሕልማ መላእክቲ ናብ ቤት መርዕኣ ከእትውዋ ረኣየት እሞ ኢዮዓራቅስያ ከም ዝመውት ስለ ዝተረድኣት ኑተን ማኅበረ ደናግል ነገረተን። ኢዮጰራቅስያ እንተከድኣ ሓሚማ ጸንሓተን። ብብክያት ክትጽልየለንን ክትባርከን ከኣ ለመናኣ። እሞ ባሪካተን ኣዕረፈት። ኣብታ ኣዲኣ ዝተቐብረትላ ቦታ ከኣ ተቐብረት።

እታ ዲያቆናት ፈታዊታ (ኢዮልያ) ኣብቲ መቓብራ ከይዳ ጸለየትሞ ከምታ ፍቕረን ኣብ መበል ሳልሳይ (ሳልስታ) ኣዕረፈት እግዚኣብሔር ብጸሎታተን ይምሓረና።

- ሰላም ለኢዮጰራቅስያ እንተ ኣርትኣት ፍናወ
- ከመ ታሰተጐፍር በገድል ጽኑዓነ ኃይል ዕደወ
- ኣመ ኣቀሰላ ጸላዒ እስከ ብዝኃ ደም ተክዕወ
- እንበለ ታሰተጋብእ እምተዘርዎ እንተ ሓጠበት ዕፀወ
- ሶበ ሰኣላሃ ኣኃት ኣበየት ኣቲወ

ታሪክ ጻድቅት ኣትናስያ

እዛ ቅድስት ኣደ እዚኣ ወለዳ ሃብታማት ኮይኖም ኣብ ሃገረ መኣፍ ተወልደት። ወለዳ ኣዝዮም ሃብታማት ስለ ዝነበሩ ንብረትን መንበሪ ኣባይትን ገደፉላ። ቅድስት ኣትናስያ ሓደ ጽቡቕ ሓሳበት። ንሱ ድማ ኣብቲ ዝገአፍላ ኣብይቲ ኮይና ንመነኮሳትን ንኣጋይሽን ምቕባል ነበረ። ኩሉ ገንዘብ ክሳብ ዝውዳእ ከኣ ነቶም ናብኣ ዝመጽኡ መነኮሳትን ድካታትን ዘድልዮም ብምሃብ እናኣገልገለት ጸንሐ። ንነዊሕ ግዜ ብከምዚ መልክዕ ምስ ጸንሐት ሰይጣናውያን ዝኾኑ ሰባት ነዚ ጽቡቕ ቤትኪ (ሆቴል) ቤተ ዝሙት እንተትገብርዮ ብዙሕ ገንዘብ ምረከብኪ ኢሎም ብዘጋገይዋ፡ ገዝኣ ቤተ ዝሙት ገበረት። እዚ ሕማቕ ዝኾነ ወሬኣ ኣብ ኣረጋውያንን መነኮሰታን ቀደም ዝፈልጥዋ ዝነበሩ በጽሐ እሞ ንሳቶም ከመይ ጌሮም ከምዝመልስዋ ተማኪሮም ንኣባ ዮሓንስ ሓጺር መሪጾም እግዚኣብሔር ብዝገለጸሉ ክመልሳ ለኣክዎ። ኣባ ዮሓንስ ብጸለኖት ክሕግጽዎ ሓደራ ኢሉ ናብ ኣትናስያ ገጹ ኣምርሐ። ናብታ ቤታ መጺኡ ነታ ሓላዊት ማዕጾ ሠራሕተ ኣ ከም ሐደ ካብቶም ዝመጽእዋ ዝነበረ ሰባት ኮይኑ ንእመቤትኪ መጺእ ከም ዘሎኩ ንገርያ በላ። እታ ተለኣኣኪት ሓደ ሰብ መጺኡ ኣሎ ኢላ ምስ ነገረታ ንዝሙት ዝመጸ መሲልዋ ተሰሊማ ተቐቢኣ እቲ ጽቡቕ ልቢ መንእሰያት ዝሰልብ ክዳና ተኪዲና ጨናኣ ነስኒሳ ዓራታ ኣንጺፋ እቶ በሊዮ በለታ። ቅዱስ ዮሓንስ ሓጺር ናብኣ ኣትዩ ከምዚ እናበለ ዘመረ “እመኒ ሑርኩ ማእከለ ጽላሎተ ሞት ኢይፈርሆ ለእኩይ እስመ አንተ ምስሌየ” ንስካ ምሳይ ስለ ዝሎካ ዋላ ናብ ድነ ሞት እንተ ከድኩ ነቲ ክፉእ ኣይፈርሆን እየ”። እዚ ቅዱስ ኣቦ ናብኣ ምስ ኣተወ ኣብቲ ናታ ዓራት ኣቐመጠቶ። ሽዑ ንሱ ብከምዚ ዝስዕብ ክግስጻ - መረ። ናብኣ ብምጥማት “ስለምንታይ ኢኺ እዚ ኩሉ ግብረ ሠናይ ናይ ቀደምኪ ረሲዕኪ ናብዚ ክፉእ ተግባር ብምእታው ንጐይታ ትክሕድዮ” በላ። ነዚ ነገርዚ ምስ ሰምዐት ኣዝያ ፈርሀት። ንሱውን ከምዝፈርሀት ስለ ዝፈለአ ርእሱ ኣድኒኑ በከየ። ስና ስለ ምንታይ ትበኪ ኣሎክእ ኢላ ሓተተቶ። ንሱ ከምዚ ኢሉ መለሰላ “ኣብ ገጽኪ ኣጋንንት ክጻወቱ እርእሕ ስለ ዘሎኩ ክበኪ ክኢለ” በላ። ንሳ በል እሞ ሓጂ እንተተነሚሐ እግዚኣብሕሐር ይቕበለኒዶ መስለካ በለቶ። ንሱ እግዚኣብሔር ርኅሩህ ስለ ዝኾነ እወ ይቕበለኪ” በላ። በል ናብ ይግብኣ እዩ ዝበልካዮ ውሰደኒ ምስ በለቶ፡ ተንሚእኪ ንዒ ተከተልኒ ኢልዋ ተበገሰ። ንሳውን ተንሚኣ ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት ካብ እግሩ ከይተረፈት ተከተለቶ።

ምስ መሰየ ኣብ ሕእደ ገዳም ክሓድሩ ምስ ተኣለዩ ንኣትናስያ ንስኪ ንበይንኪ ኣብዚ ደቅሲ ኢልዋ ካብኣ ርቕቕ ኢሉ ንበይኑ ደቀሰ። ፍርቂ ለይቲ ጸሎቱ ምስ ኣብጽሐ ካብ ሰማይ ናብታ ኣትናስያ ዘላታ ምድሪ ክወርድ ረኣየ። ንነፍሳውን መላእክቲ ተሰኪሞማ ክከዱ ረኣየ። ተንሚኡ ናብታ ቦታ እንተከደ ሞይታ ጸንሓቶ። ናብ መሪውት

ወዲቹ ብምስጋድ ነዛ ሰብ እዚኣ ሓዲግ ኣትሪፈያ ኣይ በንፍሳ ክትጸድቕ ኣይ በቲ ሒዛቶ ዝነበረት ዓለማዊ ናብራ ክትነብር ኢሉ ናብ እግዚኣብሔር ብጸሎት ሓተተ። ካብቶም ብዙሕ ግዜ ዝንሥሑ ብዝበለጸ ናታ ንሥሓ እግዚኣብሔር እታ ካብቤታ ውጽእ ክብል እንከላ ተቐቢልዋ እዩ ዝብል ድምጺ ሰምዐ። ሽዑ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ተንሺኡ ነቶም ዝለኣክዎ ማኅበር መነኮሳት ኩሉ ዘጋጠሞ ዘበል ፍጻሜታት ነገሮም። እቶም ቅዱሳን መነኮሳት መጺኦም ብኣገባብ ገኒዞም ቀበርዋ።

እግዚኣብሔር ብጸሎታ ይምሓረና ኣሜን።

- ሰላም ለኣትናስያ ለተሊወ ክርስቶስ ፈማ
- በምክረ ሓጺር ዮሓንስ ኢ ከማ
- ሶበ መነነት ዓለመ ወገደፈት ትርሲተ ዘማ
- ነፍሳ ወሰዱ መላእክት እንዘ የኃልዩ በዜማ
- መዓለተ ዶሚና ሰማዕት ኣዕረፈት እምጻማ

ሰንክሳር ዕለት ፪ ነሓሰ

ታሪክ ጻድቕት እምባ መሪና

ኣብ ከባቢ ገዳም ኣስቄጥስ ግብጺ ሓደ ክቡር ንጉሥ ነበረ። ሰበይቱ ምስ ሞተት ክምንኵስ ሓሰበሞ ነታ ሓንቲ ጓሉ ማለት ንቅድስት መሪና ገዲፍዋ ከምዝከይድን ርስቱ ክትወርስን ኣማከራ። ሽዑ ቅድስት መሪና "ወይለከይ ኣቦይ ንስካ ክትጸድቕሲ! ኣነ ከ ክጸድቕዶ ኣይትደልየንን ኢካ፡" በልቶ። ኣቦኣ ከኣ "ናብቲ ገዳም እሞ መዓስ ደቂ ኣንስትዮ የእትዉ ኮይኖም" በላ ንሳ ድማ ርእሰይ ተላጽየ ክዳነይ ልክዕ ከም ወዲ ኮይነ ብናይ ወዲ ሽም ጸውዓኒሞ ብሓደ ክልቴና ንፈልስ (ንመንኩስ) በለቶ። ከምኡ ከኣ ገበረ።

ኣብ ጥቓ ገዳም ኣስቄጥስ ኣብ ዝነበረ ገዳም ኣትዮም ከኣ ክልቲኦም ብሓደ መንኮሱ። ንኺ (10 ዓመት) ዝኣክል ከኣ ብገድልን ጾምን፣ ጸሎትን ድሕሪ ምጽንሑም፣ እቲ ኣቦ ይመውት፣ ቅድስት መሪና ድሕሪ ሞት ኣቡኣ ካብቲ ቅድም ትጋደሎ ዝነበረት ንቐጻሊ ብዝበለጸ ተጋደለት። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ኣብቲ ከባቢ እቲ ገዳምን እቲ ዓድን ዝተሓጋገዙሉ ኣብ ዝነበሩ እሞ ብናይ ኣበምኔት (ኣማሓዳሪ) ትእዛዝ ንኣባ እምባ መሪና ሣልሳይ ርእሱ ክከይድ ተኣዘዘ። ምክንያቱ ኣባ መሪና ወዲ ኢሎም እምበር ጓል ኢሎም ኣይፈልጥዎን ነበሩ። ከምኡ ውን ጐበዝ ስለዝኾነ ንመልእክቲ ይብህግዎ ነበሩ።

ግን እንታይ ደኣሉ "ድምጹ ቀጢን ጭሕሚ ከኣ ዘይብሉ" ይብልዎ። ብዛዕባ ድምጹ ካብ ብዝሒ ጾምን ጸሎትን ተጋድሎን ዝተላዕለ ምኳኑ ይኣምኑ ነበሩ። ኣብ ሓደ ብግብረ ሠናይ ዝተመስገነ ሰብኣይ ቤት ሓደሩ። ኣጋጣሚ ከኣ ሽዑ ለይቲ ሓደ

መንእሰይ ንጓል እቲ ዘሕደሮም ሰብኣይ ድንግልናኣ ይዕምጻሞ፡ መን እዩ ድንግልናኺ ዝዓመጸ እንተበሉኺ ኣባ መሪና እዩ በሊ ኢሉ ኣብ ዘረድኣ ሕራይ ትብሎ። ከምቲ ዝበላ ከኣ ኣባ መሪና ክብሪ ንጽሕናይ ወሲዱለይ ኢላ ነገረቶም።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ወለዳ ንፈለስቲ ጽቡቕ ምግባር እኮ እዚ እዩ ትርፉ እናበሉ ብብዙሕ ቀጥዓ ናብቲ ናይቲ ገዳም ኃላፊ (ኣበምኔት) መጺኦም ጠርዑ። እቲ ኣበምኔት ግን፡ በሉ ቀስ በሉ ስም ገዳም ኣይተክፍኡ፡ ብምባል ቀስ ብቐስ ንኣባ መሪና ጸዊየም፡ ኣብቲ ኬድካዮ ዝነበርካ ዓዲ እሞ ዝሓደርካሉ ቤት ፈታዊ ገዳምና ሰብኣይ ንጓሉ ስለዝዓ መጽካሉ ኣብዚ ቅዱስ ገዳምና ክትነብር ኣይግባኣካን እዩ ውጻእ በሎ። ከምቲ ዝተባህሎ ወጸ። ካብቲ ናይ ቀደም ንላዕሊ ከኣ ተጋደለ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ እቲ ሕፃን ተወልደ ኣቡኡ ዝወለዶ የዕብዮ ብምባል ከኣ ናብ ኣባ መሪና ኣምጽእዎ። ኣባ መሪና ከኣ እሺ ሕራይ ኢሉ ወዱ ተቐበለ።

እቲ ሕፃን ከም ፍቓድ ኣምላክ ኣብ በረካ እንስኣ ዘገዳም መጺኡን እናኣጥበውኡ ዓበየ። ሽዑ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ናብ ኣባ መሪና ገድልን ጠባይን ዓቕልን ትዕግስትን ምስ ረኣዩ እቶም መነኮሳት ንሓላፊኦም ናብ ገዳም ክመልሶ ለመንዎ። ንሱ ከኣ ሕራይ ኢሉ ናብ ገዳም ከምዝምለስ ገበረ።

ኣባ እምባ መሪና ንወዱ ኣምሂሩ ልክዕ ከምቲ ናቱ ኣመንኩሶ። ክልቲኦም ከኣ ብሓደ ኣብ ውሽጢ ገዳም ሠናይ ገድሊ ፈጸሙ። ድሕሪዝ "ኔርካ ኔርካ ናብ መሬት፡ ዜርካ ዜርካ ናብ ቤት" ከምዝበሃል ሞት ኣይተርፍን። ኣምላክ ኣብ ዝፈቐዶ ኣባ እምባ መሪና ይመውት። ፈለስቲ (መነኮሳት) ክገንዙን ማይ ክሓጽቡን ክዳውንቱ እንተ ኣውጽኡሉ ሰበይቲ ኮይኑ ጸንሐም። ሽዑ እቶም ቀበርቲ ኩሎም "ኡይ! እግዚኦ መሓረና ክርስቶስ" ብምባል ተነሥሑን ተናዘዙን። ሽዑ ኣብ ወሪደ መቃብር ኩሉ ቀባራይ ተኣኪቡ ከሎ፡ እግዚኣብሔር ክብሪ ቅዱሳኑ ክገልጽ ነታ ሓሳዊትን ዘማዊትን ጓልን ነቲ ሓሳዊ መንእሰይን ንኣባ እምባ መሪና ብዘይገበሮ ዘካፍእዎ፡ ነፍስ ወከፍ ሰይጣን ሰሪርዎም ኣብቲ መቓብር መጺኦም "ኣባ እምባ መሪና መሓረና፡ ይቕረ በለልና፡ ብዘይገበርካዮ ሓሲና ኣዋሪድናካ ኢና ኢሎም ተጋለጹ። እዚ ክብሉ ዝከኣሉ ከኣ ብናቶም ፍቓድ ዘይኮነስ ብናይ እግዚኣብሔር ፍቓድ እዩ።

ሰላም ለመሪና ለወሬዛ በኣምሳሉ፡

እንተ መከረት ጥበበ ጎበ ደብረ ኣጋው ተሃሉ፡

እንዘ ትትጋደል ይእቲ ሶበ ይሰምዕዋ ኩሉ፡

ይትዋሥኡ ወይትበሃሉ ትሑት ቃሉ፡

እምተፀምዶቱ ብዙኅ ወፍድፋድ ገድሉ።

ጸሎት ኣዴና ቅድስት መሪና ምስ ኩላትና ኣመንቲ ኣማላድነታ ይኹን። ኣሜን።

ምንጪ፡- ሰንክሳር ዕለት ፲፮ ነሐሴ

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቅት ቅድስት ማርያም ግብጻዊት

ቅድስት ማርያም ግብጻዊት ሃገረ ትውልዳ ግብጺ እዩ። ብመ- መርታ ዓ ቢይ ጾም (ጾመ ኣርብዓ) ኣብቲ ኣብ ከባቢ ሩባ ዮርዳኖስ ዝርከብ ገዳም ዝርከቡ መነኮሳት መዝሙር እናዘመሩ፣ ሩባ ዮርዳኖስ ኣቋሪጾም ኣብ ናይ ዮርዳኖስ በረካታት፣ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ብዘይርእዮ ወገን (ሽነክ) ብርሕቀት ፋሕ ብምባል ምሉእ ጾመ ኣርብዓ ንፈጣሪኦም ጥራይ እናዘከሩ ንክነብሩ ከካብ ገዳሞም ይወጽኡ። ኣብቲ በረካ ጸኒሑም ሆሣዕና ምስኮነ ናብ ገዳሞም ይምለሱ።

ካብዞም ዝተጠቕሱ ኣቦታት ሓደ ኣባ ዘሲማስ ካባይ ዝበልጽ ናይ ብሕትውና ዘለዎን፣ ኣነ ዘይበጻሕክዎ ናይ ብሕትውና ሕይወት ዘርእየኒ ዶ ኮን ይህሉ ይከውን። ብዝብል ናይ ትዕቢት ሓሳብ እናተማላለሶ ናብቲ ውሽጢ በረካ ኣርሒቑ ከደ። ናይ እግዚኣብሔር መልኣክ ብሃንደበት ተገሊጹ ንርእሱ ንኡስ ወይ ትሑት ጌሩ ናብ ዘርኢ ኮነታትን እዋንን ከባብን ወሰዶ። ኣብ ጉዕዙኡ ኣብ መበል ዕስራ መዓልቲ ኣብ ዝጽልየሉ እዋን ሰብ ዝመስል ነዊሕ ግራጫ ጸጉሪ ዘለዎ ነገር ረኣየ። ሃተፍተፍ ወይ ውን መንፈስ ናይ ሰይጣን ምትሓት እዩ እናበለ ሓሰበ።

ብድሕሪኡ ዕራቕቱ ዝኾነ ናይ ሰብነቱ ቆርበት ብሓዊ ከምዝተለብለበ ብሃሩር ፀሓይ ዝጸለመ ናይ ሰብ ኣካል ምኳኑ ተረዲኡ፣ ካብቶም ኣብ በረካ ዮርዳኖስ ዝነብሩ ቅዱሳን ባሕታውያን ንሓደ ንምርካብ ልቡ ባህ ኢልዎ ርእይ ኣቢሉ ናብቲ ሰብ ጐየየ።

እቲ ሰብ ግና ካብኡ ሃደመ ዘየርክቦ ምኳኑ ምስፈለጠ “ኦ ናይ እግዚኣብሔር ኣገልጋሊ ስለምንታይ ኢካ ካባይ እትሃድም ዘሎካ፣” በሃካ ስለ እግዚኣብሔር ጽንሓኒ ካብ ከማይ ዘለ ሽማግለ ስለ ምንታይ ትሃድም፣ በሎ። ከምዚ ምስ በለ እቲ ዝሃድም ዝነበረ ሰብ ኣብቲ ኣብኡ ዝነበረ ኣካውሕ ከምዝኣተወ ኮይኑ ተራእዮ። ዘሲማስ ከም ሓደ ሕፃን ተንበርኪኩ በከየ።

ንሱ እቲ ዝሃድም ዝነበረ ሰብ “ኣቦይ ዘሲማስ ምእንቲ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢልካ ይቕረ በለለይ፣ ኣነ ጓለ ንስተይቲ ስለ ዝኮንኩ ከምኡ ውን ክዳን ስለ ዘየብለይ ናባካ ክመጽእ ኣይክእልን እየ። እቲ ካባካ ደርብየለይ እሞ ንዕኡ ተከዲነ ክመጸካ በለቶ። ንሱ እውን ስለ ዝተረድኣ ከምኡ ውን ብስሙ ስለ ዝጸውዓቶ ተደኒቑ።

ንሳ ነቲ ካባኡ ሰንድዩ ምስ ሃባ ተከዲና ናብኡ መጺኣ ኣነ ሓንቲ ሓጥኣተ ጓለንስተይቲ ዝኮንኩ ንዓይ ንምርኣይ ንምንታይ ኣድለየካ፡ ካባይ ምምሃርን ምስማዕን ትደልዮ ነገር ኣሎ ድዩ፣ በለቶ።

ዘሲማስ ኣብ መሬት ተደፊኡ ንክትባርኮ ለመና። ንሳ ግና ኣብ ቅድሚኡ ተንበርኪካ ኣቦይ ዘሲማስ ካህን ስለ ዝኮንካን ንብዙሕ እዋናት መስዋዕተ ቀሩርባን ክትፍትት ዝነበርካ ስለ ዝኮንካ፣ ንስካ ኢካ ንዓይ ክትባርከኒ ዝግባእ” በለቶ።

ንሱ ግና ብንብዓት ኦ ዝከበርኪ ቅድስት ንስኪ ንዓለም ዝሞትኪ ምኳንኪ እርኢ ኣሎኩ። ቅድሚ ሕጂ ከይረኣክኒ፣ ከይፈለጥክኒ ብስመይ ጸዊዕክኒ ካህን ምኳነይ ፈሊጥኪ ኢኪ እሞ እግዚኣብሔር ዘደንቕ ጸጋ ሂቡኪ ኣሎ። ስለዚ ምእንቲ እግዚኣብሔር ኢልኪ በረከትኪ ኩተካፍልኒ ክትጽልይለይ እደሊ ኣሎኩ በላ። ከምዚ እናበለ ክልምና ኣብ ዝተዛረበሉ እዋን፣ ልዑል እግዚኣብሔር ድሕነት ደቂ ሰባትን ሓሳብን ዝጥንቀቕ ዝተመስገነ ይኹን ክትብል ተገደደት። ንሱ ኣሜን ይኹነለይ በለ።

ቃለ ትሕትናኣ ብከምዚ ዝስዕበ ገለጸትሉ ንዓይ ብኩሉ ድካ ዝኮንኩ ጓል ኣንስተይቲ ንምርኣይሲ ንምንታይ መጻእካ፣ በለቶ። ኣስዒባ ብዛዕባ ሕዝቢ ክርስቲያንን ሓለውትን ብዛዕባ ነገሥታትን ሓተተቶ። ቅዱስ ዘሲማስ'ውን “ኦ ቅድስት ኣደ ብናትኪ ጸሎት ክርስቶስ ንኩሉ ሰላም ሂቡ እዩ፣ ኣነውን ንስኪ ምእንቲ ኩሉ ዓለም ክትጽልዩ ምእንታይ ምእንቲ ሓጥእውን ክትጽልዩ እልምነኪ ኣሎኩ” በላ።

ቅድስት ማርያም ግብጻዊት ንስካ ካህን ብምኳንካ ድኣ ምእንታይን ምእንቲ ኩሉ ዓለምን ጸሊ፣ ድሕሪ ምባላ ተኣዛዚት ምኳን ስለ ዘድሊ ንዝኣዘዝካኒ ብሓጐስ ክፍጽም እየ፣ ኢላ ገጻ ናብ ምብራቕ ኣቢላ

ኣዒንታ ናብ ሰማይ ኣቕኒዓ ኣእዳዋ ዘርጊሓ ንነዊሕ ግዜ ጸለየት።

ቅዱስ ዘሲማስ ምትሓት ከይከውን ኢሉ ሓሰበ። ሽዑ ንሳ ናብኡ መጺኣ (ቀሪባ) ኣተንሥኣቶ። “ኦ ዘሲማስ ኣቦይ፣ እግዚኣብሔር ካብ ኢድ ሳጥናኤልን ካብ መጻወድያኡን ይሓልወና። ንሱ ምሳና ዘለዎ ኮናት ጽኑዕ እዩ'ሞ” ኢላ ኣማዕተበት።

ቅዱስ ዘሲማስ ነዚ ርእዩን ሰሚዑን ብከመይ ናብዚ በረካ ከምዝመጸትን ታሪክ ሕይወታን ንክትነግሮን ለመና። ምእንቲ መድኃኔዓለም ክርስቶስ ኢልኪ ከይሓባእኪ ነቲ ሓቂ ንገርኒ። ክትነግርኒ ከለኪ ከኣ ንውዳሴ ከንቱ ኢልኪ ዘይኮነስ ንዓይ ንሓጥእን ዘይግብኣንን ነቲ ሓቂ ንምርዳእ፣ ናይ እግዚኣብሔር ጽቡቕ ሥራሕ ምእንቲ ክግለጽ እዩ ናብዚ በረካ'ዚ ዝመርሓኒ። ንስኪ ንእተገልግልዮ እግዚኣብሔር ናትኪ ሕይወት ንከርእየኒ ዝፈቐደ ንክትቃወሚ ኣይግባእን እዩ በላ። ሽዑ ቅድስት ማርያም ግብጻዊት “ኦ ኣቦይ ነቲ ኣጸያፊ ሕይወተይ ንክነግረካ ብጣዕሚ እዩ ዘሕፍረኒ፣ ከምዚ ንስካ እትግምተኒ ኣይኮንኩን። <u>ግና ታሪክይ ብምስማዕካ</u> ከምቲ ሰብ ካብ ክፉእ ኣራዊት ዝሃድም ካባይ ክትሃድም ኢካ። <u>ንክትሰምየውን</u> ኣይትደልን። ኮይኑ ግና ከየቋረጽካ ምእንታይ ጸሊ። ኩሉ ነገር ሕይወተይ ከኣ ክነግረካ እየ በለቶ። ብድሕሪኡ ንብዓታ ካብ ዓይና እናደረዘት ታሪካ ክትነግሮ - መረት።

ሃገር ትውልደይ ግብጺ እዩ ዓል 12 (፲፪ ዓመት) ከለኩ ንስድራይ ገዲፈ ናብ እስክንድርያ ብምካድ ካብቲ ግቡእ ክብሪ ደቂ ኣንስትዮ ክብረይ ኣጥፋኣኩ። ቀጺለ ፍቕሪ ዝሙት ሓደረኒ። ካብቲ ናይ ኃጢኣተይ ዝነበረ ብዝርዝር ገለ ቁሩብ ክነግረካ። ዓል ፲፯ ዓመት ምስ ኮንኩ ንሰባት ዘቃጽል ናይ ኃጢኣት ሓዊ ኮይነ ንብዙሓት ኣስሒተ። ገንዘብ ክንህበኪ ምስ ዝብሉኒ ገንዘብ ኣይቅበልን ነበርኩ ብኣምላክውን እምነት ኣይነበረንን። ኩሉ ከም ድሌተይ እፍጽሞ ነበርኩ። ዝኾነ ይኩን ንዓይ ዝክልክል ዘሎ ኮይኑ ኣይስምዓንን ነበረ።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ሊቢያውያንን፣ ግብጻውያንን ብታህዋክ ናብ ባሕሪ ክስዱ ርእየ ናበይ ከም ዝስዱ ምስ ሓተትክዎም ናብቲ ናይ ክቡር መስቀል በዓል ኣብ ኢየሩሳሌም ክክብሩ ምኻኖምን እቲ መዓልቲ ውን ከምዝቐረበ ነጊሮሙኒ።

ኣብዚ እዋንዚ ኣነ እውን ብዙሓት ፈተውቲ ከምዝረክብ ፈሊጠ ምሳታቶም ብሓባር ንክከይድ ወሰንኩ። ንጉዕዞይ ይኩን ንምግበይ ዝከፍሎ ገንዘብ ኣይነበረንን። ግና ሰብነተይ ኣጋጊዎም ብኡኡውን ንብዙሓት ናይ ሰይጣን መፈንጠርያ ኮይነ ከጋግዮም ከምዝክእል እናተ- ሃርኩ እዛረብ ነበርኩ።

ካብ ኣፍ ደገ ቤተክርስቲያን

ኣብ መወዳእታ ብጣዕሚ ብዙሓት ተሳለምቲ ኣብ ልዕሊ ናይ ጐይታ መቓብር ናብ ዝተሰርሐት ቤተ ክርስቲያን ክስዱ ረኣኩ። ከይዶም እንታይ ከምዝገብሩ ንክርኢ ሓሰብኩ። እናተደፋፍኡ ናብቲ ኣፍደገ ይኣትዉ ምስ ዝነበሩ ንክኣቱ ፈተንኩ። ይኩን እምበር ካብቲ ኣፍ ደገ ብሃንደበት ንድሕሪት ሓደ ኃይሊ ክደፍኣኒ ተፈለጠኒ። ካልኦት ሰባት ግና ኩሎም ብቐሊሉ ይኣትዉ ነበሩ። ኣነ ግና ናብቲ ቤተ ክርስቲያን ክኣቱ ኣይከኣልኩን። ዝኾነ ኃይሊ ንድሕሪት ከምዝምለስ ይደፍኣኒ ከም ዘሎ ውን ተረድኣኒ። ኣብ መ- መርታ ብውሽጠይ ስሒቐ እዝስ ስለ ዝደከምኩ ወይ'ውን ጓለንስተይቲ ብምኳነይ ድክምቲ ስለ ዝኾንኩ እዩ ዝከውን ኢለ ሓሰብኩ። ንካልኣይ ግዜ'ውን ብዝከኣለኒ ፈቲነ፣ ይኩን እምበር ክኣቱ ስለዘይከኣልኩ ኣብቲ ኣፍ ደገ ጠጠው በልኩ።

ንሣልሳይ ግዜን ንራብዓይን ድሕሪ ምፍታነይ ሓይለይ ተወዲኡ፣ ሕልፍ ኢለ ከይደ ኣብ ጥቓ ኣፍደገ ደው በልኩ። ኣፍልበይ እናወቓዕኩ ከኣ በከኩ። ካብ ሓዘነይ ዝተላዕለ ንምንታይ እየ ዘይኣቱ ዘለኩ። ንከይኣቱ ዝክልክለኒ ዘሎ'ውን ብዝሒ ኃጢኣተይ እዩ ኢለ ኣብቲ ኣፍ ደገ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥዕሊ ረኣኩ ሥነ-ግርማኣን ጽባቔኣን ምስ ረኣኩ ዝሓለፈ ኃጢኣተይ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ተነጺሩ ተራእየኒ። ኣነ ብዝገበርክዎ ሓፈረ በደለይ'ውን ኣጨነቐኒ። ድሕሪኡ ኣብ ትሕቲ እታ ሥዕሊ ተደፊአ

ንጐይታይን መድኃንየይን ብምስዓብን ምግልጋልን ካልእ ዕድል ንክረክብ ተማሕፀንኩ ንመድኃኔዓለም ኢየሱስ ክርስቶስ ንከድሕነኒ፡ ብመንገዱ ንክመርሓኒ ለመንክዎ።

ንሱ ብቅዱስ መስቀሉ ንዝነበረኒ ዑረት ልቢ ምስ ኣብርሃለይ ሽዑ ንሽዑ ንዓለምን ሓጐሳን ብምሉኡ ከምዝክሕድን ንሱ ብዝመርሓኒ መንገዲ ንምካድን ቃል ኣተኩ። ድሕሪኡ ዘተኣማምን ቅዱስ መንፈስ ተሰሚዑኒ ደው ካብ ዝበልኩሉ ተንሢእ ምስቲ ዝከይድ ተሳላማይ ተሓጉሰ ቅድሚኡ ምእታው ዝሰኣንክዎ ንምብጻሕ ከኣልኩ። ብዘይ ሓደ ጸገም ኣብቲ ቅዱስ ቦታ በጻሕኩ። ኣብ ምድሪ ተደፊእ ከኣ ነቲ ቅዱስ መስቀል ብምንቅጥቃጥን ብንብዓትን ተሳለምኩ።

ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ ንርእሰይ ረሲዐ። ኣብ መወዳእታ ካብቲ ቤተ ክርስቲያን ወጺእ ናብታ ቃል ዝኣተኩላ ሥዕሊ ቅድስት ድንግል ማርያም ኮይነ ንሥሓ ዝቐበል እግዚኣብሔር ዝተመስገነ ይኹን። ዝከበርኪ ኣደይ ኣነ ኃጢኣተ ካልእ እንታይ ክብል እክእል። ሕጂ ካብ በደለይ ንክርሕቕ እዋኑ እዩ።

ብመንገዲ ንሥሓ ምርሕኒ ኢለ ኣብቲ እዋነ'ቲ " ዮርዳኖስ እንተ ትሳገሪ ዕረፍቲ ክትረክቢ ኢኺ፡" ዝብል ድምጺ ሰማዕኩ። ነዚ ሰሚዐ ኣደይ መዓረይ ኣይትፈለይኒ ኢለ በከኩ። ድሕሪኡ ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበልኩ ጉዕዞይ - መርኩ። ካብቶም ዝጐዓዙ ዝነበሩ ሓደ ገለ ቁሩብ ገንዘብ ሃበኒ እሞ ብእኣ ጌረ ንእሽቶይ እንጌራ ንመገዲ ትኮነኒ ገዛእኩ፡ እናበከኩ ነቲ ናይ ከተማ ኣፍ ደገ ሓለፍክዎ።

ምሸት ምስ ኮነ ኣብ ናይ መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሓንስ ቤተክርስቲያን ከይደ ምሉእ ለይቲ ክበኪ ሓደርኩ። ንግሆ ኣቐዲሰ ሩባ ዮርዳኖስ ተሳጊረ ናብዚ እትርእዮ ዘሎካ በረካ (መጻእኩ) በጻሕኩ። ካብኡ - ሚረ ክሳብ ሕጂ ካብ ሰባት ተፈልየ ምስቲ ብንሥሓ ዝምለሱ ዝቐበል ፈጣርየይ እነብር ኣሎኩ።

ቅዱስ ዘሲማስ "እመቤተይ ኣብዚ በረካ ምቐማጥ ካብ ትጅምሪ ክሳብ ሎሚ ክንደይ ዓመት ኮይኑ፡" በላ። ንሳ ፸፯ ዓመት በለቶ። ድሕሪኡከ ኣብ ሕይወትኪ ካብ ዝረከብክዮ ለውጢ ዝተላዕለ እዚ ኩሉ ዓመታት ብዘይ ሓደ ጸገም'ዶ ትነብሪ፡" በላ። ንሳ "ዘሲማስ ኣቦይ ንክዛረቦ ዘፍርሃኒ ዘረባ ሓተትካኒ ብናይ ፈጣርየይ ለውሃት ንዝሓለፍክዎ ፈተናን መከራን እንተ ድኣ ዘኪረዮ እንደገና ተመሊሱ ዝመጸንን ዘሸንፈንን ስለ ዝመስለኒ እፈርህ እየ" በለቶ።

ንሱ "ዝተቐደስኪ ኣደይ ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይትሕብእለይ" በላ። ንሳ ዘሲማስ ኣቦይ ፲፯ ዓመት ምስ ኣራዊት ነበርኩ። ኣብ መ- መርታ ኣብዚ በረካ እዚ ሕይወት ምሕላፍ ብጣዕሚ ከቢድ እዩ። ዝሓለፈ ሕይወተይን ዘሕለፍክዎ ሓጐስን ብምሕሳብ እፍተን ነበርኩ። ኣብዚ ምድረ በዳ እዚ ዝስተ ማይ ንጣብ እኳ ንምርካብ ኣሸጋሪ እዩ። ካብ

ጥሜትን ጽምእን ከምኡነውን ናይ ፀሓይ ሃሩር ዝተላዕለ ብጣዕሚ ተሸጊረ እየ። ብዙሕ ግዜ ሓሚመ ንሞት እቃረብ ነበርኩ።

ናይ ዝሓለፈ ሕይወተይ ትዝታ ደጋጊሙ ምስ ኣሳቐየኒ ኣብ መሬት ወዲቐ ብምብካይ ጐይታ ንክረድኣኒ እልምኖ ነበርኩ። ዘሸግሩኒ ዝነበሩ ነገራት ከመይ ጌይረ ክገልጸልካ እክእል። ኣብ መወዳእታ ኣብ ልበይ ፍጹም ሰላም ተሰምዓኒ። እዚ ኩሉ ፈተና ኣሕለፍኩ ኣምላከይ ዝደለኩዎ ኩሉ ሃበኒ። ስለ እቲ ዝሓለፈ ሕማቐን ክፉእ ሕይወተይ ኣብዚ እበኪ ነበርኩ። ኣብ መወዳእታ እግዚኣብሔር ኣጸናንዓኒ” በለቶ።

ቅዱስ ዘሲማስ ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ጠቒሳ ክትዛረብ ምስ ሰምዐ “ቅዱሳት መጻሕፍቲ’ዶ ተማሂርኪ ኔርኪ፡” በላ። ንሳ “ሩባ ዮርዳኖስ ምስተሳገርኩ - ሚረ ክሳብ ሎሚ ንስካ እንተዘይ ኮይኑ ገጽ ሰብ ርእየ ኣይፈልጥን እየ። ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ትምህርቲ’ውን ፈጺመ ኣይተመሃርኩን፡” ኣብ መ- መርታ ከምዝነገርኩካ “ኣነ ኃጢኣተ ስለ ዝኾንኩ ጸልየለይ” በለቶ። ከምዚ ኢላ ብተመስጠ ርእሳ ድንን ድሕሪ ምባላ ናብ ቅዱስ ዘሲማስ ተመሊሳ “ናብ ፈጣርየይ ክሳብ ዝከይድ እዚ ኩሉ ዝነገርኩካ ንማንም ሰብ ኣይትንገረለይ ሕጂ ብሰላም ኪድ” በለቶ።

ኣብ ዝመጽእ ዓመት ጸመ ፶ ከምቲ ልማድ ናይቲ ገዳም ልምዲ ሩባ ዮርዳኖስ ኣይትሳገር፡ ኣብ ገዳም ጽናሕ፡ ክከይድ እየ እንተበልካ እውን ኣይኮነልካን እዩ ሐሙስ ጽግቦ መዓልቲ ኣብቲ ስግር ዮርዳኖስ ቅዱስ ቀሩርባን ኣዳሊካ ጽንሓኒ” ኢላ ኣብቲ ዝነበረቶ በረካ ተሠወረት።

ቅዱስ ዘሲማስ ተንበርኪኹ ጠጠው ኢልዋ ኣብ ዝነበረ ቦታ ሰጊዱ ነቲ ኩሉ ዘርኣዮን ዝገለጸሉን ልዑል እግዚኣብሔር ኣመስገነ፡ ሽዑ ንሽዑ ናብቲ ገዳም ተመሊሱ እቶም ኣበው ባሕተውቲ መነኮሳት ናብ ገዳሞም ዝምለሱሉ ዕለት ንሱ ናብ ገዳሙ ኣተወ፡

ንሓደ ዓመት ዝኣክል ነቲ ዝረኣዮ ኩሉ ንሓደ ሰብ ከይነገረ ጸንሐ፡ እንደገና ንእግዚኣብሔር ንቅድስት ማርያም ግብፂት ከርእዮ ደጊሙ ይጽሊ ነበረ፡ እታ ዓመት እቲኣ ንቅዱስ ዘሲማስ ብጣዕሚ ነውሓቶ፡ ዝከኣሎ እንተዝኸውን ነታ ዓመት ናብ ሓንቲ መዓልቲ ክትቅየረሉ ይደሊ ነበረ፡

ጸመ ኣርብዓ ምስኮነ ቅዱስ ዘሲማስ ሓሚሙ ደቀሰ፡ ከምቲ ኣቐዲማ ነጊራቶ ዝነበረት ካብቲ ናይ ገዳም ልማድ ተረፈ፡ ኃሙስ ጽግቦ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅዱስ ሥጋን ክቡር ደምን ሒዙ ከምኡ ውን ንእሽቶ ተምርን ጥጥቐን ሒዙ ናብቲ ዝነገረቶ ከባቢ ሩባ ዮርዳኖስ ከይዱ ተጸበየ፡ ንነዊሕ ግዜ ምስ ተጸበየ እሞ ምስ ደንጎየት ኣነ ኣብቲ ናታ ጸጋ ስለ ዘይበጻሕኩ ወይ ከኣ መጺኤ ስኢናትኒ እያ ብምባል ሓሳብ ጀመረ፡

ድጎሪኡ ናይዛ ባሕታዊት ገጽ ንክርእዮ ፍቕድ እግዚኣብሔር ክኸውን ጸለየ፡ ድጎሪ ምጽላዩ በቲ ሩባ ዮርዳኖስ ብእግራ ናብኡ ክትመጽእ ኣማዕድዩ ረኣያ፡ ንሱውን ክሰግደላ ክብል እንከሎ “ ንሳ በቲ ልዕሊ ማይ ብእግራ እናመጸት እንከላ ኣቦይ ዘሲማስ እንታይ ኢኻ ትገብር ዘሎኻ። ንስኻ ናይ ክርስቶስ ክቡር ደምን ቅዱስ ሥጋን ሒዝኻ ኣሎኻ” በለቶ፡ ድጎሪኡ ንክባርኻ ሓተተቶ እሞ ካብቲ

ቅዱስ ምሥጢር ከኣ ኣቐበላ፡ ኣእዳዋ ናብ ሰማይ ዘርጊሓ ናይ ሓጐስ ወይ ናይ መፈጸምታ ዓለም ምልክት መግለጺ ብዝኾነት ንብዓት " ኦ ጐይታይ እንሀ ኣገልገሊትካ ከም ቃልካ ኣሰናብተኒ ኣዒይንተይ ምድኃንካ ርእየን እየን " በለት፡

ናብ ቅዱስ ዘሲማስ ብምርኣይ " ኦ ኣቦይ ዘሲማስ ምስ ብዙኅ ይቕሬታ ካልእ ነገር ከሸግረካ እየ፡ ሕጂ ናብ ገዳምካ ብሰላም ተመለስ፡ ናይ እግዚኣብሔር ለውሃት ይሓሉኻ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ናብታ ዝረኸብካኒ ቦታ ምጻእ እሞ ኣብኡ ንካልኣይ ግዜ ክትረኽበኒ ኢኻ፡" በለቶ፡ ንሱ ኣነ ናትኪ ኣብነት ተኸቲለ ንስኪ ዘለኽዮ በረኻ ንኽኣቱ እናፍቐ ኣለኹ" በለ፡

ካብቲ ቁሩብ ዘምጽኦ ዝብላዕ ቁሩብ ክትጥዕመሉ ክትበልዓሉ ሓተታ፡ ንሳ ካብቲ ጥዋቐ ብኣጻብዕታ ብምትንካፍ ሠለስተ ፍረ ኣልዒላ ኣብ ኣፋ ገበረት፡

" ፀጋ እግዚኣብሔር ንነፍሲ ብንጽሕና ንምሕላው እኹል እዩ" በለት፡ ንኽጽልየላ ከኣ ሓተተቶ፡

ድጎሪኡ ነቲ ባሕሪ ዮርዳኖስ ብእግራ ተሳጊራ ኣብቲ በረኻ ተሠወረት፡ ንሱ ካብኣ ብምፍላዩ እናገሃየ ተመልሰ፡

ኣብቲ ካልኣይ ዝመጽእ ዓመት ናብቲ በረኻ ከደ፡ ሞይታ ሰብነታ ኣብ ሑጻ ወዲቑ ጸንሐ፡ ቅዱስ ዘሲማስ ብጣዕሚ ኃዘን ተሰሚዕዎ ኣብ ጎድና ኮይኑ ተንበርኪኩ ንነዊሕ ሰዓት እናበኸየ ነታ ግዜ እቲኣ ዝግባእ ጸሎት ጸለየ፡

ድጎሪኡ ኣበይ ከም ዝቐብራ ብሓሳብ ከውርድ ከድይብ ከሎ ኣብቲ ወገን ትርኣሳ ኣብ ልዕሊ ሕፃ " ኦ ኣቦይ ዘሲማስ ኃሙስ ጽግቦ መዓልቲ ናብ ፈጣሪየይ ከይደ ኣሎኹ ናይታ ድኽምቲ ማርያም ሥጋ ኣብዚ ሕፃ እዚ ቅበር ሓመድ ናብ ሓመድ ይመለስ፡ ምእንታይ ጸሊ (ጸልየለይ) " ዝብል ጽሑፍ ተጻሕፉ ረኸበ፡

ቅዱስ ዘሲማስ ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት እቲ ቅዱስ ቁርባን ምስ ኣቐበላ ከመይ ኢላ ኣብታ ዕለት እቲኣ ኣብዚ ቦታ እዚ በጺሓ ከምዝዓረፈት እቲ ኣስከሬና (ሥግኣ)ውን ዓመት ምሉእ ፈጺሙ ከይተለወጠ ብምጽንሑ ተገረመ፡

ኣብዚ ግዜ'ዚ ካብቲ ዱር ኣንበሳ መጺኡ ኣእጋራ ድጎሪ ምልሓስ ንመቓብር ዝኸውን ጉድጓድ ኰዓተሉ፡ ኣቦ ዘሲማስ ንኹሉ ንኽትጽሊ እናተማሕጸነ ኣእጋራ ብንብዓት ሓጸበ፡ ድጎሪኡ ኣብቲ ዝተኳዕተ መቓብር ቀበራ፡

ናይ ጻድቅት ቅድሰት ማርያም ግብፃዊት ረድኤትን በረኽትን ኣይፈለየና፡

- ሰላም ለማርያም ህየንተ ዘረከባ ምንዳቤ፡
- ኣንበሳ ዘኾነ በድነ ሥጋሃ ዓቃቤ፡
- ቀበራ ዘሲማስ በኣዕፋ እስመ ኣልባቲ ግልባቤ፡
- ረኪቦ መልዕልተ ርእሳ መጽሓፈ ነባቤ፡
- ለማርያም ግብጻዊት ቅብራ ዘይቤ።

ምንጪ፡- ሰንክሳር፡- ዕለት ፮ ሚያዝያ

- ***ተኣምረ ማርያም***
- ***ነገረ ቅዱሳን ገጽ 210-215***

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቅት ቅድስቲ ማርታ

ጻድቅት ቅድስቲ ማርታ ካብ ሃገር ምስሪ ካብ ሃብታማት ወለዲ ተወልደት፡ ቅድስቲ ማርታ ብንእስነታ ቅድሚ ናብዚ ቅድስና እዚ ምብጻሓ ንዓለም ኣዝያ ተፍቅራ ነበረት። ኣብ ዓለም ከኣ ትነብር ነበረት። “ኣብ ዓለም ንበር ዓለም ግን ኣባካ ኣይትንበር” ዝብልዎ ምስላ ኣቦታት ዘንጊዓ፡ ካብ ህላወ እግዚኣብሔር ርሒቓ፡ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ኃጢኣት ዓለም ብጭንቀትን ጓህን ድሕሪ ምንባራ፡ እግዚኣብሔር ልባ ኣብሪሁላ ብበዓል ልደት ናይ ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ክትሳለም ኢላ ምስ ከደት እቲ ሓላዊ ቤተክርስቲያን ንስኪ ናብ ቤተክርስቲያን ክትኣትዊ ኣይፍቀደልክን እዩ ኢሉ ምሕላፍ ምስ ከልኣ ንከፍቅደላ ብዙሕ እኳ እንተለመነቶ መሊሱ ደኣ ኣብ መንጉኣም ባእሲ ተፈጥረ።

ነዚ ቆይቂ እዚ ዝሰምዐ ኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን እንታይ ምኳኑ ክፈልጥ ተቐላጢፉ ካብ ቤተክርስቲያን ናብ ግዳም ይወጽእ እሞ ማርታ ድማ ምስቲ ሓላዊ ቤተክርስቲያን ክትመላለስ ምስ ረኣያ ከምዚ ክብል ሓተታ። መልኣክን ሰይጣንን ዶ ርክብ ኣለዎም: ይመስለኪ የብሎምን ድሕሪ ምባላ በሊ ንስኪ ናይ ሰይጣን ግብሪ ኢኪ ትገብሪ ዘለኪ እሞ እቲ መልኣክ ባዕሉ ከይባኣሰኪ ካብዚ ርሓቒ ምስ በላ እናበከየት እንድሕር ተነሲሐ ከ ይቐበለኒ ዶ: ክትብል ሓተተቶ፡

ንሱ ድማ ዘሎ እቲ ሽልማትክን ወርቅታት ዝኣከብክዮን ኣብ ቅድሜና ኣምጺኪ እንድሕር ድኣ ብሓዊ ኣቃጺልክዮ ኩሉ ዝገበርክዮ ኃጢኣትኪ እግዚኣብሔር ክገድፈልኪ እዩ ምስ በላ ከይወዓለት ከይሓደረት ተቓላጢፋ ኣምጺኣ ኣብ ቅድሚ እቶም ኣመንቲ ሕዝበ ክርስቲያን እቲ ኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን ከቃጽሎ ሓደራ ሃበቶ፡ ንሱ ከኣ ኣብ ቅድሚኣ ኣቃጸሎ።

ድሕሪ'ዚ እቲ ኣማሓዳሪ ቤተ ክርስቲያን ርእሳ ላጽዩ፡ እቲ ምስኣ ዝነበረ ክዳውንቲ ኣልጊሱ ናይ ፈላሲት ልብሲ ኣልበሳ፡ ከምኡ ከኣ ናብ ደቂ ኣንስትዮ ፈለስቲ ዝርከባሉ ገዳም ኣእተዋ። ንሳ ድማ ብተስፋን ሓጐስን ተመሊኣ ብጾምን ጸሎትን እናተጋደለት ነቲ ናብራ ዓለም ዝነበረቶ ኣተሓሳስባ ብሓጺር እዋን ኣጥፊኣ ናብ ናብራ ቅድስናን ንጽሕናን ዝልውጥ ሕይወት በጽሐት።

ቅድሚ ጸሎት ምጅማራ ድማ ኩሉ ኃጢኣታ እናዘከረት ንነፍሳ ከምዚ እናበለት ትወቕሳ ነበረት። ናብዚ ብየእማንን ዕንጨይትን ዝተሰርሐ ናይ ፈለስቲ ገዳም ተደርቢኪ ሓሳርን መከራን እንተዘይተቐቢልኪ ከመይ ኢልኪ ድኣ ኢኪ ናብቲ ናይ ብርሃን

መንግሥቲ ክትኣትዊ ትደልዩ፡ ዘለኪ መንዩ ከ ዝወሓሰኪ፡ መን ዩ ከ በኻ ዝኾነኪ፡ እናበለት ከምኡ ውን ኣብ ቅድሚ ሓላዊ ቤተክርስቲያን ብኃጢኣተይ ዝሓፈርኪ ኣብ ቅድሚ'ቶም ቅዱሳን መላእክትካ ነፍሰይ ከይትሓፍር ኣብዛ ብላይ ጨርቂ ኃላፊት ዓለም ከለኩ በደለይ ሕደገለይ እናበለት ለይቲ ምስ መዓልቲ ሕይወታ በቲ ዝገበረቶ ኃጢኣት እናወቐሰት ንዕስራን ሓሙሽተን (፳፭) ዓመት በዚ ከምዚ ዓይነት ገድሊ ምስ ጸንሐት እግዚኣብሔር ጸሎታ ተቐቢሉ ኩሉ ቃል ኪዳን ሂቡ ብኢድ መላእክቲ የዐቺቡ ናብታ ስፍራ ጸድቃንን ሰማእታትን ዝኾነት ገነት መንግሥቶ ሰማይ ብዓቢ ክብሪ ኣእተዋ።

ጸሎታን በረከታን ናይ ኣዴና ቅድስቲ ማርታ ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለማርታ ጥዕምተ ዝክር ወዜና፡
- ዘተአፅፈት ሠቀ ኣልባሰ ወርቅ መኒና፡
- ኣመ ገሠፃ ኢትባዕ ውስተ ቤተመቅደስ በኢንፅሕና፡
- እስከ ሞዓቶ ለእኩይ ጎሊና፡
- ዓቃቤ ሖጎት ምክንያተ ኮና።

ቅድስቲ ማርታ ዕረፍታ ዕለት ፫ ወርሒ ሰነ (ሰንኽሳር) እዩ።

◆ ◆ ◆

ታሪክ ጻድቅት ቅድስት ኢላርያ

ናይዛ ቅድስት ኣደ ኣቦኣ ናይ ግብጺ ንጉሥ ኮይኑ ዘይኑን ይበሃል። ብሃይማኖቱ ኣዝዩ ምስጉን ነበረ እንተኾነ ብዘይካ ክልተ ኣዋልድ ወዲ ኣይወለደን።

ኣብ ርእሲ ምውሓደንውን ቅድስት ኢላርያ ብንጽሕናን ምንኩስናን ምንባር ስለ ዝፈተወት ምእንቲ ከይፈልጣ ናይ ሰብኣይ ክዳን ተኸዲና ካብ ናይ ግብጺ ገዳማት ኣስቄጥስ ናብ ዝተባህለ ገዳም ከደት። ኣብኡ ድማ ኣባ ባማ ዝተባህለ ዓቢይ ጻድቕ ረከበት እሞ ሓሳባን ታሪካን ገለጸትሉ።

ንሱ ግን ነቲ ዝነበረቶ ታሪክ ሕይወት ብምዕቃብ ን፲፭/ 15 ዓመት ዝኣክል ተራድኣ። እዚ ፲፭ / 15 ዓመት እዚ ድማ ብገድልን ጾምን ጸሎትን ምስ ጽምዋ ኣብ በዓቲ ኮይና ተሕልፎ ነበረት። እቶም ኣብቲ ገዳም ዝነብሩ ዝነበሩ መነኮሳት ሰበይቲ ምኳና ስለ ዘይፈልጡ ጭሕሚ ብዘይምርኣዮም ህጽው ኣባ ኢላርያ እናበሉ ይጽውዕዎ ነበሩ። ከምኡ ውን እታ ኣብ ገዛ ዝተረፈት ሓንቲ ሓብታ ጋኔን ተጻብኣ እሞ ጽኑዕ ሕማም ሓመመት። ኣቡኣ ንመሐከሚኣ ብዙሕ ወጻኢ ገበረላ። እንተኾነ ግን እዞም ዝተፈላለዩ ሓካይም ክፍውስዋ ኣይከኣሉን። ምሕዋይ ምስ ኣበየቶ እቶም ኣማከርቲ ናብ

ገዳም ኣስቄጥስ ወሲዱ ማይ ጸሎት ከሕጽባ ኣማከርዎ። ኣቡኣ ድማ ዝኣክል ስንቅን ወተሃደራትን ኣሰንዩ ናብ ገዳም ኣስቄጥስ ለኣካ።

ከምዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ድማ ናብቶም ቅዱሳን ኣቦታት ጽሒፉ ለኣከ። ኦ ኣቦታተይ ገዳማውያን ሓዘነይ ርእኩም ብጸሎትኩም ርድኡኒ። እግዚኣብሔር ክልተ ኣዋልድ ሂቡኒ ነይሩ። እታ ሓንቲ ካብ ዓለም ሃዲማ ናበይ ከም ዝከደት ኣይፈለጥኩን። ሕጂ ድማ እታ ሓንቲ ዝተረፈት መጻናንዒት ክትኮነኒ ዝተጸበኩዋ ጋኔን ስለ ዝሓዛ ብጸሎትኩም እግዚኣብሔር ክፍውሳ ንገሩለይ ኢሉ ዓቢ ለበዋ ሂቡ ኣፋነዎም።

እቶም ገዳማውያን ኣቦታት ድማ ንብዙሕ መዓልታት ብማየ ጸሎት እናገበሩ እንተጸዓሩ ክትሓዊ ኣይከኣለትን። እንተኾነ ግን እቲ ኣብኣ ሓዲሩ ዝነበረ ጋኔን ብዘይካ ኢላርያ ዘውጻኣኒ የለን ብምባል ዓው ኢሉ ጨደረ። ንሳቶም ድማ ንኢላርያ ጸዊያም ኪድ እዛ ቆልዓ ጋኔን ሒዝዋ ስለ ዘሎ ጸሎት ግበረላ በልዎ።

ንሱ ግን ነዚ ነገር'ዚ ክገብሮ ኣይክእልን እየ፡ ኣነ በዓል ብዙሕ ኃጢኣት ስለ ዝኾንኩ በጃኩም ሕደጉኒ እንተበሎም ክቕበልዎ ኣይከኣሉን ገዲፎምሉ ደኣ ከዱ። ሽዑ ኢላርያ ናብ በዓታ ወሲዳ ጸሎት ምስ ጸለየትላ ኣብ ውሽጢ ሓጺር መዓልቲ እቲ ኣብኣ ሓዲሩ ዝነበረ መንፈስ ርኩስ ኡይ እናበለ ካብኣ ነፊጹ ጠፍኣ። ቅድስት ኢላርያ ግን ሓብታ ምኳና ስለዝፈለጠት ተዕልላን ትስዕማን ነበረት።

ውጽእ ኢላ ከኣ ንበይና ትበኪ ነበረት። ንሳ ግን ሓብታ ምኳና ኣይፈለጠትን። ድሕሪ'ዚ ቅድስት ኢላርያ ናብቶም ቅዱሳን ኣቦታት በሉ ብጸሎትኩም እግዚኣብሔር ፈዊስዋ እዩ'ሞ ውሰድዋ በለቶም። ንሳቶም ድማ ብሰላም የእትኪ ኢሎም ናብ ኣቡኣ ኣፋነውዋ።

ኣብ ቤት ኣቡኣ ምስ በጽሔት ንጉሥ ዘይኑን ምስቶም መኳንንቱ ኣዝዮም ተሓጐሱ። ንእግዚኣብሔር ድማ ኣመስገኑ። ድሕር'ዚ ኣቡኣ ከመይ ኔርኪ ንለይ ኣብቲ ገዳም ኢሉ ምስ ሓተታ ንዓይ ዘሕወየኒ ኣባ ኢላርያ እዩ ዝበሃል። ንሱ ኣዝዩ ይፈትወኒ እዩ ኔሩ ይስዕመኒ ድማ ኔሩ ምስ በለቶ ልቡ ተሃወከ። ፈላሲ ዶ ንሰበይቲ ክስዕም ይግብኦ እዩ ኢሉ ሓሰበ። ሓሲቡ ውን ኣይተርፈን ወተሃደራት ናብ ገዳም ኣስቄጥስ ዝከዱ መዲቡ ነቶም ገዳም ኣስቄጥስ ነቲ ንለይ ዝፈወሳ ኣባ ኢላርያ ክባርከኒ ስለዝደለኩ ስደዱለይ ክብል ለኣከ።

ድሕር'ዚ እቶም ኣቦታት ቅዱሳን ናብ ኣባ ኢላርያ መጺኦም ንጉሥ ጸዊዕካ ክትከይድ ኢሎም ምስ ኣዘዝዎ ብርቱዕ ብክያት በከየ። በጃኩም ምሓሩኒ እናበለ'ውን ኣብ እግሮም ወደቐ። ንሳቶም ድማ ጻድቕ ንጉሥ እዩ መፍቀሪ ቤተ ክርስቲያን ድማ እዩ። በቲ መጻሕፍቲ ዝእዝዙና ከኣ ትእዛዝ ንጉሥ ክንኣቢ ኣይንክእልን ኢና ኢሎም ምስ ኣበይዎ ናብቲ ንጉሥ ኣቡኣ ብዘይ ፍቕዱ ተገዲዱ ከደ። ናብቲ ቦታ ምስ በጽሐ ንጉሥን ኮሎም እቶም መኳንንት ይቕበልዎ እሞ ኮሎም በረከቱ ተካፈሎም ምስ ከዱ

እቲ ንጉሥ በይኑ ኮይኑ ክሓተካ እየ ጸዊዔካ ዘሎኩ ሓንቲ ነገር ኣብ ልበይ ቂር ዝበለትኒ ስለ ዘላ እየ።

ንሳ ድማ ንጓለይ ትስዕማ ኔርካ፣ ስለዚ እዚ ምሥጢር'ዚ ክትገልጸለይ እደሊ ኣሎኩ ክብል ሓተቶ። እዚ ክሓታ ከሎ እታ ኣዲኣ ንግሥቲ ምስኡ ኔራ። በሉ ነዚ ሕቶ'ዚ ክምልሰልኩም እንተ ደሊኩም መጽሓፍ ቅዱስ ኣምጽኡ ቅድም ቃል መሓላ ክትፍጽሙለይ። ምክንያቱ እቲ ምሥጢር እንተ ነጊረኩም ምስዳድ ከይትከልኡኒ ምስ በለቶም ኩሉ ፈጸሙ። በሉ ኣነ ጓልኩም ኢላርያ እየ ኢላ ካብ ገዛኣ ዝወጸትሉ ዕለቱን እዋኑን፣ ክዳውንቲ ኣወዳት ከምዝተከደነት፣ ካልእ ውን ንሳቶም ዝፈልጥዎ ምሥጢር ምስ ነገረቶም፣ ንጉሥን ንግሥትን ዓው ብዝበለ ድምጺ የእወዩ። ኩሎም እቶም ቤተ መንግሥቲ በከዩ። ሕጂ ኣይንገድፈክን ኢና ምሳና ኢኪ ትኮኒ ኢሎም ኣበይዋ።

ንሳ ግን እታ ዝመሓልክምዋ ዘክሩ ኢላቶም ድሕሪ ብዙሕ ለመና ንዿ/ 40 መዓልቲ ምስኣቶም ጸኒሓ ናብታ ሕይወት ቅዱሳን ገዳም ኣስቄጥስ ተመልሰት።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ዘይኑን ንጉሥ ኣቡኣ በቲ ፍቕሪ ኣምላክ ኣብ ልዕሊ ጓሉ ቅድስት ኢላርያ ሓዲርዋ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ተመሲጡ ነቶም ገዳም ኣስቄጥስ ዘድልዮም ክወሃቡ ኩሎም ኣብ ምድሪ ግብጺ ዘለዉ ድማ ዓመት ዓመት ግብሪ ንገዳም ኣስቄጥስ ክግብሩሎም ኣዘዘ። እቶም መነኮሳት ድማ ተሓጐሱ። ኣብ ደብሪ ኣባ መቃርስ ፱፱/900/ ኣብያተ ክርስቲያን፣ ኣብ ደብሪ ኣባ ዮሓንስ ፯፱/700/ ኣብያተ ክርስቲያን፣ ኣብ ደብሪ ኣባ ብሶይ ፭፱/500/ ኣብያተ ክርስቲያናት ኣብ ደብሪ ኣባ ሙሴ ፫፱ /300/ ኣብያተ ክርስቲያና ሃነጸ።

ቅድስቲ ኢላርያ ምስ ወለዳ ድሕሪ ምርካባ ንፅ/ 5ተ ዓመት ጸኒሓ ምሉእ ቃል ኪዳን ካብ ኣምላክ ተዋሂብዋ በዛ ቅድስቲ ዕለት'ዚኣ ናብ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዕረፍታ ተጸዊዓ ናብቲ ዘይሓልፍ መንግሥቱ ሰማያዊ ንጉሥ ወራሲት ኮነት።

ዕረፍቲ ቅድስቲ ኢላርያ ኣስተርእዮ ማርያም ጥሪ ፷፩ እዩ። (ሰንክሳር)

ናይ ኣዴና ቅድስቲ ኢላርያ ጸሎታን በረከታን ምስኦልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለንግደትኪ ገዳመ ኣስቄጥስ ርሑቀ፣
- ትርሚተ ኣቡኪ ንጉሥ እንዘ ታስተማስሊ ኣዕቀ፣
- ኢላርያ ጎሪት በዘ ትፈጽሚ ጻሕቀ፣
- ለወለተ ሃይማኖት እንተ ትትለአኪ ጽድቀ፣
- ከመ ትጣየጢ ሠቀ ወሃብኪያ ወርቀ።

◆ ◆ ◆

ታሪኽ ተነሳሒት ጻድቕት ጓል ንጉሥ ሮማ

ናይ ሃገረ ስም ኤጲስ ቆጶስ ኣባ ያዕቆብ ናይዛ ቅድስት ኣደ ታሪኽ ብከምዚ ዝስዕብ ገሊጽዎ ይርከብ፡

“ ሓደ መዓልቲ ኣብ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ውሽጢ እንከሎኹ ነቲ ኣብ ደገ ናይቲ ገዳም ማዕጸ ሓደ ሰብ ኳሕ ኳሕ ከብሎ ሰማዕኩ፡ ተንሢአ ከኣ ናብቲ ኣፍ ደገ ከድኩ፡ ሓደ ኣረጊት ዓጽፌ (ካባ) ዝተኸድነ ገጹ ውን ዝተሸፈነ ሰብ ረኣኹ ” እቲ ሰብ ካበይ መጺእካ። እንተበልክዎ ካብ ገዳም ኣቡነ መቃርስ እየ መጺአ ሕጂ ግና ሎሚ ለይቲ ኣብዚ ቅዱስ ገዳም ሓዲረ ቅዱስ ቁርባን ክወስድ እደሊ ኣለኹ ” በለኒ፡

ኣነ ከኣ ገጽካ ከይረኣኩ ኣይኽፍተካን እየ ክብሎ እንከሎኹ ንሱ ገጸይ ክትር ኢ ኣይትድለ፡ ገጸይ ብብዝሒ ኃጢ ኣተይ ዝጸለመ ገጸይ ንዝርኢ እቲ ካብኡ ዝኽፍእ ክፉእ ግብረይ ከኣ ስለዝረአ ክትርእየኒ ኣይትድለ” በለኒ፡

ምስ ከልከልክዎ ናብቲ ጣሻ ክምለስ ሓሰበ፡ ኣነ ከኣ ጠምዩ ወይ ጸሚኡ እዩ ኢለ ሓሰብኩ፡ ስለዚ ከፈትኩሉ'ሞ ናብቲ መንበርየይ ኣእተኹዎ፡ ዝብላዕውን ኣምጻእኩሉ፡ ንሱ ግና “ ድኅሪ ቅዱስ ቁርባን ጽባሕ እንተዘይኮይኑ ኣይበልዕን እየ” ብምባል ኣበየኒ፡

ድኅሪኡ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣተወ'ሞ ኣብቲ ጸልማት ጠጠው በለ፡ ኣብኡ ዘለዉ መነኮሳት ክሳብ ዝግረሙ መዝሙረ ዳዊት ክንብብ እንከሎ ድምጹ ከም መላእኽቲ ኮይኑ ተሰምዓኒ፡ ንጽባሒቱ ምስ ወግሐ ከኣ ኣብ ኣእጋሩ ኮፍ ኢሉ ተቐመጠ፡ ዋላ ሓንቲ ከንብብ ኣይደለየን፡

ንሕና ግና ንኽጽልየልና ቀሪብና ለመንናዮ፡ ንሱ “ ኣቦታተይ ብብዝሒ በደለይ ገጸይ ዘጸለምኩ ስለዝኾንኩ ኣነ ምእንታኹም ከመይ ኢለ ክጽሉ።” በለኒ፡

ሥርዓተ ቍርባን ከነዕርግ እንከሎና ከኣ ብእግሩ ጠጠው ኢሉ መልእኽቲ ጳውሎስ ። መልእክቲ ሓዋርያ። ግብረ ሓዋርያት ከንብብ ጀመረ፡ ንራብዓይ ግዜ ኣብ ፊት እቲ መሰውዒ ደው ኢሉ ወንጌል ዮሓንስ ከንብብ ጀመረ፡ እቲ ኣብ ርእሱ ተሸፊንዎ ዝነብረ ጨርቂ ከኣ ኣውረዶ፡ ካብቲ ካብ ገጹ ዝወጽእ ዝነብረ ብርሃን ዝተላዕለ መልክዕ ገጹ ፈሊኻ ዘይፍለጥ ኮነ፡ ንሕና ቆሪብና ምስ ወጻእና ብድኅሬና ቆረበ፡

ካብ ደቂ ነገሥታት ከይኸውን ኢልና ከኣ ንሕና ተጠራጠርና፡ ዝብላዕ እንተኣቕረብናሉ ኣይተቐበለናን፡ ግና ሰይጣን ብኣኣተን ጌሩ ብዘስሕት ካብ ገጽ ደቂ ኣንስትዮ ንኽንርሕቕ መዓደና፡

ኣብኡ ሓደ ሮማዊ ዝኾነ ዓቢ መነኮስ ነበረ፡ ንሱ ኦ ኣቦይ ያዕቆብ እዚኣ ካብተን ዓበይቲ ደቂ ነገሥታት ጓል ኣንስተይቲ እያ፡ “ ስለዚ ንኽይትፍለጥ ገጻ ካብ ሰብ ትሓብእን ትሸፈንን ኣላ” በለኒ፡

ድኅሪኡ ኩሉ ኮነታት ካባይ ከይሓብአት ንኽትነግረኒ ብስም ክርስቶስ ከምሕላ ናብቲ ዘላቶ ናብኣ ከድኩ፡ ግናከ ክረኽባ ኣይከኣልኩን፡ ድኅሪ ፮ / 5 ወርኂ ካብ ንጉሥ ኣቡኣ ዝተላእኩ ንዕኣ ደልዮም ናባና መጹ፡ ንሳቶም ንሳ ቤተሰባ ምስ ደቀሱ ብለይቲ ወጺኣ ን፲፪ /12/ ዓመት ዝኣክል ሥራሓ ብሕትውና ምኻኑ ነጊሩና፡ ድኅሪኡውን ካልኦት ልኡኻት ሸዑኡ መዓልቲ ከምዝዓረፈት ነገሩና፡

- ሰላም ለወለተ ንጉሥ ነሣሒት ስማ፡
- ከዊና ግህስተ እምነ አቡሃ ወእማ፡
- እንበለ ታጠይቅ ገጻ በመካነ ጽልመት ቀዊማ፡
- እንዘ ታደምፅ መዝሙረ ከመ ድምፀ መልአክ ዘራማ፡
- ፈጸመት ገድለ ወሠለጠት ፃማ።

ዕለተ ዕረፍታ ፲፬ ታኅሣሥ እዩ። (ሰንክሳር)

ጸሎታን በረሽታን ይሓልወና፡ ኣሜን፡

✠ ✠ ✠

ታሪክ ጻድቅት ቅድስት ታኣግንስጣ

እዛ ቅድስቲ ኣደ እዚኣ ኣብ ዘመን ርቱዓነ ሃይማኖት ዝኾኑ ኣኖሬዎስን ኣርቃዴዎስን ነገሥታት ነበረት። ኣብዚ ግዜ'ዚ ናይ ህንዲ ንጉሥ ንወተሃደራቱ ናብ ኣኖሬዎስን ኣርቃዴዎስን ገጸ በረከት ሂቡ ይልእኾም እሞ ክምለሱ ከለዉ ንዓዶም ንቅድስቲ ድንግል ታኣግንስጣ እተንብቦ መጽሓፍ ኣብ ኢዳ ሒዛ እንከላ ማሪኮም ወሰድዋ።

ናይ'ቲ ንጉሥ ሓላዊት ኣንስቲ ከኣ ኾነት። ኣብዚ ግዜ'ዚ ወዲ ንጉሥ ህንዲ ሓመመ ቅድስቲ ታኣግንስጣ ኣብ ሕቑፋ ሓቑፋ ብትእምርተ መስቀል ኣማዕተበትሉ እሞ ንዕለቱ ሓወየ።

ካብዚ ግዜ'ዚ ኣትሒዙ ዜና ተኣምራ ኣብ ኩሉ ስለዝተፈልጠ ከም ኣገልጋሊት ዘይኾነት ከም እመቤት ኾነት። እቲ ንጉሥ ናብ ኮናት ምስ ወፈረ ናብኡ ጣቕ ግመ ጽልመት፡ ንፋስ ህቦብላ፡ ዶሮና መጽአ።

ናብዚ ጣቕ፡ ግመ፡ ጽልመት፡ ንፋስ ህቦብላ ዶሮና ቅድስት ታኣግንስጣ ከተማዕትብ እንከላ ናይ መስቀል ብርሃን ተራእያ። ዓቢ ሓጐስ ኾነ እቲ ንጉሥ ከኣ ንጸላእቱ ሰዓ ሮም። ካብ ኮናት ምስ ተመልሰ ኣብ ትሕቲ እግራ ብምስጋድ ጥምቀተ ክርስትና ንዕኡን ንኩሎም ስድራቤቱን ንሃገሩን ክትህቦ ሓተታ። ንሳ ከኣ ኣነ ጓል ኣንስተይቲ ስለዝኾንኩ ናብ ንጉሥ ኣኖሬዎስ ለኣክ እሞ ካህናት ክልእኸልካ በለቶ። ብዝበለቶ መሠረት ናብ ንጉሥ ኣኖሬዎስ ለኣከ ንጉሥ ኣኖሬዎስ ከኣ ብሕቶኡ መሠረት ካህናት ልኢኩ ኣጠመቐም። ቅድስት ታኣግንስጣ ኣዝያ ተሐጐሰት።

እቲ ንጉሥ ሓደ ዓቢ ደብሪ ሃነጸላ እሞ ብዙሓት ደናግል ናብኡ ብምእካብ ከምቲ ናታ መንኰሳን ንሳ ናተን ኃላፊት (እመምኔት) ኾነት።

እቲ ዘጠመቐም ካህን ንንጉሥ ኣኖሬዎስ ኩሉ ነገሮ። ንጉሥ ኣኖሬዎስ ከኣ ኤጲስቆጶስ ሸመሎም። ሰብ ህንዲ ብሐጐስ ኩሎም ናብ እምነት ተመልሱ። ሓደ መዓ

ልቲ ቤተክርስቲያን እና ሰርሑ እንከለዉ ዓበይቲ ዓንድታት ደልዮም ክረክቡ ኣብ ዘይከኣሉሉ ግዜ ሓደ ዓቢ ቤተ ጣዖት ኣብ ዓበይቲ ዓንድታት ዘለዎ ነበረ' ሞ ቅድስት ታኦግንስጣ ንጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ብንብዓት ለሚና መጺኦም ኣብ ዘዝምልከቶም ቦታ ከም ዝትከሉ ገበረት። እቶም ሕዝቢ ንእግዚኣብሔር ኣመስገንዎ። እቶም ጣዖት ዘምልኩ ዝነበሩ ሕዝቢ ጣዖቶም ሰይሮም ናብ እምነት ክርስትና ብጸሎት ቅድስት ታኦግንስጣ ተመልሱ።

ቅድስት ታኦግንስጣ ዕድሜኣ ሙሉእ ንእግዚኣብሔር ኣገልጊላ ብሰላም ኣብታ ዝተከለታ ገዳም ዓረፈት።

ጸሎታን በረከታን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም እብል ታኦግንስጣሃ ሮማዊተ፡
- በሥምረተ አምላክ ዘኮንኪ ብሄረ ህንደኬ ፍንውተ፡
- እስመ ሰበክኪ ውስቴታ መስቀለ ክርስቶስ እምነተ፡
- ዘኮኖሙ በቅድመ ፀር ለሰብአ ዚአሃ ትእምርተ፡
- ወበመቃብርኪ ካዕበ ብርሃኑ ተከስተ።

ምንጪ፦ ሰንክሳር ኣመ ፲፯ ለመስከረም።

✠ ✠ ✠

ዝተፈተኩም ምእመናን

ንሕፃናት ደቅኩም ናይ ሃይማኖቶም ሥነ-ምግባር፡ ንክመሃሩን ክፈልጡን ፈሊጦም ውን ኣብ ግብሪ ብምውዓሎም ተካፈልቲ ኣሠር ቅዱሳን ወለዶም ምእንቲ ክኾኑ ናብ ቤተክርስቲያን ክትመጹ ከሎኩም ሒዝኩሞም ምጹ። ኩሉ ኣብ ቤተክርስቲያን ዝፍጸም ሥርዓት እምነቶም ይርኣዩ፡ ማለት ኣብኡ ዝርከቡ ቅዱሳን ስእልታት፡ መስቀል ይሳለሙ፡ ናይ ቅዳሴ ማየ ሕይወት ይሰትዩ፡ ነቲ ዝዕጠን ዕጣን የሽትቱ። ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ይቐበሉ ቃለ ኣዋዲ፡ ደወል (ቃጭል) ክድወል ከሎ ይሰምዑ ብእምነት ምእንቲ ክዓብዩ ኣተባብዕዎም፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ይኺዱ።

ካህኖም መን ከምዝኾነ፡ ቤተክርስቲያኖም እንታይ ከምዝኾነት፡ ኣብ ውሽጣ እንታይ ከምዝፍጸመላ የጽንዑ (ይመሃሩ)።

ጸሪቀ መበለት ወይ መክፈልቲ ይብጽሑ፡ ንሞባእ ዝበልኩሞ ገንዘብ ኣብ ሙዳየ ምጽዋት ከንብሩ ሃብዎም። ንድካ ዝትኮብ ምኳኑ ምእንቲ ክፈልጡ ባዕሎም ክህቡ ኣረድእዎም። ናይ ቅዱሳን ኣቦታቶም ኣሠር ነቢያት፡ ሐዋርያት፡ ሰማዕታት፡ ጻድቃን ንገርዎም።

ትምህርቲ ክበሃል ከሎ ንዓና ካልእ፡ ይመስለና ኮይኑ እምበር እቲ ዝግባኡና ትምህርትስ ክቡራት ወለድና ኣቐዲሞም ብዘይሃስስን፡ ዘይበርስን መልክዕ ጌሮም ሠሪየም ኣቐሚጠሙልና እዮም። ንዓና ግን ነቲ ዘቐመጡልና ምውራስ ጥራይ እዩ ጠፊኡና ዘሎ ማለት ከም ማኅበር፡ ዝክር፡ ጸበል፡ ናይ ቅዱሳን በዓላት ኣብቲ ቤተክርስቲያኖም ኬድካ ዓስቢ ቃል ኪዳኖም ምስታፍ ምቐዳስ፡ ምቕራብ፡ ጸበል ምልካይ፡ ማየ ጸሎት ምሕጻብ፡ መስቀል፡ ሥዕሊ፡ ምስላም . . . እዚ ኩሉ ሠሪየምልናን ከለዉ ካልእ ሐድሽ ትምህርቲ ዘድልየና ኣይኮነን።

ምምካሕ ዝግባእ እንተዝከውንሲ ንሕና ተዋሕዶ ኦርቶዶክሳውያን ክንምካሕ ዝግብኣና ሕዝቢ ኢና። “እቲ ዝምካሕ ብእግዚኣብሔር ይመካሕ።” ከምዝብል ብእግዚኣብሔር ድኣ እምበር ብርእስናስ ክንምካሕ ግቡእ ኣይኮነን። ዝግባእ ነይሩ እንተዝከውን ንሕና ንካብ ኩሉ ዓለም ብዝበለጸ ክንምካሕ ይግብኣና ነይሩ።

ምክንያቱ ኣቦታትናን፡ ኣዴታትናንን፡ ባህልናን፡ ሥርዓትናን፡ እምነትናን . . . ኩሉ ሰፊሮም፡ ቁጺሮም ስለዝረከቡና ከምኡ ውን ኩሉ ነገር ክቀያየርን፡ ክለዋወጥን ከሎ ናትና እምነት ግን ክሳብ ሕልፈተ ዓለም ጸኒዓ ስለ እትነብር።

ስለዚ እዚ ትውልዲ'ዚ ነዚ ንከይስእኖ እያ ቅድስት ቤተክርስቲያን ብዝተፈላለዩ ጽሑፋትን ንጡፋት ሰበክትን፡ ሕዝቢ ኣብ ዝተኣከቦ ሐደራኒታ ተመሓላልፍ ዘላ። እዚ ትውልዲ'ዚ እቲ ዝመጽእ ዘሎ ወለዶን፡ እዚ ኩሉ ውርሲ ጠፊኡ እንተ ተረፋ፡ ሃይማኖቱን እምነቱን ንምድላይ ተመሊሱ ናብ ቤተ መዘክር (ሙዜም) ከይከይድ፡ ከምኡ ውን ንዘይመስልዎ ካልኦት ክሓትት፡ ወይ ብካልኦት ክድነቐ ምእንቲ ከይፍትን፡ ኣሠር ቅዱሳን ወለዱ ክፈልጥ ይግብኦ።

ስለዚ እምነትን፡ መንፈሳዊ ሥርዓትናን፡ መንፈሳዊ ውርሻናን፡ ጽቡቕ ባህልናን ተሓልዩ ማንቲ ክነብር ርኅራኄ ኣምላክናን ኣማላድነት ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ተራዳእነት ትጉሃን መላእክት፡ ጸሎት ኩሎም ቅዱሳነ እግዚኣብሔር ይርድኣና።

ኣለዓዒሉ ዘ- መረና ኦ- ሚሩ ዘፈጸመና ልዑለ ባህርይ እግዚኣብሔር ክብርን ምስጋናን ይኹኖ። ኣሜን!!!